www.abyssinialaw.com

# ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

## ኣብ 2006 ዓ.ም

## ዝወፁ ሕጊታት

## ጥራዝ ትሽዓተ

# መእተዊ፡

www.abyssinialaw.com

ሕጊታት /ኣዋጃትን ደንብታትን/ ክልልና ሓደ ግዘ ብነጋሪት ጋዜጣ ምስ ተሓተሙ ዳግም ዝሕተምሉ ዕድል ፀቢብ ብምዃኑ እዞም ሕጊታት ይትረፍዶ ንጠቕላላ ህዝቢ ክልልና ብቐሊሉ ተበፃሒ ክኾኑ ምስ ባህርይ ስራሕቶም ተተሓሒዙ ዝለዓለ ተደላይነት ንዘለዎም ንኣካላት ፍትሒ ብፍላይ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ እውን ሕፅረታት እንተጋጥም ይርአ፡፡ ኣብያተ ፍርዲ ንዝህብዎም ዝተፈላለዩ ትእዛዛት፣ ብይናትን ፍርድታትን መሰረት ዝኾንዎም ብነጋሪት ጋዜጣታት ዝተሓተሙ ሕጊታት እምበር ነቶም ሕጊታት/ነጋሪት ጋዜጣታት ኣጣቒሶም ዝተዳለዉ ኻልኦት ፅሑፋት ወይ መፃሕፍቲ ክኾኑ ስለዘይኽእሉ እዞም ነጋሪት ጋዜጣታት ብቐረባ ክረኽብዎም ግድን እዩ፡፡

ቅድም ክብል ካብ 1985 ዓ.ም ጀሚሮም ካብ ዝወፁ ሕጊታት ገሊኦም ዝተስዓሩ እኳ እንተኾነ እቶም ዝተስዓሩ ሕጊታት መሰረት ገይሮም ዝተረኽቡ መሰላትን ግቡኣትን ዝምልከት ክትዕ እንተጋጥም ዳይነት ዝርአ ነቶም ዝተስዓሩ ሕጊታት መሰረት ብምግባር ብምኳኑ ድሕሪ ምስዓሮም እውን ኣድለይቲ ከምዝኾኑን ብተወሳኺ እዞም ሕጊታት ኣካል ታሪኽ ክልልናን ሃገርናን ብምኳኖም ብዝግባእ ተወዲቦምን ተሰኒዶምን ክዕቀቡን ንቕድሚት ንዝግበር ኩለመዳይ ዓውደ መፅናዕትታትን ስራሕቲ ምርምርን ዝህልዎም ኣበርክቶ ኣዚዩ ልዑል ብምኳኑ ፡-

ሕጊ ዘይምፍላጥ ይቕረታ ኣየውህብን ዝብል ኣባሃህላ ሓቂ እኳ እንተኾነ ህዝቢ ኣብ ሕጊታት ኣፍልጦ ንክህልዎ ናይ ምግባር ሓላፍነት ናይ መንግስቲ እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ክልልና ንዝወፁ ሕጊታት እናተኸታተለ ዳግም ክሕተሙ ብምግባር ንተገልገልቲ ዘቕርብ ሓላፍነት ወሲዱ ብቐፃልነት ዝሰርሕ ኣካል ብዘይምህላዉ፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዱ ክልል ትግራይ ካብ 1985 ዓ.ም ክሳብ 1999 ዓ.ም ዝወፁ ሕጊታት ዘጠረዞ ዝነኣድ ተበግሶ ኮይኑ ንኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ብዝምቹ ብዘይምንባሩ፣ ድሕሪኡ እውን ዝቐፀለ ተመሳሳሊ ስራሕ ብዘይምህላዉ ኣግኣዚ ማእኸል መሰልጠኒ ሰብ ሞያ ኣካላት ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ነቲ ዘሎ ክፍተትን ኣድላይነት እዚ ስራሕን ብውነ ብምርዳእ ካብ 1985 ዓ.ም - 2007 ዓ.ም ኣብ ውሽጢ 23 ዓመታት ኣብ ክልልና ዝወፁ ሕጊታት ብምትእኽኻብ ንተገልገልቲን ተጠቀምትን ንኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ብዝምቹ ተኸፋፊሉ ከምብሓድሽ ክሕተምን ክጥረዝን ገይሩ ኣሎ፡፡

ቤት ፅሕፈት ቤት ምክሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዚ ስራሕ ኣብዚ ብርኪ ንክበፅሕ ዝነበሮ ድልየት ፣ ፃዕርን ሕግታት ኣብ ምትእኽኻብ ዝገበሮ ምትሕብባርን ኣዚዩ ዝነኣድ ኾይኑ ንዕውትነት እዚ ስራሕ ግደ ቤት ምኽሪ ዝለዓለ ብምኳኑ ካብ ልቢ ነመስግን ።

ኪኢላታትን ሰራሕተኛታትን ትካልና ንዘርኣይዎ ፅቡቕ ተበግሶን ውፍይነትን እዚ ስራሕ ኣብ መወዲእታ ብምብፅሑ እንኳዕ ደስ በለኩም እናበልና ኣብ ብጣዕሚ ዝሓፀረ እዋን ሕቶና ተቐቢሎም ደረጃ ዕሬቱ ብዝሓለወ ኣገባብ ኣብዝደለናዮ ግዘ ተሓቲሙን ተጠሪዙን ክበፅሓልና ንዝገበሩ ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን ትካል ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ካብ ልቢ ነመስግን፡፡

ኣባዲ ወ/ሩፋኤል

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣግኣዚ ማእኸል መሰልጠኒ ሰብ ሞያ

ኣካላት ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ግንቦት 2008 ዓ.ም

| ተ.ቁ | ኣዋጅ ደንብን ቑፅሪ | ሽም ኣዋጅን ደንብን | ገፅ |
| --- | --- | --- | --- |
| 1. | ኣዋጅ ቁፅሪ 239/2006 | ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ብ/ክ/መ/ትግራይ | 1-35 |
| 2. | ኣዋጅ ቁፅሪ 240/2006 | ስልጣንን ተግባሩን ኮሚቴ ጣብያ ዳይነት መሬት ገፀር ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ | 36-56 |
| 3. | ኣዋጅ ቁፅሪ 241/2006 | ኣብ በጀት ዓመት 2006 ብሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንሓረስቶት ዝከፋፈል እታወታትን ፍርያት ሕርሻን መግዝኢ ዝውዕል ልቓሕ በጀት ውሕስና ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ | 57-60 |
| 4. | ኣዋጅ ቁፅሪ 242/2006 | ንተጠቀምቲ ፓኬጅ ስድራ ተኮት ሓረስቶት ኣብ ገጠር ዝነበሩ መሬት ዘይብሎም መናእሰይን ንማሕበራት ዕዳጋ ፍርያት ፈሕርሻን ዝውዕል ልቓሕ ውሕስና ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ | 61-65 |
| 5. | ኣዋጅ ቁፅሪ 243/2006 | ኣወዳድባ ፣ ስልጣንን ተግባርን ኣብያተ ፍርዲ ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምጥያሽ ተመሓይሹ | 66-94 |
| 6. | ኣዋጅ ቁፅሪ 244/2006 | ኣወዳድባ ፣ ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምጥንኻር ተመሓይሹ ዝወፀ | 95-111 |
| 7. | ኣዋጅ ቁፅሪ 245/2006 | ጎንጺ ንምክልኻልን ንምእላይን ዝወፀ ኣዋጅ ብ/ክ/መ/ትግራይ | 112-117 |
| 8. | ኣዋጅ ቁፅሪ 246/2006 | ኣብ ብ/ክ/መ/ትግራይ ን2006 በጀት ዓመት ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ | 118-134 |
| 9. | ኣዋጅ ቁፅሪ 247/2006 | ኣብ ብ/ክ/መ/ትግራይ 2007 በጀት ዓመት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ | 135-176 |
| 10. | ኣዋጅ ቁፅሪ 248/2006 | ጠፊኡ ዝተረኽበ እንስሳ ንምምሕዳር ዝወፀ ኣዋጀ | 177-189 |
| 11. | ኣዋጅ ቁፅሪ 249/2006 | ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ | 190-198 |
| 12. | ኣዋጅ ቁፅሪ 250/2006 | ኣተኣካኽባን ኣጠቓቅማን ውሽጢ እቶት ማእኸል መሰልጠኒ ሓረስቶት ቁፅሪ ኣዋጅ 232/2005ን ምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ | 199-201 |
| 13. | ደንቢ ቁፅሪ 82/2006 | መተሓዳደሪ ደንቢ ክፍሊ ክትትል ስነ ምግባር | 202-214 |
| 14. | ደንቢ ቁፅሪ 83/2006 | ምምሕዳርን ቑፅፅርን ምግቢ ፣ መድሓኒትን ክንክን ጥዕናን ክልል ትግራይ | 215-308 |
| 15. | ደንቢ ቁፅሪ 84/2006 | ዝተመሓየሸ መተሓዳደሪ ደንቢ ፖሊስ ብ/ክ/መ/ትግራይ | 309-365 |
| 16. | ደንቢ ቁፅሪ 85/2006 | ተመሓይሹ ዝወፀ ምምሕዳርን ኣተጠቓቕማን መሬት ገጠር ብ/ክ/መ/ትግራይ | 366-443 |

www.abyssinialaw.com


# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 21 ዓመት ቑ. 1
239 /2006 ዓ.ም መቐለ

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

21ኛ ዓመት ቁ. 1
239 /2006 ዓ/ምመቐለ


## ቑፅሪ ኣዋጅ 239/ 2006 ዓ/ም

## ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ሕገ-መንግስቲ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ መሬት ዘይሽየጥን ዘይልወጥን ሓበራዊ ሃፍቲ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ከም ዝኾነን መንግስቲ ብሽም ህዝቢ ነቲ መሬት ብመሰረት ሕጊ ከማሓድር ሓላፍነት ከም ዘለዎ ብምድንጋጉ፣

ክልልና ምስ በፂሓቶ ዘላ ብርኪ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ዝጠዓዓምን ሓረስታይ ክልልና ሓደሽቲ ቴክኖሎጅታትን እታወታትን ብምጥቃም፣ ብምፍራይ ምህርቱ ብምስሳን ካብ ድኽነት ንምውፃእ ኣብ ዝገብሮ ኩለመዳያዊ ፃዕሪ ዝድግፍ ምዕሩይ ዝኾነ ሕጊ ምሕደራ መሬት ገፀር ምድንጋግ ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ኣብ ምምሕዳር መሬት ገፀር ሰናይ ምምሕዳር ብዝበለፀ ንምጥንኻር፣ መስርሕ ተሓታትነት ንምዝርጋሕ፣ ፍትሓውን ውፅኢታውን ዝኾነ ምምሕዳር መሬት ገፀር ክህሉ ዘኽእል ዝርዝርን ግልፅን ሕጊ ምውፃእ ኣድላይ ኮይኑ ስለዝተረኸበ፣

ዘለና ውስን ሃፍቲ መሬት ብኣግባቡ ብምምሕዳር ምስቲ ቀንዲ ሓይሊ ልምዓት ዝኾነ ሓይሊ ሰብ ብዝግባእ ብምውዳድ፣ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ብዝበለፀ ንምስፍሕፋሕ ዘኽእል ምቹው ኩነታት ብምፍጣር፣ ሓረስታይ ብሓፈሻ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮ ከዓ ብፍላይ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ሕርሻ

## ኣዋጅ ቁጥር 239/ 2006

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገጠር መሬት ኣስተዳደርና ኣጠቃቀም የተሻሻለ ኣዋጅ

የኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ህገ መንግስት መሬት የማይሸጥና የማይለወጥ የኢትዮጵያ ህዝብና መንግስት የጋራ ሃብት እንደሆነና መንግስት በህዝብ ስም በህግ መሰረት መሬት የማስተዳደር ሃላፍነት እንዳለው በመደንገጉ፣

ክልላችን ከደረሰችበት የኢኮኖሚ ደረጃ እድገት የሚጣጣምና የክልሉ ኣርሶ ኣደር ኣዳዲስ ቴክኖሎጂዎችና ግብኣቶች በመጠቀም፣ በማፍራት ምርታማነት በማሳደግ ከድህነት ለመውጣት በሚያደርገው ሁለገብ ጥረት የሚደግፍ የተስተካከለ የገጠር መሬት ኣስተዳደር ህግ መደንገግ ኣስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

በገጠር መሬት ኣስተዳደር መልካም ኣስተዳደር በበለጠ ለማጠናከር፣ የተጠያቂነት ኣሰራር ለመዘርጋት፣ ፍትሃዊና ውጤታማ የሆነ የገጠር መሬት ኣስተዳደር እንዲኖር የሚያስችል ዝርዝርና ግልፅ ህግ ማውጣት ኣስፈላጊ ሆኖ ስለተገኘ፣

ያለን ውሱን የመሬት ሃብት በኣግባቡ በማስተዳደር ዋነኛው የልማት ሃይል ከሆነው የሰው ሃይል በተገቢው በማቀናጀት፣ የእርሻ ኢንቨስትመንት በበለጠ ለማስፋፋት የሚያስችል ኣመቺ ሁኔታ በመፍጠር፣ ኣርሶ ኣደሩ በኣጠቃላይ ወጣቶችና ሴቶች ደግሞ በተለይ በእርሻ የልማት ስራዎች

www.abyssinialaw.com



ብዝለዓለ ብርኪ ተሳተፍትን ተጠቀምትን ዝኾንሉ ኩነታት ብምምችቻው ዘላቕነት ዘለዎ ዘተኣማምን ቅልጡፍ ዕብየትን ልምዓትን ንምምዝጋብ ዝሕግዝ ሕጊ ምሕደራን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ክህሉ ምግባር ኣድላይ ስለዝኾነ፣

ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ቁፅሪ ኣዋጅ 136/2000 ዝነበርዎ ክፍተታት ብምምላእ ግቡእ ዝኾነ ስርዓት ምሕደራን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ንምዝርጋሕ ነቲ ኣዋጅ ምምሕያሽ ኣድላይ ምዃኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመስረት ዝተመሓየሸ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ

### ዓንቀፅ 1፦ ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ምምሕዳርን ኣጠቓቕማ መሬት ገፀር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ቁፅሪ ኣዋጅ 239/2006 ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይካኣል።

### ዓንቀፅ 2፦ ትርጉም

ኣብዚ ኣዋጅ፡-

1. "ውላድ ጡብ" ማለት ሓደ ህፃን ብመሰረት ሕጊ ቤተሰብ ክልል ትግራይ ምስ መዕበይቱ ብዝፍፀም ውዕሊ ዝፍጠር ዝምድና ስጋ እዩ።
2. "ዝምልከቶ ኣካል" ማለት ኤጀንሲ ሓለዋ ስነ-ከባብን ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር እዩ።
3. "ዴስክ" ማለት ተግባርን ሓላፍነትን ኤጀንሲ ሓለዋ ስነ-ከባብን ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ንኸፍፅም ብብርኪ ወረዳ ዝተጣየሸ መሓውር እዩ።



በከፍተኛ ደረጃ ተሳታፊና ተጠቃሚ የሚሆኑበት ሁኔታ በማመቻቸት ዘለቄታ ያለውና አስተማማኝ የሆነ ቀልጣፋ እድገትና ልማት ለማስመዝገብ የሚያግዝ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ህግ እንዲኖር ማድረግ አስፈላጊ ስለሆነ፣

ስራላይ የቆየው አዋጅ ቁጥር 136/2000 የነበሩት ክፍተቶች በሚሟላት ተገቢ የሆነ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ስርዓት ለመዘርጋት አዋጁን ማሻሻል አስፈላጊ መሆኑ ስለታመነበት፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት በተሻሻለው የትግራይ ህገ-መንግስት አንቀፅ 49/3/ሀ/ መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥተዋል።

## ክፍል አንድ

## አጠቃላይ

### አንቀፅ 1፦ አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ለመወሰን ተሻሽሎ የወጣ አዋጅ ቁጥር 239/2006 ዓ/ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

### አንቀፅ 2 ፦ትርጉም

በዚህ አዋጅ፡-

1. "ጉዲፈቻ" ማለት አንድ ህፃን በትግራይ ክልል የቤተሰብ ህግ መሰረት ከኣሳዳጊዎቹ ጋር በሚፈፀም ውል የሚፈጠር የስጋ ዝምድና ነው።
2. "የሚመለከተው አካል" ማለት የስነ አከባቢ ጥበቃና የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ኤጀንሲ ነው።
3. "ዴስክ" ማለት የሰነ አከባቢ ጥበቃና የገጠር መሬት አሰተዳደርና አጠቃቀም ኤጀንሲ ተግባርና ሃላፊነት እንዲፈፅም በወረዳ ደረጃ የተቋቋመ መዋቅር ነው።

www.abyssinialaw.com



4. "መሬት ገፀር" ማለት ካብ ክልል ከተማ ወፃኢ ዝኾነ ወይ ኣግባብነት ብዘለዎ ሕጊ ከተማ ተባሂሉ ካብ ዝተወሰነ ወይ ብኘላን ከተማ ዝተኸለለ ወፃኢ ዝርከብ ዝኾነ መሬት እዩ።
5. "ሽግሽግ መሬት" ማለት መሬት ንዘይብሎም ዕድሚኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን ንዝኾኑ ኣብ ገፀር ንዝነብሩ ሰባት ንምብፃሕ ኣብ መትከል ፍትሓውነትን ግልፅነትን ተመስሪቱ ዝፍፀም ተግባር እዩ።
6. "ሓባራዊ መሬት" ማለት ካብ ትሕዝቶ ውልቀ ወፃኢ ዝርከብ ሕዛእቲ፣ ደኒ፣ ጎቦ፣ ሽንጥሮ፣ ባዶ መሬት ዘጠቓልል እዩ፡
7. "ትርፊ መሬት" ማለት ብሕጋዊ መንገዲ ዘይተዓደለን ዘይተመሓደረን ኣብ ኢድ ውልቀ ሰብ ዝርከብ መሬት፣ ወራሲ ዘይብሉ ወይ ብሕጊ ኣብ ዝተነፀረ ግዘ መስል ውርሲ ዘይተረጋገፀ መሬት፣ ተጠቃሚ ዘይብሉ ክፍቲ መሬት፣ ጎቦ፣ ጉህሚ ዘጠቓልል እዩ።
8. "ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገፀር" ማለት ኮሚቴ ምምሕዳር ገፀር መሬት ቁሸትን ጣብያን እዩ።
9. "ኢንቨስትመንት ሕርሻ" ማለት ኣብ ስራሕቲ ዘራእቲ፣ መስኖ ፣ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ፣ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ፣ ኣግሮ ኢንዳስትሪን ካልኦት ተዛመድትን ዝካየድ ኢንቨስትመንት ልምዓት እዩ።
10. "ሰርተፊኬት" ማለት ብዘበናዊ ሕንፀፃን ምዝገባን ዓለም ለኻዊ መርክቦ ዘመላኽት፣ ስፍሓት መጠን መሬት ብዓል ትሕዝቶ መሰረት ዝገበረ መረዳእታ ዘርኢ፣ መሰልን ግቡእን ብዓል ትሕዝቶ ዝገልፅ ንተጠቀምቲ ዝወሃብ ደፍተር



4. "የገጠር መሬት" ማለት ከከተማ ክልል ውጭ የሆነ ወይም ኣግባብነት ባለው ህግ ከተማ ተብሎ ከተወሰነ ወይም በከተማ ኘላን በከተማነት ከተከለለ ውጭ የሚገኝ የሆነ መሬት ነው።
5. "መሬት ሽግሽግ" ማለት መሬት የሌላቸው ዕድሚያቸው 18 ዓመትና ከዚያ በላይ ለሆኑ በገጠር ለሚኖሩ ሰዎች ለማዳረስ በፍትሓዊነትና ግልፅነት መርህ ላይ ተመስርቶ የሚፈፀም ተግባርነው።
6. "የጋራ መሬት" ማለት ከግል ይዞታ ውጭ የሚገኝ ጥብቅ፣ ደን፣ ተራራ ሸንተርር፣ ባዳ መሬት የሚያጣ ቃልል ነው።
7. "ትርፍ መሬት" ማለት በህጋዊ መንገድ ያልታደለና ያልተዳደረ በግለ ሰብ ይዞታ ስር የሚገኝ መሬት፣ ወራሽ የሌለው ወይም በህግ በተቀመጠ የጊዜ ገደብ የውርስ መብት ያልተረጋገጠበት መሬት፣ ተጠቃሚ የሌለው ክፍት መሬት፤ ተራራ፤ በሮበር የሚያጠቃልል ነው።
8. "የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ" ማለት የጎጥና የቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ነው።
9. "የእርሻ ኢንቨስትመንት " ማለት በአዝርእት ፣ መስኖ፣ በእንስሳት ሃብት ልማት፣ በተፈጥሮ ሃብት ልማት፣ በአገሮ ኢንድስትሪና በሌሎች ተዛማጅ የልማት ስራዎች የሚካሄድ ኢንቨስትመንት ነው።
10. "ሰርተፊኬት" ማለት በዘመናዊ ቅየሳና ምዝገባ ኣለም አቀፍ ግኙት የሚያመለክት የባለይዞታ የመሬት ስፍት መጠን መሰረት ያደረገ ማስረጃ የሚያሳይ፤ የባለይዞታው መብትና ግዴታ የሚገልፅ ለተጠቃሚዎች

www.abyssinialaw.com



ተጠቃምነት እዩ።

11.“ካርታ” ማለት ሕድ ሕድ ግራት፣ መጠሻ፣ ትሕዝቶ መሬት ኢንቨስትመንት፣ ትሕዝቶ መንግስታውን ዘይመንግስታዊን ትካላትን ሓባራዊ ሃፍቲ መሬት ገፀር ብዘበናዊ መሳርሒ ዝተሓንፀፀን ዝተመዝገበን ንፁር መዋሰንን ስፍሓትን ዝገልፅ ብዓለም ለኻዊ መርከበ XY ኮኦርዲኔት ዝተመዝገበ ምስሊ ትሕዝቶ መሬት ገፀር ዘርኢ መረዳእታ እዩ።

12.“ቤተሰብ” ማለት ንጎፅሊን ንታሕትን ዝቑፀር ክሳብ ካልኣይ ብርኪ ዘሎ ዝምድና ስጋ ኢዩ።

13.“ዘበናዊ ሕንፀፃን ምዝገባን” ማለት ሳይንሳዊ ብዝኾነ መንገዲ ዘበናዊ መሳርሒ ሕንፀፃ ብምጥቃም ዝሰራሕ መሰል ምጥቃም ዘሎዎ ትሕዝቶ ብመዝገብ ዝተሓዘሉ ስርዓት እዩ።

14.“ሕዛእቲ” ማለት ብቤት ምኽሪ ጣብያ ተወሲኑ ንሕዛእቲ ተባሂሉ ዝኽለል ሳዕርን ኣግራባትን ዘለዎ መሬት ገፀር እዩ።

**ዓንቀፅ 3 <u>ኣገላልፃ ፆታ</u>**

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታውን ዝሓውስ እዩ።

**ዓንቀፅ 4 <u>ወሰን ተፈፃምነት</u>**

ተፈፃምነት እዚ ኣዋጅ ኣብ ዝኾነ መሬት ገፀር ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ትግራይ እዩ።

**ዓንቀፅ 5 <u>ምጥያሽ ኮሚቴታት ምምሕዳር መሬት ገፀር</u>**

1. ኮሚቴታት ምምሕዳር መሬት ገፀር ቁሸትን ጣብያን በዚ ኣዋጅ'ዚ ተጣይሾም ኣለው።
2. ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገፀር ቁሸት ብቐጥታ ብህዝቢ እታ ቁሸት ይምረፁ ።

3.ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገፀር ጣብያ



የሚሰጥ የተጠቃምነት ደብተር ነው።

11. “ካርታ” ማለት እያንዳንዱ ማሳ መኖሪያ፣ የኢንቨስትመንት መሬት ይዞታ፣ የመንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች ይዞታ የጋራ ሃብት የገጠር መሬትን በዘመናዊ መሳርያ የተቀየሰና የተመዘገበ ግልፅ አዋሳኝና ስፋትን የሚገልፅ በኣለም አቀፍ ግኝት XY ኮኦርዲኔት የተመዘገበ የገጠር መሬት ይዞታ ምስል የሚያሳይማስረጃ ነው።

12. “ቤተሰብ” ማለት ወደላይና ወደታች የሚቆጠር እስከ ሁለተኛ ደረጃ ያለው የስጋ ዝምድና ነው።

13. “ዘመናዊ ቅየሳና ምዝገባ” ማለት ሳይንሳዊ በሆነ መንገድ ዘመናዊ የቅየሳ መሳርያ በመጠቀም የሚሰራ የመጠቀም መብት ያለው ይዞታ በመዝገብ የሚያዝበት ስርኣት ነው።

14. “ጥብቅ” ማለት በቀበሌ ምክርቤት ተወስኖ ለጥብቅ ተብሎ የሚከለል ሳርና ዛፎች ያሉበት የገጠር መሬት ነው።

**አንቀፅ 3፦ <u>የፆታ አገላለፅ</u>**

በዚህ አዋጅ በወንድ ፆታ የተገለፀ ለሴት ፆታም ያካትታል፣

**አንቀፅ 4፦ <u>የተፈፃሚነት ወሰን</u>**

የዚህ አዋጅ ተፈፃሚነት በማንኛውም የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገጠር መሬት ነው።

**አንቀፅ 5፦ <u>የገጠር መሬት አስተዳዳር ኮሚቴዎች መቋቋም</u>**

1.የጎጥና የቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴዎች በዚህ አዋጅ ተቋቁመዋል።

2. የጎጥ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ በቀጥታ በጎጡ ህዝብ ይመረጣሉ

3. የቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳዳር ኮሚቴ

www.abyssinialaw.com



ብመቕረባይነት ዋና ኣማሓዳሪ ብጣብያ ቤት ምኽሪ ይሽወሙ፡፡

4. ሕድ ሕድ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገፀር ሓሙሽተ ኣባላት ዝህልውዎ እንትኸውን ካብኣቶም እንተወሓደ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ክኾና ኣለወን፡፡

**ዓንቀፅ 6፦ <u>ኣባል ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገፀር ንምኻን ዘብቕዑ ረቋሒታት</u>**

ኣባል ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገፀር ዝኸውን

1. ካብ ኣድልዎን ወገንነትን ነፃ ዝኾነ፣ ንኣድልዎን ወገንነትን ብፅንዓት ዝቃለስ
2. ንህዝቢ ብቅንዕናን ተኣማንነትን ዘገልግል
3. ብህዝቢ ዝለዓል ተቐባልነት ዘለዎ
4. ምንባብን ምፅሓፍን ኣፀቢቑ ዝኽእል
5. ብማሕረስ ዝናበር ኮይኑ ንኮሚቴ ቁሸት ኣብቲ ቁሸት ዝነብር፣ ንኮሚቴ ጣብያ ኣብቲ ጣብያ ዝነብር
6. ሞዴል ዝኾነ ገባር
7. ዕድሚኡ 21 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊን ዝኾነ፡፡

**ዓንቀፅ7፦<u>ተፀዋዕነት፣ስልጣን ንተግባርን ኮሚቴታት ምምሕዳርን መሬት ገፀር ጣብያን ቁሸትን</u>**

**<u>ሀ. ተፀዋዕነት</u>**

1. ተፀዋዕነት ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገፀር ጣብያ ንጣብያ ምምሕዳርን ወረዳ ዴስክን ይኸውን፡፡
2. ተፀዋዕነት ኮሚቴ ቑሸት ምምሕዳር መሬት ገፀር ንዝመረፆም ህዝብን ኮሚቴ ጣብያ ምምሕዳር መሬት ገፀርን ይኸውን፡፡

**ለ. <u>ስልጣንን ተግባርን ኮሚቴታት ጣብያን ቁሸትን ምምሕዳር መሬት ገፀር</u>**

1. ግንዛበ ኣጠቓቕማ መሬት ገፀር ንምዕባይ ንሕ/ሰብ ኣሰተምህሮ ይህቡ፡፡

በቀበሌው ዋና አስተዳዳሪ አቅራቢነት በቀበሌው ምክር ቤት ይሾማሉ፡፡

4. እያንዳንዱ የገጠር መሬት አስተዳዳር ኮሚቴ አምስት አባላት የሚኖሩት ሲሆን ከአባላቱ ቢያንስ ሁለት ሴቶች መሆን አለባቸው፡፡

**አንቀፅ 6 ፦ <u>የገጠር መሬት አስተዳዳር ኮሚቴ አባል ለመሆን የሚያበቁ መመዘኛዎች</u>**

የገጠር መሬት አስተዳዳር ኮሚቴ አባል የሚሆ ነው

1. ከአድልዎና ወገንተኝነት ነፃ የሆነና አድልዎና ወገንተኝነትን በፅናት የሚታገል፡፡
2. በቅንነትና ታማኝነት ህዝብን የሚያገለግል
3. በህዝብ ከፍተኛ ተቀባይነት ያለው
4. ማንበብና መፃፍ በደንብ የሚችል
5. በግብርና የሚተዳዳር ሆኖ ለጎጥ ኮሚቴ በጎጡ የሚኖር፣ ለቀበሌ ኮሚቴ በቀበሌው የሚኖር
6. ሞዴል የሆነ አርሶ አደር፣
7. ዕድሜው 21 አመትና ከዚያ በላይ የሆነ

**አንቀፅ 7፦ <u>የቀብሌና የጎጥ ገጠር መሬት አሰተዳደር ኮሚቴዎች ተጠሪነት ፣ ስልጣንና ተግባር</u>**

**<u>ሀ. ተጠሪነት</u>**

1. የቀበሌ መሬት አሰተዳደር ኮሚቴ ተጠሪነቱ ለቀበሌው አሰተዳደርና ለወረዳው ዴስክ ይሆናል፡፡
2. የጐጥ መሬት አሰተዳደር ኮሚቴ ተጠሪነቱ ለመረጣቸው ህዝብና ለቀበሌው መሬት አሰተዳደር ኮሚቴ ይሆናል፡፡

**<u>ለ. የቀበሌና ጐጥ ገጠር መሬት አሰተዳደር ኮሚቴ ስልጣንና ተግባር፣</u>**

1. ሕ/ሰብ የገጠር መሬት አሰተዳደርና አጠቃቀም በሚመለከት ግንዛቤው ክፍ እንድል ትምህርት

www.abyssinialaw.com



2. ኣብ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ንዝለዓሉ ፀገማት ምምሕዳራዊ መፍትሒ ይህቡ።

3. ብመሬት ዴስክ ይኹን መሬት ዳይነት ዝወሃቡ ውሳኔታት ይፍፅሙ

4. ኣብ ምዝገባን ምርግጋፅን ትሕዝቶ መሬት ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ተሓባቢሮም ይሰርሑን የረጋግፁን፣

5. ብመሰረት ሕጊ ሽግሽግ መሬት ገፀር የካይዱ፣ መሬት ዝምልከቱ ስነዳትን መረዳእታታትን ብጥንቃቐን ሓላፍነትን ይሕዙ

6. ኣብ ውሽጢ ጣብያን ቁሸትን ዘሎ ክፍቲ መሬት ብዝግባእ መዝጊቦም ይሕዙ፣ ይቆፃፀሩ፣

7. ፀብፃብ ስርሖም ናብ ጣብያ ምምሕዳርን ወረዳ ዴስክን ኣብ ዝተነፀረ ጊዜ የቕርቡ። ዝርዝሩ ኣብ ዝወፅእ ደንቢ ይውሰን

## ክፍሊ ክልተ

## መሰል ምርካብ፣ ምጥቃምን ምክራይን መሬት ገፀር

### ዓንቀፅ 8፦ መሰል ምርካብን ምጥቃምን መሬት ገፀር

ብመሰረት እዚ ኣዋጅ መሰል ምርካብን ምጥቃምን መሬት ገፀር ዘለዎ፦-

1. ኣብ ገፀር ጣብያ ዝነብር ብስራሕ ሕርሻ ክመሓደር ዝደሊ ሓረስታይ መሬት ገፀር ብነፃ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፣
2. ሕድ ሕድ ሓረስታይ ብመቐሎ መሬት ወይ ብሽግሽግ ብዝረኸቦ ትሕዝቶ መሬት ገደብ ግዘ መሰል ተጠቃምነት ከይተገበረ ምጥቃም መሰል ኣለዎ፣

ይሰጣሉ።

2. በገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ለሚነሱ ቸግሮች አስተዳደራዊ መፈትሂ ይሰጣሉ

3. በመሬት ዴስክ ይሁን በመሬት ዳኝነት የሚሰጡ ውሳኔዎች ያሰፈፅማሉ።

4. የመሬት ይዞታን በሚመዘገብበትና በሚረጋገጥበት ወቅት ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር ይሰራሉ ያረጋግጣሉ።

5. በሕግ መሰረት ሽግሽግ ገጠር መሬት ያከህዳሉ። መሬት የሚመለከቱ ሰነዶችና መረጃዎች ብጥንቃቄና በሐላፊት ይይዘሉ።

6. በቀበሌና በጐጥ ውስጥ የሚገኝ ክፍት መሬት በሚገባ መዝግበው ይይዛሉ፣ ይቆጣጠራሉ።

7. የሥራ አፈፃፀም ሪፖርት ለቀበሌ አሰተዳደር እና ወረዳ ዴስክ በተቀመጠላቸው ጊዜ ያቀርባሉ። ዝርዝሩ በሚወጣ ደንብ ይወሰናል።

## ክፍል ሁለት

## የገጠር መሬት የማግኘት፣ የመጠቀምና የማከራየት መብት፣

### አንቀፅ 8፦ የገጠር መሬት የማግኘትና የመጠቀም መብት

በዚህ አዋጅ መሰረት የገጠር መሬት የማግኘትና የመጠቀም መብት ያለው፣

1. በገጠር ቀበሌ የሚኖር በእርሻ ስራ ሊተዳደር የሚፈልግ አርሶ አደር የገጠር መሬት በነፃ የማግኘት መብት አለው።
2. እያንዳንዱ አርሶ አደር በመሬት ሽንሽና ወይም በሽግሽግ ባገኘው የመሬት ይዞታ የተጠቃሚነት መብት የጊዜ ገደብ ሳይደረግበት የመጠቀም መብት አለው።

www.abyssinialaw.com



3. መሰል ምርካብ መረጋገፂ ትሕዝቶ ስርተፊኬትን ካርታን ሕድ ሕድ ተጠቃሚ መሬት ገፀር ዝተሓለወ እዩ።
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ሰብ ሓዳር ዝኾኑ ሰብኣይን ሰበይትን ብማዕረ መረጋገፂ ትሕዝቶ ምርካብ መስል ኣለዎም
5. ዕድሚኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾነ ብስራሕ ሕርሻ ክመሓደር ዝደሊ ኣብ ገፀር ዝነብር ነባሪ ጣብያ ብመሬት ገፀር ምጥቃም መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
6. ኣብ ገፀር ዝነብሩ፣ ኣብ ከተማ ወይ ትሕዝቶ መሬቶም ካብ ዝርከበሉ ቦታ ወፃኢ ኮይኖም መሬት ዝተዓደሉ ኣቦኦም ወይ ኣዲኦም ወይ ኣቦኦምን ኣዲኦምን ብምኽንያት ሞት ዝስኣኑ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህፃውንቲ ብሕጋዊ መዕበይኦም ኣቢሎም 18 ዓመት ክሳብ ዝመልኦም ብመሬት ወላዲኦም ወይ ወላዲቶም ወይ ወለዶም ክጥቀሙ መሰል ኣለዎም። ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፣
7. ኣብ ሰራሕቲ ሕርሻ ክዋፈራ ዝደልያ ኣብ ገፀር ዝነብራ ዕድሚኤን 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ መሰል ምርካብን ምጥቃምን መሬት ገፀር ኣለወን።
8. ብባይቶን ስሪት መቐሎ መሬትን በቢኸባቢኡ ዝተገበረ መቐሎ መሬት በዚ ኣዋጅ'ዚ ተቐባልነት ኣለዎ፣
9. ኣብዚ ዓንቀንፅ ንኡስ ዓንቀፅ 8 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ኣብ ከባቢ ግድባትን ብፍሉይ ኩነታት ኣብ ዞባ ምዕራብን ክፉል ሰሜን ምዕራብን ንዝግበር ሽግሽግ መሬት ኣይምልከትን፣ ኣግባብ ምሕደረኡ ብደንቢ ይውሰን፣



3. የእያንዳንዱ የገጠር መሬት ተጠቃሚ የይዞታ ማረጋገጫ ሰርተፊኬትና ካርታ የማግኘት መብቱ የተጠበቀ ነው፣
4. በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 3 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ባለትዳር የሆኑ ባልና ሚስት እኩል የይዞታ ማረጋገጫ የማግኘት መብት ኣላቸው።
5. ዕድሜያቸው 18 ዓመትና ከዚያ በላይ የሆነ በእርሻ በስራ ሊተዳደር የሚፈልግ ገጠር የሚኖር የቀበሌ ነዋሪ በገጠር መሬት የመጠቀም መብቱ የተጠበቀ ነው።
6. በገጠር የሚኖሩ፣ በከተማ ወይም የመሬት ይዞታቸው ከሚገኝበት ቦታ ውጭ ሁኖው መሬት የታደሉ ኣባታቸው ወይም እናታቸው ወይም ኣባታቸውና እናታቸው በሞት ምክንያት ያጡ ዕድሚያቸው ከ18 ዓመት በታች የሆኑ ህፃናት በህጋዊ ኣሳዳጊያቸው በኩል 18 ኣመት እስኪ ሞላቸው በኣባታቸው ወይም እናታቸው ወይም በኣባታቸውና እናታቸው መሬት የመጠቀም መብት ኣላቸው ዝርዝር ኣፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል፣
7. በእርሻ ስራ ለመሰማራት የሚፈልጉ በገጠር የሚኖሩ ዕድሚያቸው 18 ኣመትና ከዚያ በላይ የሆኑ ሴቶች ገጠር መሬት የማግኘትና የመጠቀም መብት ኣለቸው፣
8. በሸንጎና በመሬት ሸንሸና ስሪት በየኣካባቢው የተደረገ የመሬት ሸንሸና በዚህ ኣዋጅ ተቀባይነት ኣለው፣
9. በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 8 የተደነገገ ቢኖርም በግድብ ኣከባቢና በልዩ ሁኔታ በምዕራባዊ ዞንና በከፊል የሰሜን ምዕራብ የሚደረግ የመሬት ሽግሽግ ኣይመለከትም፣ መሬቱ የሚተዳደርበት አግባብ በደንብ ይወሰናል፣

www.abyssinialaw.com





10. መሰል ምጥቃም መሬት ገፀር ዘለዎ ዝኾነ መሬት ዘይብሉ ሓረስታይ ካብ ውላድ ወይ ወላዲ ብውህብቶ፣ ብውርሲ ትሕዝቶ መሬት ክረክብ ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

11. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 10 መሬት ገፀር ብውህብቶ ምርካብ ዝካኣል፦

ሀ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ መሬት ብውህብቶ ዝማሓለፍ መሬት ንዘይብሉ ውላድ፣ ውላድ ጡብ ወይ ወላዲ ጥራሕ ይኸውን፣

ለ. ውዕሊ እቲ ውህብቶ መሬት ብወረዳ ወይ ንኡስ ወረዳ ምምዝጋብን ምርግጋፅ ሰነዳትን ዝምዝገብ ብዴስክ እቲ ወረዳ እቲ መሬት ናይቲ ዝህብ ዘሎ ኣካል ትሕዝቶ ምኳኑ ምስኣዋሳንኡ ብፅሑፍ መረጋገፂ እንትህብ ጥራሕ ይኸውን። ወሃቢ ውህብቶን ተቐባልን መሰኻኽርን ኣብ ቅድሚ እቲ መዋዓዓሊ ቐሪቦም ክፍርሙ ይግባእ።

12. እቲ ዝግበር ውዕሊ ብ3 ቅዳሕ ተሰሪሑ ሓደ ቅዳሕ ንውህብቶ ተቐባሊ፣ ሓደ ቕዳሕ ንዴስክ ዝወሃብ ኮይኑ ሓደ ቕዳሕ ኣብ መወዓዓሊ ይቕመጥ፣ ካብዚ ወፃኢ ዝግበር ውዕሊ ውህብቶ ተቐባልነት የብሉን፣

ሀ ኣብዚ ኣዋጅ ፍሉይ መሰል ተጠቃምነት መሬት ገፀር ዝተፈቐደሎም ተጠቀምቲ ትሕዝቶኦም ብውህብቶ ከመሓላልፉ ኣይኽእሉን፣

ለ. ትሕዝቶ መሬቶም ብውህብቶ ከመሓላለፉ ዝፍቀደሎም ሓረስቶት ብውህብቶ፣ ብውርሲ ወይ ብሽግሽግ ዳግም መሬት ምርካብ መስል የብሎምን

13. ዝኾነ መስል ተጠቃምነት መሬት ገፀር ዘለዎ መሬት ክረክብን ክጥቀምን ዝኽእል፣ መጠን ስፍሓትን እቲ ኸባቢ ጥራሕ ይኸውን፣

10 ማንኛውም በገጠር መሬት የመጠቀም መብት ያለው መሬት የሌለው ከልጅ ወይም ከወላጅ በስጦታ፣ በውርስ የመሬት ይዞታ ሊያገኝ ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡

11.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 10 መሰረት የገጠር መሬት በስጦታ ማግኘት የሚቻለው፡-

ሀ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 5 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ መሬት በስጦታ የሚተላለፈው መሬት ለሌላው ልጅ፣ ጉዲፈቻ ወይም ወላጅ ብቻ ይሆናል

ለ. የመሬት ስጦታ ውል በወረዳ ወይም ንኡስ ወረዳ የሰነዶች ምዝገባና ማረጋገጫ የሚመዘገበው የወረዳው ዴስክ ይዞታው የሰጪው አካል ይዞታ መሆኑ ከነአዋሳኙ በፅሑፍ ማረጋገጫ ሲሰጥ ብቻ ይሆናል። ሰጪ፣ ስጦታ ተቀባይና ምስክሮች በአዋዋዩ ፊት ቀርበው ሊፈርሙ ይገባል፣

12.የሚደረገው ውል በ3 ቅጅ ተሰርቶ አንድ ቅጅ ለሰጦታ ተቀባዩ፣ አንድ ቅጅ ለዴስክ የሚሰጥ ሆኖ አንድ ቅጅ ከአዋዋዩ ጋር ይቀመጣል፣ ከዚህ ውጭ የሚደረግ የስጦታ ውል ተቀባይነት አይኖረውም

ሀ በዚህ አዋጅ በገጠር መሬት የመጠቀም ልዩ መብት የተፈቀደላቸው ተጠቃሚዎች ይዞታቸው በስጦታ ማስተላለፍ አይችሉም፣

ለ. የመሬት ይዞታቸው በስጦታ ሊያስተላልፉ የተፈቀደላቸው ገበሬዎች በስጦታ፣ በውርስ ወይም በሽግሽግ እንደገና መሬት የማግኘት መብት የላቸውም፣

13.ማንኛውም በገጠር መሬት የተጠቃምነት መብት ያለው መሬት ሊያገኝና ሊጠቀም የሚችለው በአካባቢው መጠንና ስፋት ብቻ ይሆናል

www.abyssinialaw.com



## ዓንቀፅ 9፦ ምክራይ መሬት ገፀር

1. መረጋገፂ ትሕዝቶ ሰርቲፊኬትን ካርታን ዝተውሃቦ ሓረስታይ ክሳብ ፍርቂ ትሕዝትኡ ጥራሕ ንኻልእ ሓረስታይ ወይ በዓል ሃፍቲ ክካርይ ይኽእል፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ኣብ ዞባ ምዕራብን ክፋል ሰሜን ምዕራብን ዝግበር ምክራይ ትሕዝቶ መሬት ብዝወፅእ ደንቢ ዝውሰን ይኸውን፣
3. ትሕዝቶ መሬት ሰብ ሓጻር ዝካረ ብሓበራዊ ስምምዕነት እቶም ሰብ ሓጻር ይኸውን፣ እንተዘይ ኾይኑ ምክራይ ኣይካኣልን፣ ካብ ሓባራዊ ስምምዕ ወፃኢ ዝተፈፀመ ውዕሊ ኪራይ ሕጋዊ ውፅኢት ኣይህልዎን፣
4. ሕድ ሕድ ሓረስታይ ምስ ተኻረይቲ ትሕዝቶ መሬቱ ዝገብሮ ውዕሊ ኪራይ መሬት

ሀ. ካብ ልምዳዊ ሜላ ሕርሻ ወፃኢ ዘበናዊ ቴክኖሎጂ ዝጥቀም እንተኾይኑ ክሳብ 20 ዓመት ምክራይ ይካኣል፤ ዝጥቀመሉ ዓይነት ቴክኖሎጂ ዝርዝር ብደንቢ ይውሰን፤

ለ. ልማዳዊ ሜላ ሕርሻ ንዝጥቀም መሬት ምክራይ ዝካኣል ካብ ሰለስተ ዓመት ንዘይበለፀ ግዘ ጥራሕ ይኸውን።

5. ኣገባብ ኣፈፃፅማ፣ ምዝገባን ከይዲን ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝፍፀም ውዕሊ ኪራይ መሬት ዝምልከት ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን፣
6. ሓደ ሓረስታይ ትሕዝቶ መሬቱ ንነዊሕ ዓመታት ድሕሪ ምክራዩ እንተሞይቱ እቲ ውዕሊ ምስ ወረስቱ ከምዝተፈፀመ ተቆፂሩ ክሳብ እቲ ግዘ ገደብ ውዕሊ ይቕፅል፣ መዋቲ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ወራሲ ዘይብሉ እንተኾይኑ ተኻራያይ ብመሰረት ውዕሊ ኪራይ ዘይተኸፈለ ውዝፍ ክፍሊት እንተሃልይዎን ብመሰረት ሕጊ ዝውሰን ግብሪ ንመንግስቲ እናኸፈለ ክሳብ መወድኢ ግዜ ውዕሊ ጥራሕ በቲ መሬት ምጥቃም መሰል



## አንቀፅ 9፦ የገጠር መሬት ማከራየት

1. የይዞታ ማረጋገጫ ሰርተፊኬትና ካርታ የተሰጠው አርሶ አደር እስከ ግማሽ ይዞታው ብቻ ለሌላ አርሶ አደር ወይም ባለ ሃብት ሊያከራይ ይችላል፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በምዕራብ ዞንና ከፊል ሰሜን ምዕራብ የሚደረግ የመሬት ይዞታን ማከራየት በሚወጣው ደንብ የሚወሰን ይሆናል፣
3. የባለ ትዳሮች የመሬት ይዞታ የሚከራየው በባለትዳሮች የጋራ ስምምነት ይሆናል፣ ካልሆነ ማከራየት አይቻልም፣ ከጋራ ስምምነት ውጭ የተፈፀመ የኪራይ ውል ሕጋዊ ውጤት አይኖረውም፣
4. እያንዳንዱ አርሶ አደር ከመሬት ይዞታው ተካራዮች የሚያደርገው የኪራይ ውል፡-

ሀ. ከልማዳዊ የእርሻ ዘዴ ውጭ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ የሚጠቀም ከሆነ እስከ 20 ዓመት ማከራየት ይቻላል፣ የሚጠቀምበት የቴክኖሊጂ አይነት ዝርዝር በደንብ ይወሰናል፡

ለ. ልማዳዊ የእርሻ ዘዴ ለሚጠቀም መሬት ማከራየት የሚቻለው ከሶስት አመት ላልበለጠ ጊዜ ብቻ ይሆናል፣

5. በዚህ አንቀፅ መሰረት የሚፈፀም የመሬት ኪራይ ውል የአፈፃፀም አገባብ ፣ ምዝገባ እና ሂደቱን የሚመለከት በሚወጣው ደንብ ይወሰናል፣
6. አንድ አርሶ አደር የመሬት ይዞታው ለረዥም አመታት ካከራየ በኋላ ከሞተ ውሉ ከወራሾቹ እንደተፈፀመ ተቆጥሮ እስከ ውሉ ጊዜ ማብቅያ ይቀጥላል፣ መዋቹ በዚህ አዋጅ መሰረት ወራሽ የሌለው ከሆነ ተካራዩ በኪራይ ውሉ መሰረት ያልተከፈለ ውዝፍ ክፍያ ካለውና በህግ መሰረት የሚጣል ግብር ለመንግስት እየከፈለ እስከ ውሉ ጊዜ ማብቅያ ብቻ በመሬቱ የመጠቀም መብት ይኖረዋል፣



9

www.abyssinialaw.com

ገፅ10 ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ኣዋጅ ቑ 239/2006 ገፅ 10 የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ አዋጅ ቁ239 /2006

ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 10 ኣጠቓቕማ ተሓራሲ መሬት ገፀር**

1. ሕድ ሕድ ሓረስታይ ብትሕዝቶ መሬቱ ዘለዎ መሰል ተጠቃምነቱ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 8 ንኡስ ዓንቀፅ 11ን ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ኣብ ኣጠቓቕማ መሬት ገፀር ዝስዕቡ ግቡኣት ኣለዎ።

ሀ. ሕድ ሕድ ሓረስታይ ኣብ ትሕዝቶ መሬቱ ዝርከቡ ኣግራባት ከየብረሰ ክጥቀም ግቡእ ኣለዎ፣

ለ. ሕድ ሕድ ሓረስታይ ኣብ ግራቱ ወይ ኣብ ከባቢ ግራቱ ዝርከቡ ዓርሞታት ንከይፈርሱ ክከናኸን፣ እንተፈሪሶም ክፅግኖም ግቡእ ኣለዎ፣

ሐ. ሕድ ሕድ ሓረስታይ ኣብ ውሽጢ ተሓራሲ መሬቱ ዝርከብ ጉህሚ ከይሰፍሕ ብዘላቅነት ንኽሓዊ ብስነ ህይወታዊ መንገዲ ምልማዕን ምክንኻንን ግቡእ ኣለዎ።

መ. ሕድ ሕድ ሓረስታይ ካብ ወሰን ሩባታትን ጉህምታትን እንተነኣሰ ሰለስተ ሜትሮ ርሒቑ ክሓርስ ኣለዎ።

ረ. ዝኾነ ሰብ ካብ ዝተፈቐደሉ መጠኻ ወፃኢ ወይ ኣብ ተሓራሲ መሬት መንበሪ ገዛ ዝሰርሐ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ኣፍሪሱ ንብረቱ የልዕል፣ እንተዘይ ኣፍሪሱ ብግብረ ሓይሊ የፍርስ፣ ነዚ ዝወፀ ወፃኢ ብሕጊ ተኸሲሱ ክትክእ ይግበር።

ሰ. ንሕርሻ ዝውዕል መሬት ኣጠቓቕምኡ ከይቀየረ ክጥቀም፤ እንተቐይርዎ ናብ ዝነበሮ ክምለስ ግቡእ ኣለዎ።

2. ዝኾነ በዓል ትሕዝቶ ኣብ መረጋገፂ ትሕዝትኡ ዝኾነ ካርታን ሰርቲፊኬትን ካብ ዝሰፈረ መጠን

**አንቀፅ 10፦ የሚታረስ የገጠር መሬት አጠቃቀም**

1. እያንዳንዱ አርሶ አደር መሬት ይዞታው ያለው የተጠቃሚነት መብት በዚህ አዋጅ አንቀፅ 8 ንኡስ ዓንቀፅ 11 እና ዓንቀፅ 9 ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በገጠር መሬት አጠቃቀም የሚከተሉት ግዴታዎች አለበት፣

ሀ. እያንዳንዱ አርሶ አደር በመሬት ይዞታዉ የሚገኙ ዛፎች ሳያወድም የመጠቀም ግዴታ አለበት፣

ለ. እያንዳንዱ አርሶ አደር በማሳው ወይም በማሳው አካባቢ የሚገኙ ድንበሮች እንደይፈርሱ የመንከባከብ ከፈረሱ የመጠገን ግዴታ አለበት፣

ሐ. እያንዳንዱ አርሶ አደር በሚታረስ መሬቱ ውስጥ የሚገኝ በሮበር እንዳይሰፋ በዘላቂነት እንዲድን በስነህይወታዊ መንገድ የማልማትና የመንከባከብ ግዴታ አለበት፣

መ. እያንዳንዱ አርሶ አደር ከበሮበርና ወንዞች ዳር ቢያንስ ስወስት ሜትር ርቆ ማረስ አለበት፣

ረ. ማንኛውም ሰው ከተፈቀደለት ከጎጆ መውጫ ውጭ ወይም በሚታረስ መሬት መኖሪያ ቤት ከሰራ በአስራ አምስት ቀናት ውስጥ አፍርሶ ንብረቱ ያስነሳል፣ ካላፈረሰ በግብረሃይል ይፈርሳል፣ ለዚህ የወጣው ወጪ በህግ ተከሶ እንዲተካ ይደረጋል።

ሰ. ለእርሻ የሚውል መሬት አጠቃቀም ሳይቀይር የመጠቀም ከቀየረው ወደ ነበረበት የመመለስ ግዴታ አለበት፣

2. ማንኛውም ባለይዞታ በይዞታው ማረጋገጫ ስርተፊኬትና ካርታ ከሰፈረው የመሬት መጠን

www.abyssinialaw.com



መሬት ወፃኢ ኣጋፊሑ ሒዙ እንተተረኺቡ ዝህልዎ ተሓታትነት ገበን ከም ዘለዎ ኾይኑ ዝሓዞ ትርፊ መሬት ብቐጥታ ይሕደግ፣

3. መሰል ምጥቃም መሬት ገፀር ዘለዎ ሰብ ኣብ ትሕዝቶ ውልቀን ሓባራዊን ሃፍቲ መሬት ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከካይድን ኣግራባት ክተክልን ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 11፦ መሰል ተጠቃምነት መሬት ገፀር**

1. ኣብዚ ኣዋጅ ካብ ዝተፈቐዱ ምኽንያታት ወፃኢ ንልዕሊ 2 ዓመት ካብ ዝነብረሉ ጣብያ ናብ ካልእ ጣብያ ወይ ከተማ ዝለቐቐ በዓል ትሕዝቶ መሬት ገፀር መሬቱ ተላዒሉ ይመሓደር፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ሓደ ኣባል ስድራ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ካብ ዝነብርሉ ጣብያ እንተለቒቑውን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህፃውንቲ ደቁ፣ ውላድ ጡብ መሰል ምጥቃም መሬት ገፀር ዝተሓለወ እዩ።
3. ብምኽንያት ኣብ ውሽጢ ወረዳ ዝግበር ሓድሽ ሽግሽግ ጣብያታት መንበሪ ገዝኦም ናብ ካልእ ጣብያ ዝኣተዎም ሓረስቶት ኣብቲ ዝኣተውዎ ጣብያ መሬት ክሳብ ዘይረኽቡ ኣብቲ ነባር ጣብየኦም ዘሎ ትሕዝቶ መሬቶም መሰል ምጥቃም ኣለዎም፣
4. ብምኽንያት ሓዳር ካብ ሓደ ገፀር ጣብያ ናብ ካልእ ገፀር ጣብያ ካብ ወረዳ ናብ ወረዳ ካብ ክልል ናብ ካልእ ክልል ዝኸደን ኣብ ገጠር ዝነብር እንተኾይኑን ኣብቲ ዝኸደሉ ጣብያ፣ ወረዳ፣ ክልል መሬት እንተዘይረኺቡን ኣብቲ ዝነበሮ ቦታ ብዝነበሮ ትሕዝቶ መሬት ክጥቀም መሰል ኣለዎ።



ውጭ አስፋፍቶ ይዞ ከተገኘ የሚኖረው የወንጀል ተጠያቂነት እንዳለሆኖ የያዘው መሬት በቀጥታ ይነጠቃል፣

3. በገጠር መሬት የተጠቃሚነት መብት ያለው ሰው በግል ይዞታና በጋራ ሃብት መሬት የውሃና የአፈር ጥበቃ ስራዎች የማካሄድና ዛፎችን የመትከል ግዴታ አለበት

**አንቀፅ 11፦ በገጠር መሬት የመጠቀም መብት**

1. በዚህ አዋጅ ከተፈቀዱ ምክንያቶች ውጭ ከሚኖርበት ቀበሌ ከሁለት ዓመት በላይ ወደሌላ ቀበሌ ወይም ከተማ የለቀቀ የገጠር መሬት ባለይዞታ መሬቱ ተነስቶ ይተዳደራል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል።
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ አንድ የቤተሰብ አባል ባል ወይም ሚስት ከሚኖርበት ቀበሌ ቢለቅም ዕድሜያቸው ከ18 ዓመት በታች የሆኑ ልጆቹና የጉዲፍቻ ልጅ በገጠር መሬት የመጠቀም መብት የተጠበቀ ነው።
3. በወረዳ ውስጥ በሚደረግ አዲስ የቀበሌዎች ሽግሽግ ምክንያት መኖሪያ ቤታቸው ወደሌላ ቀበሌ የገባባቸው አርሶ አደሮች በሂዱበት ቀበሌ መሬት እስካላገኙ ድረስ በነበሩበት ቀበሌ ባለው የመሬት ይዞታቸው የመጠቀም መብት ኣላቸው፣
4. በትዳር ምክንያት ከአንድ የገጠር ቀበሌ ወደሌላ የገጠር ቀበሌ ፣ ከወረዳ ወደሌላ ወረዳ፣ ከክልል ወደሌላ ክልል የሄደና በገጠር የሚኖር ከሆነ በሄደበት ቀበሌ፣ ወረዳ፣ ክልል መሬት ካላገኘ በነበረበት ቦታ በነበረው የመሬት ይዞታ የመጠቀም መብት አለው፣

www.abyssinialaw.com

ገፅ 12 ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ኣዋጅ ቑ239 /2006 ገፅ 12 የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ አዋጅ ቁ239 /2006

5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን እዞም ዝስዕቡ ኣካላት ብዝነበሮም ትሕዝቶ መሬት ገፀር ዘለዎም መሰል ተጠቃምነት ሕልው እዩ።

ሀ. ኣብ ስራሕ ዘለው ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገርን፣ ብቦርድን ጡሮታን ዝወፁ

ለ. ኣብ ስራሕ ዘለው ኣባላት ፖሊስ ክልልን ፌደራልን፣ ብቦርድን ጡሮታን ዝወፁ

ሐ. ሕጋዊ ወረስቲ ወይ እንትጋደል መሬቱ ዝገደፈሎም ተጠቀምቲ መሬት ስውኣት ተጋደልትን ምልሻን ፣

መ. ብምኽንያት ኣብ ጣብይኡ ትካል ትምህርቲ ብዘይምህላዉ ካብ ጣብይኡ ዝለቐቑ ብቐትሪ ዝምሃር ተምሃራይ ኣብ ትምህርቲ ምህላዉ በቢዓመቱ መረዳእታ ዘቕርብ ተምሃራይ፣

ረ. ኣብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣብያተ ዕዮ ተቖፂሮም ዝሰርሑን ካልኦትን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከቡ ጉድኣት ኲናት ተጋደልቲ ትግራይ

ሰ. ከቢድ ፀገም ስነ-ኣእምሮ፣ ጉድኣት ኣካል ዘለዎምን ባዕሎም ክሓርሱ ዘይኽእሉን ውልቀ ሰባት

ሸ. ሰብ ሓዳሮም ወይ ጠወርቲ ጉድኣት ኣካል ተጋደልቲ ነቲ ጉድአ ንምሕብሓብ ጣብይኦም ዝለቐቑን ምሕብሓብ ዘድልዮም ምኻኑ መረዳእታ ሕክምና ዘቕርቡ፣

ቀ. ካብ ስራሕቲ ማሕረስ ብቐጥታ ዝተመረፁ በቢብርኩ ዝተመረፁ ጠርነፍቲ ማሕበራት፣ መራሕቲ ሃይማኖታዊ ትካላት፣ ኣባላት ተወከልቲ ቤት ምኽሪ ህዝቢ ብመረፃ ጣብየኦም እንትለቁ

በ. ሓብሓብን ጠዋርን ስኢኖም ጣብይኦም ዝለቐቑን በቲ ጣብያ ስራሕ ፈፃሚ ዝእመነሎም ሽማግለታት፣

5. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገ ቢኖርም የሚከተሉት አካላት በነበራቸው የገጠር የመሬት ይዞታ ያላቸው የተጠቃሚነት መብት የተጠበቀ ነው።

ሀ. በስራ ያሉ የሃገር መከላከያ ሰራዊት አባላት እና በቦርድና ጡሮታ የወጡ

ለ. በስራ ያሉ የፌደራልና የክልል የፖሊስ አባላት እና በቦርድና ጡሮታ የወጡ

ሐ. ሕጋዊ ወራሾች ወይም ወደትግል ስሄድ መሬቱ የተወላቸው ስማእት ታጋይና ምልሻ

መ.በቀበሌው የትምህርት ተቋም ባለመኖሩ ምክንያት ቀበሌውን የለቀቀ የቀን ተማሪ በትምህርት ገበታ ላይ መኖሩ በየአመቱ መስረጃ የሚያቀርብ ተማሪ፣

ረ. በመንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ መስሪያ ቤቶች ተቀጥረው የሚሰሩና ሌሎች በሃገር ውስጥ ያሉ የትግራይ ታጋይ የጦርጉዳተኞች

ሰ. ከባድ የስነ አእምሮ ችግር፣ የአካል ጉዳት ያለባቸውና ራሳቸው ለማረስ የማይችሉ ግለ ሰቦች

ሸ. የአካል ጉዳተኛ ታጋዮች ባለ ትዳሮች ወይም ጧሪዎች ጉዳተኛውን ለመንከባከብ ቀበሌያቸው የለቀቁና እንክብካቤ የሚያስፈልጋቸው መሆኑ የሃኪም ማስረጃ የሚያቀርቡ፣

ቀ. ከእርሻ ስራቸው በቀጥታ የተመረጡ በየደረጃው የተመረጡ የማሕበራት፣ የሃይማኖታዊ ድርጅቶችአመራር የህዝብ ተወካዮች ምክር ቤት አባላት በምርጫ ቀበሌ አቸውን ሲለቁ

በ. ጠዋሪና ተንከባካቢ አጥተው ቀበሌአቸውን የለቀቁና በቀበሌው ስራ አሰፈፃሚ የሚታመንባቸው ሽማግለዎች

www.abyssinialaw.com



ተ. ኣቦኦምን ኣዲኦምን ብሞት ዝሰኣኑ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ዘዕብዮምን ዝሕበሕቦምን ንምእላሽ ጣብየኦም ዝለቐቑ ህፃውንቲ

ቸ. ኣብ እዋን ግዜ መቐሎ መሬት ኣብ ከተማ ወይ መሬቶም ካብ ዝርከበሉ ወፃኢ ኮይኖም ዝተዓደሉ፣ ይኹን እንበር ብስራሕቲ ንግዲ፣ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ንግዲ ትካላት ዝማሓደሩ ኣይምልከትን፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን።

ነ. ኣብ ደሞም ኤች ኣይቪ ዘለዎምን መረዳእትኦም ብእዋኑ ዘቕረቡን መሃያ ዘይብሎምን መሰል ምጥቃም ብትሕዝቶ መሬቶም ሕልው እዩ።

6.ብምኽንያት ምስፍሕፋሕ ከተማ ትሕዝቶ መሬቶም ናብ ክሊ ከተማ ዝኣተዎም ሓረስቶት ዘለዎም መሰል፣

ሀ. መሰል ምርካብ ካሕሳ ሕልው ኮይኑ በቲ ዝተረፈ መሬት ገፀር መሰል ምጥቃም ኣለዎም፣

ለ. ካብ ገፀር ናብ ከተማ ዝኣተው ሓረስቶት ብመሰረት ሕጊ ዝወሃቦም ካሕሳ ከምዘሎ ኾይኑ ከተማ ምምሕዳር ካብቲ ገፀር ወረዳ ብሰሩዕ ተረኪቡ ብሕጊ ከተማ ይማሓደሩ።

**ዓንቀፅ 12፦ ኣብ ተሓራሲ መሬት ዝርከቡ ኣግራባት**

1. ኣብ ትሕዝቶ መሬትን መንበሪን ዝርከቡ ኣግራባት ሃፍቲ እቲ በዓል ትሕዝቶ ሓረስታይ እዮም፣፡
2. ኣብ ተሓራስን ዘይሕረስን መሬት ልሙዕነት ሓመድ ዝፃብእ ተኽሊ ምትካል ዝተኸልከለ እዩ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
3. ኣጠቓቕማን ሓለዋን ኣግራባት ኣመልኪቶም ዝወፁ ካልኦት ሕግታት ፌደራልን እዚ ክልልን



ተ. አባታቸውና እናታቸውን በሞት ያጡ ዕድሜያቸው ከ18 አመት በታች የሆኑ አሳዳጊና ተንከባካቢ ለመፈለግ ቀበሌአቸውን የለቀቁ ህፃናት

ቸ. በመሬት ሽንሽና ወቅት በከተማ ወይም መሬታቸው ከሚገኝበት ውጭ ሆነው መሬት የታደሉ፣ ሆኖም ግን በንግድ፣ በጥቃቅንና አንስተኛ የንግድ ተቋማት ስራዎች የሚተዳደር አይመለከትም፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል።

ነ. በደማቸው ኤች አይቪ ያላቸውና ማስረጃቸው በወቅቱ የሚያቀርቡ እና ደሞዝ የሌላቸው በመሬት ይዞታቸው የመጠቀም መብታቸው የተጠበቀ ነው፣

6. ከተማ በማስፋፋቱ ምክንያት የመሬት ይዞታቸው ወደ ከተማ ክልል የገባባቸው አርሶ አደሮች ያላቸው መብት ፣

ሀ. ካሳ የማግኘት መብት እንደተጠበቀ ሆኖ በቀሪው የገጠር መሬት የመጠቀም መብት አላቸው፣

ለ. ከገጠር ወደ ከተማ የሚገቡ አርሶ አደሮች በህግ መሰረት የሚሰጣቸው ካሳ እንዳለ ሆኖ የከተማ አስተዳደር ከገጠር ወረዳ በአግባቡ ተረክቦ በከተማ ህግ ይተዳደራሉ፣

**አንቀፅ 12፦ . በሚታረስ መሬት የሚገኙ ዛፎች**

1. በመሬት ይዞታና መኖሪያ የሚገኙ ዛፎች የበላይዞታው አርሶ አደር ሃብት ናቸው
2. በሚታረስና በማይታረስ መሬት የአፈር ለምነትን የሚፃረር ተክል መትከል የተከለከለ ነው፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
3. የዛፎች ጥበቃና አጠቃቀም አስመልክተው የወጡ ሌሎች የፌደራልና የክልሉ ህጎች

www.abyssinialaw.com



ሕሉዋት ኮይኖም ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝርከብ ዕጣን፣ ዓየ፣ ዓውሒ፣ ሓንሰ፣ ኣውሊዕ፣ ዕሕዲ፣ ዳዕሮ፣ ሞሞና፣ መቑዕ፣ ሓቢ፣ ሳግላ፣ ሑመር፣ ዝግባ፣ እንዳዲዕ፣ ኣርቃይ፣ ሰሞች ዝኣመሰሉ ምቑራፅ ዝተኸልከለ እዩ።

4. ኣብ ተሓራሲ መሬት ዝርከቡ ኣግራባት እንዳዲዕን ዕጣንን ሃፍቲ ናይቲ በዓል ትሕዝቶ ኮይኑ በዓል ትሕዝቶ ፍርያት እንዳዲዕን ዕጣንን ብምሻጥ ወይ ኣካርዩ ክጥቀም መሰል ኣለዎ፣

5. በዓል ትሕዝቶ ኣብ ተሓራሳይ መሬቱ ዝርከቡ ኣግራባት ክንክን ምግባርን ምጥቃምን ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 13፦ ምቁራፅ መሰል ተጠቃምነት መሬት ገፀር**

1. ኣብዚ ኣዋጅ ካብ ዝተፈቐደ ምኽንያት ወፃኢ ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ካብ ጣብዮኦም ዝለቐቑ ሰባት መሬቶም ተላዒሉ ይመሓደር፣
2. ነዚ ኣዋጅን ነዚ ኣዋጅ ንምፍፃም ስዒቦም ዝወፁ ደንብን መምርሕን ብዘይምኽባር ኣብ መሬት ጉድኣት ክበፅሕ ዝገበረን ነቲ መሬት ብግቡእ ዘይተጠቐመን በዓል ትሕዝቶ መሬት ገፀር መሰሉ ክሕደግ ይኽእል፣ ዝርዝር ዓይነትን መጠንን ጉድኣት ብደንቢ ይውሰን፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ በዓል ትሕዝቶ መሬት ኣብ መሬት ንዘብፅሖ ጉድኣት ከስተኻኽል መጠንቀቕታ ተዋሂብዎ ከስተኻኽል ተዘይኪኢሉ ብዴስክ ወረዳ መበገሲ ውሳነ ሓሳብ ቐሪቡ ብወረዳ ካብኔ ምስ ፀደቐ ብትሕዝቶ መሬት ገፀር መሰል ምጥቃም ክቋረፅ ይግበር፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣



እንደተጠበቁ ሆነው በሚታረስ መሬት የሚገኙ ዕጣን፡ ዓየ፣ ዋንዛ፣ ሓንሰ፣ ወይራ፣ዋድ፣ ዋርካ፣ ቅራቅራ ግራር፣ የኮሶ ዛፍ፣ ሾላ፣ ሕሞር፣ዝግባ፣ የሙጫ ዛፍ፣ ቀርቅሃ፣ ሰሞች፣ የመሳሰሉት መቁረጥ የተከለከለ ነው፣

4.በሚታረስ መሬት ላይ የሚገኙ ሙጫናእጣን የበለይዞታው ሃብት ሆኖው የሙጫና እጣን ምርት በመሸጥ ወይ በማከራየት የመጠቀም መብት አለው፣

5. ባለ ይዞታ በሚታረስ መሬቱ የሚገኙ ዛፎች ተገቢውን እንክብካቤ የማድረግና የመጠቀም ግዴታ አለው

**አንቀፅ 13፦ . የገጠር መሬት ተጠቃምነት መብት ማቋረጥ**

1. በዚህ አዋጅ ከተፈቀደው ምክንያት ውጭ ከ ሁለት ዓመት በላይ ቀበሌ ኣቸውን የለቀቁ ሰዎች መሬታቸው ተነስቶ ይተዳደራል፣
2. ይህን አዋጅና አዋጅን ለመፈፀም ተከትለው የሚወጡ ደንብና መመሪያ ባለማክበር በመሬት ላይ ጉዳት እንዲደርስ ያደረገና መሬቱን በተገቢው ያልተጠቀመ ባለ ይዞታ የገጠር መሬት ይዞታ የመጠቀም መብት ሊነጠቅ ይችላል፣ የጉዳት አይነትትና መጠን ዝርዝሩ በደንብ ይወስናል፣
3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ የመሬት ባለ ይዞታ በመሬቱ ላደረሰው ጉዳት እንዲያርም ማስጠንቀቅያ ተስጥቶት ሊታረም ካልቻለ በወረዳው ዴስክ መነሻ ውሳኔ ሓሳብ ቀርቦ በወረዳው ካብኔ ከፀደቐ በኋላ በገጠር መሬት ይዞታ የመጠቀም መብት እንዲቋረጥ ይደረጋል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

www.abyssinialaw.com

ገፅ 15 ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ኣዋጅ ቑ239 /2006 ገፅ 15 የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ አዋጅ ቁ239 /2006

4. ዝኾነ በዓል ትሕዝቶ መሬት ገፀር ብድልየቱ ዘለዎ መሰል ተጠቃምነት ከቋርፅ ይኽእል፣ ይኹን'ምበር ኣብቲ መሬት ጉድኣት ዘብፅሐ እንተኾይኑ ነቲ ጉድኣት ንምሕዋይ ዘኽእል ግምት ገንዘብ ክኸፍል ይግበር፣

5. ኣብዚ ኣዋጅ ብፍሉይ መሰል ምጥቃም መሬት ገፀር ካብ ዝተፈቐደሎም ወፃኢ ኣብ መንግስታዊ ኾነ ዘይመንግስታዊ ትካላት ተቖፂሮም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብመሬት ገፀር መሰል ተጠቃምነት የብሎምን፣ ኮይኑ ግና ብፍሉይ ኩነታት ኣብ ዝርአዩ ኣካላት ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን።

6. መሰል ተጠቃምነት መሬት ገፀር ብድልየቱ ወይ ብውሳነ ካቢኔ ወረዳ ዝተቋረፆ በዓል ትሕዝቶ ዝተውሃቦ መረጋገፂ ትሕዝቶ ሰርቲፊኬትን ካርታ ምምላስ ግቡእ ኣለዎ፣

7. ብድልየቱ መሰል ተጠቃምነት መሬት ገፀር ዘቋረፀ ኣብ ልዕሊ'ቲ መሬት ዘፍረዮም ፍርያትን ዝሃነፆም ንብረታትን ከልዕል መሰሉ ሕልው ኮይኑ መሰል ምሕታት ካሕሳ ኣይህልዎን፣ ይኹን 'ምበር ኣብቲ መሬት ቀወምቲ ተኽልታት ዘፍረየ እንተኾይኑ ነቲ መሬት ዝተረከበ ኣካል ግምት ክኸፍሎ ይግበር፣

**ዓንቀፅ 14፦ ውርሲ**

1. መሰል ተጠቃምነት መሬት ገፀር ዘለዎ በዓል ትሕዝቶ እንተሞይቱ፣

ሀ. ቐዳምነት መሬት ዘይብሉ 18 ዓመትን ልዕሊኡን ውላድን ውላድ ጡብን ወረስቲ ይኾኑ።ይኹን እምበር ትሕቲ 18 ዓመት እንተሃልዮም እቲ መሬት ብውርሲ ኣይተሓላለፍን።

4. ማንኛውም የገጠር መሬት ይዞታ ያለው በገጠር መሬት ይዞታ የተጠቃሚነት መብት በፍላጎቱ ሊያቋረጥ ይችላል፣ ይሁን እንጂ በመሬቱ ላይ ጉዳት አድርሶ ከሆነ ጉዳቱን ለማዳን የሚያስችል የገንዘብ ግምት እንዲከፍል ይደረጋል፣

5. በዚህ አዋጅ በገጠር መሬት የመጠቀም ልዩ መብት ከተፈቀደላቸው ውጭ በመንግስታዊም ሆነ መንግስታዊ ያልሆኑ ተቋማት ተቀጥረው የሚሰሩ ሰራተኞች በገጠር መሬት የመጠቀም መብት የላቸውም፣ ሆኖም ግን በልዩ ሆኔታ የምታዩ አካላት ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል።

6. በገጠር መሬት የተጠቃሚነት መብቱን በፍላጎቱ ወይም በወረዳው ካቢኔ ውሳኔ የተቋረጠበት ባለ ይዞታ የተሰጠው የይዞታ ማረጋገጫ ሰርተፊኬትና ካርታ የመመለስ ግዴታ አለበት፣

7. በገጠር መሬት የተጠቃሚነት መብቱ በፍላጎቱ ያቋረጠ በመሬቱ ላይ ያፈራውን ምርትና የገነባቸው ንብረቶች የማንሳት መብቱ የተጠበቀሆኖ ካሳ የመጠየቅ መብት አይኖረውም፣ ይሁን እንጂ በመሬቱን ላይ ቋሚ ተክሎች ያፈራ ከሆነ መሬቱ የተረከበውን አካል ግምት እንዲ ከፍለው ይደረጋል።

**አንቀፅ 14፦ ውርስ**

1. በገጠር መሬት የተጠቃሚነት መብት ያለው ባለ ይዞታ ከሞተ፣

ሀ. በቅድሚያ መሬት የሌለው ዕድሚያቸው 18 ኣመትና ከዚያ በላይ የሆነ ልጅችና የጉዲፈቻ ልጅ ወራሽ ይሆናሉ። ይሁን እንጂ ከ18 ዓመት በታች ካሉ መሬቱ በውርስ ማሰተላለፍ አይቻልም።

www.abyssinialaw.com



ለ.መዋቲ ውላድ ወይ ውላድ ጡብ ዘይብሉ እንተኾይኑ መሬት ዘይብሉ ወላዲኡ ይወርስ፣

2. ትሕዝቶ መሬት ብውርሲ ዝማሓላለፍ እስካብ ካልኣይ ብርኪ ቤተሰብ ጥራሕ እዩ። ይኹንምበር በዓልትሕዝቶ መሬት እንትመውት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝወርሶ ውላድ ወይ ውላድ ጡብ ወይ ወላዲ እንተዘይሃልዮምዎ 18 ዓመት ዝመልኡ መሬት ዘይብሎም ደቂ ደቁ ነቲ መሬቱ ብቐጥታ ክወርሱ ይኽእሉ

3. ናይ ባዕሉ ትሕዝቶ መሬት ዘለዎ ሓረስታይ ካብ መጠኝ ወፃኢ ተሓራሲ መሬት ክወርስ ኣይኽእልን

4. ኣብ ከተማ ዝነብር ውልድ ወይ ውላድ ጡብ ወይ ወላዲ ተሓራሲ መሬት ገፀር ክወርስ መስል ኣይህልዎምን፣

5. ኣብ መንጎ ወረስቲ ዝግበር ክፍፍል መሬት ብዕሒት ሓደወራሲ ካብ 0.25 ሄክታር ዝነኣሰ ክኸውን የብሉን፣

6. ኣብ መንጎ ወረስቲ ዝግበር ክፍፍል ውርሲ መሬት ብዕሒት ሓደ ወራሲ ትሕቲ 0.25 ሄክታር ዝኸውን እንተድኣ ኾይኑ ወረስቲ ብሓባር ምጥቃም መስል ይህልዎም። ምክፍፋል ኣይፍቀደሎምን። ተሰማሚዑ ክጥቀም ዘይደሊ ወራሲ መሰሉ ባዕሉ ፈትዩ ከምዝገደፎ ተቖፂሩ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ብስምምዕ ይጥቀምሉ፣

7. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 6 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ኣብ ባህላዊ መስኖታትን ዓይኒ ማያትን ንዝህሉ መጠን ኣጠቓቕማ መሬት ኣይምልከትን፣

8. ብመሰረት ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ወራሲ ዘይብሉ በዓል ትሕዝቶ እንትመውት ብኮሚቴ



ለ. መዋች ልጅ ወይም የጉድፈቻ ልጅ የሌለው ከሆነ መሬት የሌለው ወላጁ ይወርሰዋል

2. የመሬት ይዞታ በውርስ የሚተላለፈው እስከ ሁለተኛ ደረጃ ቤተሰብ ብቻ ነው፣ ይሁን እንጂ የመሬት ባለይዞታ ሲሞት በዚህ ኣዋጅ መሰረት የሚወርስ ልጅ ወይም የጉዲፈቻ ልጅ ወይም ወላጅ ከሌላው 18 ኣመት የሞላቸውና መሬት የሌላቸው የልጁ ልጆች መሬቱን በቀጥታ መውረስ ይችላሉ፣

3. የራሱ መሬት ይዞታ ያለው ኣርሶ ኣደር ከመኖርያ ቤት ውጭ የሚታረስ መሬት መውረስ ኣይችልም፣

4. በከተማ የሚኖር ልጅ ወይም የጉዲፈቻልጅ ወይም ወላጅ የሚታረስ የገጠር መሬት የመውረስ መብት ኣይኖራቸውም

5. በወራሾች መካከል የሚደረግ የውርስ መሬት ክፍፍል የኣንድ ወራሽ ድርሻ ከ0.25 ሄክታር በታች መሆን የለበትም።

6. በወራሾች መካከል የሚደረግ የመሬት ውርስ ክፍፍል የኣንድ ወራሽ ድርሻ ከ0.25 ሄክታር በታች የሚሆን ከሆነ ወራሾች በጋራ የመጥቀም መብትይኖራቸዋል፣ሊከፋፈሉ ኣይፈቀድላቸውም፣ተስማምቶ ሊጠቀም የማይፈልግ ወራሽ መብቱ ራሱን ፈልጎ እንደተወ ተቆጥሮ ፍቃደኛ የሆኑት በስምምነት ይጠቀሙበታል፣

7. በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 6 የተደነገገ ቢኖርም በባህላዊ መስኖና በምንጭ ውሃ ለሚኖረዉ የመሬት ኣጠቃቀም መጠን ኣይመለከትም፣

8. በዚህ ኣዋጅ መሰረት ወራሽ የሌለው ባለይዞታ ሲሞት በቀበሌ የገጠር ኣስተዳደር

www.abyssinialaw.com



ምምሕዳር መሬት ገፀር ጣብያ መሬት ንዘይብሎም ይሸጋሸግ፣

9. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 8 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን መሬት ዘይብሉ ብተኸታታሊ ንልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ገዛ መዋቲ ዝዓበየን ዝተቐመጠን ነቲ መዋቲ ጠዋሪ ንዝኾነ ሰብ ብኮሚቴታት ምምሕዳር መሬት ገፀር ቁሸትን ጣብያን ተረጋጊፁ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክሸጋሸግ ይግበር

10. ኣብ ሕጊ ፍትሃብሄር ዝተደንገገ ውርስን ውህብቶን ዝምልከቱ ድንጋገታት ኣብ መሬት ገፀር ንዝህሉ ውርስን ውህብቶን ተፈፃምነት ኣይህልዎን፣

**ዓንቀፅ 15፦ <u>መጠን ትሕዝቶ መሬት ገፀር</u>**

1. ብባይቶን በቢ ኸባቢኡ ዝነበረ ስሪት መሬት ብሕጋዊ መንገዲ ዝተዓደለ ትሕዝቶ ሓደ ስድራ ሕልው ኮይኑ ንቅድሚት ዝዕደል መጠን ዝነኣስ ትሕዝቶ መሬት 0.25 ሄክታር ይኸውን፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ብመስኖ ንዝለምዕ መሬት ኣይሓውስን፣
3. ንቅድሚት ዝዕደል ዝለዓለ መጠን ስፍሓት መሬት ከከም ከባቢኡ ዝፍፀም ኮይኑ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

**ዓንቀፅ 16፦ <u>ኣብ መንጎ ሓረስቶት ዝግበር ላውጣ ትሕዝቶ መሬት ገፀር</u>**

1. መሬት ክለዋወጡ ዝደልዩ ሓረስቶት ብሓበራዊ ስምምዕን ንልምዓት ሕርሻ ብዝጥዕም ኩነታትን ክለዋወጡ ይኽእሉ፣
2. ብመሰረት ዝተገበረ ለውጢ ሰርቲፊኬት ተመዓራርዩ ይወሃቦም፣
3. ዝኾነ በዓል ትሕዝቶ መሬት ምስ ካሊእ በዓል



ኮሚቴ መሬት ለሌላቸዉ ይሸጋሸጋል፣

9. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 8 የተደነገገ ቢኖርም መሬት የሌላው በተከታታይ ከአምስት ዓመት በላይ በሟቹ ቤት ያደገናየተቀመጠ ለሟቹ ጧሪ ለሆነ ሰው በጎጥና በቀሌ የገጠር መሬት አስተዳዳር ኮሚቴዎች ተረጋግጦ ቅድሚያ ተሰጥቶት እንዲሸጋሸግ ይደረጋል

10. በፍትሃብሄር ሕግ የተደነገጉት ውርስና ስጦታ የሚመለከቱ ድንጋጌዎች በገጠር መሬት ለሚኖረው ውርስና ስጦታ ተፈፃምነት አይኖራቸውም፣

**አንቀፅ 15፦ <u>የገጠር መሬት ይዞታ መጠን</u>**

1. በሸንጉና በየአካባቢው በነበረው የመሬት ስሪት በህጋዊ መንገድ የታደለ የአንድ ቤተሰብ መሬት እንደተጠቀ ሆኖ ለወደፊት የሚታደል አነስተኛ የመሬት ይዞታመጠን 0.25 ሄክታር ይሆናል
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገ ቢኖርም በመስኖ ለሚለማ መሬት አይጨምርም፣
3. ለወደፊት የሚታደል ከፍተኛ የመሬት ስፋት መጠን እንደየ አካባቢው የሚፈፀም ሆኖ። ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል

**አንቀፅ 16፦ <u>በአርሶ አደሮች መካካል የሚደረግ የገጠር መሬት ይዞታ ልውውጥ</u>**

1. መሬት ለመለዋወጥ የሚፈልጉ አርሶ አደሮች በጋራ ስምምነትና ለእርሻ ልማት በሚመች ሁኔታ ሊለዋወጡ ይችላሉ፣
2. በተደረገው ልውውጥ መሰረት ሰርተፊኬት ተስተካክሎ ይሰጣቸዋል
3. ማንኛውም የመሬት ባለይዞታ ከሚፈልገው ሌላ

www.abyssinialaw.com



ትሕዝቶ መሬት ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ካብ ወረዳ ናብ ወረዳ ካብ ጣብያ ናብ ጣብያ ብስምምዕነት ብተመሳሳሊ ትሕዝቶ ክልውጥ መሰል ኣለዎ።

4. ትሕዝቶ ሰብ ሓዳር ዝኾነ መሬት ዝልወጥ ብናይ ክልቲኦም ሰብ ሓዳር ስምምዕ ጥራሕ ይኸውን፣ ብሓደ በዓል ሓዳር ጥራሕ ዝግበር ስምምዕ ለውጢ መሬት ሕጋዊ ውፅኢት ኣይህልዎን
5. ወራሲ ዘይብሉ ትሕዝቶ መሬት ንውላዱ ቐዳምነት ተዋሂብዎ ክልውጥ ይኽእል፤ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

**ዓንቀፅ 17፦ ምምሕዳር መሬት**

1. ስልጣን ምምሕዳር መሬት ገፀር ንኤጀንሲ ሓለዋ ስነ-ከባብን ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ዝተውሃበ ኮይኑ ነዚ ዘፈፅሙ ኣብ ወረዳ ደስክ ኣብ ሕድሕድ ቁሸትን ጣብያን ኮሚቴታት ምምሕዳር መሬት ገፀር ይህልው፣
2. ሕድ ሕድ ወረዳን ጣብያን ካብ ዝሓለፈ መቐሎ መሬት ካብ ዝተውሃበ ወፃኢ ዘሎ መሬት በቢብርኩ ብዘለው መሬት ገፀር ከመሓድሩ ስልጣን ብዝተወሃቦም ኣካላት ዝመሓደር ኮይኑ ብዘይካ ፍቓድን መምርሒን መንግስቲ እዚ ክልል መሬት ምሓዝን ምኽላልን ኣይከኣልን፣
3. መንግስቲ እዚ ክልል ካብ ሓበራዊ ትሕዝቶ መሬት ገፀር ከከም ኣድላይነቱ ናብ ትሕዝቶ ውልቀ ክዛወር ይኽእል፣
4. ጉህምን ጎቦን ንምርባሕ እንስሳ፣ ኣትክልትን ፍረምረን ንልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮን ክምቀል ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

**ዓንቀፅ 18፦ ሽግሽግ መሬት ገፀር**

ኣብ ኣዋጅ ቁፅሪ 456/1997 ፌደራል ዓንቀፅ 9



የመሬት ባለይዞታ በክልሉ ውስጥከወረዳ ወደ ወረዳ ከቀበሌ ወደ ቀበሌ በስምምነት በተመሳሳይ ይዞታ የመለወጥ መብት አለው፣

4. የባለትዳር ይዞታ የሆነው መሬት የሚለወጠው በሁሉቱም ባለትዳሮች ስምምነት ብቻ ይሆናል፣ በአንድ ባለ ትዳር ብቻ የሚደረግ የመሬት ልውውጥ ስምምነት ህጋዊ ውጤት አይኖረውም፣
5. ወራሽ የሌለው የሚዋች ይዞታ ለልጁ ቅድሚያ ተሰጥቶት ሊለውጥ ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል።

**አንቀፅ 17፦ የመሬት አስተዳደር**

1. የገጠር መሬት የማስተዳደር ስልጣን ለስነ-አከባቢና የገጠረ መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ኤጀንሲ የተሰጠ ሆኖ ይህን የሚያስፈፅሙ በወረዳ ዴስክ በያንዳንዱ ጎጥና ቀበሌ የገጠር የመሬት አስተዳደር ኮሚቴዎች ይኖራሉ፣
2. እያንዳንዱ ወረዳና ቀበሌ ካለፈው የመሬት ሽንሽና ተከትሎ ከተሰጠ ውጭ የሚገኝ መሬት በየደረጃው ባሉ የገጠር መሬት ለማስተዳደር ስልጣን የተሰጣቸው አካላት የሚተዳደር ሆኖ ከክልሉ መንግስት ፍቃድና መመሪያ መሬት መያዝናመከለል አይቻልም፣
3. የክልሉ መንግስት የጋራ የገጠር መሬት ይዞታ እንደየአስፈላጊነቱ ወደ ግልይዞታ ሊያዛወር ይችላል፣
4. ቦረቦርና ተራራ ለእንስሳት ርቢ፣ ለአትክልትና ፍራፍሬና ለተፈጥሮ ሃብት ልማት መሸንሸን ይቻላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

**አንቀፅ 18፦ የገጠር መሬት ሽግሽግ**

የፌደራል አዋጅ ቁጥር 456/1997 አንቀፅ 9

www.abyssinialaw.com



ሽግሽግን ምምሕዳር ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ዝተደነገገ ሕልው ኮይኑ፣

1. በቢ ዓመቱ መጠንን ፍልፍልን ዝሽጋሸግ መሬት፣ በዝሒ ዝሽጋሸጉ ሰባትን ዝምልከት መፅናዕትን ትግባራን ካብ ሓምለ 1 ክሳብ ለካቲት 30 ይጠቓለል፣
2. ሽግሽግ መሬት ዕድሚኦም 18 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ንዝኾኑ ብዕፃ ይፍፅም
3. ኣብ ሽግሽግ መሬት ንደቂ ኣንስትዮን ጉድኣት ኣካልን ቀዳምነት ይወሃቦም፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

**<u>ክፍሊ ሰለስተ</u>**

**<u>ኢንቨስትመንት ሕርሻ</u>**

**ዓንቀፅ 19፦ <u>ብመንግስቲ ዝካረ ኢንቨስትመንት መሬት ገፀር</u>**

1. መንግስቲ ኢኮኖሚያዊ ረብሕኡ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ መንጎ ተኻረይትን ዝምልከቶ ኣካልን ብዝግበር ውዕሊ መሬት ገፀር ንኢንቨስትመንት ሕርሻ ከካሪ ይኽእል፣
2. መንግስቲ ውዕሊ ኢንቨስትመንት ንዝኣተወሉ መሬት ገፀር ንዝበለፀ ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ከውዕሎ ክገብር ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
3. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝግበር ውዕሊ ኪራይ መሬት ጥቕሚ ሓረስታይ ብዘይጎድእ መልክዑ ይፍፀም፣
4. መጠን መሬትን ዓይነት ኢንቨስትመንትን እንዳተራኣየ ኣብ መንጎ መንግስትን ሰብ ሃፍትን ዝግበር ውዕሊ ኪራይ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ክሳብ 50 ዓመት ዝበፅሕ ክኸውን ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዝተደንገገ



ሽግሽግና የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ -

1. በየአመቱ የሚሸጋሸግ የመሬት መጠንና ምንጭ፣ የሚሸጋሸጉ የሰዎች ብዛት ጥናት እና ትግበራ ከሃምሌ 1 እስከ የካቲት 30 ይጠቃለላል፣
2. የመሬት ሽግሽግ ዕድሚቸው 18 እና ከዚ በላይ የሆኑ ብዕጣ ይፈፀማል
3. በመሬት ሽግሽግ ለሴቶችና አካል ጉዳቶኞች ቅድሚያ ይሰጣቸዋል፣ ዝርዝሩ በደንበ ይወሰናል፣

**<u>ክፍል ሶስት</u>**

**<u>የእርሻ ኢንቨስትመንት</u>**

**አንቀፅ 19፦ <u>በመንግስት የሚከራይ የገጠር መሬት ኢንቨስትመንት</u>**

1. መንግስት ኢኮኖሚያዊ ጠቀሜታው ከግምት በማስገባት በተካራይና የሚመለከተው አካል መካከል በሚደረግ ውል የገጠር መሬት ለእርሻ ኢንቨስትመንት ሊያከራይ ይችላል፣
2. መንግስት የኢንቨስትመንት ውል የገባበት የገጠር መሬት ለበለጠ የኢንበስትመንት ስራዎች እንዲያውል ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት የሚደረግ የመሬት ኪራይ ውል የአርሶ አደሩ ጥቅም በማይጎዳ መልኩ ይፈፀማል፣
4. የመሬት መጠንና የኢንቨሰትመንት አይነት እየታየ በመንግስትና በባለ ሃብቱ የሚደረግ የእርሻ ኢንቨስትመንት ኪራይ ውል እስከ 50 አመት የሚደርስ ሊሆን ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
5. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 4 የተደነገገው

www.abyssinialaw.com



እንተሃለወ'ውን ኣብ ገፀር ዝግበር ውዕሊ ኢንቨስትመንት ብመሰረት ሕጊ ኢንቨስትመንት ይውሰን፣

6. ትሕዝቶ መንግስታውን ዘይመንግስታዊ ትካላት፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊ ትካላትን ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሎም ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ ገደብ ዝምልከት ብደንቢ ይውሰን፣

7. ተመን ኪራይን ኣግባብ ኣፈፃፅምኡን ዝርዝር ብደንቢ ይውሰን

**ዓንቀፅ 20፦ ምክያድ መፅናዕቲ ንኢንቨስትመንት ሕርሻ ዝውዕል መሬት ገፀር**

1. ካብ ትሕዝቶ ነፃ ዝኾነ ንኢንቨስትመንት ዝውዕል መሬት ተፀኒዑ ይዳሎ፣
2. እቲ ዝተፀንዐ መሬት ብበዝሒ፣ ስፍሓትን ዓይነት ኢንቨስትመንት ተመዝጊቡን ምስ ከባቢ ሕብረተሰብ ምርድዳእ ተገይርሉ ኣብ መሬት ባንኪ ክተሓዝ ይግበር ፣

**ዓንቀፅ 21፦ ምርካብ ንኢንቨስትመንት ሕርሻ ዝኸውን መሬት**

1.ኣብ ዝኾነ ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ክዋፈሩ ዝደልዩ ሰብ ሃፍቲ መሬት ገፀር ክረኽቡ ዝኽእሉ፦

ሀ. ክሰርሖ ዝሓሰቦ ዓይነት ኢንቨስትመንት፣ ዝሓቶ መጠን መሬት፣ ዘለዎ ካፒታልን ዝደልዮ ከባቢን ምስ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ብማመልከቻ እንተቕርብ፣

ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል ሀ ዝተደንገገ ከምዘለዎ ኮይኑ ካልኦት ኣድለይቲ ተወሰኽቲ ሰነዳትን ሕጋዊ ፍቓዳትን እንተቕርብ፣

2.ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ክካይድ ዝደሊ



ቢኖርም በገጠር የሚደረግ የእርሻ ኢንቨስትመንት ውል በኢንቨስትመንት ህግ መሰረት ይወሰናል፣

6. መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች ማሕበራዊና ኢኮኖሚያዊ ድርጅቶች በመሬት ይዞታቸው የመጠቀም መብታቸው ፀንቶ የሚቆይበት የጊዜ ገደብ በሚመለከት በደንብ ይወሰናል፣

7. የኪራይ ተመን የአፈፃፀሙ አግባብ በደንብ ይወሰናል፣

**አንቀፅ 20፦ ለእርሻ ኢንቨስትመንት የሚውል የገጠር መሬት ጥናት**

1. ከይዞታ ነፃ የሆነ ለኢንቨስትመንት የሚውል መሬት ተጠንቶ ይዘጋጃል፣
2. የተጠናው የመሬት ብዛት፣ ስፋትና የኢንቨስትመንት አይነት ተመዝግቦና ከአከባቢው ሕብረተሰብ መግባባት ተደርሶበት በመሬት ባንክ እንዲያዝ ይደረጋል፣

**አንቀፅ 21፦ ለእርሻ ኢንቨስትመንት የሚሆን መሬት ማግኘት**

1. በማንኛውም የእርሻ ኢንቨስትመንት ስራዎች ለመሰማራት የሚፈልጉ ባለሃብቶች የገጠር መሬት ሊያገኙ የሚችሉት፦

ሀ. ሊሰራው ያሰበው የኢንቨስትመንት አይነት፣ የሚጠይቀው የመሬት መጠን፣ ያለው ካፒታልና የሚፈልገው አካባቢ ግልፅ በማድረግ ከነ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል በማመልከቻ ሲያቀርብ፣

ለ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ፊደል ሀ የተደነገገው እንዳለ ሆኖ ሌሎች አስፈላጊ የሆነ ተጨማሪ ሰነዶችና ሕጋዊ ፍቃዶችን ሲያቀርብ፣

2. የእርሻ ኢንቨስትመንት ስራዎች ለማካሄድ

www.abyssinialaw.com



ዝኾነ ኣካል መፅናዕቲ መሰረት ዝገበረን ኣብ ማሕበራውን ከባብያውን ፀገም ዘይፈጥር ምዃኑን ካብ ምምሕዳር ወረዳን መሬት ዴስክን ፅሑፍ ድጋፍ ተማሊኡ ምሰቀረበ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ውዕል ምስተፈፀመ መሬት ክረክብ ይግበር፣

**ዓንቀፅ 22፦ <u>ካብ መንግስቲ መሬት ገፀር ተኻርዩ ዝጥቀም በዓል ሃፍቲ ግቡኣት</u>**

ካብ መንግስቲ መሬት ገፀር ብሕጋዊ ውዕሊ ተኻርዩ ዝጥቀም ዝኾነ በዓል ሃፍቲ ዝስዕቡ ግቡኣት ኣለውዎ።

1. መሬት ካብ ዝተረከበሉ እዋን ብመሰረት ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ስራሕ ምጅማር፣
2. ካብ መንግስቲ ካብ ዝተረከቦ ስፍሓት ከይወሰኽ ምጥቃም፣ ወሲኹ እንተተረኺቡ ተሓታትነት ገበንን ይህልዎ፣ ዝወሰዶ ትርፊ መሬት ንዝምልከቶ ኣካል ምርካብ
3. ነቲ ዝተኻረዮ መሬት ብዘይኣፍልጦ ዝምልከቶ ኣካል ካብቲ ዝኣተዎ ውዕሊ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ናብ ማሕበር ወይ ሽርክና ምቕያር ኣይከኣልን፣ ይኹን እምበር ብፍቓድ ዝምልከቶ ኣካል ክቕየር ይከኣል፣ ኣግባብ ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ሽም ማሕበር፣ ሽርክናን መሰረቲ ኣባላትን ምቕያር ዝተኸከለ እዩ።
5. ዝተካረዮ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ንሳልሳይ ወገን ምምሕልላፍ ዝተኸልኸለ እዩ፣
6. ካብ መንግስቲ መሬት ሕርሻ ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ ኣብ ኢዱ ዝርከብ መሬት ምዕቃብ፣ ዝተወሰነ ትሕዝትኡ ንልምዓት ኣግራብ ከውዕል



የሚፈልግ ማንኛውም ኣካል ጥናት መሰረት ያደረገና በማህበራዊና ኣከባብያዊ ችግር የማይፈጥር መሆኑን ከወረዳ ኣስተዳደርና ከመሬት ዴስክ የፅሁፍ ድጋፍ ተማልቶ ሲቀርብ ከሚመለከተው ኣካል ውል ከተፈፀመ በኋላ መሬት እንዲያገኝ ይደረጋል

**ኣንቀፅ 22፦ <u>ከመንግስት የገጠር መሬት ተከራይቶ የሚጠቀም ባለ ሃብት ግዴታ</u>**

ከመንግስት የገጠር መሬት በህጋዊ ውል ተከራይቶ የሚጠቀም ማንኛውም ባለ ሃብት የሚከተሉት ግዴታዎች ኣሉት፣

1. መሬት ከተረከበበት ጊዜ ጀምሮ በፕሮጀክት ፕሮፖዛል መሰረት ስራ መጀመር፣
2. ከመንግስት የተረከበው ስፋት ሳይጨምር መጠቀም፣ ጨምሮ ከተገኘ የወንጀል ተጠያቂነት ይኖረዋል፡ የወሰደው ትርፍ መሬት ለሚመለከተው ኣካል ማስረከብ
3. የተከራየው መሬት ካለ ሚመለከተው ኣካል እውቅና ውጭ ከገባው የእርሻ ኢንቨስትመንት ውል ወደ ማሕበር ወይም ሽርክና መቀየር ኣይቻልም፣ ሆኖም በሚመለከተው ኣካል ፍቃድ ሊቀየር ይችላል፣ ኣግባብ ኣፈፃፀሙ በደንቢ ይወሰናል።
4. በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 3 የተደነገገው የተጠበቀ ሆኖ የማህበር ስም፣ ሽርክና እና መሰራች ኣባላት መቀየር የተከከለ ነው።
5. የተከራየው የእርሻ ኢንቨስትመንት ለሶስተኛ ወገን ማስተላለፍ የተከለከለ ነው፣
6. ከመንግስት የእርሻ መሬት የተከራየ ባለ ሃብት በእጁ የሚገኝ መሬት መንከባከብ፣ የተወሰነ ይዞታው ለዛፎች ልማት

www.abyssinialaw.com



ግቡእ ኣለዎ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

7.ብመሰረት ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ምስራሕን ኣብ ተግባር ምውዓልን

**ዓንቀፅ 23፦ ውዕሊ ኢንቨስትመንት ሕርሻ መሬት ገፀር**

1. ዝኾነ በዓል ሃፍቲ ኢንቨስትመንት ሕርሻ መሬት ንኽርከብ ከማልኦ ዝግብኦም ቅድመ ኩነት ምስተማልአን ከከም ኩነታቱ ንነዊሕን ሓጺርን እዋን ሕጋዊ ውዕሊ ክኣስር ይኽእል፣
2. ስርዓት ኣፀዳድቓን ትሕዝቶን ውዕሊ ኪራይ ኢንቨስትመንት ሕርሻ መሬት ገፀር ብዝምልከቶ ኣካል ይፍፀም፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
3. ውዕሊ ተቐባሊ በዓል ሓዳር እንተኾይኑ ምስብዓል ሓዳሩ ብሓባር ስምምዕነት ይፍፅሙ፣
4. ውዕሊ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ዝኣተው ሰብ ሓዳር እንትፋትሑ እቲ መሬት ክምቀል ኣይፍቀድን፣ ብስምምዕ ብሓባር ክጥቀሙ እንተዘይ ተሰማሚዖም ብዕጫ ሓዲኦም ክጥቅልልዎ ይግበር፣ ዕጫ ዝበፅሖ ወገን ኣብኡ ንዝፈሰሰ ኢንቨስትመንት ግምት ይኸፍል፣

**ዓንቀፅ 24፦ መሰል ምትሕላፍ ኢንቨስትመንት**

1. ኢንቨስትመንት ሕርሻ ፕሮጀክት ምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ መሰል ኢንቨስትመንት ፕሮጀክት ምምሕላፍ ኣይካኣልን፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ብባህሪ እቲ ፕሮጀክት ምህርቲ ዝጅምረሉ እዋን ልዕሊ ሓደ ዓመት እንተኾይኑ እቲ ፕሮጀክት ምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ዘለዎ መሰል ከማሓላልፍ ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣



እንዲያውል ግዴታ ኣለበት፣ ዝርዝሩ ብደንብ ይወሰናል፣

7. በፕሮጀክት ፕሮፖዛል መሰረት መስራትና ተግባር ላይ ማዋል፣

**አንቀፅ 23፦ የገጠር መሬት የእርሻ ኢንቨስትመንት ውል**

1. ማንኛውም ባለሃብት የእርሻ ኢንቨስትመንት መሬት ለማግኘት ሊያሟላቸው የሚገቡ ቅድመ ሁኔታዎች ካሟላ እንደየሁኔታው የረዥምና የአጭር ጊዜ ህጋዊ ውል ሊያስር ይችላል፣
2. የገጠር መሬት የእርሻ ኢንቨስትመንት የኪራይ ውል ይዘትና የአፀዳደቅ ስርአት በሚመለከተው አካል ይፈፀማል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
3. የውል ተቀባዩ ባለትዳር ከሆነ ካባለትዳሩ በጋራ ስምምነት ይፈፅማሉ፣
4. የእርሻ ኢንቨስትመንት ውል የገቡ ባለትዳሮች ሲፋቱ መሬቱ ሊከፈል አይችልም፣ በስምምነት በጋራ ሊጠቀሙበት ካልተሰማሙ በእጣ አንዳቸው እንዲጠቀልሉት ይደረጋል፣ እጣ የደረሰው ወገን በመሬቱ ላይ ለፈሰሰው ኢንቨስትመንት ግምት ይከፍላል

**አንቀፅ 24፦ የኢንቨስትመንት መብት ማስተላለፍ**

1. የእርሻ ኢንቨስትመንት ፕሮጀክት ምርት ከመጀመሩ በፊት የኢንቨስትመንት ፕሮጀክት መብት ማስተላለፍ አይቻልም፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በፕሮጀክቱ ባህርይ ምርት የሚጀምርበት ጊዜ ከአንድ ኣመት በላይ ከሆነ ፕሮጀክቱ ምርት ከመጀመሩ በፊት ያለው መብት ማስተላለፍ ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ

www.abyssinialaw.com



3. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2ን መሰል ኢንቨስትመንት ካብ ቐረፅ ነፃ ዝኣተው መሳርሕታትን ኣቑሑትን ቀረፅ ከይተኸፈሎም ናብ ካልኣይ ወገን ክመሓላለፍ ኣይኽእልን፣ ይኹን'ምበር ንተመሳሳሊ መሰል ኢንቨስትመንት ዘለዎም ክመሓላለፉ ይኽእሉ። ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን።
4. መሬት ገፀር ብውዕሊ ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ ዘለዎ ተጠቃምነት ብውሕስና ክትሕዝ ይኽእል ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

**ዓንቀፅ 25፦ <u>ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ሕርሻ</u>**

1. ሓዱሽ ቴክኖሎጂን ዝለዓለ ካፒታልን ተጠቒሙ ውፅኢታዊ ምንቅስቓስ ልምዓት ብምግባር ኢንቨስትመንቱ ዘጋፍሕን ዘማሓይሽን በዓል ሃፍቲ ይተባባዕ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ እቲ ዝተኻረየ መሬት ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ልምዓት ከምዝወዓለ ብብዓል ሞያ ክረጋገፅ ይግባእ፣

**ዓንቀፅ 26፦ <u>ምቁራፅ ውዕሊ ኪራይ መሬት ገፀር ኢንቨስትመንት ሕርሻ</u>**

ውዕሊ ኪራይ መሬት ገፀር ኢንቨስትመንት ሕርሻ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ክቋረፅ ይኽእል።

1. ግዜ ውዕሊ እንትውዳእ፣
2. ብመሰረት ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ስራሕ እንተዘይ ጀሚሩ
3. ካብ ዝኣተዎ ውዕሊ ወፃኢ ኣጠቓቕማ እቲ መሬት ዝቐየረ
4. ካብ ኣፍልጦ ዝምልከቶ ኣካል ወፃኢ ነቲ ዝተኻረዮ መሬት ናብ ሳልሳይ ወገን



ይወሰናል፣

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ና 2 መሰረት የኢንቨስትመንት መብት ከቀረጥ ነፃ የገቡ እቃዎችና መሳርያዎች ቀረጥ ሳይከፈላቸው ወደ ሁለተኛ ወገን ሊያስተላልፍ አይችልም፣ ይሁን እንጂ ተመሳሳይ መብት ኢንቨስትመንት ላላቸው ሊያስተላለፉ ይችላሉ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል።
4. የገጠር መሬት በውል የተከራየ ባለሃብት ያለውን የተጠቃሚነት መብት በዋስትና ሊያስይዝ ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

**አንቀፅ 25፦ <u>የእርሻ ኢንቨስትመንት ማስፋፋት</u>**

1. አዲስ ቴክኖሎጂና ግዙፍ ካፒታል ተጠቅሞ ውጤታማ የልማት እንቅስቃሴ በማድረግ ኢንቨስትመንቱን የሚያስፋፋና የሚያሻሽል ባለሃብት ይበረታታል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ የተከራየውን መሬት ሙሉ በሙሉ ልማት ላይ እንደዋለ በባለሞያ ሊረጋገጥ ይገባል፣

**አንቀፅ 26፦. <u>የገጠር መሬት የእርሻ ኢንቨስትመንት ኪራይ ውል ማቋረጥ</u>**

የገጠር መሬት የእርሻ ኢንቨስትመንት ኪራይ ውል በሚከተሉት ምክኒያቶች ሊቋረጥ ይችላል፣

1. የውል ጊዜው ሲያበቃ
2. በፕሮጀክት ፕሮፖዛል መሰረት ስራ ካልጀመረ
3. ከገባው ውል ውጭ የመሬት አጠቃቀም ከቀየረ
4. ከሚመለከተው አካል እውቅና ውጭ የተከራየውን መሬት ወደ ሶስተኛ ወገን

www.abyssinialaw.com



ኣማሓላሊፉ እንትርከብ

5. ብማሕበር ወይ ሽርክና መሬት ወሲዶም ዝነበሩ እቲ ማሕበር ወይ ሽርክና እንትፈርስ

6. ውልቀ ሰብ ብውዕል ዝወሰዶ መሬት ዝምልከቶ ኣካል ከይፈለጦ ናብ ማሕበር ወይ ሽርክና ክቕየር ዝገበረ እቲ ውዕሊ ብዘይ ምንም ቅድመ ኩነት ክፈርስ ይግበር።

7. ብመሰረት ፕሮፖዛል ፕሮጀክት ዘይሰርሐን ኣብ እዋኑ ኣብ ተግባር ዘየውዓለን፣

**<u>ክፍሊ ኣርባዕተ</u>**

**<u>ኣጠቓቕማን ምምሕዳርን መሬት ገፀር</u>**

**ዓንቀፅ 27፦ <u>ዘበናዊ ሕንፀፃን ምዝገባን መሬት ገፀር</u>**

1. ዝኾነ መሬት እዚ ክልል ተሓራሲ፣ ዘይሕረስ፡ መንበሪ ገዛውቲ፣ ስውሒ፣ ደኒ፣ ሸንጥሮ፣ ጎቦን እምባን ተፈልዩ ካብቲ ዝነበረ ባህላውን ልማዳውን ኣተዓቓቕናን ኣተሓሕዛ መረዳእታ ስርዓት ዘውፅእ ስርዓት ምሕደራን ኣጠቃቕማን መሬት ገፀር ኣብ ተግባር ይውዕል፣

2. ኣብ ምሕደራ መሬት ገፀር ኣብ መንጎ ሰብ ትሕዝቶን ሓበራዊ መሬት ዘበናዊ ብዝኾነ ኣገባብ ብዘይምሕንፃፁን ዘይምምዝጋቡን ዝፍጠር ጎንፂን ዘይምርዳእን ዝፈትሕ ብካርታ ዝተደገፈ ዓለም ለኸ መርከቦ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘርኢ ሰርቲፊኬት ንሰብ ትሕዝቶ ይውሃብ፣

3. ዘበናዊ ሕንፀፃን ምዝገባን ካልኣይ ብርኪ መሬት ገፀር ብዘበናዊ ቴክኖሎጂ ዝተደገፈን ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራዊን ውፅኢቱ ዘላቒ ልምዓት ዘረጋግፅ ክኸውን ይግባእ፣

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1, 2 ን 3 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ኩለመዳያዊ መረዳእታ መሬት ገፀር



አስተላልፎ ሲገኝ

5. በማህበር ወይም በሽርክና መሬት ወስደው የነበሩ ማህበሩ ወይም ሽርክናው ሲፈርስ

6. ግለ ሰብ በውል የወሰደው መሬት የሚመለከተው አካል ሳያውቅ ወደ ማህበር ወይም ሽርክና እንዲቀየር ያደረገ ውሉ ያለምንም ቅድመ ሁኔታ እንዲፈርስ ይደረጋል፣

7. በፕሮጀክት ፕሮፖዛል መሰረት ያልሰራና በወቅቱ ተግባር ላይ ያላዋለ፣

**<u>ክፍል አራት</u>**

**<u>የገጠር መሬት አጠቃቀምና አስተዳዳር</u>**

**አንቀፅ 27፦ <u>የገጠር መሬት ዘመናዊ ቅየሳና ምዝገባ</u>**

1. ማንኛውም የክልሉ መሬት የሚታረስ፣ የማይታረስ፣ መኖሪያ ቤቶች፣ መሰኽ፣ ደን በሮበር እምባና ተራራ ተለይቶ ከነበረው ባህላዊና ልማዳዊ የአለካክና የመረጃ አያያዝ ስርኣት የሚያወጣ የገጠር መሬት አጠቃቀምና አስተዳዳር ስርኣት ተግባር ላይ ይውላል፣

2. በገጠር መሬት አስተዳደር በባለይዞታዎች መካከል የጋራ መሬትን ዘመናዊ በሆነ አግባብ ባለመቀየሱና ባለመመዝገቡ የሚፈጠር ግጭትና ያለመግባባትን የሚፈታ በካርታ የተደገፈ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት አለም አቀፋዊ ግኝት የሚያሳይ ሰርተፊኬት ለባለይዞታ ይሰጣል፣

3. ሁለተኛ ደረጃ የገጠር መሬት ቅየሳና ምዝገባ በዘመናዊ ቴክኖሎጂ የተደገፈና ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖምያና ማህበራዊ ውጤቱ የልማቱ ዘለቄታ የሚያረጋግጥ መሆን ይገበዋል፣

4. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1,2 እና 3 የተደነገጉት እንደተጠቁ ሆኖው ሁለንተናዊ

www.abyssinialaw.com



ዝምዝገበሉ፣ ዝተሓዘሉን ንዝምልከቶም ኣካላት ዝውሃብሉን ስርዓት ምሕደራን ኣጠቓቕማን መረዳእታ ብዘበናዊ ቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ይዝርጋሕ፡ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

5.ዘበናዊ ሕንፀፃን ምዝገባን ኣተሓሕዛ መረዳእታን መሬት ገፀር ተግባራዊ ኣብ ምግባር መንግስታዊ፣ መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላት፣ ተጠቃሚ ሓረስታይን ካልኦት ክፋላት ሕብረተሰብ ክተሓባበሩ ግቡእ ኣለዎም፣

**ዓንቀፅ 28፦ ሽግሽግን ኣጠቓቕማን ኣብ ከባቢ ግድብ ዘሎ መፋሰስን ዝለምዕ መሬት ገፀርን**

1. ብምኽንያት ህንፀት ግድብን ልምዓት መስኖን ዝፈናቀሉ ሓረስቶት ቐዳምነት ተዋሂብዎም ኣብ መስኖ መሬት ክሽጋሸጉ ይግበር፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ብመሰረት ኣተዓጻድላ ስታንዳርድ ንመስኖ ዝኸውን መሬት ዝተረፈ ተሃልዩ ኣብ ቐረባ ንዝርከቡ ሓረስቶት ብቐደም ሰዓብ ብመቐሎ መሬት ወይ ብሽግሽግ ዝተውሃቦም ትሕዝቶ መሬቶም ወሲኹ ብሓባር ክሽጋሸጉ ይግበር፣
3. ህልውናን ግልጋሎትን እቲ ግድብ ንምሕላውን ቀፃልነቱ ንምርግጋፅን ኣብ ከባቢ እቲ ግድብ ዝርከብ ተፋሰስ ንምዕቃብ ዘኽእል ስራሕ ብተጠቀምትን ሕብረተሰብ እቲ ከባብን ክስራሕ ኣለዎ፣
4. ኣብ መፋሰስ እቲ ግድብ ዝህሉ ኣጠቓቕማ መሬት ገፀር ብዝምልከቶ ኣካል ተፀኒዑ ብዝቐረበ መሪሕ ትልሚ ኣጠቓቕማ መሬት መሰረት ብምግባር



የገጠር መሬት መረጃ የሚመዘገብበት፡ የሚያዝበትና ለሚመለከተው ኣካል የሚሰጥበት የመረጃ አስተዳደርና አጠቃቀም በዘመናዊ ቴክኖሎጂ የተደገፈ ስርኣት ይዘረጋል፡ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

5. የገጠር መሬት ዘመናዊ ቅየሳና ምዝገባ የመረጃ ኣያያዝ ተግባራዊ በማድረግ ረገድ መንግስታዊና መንግስታዊ የልሆኑ ድርጅቶች፣ ተጠቃሚው አርሶ ኣደር ሌሎች የሕብረተሰብ ክፍሎች የመተባበር ግዴታ አለባቸው

**አንቀፅ 28፦ በግድብ ኣካባቢ የሚገኘውን የገጠር መሬት ተፋሰስና የሚለማ መሬት ሽግሽግና አጠቃቀም**

1.በግድብ ግንባታና የመስኖ ልማት ምክንያት የሚፈናቀሉ አርሶ ኣደሮች ቅድሚያ ተሰጥቷቸው በመስኖው መሬት እንዲሸጋሸጉ ይደረጋል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል።

2.በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ለመስኖ የሚሆን መሬት የሚታደልበት ስታንዳርድ መሰረት የተረፈው መሬት ካለ በኣቅራቢያው ለሚገኙ አርሶ ኣደሮች በቅድም ተከል በመሬት ሽንሽና ወይም በሽግሽግ የተሰጣቸው የመሬታቸው ይዞታ ጨምሮ በጋራ እንዲሸጋሸጉ ይደረጋል፣

3.የግድቡን ህልውናና ኣግልግሎት ለመጠበቅና ቀጣይነቱ ለማረጋገጥ በግድቡ ኣካባቢ የሚገኝ ተፋሰስ ለመንከባከብ የሚያስችል ስራ በተጠቃሚዎችና በኣካባቢው ሕብረተሰብ መስራት ኣለበት፡

4.በግድቡ ተፋሰስ የሚኖረው የገጠር መሬት ኣጠቃቀም በሚመለከተው ኣካል ተጠንቶ በሚቀርበው መሪ እቅድ የመሬት ኣጠቃቀም

www.abyssinialaw.com



ንሕርሻ፣ ሕዛእቲ፣ መንበሪ ገዛ መስርሒ፣ ንልምዓት ደኒን ካብ ምትንኻፍ ሰብን እንስሳን ነፃ ዝኾነ ኣጠቓቕማ መሬት ተግባራዊ ክገብር ግቡእ ኣለዎም፣

5. ኣብቲ ግድብ ዝተዓቑረ ማይ ናይቲ ኸባቢ ሕ/ሰብ ኹሉ እቲ ግድብ ቐፃልነት ንክህልዎ ናይ ምዕጋን፣ ምዕቃብን፣ ምክንኻን ግቡእ ኣለዎም።

6. እቲ ግድብ ኣብ ዝሰርሓሉ ከባቢ ካብ መንበሪ ቦትኦም ንዝፈናቐሉ ሓረስቶት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ኣተዓዳድላ መንበሪ ገዛ ቐዳምነት ተዋሂብዎም ንመንበሪ ገዛ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ብነፃ ይረኽቡ፣

7. ንመስኖ ዝኸውን መሬት ዝግበር ሽግሽግ መጠን ትሕዝቶ መሬት ገፀር ከከም ከባቢኡ ዝውሰን ኾይኑ መጠን ትሕዝቶ ዝዕደል መሬት ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 15 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ዝለዓለ ክሳብ 1.75 ሄክታር ይኸውን፡ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

8. ዝኾነ ብመስኖ ኣብ ዝለምዕ ቦታ ትሕዝቶ መሬት ዘለዎ ሓረሰታይ ንክልተ ተኸታታሊ ዓመት ብመስኖ ተጠቒሙ እንተዘይኣልሚዑ መሬቱ ተሓዲጉ ብዝምልከቶ ኣካል ይመሓደር፣ ካብ መስኖ ወፃኢ ዘሎ ቦታ መተካእታ ይወሃቦ፡

**ዓንቀፅ 29፦ ዘይሕረስ መሬት ገፀር**

1.ዘይሕረስ መሬት ዝባሃል ንመንበሪ ገዛውቲ፣ ካልኦት ዝተፈላለዩ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ፣ ስነ-ከባቢያዊ ስራሕትን ዘድልዩ ህንፃታት፡ ስራሕቲ ኢንቨስትመንት፡ ካልኦት መንግስታውን መንግስታዊ ዘይኮኑ ግልጋሎትን ልምዓት ደኒን የጠቓልል፣ ዝርዝሩ ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፣



መሰረት በማድረግ ለእርሻ፣ ጥብቅ፣ የመኖርያቤት መስሪያ፣ ለደን ልማት ከሰውና እንስሳ ንኪኪ ነፃ የመሬት አጠቃቀም ተግባራዊ የማድረግ ግዴታ አለባቸው፣

5.በግድቡ የተጠራቀመ ውሃ የካባቢ ህ/ሰብ ሁሉ ግድቡ ቀጣይነት እንዲኖሮው የመጠገን፣ የማቀብ እና መንከባከብ ግዴታ አለባቸው

6.ግድቡ በሚሰራበት አካባቢ ከመኖሪያ ቤታቸው ለሚፈናቀሉ አርሶ አደሮች በዚህ አዋጅ መሰረት የመኖሪያ ቤት አሰጣጥ ቅድሚያ ተሰጥቷቸው ለመኖሪያ ቤት መስሪያ በተወሰነ ቦታ በነፃ ያገኛሉ፣

7.ለመስኖ የሚሆን መሬት የሚደረግ ሽግሽግ የገጠር መሬት የይዞታ መጠን እንደየአከባቢው የሚወሰን ሆኖ የሚሰጠው የመሬት ይዞታ መጠን በዚህ አዋጅ አንቀፅ 15 ንኡስ አንቀፅ 2 የተደነገገው እንድተጠበቀ ሆኖ ከፍተኛው እስከ 1.75 ሄክታር ይሆናል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

8.ማንኛውም በመስኖ በሚለማ ቦታ የመሬት ይዞታ ያለው አርሶ አደር ለሁለት ተከታታይ አመት በመስኖ ተጠቅሞ ካላለማ መሬቱ ተነጥቆ በሚመለከተው አካል ይተዳደራል፣ ከመስኖ ውጭ ባለው ቦታ ተተኪ ቦታ ይሰጠዋል፣

**አንቀፅ 29፦ የማይታረስ የገጠር መሬት**

1.የማይታረስ መሬት የሚባለው የመኖሪያ ቤቶች፣ ሌሎች የተለያዩ ማህበራዊ ኢኮኖሚያዊ፡ የስነ ከባቢ ሰራዎችና የሚያስፈልጉ ህንፃዎች፡ የኢንቨስትመንት ሰራዎች፣ ሌሎች መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ አገልግሎትና የደን ልማት የጠቃልላል፣ ዝርዝሩ አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል፣

www.abyssinialaw.com



2.ንዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ግልጋሎት መስርሒ ዝወሃብ መሬት ክንዲ ዝካኣል ንተሓራሲ መሬት ክሻመ ኣይግባእን፣

3.ዘይሕረስ መሬት፣ ጎቦን ሽንጥሮን መሬት ንዘይብሎም መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ብዘበናዊ መንገዲ ተሓንጊፁን ተመዝጊቦን ብማሕበር ተወዲቦም ወይ ብውልቆም ኣጠቓቕምኡ ከይቀየሩ ክጥቀምሉ፣ ከልምዕዎ፣ ቑፃሊ ክንክን ሓለዋን ክገብርሉ ክዕደል ይኽእል፡ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

4.ኣጠቓቕማ ዘይሕረስ መሬት ኣብ ግምት ዘእተወ ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ልምዓት ክዕደል ይኽእል፡ ዝተዓደሉ ሰብ ሃፍቲ ብመሰረት ዝኣተውዎ ውዕሊ ክጥቀሙ፣ ነቲ ከባቢ መሊሶም ከልመዑ ቑፃሊ ዝኾነ ሓለዋን ክንክን ክገብሩ ግቡእ ኣለዎም፣

**ዓንቀፅ 30፦ ንመጠሻ ዝውሃብ ቦታ**

1. 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዕድመ ንዝበፅሑ መጠሻ ዘይብሎም ነበርቲ ጣብያ ገፀር ኣብ እዋን መቐሎ መሬት መጠሻ ተባሂሉ ኣብ ዝተኸለለ ቦታ ይወሃቦም፡ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

2. ንመጠሻ ተባሂሉ ዝተኸለለ ቦታ ኣብ ዘይብሎም፣ ጣብያ ምምሕዳር፣ ኮሚቴ ጣብያ ምምሕዳር መሬትን ዴስክ ወረዳን ብሓባር ብምኻን ካብ ተሓራሲ መሬት ወፃኢ ንዝርገሐ መሰረተ ልምዓት ምችው ኣብ ዝኾነ ቦታ መጠሻ ክወሃቦም ይግበር፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

3.ንመጠሻ ዝውሃብ መሬት ገፀር ዘይሸየጥ ኮይኑ 20x20 ሜትሮ ጥራሕ ይኸውን፣ ይኹን እምበር ዕበት መሬት ኣብ ዘለዎ ከባቢ ትሕቲ 20x20 መጠሻ ክውሃብ ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብደንቢ

2.ለተለያዩ ማህበራዊ አገልግሎቶች መስሪያ የሚሰጥ መሬት እስከተቻለ የሚታረስ መሬት መሻማት የለበትም፣

3.የማይታረስ መሬት፣ ተራራና በሮበር መሬት ለሌላቸው ወጣቶችና ሴቶች በዘመናዊ መንገድ ተቀይሰና ተመዝግቦ በማህበር ለተደራጁ ወይም በግላቸው አጠቃቀሙ ላይቀይሩ እንዲጠቀሙበት፣ እንዲያለሙት፣ ቀጣይ እንክብካቤና ጥበቃ እንዲያደርጉለት ሊሰጥ ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

4.የማይታረስ የመሬት አጠቃቀም ከግምት በማስገባት ለተለያዩ የኢንቨስትመንት ልማት ስራዎች ሊሰጥ ይችላል፣ መሬት የተሰጡ ባለ ሃብቶች በገቡበት ውል መሰረት እንዲጠቀሙ ለአካባቢው መልሰው እንዲያለሙ ቀጣይ የሆነ ጥበቃና እንክብካቤ የማድረግ ግዴታ አለበቸው፣

**አንቀፅ 30፦ ለጎጆ መውጫ የሚሰጥ ቦታ**

1. 18 አመትና በላይ እድሜ ለደረሱ ጎጆ መውጫ የሌላቸው የገጠር ቀበሌ ነዋሪዎች በመሬት ሽንሽና ጊዜ ጎጅ መውጫ ተብሎ በተከለለ ቦታ ይሰጣቸዋል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፡

2. ለጎጆ መውጫ ተብሎ የተከለለ ቦታ የሌላቸው፣ የቀበሌ አስተዳደር፣የቀበሌ የመሬት አስተዳደር ኮሚቴና የወረዳው ዴስክ በጋራ በመሆን ከሚታረስ መሬት ውጭ መሰረተ ልማት ለመዘርጋት አመቺ በሆነ ቦታ ጎጆ መውጫ እንዲሰጣቸው ይደረጋል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

3. ለጎጆ መውጫ የሚሰጥ የገጠር መሬት የማይሸጥ ሆኖ 20X20 ሜትር ብቻ ይሆናል፣ ሆኖም ግን የመሬት ጥበት ባለበት አካባቢ ከ20X20 በታች መስጠት ይቻላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

www.abyssinialaw.com



ይውሰን፣

4.ስርዓት ኣተዓዳድላ መጠሻ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ መጠሽኦም ንዝተፈናቐሉ ሓረስቶት ቐዳምነት ይወሃቦም፣ ቐጺሉ ብዕድመ ቅደም ሰዓብ ይዕደል፣

5.ንኽዕደል ተባሂሉ ዝተፈለየ ትሕዝቶ መጠን መጠሻ መሬት ምስ ዝተመዝገበ መጠሻ ዝምልከቶም በዝሒ ብተመሳሳሊ ምስ ተፈፀመ ብተመሳሳሊ ሕብርን ቅርፅን ዘለዎ ወረቀት ብምድላው ብዕፃ ንኽወሃቡ ይግበር፣

6. ኣብ ገጠር ዝውሃብ መጠሻ ቦታ ብመትሐጃን መኽፈሊ ዕዳን ተባሂሉ ክተሓዝ ኣይኽእልን።

7. ንመጠሻ ዝተኸለለ ወይ ክኸለል ዝኽእል መሬት ኣብ ዘይብሎም ከባቢታት ወለዲ ኣብ መጠሻ ቦታ ንውላዶም ወይ ውላድ ጡብ ጥራሕ ብፍቓዶም ክህቡ ይኽእሉ፣

8. ንመጠሻ ዝዕደል ቦታ

ሀ. ዝተለቐቐ መጠሻ፣

ለ.ንኣጠቓቕማ መሬት ዘይጓነፅን ንመሕለፊ መንገዲ ዘይዓፁ፣

ሐ. ካብ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ዘይረሓቐ፣

መ.ብቐፃልነት ብመጠሻነት ዘገልግልን ክስፍሕ ዝኽእልን ፣

ረ.ብቐፃልነት ስሩዕ ዝኾነ መጠሻ ኘላን ዝወፀሉን ንዝቕፅል ንምኽታም ዘመቹን ግልጋሎት መሰረት ልምዓት ብቐሊሉ ክበፅሓሉ ዝኽእልን

ሰ.ካብ ንተሓራሲ መሬት፣ ሕዛእትን ደኒን ዝተኸለለ መሬት ወፃኢ ዝኾነ መሬት ይኸውን፣

**ዓንቀፅ 31፦ ሕዛእቲ መሬትን ሰውሕን**

1. ንሕዛእቲ ዝኸውን መሬት ዝኽለል ኣብ እዋን መቐሎ መሬት ንሕዛእቲ ተኸሊሉ ዝነበረን ሓድሽ



4. የጎጅ መውጫ አስጣጥ ስርአት በተለያዩ ምክንያት ከጎጅ መውጫቸው ለተፈናቀሉ አርሶ አደሮች ቅድሚያ ይሰጣቸዋል፣ ቀጥሎ በእድሜ ቅደም ተከተል ይሰጣል፣

5. ለጎጅ መውጫ ሊሰጥ ተብሎ የተለየ የመሬት ይዞታ መጠን ከተመዘገበ በኋላ ጎጅመውጫ የሚመለከታቸው ብዛት በተመሳሳይ ከተፈፀመ ተመሳሳይ ቀለምና ቅርፅ ያለው ወረቀት በማዘጋጀት በእጣ እንዲሰጥ ይደረጋል፣

6. ለጎጅ መውጫ የሚሰጥ ቦታ ለእዳ መክፍያ እና ለማገርነት ተብሎ ሊያዝ አይችልም።

7. ለጎጅ መውጫ የተከለለ ወይም ሊከለል የሚችል መሬት በሌላቸው አከባቢዎች ወላጆች ጎጅመውጫ ቦታ ለልጃቸው ወይም የጉዲፈቻ ልጅ ብቻ በፈቃዳቸው ሊሰጡ ይችላሉ፣

8. ለጎጅ መውጫ የሚሰጥ ቦታ

ሀ. የተለቀቀ የጎጅ መውጫ፣

ለ.ለመሬት አጠቃቀም የማይቃረንና የመተላለፊያ መንገድ የማይዘጋ፣

ሐ. ከአገልግሎት ሰጭ ተቋማት ያልራቀ፣

መ.በቀጣይነት ለጎጅ መውጫነት የሚያገለግልና ሊሰፋ የሚችል፣

ረ.በቀጣይነት መደበኛ በሆነ የጎጅ መውጫ ኘላን የሚወጣበትና በቀጣይ ለከተማነት የሚመች የመሰረተ ልማት አገልግሎት በቀላሉ ሊደርስበት የሚችል፣

ሰ . ከሚታረስ መሬት፣ ለጥብቅና ደን ከተከለለ መሬት ውጭ የሆነ መሬት ይሆናል፣

**አንቀፅ 31፦ ጥብቅ መሬትና መስክ**

1. ለጥብቅ የሚሆን መሬት የሚከለል በመሬት ሽንሽና ጊዜ ለጥብቅ ተከልሎ የነበረና አዲስ

www.abyssinialaw.com



ዝኸልል ድማ ህዝቢ ዝስማመዐሉን ቤት ምኽሪ ጣብያ ብዘውስኖ መሰረት ዝኸለል ይኸውን፣

2. ምሕደራ ሕዛእቲ ብልምዲ እቲ ከባቢ ይኸውን፣ ነቲ ልምዲ መሰረት ብምግባር ብቤት ምኽሪ ጣብያ ስሪት ይወፀሉ፣
3. ኣብ ሕዛእቲ መሬት ተመስሪቶም ዝለዓሉ ምስሕሓባትን ዘይምርድዳእን እንትፍጠር ብጣብያ ምምሕዳር መሬት ዕልባት ይረክብ ። ብጣብያ ምምሕዳር መሬት እንተዘይተወዲኡ ድማ ብጣብያ ቤት ምኽሪ ይውሰን፣
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ክሳብ 3 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ንሰውሕን ጀቕጀቕን ኣብ ሓደጋ ዘብፅሕ ዝኾነ ስራሕቲ ክፍፀም የብሉን፣

**ዓንቀፅ 32፦ ኣጠቓቕማ መሬት ገፀር**

1. ዝኾነ ሰብ ብሕጊ ካብ ዝተውሃቦ ብፅሒት ትሕዝቶ መሬት ወፃኢ ዘሎ ክፍቲ መሬት ብሓይሊ ወሪሩ ፣ ደሪብካ ምሓዝ፣ ምሕራስ፣ ምጥቃም መንበሪ ገዛ ምስራሕ ወይ ብዝኾነ መንገዲ ህውከት ምፍጣር ዝተኸልከለ እዩ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ጥሒሱ ዝተረኽበ ብገበን ዘለዎ ተሓታትነት ከምዘለዎ ኮይኑ ብዘይ ኣግባብ ንዝሰርሖ ገዛ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ከፍርስ ደብዳቤ ይፅሓፈሉ፣ ኣድራሽኡ ዘይፍለጥ እንተኾይኑ ህዝቢ ኣብ ዝረኦ ቦታ ክልጠፍ ይግበር፣ ኣብቲ ዝተብሃለ ግዘ እንተዘይ ኣፈሪሱ ብግብረ ሓይል ክፈርስ ይግበር፣ ነዚ ዝተገበረ ወፃኢ ክትክእ ይግበር።
3. ካብ ዓቕሚ ውልቀ ሰብ ንላዕሊ ዝኾኑ ገፋሕቲ መፋሰሳት፣ ጎቦታትን ጉህሚታትን ብሓባር ስራሕቲ ሓለዋ፣ ክንክን ዕቀባን ይግብረሎም ወይ



የሚከለል ደግሞ ህዝብ የተሰማማበትና የቀበሌው ምክር ቤት በሚወሰነው መሰረት የሚከለል ይሆናል፣

2. የጥብቅ አስተዳደር በአከባቢው ልማድ ይሆናል፣ ልምዱን መሰረት በማድረግ በቀበሌው ምክርቤት ስሪት ይወጣለታል
3. በጥብቅ መሬት ተመስርተው የሚነሱ አለመስማማትና አለመግባባቶች ሲፈጠር በቀበሌ የመሬት አስተዳዳር ዕልባት ያገኛል። በቀበሌ መሬት አስተዳደር ፍፃሜ ያለገኘ ከሆነ በቀበሌ ምክር ቤት ይወሰናል።
4. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 እስከ 3 የተደነገገ እንደተጠበቀ ሆኖ ለመስክና ረግረጋማ አደጋ ላይ የሚጥል ማናቸውም ሰራዎች መፈፀም የለበትም፣

**አንቀፅ 32፦ የገጠር መሬት አጠቃቀም**

1. ማንኛውም ሰው በህግ ከተሰጠው ድርሻ ውጭ ያለውን ክፍት መሬት በሃይል ወሮ፣ ደርቦ መያዝ፣ ማረስ፣ መጠቀም መኖሪያ ቤት መስራት ወይም በማንኛውም መን ገድ ህውከት መፍጠር የተከለከለ ነው።
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው ጥሶ የተገኘ በወንጀል ያለው ተጠያቂነት እንዳለሆኖ ያለ አግባብ ለሰራው ቤት በ15 ቀናት ውስጥ እንዲያፈርስ ደብዳቤ ይፃፍለታል፣ አድራሻው የማይታወቅ ከሆነ ህዝብ በሚያይበት ቦታ እንዲለጠፍ ይደረጋል፣ በተባለው ጊዜ ካላፈረሰ በግብሪ ሃይል እንዲፈርስ ይደረጋል ፣ ለዚህ የተደረገ ወጪ እንዲተካ ይደረጋል፣
3. ከግለ ሰብ አቅም በላይ የሆነ ማንኛውም ሰፊ መፋሰስ፣ ተራሮችና በሮበሮች በጋራ ስራዎች ጥበቃ ፣ እንክብካቤና ዕቀባ ይደረግላቸዋል

www.abyssinialaw.com



ክከም ኣድላይነቱ ብውዳበን ብውልቀን ተመቒሎም ክለምዑ ይግበር፣

3. ብምኽንያት ውዝፍ ካብ መንግስቲ ዝተቐረፀ ገንዘብ ብምእካብ በቢ.ወርሑ ናብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ኣታዊ ይገብር።

**ዓንቀፅ 6. እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ**

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ካብ ዝተሓተመሉ ዕለት29/04/2006 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኾውን።

**መቐለ፣**
ኣባይ ወልዱ

ፕሬዝዳንት ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስቲ ትግራይ



ይሆናል፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ በማንዋል መሰረት በሚደረግ ስምምነት ይወሰናል።

2. የክልሉ መንግስት ያልተመለሰ ብድር በደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ በኩል እንዲመለስ በማድረግ የተሰበሰበ ውዝፍ ዕዳ ለትግራይ ክልል ዕቅድና ፋይናንስ ቢሮ ገቢ መሆኑን ክትትል ያደርጋል።

3. የግብርና ቢሮ ክልል መንግስትን በመወከል ብድር በመስጠትና መመለስ ሃላፊነት ወስዶ ይከታተላል።

4. ሕብረት ስራ ማሕበራት ብድር በመመለስና የተሰበሰበው ገንዘብ በጊዜው ገቢ የማድረግ ሃላፊነት አላቸው።

**አንቀፅ 5. የደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ግዴታ**

1. በተቀመጠለት የጊዜ ሰሌዳ መሰረት ብድር የማቅረብ፣ ዝርዝሩ በሚደረግ ስምምነት ይወሰናል
2. በውሉ መሰረት ያልተመለሰና የተወዘፈ የብድር መጠንና የተበዳሪዎች ስም ዝርዝር ያሳውቃል፣
3. ብድሩ በወቅቱ ባለመመለሱ ምክንያት ከመንግስት የተቀረጠ ገንዘብ በመሰብሰብ በየወሩ ለእቅድና ፋይናንስ ቢሮ ገቢ ያድርጋል።

**አንቀፅ 6. አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ከተታመበት ቀን 29/04/2006 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

**መቐለ፣**
ኣባይ ወልዱ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዝዳንት

www.abyssinialaw.com

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 21 ዓመት ቑ.5 መቐለ
243/2006ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

21ኛው ዓመት ቁ. 5 መቐለ
243/2006ዓ/ም

## ኣወዳድባ፣ ስልጣንን ተግባርን ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ቑፅሪ ኣዋጅ 243/2006

ነፃነትን ተሓታትነትን ስርዓት ዳይነት ብዘተኣማምን ኩነታት ተጠናኺሩ ኽቕፅል ምግባር ኣገዳስነቱ ስለዝተኣመነሉ፣

መሓውርን ኣወዳድባን ቤት ፍርዲ ብዝሓሸ ኩነታት ብምጥንኻር ዝህቦ ግልጋሎት ዝበለፀ ተበፃሓይ፣ ስሉጥ፣ ዕሬቱ ዝሓለወን ፍትሓዊን፣ተገማትን ተገልገልቲ ዝዓግቡሉን ከይዲ ስራሕ ክኸውን ምግባር ኣድላይ ኾይኑ ስለዝተረኸበ ፣

ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ንምትግባር ብዘኽእል መልክዕ ምምዕርራይ ኣድላይ ስለዝኾነ፣

ኣመራርሓ ማእኸላይን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ካብ ዕለታዊ ምምሕዳራዊ ስራሕቲ ውፅእ ኢሉ ስትራተጂካዊ ኣብ ዝኾኑን ነቲ ዋና ከይዲ ስራሕ ፍርድን ጠመተ ሂቡን ክመርሕ ዘኽእሎ ኩነታት ምትዕርራይ ኣድላይነቱ ብምእማን፣

ተመሓይሹ ብዝወፀ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ መሰረት ከም ዝስዕብ ተኣዊጁ'ሎ።

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፍርድ ቤቶች ኣደረጃጀት፣ ስልጣንና ተግባር ለመወሰን ተሻሽሎ የወጣ ኣዋጅ ቁጥር 243/2006

የዳኝነት ስርዓት ነፃነትና ተጠያቂነት በሚያስተማምን ሁኔታ ተጠናክሮ እንዲቀጥል ማድረግ ኣስፈላጊነቱ ስለታመነበት፣

የፍርድ ቤት መዋቅርና ኣደረጃጃት በተሻለ ሁኔታ በማጠናከር የሚሰጠው ኣገልግሎት የበለጠ ተደራሽ፣ ቀልጣፋ፣ ጥራቱን የጠበቀና ፍትሓዊ፣ ተገማችና ተገልጋዮች የሚረኩበት የስራ ሂደት እንዲሆን ማድረግ ተገቢ ሆኖ ስለተገኘ፣

የፍርድ ቤቶች ስልጣን መሰረታዊ የስራ ሂደት ለውጥን ለመተግበር በሚያስችል መልኩ ማስተካከል ኣስፈላጊ በመሆኑ፣

የከፍተኛና የጠቅላይ ፍርድ ቤት ኣመራር ከዕለታዊ የአስተዳደር ስራዎች ወጣ ብሎ ስትራቴጂካዊ በሆኑና በዋናው የፍርድ ስራ ሂደት ላይ ትኩረት ሰጥቶ መምራት የሚያስችለው ሁኔታን ማመቻቸት አስፈላጊነቱ በማመን፣

ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት አንቀፅ 49/3/ሀ/ መሰረት እንደሚከተለው ታውጇል።

| | |
|---|---|
| ናይ ሓደ ዋጋ<br>ያንዱ ዋጋ | ብር7.5 |

| | |
|---|---|
| ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፓ.ሳ<br>ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ | 291 |

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ሓደ

### ሓፈሻዊ ድንጋገ

**ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ኣወዳድባ፣ ስልጣንን ተግባርን ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ቑፅሪ ኣዋጅ 243/2006" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል

**ዓንቀፅ 2. ትርጉም**

ኣጠቓቕማ እቲ ቃል ካሊእ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ ኣብ ውሽጢ እዚ ኣዋጅ ፦

1."ሕገ መንግስቲ" ማለት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

2."ቤት ምኽሪ" ማለት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ ።

3."ጉባኤ ሕጊ" ማለት ብመሰረት እዚ ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ዝቖመ ጉባኤ ሕጊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እዩ።

4."ቤት ፍርዲ" ማለት ላዕለዋይ፣ ማእኸላይን ወረዳን ኣብያተ ፍርድን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘጠቓልለ እዩ።

5."ዳይና" ማለት ኣብ ቤት ፍርዲ ብዳይነት ተመዲቡ ክሰርሕ ብቤት ምኽሪ ዝተሸመ በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

6."ሬጅስትራር" ማለት ብቤት ምኽሪ ብሬጅስትራርነት ዝተሸመን ኣብ ቤት ፍርዲ ተመዲቡ ዝሰርሕን በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

7."ምድብ መጋባእያ" ማለት ስራሕቲ መጋባእያ ዝሳለጠሉ ቤት ፍርዲ ኾይኑ ክከም ኣድላይነቱ ሓደ ወይ ካብ ሓደ መጋባእያ ንላዕሊ ዝሓዘ እዩ።

8 "ኣተሓባባሪ ምድብ መጋባእያ" ማለት ኣብ ሓደ ምድብ መጋባእያ ንዘለዉ ክይዲ ስራሕቲ ኣተሓባባሪ ኮይኑ ዝሰርሕ ዳይና እዩ።

9. "ኣካቢ መጋባእያ" ማለት ሰለስተ ወይ ካብኡ

## ክፍል አንድ

### ጠቅላላ ድንጋጌ

**አንቀፅ1. አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፍርድ ቤቶች አደረጃጀት፣ ስልጣንና ተግባር ለመወሰን ተሻሽሎ የወጣ አዋጅ ቁጥር243/2006" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል

**አንቀፅ 2. ትርጓሜ**

የቃሉ አገባብ ሌላ ትርጉም የሚያሰጠው ካልሆነ በቀር በዚህ አዋጅ፡-

1."ሕገ መንግስት" ማለት ተሻሽሎ የወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት ነው።

2."ምክር ቤት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ነው።

3."የሕግ ጉባኤ" ማለት በተሻሻለው አዋጅ የተቋቋመው የጠቅላይ ፍርድ ቤት የሕግ ጉባኤነው።

4."ፍርድ ቤት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ጠቅላይ፣ ከፍተኛ እና ወረዳ ፍርድ ቤቶች የሚያካትት ነው።

5."ዳኛ" ማለት በፍርድ ቤት በዳኝነት ተመድቦ እንዲሰራ በምክር ቤት የተሾመ የሕግ ባለ ሙያ ነው።

6."ሬጅስትራር" ማለት በምክር ቤት በሬጅስትራርነት የተሾመና በፍርድ ቤት ተመድቦ የሚሰራ የሕግ ባለ ሞያ ነው።

7."ምድብ ችሎት" ማለት የችሎት ስራ የሚከናወንበት ፍርድ ቤት ሆኖ እንዳስፈላጊነቱ አንድ ወይም ከአንድ ችሎት በላይ የያዘ ነው።

8. "የምድብ ችሎት አስተባባሪ" ማለት በአንድ ምድብ ችሎት ያሉትን የስራ ሂደቶች አስተባባሪ ሆኖ የሚሰራ ዳኛ ነው ።

9. "የችሎት ሰብሳቢ" ማለት ሶስት ወይም ከሶስት

www.abyssinialaw.com



ንላዕሊ ዝኾኑ ዳያኑ ኣብ ዝሰየሙሉ መጋባእያ ኣካቢ ኮይኑ ዝሰርሕ ዳኛ እዩ ።

10. "ዋና ሬጅስትራር" ማለት ንክፍሊ ሬጅስትራር ላዕ/ቤት ፍርዲ ብሓላፍነት ዝመርሕን ንማእኸላይን ወረዳን ኣብያተ ፍርዲ ሬጅስትራር ብላዕለዋይነት ዘተሓባብርን 'ዩ።

11. "ሓላፊ ክፍሊ ሬጅስትራር" ማለት ንሬጅስትራራት ማእ/ቤት ፍርዲ ብሓላፍነት ዝመርሕን ንወረዳ ሬጅስትራር'ውን ብላዕለዋይነት ዘተሓባብርን'ዩ ።

12. "ፕሮሰስ ካውንስል" ማለት ብመሰረት ሰነድ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ዝተወደበ ፕሮሰስ ካውንስል ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እዩ።

13. "ሰበ ስልጣን" ማለት ናይዚ ክልል ኣፈ ጉባኤን ምክትል ኣፈ ጉባኤን ቤት ምኽሪ፣ ኣባላት ቀዋሚ ኮሚቴ ቤት ምኽሪ፣ ፕሬዚዳንትትን ምክትል ፕሬዚዳንትትን ላዕ/ቤት ፍርዲ፣ ዳያኑ ላዕ/ቤት ፍርዲ፣ ሐለፍቲ ቢሮን ካብ ደረጃ ሓላፊ ቢሮ ንላዕሊ ዝኾኑ ሰብ ስልጣን መንግስትን፣ ምክትል ቢሮ ሓለፍቲ፣ ዋና ኦዲተርን ምክትል ዋና ኦዲተርን፣ ኮሚሽነራትን ምክትል ኮሚሽነራትን፣ ሓለፍቲ ቤት ፅሕፈትን ኤጀንስን፣ ዋና ኣማሓዳሪ ዞባ፣ ምክትል ዋና ኣማሓዳሪ ዞባ፣ ኣፈፀምቲ ስራሕ ዞባ፣ ፕሬዚዳንት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ፣ ዳያኑ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ፣ ሓለፍቲ ቤት ዕዮታት ዞባ፣ ዋና ኣማሓዳሪ ወረዳ፣ ፕሬዚዳንት ወረዳ



በላይ የሆኑ ዳኞች በሚሰየሙበት ችሎት ሰብሳቢ ሆኖ የሚሰራ ዳኛ ነው ።

10. "ዋና ሬጅስትራር" ማለት የጠቅላይ ፍርድ ቤት የሬጅስትራር ክፍልን የሚመራና የከፍተኛና የወረዳ ፍርድ ቤቶች ሬጅስትራር በበላይነት የሚያስተባብር ነው ።

11. "የሬጅስትራር ክፍል ሃላፊ" ማለት የከፍተኛ ፍርድ ቤት ሬጅስትራሮችን በሃላፊነት የሚመራና የወረዳ ፍርድ ቤት ሬጅስትራርንም በበላይነት የሚያስተባብር ነው።

12. "ፕሮሰስ ካውንስል" ማለት በመሰረታዊ የስራ ሂደት ለውጥ ሰነድ መሰረት የተደራጀ የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሮሰስ ካውንስል ነው።

13. "ሰበ ስልጣን" ማለት የክልሉ የምክር ቤት አፈ ጉባኤና ምክትል ኣፈ ጉባኤ፣ የምክር ቤት ቋሚ ኮሚቴ አባላት፣ የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንትና ምክትል ፕሬዚዳንት፣ የጠቅላይ ፍርድ ቤት ዳኞች፣ የቢሮ ሃላፊዎችና ከቢሮ ሃላፊ ደረጃ በላይ የሆኑ የመንግስት ባለስልጣኖች፣ ምክትል የቢሮ ሃላፊዎች፣ ዋና ኦዲተርና ምክትል ዋና ኦዲተር፣ ኮሚሽነሮችና ምክትል ኮሚሽነሮች፣ የፅህፈት ቤትና ኤጀንሲ ሃላፊዎች፣ የዞን ዋና አስተዳዳሪ፣ ምክትል የዞን አስተዳዳሪ፣ የዞን ስራ አስፈፃሚዎች፣ የዞን ፅሕፈት ቤት ሃላፊዎች፣ የከፍተኛ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት፣የከፍተኛ ፍርድ ቤት ዳኞች፣ የወረዳ ዋና አስተዳዳሪ፣ የወረዳ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት፣ የወረዳ ፅህፈት ቤት ሃላፊዎችና እላይ ከተገለፁት

www.abyssinialaw.com



ቤት ፍርዲ፣ ሓለፈቲ ቤት ፅሕፈት ወረዳን ልዕል ኢሎም ምስዝተገለፁ ተመሳሳሊ መዝነት ዘለዎም ኣካላትን ዘጠቓልል'ዩ።

14. "ዋኒን ክልል" ማለት ብውክልና ብማእኸላይን ላዕለዋይን ቤት ፍርዲ ካብ ዝርኣዩ ዋኒናት ፌደራል ወፃኢ ዝኾኑ ኩሎም ዋኒናት ዘጠቓለለ'ዩ።

15. "ሰብ" ማለት ናይ ተፈጥሮ ሰብ ወይ ብሕጊ ናይ ሰብነት መሰል ዝተወሃቦ ኣካል'ዩ።

**ዓንቀፅ 3. <u>ወሰን ተፈፃምነት</u>**

ተፈፃምነት እዚ ኣዋጅ፡-

1. ኣብ ልዕሊ ወረዳ፣ ማእኸላይን ላዕለዋይን ኣብያተ ፍርዲ፣
2. ኣብ ልዕሊ ክልላዊ ዋኒናትን
3. ኣብ መጋባእያ ብዛዕባ ዝስየሙ በዝሒ ዳያኑ ብዝምልከት ብውክልና ንዝርኣዩ ዋኒናት ፌደራልውን ተፈፃምነት ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 4. <u>ኣገላልፃ ፆታ</u>

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ፆታ ዝተደንገገ ንኣንስተይቲ ፆታ'ውን ዝሓውስ'ዩ።

**ዓንቀፅ 5. <u>ናይ ስራሕ ቋንቋ</u>**

1. ናይ ቤት ፍርዲ መስርሒ ቋንቋ ትግርኛ እዩ
2. ቤት ፍርዲ ትግርኛ ንዘይፈልጥ በዓል ዋኒን ተርጓሚ ክምደበሉ ይገብር።

**ዓንቀፅ 6. <u>መሰል ምርካብ ግልጋሎት ጥብቅና</u>**

1. ዝኾነ ተኻታዒ ወገን ጠበቓ ናይ ምቛም መሰል ኣለዎ።
2. ብገበን ተኸሲሱ ባዕሉ ጠበቓ ክቖፅር ዓቕሚ ዘይብሉ ምኻኑ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእልን ብዘይጠበቓ እንተተኸራኺሩ ፍትሒ ክጓደሎ ይኽእል'ዩ ዝበሃል እንተኾይኑ ቤት ፍርዲ ብናይ መንግስቲ ወፃኢ ተኸላኻሊ ጠበቓ



ጋር ተመሳሳይ ስልጣን ያላቸው አካላትን ያጠቃልላል።

14. "የክልል ጉዳይ" ማለት በክልሉ ከፍተኛና ጠቅላይ ፍርድ ቤት በውክልና ከሚታዩ የፌደራል ጉዳዮች ውጭ የሆኑትን ሁሉም ጉዳዮች የሚያጠቃልል ነው።

15. "ሰው" ማለት የተፈጥሮ ሰው ወይም በሕግ የሰውነት መብት የተሰጠው አካል ነው።

**አንቀፅ 3. <u>የተፈፃሚነት ወሰን</u>**

የዚህ አዋጅ ተፈፃሚነት፡-

1. በወረዳ፣ በከፍተኛና በጠቅላይ ፍርድ ቤቶች ላይ፣
2. በክልል ጉዳዮች ላይ እና
3. በችሎት ስለሚሰየሙ የዳኞች ብዛት በሚመለከት በውክልና ለሚታዩ የፌዴራል ጉዳዮችም ተፈፃሚነት ይኖረዋል።

**አንቀፅ 4. <u>የፆታ አገላለፅ</u>**

በዚህ አዋጅ በወንድ ፆታ የተደነገገው ለሴት ፆታም ያካትታል።

**አንቀፅ 5. <u>የስራ ቋንቋ</u>**

1. የፍርድ ቤት የሥራ ቋንቋ ትግርኛ ነው።
2. ፍርድ ቤት ትግርኛ ለማያውቅ ባለ ጉዳይ ተርጓሚ እንዲመደብለት ያደርጋል ።

**አንቀፅ 6.<u>የጥብቅና አገልግሎት የማግኘት መብት</u>**

1. ማንኛውም ተከራካሪ ወገን ጠበቃ የማቆም መብት አለው።
2. በወንጀል ተከሶ በራሱ ጠበቃ ሊቀጥር አቅም የሌለው መሆኑን ማስረጃ ማቅረብ የሚችልና ያለጠበቃ ቢከራከር ፍትህ ሊጓድልበት ይችላል የሚባል ከሆነ ፍርድ ቤት በመንግስት ወጭ ተከላካይ ጠበቃ ይመድብለታል።

ይምድበሉ።

**ዓንቀፅ 7 ከይዲ መጋባእያ**

1. ኣብያተ ፍርዲ ዝርእይዎም ዋኒናት ኣብ ግልፂ መጋባእያ ይካየዱ።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኾይኑ፡-
   ሀ. ሞራል ህዝብን ድሕንነት ሃገርን ኣብ ግምት ብምእታው ከም ኣገዳስነቱ ብዕፁው መጋባእያ ክካየድ ይኽእል።
   ለ. ንድሕንነት ሰብ ዋንኒ ብዝብል'ውን እቲ መጎት ብዕፁው መጋባእያ ክርአ ይኽእል እዩ።

**ዓንቀፅ 8 ዋኒናት ይግበኣንን ሰበርን ዝምርሕሉ ስርዓት**

1. ኣብዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ ሕልዋት ኮይኖም ኣብ ሕጊ ስነ-ስርዓት ገበንን ፍትሃብሄርን ዝተደንገጉ ኣካይዳታት ተፈፃምነት ይህልዎም።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ኳ ናብ መጋባእያ ሰበር ዝቐርቡ ጥርዓናት ብተወሳኺ ኣብዚ ኣዋጅ ብዝተደንገገ ናይ ስነ ስርዓት ደንብታትይምርሑ።
3. ናብ መጋባእያ ሰበር ዝቐርብ ጥርዓን ኣብ ዝተውሃበ ውሳነ ዝተፈፀመ መሰረታዊ ናይ ሕጊ ጌጋ እንተህሉ ጥራሕዩ።

**ዓንቀፅ 9. ፓነል መጋባእያ**

1. እቲ ሕጊ ናይ ትርጉም ኣፈላላይ ዘስዕብ ወይ ዝተሓላለኸ ኾይኑ ንኣወሃህባ ፍትሒ ዘፀግም ነገር እንተጋጢሙ ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብናይ ባዕሉ ተበግሶ ብዘቕርቦ ወይ ካብ መገባእያታት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ወይ እቲ ቤት ፍርዲ እንተኣሚንሉ'ውን ካብ መንጎ ተኻታዕቲ ወገናት ብዝቐርብ ሕቶ መሰረት ብሰለስተ ዳያኑ ክረአ ዝነበሮ ጉዳይ ካብ

**አንቀፅ 7. የችሎት አካሄድ**

1. ፍርድ ቤቶች የሚያዩዋቸው ጉዳዮች በግልፅ ችሎት ይካሄዳሉ።
2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ የተጠቀሰው እንደተጠበቀ ሆኖ ፡-
   ሀ. የህዝብን ሞራልና የአገርን ድህንነት ግምት ውስጥ በማስገባት እንደየ አስፈላጊነቱ በዝግ ችሎት ሊካሄድ ይችላል።
   ለ. ለባለ ጉዳዮች ድህንነት ሲባልም ክርክሩ በዝግ ችሎት ሊካሄድ ይችላል፡

**አንቀፅ 8. የይግባኝና የሰበር ጉዳዮች የሚመሩበት ስርዓት**

1. በዚህ አዋጅ የተደነገጉትን እንደተጠበቁ ሆነው በወንጀልና ፍትሃብሄር ስነ-ስርአት ህግ የተደነገጉ አካሄዶች ተፈፃሚነት ይኖራቸዋል።
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገ ቢኖርም ለሰበር ችሎት የሚቀርቡ አቤቱታዎች በተጨማሪ በዚህ አዋጅ በተደነገጉ የስነ ስርዓት ደንቦች ይመራሉ።
3. ለሰበር ችሎት የሚቀርብ አቤቱታ በተሰጠው ውሳኔ የተፈፀመ መሰረታዊ የህግ ስህተት ሲኖር ብቻ ነው።

**አንቀፅ9. ፓነል ችሎት**

1. ሕጉ የትርጉም ልዩነት የሚያስከትል ወይም የተወሳሰበ ሆኖ ለፍትህ አሰጣጥ የሚያስቸግር ነገር ሲያጋጥም የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት በራሱ ተነሳሽነት በሚያቀርበው ወይም ከጠቅላይ ፍርድ ቤቱ ችሎቶች ወይም ፍርድ ቤቱ ካመነበትም ከተከራካሪ ወገኖችሊቀርብ በሚችል ጥያቄ መሰረት በሶስት ዳኞች መታየት የነበረበትን ጉዳይ ከሰበር ችሎት

ገፅ6 ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ኣዋጅ ቑ 243/2006 ገፅ 6የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ አዋጅ ቁ 243/2006

መጋባእያ ዋኒናት ሰበር ብዝተፈለየ መልክዑ ካብ ሓሙሽተ ዘይውሕዱ ዳያኑ ተሰይሞም ክርእዩዎ ይኽእሉ።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ ዝተጠቐሰ ከም ዘሎ ኾይኑ ኣብ መንጎ መጋባእያታት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ትርጉም ኣፈላላይ ዝፈጠረ ሕጊ ወይ ዝተሓላለኸ ነገር እንተጋጥም ብፓነል መጋባእያ ክረአ ይኽእል።

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ን /2/ን ዝተደንገጉ ከምዘለዉ ኮይኖም ኣብ ላዕ/ቤት ፍርዲ ብፓነል መጋባእያ ተራእዩ ዝተወሰነ ዋኒን ብመጋባእያ ሰበር ንክርአ ጥርዓን እንተቐሪቡ ንየቕርብ ኣየቕርብ ብሓሙሽተ ዳያኑ፣ ንውሳነ ድማ ካብ ሓሙሽተ ንላዕሊ ብዝኾኑ ዳያኑ ተራእዩ ይውሰን።

## ዓንቀፅ 10. ዳያኑ ካብ መጋባእያ ዝለዓሉሉ ኩነታት

1. ዝኾነ ዳይና ካብዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ብሓዲኡ ካብ መጋባእያ ክልዓል ይኽእል።

ሀ. ኣብ ሕጊ ቤተሰብ ትግራይ ከምዝተደንገገ እቲ ዳይና ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ምስ ሓዲኦም ወይ ምስ ጠበቓኡ ናይ ስጋ ወይ ናይ መውስቦ ዝምድና ዘለዎ እንተኾይኑ ወይ፣

ለ. ናይ ሓዲኦም ተኻታዕቲ ወገናት ሞግዚት ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝኾነሉ ወይ ወዳኢ ነገር ወይ ጠበቓ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ሒዝዎ ዝነበረ ወይ ዝፈልጦ ዋኒን ዝምልከት ክትዕ እንተኾይኑ ወይ ፡

ሐ. ነቲ ዘካትዕ ዋኒን ኣቐዲሙ ብዳይነት ወይ ብዕርቂ ዝረኣዮ ወይ ዝፈልጦ ወይ ብዝኾነ መልክዕ ኣብቲ ዋኒን ተጠቃማይ እንተኾይኑ ወይ፣

መ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ ፊደል /ሐ/ ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን መዝገብ ተኸፊቱ

በተለየ መልኩ ከአምስት የማያንሱ ዳኞች ተሰይመው ሊያዩት ይችላሉ።

2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ የተጠቀሰው እንደተጠበቀ ሆኖ በጠቅላይ ፍርድ ቤት ችሎቶች መካከል መሰረታዊ የሆነ የትርጉም ልዩነት የታየበት ሕግ ወይም የተወሳሰበ ነገር ሲያጋጥም በፓነል ችሎት ሊታይ ይችላል።

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ እና /2/ የተደነገጉት እንደተጠበቁ ሆነው በጠቅላይ ፍርድ ቤት በፓነል ችሎት ታይቶ የተወሰነ ጉዳይ በሰበር ችሎት እንዲታይ ኣብዮቱታ ከቀረበ ያቀርባል ወይም አያቀርብም ለማለት በአምስት ዳኞች፣ ለውሳኔ ደግሞ ከአምስት በላይ በሆኑ ዳኞች ታይቶ ይወሰናል።

## አንቀፅ 10. ዳኞች ከችሎት የሚነሱበት ሁኔታ

1. ማንኛውም ዳኛ ቀጥለው ካሉት ምክንያቶች በአንደኛው ከችሎት ሊነሳ ይችላል ።

ሀ. በትግራይ ቤተሰብ ሕግ እንደተደነገገው ከአንደኛው ተከራካሪ ወገን ወይም ከጠበቃው ጋር የስጋ ወይም የጋብቻ ዝምድና ያለው ሲሆን ወይም፣

ለ. የአንደኛው ተከራካሪ ወገን ሞግዚት ወይም ሕጋዊ ወኪል በሆነበት ወይም ነገረ ፈጅ ወይም ጠበቃ በነበረበት ጊዜ ይዞት የነበረ ወይም የሚያውቀው ጉዳይ የሚመለከት ክርክር ከሆነ ወይም፣

ሐ. ኣካራካሪውን ጉዳይ አስቀድሞ በዳኝነት ወይም ብእርቅ ያየው ወይም የሚያውቀው ወይም በማንኛውም ሁኔታ በጉዳዩ ተጠቃሚ ከሆነ ወይም፣

መ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ ፊደል /ሐ/ የተደነገገ ቢኖርም መዝገብ ተከፍቶ ለዳኛ ከቀረበ በኋላ ለመጀመሪያ ጊዜ የሚሰጥ ትእዛዝ፣ ተለዋጭ

www.abyssinialaw.com



ናብ ዳይና ምስቀረበ ንመጀመሪያ ግዜ ዝውሃብ ትእዛዝ፣ ተለዋጢ ዕለተ ቆፀሮ ምሃብ፣ ናይ ፍርዲ ኣፈፃፅማ ዋኒን ምስማዕን ምእዛዝን፣ኣብ ሕቶ ውሕስና ውሳነ ምሃብ ዝኣመሰሉ ብምርኣዩ ኣቐዲሙ ብዳይነት ከምዝረኣየ ኣየቑፅሮን።

ረ. ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ምስ ሓዲኦም ወይ ምስ ጠበቓኦም ኣብ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ወይ ናይ ምድናይ ስልጣን ኣብ ዝተወሃቦ ካልእ ኣካል ክትዕ እንተሃልይዎ ወይ፣

ሰ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ፊደል (ሀ) ክሳብ (ሐ) ከምኡ'ውን (ረ) ካብ ዝተቐመጡ ወፃኢ ትኽክለኛ ፍትሒ ከውህብ ኣይኽእልን ዝብሎ ካሊእ ብቑዕ ምኽንያት እንተሃልዩ እዩ።

2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ መሰረት ዳይና ኣብ መጋባእያ ክስየም ዘይግበኦ ምዃኑ እንትረጋገፅ ካብቲ መጋባእያ ተላዒሉ ኣብ ክንድኡ ካሊእ ዳይና ይትካእ።

## ዓንቀፅ 11. ዳይና ካብ መጋባእያ ንኽለዓል ዝቐርብ ጥርዓን

1. ኣብ ዓንቀፅ 10 ብዝተዘርዘሩ ምኽንያታት ሓደ ዳይና ካብ መጋባእያ ክልዓል ዝግበኦ መሲሉ ዝተርኣዮ ተኻታዒ ወገን እቲ ዳይና ንክልዓለሉ ነቲ ቤት ፍርዲ መመልከቲ ክቐርብ ይኽእል፤
2. መመልከቲ ጥርዓን ዝቐርብ ቅድሚ ፍርዲ ንምቅዋም ዘኽእል ብቑዕ ምኽንያት ምህላው ኣመልካቲ ኣብ ዝፈለጠሉ እዋን ሽዑ ንሽዑ ክኸውን ኣለዎ።
3. ካብቲ መጋባእያ ንክለዓል ጥርዓን ዝቐረበ ዳይና፦

ሀ. ነቲ ሕቶ እንተተቐቢልዎ ካብ መጋባእያ ይለዓል።

ለ. ነቲ ሕቶ ዘይተቐበሎ እንተኾይኑ ኣብቲ

ቀነ ቀጠሮ መስጠት፣የፍርድ አፈፃፀም ጉዳይ መስማትና ማዘዝ፣ በዋስትና ጥያቄ ላይ ውሳኔ መስጠት የመሳሰሉትን በማየቱ አስቀድሞ በዳኝነት እንዳየው አያስቆጥረውም።

ረ. ከአንደኛው ተከራካሪ ወገን ወይም ከጠበቃው ጋር በመደበኛ ፍርድ ቤት ወይም የመዳኘት ስልጣን በተሰጠው ሌላ አካል ክርክር ካለበት ወይም፣

ሰ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ከፊደል (ሀ) እስከ (ሐ) እንዲሁም (ረ) ከተጠቀሱት ውጭ ትክክለኛ ፍትሕ ለመስጠት አያስችልም የሚያሰኘው ሌላ በቂ ምክንያት ያለ እንደሆነ ነው።

2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ መሰረት ዳኛው በችሎት መሰየም የማይገባው መሆኑ ሲረጋገጥ ከችሎቱ ተነስቶ በምትኩ ሌላ ዳኛ ይተካል።

## 11. ዳኛ ከችሎት እንዲነሳ የሚቀርብ አቤቱታ

1. በዓንቀፅ 10 በተዘረዘሩት ምክንያቶች አንድ ዳኛ ከችሎት መነሳት የሚገባው መስሎ የታየው ተከራካሪ ወገን ዳኛው እንዲነሳለት ለፍርድ ቤቱ ማመልከቻ ማቅረብ ይችላል።
2. የአቤየቱታ ማመልከቻ የሚቀርበው ፍርድ ከመሰጠቱ በፊት ለመቃወም የሚያስችል በቂ ምክንያት መኖሩን አመልካች ባወቀበት ጊዜ ወዲያውኑ መሆን አለበት።
3. ከችሎቱ እንዲነሳ ጥያቄ የቀረበበት ዳኛ፦

ሀ. ጥያቄውን የተቀበለው እንደሆነ ከችሎቱ ይነሳል።

ለ. ጥያቄውን ያልተቀበለው ከሆነ በፍርድ ቤቱ ውስጥ በሚገኝ ሌላ ችሎት ወይም በሌሎች ዳኞች

www.abyssinialaw.com



ቤት ፍርዲ ብዝርከብ ካሊእ መጋባእያ ወይ ብካልኦት ዳያኑ ነቲ ዋኒን ንከይርእዮ ብቑዕ ምኽንያት ምህላዉ ወይ ዘይምህላዉ ብይን ይወሃቦ።

ሐ. እቲ መጋባእያ ሓደ ዳይና ጥራሕ ዝተሰየመሉ እንተኾይኑን ካልኦት ዳያኑ እንተዘይሃልዮምን እቲ ዋኒን ናብ ዝምልከቶ ፕሬዚዳንት ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ብይን ይወሃቦን መዕለቢ ይግበረሉን።

መ. ካብ መጋባእያ ንክለዓል ጥርዓን ዝቐረቦ ዳይና ዝተሰየመሉ መጋባእያ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዳያኑ ዝስየሙሉ እንተኾይኑ እቲ ጥርዓን በቶም ዝተረፉ ዳያኑ ይውሰን።

ረ. ጥርዓን ዝቐረቦ ዳይና ነቲ ዋኒን ንከይርእዮ ዝገብር ብቑዕ ምኽንያት ኣሎ ዝብል ብይን እንተተዋሂቡ ብኻልእ ዳይና ወይ ብኻልኦት ዳያኑ ክርአ ይግበር።

4. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (3) ፊደል (ለ)፣(ሐ)ን (መ)ን ዝውሃብ ብይን ናይ መወዳእታን ይግበኣኒ ዘይበሃለሉን ይኸውን።

5. እቲ ዳይና ነቲ ዝተወሃበ ውሳነ ሽዑ ንሽዑ ክፍፀም ክገብር ኣለዎ።

6. ብሰለስተ ወይ ብሓሙሽተ ዳያኑ ዝርኣይ ዋኒን እንተኾይኑ ነቲ ዝጎደለ መተካእታ ዝኸውን ዳይና ካብ ካሊእ መጋባእያ ክስሓብ ወይ በቲ ዝምልከቶ ፕሬዚዳንት ክምደብ ይግበር።

## ዓንቀፅ 12. <u>ጥርዓን ዘስዕቦ ኪሳራ</u>

ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 11 ዳይና ካብ መጋባእያ ንኽለዓል ዝቐርብ ጥርዓን ዘስዕቦ ኪሳራ ምስ ናይቲ ዋና ጉዳይ ኪሳራ ዝጠቓለል ይኸውን። ይኹን'ምበር ቤት ፍርዲ ኣግባብነት የብሉን ኢሉ ነቲ ጥርዓን ከይተቐበሎ እንተተሪፉ ናይቲ ዋና ጉዳይ ኪሳራ ከይሓወሰ እቲ ጥርዓን መቕረባይ ነቲ ኪሳራ ዝኸፍል



ጉዳዩን ላለማየት በቂ ምክንያት መኖሩን ወይም አለመኖሩን ብይን ይሰጥበታል።

ሐ. ችሎቱ አንድ ዳኛ ብቻ የተሰየመበት እንደሆነና ሌሎች ዳኞች ከሌሉ ጉዳዩ ለሚመለከተው የፍርድ ቤት ፕሬዝደንት ቀርቦ ብይን ይሰጥበታል፣ እልባትም እንዲያገኝ ይደረጋል ።

መ. ከችሎቱ እንዲነሳ አቤቱታ የቀረበበት ዳኛ የተሰየመበት ችሎት ከአንድ በላይ ዳኞች የሚሰየሙበት ሲሆን አቤቱታው በተቀሩት ዳኞች ውሳኔ ያገኛል።

ረ. አቤቱታ የቀረበበት ዳኛ ጉዳዩን እንዳያየው የሚያደርግ በቂ ምክንያት አለ የሚል ብይን የተሰጠ እንደሆነ በሌላ ዳኛ ወይም በሌሎች ዳኞች እንዲታይ ይደረጋል።

4. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (3) ፊደል (ለ)፣(ሐ)እና (መ) የሚሰጥ ብይን የመጨረሻና ይግባኝ የማይባልበት ይሆናል።

5. ዳኛው የተሰጠውን ውሳኔ ወዲያውኑ እንዲፈፀም ማድረግ አለበት።

6. በሶስት ወይም በአምስት ዳኞች የሚታይ ጉዳይ ሲሆን በጎደለው ዳኛ ምትክ ከሌላ ችሎት እንዲመጣ ወይም በሚመለከተው ፕሬዚዳንት እንዲመደብ ይደረጋል።

## አንቀፅ12. <u>አቤቱታው የሚያስከትለው ኪሳራ</u>

በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 11 መሰረት ዳኛ ከችሎት እንዲነሳ የሚቀርበው አቤቱታ የሚያስከትለው ኪሳራ በዋናው ጉዳይ ከሚታየው ኪሳራ ጋር የሚጠቃለል ይሆናል። ይሁንና ፍርድ ቤቱ አግባብነት የለውም ብሎ አቤቱታውን ሳይቀበለው የቀረ እንደሆነ የዋና ጉዳዩን ኪሳራ ሳይጨምር አቤቱታ አቅራቢው ኪሳራ'ውን የሚከፍል

www.abyssinialaw.com



ይኸውን።

## ክፍሊ ኸልተ

## ኣወዳድባ ኣብያተ ፍርዲ

### ዓንቀፅ 13. ብርክታት ኣብያተ ፍርዲ

1. ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተመሓይሹ ኣብ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ክልልና ከምዝተደንገገ ከከም ብርኺ ስልጣኖም ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ እንትስርዑ፣

ሀ. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

ለ. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ

ሐ. ወረዳ ቤት ፍርዲ እዮም

2. ኣብ ትሕቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ፕሬዚዳንትን ምክትል ፕሬዚዳንትን ፣ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ መጋባእያታት፣ ክፍሊ ሬጅስትራር፣ ደገፍቲ ከይዲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን ይህልው።

3. ኣብ ትሕቲ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት፣ ቤት ፅሕፈት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ፣ ምድብ መጋባእያታት፣መጋበእያታት ክፍሊ ሬጅስትራር፣ ደገፍቲ ከይዲ ስራሕትን ሰራሕተኛታትን ይህልው።

4. ኣብ ትሕቲ ወረዳ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት፣ ምድብ መጋባእያታት፣ ክፍሊ ሬጅስትራር፣ ግልጋሎት ተኸላኻሊ ጠበቓ ደገፍቲ ከይዲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን ይህልው።

### ዓንቀፅ 14. መጋባእያታት ቤት ፍርዲ

1. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፡-

ሀ. መጋባእያ ዋኒናት ፍታብሄር፣

ይሆናል።

## ክፍል ሁለት

## የፍርድ ቤቶች ኣደረጃጀት

### ዓንቀፅ 13. የፍርድ ቤቶች እርከን

1. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፍርድ ቤቶች ተሻሽሎ በወጣ ህገ-መንግስት ክልላችን እንደተደነገገ እንደየ ስልጣን ደረጃቸው ከላይ ወደታች ሲቀመጡ፣

ሀ. ጠቅላይ ፍርድ ቤት

ለ. ከፍተኛ ፍርድ ቤት

ሐ. ወረዳ ፍርድ ቤት ናቸው

2. በጠቅላይ ፍርድ ቤት ስር ፕሬዚዳንት ፣ ምክትል ፕሬዚዳንት የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፅህፈት ቤት፣ ችሎቶች፣ የሬጅስትራር ክፍል፣ ደጋፊ የስራ ሂደቶችና ሰራተኞች ይኖራሉ ።

3. በከፍተኛ ፍርድ ቤት ስር ፕሬዚዳንት ፣ የከፍተኛ ፍርድ ቤት ፅህፈት ቤት፣ ምድብ ችሎቶች፣ችሎቶች፣ የሬጅስትራር ክፍል፣ ደጋፊ የስራ ሂደቶችና ሰራተኞች ይኖራሉ።

4. በወረዳ ፍርድ ቤት ስር ፕሬዚዳንት፣ ምድብ ችሎቶች፣ የሬጅስትራር ክፍል፣ የተከላካይ ጠበቃ አገልግሎት ደጋፊ የስራ ሂደቶችና ሰራተኞች ይኖራሉ።

### አንቀፅ 14. የፍርድ ቤት ችሎቶች

1. ጠቅላይ ፍርድ ቤት፡-

ሀ. የፍታብሄር ጉዳይ ችሎት፣

www.abyssinialaw.com



ለ. መጋባእያ ዋኒናት ገበንን

ሐ. መጋባእያ ዋኒናት ሰበርን ይህልውዎ።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሀ፣ለ፣ሐ፣) ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ ከምኣድላይነቱ ናይ መስርሕን ሰራሕተኛን፣ ኢኮኖሚያዊ ገበናት፣ ንግድን ኢንቨስትመንትን መሬትን ዝኣመሰሉ ዋኒናት ዝርእዩ ተወሰኽቲ መጋባእያታት ክህልው ይኽእሉ፣

3. ፕሬዚዳንት ወይ ም/ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾነ መጋባእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣካቢ ኾይኑ ክሰርሕ ይኽእል፣

4. ማእኸላይን ወረዳን ኣብያተ ፍርዲ፡-

ሀ. መጋባእያ ዋኒናት ፍታብሄርን

ለ.መጋባእያ ዋኒናት ገበን ይህልውዎም።

5.ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 (ሀ፣ለ፣) ዝተመልከተ ከምዘሎ ኮይኑ ከምኣድላይነቱ ናይ መስርሕን ሰራሕተኛን፣ ኢኮኖሚያዊ ገበናት፣ ንግድን ኢንቨስትመንትን መሬትን ዝኣመሰሉ ዋኒናት ዝርእዩ ተወሰኽቲ መጋባእያታት ክህልው ይኽእሉ፣

6.ፕሬዝዳንት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾነ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣካቢ ኮይኑ ክሰርሕ ይኽእል።

7. ፕሬዚዳንት ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾነ መጋባእያ እቲ ወረዳ ተሰይሙ ክሰርሕ ይኽእል።

ለ. የወንጀል ጉዳይ ችሎት እና

ሐ. የሰበር ጉዳይ ችሎት ይኖሩታል።

2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሀ፣ለ እና ሐ) የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ እንደአስፈላጊነቱ የአሰሪና ሰራተኛ፣ የኢኮኖሚ ወንጀሎች ፣ የንግድና ኢንቨስትመንት የመሬት እና የመሳሰሉትን ጉዳዮች የሚያዩ ተጨማሪ ችሎቶች ሊኖሩ ይችላሉ፣

3. የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት ወይም ም/ፕሬዚዳንት በማንኛውም የጠቅላይ ፍርድ ቤት ችሎት ሰብሳቢ ሆኖ ሊሰራ ይችላል፡

4. የከፍተኛና የወረዳ ፍርድ ቤቶች

ሀ. የፍታብሄር ችሎት

ለ. የወንጀል ችሎት ይኖራቸዋል።

5. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4(ሀ እና ለ) የተመለከተው እንዳለ ሆኖ እንደአስፈላጊነቱ የአሰሪና ሰራተኛ፣ የኢኮኖሚ ወንጀሎች፣ የንግድና ኢንቨስትመንት፣ የመሬትና ሌሎች የመሳሰሉትን ጉዳዮች የሚያዩ ተጨማሪ ችሎቶች ሊኖሩ ይችላሉ፣

6. የከፍተኛ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት በማንኛውም የከፍተኛ ፍርድ ቤት ችሎት በሰብሳቢነት ሊሰራ ይችላል ።

7. የወረዳ ፕሬዚዳንት በማንኛውም የወረዳው ችሎት ተሰይሞ ሊሰራ ይችላል።

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ሰለስተ

## ስልጣን ዳይነትን ከይዲ መጋባእያን

**ዓንቀፅ 15. ሓፈሻዊ ስልጣን ዳይነት ኣብያተ ፍርዲ**

ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፡-

1. ብሕገ መንግስቲ ወይ ብኻልእ ናይ'ዚ ክልል ወይ ናይ ፌደራል ሕጊ ኣብዝተደንገጉ ክልላዊ ዋኒናት ፣
2. ኣብ ትሕቲ ስልጣን ዳይነት ኣብያተ ፍርዲ ፌደራል ዝሽፈኑ ኮይኖም ብውክልና ኣብ ዝረኣዩ ዋኒናት፤
3. ዋኒናት ፍታብሄር ይኹን ገበን ብቀጥታ ክሲ ወይ ብይግበኣኒ ወይ ብሰበር ናይ ምርኣይ ስልጣን ዳይነት ይህልዎም።
4. ነዚ ኣዋጅ ዘይፃብኡ ስነ-ስርዓት ሕጊ ፍታብሄርን ገበንን ከምኡ'ውን ካልኦት ኣግባብነት ዘለዎም ሕጊታትን መሰረት ዝገበረ ኣካይዳ ይህልዎም።
5. ማእኸላይን ላዕለዋይን ኣብያተ ፍርዲ ብውክልና ኣብ ዝርእይዎም ዋኒናት ፌደራል ብናይ ፌደራል ስነ-ስርዓት ሕጊ ይምርሑ ።
6. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /5/ ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ንሓደ ዋኒን ንምርኣይ ኣብ መጋባእያ ዝስየሙ በዝሒ ዳያኑ ብዝምልከት ኣብዚ ኣዋጅ ብዝተቐመጡ ድንጋገታት ይምራሕ።

**ዓንቀፅ 16. ፈላማይ ብርኪ ስልጣን ዳይነት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ**

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ክሊ እዞም ዝስዕቡ ዋኒናት ፈላማይ ብርኪ ስልጣን ዳይነት ኣለዎ

1. ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ኢ.ፌ.ዴ.ሪ ዓንቀፅ 80 /2/ ካብ ፌደራል ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብውክልና ኣብ ዝተውሃቦ ዋኒናት ብቐጥታ



## ክፍል ሶስት

## የዳኝነት ስልጣንና የችሎት አሰራር

**አንቀፅ 15. የፍርድ ቤቶች የወል የዳኝነት ሥልጣን**

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፍርድ ቤቶች፡-

1. በሕገ መንግስት ወይም በሌላ የክልሉ ወይም የፌደራል ሕግ በተደነገጉ የክልል ጉዳዮች ላይ፣
2. በፌደራል ፍርድ ቤቶች የዳኝነት ስልጣን ስር የሚሸፈኑ ሆነው በውክልና በሚታዩ ጉዳዮች ላይ፣
3. በፍታብሄርም ሆነ በወንጀል ጉዳዮች ላይ በቀጥታ ክስ ወይም በይግባኝ ወይም በሰበር ሰሚ የማየት ስልጣን ይኖራቸዋል።
4. ይህን አዋጅ የማይፃረሩ የፍታብሄርና የወንጀል ስነ-ስርዓት ሕጎች እንዲሁም ሌሎች ኣግባብነት ያላቸውን ሕጎች መሰረት ያደረገ ኣካሄድ ይኖራቸዋል።
5. የከፍተኛና ጠቅላይ ፍርድ ቤቶች በውክልና በሚያዩዋቸው የፌደራል ጉዳዮች በፌደራል ሕግ ስነ-ስርዓት ይመራሉ።
6. በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ /5/ የተደነገገ ቢኖርም አንድን ጉዳይ ለማየት በችሎት የሚሰየሙ የዳኞች ብዛት በሚመለከት በዚህ አዋጅ በተቀመጡ ድንጋጌዎች ይመራል።

**አንቀፅ 16. የጠቅላይ ፍርድ ቤት የመጀመርያ ደረጃ የዳኝነት ስልጣን**

ጠቅላይ ፍርድ ቤት በሚከተሉት ጉዳዮዎች ላይ የመጀመርያ ደረጃ የዳኝነት ስልጣን አለው

1. በኢ.ፌ.ዴ.ሪ ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 80/2/ መሰረት ከፌደራል ከፍተኛ ፍርድ ቤት ብውክልና የተሰጠው ጉዳይ በቀጥታ ክስ የማየት

www.abyssinialaw.com



ክሲ ናይ ምርኣይ ስልጣን ኣለዎ።

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ዝርእዮም ዋኒናት ፌደራል ምስ ዋኒናት ክልል ብምትሕውዋሶም ብሓደ ተጠሚሮም ክርኣዩ ዝግብኦም ኾይኖም እንትርከቡ።

3. ኣብ ሕጊ ሰነ-ስርዓት ብዝተደንገገ መሰረት ሓደ ዋኒን ካብ ሓደ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ናብ ካሊእ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ተዛዊሩ ክርአ ሕቶ እንትቐርበሉ ውሳነ ይህብ።

## ዓንቀፅ 17. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብይግባኣኒ ዝርእዮም ዋኒናት

1. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብፈላማይ ብርኪ ስልጣኑ ውሳነ ዝሃበሎም ዋኒናት ፣
2. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብይግባኣኒ ርእዩ ካብ ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዝተፈለየ ውሳነ እንተሂቡ፣
3. ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ካብ ስልጣኑ ወፃኢ ዝርኣዮ ዝኾነ ዓይነት ዋኒን ናይ ምእራም፣
4. ተኻታዕቲ ወገናት ክልቲኦም ይግበኣኒ ዝበሉሎም ዋኒናት ብይግባኣኒ ሰማዒ ከይተጠመሩ ብምትራፎም ሓዲኡ ፀኒዑ እቲ ሓደ እንትስዓር ንኽልቲኡ ብይግባኣኒ ናይ ምርኣይ ስልጣን ፤
5. ብይግባኣኒ ንክርኢ ብካልኦት ሕግታት ስልጣን ዝተወሃቦ እንትኸውን ።

## ዓንቀፅ 18. ስልጣን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ዋኒናት ሰበር

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መሰረታዊ ናይ ሕጊ ጌጋ ኣብ ዘለዎም ዝስዕቡ ዋኒናት ክልል ብመጋባእያ ሰበር ክርኢ ስልጣን ኣለዎ።

1. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ኣብ ኮሚቴ ዳይነት መሬት ገጠር ተወሲኖም ብይግባኣኒ ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ



ስልጣን አለው።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ መሰረት የሚያያቸው የፌደራል ጉዳዮች ከክልል ጉዳዮች ጋር በመደባለቃቸው ምክንያት አንድ ላይ ተጣምረው ሊታዩ የሚገባቸው ሆነው ሲገኙ።

3. በስነ-ስርዓት ሕግ በተደነገገው መሰረት አንድ ጉዳይ ከአንድ ከፍተኛ ፍርድ ቤት ወደ ሌላ ከፍተኛ ፍርድ ቤት ተዛውሮ እንዲታይ ጥያቄ ሲቀርብለት ውሳኔ ይሰጣል።

## አንቀፅ 17. ጠቅላይ ፍርድ ቤት በይግባኝ የሚያያቸው ጉዳዮች

1. ከፍተኛ ፍርድ ቤት በመጀመሪያ ደረጃ ስልጣኑ ውሳኔ የሰጠባቸው ጉዳዮች፣
2. ከፍተኛው ፍርድ ቤት በይግባኝ አይቶ ከወረዳ ፍርድ ቤት የተለየ ውሳኔ የሰጠ እንደሆነ፤
3. የስር ፍርድ ቤት ከስልጣኑ ውጭ ያየው ማናቸውም ዓይነት ጉዳይን የማረም፣
4. ሁለቱም ተከራካሪ ወገኖች ይግባኝ ያሉባቸው ጉዳዮች በይግባኝ ሰሚ ሳይጣመሩ በመቅረታቸው አንዱ ፀንቶ ሌላኛው ሲሻር ሁለቱንም በይግባኝ የማየት ስልጣን፤
5. በይግባኝ እንዲያይ በሌሎች ሕጎች ስልጣን የተሰጠው ሲሆን ።

## አንቀፅ 18. ጠቅላይ ፍርድ ቤት በሰበር ጉዳዮች ላይ ያለው ስልጣን

ጠቅላይ ፍርድ ቤት መሰረታዊ የሕግ ስሕተት ባለባቸው በሚከተሉት የክልል ጉዳዮች ላይ በሰበር ችሎት የማየት ስልጣን ይኖረዋል፡-

1. በማሕበራዊ ፍርድ ቤት ወይም በገጠር የመሬት ዳኝነት ኮሚቴ ተወስነው የወረዳ ፍርድ ቤት በይግባኝ አይቶ ያፀናቸው

www.abyssinialaw.com



ብይግበኣኒ ርእዩ ዘፅንየም ዋኒናት፣

2. ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ምስተወሰኑ ብይግበኣኒ ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ተራእዮም ዝፀንዑ ዋኒናት ፣
3. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ኣብ ኮሚቴ ዳይነት መሬት ገጠር ተወሲኖም ብይግበኣኒ ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዝተለወጡ ወይ ዝተሰዓሩ ወይ ዝተመሓየሹ ኮይኖም ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብይግበኣኒ ተሰሚዖም ዝተወሰኑ ዋኒናት፣
4. ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ተወሲኖም ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብይግበኣኒ ዝተለወጡ ወይ ዝተስዓሩ ወይ ዝተመሓየሹ ኮይኖም ብይግባኣኒ ዝቐረበሉ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዕልባት ዝሃበሎም ክልላዊ ዋኒናት፣
5. ብኻልኦት ሕግታት ብዝተወሃቦ ስልጣን መሰረት ብይግበኣኒ ዝቐረበሉ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ መዕለቢ ዝገበረሎም ዋኒናት፣
6. ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ተወሲኖም ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብይግበኣኒ ተራእዮም ዕልባት ዝረኸቡ ክልላዊ ዋኒናት፣
7. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብኻልኦት ሕግታት ብዝተወሃቦ ስልጣን መሰረት ብይግበኣኒ ርእዩ ውሳነ ኣብ ዝሃበሎም ዋኒናት፣
8. ወረዳ ቤት ፍርዲ ወይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ኮሚቴ ዳይነት መሬት ገፀር ካብ ስልጣኑ ወፃኢ ዝርኣዩ ዋኒናት ፌደራል ናይ ምእራም።

## ዓንቀፅ 19. ኣቀራርባ ጥርዓን ሰበርን ስነ-ስርዓቱን

1. ዋኒኑ ብሰበር ክረኣየሉ ጥርዓን ዘቕርብ ሰብ ፡-

ሀ. መሰረታዊ ናይ ሕጊ ጌጋ ተፈፂሙ ዝብለሉ ምኽንያት ኣብ መመልከቲ ጥርዓኑ ሓፂርን ግልፅን ብዝኾነ ኣገባብ ከቕምጥ ኣለዎ።

ለ. ምስቲ ዝቕረቦ መመልከቲ ጥርዓን ናይ'ቲ ዝጠርዐሉ ውሳነን ናይ ታሕተዎት ኣብያተ



ጉዳዮች፣

2. በወረዳ ፍርድ ቤት ከተወሰነ በኃላ የከፍተኛ ፍርድ ቤት በይግባኝ ታይተው የፀኑ ጉዳዮች፣
3. በማሕበራዊ ፍርድ ቤት ወይም በገጠር የመሬት ዳኝነት ኮሚቴ ተወስነው በወረዳ ፍርድ ቤት የተለወጡ ወይም የተሻሩ ወይም የተሻሻሉና በከፍተኛ ፍርድ ቤት በይግባኝ ታይተው ውሳኔ የተሰጠባቸው ጉዳዮች
4. በወረዳ ፍርድ ቤት ተወስነው በከፍተኛ ፍርድ ቤት በይግባኝ የተለወጡ ወይም የተሻሩ ወይም የተሻሸሉ ሆነው በይግባኝ የቀረበለት ጠቅላይ ፍርድ ቤት ውሳኔ የሰጠባቸው ክልላዊ ጉዳዮች፣
5. በሌሎች ሕጎች በተሰጠው ስልጣን መሰረት በይግባኝ የቀረበለት ከፍተኛ ፍርድ ቤት እልባት ያደረገባቸው ጉዳዮች ፤
6. በከፍተኛ ፍርድ ቤት ተወስነው በጠቅላይ ፍርድ ቤት በይግባኝ ታይተው እልባት ያገኙ ክልላዊ ጉዳዮች ፣
7. ጠቅላይ ፍርድ ቤቱ በሌሎች ህጎች በተሰጠው ስልጣን መሰረት በይግባኝ አይቶ ውሳኔ በሰጠባቸው ጉዳዮች ፣
8. የወረዳ ፍርድ ቤት ወይም ማሕበራዊ ፍርድ ቤት ወይም የገጠር መሬት ዳኝነት ኮሚቴ ከስልጣኑ ውጭ ያየው የፌደራል ጉዳይን የማሠም።

## አንቀፅ 19. የሰበር አቤቱታና አቀራረብ ስነ-ስርዓቱ

1. ጉዳዩ በሰበር እንዲታይለት አቤቱታ የሚያቀርብ ሰው፡-

ሀ. መሰረታዊ የሕግ ስሕተት ተፈጽሟል የሚልበትን ምክንያት በአቤቱታ ማመልከቻው ላይ በአጭሩና ግልፅ በሆነ አኳኋን ማስቀመጥ አለበት።

ለ. ከሚያቀርበው የአቤቱታ ማመልከቻ ጋር አቤቱታ ያቀረበበትን ውሳኔና የበታች ፍርድ

www.abyssinialaw.com



ፍርዲ ውሳነን ቕዳሕ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ኣለዎ።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ፊደል /ለ/ ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን፡-

ሀ. ሰበር መጋባእያ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺብዎ እቲ ዋና መዝገብ ወይ ቅድሑ ክቐርበሉ ክእዝዝ ይኽእል'ዩ።

ለ. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ኣብ ኮሚቴ ዳይነት መሬት ገጠር ተወሲኑ ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ብይግባይ ከይዱ ኣየቕርብን ተባሂሉ ብምዕፃው ናብ ሰበር መጋባእያ ጥርዓን ዘቕርብ ተኸራኻሪ ወገን ናይቲ ዋና መዝገብ ሙሉእ ቕዳሕ ምስ መመልከቲ ቅሬትኡ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ኣለዎ።

3. ናብ ሰበር ዝቐርብ ጥርዓን መጀመርታ ብሰለስተ ዳያኑ ምስ ተመርመረ፡-

ሀ. መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ሕጊ ጌጋ የብሉን ዝበሃል ዋኒን ሽዑ ንሽዑ ይዕፀው፣

ለ. መሰረታዊ ናይ ሕጊ ጌጋ ኣለዎ ዝተበሃለ ድማ መቕረቢ ነጥቢ ብምንፃር ብሓሙሽተ ዳያኑ ተራእዩ ዕልባት ክረክብ ይግበር፣

4. ጥርዓን ሰበር ክቐርብ ዝኽእል ብይግባይ ሰማዒ ካብ ዝተወሰነሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 20. ፈላማይ ብርኪ ስልጣን ዳይነት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ

1. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ ልዕሊ እዞም ዝስዕቡ ዋኒናት ፈላማይ ብርኪ ስልጣን ዳይነት ኣለዎ፡-

ሀ. ግምቱ ልዕሊ ብር 500,000.00 (ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ቅርሺ) ዝኾነ ዝንቀሳቐስን

ቤቶችን ውሳኔ ቅጂ አያይዞ ማቅረብ ይኖርበታል።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ ፊደል /ለ/ የተደነገገ ቢኖርም፡-

ሀ. የሰበር ችሎት አስፈላጊ ሆኖ ያገኘው እንደሆነ ዋናው መዝገብ ወይም ቅጂው እንዲቀርብለት ሊያዝዝ ይችላል።

ለ. በማሕበራዊ ፍርድ ቤት ወይም በገጠር መሬት የዳኝነት ኮሚቴ ተወስኖ ወይም ወረዳ ፍርድ ቤት በይግባኝ ሄዶ አያስቀርብም ተብሎ በመዘጋቱ ለሰበር ችሎት አቤቱታ የሚያቀርብ ተከራካሪ ወገን የዋናው መዝገብ ቅጅ በሙሉ ከቅሬታ ማመልከቻው ጋር አያይዞ ማቅረብ አለበት።

3. ለሰበር የሚቀርብ አቤቱታ መጀመሪያ በሶስት ዳኞች ከተመረመረ በኋላ ፡-

ሀ. መሰረታዊ የሆነ የሕግ ስህተት የለበትም የሚባል ጉዳይ ወዲያውኑ ይዘጋል፣

ለ. መሰረታዊ የሕግ ስሕተት አለበት የተባለ ደግሞ የማስቀረብያ ነጥብ በመለየት በኣምስት ዳኞች ታይቶ እልባት እንዲያገኝ ይደረጋል።

4. የሰበር አቤቱታ ሊቀርብ የሚችለው በይግባኝ ሰሚ ከተወሰነበት ዕለት ጀምሮ በ60 ቀናት ውስጥ ይሆናል።

## አንቀፅ20. የከፍተኛ ፍርድ ቤት የመጀመሪያ ደረጃ የዳኝነት ስልጣን

1. ከፍተኛ ፍርድ ቤት በሚከተሉት ጉዳዮች ላይ መጀመርያ ደረጃ የዳኝንት ስልጣን አለው ፡-

ሀ. ግምቱ ከብር 500,000.00 (ኣምስት መቶ ሺ ብር) በላይ የሆነ የሚንቀሳቀስ እና

www.abyssinialaw.com



ዘይንቀሳቐስን ንብረት ብዝምልከት ዝምስረቱ ክስታት ፍታብሄር ፣

ለ. ዝለዓለ ቅፅዓቱ (ጣሪያኡ) ልዕሊ15 ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ኣብ ዝኾነ ክልላዊ ዋኒን ገበን፣

ሐ. ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ. ዓንቀፅ 80/4/ ካብ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ፌደራል ብውክልና ኣብ ዝተውሃቡዎ ዋኒናት፣

መ. ኣብ ልዕሊ ኩሎም ክልላዊ ዋኒናት ግዕዝይናን ንክልላዊ ሕገ-መንግስቲ ዝፃብኡ ክልል ተንከፍ ዋኒናት ገበንን፣

ረ. ሰበ ስልጣን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብምኽንያት ሓላፍነት ስርሖም ተሓተቲ ኣብ ዝኾኑዎም ዋኒናት ገበን፣

ሰ. ኣብ ስራሕ ብዘለው ካልኦት ሕግታት ስልጣኑ ንማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝተወሃበ ዋኒናት ገበን ብቐጥታ ክሲ ናይ ምርኣይ ስልጣን ይህልዎ፣

ሸ. ሓደ ዋኒን ካብ ሓደ ወረዳ ቤት ፍርዲ ናብ ካልእ ወረዳ ቤት ፍርዲ ወይ ናብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ተዛዊሩ ክረአ ሕቶ እንትቐርበሉ ውሳነ ይህብ።

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ፊደል /ሀ/ ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ሓደ ናይ ፌዴራል ዋኒን ኣብ እዋን ኣፈፃፅማ ፍርዲ ብዝተፈላለየ ምኽንያት መጠን ገንዘቡ ካብ ብር 500,000 /ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕ/ በሊፁ እንተረኺቦ'ኳ ከፈፅም ስልጣን ኣለዎ።

3. ቀጥታ ክሲ ንምርኣይ ኣብ መጋባእያ ዝስየሙ በዝሒ ዳያኑ፡-

የማይንቀሳቀስ ንብረት በሚመለከት የሚመሰረቱ የፍታብሄር ክሶች፣

ለ. ከፍተኛው ቅጣት(ጣሪያው) ከ15 ዓመት ፅኑ እስራት በላይ በሆነ በማንኛውም ክልላዊ የወንጀል ጉዳይ ላይ፣

ሐ. በፌኢ.ዴሪ ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 80/4/ መሰረት ከፌደራል የመጀመርያ ደረጃ ፍርድ ቤት በውክልና በተሰጡት ጉዳዮች ላይ፣

መ. በሁሉም ክልላዊ የሙስና ጉዳዮችና የክልሉን ሕገ-መንግስት በሚጥሱ ክልል አቀፍ የወንጀል ጉዳዮች ላይ

ረ. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ባለስልጣናት በስራ ሃላፊነታቸው ምክንያት ተጠያቂ በሚሆኑባቸው የወንጀል ጉዳዮች፣

ሰ. በስራ ላይ ባሉ ሌሎች ሕጎች ስልጣኑ ለክልሉ ከፍተኛ ፍርድ ቤት በተሰጠ የወንጀል ጉዳይ ላይ በቀጥታ ክስ የማየት ስልጣን ይኖረዋል፣

ሸ. አንድ ጉዳይ ከአንድ የወረዳ ፍርድ ቤት ወደ ሌላ ወረዳ ፍርድ ቤት ወይም ወደ ከፍተኛ ፍርድ ቤት ተዛውሮ እንዲታይ ጥያቄ ሲቀርብለት ውሳኔ ይሰጣል።

2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ፊደል /ሀ/ የተደነገገ ቢኖርም አንድ የፌዴራል ጉዳይ በፍርድ አፈፃፀም ጊዜ በተለያየ ምክንያት የገንዘብ መጠኑ ከብር 500,000/ አምስት መቶ ሺ/ በልጦ ቢያገኝውም እንኳ የማስፈፀም ስልጣን አለው።

3. ቀጥታ ክስ ለማየት በችሎት የሚሰየሙ የዳኞች ብዛት፡-

www.abyssinialaw.com



ሀ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ፊደል /ሀ/፣ /ለ/፣ /መ/ን /ረ/ን ዝተደንገጉን ከምኡውን ብውክልና ዝርእዮም ኩሎም ዋኒናት ገበን ፌደራል ሰለስተ ዳያኑ ኣብ ዝተሰየምሉ መጋባእያ ይርኣዩ ።

ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ፊደል /ሐ/ ዝተመልከተ ዋኒን ፍትሃ ብሄር እንተኾይኑ ሓደ ዳይና ኣብ ዝተሰየመሉ መጋባእያ ይርአ።

ሐ. ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ፊደል /ለ/ ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን እቲ ቤት ፍርዲ ዝተሓላለኹ እዮም ኢሉ ንዝኣመነሎም ዋኒናት ፍትሃ ብሄር ብሰለስተ ዳያኑ ካብ ምርኣይ ኣይዓግቶን።

## ዓንቀፅ 21. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብይግባኣኒ ዝርእዮም ዋኒናት

1. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብይግባኣኒ ዝርእዮም ዋኒናት፣-

ሀ. ወረዳ ቤት ፍርዲ ብፈላማይ ብርኪ ስልጣኑ ዝወደኦም ዋኒናት ፣

ለ. ወረዳ ቤት ፍርዲ ካብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ይኹን ካብ ኮሚቴ ዳይነት መሬት ገጠር ብይግባኣኒ ቐሪብሉ ዝተፈለየ ውሳነ ዝሃበሉ ዋኒን፣

ሐ. ተኻታዕቲ ወገናት ክልቲኦም ይግባኣኒ ዝበሉሎም ዋኒናት ብይግባኣኒ ሰማዒ ከይተጠመሩ ብምትራፎም ሓዲኡ ፀነዑ እቲ ሓደ እንተስዒር ወይ እንተመሓየሽ ወይ እንተልወጥ ንኽልቲኡ ብይግባኣኒ ናይ ምርኣይ ስልጣን ፤

መ. ብይግባኣኒ ንኽርኢ ብኻልኦት ሕግታት ስልጣን ዝተወሃቦ እንተኾይኑ።

2. ዋኒናት ይግበኣኒ ንምርኣይ ኣብ መጋባእያ



ሀ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ ፊደል /ሀ/፣ /ለ/፣ /መ/ እና /ረ/ የተደነገጉትንና እንዲሁም በውክልና የሚያያቸው ሁሉም የፌደራል የወንጀል ጉዳዮች ሶስት ዳኞች በተሰየሙበት ችሎት ይታያሉ።

ለ. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ፊደል /ሐ/ የተመለከተውን የፍትሃ ብሄር ጉዳይ ከሆነ አንድ ዳኛ በተሰየመበት ችሎት ይታያል።

ሐ. በዚህ ንኡስ ዓንቀፅ ፊደል /ለ/ የተደነገገ ቢኖርም ፍርድ ቤቱ የተወሳሰቡ ናቸው ብሎ ያመነባቸውን የፍትሃ ብሄር ጉዳዮች በሶስት ዳኞች ከማየት አያግደውም።

## አንቀፅ 21. ከፍተኛ ፍርድ ቤት በይግባኝ የሚያያቸው ጉዳዮች

1. ከፍተኛ ፍርድ ቤት በይግባኝ የሚያያቸው ጉዳዮች፣-

ሀ. ወረዳ ፍርድ ቤት በመጀመርያ ደረጃ ስልጣኑ ውሳኔ የሰጠባቸው ጉዳዮች ፣

ለ. ወረዳ ፍርድ ቤት ከማሕበራዊ ፍርድ ቤትም ሆነ ከገጠር የመሬት ዳኝነት ኮሚቴ በይግባኝ ቀርቦለት የተለየ ውሳኔ የሰጠበት ጉዳይ፣

ሐ. ሁለቱም ተከራካሪ ወገኖች ይግባኝ ያሉባቸው ጉዳዮች በይግባኝ ሰሚ ሳይጣመሩ በመቅረታቸው አንዱ ፀንቶ ሌላኛው ሲሻር ወይም ሲለወጥ ወይም ሲሻሻል ሁለቱንም በይግባኝ የማየት ስልጣን፤

መ. በይግባኝ እንዲያይ በሌሎች ሕጎች ስልጣን የተሰጠው ሲሆን ።

2. ይግባኝ ጉዳዮች ለማየት በችሎት የሚሰየሙ

www.abyssinialaw.com



ዝስየሙ በዝሒ ዳያኑ ፣-

ሀ. ግምቶም ካብ ብር300,000 ንላዕሊ ዝኾኑ ዋኒናት ፍትሃ ብሄርን ካብ 5 ክሳብ 15 ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ዘቕፅዑ ዋኒናት ገበንን ብይግበኣኒ እንትቐርብሉ ሰለስተ ዳያኑ ኣብ ዝተሰየምሉ መጋባእያ ይርኣዩ።

ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /2/ ፊደል /ሀ/ ካብ ዝተመልከቱ ወፃኢ ዝኾኑ ኩሎም ዓይነት ዋኒናት ይግበኣኒ ብሓደ ዳኛ ይርኣዩ።

ዓንቀፅ 22. ስልጣን ዳይነት ወረዳ ቤት ፍርዲ

1. ግምቱ ክሳብ ብር500,000.00 (ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ቅርሺ) ዝኾነ ዝንቐሳቐስ ወይ ዘይንቐሳቐስ ንብረት ዝምልከት ዋኒን ፍ/ብሄር ናይ ምድናይ ስልጣን ይህልዎ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ኣብ እዋን ኣፈፃፅማ ፍርዲ ብዝተፈላለየ ምኽንያት መጠን ገንዘቡ ካብ ብር 500,000 /ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕ/ በሊፁ እንተተረኺበ'ውን ከፈፅም ስልጣን ኣለዎ።

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ ዝተጠቀሰ ከምዘሎ ኾይኑ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ ፌዴራል ዘይወድቑን ብገንዘብ ክግበጡ ዘይኽእሉን ዋኒናት ይርእይ፣

4. በዚ ኣዋጅ ንኻልኦት ኣብያተ ፍርዲ ካብ ዝተውሃበ ስልጣን ወፃኢ ዝለዓለ ቅፅዓቱ(ጣሪያኡ) ክሳብ15 ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ዝበፅሕ ክሲ ገበን ብፈለማይ ብርኪ ስልጣኑ ይርእይ ፣

5. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ይኹን ኣብ ኮሚቴ ዳይነት መሬት ገጠር ዝተወሰኑ ዋኒናት



ዳኞች ብዛት፡-

ሀ. ግምታቸው ከብር 300,000 በላይ የሆኑ የፍትሃ ብሄር ጉዳዮችን እና ከ5 እስከ 15 ዓመት ፅኑ እስራት የሚያስቀጡ የወንጀል ጉዳዮችን በይግባኝ ሲቀርቡለት ሶስት ዳኞች በተሰየሙበት ችሎት ይታያሉ።

ለ. በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ /2/ ፊደል /ሀ/ ከተመለከቱት ውጭ ሁሉም ዓይነት የይግባኝ ጉዳዮች በአንድ ዳኛ ይታያሉ።

አንቀፅ 22. የወረዳ ፍርድ ቤት የዳኝነት ስልጣን

1.ግምቱ እስከ ብር500,000.00 (ኣምስት መቶ ሺ ብር) የሆነ የሚንቀሳቀስ ወይም የማይንቀሳቀስ ንብረት የሚመለከት የፍ/ብሄር ጉዳዮችን የማየት ስልጣን ይኖረዋል፣

2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ የተደነገገ ቢኖርም በፍርድ ኣፈፃፀም ግዜ በተለያየ ምክንያት የገንዘብ መጠኑ ከብር 500,000 /አምስት መቶ ሺ/ በልጦ ብያገኘውም የማስፈፀም ስልጣን ኣለው።

3. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ የተጠቀሰው እንደተጠበቀ ሆኖ በፌዴራል ፍርድ ቤቶች ስልጣን ስር የማይወድቁና በገንዘብ ሊተመኑ የማይችሉ ጉዳዮችን ያያል፣

4. በዚህ ኣዋጅ ለሌሎች ፍርድ ቤቶች ከተሰጠው ስልጣን ዉጪ ከፍተኛ ቅጣቱ (ጣሪያው) እስከ 15 ዓመት ፅኑ እስራት የሚደርስ የወንጀል ክስ በመጀመርያ ደረጃ ስልጣኑ ያያል፣

5. በማሕበራዊ ፍርድ ቤትም ሆነ በገጠር የመሬት ዳኝነት ኮሚቴ የተወሰኑትን ጉዳዮች በይግባኝ

www.abyssinialaw.com



ብይግበኣኒ ይርእይ፣

6. ብይግበኣኒ ንኽርኢ ብካልኦት ሕግታት ስልጣን ዝተወሃቦ እንትኸውን ፣

7. ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዝቐርቡ ኩሎም ቀጥታ ክሲን ዋኒናት ይግበኣኒን ብሓደ ዳይና ይረኣዩ፣

**ዓንቀፅ 23.** <u>**ናይ መጋባእያ ቦታ**</u>

1. ቀዋሚ ቦታ መጋባእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ መቐለ ይኸውን።

2. መጋባእያ ማእኸላይን ወረዳን ኣብያተ ፍርዲ ግልጋሎት ንምሃብ ኣብ ዝምቹ ቦታ ክህሉ ይግበር።

3.ፕሬዚዳንት ላዕ/ቤ/ፍርዲ ኣብ መፅናዕቲ ተደሪኹ ተወሰኽቲ ምድብ መጋባእያታት ክጣየሹ ክገብር ይኽእል።

4. ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከባ ኣብያተ ፍርዲ ስሉጥ ግልጋሎት ንምሃብ ኣድላይ ኮይኑ እንትረኸበኦ ብተዘዋዋሪ መጋባእያ ክሰርሓን ብፕላዝማ ክጥቀማን ይኽእላ እየን።

**ዓንቀፅ 24.** <u>**ዳያኑ ተማሊኦም ኣብ ዘይርከብሉ እዋን ዝርአ ዋኒን ወይ ዝወሃብ ትእዛዝ**</u>

ኣብ መጋባእያ ክርከቡ ዝግበኦም ዳያኑ ተማሊኦም ኣብዘይርከብሉ እዋን እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ብሓደ ዳይና ክስርሑ ይኽእሉ፡-

1. ሕጋዊ ብቕዓት ክሲ ምርግጋፅ፣

2. መርትዖታት ተኻታዕቲ ወገናት ብብቑዕ ምኽንያት ዘይቀረቡ እንትኾኑ ቆፀሮ ምቕያር፣

3. መፀዋዕታ በፂሑዎ ዘይቀረበ ተኸሳሲ ወይ ምስክር ተታሒዙ ክቐርብ ወይ ዘይቐረበሉ ምኽንያት መፀዋዕታ ስለዘይበፅሖ እንተኾይኑ ደጊምካ ትእዛዝ ምሃብ፣

ያያል፣

6. በይግባኝ እንዲያይ በሌሎች ሕጎች ስልጣን የተሰጠው ሲሆን፣

7. ለወረዳ ፍርድ ቤት የሚቀርቡ ሁሉም የቀጥታ ክስና የይግባኝ ጉዳዮች በአንድ ዳኛ ይታያል

**አንቀፅ 23.** <u>**የችሎት ቦታ**</u>

1. የጠቅላይ ፍርድ ቤት ቀዋሚ የችሎት ቦታ መቀሌ ይሆናል።

2. የከፍተኛና የወረዳ ፍርድ ቤቶች ችሎት አገልግሎት ለመስጠት በሚያመች ቦታ ላይ ይደረጋል።

3. የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት በጥናት ላይ ተመስርቶ ተጨማሪ ምድብ ችሎቶችን እንዲቋቋሙ ሊያደርግ ይችላል።

4. በየትኛውም ደረጃ የሚገኑ ፍርድ ቤቶች ቀልጣፋ አገልግሎት ለመስጠት አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኙት በተዘዋዋሪ ችሎት ሊሰሩ እና በፕላዝማ ሊጠቀሙ ይችላሉ።

**አንቀፅ 24.** <u>**ዳኞች ተሟልተው በማይገኙበት ጊዜ የሚታይ ጉዳይ ወይም የሚሰጥ ትእዛዝ በሚመለከት**</u>

በችሎት ሊገኑ የሚገባቸው ዳኞች ተሟልተው በማይገኙበት ጊዜ የሚከተሉት ተግባራት በአንድ ዳኛ ሊከናወኑ ይችላሉ፡-

1. የክስን ሕጋዊ ብቃት ማረጋገጥ ፣

2. የተከራካሪ ወገኖች ማስረጃዎች በበቂ ምክንያት ያልቀረቡ ሲሆን ተለዋጭ ቀጠሮ መስጠት ፣

3. መጥሪያ ደርሶት ያልቀረበ ተከሳሽ ወይም ምስክር ተይዞ እንዲቀርብ ወይም ያልቀረበበት ምክንያት መጥሪያ ስላልደረሰው ከሆነ ድጋሚ ትእዛዝ መስጠት ፣

www.abyssinialaw.com



4. እቲ ዋኒን ኣብ ዝተቖፀረሉ ዕለት እንተዘይተሰሪሑ ቆፀሮ ምቕያር ፣

5. ብስለስተ ዳያኑ ዝተወደአ ፍርዲ/ውሳነ/ ንተኻታዕቲ ወገናት ምንባብ

6. ብኣመክሮ ንምፍታሕ ዝወሃብ ትእዛዝን ዝኣመሰሉን እዮም

## ክፍሊ ኣርባዕተ

## ስልጣንን ተግባርን ኣካላት ኣመራርሓ

### ዓንቀፅ 25. ስልጣንን ተግባርን ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንኣብያተ ፍርዲ ከመሓድርን ክመርሕን ብዘለዎ ሓላፍነት

1.ንዳይነት ኣካል እዚ ክልል ይውክል።

2. ተሳትፎ ተገልገልትን የእትወና በሃልትን ዘዕብይን ኣብ ከይዲ ስራሕ ፍርዲ ዘለዎም ግንዛበ ዘስፍሕን ተግበራት ብምስላጥ ከም ሓደ መራሒ ስራሕ ንለውጢ ይነጥፍ።

3. ስራሕቲ ዳይነት ዝተቐመጠሉ ሽቶታት ይወቅዕን ተደላይ ውፅኢት የምፅእን ምህላዉ፣ ዳያኑን ድጋፍ ውሃብቲ ሰራሕተኛታትን ንፕሮግራማት ለውጢ መሰረት ገይሮም ስራሕቶም ዘሳልጡ ምህላዎም የረጋግፅ፣ ነቶም ብሉፃት ተሞክሮታትን ተግባራትን ክጋፍሑ ይገብር።

4. ኩሉ ጊዜ ምስ ሓደሽቲ ምዕባለታት ዝሳነ ስራሕቲ ቀረፃን ኣወዳድባን ክህሉ ብምግባር ንኣጠቓቕማ ሃፍቲ ይኹን ንስርዓት ኣወዳድባ ዘዕንቅፉ ፀገማት እናለለየ ቅልጡፍ መፍትሒ ይህብ ።

5. ንኣብያተ ፍርዲ ዘድልዩ ሰራሕተኛታት ብመሰረት ሕጊ ይቖፅርን የመሓድርን።

4. ጉዳዩ በተቀጠረበት ቀን ያልተሰራ ከሆነ ተለዋጭ ቀጠሮ መስጠት ፣

5. በሶስት ዳኞች የተሰጠውን ፍርድ/ውሳኔ/ ለተከራካሪ ወገኖች ማንበብ፣

6. በአመክሮ ለመፍታት የሚሰጥ ትእዛዝ እና የመሳሳሉት ናቸው

## ክፍል አራት

## የአመራር አካላት ስልጣን ናተግባር

### አንቀፅ 25. የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት ስልጣንና ተግባር

ጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት ፍርድ ቤቶችን ለማስተዳደርና ለመምራት ባለበት ሓላፊነት፡-

1. የክልሉን የዳኝነት አካል ይወክላል ፡

2. የተገልጋዮችና ባለድርሻ አካላትን ተሳትፎ የሚያጎለብትና በፍርድ ስራ ሂደቱ ያላቸውን ግንዛቤ የሚያሰፋ ተግባር በማከናወን እንደ አንድ የስራ መሪ ለለውጥ ይተጋል።

3. የዳኝነት ስራ የተቀመጠለትን ግብ እየመታና ተፈላጊውን ውጤት እያስገኘ መሆኑን፣ ዳኞችና ድጋፍ ሰጪ ሰራተኞች የለውጥ ፕሮግራሞችን መሰረት አድርገው ስራቸውን እየፈፀሙ መሆኑን ያረጋግጣል፣ ምርጥ ተሞክሮዎችንና ተግባሮችን እንዲሰፉ ያደርጋል።

4. ሁሌም ከአዳዲስ ለውጦች ጋር የሚሄድ የቀረፃ ስራና አደረጃጀት እንዲኖር በማድረግ የሃብት አጠቃቀምንም ሆነ የአደረጃጀት ስርዓቱን የሚያደናቅፉ ችግሮችን እየለየ ፈጣን መፍትሄ ይሰጣል።

5. ለፍርድ ቤት ስራ የሚያስፈልጉ ሰራተኞችን በህግ መሰረት ይቀጥራል፣ ያስተዳደራል። ለስራው

www.abyssinialaw.com



ንስራሕ ኣገዳሲ ኾይኑ እንትርከብ'ውን ኣብ መፅናዕቲ ብምድራኽ መሓውር ቀሪፁ ተደላይ ሓይሊ ሰብ ንክምደበሉ ናብ ዝምልከቶ ኣካል የቕርብ።

6. ትልሚ ስራሕን በጀትን ቤት ፍርዲ ክዳሎ ይገብር፣ በጀት ናብ ቤት ምኽሪ ኣቕሪቡ የፅድቕን ምስ ፀደቐ ኣብ ስራሕ የውዕልን።

7. ስራሕቲ ቤት ፍርዲ ብኣግባቡ ይፍፀምን ይምራሕን ምህላው የረጋግፅ።

8. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 31 ንኡስ ዓንቀፅ /2/ ኣብ ጉባኤ ሕጊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንምስታፍ ዝዕደሙ በዝሕን ዓይነትን ሰብ ሙያ ይውስን፣ ነቲ ጉባኤ ይፅውዕን ይመርሕን።

9. ብስታትስቲክስ ዝተደገፈ ፀብፃብ ስራሕቲ ኣብያተ ፍርዲ ክዳሎን ተተንቲኑ ክቐርብን ይገብር።

10. ናይ ቤት ፍርዲ መፅሄት ሕጊ ክዳሎ፣ ትምህርታዊ ዝኾኑ ፍርድታትን ካልኦት ሕጊ ተንከፍ ርእስታትን ተመሪፆም ክሕተሙ ይገብር።

11. ንነፃነት ዳይነት ብዘይትንክፍ ስርዓት ፍትሒ ንምዋንኻር ምስ መዳርግቲ ኣካላት ሓቢሩ ይሰርሕ።

12. ኣፈፃፅማ ስራሕ ዳይነት ኣብያተ ፍርዲ ብዝምልከት ናብ ቤት ምኽሪ ፀብፃብ የቕርብ ።

13. ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝቐርቡሉ ጥርዓናት የተኣናግድ፣ መፍትሒ ይህብ።

14. በዚ ኣዋጅን ብካልኦት ሕግታትን ዝተወሃብዎ ተግባራት ይፍፅም።

15._ ንኣሳልጦ ስራሕቲ እንትብሃል ስልጣኑን ተግባሩን ብኽፋል ብትሕቲኡ ንዘለው ብውክልና ክህብ ይኽእል።

የሚያስፈልግ ሆኖ ሲገኝም በጥናት ላይ ተመስርቶ መዋቅር ቀርፆ ተፈላጊ የሰው ሃይል እንዲመደብለት ለሚመለከተው አካል ያቀርባል።

6. የፍርድ ቤት የስራ እቅድና በጀት እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣ በጀቱን ለምክር ቤት አቅርቦ ያስፀድቃል፣ ከፀደቀ በኋላም ስራ ላይ ያውላል።

7. የፍርድ ቤት ስራ በአግባቡ እየተከናወነና እየተመራ መሆኑን ያረጋግጣል።

8. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 31 ንኡስ አንቀፅ /2/ መሰረት በጠቅላይ ፍርድ ቤት የሕግ ጉባኤ ለመሳተፍ የሚታደሙ ባለሙያዎችን ዓይነትና ብዛት ይወስናል፣ ጉባኤ'ውን ይጠራል፣ የመራል።

9. በስታትስቲክስ የተደገፈ የፍርድ ቤቶቸ የሥራ ክንውን ሪፖርት እንዲዘጋጅና ተተንትኖ እንዲቀርብ ያደርጋል።

10. የፍርድ ቤቱ ሕግ መፅሄት እንዲዘጋጅ፣ ትምህርታዊ የሆኑ ፍርዶችና ሌሎች ሕግ ነክ የሆኑ አርእስቶች ተመርጠው እንዲታተሙ ያደርጋል።

11. የዳኝነት ነፃነትን በማይነካ አኳኋን የፍትሕ ስርዓቱን ለማጠናከር ከባለድርሻ አካላት በጋራ ይሰራል።

12. የፍርድ ቤቶች የዳኝነት ስራ አፈፃፀምን በሚመለከት ለምክር ቤት ሪፖርት ያቀርባል።

13. በተለያየ መልክ የሚቀርቡለትን አቤቱታዎች ያስተናግዳል፣ መፍትሄ ይሰጣል።

14. በዚህ አዋጅና በሌሎች ሕጎች የተሰጡትን ተግባራት ይፈፅማል ።

15. ለስራው ቅልጥፍና ሲባል ስልጣኑና ተግባሩን በከፊል ከስሩ ላሉ በውክልና ሊሰጥ ይችላል።

www.abyssinialaw.com



### ዓንቀፅ 26. ስልጣንን ተግባርን ምክትል ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

ምክትል ፕሬዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፦

1. ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ብተተካእነት ይሰርሕ።

2. በቲ ፕሬዚዳንት ዝምርሕሉ ስራሕቲ ይፍፅም።

### ዓንቀፅ 27. ስልጣንን ተግባርን ፕሬዝደንት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ

1. ንኣጠቃላሊ ምምሕዳራዊ ተግባራትን ከይዲ ስራሕ ፍርድን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብሓላፍነት ይመርሕ።

2. ትልሚ ሰራሕን በጀትን ኣዳልዩ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርድ የቕርብ፣ እንትፍቀድ ተግባራዊ ይገብር።
3. ድጋፍን ክትትልን ብምግባር ስራሕቲ ማእኸላይን ወረዳን ኣብየተ ፍርዲ ብኣግባቡ ይፍፅምን ይምራሕን ምህላዉ የረጋግፅ።
4. ናይቲ ዞባ ዳያኑን ድጋፍ ወሃብቲ ሰራሕተኛታትን ናይ ስራሕ ምንቅስቃስ ይከታተል፣ ይቆፃፀርን ይግምግም፣ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ይመልእ ይዕድች
5. ናይ ስነ-ምግባር ጉድለት ዘርኣዩ ኣባላት ብዝምልከት ብናይ ባዕሉ ተበግሶ ዝረኸቦ ወይ መእመናይ ሓበሬታ እንትቐርበሉ ናብ ዝምለከቶ ኣካል ብምምራሕ ክፃረ ይገብር፥
6. ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝቐርቡሉ ጥርዓናት የተኣናግድ፣ መፍትሕታት ይህብ።

7. ብፕሬዚዳንት ላዕ/ቤት ፍርዲ ዝወሃብዎ ካልኦት ስራሕቲ ይፍፅም።

### ዓንቀፅ 28. ስልጣንን ተግባርን ፕሬዚዳንት ወረዳ ቤት ፍርዲ

1. ናይቲ ወረዳ ቤት ፍርዲ ስራሕቲ ብትልሚ



### አንቀፅ26. የጠቅላይ ፍርድ ቤት ምክትል ፕሬዚደንት ስልጣንና ተግባር

የጠቅላይ ፍርድ ቤት ምክትል ፕሬዚደንት

1. የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት በማይኖርበት ጊዜ በተተኪነት ይሰራል።

2. በፕሬዚዳንቱ የሚመሩለትን ስራዎች ያከናውናል።

### አንቀፅ 27. የከፍተኛ ፍርድ ቤት ፕሬዝዳንት ስልጣንና ተግባር

1. የከፍተኛ ፍርድ ቤት አጠቃላይ አስተዳደራዊ ተግባራትና የፍርድ ስራ ሂደቱን በሃላፊነት ይመራል፣

2. የሰራ አቅድና በጀት በማዘጋጀት ለጠቅላይ ፍርድ ቤት ያቀርባል፣ ሲፈቀድም ተግባራዊ ያደርጋል።
3. ድጋፍ እና ክትትል በማድረግ የከፍተኛና የወረዳ ፍርድ ቤቶች ስራ በአግባቡ የሚከናወንና የሚመራ መሆኑን ያረጋግጣል።

4. የዞኑ ዳኞችና ደጋፍ ሰጪ ሰራተኞች የስራ እንቅስቃሴን ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣ ይገመግማል፣ የስራ አፈፃፀም ውጤት ይሞላል፣ ያፀድቃል።
5. የስነ-ምግባር ጉድለት የሚታይባቸውን አባላት በሚመለከት በራሱ ተነሳሽነት በሚያገኘው ወይም አሳማኝ መረጃ ሲቀርብለት ለሚመለከተው በመምራት እንዲጣራ ያደርጋል።
6. በተለያየ መልክ የሚቀርቡለትን አቤቱታዎች ያስተናግዳል፣መፍትሂዎችን ይሰጣል ።

7. በጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት የሚሰጡትን ሌሎች ስራዎች ይፈፅማል።

### አንቀፅ 28. የወረዳ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት ስልጣንና ተግባር

1. የወረዳው ፍርድ ቤት ስራዎች በዕቅድ ይመራል።

www.abyssinialaw.com



ይመርሕ።

2. ነቲ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዝተፈቐደ በጀት ኣብ ስራሕ የውዕል።

3. ንሰራሕተኛታት ቤት ፍርዲ የመሓድር ይግምግም፣ ኣፈፃፅማ ስርሖም ይመልእ።

4. ንዝቐርቡሉ ጥርዓናት የተኣናግድ መፍትሒ ይህብ።

5. ናይ ስነ ምግባር ጉድለት ዘርኣዩ ኣባላት ብዝምልከት ብናይ ባዕሉ ተበግሶ ዝረኸቦ ወይ መእመናይ ሓበሬታ እንትቐርበሉ ንክፃረ ናብ ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ዞባ ወይ ንኣካቢ ጉባኤ ዞባ የቕርብ ወይ ሪፓርት ይገብር፣

6. ኣፈፃፅማ ስራሕ እተን ኣብያተ ፍርዲ ዝምልከት ፀብፃብ ናብ ፕሬዚደንት ማእኸላይ ቤት ፍርዲን ናብ ወረዳ ቤት ምኽሪን የቕርብ።

**ዓንቀፅ 29. ስልጣንን ተግባርን ኣካቢ መጋባእያ ወይ ኣተሓባባሪ ምድብ መጋባእያ**

1. ናይቲ መጋባእያ ወይ ምድብ መጋባእያ ትልሚ የዳሉ፣

2. ናይቲ መጋባእያ ወይ ምድብ መጋባእያ ስራሕቲ የዋድድ፣ የተሓባብር፣

3. ነቲ መጋባእያ ወይ ምድብ መጋባእያ ንስራሕ ዘድልዩ ነገራት ክማልኡ ይገብር፣

4. ኣብቲ መጋባእያ ወይ ምድብ መጋባእያ ዘለው ዳያኑን ሬጅስትራራትን ኣፈፃፅማ ስራሕ መሊኡ ናብ ዝምልከቶ ፕሬዝዳንት የቕርብ ።

5. ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ሪፓርት ናብ ዝምልከቶ ፕሬዚዳንት የቕርብ።

6. ብዝምልከቶ ፕሬዝዳንት ዝወሃብዎ ካልኦት ተዛመድቲ ተግባራት ይፍፅም

2. ለወረዳው ፍርድ ቤት የተፈቀደውን በጀት ስራ ላይ ያውላል።

3. የፍርድ ቤቱን ሰራተኞች ያስተዳድራል፣ ይገምግማል፣ የስራ አፈፃፀማቸውን ይሞላል።

4. የሚቀርቡለትን አቤቱታዎች ያስተናግዳል፣ መፍትሄ ይሰጣል ።

5. የስነ ምግባር ጉድለት ያሳዩ አባላትን በሚመለከት በራሱ ተነሳሽነት ያገኘውን ወይም አሳማኝ መረጃ ሲቀርብለት እንዲጣራ ለዞን የዳኞች አስተዳደር ጉባኤ ወይም ለዞን ጉባኤ ሰብሳቢ ያቀርባል ወይም ሪፖርት ያደርጋል።

6. የፍርድ ቤቶችን የስራ አፈፃፀም የሚመለከት ሪፖርት ለከፍተኛ ፍርድ ቤት ፕሬዚደንትና ለወረዳ ምክር ቤት ያቀርባል።

**አንቀፅ 29. የችሎት ሰብሳቢ ወይም የምድብ ችሎት አስተባባሪ ስልጣንና ተግባር**

1. የችሎቱን ወይም የምድብ ችሎቱን ዕቅድ ያዘጋጃል፣

2. የችሎት ወይም የምድብ ችሎት ስራዎች ያቀናጃል፣ ያስተባብራል፣

3. ለችሎቱ ወይም ለምድብ ችሎቱ ለስራ አስፈላጊ የሆኑ ነገሮችን እንዲሟሉ ያደርጋል፣

4. በችሎቱ ወይም በምድብ ችሎቱ ላሉት ዳኞች እና ሬጅስትራሮች የስራ አፈፃፀም መልቶ ለሚመለከተው ፕሬዚዳንት ያቀርባል።

5. የስራ አፈፃፀም ሪፖርት ለሚመለከተው ፕሬዚዳንት ያቀርባል።

6. በሚመለከተው ፕሬዚዳንት የሚሰጡትን ሌሎች ተዛማጅ ተግባራት ይፈፅማል

## ዓንቀፅ 30 ስልጣንን ተግባርን ሬጅስትራር

1. ክፍሊ ሬጅስትራር ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብዋና ሬጅስትራር፣ ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብሓላፊ ክፍሊ ሬጅስትራር ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ድማ ብሬጅስትራር ወረዳ ቤት ፍርዲ ይምራሕ።

2. ሬጅስትራር ቤት ፍርዲ ብሕጊ ፍትሃብሄር ስነ ስርዓትን ገበን ስነ ስርዓትን ዝተውሃቦ ስልጣንን ተግባርን ሕልው ኮይኑ ፦

ሀ. ኣጠቓላሊ ስራሕቲ እቲ ክፍሊ ብትልሚ ይመርሕ፣

ለ. ኣብ ትሕቲኡ ንዘለው ሰራሕተኛታት የተሓባብር፣ ይከታተልን ይድግፍን፣ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስርሖም ይመልእ፣

ሐ. ኣፈፃፅማ ስራሕቲ እቲ ክፍሊ ንዝምልከቶ ፕሬዚደንትን ንብልፅሊኡ ዘሎ ሬጅስትራርን ሪፓርት የቕርብ፣

መ. ብዝምልከቶ ፕሬዝደንት ዝውሃብዎ ካልኦት ተዛመድቲ ተግባራት ይፍፅም።

## ዓንቀፅ 31. ጉባኤ ሕጊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

1. ኣባላት ጉባኤ ሕጊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፡

ሀ. ፕረዚዳንትን ምክትል ፕሬዚዳንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

ለ. ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

ሐ.ፕረዚደንትታት ማእኸላይ ኣ/ፍርዲ እዮም።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ፦

ሀ. ሓለፍቲ ቢሮ ፍትሒ፣ ፀጥታን ምምሕዳርን

ለ. ክም ማሕበር ሰብ ሞያ ሕግን ጠበቓታትን ዝመሰሉ ኣግባብነት ዘለዎም ኣካላት ዝውክሉዎም ሰብ ሞያ ሕጊ፣

## አንቀፅ 30 የሬጅስትራር ስልጣንና ተግባር

1. የሬጅስትራር ክፍል በጠቅላይ ፍርድ ቤት በዋና ሬጅስትራር፣ በከፍተኛ ፍርድ ቤት በሬጅስትራር ክፍል ሓላፊ በወረዳ ፍርድ ቤት ደግሞ በወረዳው ፍርድ ቤት ሬጅስትራር ይመራል።

2. የፍርድ ቤት ሬጅስትራር በፍትሃብሄር እና ወንጀል ስነ-ስርአት ህግ የተሰጠው ስልጣንና ተግባር እንደተጠበቀ ሆኖ ፦

ሀ. የክፍሉን አጠቃላይ ስራዎች በዕቅድ ይመራል፣

ለ. በስሩ ያሉትን ሰራተኞች ያስተባብራል፣ ይከታተላል፣ ይደግፋል፣ የስራ አፈፃፀም ውጤታቸውን ይሞላል፣

ሐ. የክፍሉን የስራ አፈፃፀም ሪፓርት ለሚመለከተው ፕሬዚደንትና ለበላይ ሬጅስትራር ያቀርባል፣

መ. በሚመለከተው ፕሬዝደንት የሚሰጡትን ሌሎች ተዛማጅ ተግባሮች ይፈፅማል።

## አንቀፅ 31. የጠቅላይ ፍርድ ቤት የሕግ ጉባኤ

1. የጠቅላይ ፍርድ ቤት የሕግ ጉባኤ አባላት፡

ሀ. የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንትና ምክትል ፕረዚዳንት፣

ለ. የጠቅላይ ፍርድ ቤት ዳኞች

ሐ. የከፍተኛ ፍርድ ቤቶች ፕረዚዳንቶች ናቸው

2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ የተጠቀሰው እንደተጠበቀ ሆኖ ፦

ሀ. የፍትህ፣ የፀጥታና አስተዳደር ቢሮ ሃላፊዎች

ለ. የሕግ ባለሙያዎችና የጠበቆች ማሕበር የመሳሰሉ ኣግባብነት ያላቸው አካላት የሚወክሉዋቸው የሕግ ባለሙያዎች፣

www.abyssinialaw.com





ሐ. ኣብዚ ክልል ዝርከቡ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ሕጊ ዝውክሉዎም ወይ ኣብ ውልቀ ስራሕ ዝተዋፈሩ ምሁራት ሕጊ ብዘይድምፂ ንምስታፍ ክዕደሙ ይኽእሉ።

## ዓንቀፅ 32. ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ሕጊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

እቲ ጉባኤ ዝስዕብ ስልጣንን ተግባርን ይህልዎ፡

1. ኣብ ኣፈፃፅማ ክይዲ ስራሕ ፍርዲ ብዛዕባ ዘጋጥሙ ፀገማት ተመያይጥካ ዝፍትሕሉ ኣገባብ ምቕማጥ፣
2. ኣብ መጋባእያታት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ወይ ኣብ ሰበር መጋባእያ ፌደራል ዝተስዓሩ መዛግብቲ ደረጃ መእመናይነቶም ብጥንቃቐ ተራእዩ ዝምልከቶም ሰብ ሞያ ሕጊ ከም መመሃሃሪ ክጥቀሙሎም ምግባር።
3. ሓደሽቲ ሕግታት ንኽወፁ ወይ ነባር ሕግታት ንኽመሓየሹ ሓሳብ ምቕራብ።
4. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 25 /11/ ዝተመልከተ ተግባር ዝፍፀመሉ ኣገባብ የቕምጥን፤ ብሓላፍነት ይከታተልን።
5. ንኣፈፃፅማ ስራሕ እቲ ጉባኤ ዝጠቅም መምርሒ ከውፅእ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 33. ኣሰራርሓ ጉባኤ ሕጊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

1. ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣካቢ ጉባኤ ይኸውን።
2. እቲ ጉባኤ ናይ ባዕሉ ፀሓፊ ይምድብ።
3. እቲ ጉባኤ ኣብ ዓመት ክልተ ግዘ ይእከብ፣ ከም ኣድላይነቱ ድማ እቲ ፕሬዚዳንት ባዕሉ ወይ ሓደ ሲሶ ናይቶም ኣባላት ሕቶ እንተቕሪቦም ተወሳኺ ኣኼባታት ክፅውዕ

ሐ. በዚህ ክልል የሚገኙ ከፍተኛ የሕግ ትምህርት ተቀማት የሚወክሉዋቸው ወይም በግል ስራ የተሰማሩ የሕግ ምሁራን ያለ ድምፅ ለመሳተፍ ሊታደሙ ይችላሉ ።

## አንቀፅ 32. የጠቅላይ ፍርድ ቤት የሕግ ጉባኤ ስልጣንና ተግባር

ጉባኤው የሚከተለው ስልጣንና ተግባር ይኖረዋል፡-

1. በዳኝነት የስራ ሂደት ኣፈፃፀም በሚያጋጥሙ ችግሮች ላይ ተወያይቶ የመፍትሄ አቅጣጫ ማስቀመጥ፣
2. በክልሉ ጠቅላይ ፍርድ ቤት ችሎቶች ወይም በፌደራል ሰበር ሰሚ ችሎት የተሻሩ መዛግብት የአሳማኝነታቸው ደረጃ በጥንቃቄ ታይቶ የሚመለከታቸው የህግ ባለሙያዎች እንደ መመማሪያ እንዲጠቀሙባቸው ማድረግ።
3. አዳዲስ ሕጎች እንዲወጡ ወይም ነባር ሕጎች እንዲሻሻሉ ሓሳብ ማቅረብ ።
4. በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 25/11/ የተመለከተው ተግባር የሚፈፀምበትን ኣገባብ ያስቀምጣል፣ በሃላፊነት ይከታተላል።
5. ለጉባኤው የስራ ኣፈፃፀም የሚጠቅም መመርያ ሊያወጣ ይችላል።

## አንቀፅ 33. የጠቅላይ ፍርድ ቤት የሕግ ጉባኤ አሰራር

1. የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት የጉባኤው ሰብሳቢ ይሆናል ።
2. ጉባኤው የራሱን ፀሓፊ ይመድባል።
3. ጉባኤው በዓመት ሁለት ጊዜ ይሰበሰባል፣እንደ አስፈላጊነቱም ፕሬዚዳንቱ ራሱ ወይም ከአባላቱ አንድ ሶስተኛ ጥያቄ ካቐረቡ ተጨማሪ ስብሰባ ሊጠራ ይችላል።

www.abyssinialaw.com



ይኽእል።

4. ክልተ ሲሶ ኣባላት እቲ ጉባኤ እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 34.ኣወዳድባ፣ ስልጣንን ተግባርን ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ተፀዋዕነቱ ንፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ኮይኑ ብፕሬዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝሸየም ሓደ ሓላፍን ንስርሑ ዘድልዩዎ ሰራሕተኛታትን ዝሓዘ እንትኾን ዝስዕብ ስልጣንን ተግባርን ይህልውዎ።

1. ብመሰረት ሕግን ኣሰራርሓን ንከይዲ ስራሕን ክፍልታትን ቴክኒካዊን ምምሕዳራዊን ግልጋሎት ይህብ ።
2. ኣመራርሓ ላዕ/ቤት ፍርዲ፡ ከይዲ ስራሕትን ኣካላት ጉባኤን ንዘሳልጡዎም ዕማማት ዘድልዮም ግልጋሎት የማልእን ድጋፍ ይህብን።
3. ንደገፍቲ ከይዲ ስራሕቲ የተሓባብር፣ ይከታተልን ይድግፍን።
4. ናይ ስራሕ ፀብፃብ ይቕበልን ግበረ መልሲ ይህብን።
5. ስራሕቲ ኣብያተ ፍርዲ ንምስላጥ ዝሕግዙ ብፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ከምኡ'ውን ብፕሮሰስ ካውንስል ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝተውሃቡዎ ካልኦት ተመሳሰልቲ ተግባራት ይፍፅምን የተሓባብርን።

3. ከኣባላቱ ሁለት ሶስተኛ ከተገኙ ምልኣተ ጉባኤ ይሆናል፡

## አንቀፅ 34.የትግራይ ክልል ጠቅ/ፍርድ ቤት ፅህፈት ቤት አደረጃጀት፣ ስልጣንና ተግባር

የትግራይ ክልል ጠቅላይ ፍ/ቤት ፅሕፈት ቤት ተጠሪነቱ ለክልሉ ጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት ሆኖ በጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዝደንት የሙሾም አንድ ሃላፊ እና ለስራ የሚያስፈልጉትን ሰራተኞች የያዘ ሲሆን የሚከተሉትን ስልጣንና ተግባር ይኖሩታል።

1. በሕግና አሰራር መሰረት ለስራ ሂደቶችና ክፍሎች ሙያዊ፣ ቴክኒካዊና ኣሰተዳደራዊ አገልግሎት ይሰጣል።
2. የጠቅላይ ፍ/ቤት ኣመራር፣ የስራ ሂደቶችና የጉባኤ አካላት ለሚያከናውኑት ስራ አሰፈላጊ ኣገልግሎት ያሟላል ድጋፍ ይሰጣል።
3. ለደጋፊ የስራ ሂደቶች ያስተባብራል፣ ይከታተላል፣ ይደግፋል።
4. የስራ ሪፖርት ይቀበላል ግብረ መልስ ይሰጣል።
5. የፍ/ቤት ስራዎች ለማቀላጠፍ የሚያግዙ በጠቅ/ፍ/ቤቱ ፕሬዚዳንት እንዲሁም በጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሮሰስ ካውንስል የሚሰጡትን ሌሎች ተመሳሳይ ተግባሮች ይፈፅማል፤ ያስተባብራል።

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ 35.ስልጣንን ተግባርን ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ**

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ላዕ/ቤት ፍርዲ ዝስዕብ ስልጣንን ተግባርን ይህልዎ።

1. ብመሰረት ሕጊ ናይቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕቲ ይመርሕ፣ የመሓድርን የተሓባብርን።
2. ናይዚ ዓንቐፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ሓፈሻዊ ድንጋገ ዝተሓለወ ኮይኑ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ላዕ/ቤት ፍርዲ፤
   - ሀ/ ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 34 ዝተዘርዘሩ ስልጣንን ተግባርን ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ስራሕ የውዕል።
   - ለ/ ናይቲ ቤት ፅሕፈት ዓመታዊ በጀት፣ ናይ ስራሕ ፕሮግራማት፣ ንፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ንፕሮሰስ ካውንስልን የቕርብን እንትፍቀደሉ ተግባራዊ ይገበርን።
   - ሐ/ ላዕ/ቤት ፍርዲ ምስ ሳልሳይ ወገናት ኣብ ዝገብሮም ርክባት ምስ ኣመራርሓ እቲ ቤት ፍርዲ ብምምኽኻር ይሳተፍ።
   - መ/ ንስራሕ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ምስ ፕሬዚዳንት ብምምኽኻር ንዝተወሰነ ግዜ ስልጣኑ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ኣብ ትሕቲኡ ንዘለው ሓለፍትን ካልኦት ሰራሕተኛታትን ብውክልና ክህብ ይኽእል።
   - ሰ/ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስርሑ ብመሰረት ትልሚ ንፕሬዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ የቕርብ።
   - ረ/ ብፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝወሃብዎ ካልኦት ስራሕቲ ይፍፅም።



**አንቀፅ 35.የክልል ጠቅላይ ፍርድ ቤት ፅህፈትቤት ሃላፊ ስልጣንና ተግባር**

የጠቅላይ ፍ/ቤት ፅሕፈት ቤት ሃላፊ የሚከተሉትን ስልጣንና ተግባር ይኖሩታል።

1. ብሕግ መሰረት የፅህፈት ቤቱ ስራዎች ይመራል፣ ያስተዳድራል፣ ያስተባብራል።
2. የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ ኣጠቃላይ ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ፤
   - ሀ/ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 34 የተዘረዘሩትን የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፅህፈት ቤት ስልጣንና ተግባር በስራ ላይ ያውላል።
   - ለ/ የፅሕፈት ቤቱ ዓመታዊ በጀት፣ የስራ ፕሮግራሞች፣ ለጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንትና ለፕሮሰስ ካውንስል ያቀርባል ሲፈቀድም ስራ ላይ ያውላል።
   - ሐ/ ጠቅላይ ፍርድ ቤቱ ከሶስተኛ ወገን ጋር በሚያደርጋቸው ግንኙነቶች ከፍርድ ቤቱ አመራር ጋር በመመካከር ይሳተፋል።
   - መ/ ለስራ አሰፈላጊ ሆኖ በሚገኝበት ጊዜ ከፕሬዝደንቱ ጋር በመመካከር ለተወሰነ ጊዜ ስልጣኑን በሙሉ ወይ በከፊል ከስሩ ላሉ ሃላፊዎችና ሌሎች ሰራተኞች በውክልና ይሰጣል።
   - ሰ/ የፅሕፈት ቤቱ የስራ አፈፃፀም ሪፖርት በእቅዱ መሰረት ለፕሬዚደንት ያቀርባል።
   - ረ/ በጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት የሚሰጡትን ሌሎች ተግባራት ያከናውናል።

**ዓንቀፅ 36.ኣወዳድባ፣ ስልጣንን ተግባርን ቤት ፅሕፈት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

ቤት ፅሕፈት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ተፀዋዕነቱ ንፕሬዚዳንት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኮይኑ ሓደ ሓላፍን ንስርሑ ዘድልዩዎ ድጋፍ ወሃብቲ ሰራሕተኛታትን ዝሓዘ እንትኾን እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባርን ይህልውዎ።

1. ብመሰረት ሕግን ኣሰራርሓን ኣብቲ ዞባ ንዝርከቡ ከይዲ ስራሕትን ክፍልታትን ቴክኒካውን ምምሕዳራውን ግልጋሎት ይህብ።
2. ኣመራርሓ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ፣ ከይዲ ስራሕትን ክፍልታትን ንዘሳልጡዎም ዕማማት ዘድልዩዎም ማቴሪያላት ክማልኡ ይገብር።
3. ንደገፍቲ ከይዲ ስራሕን ክፍልታትን እቲ ዞባ የተሓባብር፣
4. ካብ ደገፍቲ ከይዲ ስራሕን ክፍልታትን ናይ ስራሕ ፀብፃብ ይቕበልን ግብረ መልሲ ይህብን።
5. ስራሕቲ ኣብያተ ፍርዲ ንምስላጥ ዝሕግዙ ብፕሬዚዳንት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዝወሃብዎ ካልኦት ተመሳሰልቲ ተግባራት ይፍፅምን የፈፅምን።

**ዓንቀፅ 37. ስልጣንን ተግባርን ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**

1. ንደገፍቲ ከይዲ ስራሕትን ክፍሊታትን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ የተሓባብር፣ ነዚ

**አንቀፅ 36. የከፍተኛ ፍርድ ቤት ፅህፈት ቤት አደረጃጀት፣ ስልጣንና ተግባር**

የከፍተኛ ፍርድ ቤት ፅህፈት ቤት ተጠሪነቱ ለከፍተኛ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት ሆኖ አንድ ሃላፊ እና ለስራው የሚያስፈልጉትን ድጋፍ ሰጪ ሰራተኞች የያዘ ሲሆን የሚከተሉት ስልጣንና ተግባር ይኖሩታል።

1. በሕግና አሰራር መሰረት በዞኑ ለሚገኙ የስራ ሂደቶችና ክፍሎች ቴክኒካዊና አስተዳደራዊ አገልግሎት ይሰጣል።
2. የከፍተኛ ፍርድ ቤት አመራር፣ የስራ ሂደቶችና ክፍሎች ለሚፈፅሙዋቸው ተግባራት የሚያስፈልጉዋቸውን ማቴሪያሎች እንዲሟሉ ያደርጋል።
3. ለዞኑ ደጋፊ የስራ ሂደቶችና ክፍሎች ያስተባብራል፣ ይከታተላል ይደግፋል።
4. ከደጋፊ የስራ ሂደቶችና ክፍሎች የስራ አፈፃፀም ሪፖርት ይቀበላል፣ ግብረ መልስ ይሰጣል።
5. የፍርድ ቤቶች ስራ ለማቀላጠፍ የሚያግዙ በከፍተኛ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት የሚሰጡትን ሌሎች ተመሳሳይ ተግባሮችን ይፈፅማል፣ ያስፈፅማል።

**አንቀፅ 37. የከፍተኛ ፍ/ቤት ፅህፈት ቤት ሃላፊ ስልጣንና ተግባር**

1. የከፍተኛ ፍርድ ቤት ደጋፊ የስራ ሂደቶችንና ክፍሎችን ያስተባብራል፤ ለዚህ የሚሆን እቅድ ያዘጋጃል፡

www.abyssinialaw.com



ዝኾውን ትልሚ የዳሉ፣

2. ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕቲ ደገፍቲ ክይዲ ስራሕን ክፍሊታትን ይቕበልን ግብረ መልሲ ይህብን፣

3. ናይ ቤት ፅሕፈት ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ንፕሬዝደንት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ የቕርብ፣

4. ንቤት ፅሕፈት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዝተወሃብዎ ተግባራት ይፍፅምን የፈፅምን፣

5. ብፕሬዝደንት ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዝውሃብዎ ካልኦት ተዛመድቲ ስራሕቲ ይፍፅም።

## ክፍሊ ሓሙሽተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

### ዓንቀፅ 38.ስልጣን ምውፃእ ደንቢ ወይ መምርሒ

1. ነዚ ኣዋጅ መፈፀሚ ዝኸውን ደንቢ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ከውፅእ ይኽእል።

2. ነዚ ኣዋጅን ነዚ ኣዋጅ ስዒቡ ዝወፅእ ደንብን መፈፀሚ ዝኸውን መምርሒ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ከውፅእ ይኽእል።

### ዓንቀፅ 39. ኣብ ከይዲ ዝርከቡ ዋኒናት

እዚ ኣዋጅ ኣብ ዝፀደቐሉ እዋን ኣብ ዝኾነ ብርኪ ቤት ፍርዲ ክረኣዩ ዝፀንሑ ዋኒናት ብዝጀመሩሉ ኩነታት ይውድኡ።

### ዓንቀፅ 40. ዝተስዓሩን ተፈፃሚነት ዘይብሎምን ሕግታት

1. መጣየሺ ኣዋጅ ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ ኣዋጅ 187/2003 በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ።

2. ነዚ ኣዋጅ ዝፃባእ ዝኾነ ኣዋጅ፣ ደንቢ፣

2. የደጋፊ ስራ ሂደቶችንና ክፍሎችን የስራ አፈፃፀም ሪፖርት ይቀበላል፣ ግብረ መልስ ይሰጣል፣

3. የፅህፈቱ የስራ አፈፃፀም ሪፖርትን ለፕሬዝደንት ያቀርባል፣

4. ለከፍተኛ ፍርድ ቤት ፅህፈት ቤት የተሰጡትን ተግባሮች ይፈፅማል፣ ያስፈፅማል፣

5. በከፍተኛ ፍርድ ቤት ፕሬዝደንት የሚሰጡትን ሌሎች ተዛማጅ ስራዎች ይፈፅማል።

## ክፍል አምስት

## የተለያዩ ድንጋጌዎች

### አንቀፅ 38. ደንብ ወይም መመርያ የማውጣት ስልጣን

1. ለዚህ አዋጅ ማስፈፀምያ የሚሆን ደንብን የትግራይ ምክር ቤት ሊያወጣ ይችላል።

2. ለዚህ አዋጅና አዋጁን ተከትሎ የሚወጣን ደንብ ማስፈፀሚያ የሚሆን መመርያ ጠቅላይ ፍድ ቤት ሊያወጣ ይችላል።

### አንቀፅ 39 በሂደት ላይ ያሉ ጉዳዮች

ይህ አዋጅ በፀደቀበት ወቅት በማንኛውም የፍርድ ቤት እርከን በመታየት ላይ ያሉ ጉዳዮች በጀመሩበት ሁኔታ ፍፃሜ ያገኛሉ።

### አንቀፅ 40. የተሻሩና ተፈፃሚነት የሌላቸው ሕጎች

1. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የፍርድ ቤቶች ማቋቋሚያ አዋጅ ቁጥር187/2003 በዚህ አዋጅ ተሽረዋል።

2. ለዚህ አዋጅ የሚቃረን ማንኛውም አዋጅ፣

www.abyssinialaw.com



መምርሕን ልማዳዊ ኣሰራርሓን በዚ ኣዋጅ ንዝተሸፈኑ ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

**ዓንቀፅ 41. <u>እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ</u>**

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ካብ ዝተሓተመሉ ዕለት30/07/2006 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ኣባይ ወልዱ

ፕረዚደንት ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስቲ ትግራይ



ደንብ፣ መመርያና ልማዳዊ ኣሰራር በዚህ ኣዋጅ ለተሸፈኑ ጉዳዮች ተፈፃምነት ኣይኖረውም።

**አንቀፅ 41. <u>ይህ ኣዋጅ የሚፀናበት ጊዜ</u>**

ይህ ኣዋጅ በትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ከተታመበት ቀን30/07/2006 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ኣባይ ወልዱ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት
ፕረዚደንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ
ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

መበል 21 ዓመት ቑ. 6 መቐለ 244/2006 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

21ኛው ቁ.6 መቐለ 244/2006ዓ/ም

## ኣወዳድባ፣ ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥንኻር ተመሓይሹ ዝወፀ ቑፅሪ ኣዋጅ 244/2006

ብሕገ-መንግስቲ ዝተጣየሸ ነፃ ናይ ዳይነት ኣካል ዘመሓድሮ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ኣካል ክም ዝህልዎ ስለዝድንግግ፣

ነፃነትን ተሓታትነ ዳይነት ሚዛኖም ሓልዮም ክኸዱን መሰልን ግቡእን ዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤን ብኣግባቡ ክትግበሩን ኣብ ምግባር ወሳናይ ተርኡ ዝፃወት፣ ብመትከላት ሕገ መንግስቲ ዝምራሕ፣ ንግዕዝይና ዘይፃወር፣ ግልፅነት ዝዓሰሎን ብቁፅ ግልጋሎት ብምሃብ ህዝባዊ ኣመኔታ ዘሕደረን ስርዓት ዳይነት ንምህናፅ ዘኽእሎ ኣወዳድባን ስልጣንን ክም ብሓዱሽ ምውሳን ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ተመሓይሹ ብዝወፀ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ መሰረት ዝስዕብ ተኣዊጁ'ሎ።

### ክፍሊ ሓደ
### ሓፈሻዊ ድንጋገ

**ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ቑፅሪ ኣዋጅ 244/2006" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2. ትርጉም**

ኣብ ውሽጢ እዚ ኣዋጅ :-

1. "ሕገ-መንግስቲ" ማለት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የዳኞች አስተዳደር ጉባኤ አደረጃጀት፣ ስልጣንና ተግባር ለማጠናከር ተሻሽሎ የወጣ አዋጅ ቁጥር 244/2006

በሕገ-መንግስት የተቋቋመውን ነፃ የዳኝነት አካል የሚያስተዳድረው የራሱ የሆነ አካል እንደሚኖሮው ስለሚደነግግ፣

የዳኝት ነፃነትና ተጠያቂነት ሚዛናቸውን ጠብቀው እንዲሄዱና የዳኞች፣ የሬጅስትራሮችና የጉባኤ ተሿሚዎችን መብትና ግዴታ በተገቢ ሁኔታ እንዲተገበሩ በማድረግ ወሳኝ ሚናው የሚጫወት፣ በሕገ-መንግስት መርሆዎች የሚመራ፣ ሙስናን የማይሸከም፣ ግልፅነት የተላበሰና ህዝባዊ አመኔታ ያተረፈ የዳኝነት ስርዓት ለመገንባት የሚያስችለውን አደረጃጀትና ስልጣን እንደአዲስ መወሰን አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ ፣

ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህገ-መንግስት ዓንቀፅ 49 /3/ሀ/ መሰረት የሚከተለው ታውጆዋል።

### ክፍል አንድ
### ጠቅላላ ድንጋጌ

**አንቀፅ 1. አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የዳኞች አሰተዳደር ጉባኤ ስልጣንና ተግባር ለመወሰን ተሻሽሎ የወጣ አዋጅ ቁጥር 244/2006" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀፅ 2. ትርጓሜ**

በዚህ አዋጅ ውስጥ፡-

1. "ህገ-መንግስት" ማለት ተሻሽሎ የወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህገ-መንግስት ነው።

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ ብር 3.70

ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፖ.ሳ ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ 291

www.abyssinialaw.com



2."ቤት ምኽሪ" ማለት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

3."ቤት ፍርዲ" ማለት ወረዳ፣ ማእኸላይን ላዕለዋይን ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘጠቓልል እዩ።

4."ጉባኤ" ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ብብርኪ ክልል ዝተጣየሸ ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ክልል እዩ።

5."ጉባኤ ዞባ" ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ብብርኪ ዞባ ዝተጣየሸ ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ዞባ እዩ።

6. "ዳይና" ማለት ብጉባኤ ተመልሚሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ብዳይነት ንክሰርሕ ብቤት ምኽሪ ዝተሾመ በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

7."ሬጅስትራር" ማለት ብጉባኤ ተመልሚሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ብሬጅስትራርነት ንክሰርሕ ብቤት ምክሪ ዝተሾመ በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

8."ተሸዋሚ ጉባኤ" ማለት ኣብ ዓንቀፅ 16 ንኡስ ዓንቀፅ 4 ተዘርዚሮም ዘለው ኣካላት እዮም።

9. "ሕፁይ ዳይና" ማለት ብጉባኤ ምስተመልመለ ብቤት ምኽሪ ክሳብ ዝሽየም ብሞያ ሕጊ ኣብ ቤት ፍርዲ ብግዚያውነት ተመዲቡ ዝሰርሕ እዩ።

10. ሕፁይ ሬጅስትራር" ማለት ቤት ፅሕፈት ጉባኤ ዝህቦ መፍለዪ ፈተና ምስ ሓለፈ ብቕዓቱ ብጉባኤ ተኣሚንሉ ናብ ቤት ምኽሪ ንሽመት ክሳብ ዝቐርብ ንፈተነ ኣብ ቤት ፍርዲ ብስራሕ ሬጅስትራርነት ተመዲቡ ዝሰርሕ ብዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

11. "ጉድለት ስነ ምግባር" ማለት ኣብ ደንቢ ስነ-ምግባር ዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤን ጥፍኣታት'ዮም ተባሂሎም ካብ ዝተዘርዘሩ ድንጋገታት ንሓዲኡ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ንዝኾኑ ድንጋገታት ዝጥሕስ ተግባር' ዩ።



2."ምክር ቤት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ነው።

3."ፍርድ ቤት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ወረዳ፣ ከፍተኛ እና ጠቅላይ ፍርድ ቤቶችን ያጠቃልላል።

4."ጉባኤ" ማለት በዚህ አዋጅ መሰረት በክልል ደረጃ የተቋቋመ የክልል ዳኞች አስተዳደር ጉባኤ ነው።

5."የዞን ጉባኤ" ማለት በዚህ አዋጅ መሰረት በዞን ደረጃ የተቋቋመ የዞን ዳኞች ጉባኤ ነው።

6. "ዳኛ" ማለት በጉባኤ ተመልምሎ በፍርድ ቤት በዳኝነት እንዲሰራ በምክር ቤት የተሾመ የሕግ ባለ ሞያ ነው።

7."ሬጅስትራር" ማለት በጉባኤ ተመልምሎ በፍርድ ቤት በሬጅስትራርነት እንዲሰራ በምክር ቤት የተሾሙ የሕግ ባለሞያ ነው።

8."የጉባኤ ተሿሚዎች" ማለት በአንቀፅ 16 ንኡስ አንቀፅ 4 የተዘረዘሩ አካላት ናቸው።

9. "እጩ ዳኛ" ማለት በጉባኤ እንደተመለመለ ምክር ቤት በዳኝነት እስከሚሾመው ድረስ በህግ ሙያ በፍርድ ቤት በግዜያዊነት ተመድቦ የሚሰራ ነው።

10. "እጩ ሬጅስትራር" ማለት የጉባኤው ፅሕፈት ቤት የሚሰጠውን መለያ ፈተና ካለፈ በኃላ ብቃቱ በጉባኤው ታምኖበት ወደ ምክር ቤት ለሹመት እስኪቀርብ ድረስ |ሙከራ በፍርድ ቤት ውስጥ በሬጅስትራርነት ስራ ተመድቦ የሚሰራ የሕግ ባለሙያ ነው፡

11."የስነ ምግባር ጉድለት" ማለት በዳኞች፣ ሬጅስትራሮችና የጉባኤ ተሿሚዎች የስነ-ምግባር ደንብ ውስጥ ጥፋቶች ናቸው ተብለው ከተዘረዘሩት ድንጋጌዎች አንዱን ወይም ከዛ በላይ ለሆኑት ድንጋጌዎችን የሚጥስ ተግባር ነው።

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ3. ኣገላልፃ ፆታ**

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ፆታ ዝተደንገገ ንኣንስተይቲ ፆታ'ውን ዝሓውስ'ዩ።

**ዓንቀፅ 4. ወሰን ተፈፃምነት**

እዚ ኣዋጅ ኣብ ልዕሊ እዞም ዝስዕቡ ተፈፃምነት ይህልዎ፡-

1. ኣብ ቤት ፍርዲ ኣብ ምስራሕ ዝርከቡ ዳያኑ፣ ሬጅስትራራት፣ ተሸየምቲ ጉባኤ፣ ሕፁያት ዳያኑን ሬጅስትራራትን፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡሰ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሱ ኣባላት ክሲ ጉድለት ስነ ምግባር ቀሪብዎም እናሃለወ ካብ ስርሖም ንዘለቐቑ።

**ዓንቀፅ 5. ንሽመት ዳይነት ዘብቅዑ ረቛሒታት**

1. እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ዘማለአ ሰብ ተወዳዲሩ ንስራሕ ዳይነት ክሽየም ይኽእል፡-

ሀ. ኢትዮጵያዊ ዝኾነ ፣
ለ. ብሞያ ዳይነት ንምስራሕ ፍቃደኛ ዝኾነ፣
ሐ. ዕድሚኡ ካብ 25 ዓመት ዘይንእስ፣
መ.ንሕገ-መንግስቲ ፌደራልን ክልልን ተኣማኒ ዝኾነ፣
ረ. ናይዚ ክልል ናይ ስራሕ ቋንቋ ብዝግባእ ዝፈልጥ፣
ሰ. ብትምህርቲ ሕጊ እንተነኣሰ ቀዳማይ ዲግሪ ዘለዎ፣
ሸ. ቅድመ ስራሕ ስልጠና ዳይነት ዝወሰደ፣
ቀ. ፅቡቕ ስነ-ምግባር ዘለዎ ምኻኑ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል ፣
በ. ብገበን ተቐፂዑ ዘይፈልጥ ወይ ዝተሰየመ ምኻኑ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል፣
ተ. ንስርሑ ዘዕንቅፍ ናይ ጥዕና ፀገም ዘይብሉ ምኻኑ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል
ቸ. ካብ ዝተፈላለዩ መዐወኒ እፃትን ካልኣት ንስራሕ ዘዕንቅፉ ወልፍታትን ነፃ ዝኾነ::

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ ኣባል ኣውፃኢ ሕጊ፣ ኣፈፃሚ ሕጊ ወይ ፖለቲካዊ ውድብ እንተኾይኑ ካብቲ ስራሕ ንሱ ወይ ካብ ኣባልነቱ ከይለቐቐ ንዳይነት ክሽየም ኣይኽእልን።



**አንቀፅ 3. የፆታ አገላለፅ**

በዚህ አዋጅ በወንድ ፆታ የተደነገገው የሴትንም ፆታ የሚያካትት ነው።

**4. የተፈፃሚነት ወሰን**

ይህ አዋጅ በሚከተሉት ላይ ተፈፃሚነት ይኖረዋል፡-

1. በፍርድ ቤት በመስራት ላይ በሚገኙ ዳኞች፣ ሬጅስትራሮች፣ የጉባኤ ተሿሚዎች፣ እጩ ዳኞችና ሬጅስትራሮች፣
2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 የተጠቀሱት አባላት የሰነ-ምግባር ጉድለት ክስ ቀርቦባቸው እያለ ከስራቸው የለቀቁትን።

**አንቀፅ 5. በዳኝነት ለመሾም የሚያበቁ መመዘኛዎች**

1. የሚከተሉትን መመዘኛዎች ያሟላ ሰው ተወዳድሮ ለዳኝነት ስራ ሊሾም ይችላል ፡-

ሀ. ኢትዮጵያዊ የሆነ፣
ለ. በዳኝነት ሙያ ለመስራት ፍቃደኛ የሆነ፣
ሐ. እድሜው ከ25 ዓመት ያላነሰ፣
መ.ለፌደራልና ለክልሉ ሕገ-መንግስት ታማኝ የሆነ፣
ረ. የክልሉን የስራ ቋንቋ በሚገባ የሚያውቅ፤
ሰ. በሕግ ትምህርት ቢያንስ የመጀመርያ ዲግሪ ያለው፣
ሸ. የዳኝነት የቅድመ ስራ ስልጠና የወሰደ፣
ቀ. ጥሩ ስነ-ምግባር ያለው መሆኑን ማረጋገጥ የሚችል ፣
በ. በወንጀል ተቀጥቶ የማያውቅ ወይም የተሰየመ ለመሆኑ ማስረጃ ማቅረብ የሚችል፣
ተ.ስራውን ለማከናወን የማያስችል የጤና ችግር የሌለበት መሆኑን ማሰረጃ ማቅረብ ሚችል።
ቸ. ከተለያዩ አደንዛዥ እፆችና ሌሎች ስራን የሚያደናቅፉ ሱሶች ነፃ የሆነ።

2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ የተጠቀሰው እንደተጠበቀ ሆኖ የሕግ አውጪ፣ የሕግ አስፈፃሚ ወይም የፖለቲካ ድርጅት አባል ከሆነ ከዚያ ስራ ወይም ከአባልነቱ ሳይለቅ ለዳኝነት ሊሾም አይችልም።

www.abyssinialaw.com



3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1/ሸ/ ዝተጠቀሰ እንተሃለወ'ውን ካልኣይ ዲግሪን ልዕሊኡን ዘለዎ ናይ ስራሕ ተመክሮኡ ዜሮ ዓመት እንተኾነ'ውን ወይ ቀዳማይ ዲግሪ ሒዙ እንትንኣሰ በቲ ሞያ ናይ ክልተ ዓመት ልምዲ ስራሕ ዘለዎ እንተኾይኑ ብቐጥታ ክሽየም ይኽእል'ዩ። ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን።

4. ኣብዚ ዓንቐፅ ንኡስ ዓንቐፅ 3 ዝተጠቀሰ ከም ዘሎ ኮይኑ ቅድሚ ስራሕ ምጅማሩ ሓፂር ስልጠና ክውሃቦ ይኽእል'ዩ።

## ዓንቀፅ 6. ንሬጅስትራርነት ዘብቅዑ ረቛሒታት

1. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 5/1//ሀ/፣ /መ/፣ /ረ/፣ /ሰ/፣ /ቀ/፣ /በ/፣ /ተ/ን /ቸ/ን ዝተደንገጉ ረቛሓታት ንሬጅስትራር'ውን ተፈፃምነት ይህልዎም።
2. ዕድሚኡ ካብ 23 ዓመት ዘይንእስ ክኸውን ኣለዎ።

## ዓንቀፅ7. ቃለ መሓላ

1. ዳያኑ ቅድሚ ስራሕ ምጅማሮም ዝስዕብ ቃለ-መሓላ ይፍፅሙ፣

"ኣነ.........በዚ ሎሚ ዕለት ዳይና........... ቤት ፍርዲ ኾይነ ተሸይመ ስርሐይ እንትጅምር ዝተወሃበኒ ዓብይ ሕድርን ሓላፍነትን ንሕገ-መንግስቲ ተገዛኣይ ብምዃን ብሕግን ሕጊ ጥራሕን እናተመራሕኹ ሰነ-ምግባረይ ሓልየ ብተኣማንነት ንክፍፅም ቃል እኣቱ"

3. ሬጅስትራራት'ውን ቅድሚ ስራሕ ምጅማሮም ብተመሳሳሊ ኣገባብ ቃለ መሓላ ክፍፅሙ ይግበር።

## ዓንቀፅ 8. ስንብት ስራሕ

2. ኣብያተ ዕዮን ትካላት ልምዓት መንግስትን ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ መኮነን ስነ-ምግባር ክህልወን ይኽእላ፣
3. ኣብያተ ዕዮን ትካል ልምዓት መንግስትን ጨንፈር ኣብያተ ዕሕፈት እንተሃልይወን ከከምኩነታቱ በቢ.ጨንፈሩ መኮነን ስነ-ምግባር ክምድባ ይኽእላ፣

## ዓንቀፅ 4. ዕላማ

ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር እዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ኣለውዎ፦

1. ትምህርቲ ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ብምስፋሕ ኣብ ቤት ዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ

8. "የሙስና ወንጀል" ማለት በኢ.ፌ.ዴ.ሪ የወንጀል ሕግ የተደነገገ የሙስና ወንጀል ነው።

9. "ብልሹ ኣሰራር" ማለት ለሙስና በር የሚከፍት የአሰራር ክፍተት በመፍጠር የመንግስትና የህዝብ ሃብት ያለ አገባብ እንዲባክን ወይም ተገልጋዮች ተገቢ አገልግሎት እንዲያገኙ የሚያደርግ ኢ-ስነ-ምግባራዊ ድርጊት ነው፣

10. አግባብነት ያላቸው አካላት" ማለት በዚህ ክልል በሕግ የመመርመርና የመክሰስ ስልጣን የተሰጣቸው የፖሊስና የፍትህ አካላት ናቸው፣

## አንቀፅ 3. የስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል ማቋቋም

1. በየደረጃው በሚገኙ የመንግስት መስሪያ ቤቶችና እና የልማት ድርጅቶች ሙስና እና ብልሹ አሰራርን ለመከላከል እንዲቻል ለመስሪየ ቤቱ የበላይ ሃላፊ የሚያማክር የስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል በዚህ ደንብ ተቋቁሟል፣
2. የመንግስት መስሪያ ቤቶችና የልማት ድርጅቶች በስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል እንደአስፈላጊነቱ አንድ ወይም ከአንድ በላይ የስነ-ምግባር መኰነን ሊኖራቸው ይችላሉ፣
3. የመንግስት መስሪያ ቤቶችና የልማት ድርጅቶች ቅርንጫፍ ፅህቤፈት ቤት ካላቸው እንደ ሆኔታው በየቅርንጫፉ የስነ-ምግባር መኰነን መመደብ ይችላሉ፣

## አንቀፅ4. ዓላማ

የስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል የሚከተሉትን ዓላማዎች ይኖሩታል።

1. የስነ-ምግባርና ፀረ-ሙስና ትምህርት በማስፋት በመስሪያ ቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ ሙስና እና ብልሹ አሰራርን የማይሸከም ስራተኛ

www.abyssinialaw.com



ንብልሽው ኣሰራርሓ ዘይፃወር ሰራሕተኛ ክህሉ ምግባር፣

2. ኣብ ቤት ፅይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ዘሎ ሰራሕተኛ ብስራሕ ድስፕሊን፣ ብፅቡቕ ስነ-ምግባርን ኣተሓሳስባ መገልገላይነትን ምህናፅ፣

3. ኣብ ቤትፅይኡ ወይ ትካል ልምዓት ገበን ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ምክልኻል፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን ምስፋን፣

## ዓንቀፅ 5. ወሰን ተፈፃምነት

እዚ ደንቢ ኣብ ክልል ትግራይ ካብ ክልል ክሳብ ወረዳ ኣብ ዝርከባ ኣብያተ ፅዮን ትካላት ልምዓት መንግስትን ተፈፃሚ ይኸውን፣

## ዓንቀፅ 6. ኣገላልፃ ፆታ

ኣብዚ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታ'ውን ዝሓወሰ እዩ፣

## ዓንቀፅ 7. ተፀዋዕነት

1. ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር ተፀዋዕነቱ ንሓላፊ ንዝተጣየሸሉ ቤት ፅዮን ትካል ልምዓትን እዩ፣

2. ንኡስ ቑፅሪ 1 እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ'ውን ተግባርን ሓላፍነትን ብዝምልከት ምስ'ዚ ኮሚሽን ፅላዊ ዝኾነ ርክብ ስራሕ ይህልዎ፣

## ክፍሊ ክልተ
## ስልጣን

## ዓንቀፅ 8. ተግባር ስራሕን ሓላፍነትን ሓላፊ ቤት ፅዮ

ሕድ ሕድ ሓላፊ ቤት ፅዮን ትካል ልምዓት መንግስትን፦

1. ኣብ ቤትፅይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር የጣይሽ፣ ካብ ሓላፍነት የውርድ፣

እንዲኖር ማድረግ፣

2. በመስሪያ ቤቱና የልማት ድርጅቱ ያለ ሰራተኛ በስራ ዲስፕሊንና በመልካም ስነ-ምግባር የአገልጋይነት አስተሳሰብ ማነፅ፣

3. በመስሪያ ቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ የሙስና እና ብልሹ አሰራር ወንጀል መከላከል፣ ግልፅነትና ተጠያቂነት ማስፈን፣

## አንቀፅ 5. የተፈፃሚነት ወሰን

ይህ ደንብ በትግራይ ክልል፣ ከክልል እስከ ወረዳ በሚገኙ የመንግስት መስሪያ ቤቶችና እና የልማት ድርጅቶች ተፈፃሚ ይሆናል፣

## አንቀፅ 6. የፆታ አገላለፅ

በዚህ ደንብ በወንድ ፆታ የተገለፀው የአንስታይ ፆታም ይጨምራል፣

## አንቀፅ 7. ተጠሪነት

1. የስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል ተጠሪነቱ ለተቋቋመበት መስሪያ ቤትና የልማት ድርጅት ሃላፊ ነው፣

2. የዚህ አንቀፅ ንኡስ ቁጥር 1 ድንጋጌ ቢኖርም ተግባርና ሃላፊነት በሚመለከት ከኮሚሽኑ ጋር ግልፅ የሆነ የስራ ግንኙነት ይኖረዋል፣

## ክፍል ሁለት
## ስልጣን

## አንቀፅ 8. የፅሕፈት ቤት ሃላፊ ተግባርና የስራ ሃላፊነት

እያንዳንዱ የመንግስት መስሪያቤትና ልማት ድርጅት ሃላፊ፡-

1. በመስሪያቤቱ ወይም ልማት ድርጅቱ የስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል ያቋቁማል፣ከሃላፊነት ያወርዳል፣

www.abyssinialaw.com



2. ምችው ኩነታት ስራሕ ምፍጣር፣ ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን ምስ ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር ጥዑይ ርክብ ክህልዎም ይገብር፣
3. ኣብ ቤት ዕይኡ ወይትካል ልምዓቱ ፅቡቕ ስነ-ምግባር ዘለዎ መራሒ ሰራሕን ሰራሕተኛን ክህልው፣ ሰናይ ምምሕዳር ክሰፍን፣ ስርዓት ኣሰራርሕኡ ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ዘይተቓለዐ፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን ዝሰፈነሉ ክኸውን ይገብር፣
4. ኣብ ቤት ዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ጉድለት ስነ-ምግባር፣ ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን እንትረአ ብቕልጡፍ ምስ መኮነን ስነ-ምግባር ወይ ምስ ሰራሕተኛታት ብምምኽኻር ፍታሕ የቕምጥ፣
5. ኣብ ቤት ዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ዝውሰድ ስጉምቲ ምምሕዳርን ድስፕሊንን ሕግን መምርሕን መሰረት ዝገበረን ፍትሓዊ ንምኻኑ ብብቑዕ መረዳእታ ዝተደገፈ፣ ካብ ምጥቅቃዕ ዝፀረየ፣ ኣብ ቤት ዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ሰናይ ምምሕዳር ንምዕሳል ኣስተዋፅኦ ዝገብር ምኻኑ የረጋግፅ፣
6. ፀብፃብ ውዕኢት ኦዲት ውሽጥን ደገን፣ ውሳነ ኮሚቴ ቅርታን ዲሲፒሊንን ንክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር ብቅዳሕ ክበፅሕ ይገብር፣
7. ኣብ ቤት ዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ መኮነን ስነ-ምግባር ዓቕሚ መዕበይ ትምህርትን ስልጠናን ክረክብ፣ ሰራሕተኛታት ትምህርቲ ስነ-ምግባር ክረኽቡ፣ ንብልሽው ኣሰራርሓን ንግዕዝይናን ዘሳጥሑ ኩነታት እንትፍጠሩ ብመሰረት ሕግን ደንብን እቲ ቤት ዕዮን ትካል ልምዓትን መስተኻኸሊ ስጉምቲ ክውሰድ ይገብርን ኣፈፃፅምኡ ይከታተልን፣

2. አመራሩና ሰራተኛው ከስነ-ምግባር መከታተያ ክፍሉ ጋር መልካም የስራ ግንኙነት እንዲኖራቸው ምቹ የሰራ ሁኔታ ይፈጥራል፣
3. በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ መልካም ስነ-ምግባር ያለው ሰራተኛ እንዲኖር፣ መልካም አስተዳደር እንዲሰፍን፣ የአሰራር ስርዓቱ ለሙስና እና ብልሹ አሰራር ያልተጋለጠ፣ ግልፅነትና ተጠያቂነት የሰፈነበት እንዲሆን ያደርጋል፣
4. በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ የስነ-ምግባር ጉድለቶች፣ ሙስና እና ብልሹ አሰራር ሲታይ ከስነ-ምግባር መኰንኑ ወይም ከሰራተኛው ጋር በመመካከር ፈጣን መፍትሄ ያስቀመጣል፣
5. በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ የሚወሰድ አስተዳደራዊና የዲስኘሊን እርምጃ ሕግና መመሪያ መሰረት ያደረገና ፍትሃዊ ለመሆኑ በበቂ መረጃ የተደገፈ፣ ከብቀላ ነፃ የሆነና ለመስሪያቤቱ ወይም ለልማት ድርጅቱ መልካም አስተዳደር መስፈን አስተዋፅኦ ያደረገ መሆኑን ያረጋግጣል፣
6. የውስጥና የውጭ ኦዲት ሪፖርት፣ የዲስኘሊንና ቅሬታ ኮሚቴ ውሳኔ ለስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል በግልባጭ እንዲደርሰው ይደረጋል።
7. የመስሪያቤቱ ወይም የልማት ድርጅቱ የስነ-ምግባር መኰንኑ አቅም ለማሳደግ ትምህርትና ስልጠና እንዲያገኝ፣ ሰራተኞቹ የስነ-ምግባር ትምህርት እንዲያገኙ፣ ለሙስና እና ብልሹ አሰራር የሚያጋልጡ ሁኔታዎች ሲፈጠሩ በተቋሙ ሕግና ደንብ መሰረት የማስተካከያ እርምጃ እንዲወስድ ያደርጋል፣፣ አፈፃፀሙን ይከታተላል፣

## ዓንቀፅ 9. ሓላፍነትን ስልጣንን መኮነን ስነ-ምግባር

መኮነን ስነ-ምግባር እዞም ዝስዕቡ ሓላፍነትን ስልጣንን ይህልውዎ፡-

1. ኣብ ቤትፅይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ዘሎ ኣሰራርሓ ደንቢ ስነ-ምግባር መሰረት ዝገበረ ምዃኑ ይከታተል፣ ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ዝዕድሙ ተግባራት ብቐረባን ብቐፃልነትን ይከታተል፣ የፅንዕ ንኽስተኻኸሉ መማሓየሺ ሓሳባት የቕርብ፣
2. ኣብ ቤትፅይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ዝርከብ ሰራሕተኛ ብዛዕባ ስነ-ምግባር፣ ፀረ-ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ትምህርትን ስልጠናን ክረክብ ይገብር፣ የተሓባብር ይከታተል፣
3. ሰራሕተኛን ተገልጋላይን እቲ ቤትፅዮ ወይ ትካል ልምዓት ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ዝቓለሰሉ ስርዓት ንኽዝርጋሕ ይፅዕርን የተሓባብርን፣
4. ሰራሕተኛ ቤትፅዮኡ ወይ ትካል ልምዓት ይኹን ተገልጋሊ፤ ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ብዝምልከት ሓበሬታ ዝህብሉ ንፁር ኣሰራርሓ ንኽዝርጋሕ የተሓባብር፣
5. ግዕዝይና ዝተፈፀመ ምዃኑ ካብ ዝኾነ ይኹን ኣካል ጥቆማ ወይ ሓበሬታ እንትበፅሖ ንሓላፊ ቤት ዕዮ ወይ ትካል ልምዓት የቕርብ ብቕዳሕ ድማ ንኮሚሽን የፍልጥ።
6. ኣብ ቤት ዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ብዝምልከት ብቐፃልነት ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብምትእኽኻብን ብምውዳብን ናብ ሓላፊ ቤትዕይኡ ወይ ትካል ልምዓትን ናብ ኮሚሽንን ጠሚሩ የሕልፍ፣

## አንቀፅ 9. የስነ-ምግባር መኰነን ስልጣንና ሃላፊነት

የስነ-ምግባር መኰንኑ የሚከተሉትን ስልጣንና ሃላፊነት ይኖሩታል፡-

1. በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ ያለው አሰራር የስነ-ምግባር ደንቡን መሰረት ያደረጉ መሆናቸውን ይከታተላል፣ ለሙስና እና ብልሹ አሰራር የሚዳርጉ ተግባራት በቅርብና በቀጣይነት ይከታተላል፣ ያጠናል፣ እንዲሻሻሉ የማሻሻያ ሃሳብ ያቀርባል፣
2. በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ የሚገኝ ሰራተኛ የስነ-ምግባርና የፀረ-ሙስና ትምህርትና ስልጠና እንዲያገኝ ያደርጋል ይከታተላል ያስተባብራል፣
3. የመስሪያቤቱ ወይም የልማት ድርጅቱ ሰራሕተኛና ተገልጋይ ሙስና እና ብልሹ አሰራርን የሚታገሉበት ስርዓት እንዲዘረጋ ይጥራል፣ ያስተባብራል፣
4. የመስሪያቤቱ ወይም የልማት ድርጅቱ ሰራተኛም ሆነ ተገልጋይ ሙስና እና ብልሹ አሰራርን በተመለከተ መረጃ የሚያቀርቡበት ግልፅ አሰራር እንዲ ዘረጋ ያስተባብራል፣
5. ሙስና የተፈፀመ ስለመሆኑ ከማንኛውም አካል ጥቆማ ወይም መረጃ ሲደርሰው ለመስሪያቤቱ ወይም ለልማት ድርጅቱ ሃላፊ ያቀርባል። በግልባጭ ለኮሚሽኑ ያሳውቃል፣
6. በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ ሙስና እና ብልሹ አሰራርን አስመልክቶ በቀጣይነት መረጃ በማሰባሰብና በማደራጀት አጠቃሎ ለመስሪያቤቱ ወይም ለልማት ድርጅቱ ሃላፊና ለኮሚሽኑ ያስተላልፋል፣

www.abyssinialaw.com



7. ኣብ ውሽጢ ቤት ዕዮኡ ወይ ትካል ልምዓት መፅናዕቲ ስርዓት ኣሰራርሓ ብምክያድ መማሓየሺ ሓሳባት ንሓላፊ ቤት ዕዮ የቕርብ፣ ዝቐረበ መማሓየሺ ሓሳብ ኣብ ተግባር ንኽውዕል ይከታተል፣ የተሓባብር። ኣብ ቤት ዕይኡ ወይ ኣብ ውሽጢ ትካል ልምዓቱ እቲ ኮሚሽን መፅናዕቲ እንትካይድ ከም ኣድላይነቱ ይሳተፍ።

8. መንነት ወሃብቲ ሓበሬታን ኣቕረብቲ ጥቆማን ብምስጢር ይሕዝ፣

9. ዝኾነ ሰራሕተኛ ኣብ ቤት ዕዮኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ገበን ግዕዝይና ዝተፈፀመ ምኽኑ ብምቅልዑ ዝኾነ ፅዕንቶ ንኸይበፅሖ ይከታተል፣ ፈተነ ፅዕንቶ ዝገበረ ወይ ዘብፀሖ ፣ ኮነ ኢሉ ሕነ ዝፈደየ ወይ ዝቐፅዐ ወይ ንምቕፃዕ ዝፈተነ እቲ ፍፃመ ንሓላፊ ቤት ዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱን ንኮሚሽንን ሪፖርት ይገብር፣ ብዛዕባ ዝውሰድ ስጉምቲ ትኹረት ሂቡ ይከታተል።

10. ንቤት ዕዮኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ዝምልከት ደንቢ ስነ-ምግባር እንትዳሎ ኣድላዩ ሓገዝ ይገብር እንትፀድቕ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ይከታተል፣

11. ሓደሽቲ ቑፃር ሰራሕተኛታት ስራሕ ቅድሚ ምጅማሮም ምስ ደንቢ ስነ-ምግባርን ተመሳሰልቲ ሕግታትን ክፋለጡ ይገብር፣

12. ኣብቲ ቤት ዕዮ ወይ ትካል ልምዓት ቑፃር ፣ ዕብየት፣ ዝውውርን ስልጠናን ሰራሕተኛ ከምኡ'ውን ግልጋሎት ዕድጊት ኣቕሓን ካልኦት ውዕላትን ዝምልከት ደንቢን መምርሕን ተጣሒሱ ኢሉ እንትኣምን ናብ ሓላፊ መስተኻኸሊ ሓሳብ ምስ ርኢቶ ፀብፂቡ የቕርብ፣ እንትውሰን

7. በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ ውስጥ የአሰራር ስርዓት ጥናት በማካሄድ የማሻሻያ ሃሳብ ለሃላፊው ያቀርባል። የቀረበው ማሻሻያ ሃሳብ ተግባር ላይ እንዲውል ይከታተላል፣ ያስተባብራል፣ ኮሚሽኑ በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ ውስጥ ጥናት ሲያካሂድ እንደአስፈላጊነቱ ይሳተፋል፣

8. የመረጃ ሰጪዎችና ጠቋሚዎች ማንነት በሚስጥር ይይዛል፣

9. ማንኛውም ሰራተኛ በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ ውስጥ የሙስና ወንጀል በማጋለጡ ማንኛውም ተፅእኖ እንዳይደርስበት ይከታተላል፣ የጫና የሙከራ ያደረገ ወይም ያደረሰ፣ ሆን ብሎ የተበቀለ ወይም የቀጣ ወይም ለመቅጣት የሞከረ ስለድርጊቱ ለሃላፊውና ለኮሚሽኑ ሪፖርት ያደርጋል። ስለሚወሰደው እርምጃ ትኩረት ሰጥቶ ይከታተላል፣

10. ለመስሪያ ቤቱ ወይም ለልማት ድርጅቱ የሚመለከት የስነ-ምግባር ደንብ ሲዘጋጅ አስፈላጊ እገዛ ያደርጋል፣ ሲፀድቅ በስራ ላይ መዋሉ ይከታተላል።

11. አዲስ የተቀጠሩ ሰራተኞች ስራ ከመጀመራቸው በፊት ከስነ-ምግባር ደንብና ተመሳሳይ ሕጎች እንዲታዋወቁ ያደርጋል፣

12. በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ የሰራተኞች ቅጥር፣ እድገት፣ ዝውውር ስልጠና እንዲሁም የእቃ አገልግሎት ግዢና ውሎችን በሚመለከት ደንብና መመሪያ ተጥሷል ብሎ ሲያምን ለሃላፊው የማስተካከያ ሃሳብ ከነ ሪፖርቱ ያቀርባል፣ ሲወሰን ተግባራዊነቱን ይከታተላል፣

www.abyssinialaw.com



ተግባራውነቱ ይከታተል፣

13. ኣብ ቤት ዕዮ ወይ ትካል ልምዓት ውሽጢ ኦዲተር ስጉምቲ ንክውሰደሉ ወይ ንኽስተኻኸል ፀበፃብ ዝቐረበሉ ዋኒን፣ ሰማዒ ኮሚቴ ዲሲፒሊንን ቅርታን ዘመሓላለፎ ውሳነ ብትኽክል ምትግባሩ ይከታተል፣ ኣፈፃፅመኡ ንሓላፊ ቤት ዕዮኡን ንኮሚሽንን የፍልጥ፣

14. ብምቅላስ ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ብሉፃት ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ቤት ዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ብመሰረት እቲ ኮሚሽን ዘውፅኦ መዐቀኒ መዝጊቡ ብምሓዝ መተባብዒ ንኽወሃቦም ንቢሮ ሓላፊ ሓሳብ የቕርብ፣

15. ስራሕቲ ምክልኻል ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ዝምልከት ኣብ እስትራቴጂያውን ዓመታውን ትልሚ ቤት ዕይኡ ክካተት ሓሳብ የቅርብ፣ ነዚ መሰረት ገይሩ ትልሙ የዳሉ፣ ንላዕለዋይ ሓላፊን ንኮሚሽንን የፍልጥ ኣብ ተግባር የውዕል፣

16. በቢበጀት ዓመቱ ዝተፈፀሙ ተግባራት፣ ዘጋጠሙ ፀገማት ዝተወሰዱ መፍትሒ ስጉምቲት፣ ፀብፃብ ርብዒ ዓመትን ዓመታዊን ብምድላው ንላዕለዋይ ሓላፊ ቤትዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ፀብፃብ የቕርብ፣ ቕዳሕ ናብ ኮሚሽን የፍልጥ።

17. ገበን ግዕዝይና ወይ ከቢድ ጉድለት ስነ-ምግባር ዝተፈፀመ ምኻኑ ወይ ንኽፍፀም ዝተሓሰበ ምኻኑ ዝሕብር ጥቆማ ወይ ሓበሬታ እንተርከብ ብቀጥታ ናብ ኮሚሽን ወይ ኣግባብነት ናብ ዘለዎ ኣካል የሕልፍ ውፅኢቱ ይከታተል፣

18. ካብ ሓላፊ ቤት ዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱን ካብ ኮሚሽንን ዝውሃብ ዝኾነ ስነ-ምግባር



13. በመስሪያቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ በውሰጥ ኦዲተር የማስተካከያ እርምጃ እንዲወሰድ ሪፖርት የቀረበበት ጉዳይ፣ የዲስኘሊንና ቅሬታ ሰሚ ኮሚቴ ያስተላለፈው ውሳኔ በትክክል መተግበሩን ይከታተላል፣ አፈፃፀሙን ለሃላፊውና ለኮሚሽኑ ያሳውቃል፣

14.ሙስና እና ብልሹ አሰራርን በመታገል ብልጫ ያላቸው የመስሪያ ቤቱ ወይም የልማት ድርጅቱ ሰራተኞች ኮሚሽኑ በሚያወጣው መስፈርት መሰረት መዝግቦ በመያዝ ማትጊያ እንዲሰጣቸው ለቢሮ ሃላፊ ሃሳብ ያቀርባል፣

15. ሙስና እና ብልሹ አሰራርን የመከላከል ስራ በሚመለከት በመስሪያ ቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ ስትራቴጅክና ዓመታዊ እቅድ ላይ እንዲካተት ሃሳብ ያቀርባል። ይህን መሰረት በማድረግ እቅድ ያዘጋጃል፣ ለሃላፊውና ለኮሚሽኑ ያሳውቃል። በተግባር ላይ ያውላል፣

16. በየበጀት ዓመቱ የተፈፀሙ ተግባሮች ያጋጠሙ ችግሮችና የተወሰዱ የመፍትሄ እርምጃዎች፣ የሩብ ዓመትና ዓመታዊ ሪፖርት በማዘጋጀት ለመስሪያ ቤቱ ወይም ለልማት ድርጅቱ የበላይ ሃላፊ ሪፖርት ያቀርባል በግልባጭ ለኮሚሽን ያሳውቀል።

17.የሙስና ወንጀል ወይም ከባድ የስነ-ምግባር ጉድለት የተፈፀመ መሆኑ ወይም ሊፈፀም የታሰበ መሆኑ የሚያሳይ ጥቆማ ወይም መረጃ ሲያገኝ በቀጥታ ለኮሚሽኑ ወይም አግባብ ላለው አካል ያስተላልፋል፣ ውጤቱም ይከታተላል፣

18.ከመስሪያ ቤቱ ወይም ልማት ድርጅቱ ሃላፊ እና ከኮሚሽኑ የሚሰጠው ማንኛውም ስነ-ምግባር

www.abyssinialaw.com



ዝምልከት ካልእ ተመሳሳሊ ተግባርን ይፍፅም።

## ዓንቀፅ 10. ሓላፍነትን ስልጣንን እቲ ኮሚሽን

1. ኣብ ኣብያተ ፅዮን ትካላት ልምዓት መንግስትን ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር ንኽጣየሽ የተሓባብርን ይከታተልን፣
2. ብስራሕቲ ገምጋምን ልምዲ ተሞክሮን ከምኡ'ውን ሓፀርቲ ስልጠናታት ብምሃብ በቢመድረኹ ኣብ ዝግበሩ ምርድዳእን ኣቢሉ ዓቕሚ መኮነን ስነ-ምግባር ብምዕባይ፣ መደባት ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ይመርሕ፣ የተሓባብር፣
3. ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ዝተቓልዐ ተግባር ንምፍላይ ዝሕግዝ ካብ ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር ዝተልኣኸሉ ሓበሬታ ኣብ ስራሕ ኽውዕል ይገብር፣
4. ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር ብመሰረት ልኡኹ ይፍፀም ምህላዉ ይከታተል፣ የተሓባብር፣ ኣብ ዝግበር ምንቅስቓሳት ዘድሊ ሓገዝ ይገብር፣

## ክፍሊ ሰለስተ

## ኩነታት ስራሕ ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር

## ዓንቀፅ 11. ኣመዳድባ

1. መኮነን ስነ-ምግባር ብሓላፊ ቤትፅይኡ ወይ ትካል ልምዓት ይምደብ፣
2. ኣብ'ዚ ደንቢ ተቐሚጡ ዘሎ መመዘኒ ምደባ ብመሰረት ኣዋጅ ሰራሕተኛ መንግስቲ፣ ኣዋጅ ኣሰራሕን ሰራሕተኛን ወይ ብደንቢ መተሓዳደሪ ሰራሕተኛ ቤት ፅዮ መንግስቲ ወይ ትካል ልምዓት ወይ ሕብረት ስምምዕነት ይኸውን፣
3. ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ ወይ ትካል ልምዓት መንግስቲ መሓውር ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር

የሚመለከት ጉዳይ እና ሌላ ተመሳሳይ ተግባር ይፈፅማል፣

## አንቀፅ 10. የኮሚሽኑ ስልጣንና ሃላፊነት

1. በመንግስት መስሪያ ቤቶች የልማት ድርጅቶች ውሰጥ የስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል እንዲቋቋም ያስተባብራል፣ ይከታተላል፣
2. በስራ ግምገማና ተሞኩሮ ልውውጥ እንዲሁም በየመድረኩ በሚደረግ መግባባት አማካኝነት አጫጭር ስልጠና በመሰጠትና የስነ-ምግባር መኮነን አቅም በማሳደግ የስነ-ምግባርና የፀረ-ሙስና ስራ ይመራል፣ ያስተባብራል፣
3. ለሙስና እና ብልሹ አሰራር የተጋለጠ ተግባር ለመለየት የሚያግዝ ከስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል የተላከለት መረጃ በስራ ላይ እንዲውል ያደርጋል፣
4. የስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል በተልእኮው መሰረት እየፈፀመ መሆኑ ይከታተላል፣ ያስተባብራል፣ በሚደረገው እንቅስቃሴ አስፈላጊ ድጋፍ ያደርጋል፣

## ክፍል ሶስት

## የስነ-ምግባር መከታተያ ክፍሉ የስራ ሁኔታ

## አንቀፅ11. አመዳደብ

1. የስነ-ምግባር መኰንን በመስሪያ ቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ ሃላፊ ይመደባል፣
2. በዚህ ደንብ የተቀመጠው የምደባ መመዘኛ፣ በመንግስት ሰራተኛ አዋጅ፣ የአሰሪና ሰራተኛ አዋጅ ወይም በመስሪያ ቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ መተዳደርያ ደንብ ወይም በሕብረት ስምምነት መሰረት ይሆናል፣
3. በመንግስት መስሪያ ቤቶች ወይም የልማት ድርጅች በስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል

www.abyssinialaw.com



ከም ኣድላይነቱ ካብ ሓደ ንላዕሊ መኮነን ስነ-ምግባር ክምደብ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 12. ኣብ ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር መኮነን ስነ-ምግባር ንምምዳብ ክማልኡ ዝግበኦም ረቛሒታት

1. ፖሊሲን እስትራተጂን መንግስቲ ዝድግፍ፣ ዝኣምንን ንተግባራዊነቱ ብእምነት ዝቃለስን ዘቃልስን፣
2. መኮነን ስነ-ምግባር ኾይኑ ዝምደብ ሰብ፡-

ሀ. ስነ-ምግባሩ ሕልውን ዝተመስገነን፣

ለ. ሕሉፍ ባህሪኡ ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ዘይብሉን ብተግባር ግዕዝይና ዘይሕመን፣

ሐ. ብጥሕሰት ስነ-ምግባር ዘይተቐፅዐ፣

3. ኣብ ቤትፅሕፈት ወይ ትካል ልምዓት ንልዕሊ ክልተ ዓመት ዝሰርሐ፣ ዝሐሸ ብቕዓትን ልምዲ ስራሕን ዘለዎ እንተኾነ ይምረፅ፣
4. ብርኪ ትምህርቲ፡-

ሀ. ንክልል ኣብያተ ፅዮን ከተማ መቐለን ቀዳማይ ዲግሪን ልዕሊኡን፣

ለ.ብብርኪ ወረዳ፣ ክፍለ ከተማን ካብ ከተማ መቐለ ወፃኢ ዘለዋ ዞባታትን ዲፕሎማን ልዕሊኡን፣

## ክፍሊ ኣርባዕተ
## ኣተሓሕዛ ልምዲ ስራሕ፣ ውሕስና ስራሕን ኣወሳስዳ ስጉምቲን መኮነን ስነ-ምግባር፣

## ዓንቀፅ 13. ኣተሓሕዛ ልምዲ ስራሕ መኮንነ ስነ-ምግባር

መኮነን ስነ-ምግባር ኣብ ቤትፅሕፈት ወይ ትካል ልምዓት ብመኮነን ስነ-ምግባር ዝሃቦ ግልጋሎት ስራሕ ናብ ካሊእ ቤትፅዮ ወይ መደብ እንትዛወር ፣እንትምደብ ወይ እንትቑፀር ብተደራቢ ዝሰርሖ

መዋቅር ውስጥ እንደአስፈላጊነቱ ከአንድ በላይ የስነ-ምግባር መኰንን መመደብ ይችላል፣

## አንቀፅ 12.በስነ-ምግባር መከታተያ ክፍል የስነ-ምግባር መኰንን ለመመደብ ሊሟሉ የሚገባቸው መስፈርቶች

1. የመንግስት ፖሊሲዎችና ስተራተጅዎች የሚደግፍ፣ የሚያምንና፣ ለተግብራዊነቱ በታማኝነት የሚታግልና የሚያታግል፣
2. የስነ-ምግባር መኰነን ሆኖ የሚመደብ ሰው፡-

ሀ. ስነ-ምግባሩ የተጠበቀና የተመሰገነ፣

ለ. የሙስናና ብልሹ አሰራር ባህሪ የሌለውና በሙስና ተግባር የማይታማ፣

ሐ. በስነ-ምግባር ጥሰት ያልተቀጣ፣

3. በመስሪያ ቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ ውስጥ ከሁለት ዓመት በላይ የሰራ፣ የተሻለ ብቃትና የስራ ልምድ ያለው ቢሆን ይመረጣል፣
4. የትምህርት ደረጃ፡-

ሀ.ለክልል ቢሮዎችና ለመቀለ ከተማ የመጀመርያ ዲግሪና ከዚያ በላይ፣

ለ. በወረዳ ደረጃ፣ ክፍለ ከተማና ከመቀሌ ከተማ ውጭ ላሉ ዞኖች ዲፕሎማና ከዚያ በላይ፣

## ክፍል አራት
## የስነ ምግባር የስራ ልምድ አየያዝ፣ የስራ ዋስትና የዲስፕሊን እርምጃ አወሳሰድ፣

## አንቀፅ 13. የስነ-ምግባር መኰንን የስራ ልምድ አያያዝ

የስነ-ምግባር መኰንኑ በመስሪያ ቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ የሚሰጠው የስራ አገልግሎት ወደ ሌላ መስሪያ ቤት ወይም የልማት ድርጅት ሲዛወር፣ ሲመደብ ወይም ሲቀጠር የስነ-ምግባር መኰንንት በተጨማሪ ላገለገለበት ይፃፍለታል።

www.abyssinialaw.com



ስራሕቲ መኮነን ስነ-ምግባር ይፀሓፈሉ

## ዓንቀፅ 14. ውሕስና ስራሕን ሓለዋ ድሕንነት ኣካልን መኮነን ስነ-ምግባር

1. መኮነን ስነ-ምግባር ገበን ግዕዝይናን ብልሹው ኣሰራርሓን ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ኣብ ዝገብሮ ምንቅስቓስ ኣብ ስርሑን ኣካሉን ሓደጋ ከይበፅሖ ደገፍ ሕጊ ይግበረሉ፣

2. ሕድሕድ ቤት ፅዮን ትካል ልምዓት መንግስትን እዚ ክልል መዲቡ ንዘሰርሖ መኮነን ስነ-ምግባር ካብ ስጉምቲ ምጥቕቓዕ ክከላኸለሉ ጉቡእ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ15. ኣወሳስዳ ስጉምቲ ድስፕሊን

ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 16 ዝተመልከተ ዝተሓለወ ኮይኑ መኮነን ስነ-ምግባር ጥፍኣተኛ ኾይኑ እንተተረኺቡ ብመሰረት ኣግባብ ዘለዎ ደንቢ ቤትፅዮ መንግስቲ ወይ ትካል ልምዓት ይሕተት፣

## ዓንቀፅ16. ብዛዕባ ምልዓል ስራሕ

1. ከቢድ ጥሕሰት ስነ-ምግባር ዝፈፀመ ወይ ስራሕቲ መኮነን ስነ-ምግባር ብኣግባቡ ዘይተዋፅአ ብመሰረት ኣግባብ ዘለዎ ሕጊ ወይ ደንቢ ቤት ፅዮ ወይ ትካል ልምዓት ካብ ሓላፍነቱ ክልዓል ይኽእል፣
2. ሓላፊ ቤትፅዮ ወይ ትካል ልምዓት መኮነን ስነ-ምግባር ካብ ሓላፍነቱ ቅድሚ ምልዓሉ ዝፈፀሞም ጥፍኣታትን ዘርኣዮም ድኽመታትን ስራሕን ዝገልፅ ሙሉእ ፅሑፍ ፀብፃፅ ናብ ኮሚሽን ክፍልጥ ኣለዎ፣

   ሓላፊ ቤትፅዮ ወይ ትካል ልምዓት ኣብ ልዕሊ መኮነን ስነ-ምግባር ዘሕለፎ ውሳነ ንሰራሕተኛታት ቤት ፅይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ክፍልጥ ኣለዎ፣

## አንቀፅ14. የስነ-ምግባር መኰንን የስራ ዋሰትና እና የአካል ደህንነት

1. የስነ-ምግባር መኰንን የሙስና ወንጀልና ብልሹ አሰራርን ለመከላከልና ለመቆጣጠር በሚያደርገው እንቅስቃሴ በስራውና በአካሉ አደጋ እንዳይደርሰው የህግ ድጋፍ ይደረግለታል፣
2. እያንዳንዱ የክልሉ የመንግስት መስሪያ ቤትና የልማት ድርጅት በስነ-ምግባር መኰንን መድቦ ለሚያሰራው ሰው ከብቀላ እርምጃ የመከላከል ግዴታ አለበት፣

## አንቀፅ 15. የዲስፕሊን እርምጃ አወሳሰድ

በዚህ ደንብ አንቀፅ 16 የተመለከተው እንደተጠበቀ ሆኖ የስነ-ምግባር መኰንን ጥፋተኛ ሆኖ ከተገኘ አግባብ ባለው የመንግስት መስሪያ ቤት ወይም የልማት ድርጅት ደንብ መሰረት ይጠየቃል፣

## አንቀፅ 16. ከስራ ስለማንሳት

1. ከባድ የስነ-ምግባር ጥሰት የፈፀመ ወይም የስነ-ምግባር መኰነነ ስራዎች ብአግባቡ ያልተወጣ አግባብነት ባለው የመስሪያ ቤቱ ወይም የልማት ድርጅቱ ሕግ ወይም ደንብ መሰረት ከሃላፊነቱ ሊነሳ ይችላል፣
2. የመስሪያ ቤቱ ወይም የልማት ድርጅቱ ሃላፊ መኰነን ስነ-ምግባሩ ከሃላፊነቱ ከማንሳቱ በፊት የፈፀመው ጥፋትና ያሳየው የስራ ድክመት የሚገልፅ የተሟላ የፅሑፍ ሪፖርት ለካሚሽኑ ማሳወቅ አለበት፣

   የመስሪያ ቤቱ ወይም የልማት ድርጅቱ ሃላፊ ብስነ-ምግባር መኰነኑ ላይ ያሳለፈው ውሳኔ በ15 ቀናት ውስጥ ሰራተኞች እንዲያውቁት ማድረግ አለበት፣

www.abyssinialaw.com



## ዓንቀፅ 17. ኣቀራርባ ቅርታ መኮነን ስነ-ምግባር

1. መኮነን ስነ-ምግባር ካብ ስርሑ ዝተኣገደሉ ወይ ዝተልዓለሉ ምኽንያት ብዘይኣግባብ እዩ ኢሉ እንተኣሚኑ ብመሰረት ኣዋጅ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፣ ኣዋጅ ኣሰራሕን ሰራሕተኛን ወይ በቲ ቤትዕዮ መንግስቲ ወይ ትካል ልምዓት ስነ-ስርዓት ተኸቲሉ ብደንቢ ወይ ሕብረት ስምምዕነት ቅርታ ወይ ይግበአኒ ምቕራብ ይኽእል፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተመልከተ እንተሃለወ'ውን ብቤትዕይኡ ወይ ትካል ልምዓቱ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣብ ምቅላስ ግዕዝይና ወይ ብልሽው ኣሰራርሓ ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ስጉምቲ ምጥቕቓዕ እዩ ኢሉ እንተኣሚኑ ነቲ ኮምሽን የመልክት።
3. እቲ ኮምሽን ብምኽንያት መኮነን ስርሑ ዝተወሰደ ስጉምቲ ምጥቕቓዕ እንተኾይኑ ብዝግባእ ኣፅርዩ ኣብ ልዕሊኡ ስጉምቲ ዝወሰደ ሓላፊ ሕጋዊ ስጉምቲ ይወስድ።

## ዓንቀፅ 18. ተግባር ምጥቕቓዕ እንትፍፀም ዝውሰድ ስጉምቲ

1. መኮነን ስነ-ምግባር ስጉምቲ ሕነ ምፍጻይ ተፈፂሙኒ ኢሉ ናብ ሓላፊ ወይ ወኪሉ ጥርዓን እንተቕሪቡ፤ ጥርዓን ዝቐረበሉ ሓላፊ ግቡእ ስጉምቲ ምዕራይ ይወስድ፣
2. ብመሰረት ዝቐረበ ቅርታ ዝተወሰደ ስጉምቲ ግቡእ ዘይምዃኑ ተረጋጊፁ ዝተስዓረ እንተኾይኑ ሓላፊ ቤት ዕዮ ወይ ትካል ልምዓት ንተበዳሊን ንሰራሕተኛ ቤትዕይኡ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ክፍልጥ ኣለዎ።



## አንቀፅ 17. የስነ-ምግባር መኰንን የቅሬታ አቀራረብ

1. የስነ-ምግባር መኰነን ከስራው የታገደበት ወይም የተነሳበት ምክንያት አለ አግባብ ነው ብሎ ካመነ በመንግስት ሰራተኞች አዋጅ፣ ወይም በአሰሪና ሰራተኛ አዋጅ፣ በመስሪያ ቤቱ ወይም የልማት ድርጅቱ ስነ-ሰርዓት ደንብ ወይም ሕብረት ስምምነት ተከትሎ ቅሬታ ወይም ይግባኝ ማቅረብ ይችላል፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተመለከተው ቢኖርም በመስሪያ ቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ የተወሰደ እርምጃ ሙስናን ወይም ብልሹ አሰራርን ከመወጋት ስራ የተያያዘ የበቀል እርምጃ ለመውሰድ ነው ብሎ ካመነ ለኮሚሽን ያመለክታል።
3. ኮምሽኑ በመኮነን ላይ የተወሰደውን እርምጃ ስራው ምክንያት የተወሰደ በቀላ ከሆነ በሚገባ አጣርቶ እርምጃ በወሰደ ሃላፊ ላይ ህጋዊ እርምጃ ይወስዳል።

## አንቀፅ18. የበቀል ተግባር ተፈፅሞ ሲገኝ የሚወሰድ እርምጃ

1. የስነ-ምግባር መኰነኑ የበቀል እርምጃ ተፈፅሞብኛል ብሎ ለሃላፊ ወይም ለወኪሉ አቤቱታ ሲያቀርብ፣ አቤቱታ የቀረበለት ሃላፊ ተገቢ ማጣራት አድርጎ እርምጃ ይወስዳል፣
2. በቀረበው አቤቱታ መሰረት የተወሰደው እርምጃ ተገቢ ያለመሆኑ ተረጋግጦ የተሻረ ከሆነ ሃላፊው ለመስሪያ ቤቱ ወይም ለልማት ድርጅቱ ሰራተኞችና ለተበዳዩ በ15 ቀናት ውሰጥ ማሳወቅ አለበት፣

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ሓሙሽተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት

### ዓንቀፅ 19. ግቡእ ምትሕብባር

ዝኾነ ቤት ዕዮ መንግስቲ ፣ ትካል ልምዓት ፣ ውልቀ ትካል፣ ውልቀ ሰብን ካልኦት ኣካላትን መኮነን ስነ-ምግባር ዝተውሃቦ ስልጣንን ሓላፍነትን ንምፍፃም ደገፍ ኣብ ዝሓተሉ እዋን ግቡእ ምትሕብባር ኣለዎ።

### ዓንቀፅ 20. ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታት

ምስ'ዚ ደንቢ ዝፃባእ ዝኾነ ደንቢ፣ መምርሒ ወይ ኣሰራርሓ ተፈፃሚነት የብሉን፣

### ዓንቀፅ 21. ስልጣን ምውፃእ መምርሒ

ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ክልል ትግራይ ብመሰረት ኣዋጅ ቁፅሪ 208/2003 ዓንቀፅ 20 ነዚ ደንቢ ንምፍፃም ዝርዝር መምርሒ ከውፅእ ይኽእል፣

### ዓንቀፅ 22. እዚ ደንቢ ዝፀንዐሉ ግዘ

እዚ ደንቢ ብነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ካብ ዝተሓተመሉ ዕለት30/072006 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

**መቐለ**

**ኣባይ ወልዱ**

**ፕረዚዳንት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**



## ክፍል አምስት

## የተለያዩ ድንጋጌዎች

### አንቀፅ 19. የመተባበር ግዴታ

ማንኛውም የመንግስት መስሪያ ቤት፣ የልማት ድርጅት፣ የግል ድርጅት፣ ግለሰብና ሌሎች አካላት ለስነ-ምግባር መኰነን የተሰጠው ስልጣንና ሃላፊነት ለመፈፀም ድጋፍ በሚጠይቅበት ወቅት የመተባበር ግዴታ አለበት፣

### አንቀፅ 20. ተፈፃሚነት የሌላቸው ህጎች

ከዚህ ደንብ ጋር የሚጋጭ ማንኛውም ደንብ፣ መመሪያ ወይም አሰራር ተፈፃሚነት የለውም፣

### አንቀፅ 21. መመሪያ የማውጣት ስልጣን

የትግራይ ክልል የስነ-ምግባርና ፀረ-ሙስና ኮሚሽን በአዋጅ ቁጥር 208/2003 አንቀፅ 20 መሰረት ይህ ደንብ ለማስፈፀም ዝርዝር መመሪያ ሊያወጣ ይችላል፣

### አንቀፅ 22. ደንቡ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ ደንብ በትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ከተታመበት ቀን30/07/2006 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

**መቐለ**

**አባይ ወልዱ**

**የትግራይ ብ/ክ/መንግስት ፕሬዚዳንት**

www.abyssinialaw.com


# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ
### ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
### የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል21 ዓመት ቑ.2 መቐለ 2006 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

21ኛ ዓመት ቁ. 2 መቐለ 2006 ዓ/ም


**ቑፅሪ ደንቢ 83/2006 ዓ/ም**

**ደንቢ ምምሕዳርን ቁፅፅርን ምግቢ ፣ መድሓኒትን ክንክን ጥዕናን ክልል ትግራይ**

ጥዕና ሕብረተሰብ ንምሕላው ዘገልግሉ ድሕንነቶም ፣ ፈዋስነቶምን ፅሬቶምን ዘይተረጋገፀ ዘመናዊ ኾነ ባህላዊ መድሓኒታት ክሕሎ ዝግባእ ብምዃኑ ፣ ድሕንነቱን ፅሬቱን ዘይተረጋገፀ ምግቢ ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብ ዘስዕቦ ጉድኣት ምክልኻል ኣድላዪ ብምዃኑ ፤

ደረጅኡ ብዘይተሓለወ ግልጋሎት ጥዕናን ሞያዊ ስነ-ምግባር ብዘጎደሎ ባዓልሞያ ጥዕና ዝወሃብ ግልጋሎት ንምስትኽኻልን ብጉድለት ሓለዋ ከባቢን ቁፅፅር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ክበፅሕ ዝኽእል ፀገም ጥዕና ምዕጋት ኣድላዪ ብምዃኑ ፤

ዘይሕጋዊ ምህርቲ ፣ ክፍፍልን ኣጠቓቕማን፣ ሳይኮትሮፒክ፣ ናርኮቲክ መድሓኒታትን ነዚኦም ንምፍራይ ዘገልግሉ ፕሪክርሰር ኬሚካላት ምኽልኻልን ምዕጋትን ኣድላዪ ብምዃኑ ፤

**ደንብ ቁጥር 83/2006 ዓ/ም**

**የትግራይ ክልል የምግብ ፣ የመድኃኒትና የጤና ክብካቤ አስተዳደርና ቁጥጥር ደንብ**

የሕብረተሰቡ ጤና ለመጠበቅ የሚያገለግሉ ደህንነቱ ፣ ፈዋሽነቱና ጥራቱ ካልተረጋገጠ ዘመናዊም ሆነ ባህላዊ መድኃኒት መጠበቅ ያለበት በመሆኑ ፣ ደህንነቱና ጥራቱ ባልተጠበቀ ምግብ ምክንያት በሕብረተሰቡ ጤና ላይ ሊደርስ የሚችለውን የጤና ችግር መከላከል አስፈላጊ በመሆኑ ፤

ደረጃውን ባልጠበቀ የጤና አገልግሎት እንዲሁም ብቃትና ሙያዊ ሥነ-ምግባር በጎደለው የጤና ባለሙያ የሚሠጠውን አገልግሎት ለማስተካከልና በአካባቢ ጤና አጠባበቅ ጉድለትና በተላላፊ በሽታዎች ቁጥጥር ጉድለት ምክንያት ሊደርስ የሚችለውን የጤና ችግር መግታት አስፈላጊ በመሆኑ ፤

የናርኮቲክና ሣይኮትሮፒክ መድኃኒቶችንና እነዚህኑ ለማምረት የሚያገለግሉ ፕሪክርሰር ኬሚካሎችን ሕገወጥ ምርት ፣ ሥርጭትና አጠቃቀም መከላከልና መግታት አስፈላጊ በመሆኑ ፤

www.abyssinialaw.com



ኣብ ዘፈር ጥዕና ሰፊኑ ዝፀንሐ ዝተበታተነን ዕሬት ዝጎደሎን ስርዓት ምምሕዳርን ቁፅፅርን ቅልጡፍን ውፅኢታውን ንምግባር ሓድሽን ዝተዋደደን ምምሕዳርን ቁፅፅርን ምግቢ ፣ መድሓኒታትን ክንክን ጥዕናን ምስፋን ኣድላይ ብምኳኑ ፤ ኣብ መላእ ሃገር ተፈፃምነት ዘለዎ ምምሕዳርን ቁፅፅርን ምግቢ ፣ መድሓኒትን ክንክን ጥዕናን ኣዋጅ ቁፅሪ 661/2002ዓ/ም ወፂኡ እዩ ፤ ይኹን ዳኣምበር እቲ ኣዋጅ ብኣግባቡ ንክፍፀም ዝርዝር ደንቢ ምውፃእ ኣድላይ ብምኳኑ ፤

ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49(3)(ሀ)ን ምምሕዳርን ቁፅፅርን ምግቢ ፣ መድሓኒትን ክንክን ጥዕና ኣዋጅ 661/2002ዓ/ም ዓንቀፅ 55(2) እዚ ደንቢ ኣውፂኡ ኣሎ ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ

### ዓንቀፅ 1፦ሓፂር ርእሲ

እዚ ደንቢ “ ምምሕዳርን ቁፅፅርን ምግቢ ፣ መድሓኒትን ክንክን ጥዕናን ክልል ትግራይ ቑፅሪ ደንቢ 83/2006 ” ተባሂሉ ይፅዋዕ ።

### ዓንቀፅ 2፦ ትርጉም

ኣብዚ ደንቢ :-

1. “ምግቢ ” ማለት ዝኾነ ብጥርኡ ፣ ብኽፋል ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ተዳልዩ ንንግዲ ወይ



በጤናው ዘርፍ ሰፍኖ የቆየውን የተበታተነና ጥራት የጎደለውን የአስተዳደርና የቁጥጥር ስርዓት ቀልጣፋና ውጤታማ ለማድረግ አዲስና የተቀናጀ የምግብ ፣ የመድኃኒትና የጤና ክብካቤ አስተዳደርና ቁጥጥር ሥርዓት ማስፈን አስፈላጊ በመሆኑ ፤ በመላ ሃገሪቱ ተፈፃሚነት ያለው የምግብ ፣ የመድሃኒትና የጤና ክብካቤ ኣስተዳደርና ቁጥጥር ኣዋጅ ቁጥር 661/2002ዓ/ም ወጥተዋል ፤ ይሁን እንጂ ኣዋጅን በሚገባ ለማስፈፀም ዝርዝር ደንብ ማውጣት ኣስፈላጊ በመሆኑ ፤

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ስራ ኣስፈፃሚ ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልል መንግስት ሕገ-መንግሥት ኣንቀጽ 49(3)(ሀ) እና የምግብ ፣ የመድኃኒትና የጤና ክብካቤ አስተዳደርና ቁጥጥር ኣዋጅ ቁጥር 661/2002 ኣንቀጽ 55/2/ መሰረት ይህንን ደንብ ኣውጥቷል ።

## ክፍል አንድ

## ጠቅላላ

### አንቀጽ 1፦ አጭር ርዕስ

ይህ ደንብ “ የትግራይ ክልል የምግብ ፣ የመድሃኒትና የጤና ክብካቤ ኣስተዳደርና ቁጥጥር ደንብ ቁጥር 83/2006 ” ተብሎ ይጠራል ።

### አንቀጽ 2፦ ትርጓሜ

በዚህ ደንብ ፡-

1. “ ምግብ ” ማለት ማንኛውም በጥሬነቱ ፣ በከፊል ወይም ሙሉ በሙሉ የተዘጋጀ ለንግድ

www.abyssinialaw.com



ብኻሊእ መልክዕ ንግልጋሎት ሕብረተሰብ ቀሪቡ ንምግብነት ዝውዕል ነገር እንተኾውን ማይ ወይ ካሊእ መስተ ፣ ዝሕየኽ ማስቲካ ፣ ተወሳኺ ምግቢ ከምኡ'ውን ምግቢ ንምፍራይ ፣ ንምድላው ወይ ንምሕካም ዘገልግል ዝኾነ ንጥረ ነገር ዝሓውስ እንተኾውን ትንባኾን ንመድሓኒትነት ጥራሕ ዘገልግሉ ንጥረ ነራትን ኣይሓውስን ፤

2. "**ናብ ምግቢ ዝውሰኹ ነገራት**" ማለት ከም ኣካል ምግቢ ተቐፂሮም ምግቢ ንኽጥዕም ፤ ንኽውቅብ ፤ ከይተበላሸወ ንኽፀንሕን ንምምልኻዕን ዝሕግዝ ኣብ ልዕሊ ምግቢ ዝውሰኽ ዝኾነ ንጥረ ነገር እዩ ፤

3. " **ተወሰኽቲ ምግቢ** " ማለት ዝኾነ ስሩዕ ኣመጋግባ ድሌት ንጥረ ምግቢ ንምምላእ ዝዳሎ ንጥረ ምግቢ ወይ ፊዝዮሎጂካዊ ጥቅሚ ዘለዎም ቪታሚናት ወይ መዓድን ወይ ካልኦት ንጥረ ነገራት ብንዕል ወይ ብውህድ ዘለዎ ብውሑድ መጠን ንኽውሰድ ተሓሲቡ ብካፕሱል ፣ ብክኒና ፣ ብሕሩጭ ፣ ብፈሳሲ ፣ ብጠብታ ወይ ብኻሊእ ተመሳሳሊ መልክዕ ዝዳሎ ዓይነት ምግቢ እዩ ፤

4. "**ንጥረ ምግቢ**" ማለት ዝኾነ ምግቢ ብፍላይ ንምጥንኻር ጥዕና ኣካል ወይ ብምኽንያት ሕፅረት ዝተመጣጠነ ምግቢ ዝፍጠር ፀገም ጥዕና ንምክልኻል ዝግብኡ ብፕሮቲን ፣ ቫይታሚን ፣ ማዕድንን ብዝኣመሰሉ ዝማዕበለ ወይ ዝተሃነፀ ምግቢ እዩ ፤



ወይም በሌላ መንገድ ለህብረተሰቡ አገልግሎት ቀርቦ ለምግብነት የሚውል ነገር ሲሆን ውኃ ወይም ሌላ መጠጥ ፣ የሚታኘክ ማስቲካ ፣ ተጨማሪ ምግብ እንዲሁም ምግብ ለማምረት ፣ ለማዘጋጀት ወይም ለማከምና ማንኛውም ንጥረ ነገር የሚያካትት ሆኖ ትንባሆና ለመድኃኒትነት ብቻ የሚያገለግሉ ንጥረ ነገሮችን አይጨምርም ፤

2. " **የምግብ ጭማሪዎች** " ማለት እንደ ምግብ አካል ተቆጥሮ ምግብን ለማጣፈጥ ፣ ለማቅለም ፣ ሳይበላሽ ለማቆየት ወይም ለማሳመር የሚረዳ በምግብ ላይ የሚጨመር ማንኛውም ንጥረ ነገር ነው ፤

3. " **ተጨማሪ ምግብ** " ማለት ማንኛውም የመደበኛ አመጋገብን የንጥረ ምግብ ፍላጎት ለማሟላት የሚዘጋጅ የንጥረ ምግብ ወይም ፊዚዮሎጂካል ጥቅም ያላቸው የቫይታሚን ወይም የማዕድን ወይም የሌሎች ንጥረ ነገሮች በነጠላ ወይም በውሁድ የሚገኙበት በተወሰነ መጠን እንዲወሰድ ታስቦ በካፕሱል ፣ በእንክብል ፣ በዱቄት ፣ በፈሳሽ ፣ በጠብታ ወይም በሌላ ተመሳሳይ ሁኔታ የሚዘጋጅ የምግብ ዓይነት ነው ፤

4. " **ንጥረ ምግብ**" ማለት ማንኛውንም ምግብ በተለይም የሰውነት ጤንነትን ለማጎልበት ወይም በተመጣጠነ የምግብ እጥረት ምክንያት የሚከሰት የጤና ችግርን ለመከላከል በሚገቡ የፕሮቲን ፣ የቫይታሚን ፣ ማዕድንና በመሳሰሉት የዳበረ ወይም የበለፀገ ምግብ

www.abyssinialaw.com



5. "**ንጥረ ምግቢ ምምዕባል**" ማለት ኣብ ሕብረተሰብ ወይ ኣብ ዝተወሰነ ክፋል ሕብረተሰብ ዝረአ ዋሕዲ ሓደ ወይ ብዙሓት ንጥረ ምግብታት ንምክልኻል ወይ ንምትካእ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ንጥረ ነገራት ኣብ ምግቢ ምውሳኽ እዩ ።

6. "**ድሕንነት ምግቢ**" ማለት ምግቢ ኣግባብ ዘለዎ ኣካል ብዘውፅኦ ረቛሒ መሰረት ብዝተማለአ መንገዲ ኣብ ከይዲ ምፍራይ ፣ ምድላው ፣ ኣተሓሕዛ ፣ ኣተዓቓቕባ ፣ ምጉዓዝ ንተጠቃሚ ምቕራብ ንምግቢ ወለድ ሕማማት ምክልኻልን ምቁፅፃርን እዩ ፤

7. "**ንብኽለት ዝተቓለዐ ምግቢ**" ማለት ንዕብየት ሕማም ዘስዕቡ ደቐቕቲ ታህዋስያን ወይ ብቐሊሉ ንምምራዝ ዝተቓለዐ ምግቢ እዩ ፤

8. "**ምኽላስ**" ማለት ንንግዲ ወይ ብኻልእ መልክዕ ንግልጋሎት ሕብረተሰብ ዝውዕል ምግቢ ወይ መድሓኒት ኣብ ትሕዝትኡ ካሊእ ነገር ምውሳኽ ወይ ትሕዝትኡ ብኽፋል ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ብኻሊእ ነገር ምትካእ ወይ ብዝግባእ መንገዲ ብፅርየት ብዘይምፍራዩን ብዘይምትሓዙን ምስ ባዕዲ ነገራት ክነካኸእ ምግባር እዩ ፤

9. "**ንግዲ ምግቢ**" ማለት ምግብን ጥረ ኣቑሑት ምግብን ንንግዲ ምፍራይ ፣ ምድላው ፣ ምምኻን ፣ ምዕሻግ ፣ ምልኣኽ ፣

ነው ፤

5. "**ንጥረ ምግብ ማበልጸግ**" ማለት በማህበረሰቡ ወይም በማህበረሰቡ የተወሰነ ክፍል የሚታየውን የአንድ ወይም የብዙ ንጥረ ምግቦች እጥረትን ለመከላከል ወይም ለመተካት አንድ ወይም ከዚያ በላይ ንጥረ ነገሮችን በምግብ ላይ መጨመር ነው ።

6. "**የምግብ ደህንነት**" ማለት ምግብን አግባብ ያለው አካል በሚያወጣው መስፈርት መሰረት በተሟላ መንገድ በማምረት ፣ በማዘጋጀት ፣ በመያዝ ፣ በማከማቸትና በማጓጓዝ ለተጠቃሚ በማቅረብ ሂደት የምግብ ወለድ በሽታን መከላከልና መቆጣጠር ነው ፤

7. "**ለብክለት የተጋለጠ ምግብ**" ማለት ለበሽታ አምጪ ጥቃቅን ሕዋሳት ዕድገት ወይም በቀላሉ ለመመረዝ የተጋለጠ ምግብ ነው ፤

8. "**መከለስ**" ማለት ለንግድ ወይም በሌላ መንገድ ለህብረተሰቡ አገልግሎት በሚቀርብ ምግብ ወይም መድሃኒት ይዘት ላይ ሌላ ነገር በመጨመር ወይም ይዘቱን በከፊል ወይም ሙሉ በሙሉ በሌላ ነገር በመተካት ወይም በተገቢው መንገድ በንፅህና ባለመመረቱና ባለመያዙ ከባዕድ ነገሮች ጋር እንዲነካካ ማድረግ ነው ፤

9. "**የምግብ ንግድ**" ማለት ምግብንና የምግብ ጥሬ ዕቃዎችን ለንግድ ማምረት ፣ ማዘጋጀት ፣ ማጭረር ፣ ማሸግ ፣ መላክ ፣ ማስመጣት ፣ ማከማቸት ፣ ማከፋፈል ፣ ማጓጓዝ ፣ በጅምላና

www.abyssinialaw.com



ምምፃእ ፣ ምዕቓብ ፣ ምክፍፋል ፣ ምጉዕዓዝ ፣ ብጅምላን ብችርቻሮን ምሻጥን ስራሕቲ ላቦራቶሪ ዕሬት ምግብን ይሓውስ ፤

10. “ **መዳለዊ ምግቢ** ” ማለት ኣብ ስራሕ ንግዲ ምግቢ ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ምስ ምግቢ ርክብ ዘለዎ ዝኾነ ሰብ እዩ ፤

11. “**መዐሸጊ**”ማለት ምግቢ ወይ መድሓኒት ኣብ ውሽጢ ንምምላእ ወይ ንምእታው ወይ ንምጥቕላል ዝጠቅም ዝኾነ መትሓዚ እንትኾውን ምስቲ ምግቢ ወይ መድሓኒት ቀጥታ ርክብ ዘለዎም መትሓዝታትን ንምጥቕላል ዝጠቕሙ ካልኦት ኣቑሑትን ይሓውስ ፤

12. “ **ዳግም ምዕሻግ** ” ማለት ከይዲ ምፍራይ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብኸፊል ዝተወድአ ምግቢ ወይ መድሓኒት ብኻልእ መፍረይ ትካል ዳግም ምዕሻግ ስራሕ እዩ ፤

13. “ **ገላፂ ፅሑፍ** ” ማለት ብዛዕባ ሓደ ምግቢ ወይ መድሓኒት ኣድላይ መልእኽቲ ዝሕብር ኣብ መዐሸጊ ዝሕተም ወይ ዝልጠፍ ፅሑፍ እንትኾውን ኣብ ውሽጢ መዐሸጊ ሕዛል ዝቕመጥ ፅሑፍ'ውን ይሓውስ ፤

14. “ **ኣምሲልካ ምቕራብ** ” ማለት መዐሸጊ ምግቢ ወይ መድሓኒት ፣ መፍለይ ፣ ምልክት ንግዲ ፣ ሽም ንግዲ ወይ ዝኾነ ፍሉይ ዓይነት ምልክት ተጠቒሙ እቲ ምግቢ ወይ መድሓኒት ብሕጋዊ መፍረይ ትካል ከምዝፈረየ ብምምስሳል ወይ ትሕዝቶን



በችርቻሮ መሸጥና የምግብ ጥራት ላቦራቶሪ ሥራን ይጨምራል ፤

10. “ **የምግብ አዘጋጅ** ” ማለት በምግብ ንግድ ስራ ውስጥ በቀጥታ ወይም በተዘዋዋሪ ከምግቡ ጋር ግንኙነት ያለው ማንኛውም ሰው ነው ፤

11. “ **ማሸጊያ** ” ማለት ምግብን ወይም መድሓኒትን በውስጡ ለመሙላት ወይም ለመክተት ወይም ለመጠቅለል የሚያገለግል ማንኛውም መያዣ ሲሆን ከምግቡ ወይም ከመድሃኒቱ ጋር ቀጥታ ግንኙነት ያላቸው መያዣዎችንና ለመጠቅለያ የሚያገለግሉ ሌሎች ዕቃዎችን ይጨምራል ፤

12. “ **እንደገና ማሸግ** ” ማለት የምርት ሂደቱ ሙሉ በሙሉ ወይም በከፊል የተጠናቀቀ ምግብን ወይም መድሃኒትን በሌላ ኣምራች ድርጅት መልሶ የማሸግ ስራ ነው ፤

13. “ **ገላጭ ጽሁፍ** ” ማለት ስለ አንድ ምግብ ወይም መድኃኒት አስፈላጊውን መረጃ የሚገልጽ በማሸጊያው ላይ የሚታተም ወይም የሚለጠፍ ጽሁፍ ሲሆን በማሸጊያው ውስጥ በአባሪነት የሚካተተውን ጽሁፍ ይጨምራል ፤

14. “ **አስመስሎ ማቅረብ** ” ማለት የምግብ ወይም የመድኃኒት ማሸጊያ ፣ መለያ ፣ የንግድ ምልክት ፣ የንግድ ስም ወይም ማንኛውም ዓይነት ልዩ ምልክት በመጠቀም ምግቡ ወይም መድኃኒቱ በእውነተኛው አምራች እንደተመረተ በማስመሰል ወይም የምግብነት ወይም

www.abyssinialaw.com



ባህርን እቲ ምግቢ ወይ መድሓኒት ቀይርካ ብምቕራብ ኣብ ጥዕና ሰብ ጉድኣት ምብፃሕ እዩ ፤

15. “ **መስተ ኣልኮል** ” ማለት ዝኾነ ዓይነት መጠን ትሕዝቶ ኣልኮል ዘለዎ መስተ እዩ ፤

16. “ **ግቡእ ከይዲ ምፍራይ** ” ማለት ዝኾነ ትካል መፍራይ ምግቢ ወይ መድሓኒት ድሕንነቱን ፅሬቱን ዝተረጋገፀ ምግቢ ወይ ድሕንነቱን ፣ ፈዋስነቱን ፅሬቱን ዝተረጋገፀ መድሓኒት ንምፍራይ ኣብ እዋን ምፍራይ ስርዓት ብዝተኸተለ መንገዲ ክኽተሎ ዝግባእ መሰረታዊ ኣሰራርሓ እዩ ፤

17. “ **መድሓኒት** ” ማለት ሕማም ሰብ ንምምርማር ፣ ንምሕካም ፣ ንምዕጋስ ወይ ንምክልኻል ዝጠቅም ዝኾነ ንጥረ ነገር ወይ ውህድ ንጥረ ነገራት ኾይኑ ናርኮቲክን ሳይኮትሮፒክ መድሓኒታት ፣ ፕሪከርሰር ኬሚካላት ፣ ባህላዊ መድሓኒት ፣ ተሓጋጋዚ ወይም ኣማራፂ መድሓኒታት ፣ መርዚ ፣ ደምን ተዋፅኦ ደምን ፣ ቫክሲናት ፣ ክታበት መድሓኒታት ፣ ጨረር መመንጨውቲ መድሓኒታት ፣ ኮስመቲክስ ፣ ኣቁሑት ሳኒተሪን መሳርሕታት ሕክምናን ይሓውስ ፤

18. “ **ባህላዊ መድሓኒት** ” ማለት ውፅኢት ኣትክልቲ ፣ እንስሳ ወይ ማዓድን ኾይኑ ብነፀላ ወይ ብምትሕውዋስ ንመድሓኒትነት ሰብ ይኹን እንስሳ ዝውዕል ምድላው እዩ ፤

19. “ **ፋርማኮፒያ** ” ማለት ብብርኪ



የመድኃኒትነት ይዘትና ባህርይ ለውጦ በማቅረብ በሰው ጤና ላይ ጉዳት ማስከተል ነው ፤

15. “ **የአልኮል መጠጥ** ” ማለት ማንኛውም መጠን የአልኮል ይዘት ያለው መጠጥ ነው ፤

16. “ **የኣመራረት ሂደት ግዴታ** ” ማለት ማንኛውም የምግብ ወይም የመድኃኒት አምራች ደህንነቱና ጥራቱ የተረጋገጠ ምግብ ወይም ደህንነቱ ፣ ፈዋሽነቱና ጥራቱ የተረጋገጠ መድኃኒት ለማምረት እንዲችል በማምረት ሂደት ላይ ወጥነት ባለው ሁኔታ ሊከተለው የሚገባው መሠረታዊ ኣሰራር ነው ፤

17. “ **መድኃኒት** ” ማለት የሰውን በሽታ ለመመርመር ፣ ለማከም ፣ ለማስታገስ ወይም ለመከላከል የሚያገለግል ማንኛውም ንጥረ ነገር ወይም የንጥረ ነገሮች ውህድ ሲሆን የናርኮቲክና ሣይኮትሮፒክ መድኃኒቶችን ፣ ፕሪከርሰር ኬሚካሎች ፣ ባህላዊ መድኃኒቶች ፣ ተደጋጋፊ ወይም አማራጭ መድኃኒቶች ፣ መርዞች ፣ ደምና የደም ተዋጽኦዎች ፣ ቫክሲኖች ፣ ክትባት መድኃኒቶች ፣ ጨረራ አፍላቂ መድኃኒቶች ፣ ኮስሞቲኮች ፣ የሳኒተሪ ዝግጅቶች እና የሕክምና መሣሪያዎችን ይጨምራል ፤

18. “ **ባህላዊ መድኃኒት** ” ማለት የእጽዋት ፣ የእንስሳት ወይም የማዕድን ተዋጽኦ ሆኖ በነጠላም ሆነ በመቀላቀል ለሰው ሆነ ለእንስሳት ሕክምና አገልግሎት የሚውል ዝግጅት ነው ፤

19. “ **ፋርማኮፒያ** ” ማለት በአገር ደረጃ

www.abyssinialaw.com



ሃገር ዝተዳለወ ወይ ተቀባልነት ዝረኸበ ብዛዕባ ምድላው መድሓኒት ፣ ትሕዝቶ መድሓኒት ዘለዎምን ዘይብሎምን ንጥረ ነገራት ፊዝካላዊ ባህሪ ካልኦት ንጥረ ነገራት ፣ መንነት ምድላው ፣ ትሕዝቶ ፣ ፅሬት ፣ ጥንካረን እዞም ባህርያት ብዝተመልከተ ክማልኡ ዝግበኦም መመዘንታት ወይ ደረጃ ዝሓወሰ ሕጋዊ ተፈፃምነት ዘለዎ ሰነድ እዩ ፤

20. « ናርኮቲክ መድሓኒታት ወይ ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገራት » ማለት ብመሰረት ኢትዮጵያ ዝተቐበለቶ ስምምዕነት ሕቡራት መንግስታት ቁፅፅር ናርኮቲክ መድሓኒታት ወይ ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገራት ዓለም ለኸ ቁፅፅር ዝግበረሉ መድሓኒት እንትኸውን በዓል መዚ መድሓኒት ፌደራል ናርኮቲክ ወይ ሳይኮትሮፒክ ኢሉ ዝሰይሞ ይሓውስ ፤

21. « ፕሪከርሰር ኬሚካል» ማለት ኢትዮጵያ ብዝተቐበለቶ ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝኾነ ዝውውር ናርኮቲክ ወይ ሳይኮትሮፒክ መድሓኒት ዝኸልክል ስምምዕነት ሕቡራት መንግስታት ቁፅፅር ዝግበረሎም ኬሚካላት ፣ ንጥረ ነገር ወይ ውሁድ ንጥረ ነገራት እንትኸውን ፌደራል በዓል መዚ ፕሪከርሰር ኬሚካል ኢሉ ዝሰይሞ ይሓውስ ፤

22. « መሳርሒ ሕክምና » ማለት ሕማም ሰብ ንምምርማር ወይ ንምሕካም ኣብ ውሽጣዊ ወይ ብደጋዊ ኣካሉ ኣብ ጥቅሚ ዝውዕል ዝኾነ መሳርሒ ወይ መጥቀሚ እንትኸውን



የተዘጋጀ ወይም ተቀባይነት ያገኘ ስለመድሃኒት ዝግጅቶች ፣ የመድሓኒትነት ይዘት ያላቸው እና የሌላቸው ንጥረ ነገሮች ፊዚካላዊ ባህሪይ ፣ የዝግጅት ምንነት ፣ ይዘት ፣ ጥራት ፣ ጥንካሬ እና እነዚህን ባህሪያት በተመለከተ ማሟላት ያለባቸው መመዘኛዎች ወይም ደረጃዎች ያካተተ ህጋዊ ተፈፃሚነት ያለው ሰነድ ነው ፤

20. « የናርኮቲክ መድሓኒቶች ወይም ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገሮች » ማለት ኢትዮጵያ በተቀበለችው የተባበሩት መንግስታት የናርኮቲክ መድሓኒቶች ወይም የሳይኮትሮፒክ ንጥር ነገሮች ቁጥጥር ስምምነት መሰረት ዓለም-አቀፍ ቁጥጥር የሚካሄድበት መድሓኒት ሲሆን ፌደራል ባለስልጣኑ የናርኮቲክ ወይም የሳይኮትሮፒክ መድሓኒት ብሎ የሚሰይመውንም ይጨምራል ፤

21. « ፕሪከርሰር ኬሚካል» ማለት ኢትዮጵያ በተቀበለችው የተባበሩት መንግስታት የናርኮቲክ ወይም የሳይኮትሮፒክ መድሓኒቶች ህገወጥ ዝውውር በሚከላኸል ስምምነት መሰረት ቁጥጥር የሚያረግባቸው ኬሚካሎች ፣ ንጥረ ነገር ወይም የንጥረ ነገሮች ውህድ ሲሆን ፌደራል ባለስልጣኑ ፕሪከርሰር ኬሚካል ብሎ የሚሰይመውንም ይጨምራል፤

22. « የሕክምና መሳሪያ » ማለት የሰውን በሽታ ለመመርመር ወይም ለማካም በውስጥ ወይም በውጭ ኣካል ላይ ጥቅም ላይ የሚውል ማንኛውም መሳሪያ ወይም መገልገያ ሲሆን

www.abyssinialaw.com



ዝተፈለለዩ መመርመሪ ፣ ላቦራቶሪ ፣ ሕክምና መጥባሕቲ ፣ መሳርሒታት ሕክምና ስኒን ፈትልታት መስፈይ ቁስሊ ፣ ሲሪንጋታት ፣ መርፌእ ፣ ፋሻ ፣ ጉዝ ፣ ጡጥን ዓይነት ምድላው ፣ ሰብ ስራሕ ስኒታት ፣ ኬሚካላት ፣ ጨረር ፊልምታትን ካልኦት ዓይነት መሳርሕታትን መጥቀምታትን ይሓውስ ፤

23. « **ኮስሜቲክ** » ማለት ንፅህና ኣካላት፣ ንምፅባቕ ፣ ሰሓባይነት ንምውሳኽ ወይ ቅርፅን ኣሰራርሓን ኣካል ከይቀየረ መልክዕ ንምልዋጥ ኣብ ኣካላት ዝግባር ዝኾነ ምድላው እንትኸውን ቅብኣታት ቆርበት ፣ ሎሺን ፣ ጨናታት ፣ ቀለም ከንፈር ፣ ቀለም ፅፍርን መስደድን ፣ መመላኸዒ ዓይንን ገፅን ፣ መቅለሚ ፀጉሪ ፣ መለወጢ ሽታ ምድላዋት ፣ ሜዲኬትድ ሳሙናታትን ነዚኦም ምድላዋት መሳርሒ ዝውዕሉ ንጥረ ነገራት ይሓውስ ፤

24. « **ፈተነ ሕክምና** » ማለት ፈዋስነትን ድሕንነትን ሓደ መድሓኒት ወይ ሜላ ሕክምና ንምርግጋፅ ኣብ ልዕሊ እንስሳታት ወይ ሰባት ዝግበር ፈተነ እዩ ፤

25. « **ጨረር ዘፈልፍል መድሓኒት** » ማለት ሕማም ሰብ ወይ እንስሳ ንምምርማር ፣ ንምክልኻል ወይ ንምሕካም ኣብ ግልጋሎት ዝውዕል ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ሬድዮ ኒዮክላይድ ጨረር መመንጨዊ ንጥረ ነገር ዝሓዘ መድሓኒት እዩ ፤



የተለያዩ የመመርመርያ ፣ የላቦራቶሪ ፣ የቀዶ ህክምና ፣ የጥርስ ሕክምና መሳሪያዎች እና የቁስል መሳፊያ ክሮችን ፣ ሲሪንጆችን ፣ መርፌዎችን ፣ ፋሻ ፣ ጉዝ ፣ ጥጥና መሰል ዝግጅቶችን ፣ ሰው ሰራሽ ጥርሶች ፣ ኬሚካሎች ፣ የጨረራ ፊልሞችንና ሌሎች መሰል መሳሪያዎችና መገልገያዎችን ይጨምራል ፤

23. « **ኮስሜቲክ** » ማለት ሰውነትን ለማፅዳት ፣ ለማስዋብ ፣ ደምግባት ለመጨመር ወይም የኣካልን ቅርፅና ኣሰራሩን ሳይቀይር ገፅታን ለመቀየር በገላ ላይ የሚደረግ ማንኛውም ዝግጅት ሲሆን የቆዳ ቅባቶችን ፣ ሎሽኖችን ፣ ሽቶዎችን ፣ የከንፈር ቀለሞችን ፣ የጥፍር ቀለምና ማስለቀቂያ ፣ የዓይንና የፊት ማስዋቢያ ፣ የፀጉር ማቅለሚያዎችን ፣ የጠረን መቀየሪያ ዝግጅቶችን ፣ ሜዲኬትድ ሳሙናዎችን እና ለእነዚህ ዝግጅቶች መሳሪያ የሚውሉ ንጥረ ነገሮችን ይጨምራል ፤

24. « **የሕክምና ሙከራ**» ማለት የኣንድን መድሓኒት ወይም የሕክምና ዘዴ ፈዋሽነትና ደህንነት ለማረጋገጥ በእንስሳት ወይም በሰዎች ላይ የሚያረግ ሙከራ ነው ፤

25. « **ጨረር አፍላቂ መድሓኒት** » ማለት የሰውን ወይም የእንስሳትን በሽታ ለመመርመር፣ ለመከላከል ወይም ለማከም ኣገልግሎት ላይ የሚውል ኣንድ ወይም ከኣንድ በላይ ሬድዮ ኒዮክላይድ ጨረር ኣፈላቂ ንጥረ ነገር የያዘ መድሓኒት ነው ፤

www.abyssinialaw.com



26. « **ምድላው ትንባኾ** » ማለት ብኽፋል ይኹን ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ቖፅሊ ትንባኾ ዝተዳለወ ኾይኑ ብምትካኽ ፣ ብምስሓብ ፣ ብምሕያኽ ወይ ብምጭናው ዝውሰድ ዝኾነ ይኹን ንጥረ ነገር እዩ ፤

27. « **ንግዲ መድሓኒት** » ማለት መድሓኒታት ንትርፊ ተባሂሉ ምፍራይ ፣ ዳግም ምዕሻግ ፣ ምእታው ፣ ምልኣኽ ፣ ብጅምላ ምክፍፋል ወይ ብችርቻሮ ምዕዳል እንትኸውን ምርምራ ዕሬት ፣ ሳይንሳዊ ቢሮ ምጥያሽ ፣ ምርምር ምክያድን ወኪል ንግዲ ኾይንካ ምስራሕን ይሓውስ ፤

28. « **ተሓጋጋዚ ወይ ኣማራፂ ሕክምና** » ማለት ሃገር በቆል ባህላዊ ሕክምና ዘይኮነን ምስ ዘመናዊ ስርዓት ጥዕና ዘይተሓወሰ ሕክምና እንትኸውን ብተሓጋጋዝነት ወይ ብኣማራፅነት ንክውሃብ ዝተፈቀደ ግልጋሎት እዩ ፤

29. « **ተሓጋጋዚ ወይ ኣማራፂ ሕክምና በዓል ሞያ** » ማለት ተሓጋጋዚ ወይ ኣማራፂ ሕክምና ንኽህብ ብበዓል መዚ ፌደራል ፍቓድ ስራሕ ዝተውሃቦ ባዓልሞያ እዩ ፤

30. « **ፍሉይ ትካል ጥዕና** » ማለት ዝኾነ ስፔሻላይዝድ ሆስፒታል ፣ ስፔሻላይዝድ ማእኸል ጥዕና ወይ ሓኪማትን ካብዚ ንላዕሊ ብርኪ ሞያ ዘለዎም ሰብ ሞያታት ዘሰልጥንን ግልጋሎት ጥዕና ዝህብን ትካል እዩ ፤

31. « **ባህላዊ ሕክምና** » ማለት ሃገር በቆል ዝኾነን ብልምዲ ዝማዕበለን ከምኡ'ውን



26. « **የትምባሆ ዝግጅት** » ማለት በከፊልም ሆነ ሙሉ በሙሉ ከትምባሆ ቅጠል የተዘጋጀ በማጨስ ፣ በመሳብ ፣ በማኘክ ወይም በማሽተት የሚወሰድ ማንኛውም ንጥረ ነገር ነው ፤

27. « **የመድሃኒት ንግድ** » ማለት መድሃኒቶችን ለትርፍ ማምረት ፣ እንደገና ማሸግ ፣ ማስመጣት ፣ መላክ ፣ በጅምላ ማከፋፈል ወይም በችርቻሮ ማደል ሲሆን ጥራት መመርመርን ፣ ሳይንሳዊ ቢሮ ማቋቋም ፣ ምርምር ማካሄድን እና በንግድ ወኪልነት መስራትንም ይጨምራል ፤

28. « **ተደጋጋፊ ወይም አማራጭ ሕክምና** » ማለት ሀገር በቀል የባህላዊ ሕክምና ያልሆነና ከዘመናዊ የጤና ስርዓት ጋር ያልተቀላቀለ ሕክምና ሲሆን በተደጋጋፊነት ወይም በአማራጭነት እንዲሰጥ የተፈቀደ አገልግሎት ነው ፤

29. « **የተደጋጋፊ ወይም አማራጭ ሕክምና ባለሙያ** » ማለት ተደጋጋፊ ወይም አማራጭ ሕክምና ለመስጠት በፌደራል ባለስልጣን የስራ ፈቃድ የተሰጠው ባለሙያ ነው ፤

30. « **ልዩ የጤና ተቋም** » ማለት ማንኛውም ስፔሻላይዝድ ሆስፒታል ፣ ስፔሻላይዝድ የጤና ማዕከል ወይም ሀኪሞችንና ከዚያ በላይ የሙያ ደረጃ ያላቸውን ባለሙያዎች የሚያሰለጥንና የጤና አገልግሎት የሚሰጥ ተቋም ነው ፤

31. « **ባህላዊ ሕክምና** » ማለት አገር በቀል የሆነና በልምድ የካበተ እንዲሁም በህብረተሰቡ

www.abyssinialaw.com



ብሕብረተሰብ ተቐባልነት ዝረኸበ ፍልጠት ኾይኑ ተዋፅኦ ኣትክልቲ ወይ እንስሳታት ፣ መዓድናት ወይ ኢደ ጥበብ ብምጥቃም ዝወሃብ ግልጋሎት ሕክምና እዩ ፤

32. “**ወረቐት መአዘዚ መድሓኒት**” ማለት ፍቓድ ብዘለዎ በዓል ሙያ ጥዕና ተፃሒፉ ንተሓከምቲ ዝዕደል ትእዛዝ መድሓኒት እዩ ፤

33. “**ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት**” ማለት ብመሰረት እቲ ዝወፀ ደረጃ መመዘኒ ቁፅፅር ጥዕና ኣብ ምግቢ ፣ መድሓኒት ወይ ጥዕና ወይ ጥዕና ተንከፍ ግልጋሎት ወይ ስራሕቲ ንግዲ ንዝተዋፈረ ሰብ ዝወሃብ ፍቓድ ስራሕ እዩ ፤

34. “**ፍቓድ ስራሕ ሙያ**” ማለት ግልጋሎት ሓለዋ ጥዕና ወይ ካልኦት ተመሳሰልቲ ግልጋሎት ንኸህብ ንበዓል ሙያ ጥዕና ዝወሃብ ወረቐት ምስክር እዩ ፤

35. “**በዓል ሙያ መድሓኒት**” ማለት ኣገባብ ብዘለዎ ኣካል ፍቓድ ስራሕ ዝተውሃቦ ፋርማሲስት ፣ ድራጊስት ወይ ፋርማሲ ቴክኒሻን እዩ ፤

36. “**ፈላጥ ባህላዊ ሓኪም**” ማለት ባህላዊ ሕክምና ንኽህብ ብፈፃሚ ኣካል ፍቓድ ሰራሕ ዝተውሃቦ ሰብ እዩ ፤

37. “**በዓል ሙያ ሕክምና**” ማለት ሕሙም ብምምርማር ዓይነት ሕማም ዝፈልን ብመድሓኒት ወይ ኣካል ብምጥባሕ ዝሕክም ሓኪም ሰብ ወይ እዞም ሰራሕቲ ንኽፍፅም



ተቀባይነት ያገኘ ዕውቀት ሆኖ የዕጽዋትን ወይም የእንስሳትን ተዋጽኦ ፣ የማዕድናት ወይም የእጅ ጥበብ በመጠቀም የሚሰጥ የሕክምና አገልግሎት ነው ፤

32. “**የመድኃኒት ማዘዣ ወረቀት**” ማለት ፈቃድ ባለው የሕክምና ባለሙያ ተጽፎ ለሕሙማን የሚሰጥ የመድኃኒት ዕደላ ትዕዛዝ ነው ፤

33. “**የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት**” ማለት በወጣው የጤና ቁጥጥር ደረጃ መስፈርት መሰረት በምግብ ፣ መድሃኒት ወይም በጤና ወይም በጤና ነክ ኣገልግሎት ወይም የንግድ ስራ ለሚሰማራ ሰው የሚሰጥ የሥራ ፍቃድ ነው ፤

34. “**የሙያ ሥራ ፈቃድ**” ማለት የጤና አጠባበቅ አገልግሎት ወይም ሌሎች ተዛማጅ አገልግሎቶችን ለመስጠት እንዲችል ለጤና ባለሙያ የሚሰጥ የምስክር ወረቀት ነው ፤

35. “**የመድኃኒት ባለሙያ**” ማለት አገባብ ባለው አካል የሙያ ሥራ ፈቃድ የተሰጠው ፋርማሲስት ፣ ድራጊስት ወይም ፋርማሲ ቴክኒሻን ነው ፤

36. “**የባህላዊ ሕክምና አዋቂ**” ማለት ባህላዊ ሕክምና ለመስጠት በአስፈፃሚ አካል የሥራ ፈቃድ የተሰጠው ሰው ነው ፤

37. “**የሕክምና ባለሙያ**” ማለት ሕመምተኛውን በመመርመር የበሽታውን ዓይነት የሚለይና በመድኃኒት ወይም አካልን በመቅደድ የሚያክም የሰው ሐኪም ወይም

www.abyssinialaw.com



ብፈፃሚ ኣካል ዝተፈቐደሉ በዓል ሙያ ጥዕና እዩ ፤

38. “ **በዓል ሙያ ጥዕና** ” ማለት ጥዕና ሰብ ንምሕላው ወይ ግልጋሎት ንምሃብ ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ከም በዓል ሙያ ጥዕና ዝተመዝገበ ሰብ እዩ ፤

39. “ **ግልጋሎት ጥዕና** ” ማለት በዓል ሞያ ጥዕና ኣብ ዝተፈቐደሉ ተግባር ሞያ ጥዕና ዓይነትን ወሰንን ኮይንካ ዝወሃብ ግልጋሎት እዩ ፤

40. “ **ብብቑዕ መጠን ኣብ ዕዳጋ ዘይርከቡ ሞያተኛታት ጥዕና** ” ማለት ሃገራዊ ድሌት እንተዘይተማሊኡ ብዝምልከቶም ኣካላት ሕፅረት ከም ዘለዎም ዝቑፀሩ ሰብ ሙያታት ጥዕና እዮም ፤

41. “ **ሙያዊ ዘይኮነ ስነ ምግባር** ” ማለት ብኣዋጅ ፣ ብዚ ደንቢን ኣግባብ ዘለዎም ካልኦት ሕግታትን ደረጃታትን ዝተደንገጉ ሙያዊ ሓላፍነት ወይ ስነ-ምግባር ሰብ ሙያ ጥዕና ዝፃረር ተግባር እዩ ፤

42. “ **ተገልጋሊ** ” ማለት ንባዕሉ ወይ ንኻሊእ ሰብ ግልጋሎት ጥዕና ንምርካብ ብውዕሊ ወይ ብኻሊእ መልክዕ ምስ በዓል ሞያ ጥዕና ርክብ ዝፈጥር ተሓካሚ ወይ ዓሚል እዩ ፤

43. “ **ዝተጠርጠረ ሰብ** ” ማለት ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ተገምጊሙ ንተመሓላለፍቲ ሕማማት ከም ዝተቓለዐ ዝሕሰብን ዘለዎ ሕማም ከማሓላልፍ ዝኽእልን ሰብ እዩ ፤



እነዚህን ተግባራት እንዲያከናውን በአስፈፃሚው አካል የተፈቀደለት የጤና ባለሙያ ነው ፤

38. “ **የጤና ባለሙያ** ” ማለት የሰውን ጤና ለመጠበቅ ወይም አገልግሎት ለመስጠት አግባብ ባለው አካል እንደ ጤና ባለሙያ የተመዘገበ ሰው ነው ፤

39. “ **የጤና አገልግሎት** ” ማለት የጤና ባለሙያው በተፈቀደለት የጤና ሙያ ተግባር አይነትና ወሰን በመሆን የሚሰጥ አገልግሎት ነው ፤

40. “ **በበቂ መጠን በገበያ ላይ የማይገኙ የጤና ባለሙያዎች** ” ማለት ሀገራዊ ፍላጎትን ማሟላት ሳይቻል ሲቀር አግባብ ባላቸው አካላት እጥረት እንዳለባቸው የሚቆጠሩ የጤና ባለሙያዎች ናቸው ፤

41. “ **ሙያዊ ያልሆነ ሥነ-ምግባር** ” ማለት በአዋጁ ፣ በዚህ ደንብና አግባብ ባላቸው ሌሎች ሕጎችና ደረጃዎች የተደነገጉ የጤና ባለሙያ ሙያዊ ግዴታን ወይም ሥነ ምግባርን የሚቃረን ተግባር ነው ፤

42. “ **ተገልጋይ** ” ማለት ለራሱ ወይም ለሌላ ሰው የጤና አገልግሎት ለማግኘት ሲል በውል ወይም በሌላ መልኩ ከጤና ባለሙያ ጋር ግንኙነት የሚፈጥር ታካሚ ወይም ደንበኛ ነው፤

43. “ **የተጠረጠረ ሰዉ** ” ማለት አግባብ ባለው አካል ተገምግሞ ለተላለፊ በሽታ እንደተጋለጠ የሚቆጠርና ያለበትን በሽታ ማስተላለፍ የሚችል ሰዉ ነው ፤

www.abyssinialaw.com



44. “ **ትካል ምግቢ** ” ማለት ስራሕቲ ንግዲ ምግቢ ዝሰርሕ ትካል ኾይኑ ቤት ብልዒ ፣ ሆቴል ፣ ቤት መስተ ፣ ቤት ሉካንዳ ፣ ቤት ቁርሲ ፣ ቤት ፅማቕ ፣ ማእኸላት መሰንከትን መሸጥን ባኒ ፣ ማእኸላት መሸጢ ውፅኢት ምግቢ ፣ ማእኸላት ዕዳጋን ካልኦት ንሕብረተሰብ ግልጋሎት ምቕራብ ምግቢ ንግዲ ዝተዋፈረ ትካል እዩ ፤

45. “ **ትካል ጥዕና** ” ማለት ጥዕና ንምምዕባል ፣ ምክልኻል ሕማም ፣ ምሕካምን ስራሕቲ ተሃድሶን ወይ ስራሕቲ ንግዲ መድሓኒት ወይ ግልጋሎት ዝህብ ዝኾነ መንግስታዊ ፣ ዘይመንግስታዊ ወይ ውልቀ ትካል እዩ ፤

46. “ **ቁፅፅር ዝግበረሉ ጥዕና ተንከፍ ትካል** ” ማለት ዝኾነ ንሕብረተሰብ ግልጋሎት ዝህብ ትካል እንትኸውን ሃይማኖታዊ ትካል ፣መንግስታዊ ቤት ዕዮ፣ ዘይመንግስታዊ ትካል፣ ቤት ትምህርቲ ፣ ቤት ህንፀት ፣ ማእኸል መሐብሐቢ ኣረጋውያን ፣ ማእኸል መዕበይ ዘይብሎም ህፃናት ፣ ኣፀደ ህፃናት ፣ ማእኸል መዕቖቢ ስደተኛታት ፣ ቦታታት ዕዳጋ ፣ ቦታታት ስፖርት ፣ ማእኸል መድረዚ ፣ ማእኸል መዘናግዒ ፣ ቤት ፀጉርን ፅባቐ ሳሎንን ኣናእሽተይ ትካላት ኢንዱስትሪ ተንከፍን ይሓውስ፤

47. “ **እግድ ትካል**” ማለት ሓደ ግልጋሎት ወሃቢ ትካል ዝወፁ ሃገራዊ ይኹን ክልላዊ ሕግታት ወይ ብርክታት ብዘይምኽባሩ



44. “ **የምግብ ተቋም** ” ማለት የምግብ ንግድን የሚያከናውን ድርጅት ሆኖ ምግብ ቤት ፣ ሆቴል ፣ መጠጥ ቤት ፣ ሉኳንዳ ቤት ፣ ቁርስ ቤቶች ፣ ጭማቂ ቤቶች ፣ ዳቦ መጋገርያና መሸጫ መደብር ፣ የምግብ ምርት መሸጫ መደብሮች ፣ የገበያ ማእከላት እና ሌሎች ለህብረተሰቡ በምግብ አገልግሎት ማቅረብ ንግድ የተሰማራ ተቋም ነው ፤

45. “ **የጤና ተቋም** ” ማለት የጤና ማበልፀግ ፣ የበሽታ መከላከል ፣ ማከምና መልሶ ማቋቋም ሥራዎችን ወይም የመድኃኒት ንግድ ሥራን ወይም አገልግሎት የሚያከናውን ማንኛውም የመንግሥት ፣ መንግሥታዊ ያልሆነ ወይም የግል ተቋም ነው ፤

46. “ **ቁጥጥር የሚደረግበት ጤና ነክ ተቋም** ” ማለት ማንኛውም የኅብረተሰብ መገልገያ ተቋም ሲሆን ሃይማኖታዊ ተቋም ፣ የመንግስት መስርያ ቤት፣መንግስታዊ ያልሆነ ተቋም፣ ትምህርት ቤት ፣ ማረሚያ ቤት ፣ የአረጋውያን መንከባከቢያ ማዕከላት ፣ የአሳዳጊ አልባ ህፃናት ማዕከላት ፣ መዋዕለ ህፃናት ፣ ስደተኞች መጠልያ ማዕከላት ፣ የገበያ ቦታዎች ፣ የስፖርት ቦታዎች ፣ የመታሻ ማዕከላት ፣ የመዝናኛ ማዕከላት ፣ የጸጉር ቤቶችና የውበት ሳሎኖችንና ጥቃቅን ኢንዳስትሪ ነክ ተቋሞች ይጨምራል ፤

47. “ **የተቋም እገዳ** ” ማለት አንድ ኣገልግሎት ሰጪ ተቋም ሀገራዊ ወይም ክልላዊ ህጎች ወይም ደረጃዎች ባለ ማክበሩ ምክንያት እንደየ

www.abyssinialaw.com



ምኽንያት ከም ኩነታቱ ካብ ሰለስተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ንዘኽውን እዋን ግልጋሎት ንኸይህብ ዝውሰድ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ እዩ ፤

48. “ **ምስራዝ** ” ማለት ፍቓድ ስራሕ ሞያ ወይ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ፍቓድ ንዝሃቦ ኣካል ምምላስን ብመሰረት እዚ ደንቢ ቁፅፅር ዝግበረሎም ተግባራት ንኸይሰርሕ ምኽልካል እዩ ፤

49. “ **ሓለዋ ጥዕና ስራሕ ተንከፍ** ” ማለት ኣብ ስራሕ ንዘጋጥም ወይ ምስ ስራሕ ርክብ ዘለዎም ኬሚካላት ፣ ፊዚካላውን ስነ-ህይወታውን ጎዳእቲ ንጥረ ነገራት ብምኽልኻልን ብምቁፅፃርን ሰራሕተኛታት ንሓደጋ ከይቃልዑ ሳይንሳዊ ፣ ቴክኖሎጂያዊን ምምሕዳራውን ሜላታት ብምጥቃም ጥዕና ሰራሕተኛታት ንምሕላው ዘኽእል ሳይንስ እዩ ፤

50. “ **ምድላው ሳኒተሪ** ” ማለት ፅሬት ሰብ ወይ ውሽጢ ገዛ ንምሕላው ዝጠቅም ዝኾነ ምድላው እንትኸውን ፖዳት ፣ ታምፖታት ፣ ምድላዋት መሐለዊ ፅሬት ስኒ ፣ መምጠጢ ረሃፅን ዲተርጀንትታትን ይሓውስ ፤

51. “ **ፀረ ባልዕ** ” ማለት ሓለዋ ጥዕና ሰብ ፣ እንስሳታት ወይ ኣትክልቲ እንትብሃል ባልዕ ንምኽልካል ፣ ንምቁፅፃር ወይ ንምጥፋእ ዝጠቕም ዝኾነ ንጥረ ነገር ወይ ውሁድ ንጥረ ነገር እዩ ፤



ሁኔታው ከሶስት ወር እስከ አንድ አመት ለሚሆን ጊዜ አገልግሎት እንዳይሰጥ የሚወሰድ አስተዳደራዊ እርምጃ ነው ፤

48. “ **መሰረዝ** ” ማለት የሙያ ፈቃድ ወይም የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀትን ለሰጠው አካል መመለስና በዚህ ደንብ መሰረት ቁጥጥር የሚደረግባቸውን ተግባራት እንዳይሰራ መከልከል ነው ፤

49. “ **ሥራ ነክ ጤና አጠባበቅ** ” ማለት በሥራ አካባቢ የሚከሰቱ ወይም ከሥራ ጋር ግንኙነት ያላቸው ኬሚካላዊ ፣ ፊዚካላዊና ሥነ-ሕይወታዊ ጎጂ ንጥረ ነገሮች በመከላከልና በመቆጣጠር ሠራተኞች ለአደጋ እንዳይጋለጡ በማድረግ ሳይንሳዊ፣ ቴክኖሎጂያዊና አስተዳደራዊ ዘዴዎችን በመጠቀም የሠራተኞችን ጤንነት ለመጠበቅ የሚያስችል ሳይንስ ነው ፤

50. “ **የሳኒተሪ ዝግጅት** ” ማለት የሰው ወይም የቤት ውስጥ ንፅህናን ለመጠበቅ የሚያገለግል ማንኛውም ዝግጅት ሲሆን ፖዶችን ፣ ታምፖችን ፣ የጥርስ ንፅሕና መጠበቂያ ዝግጅቶችን ፣ የላብ መምጠጫዎችን እና ዲተርጀንቶችን ይጨምራል ፤

51. “ **ፀረ ተባይ** ” ማለት ለሰው ፣ ለእንስሳት ወይም ለእፅዋት ጤና አጠባበቅ ሲባል ተባይን ለመከላከል፣ ለመቆጣጠር ወይም ለማጥፋት የሚያገለግል ማንኛውም ንጥረ ነገር ወይም የንጥረ ነገር ውሁድ ነው ፤

www.abyssinialaw.com



52. "**መርዚ**" ማለት ብንእሽተይ መጠን'ውን እንትውሰድ ኣብ ልዕሊ ድሕንነት ሰብ ፣ እንስሳታት ፣ ኣትክልቲ ወይ ኣካባቢ ሓደጋ ዘስዕብ ዝኾነ ንጥረ ነገር እዩ ፤

53. "**ሓደገኛ ኬሚካል**" ማለት ብጥንቃቐ እንተዘይተታሒዙ ወይ ኣብ ግልጋሎት እንተዘይውዒሉ ኣብ ጥዕና ሰብ ዝለዓለ ጉድኣት ከብፅሕ ዝኽእል በዓል መዚ ፌደራል ሓደገኛ ኣብ ዝብል ዝርዝር ውሽጢ ዝተኻተተ ኬሚካል እዩ ፤

54. "**ጉድለት ሓለዋ ጥዕና ከባቢ**" ማለት ሰብ ኣብ ዝነብረሉ ከባቢ ዝርከብን ኣብ ዕብየት ኣካል ፣ ጥዕና ወይ ሜላ ኣነባብራ ፅዕንቶ ከሕድር ዝኽእል ዝኾነ ኩነታት እዩ ፤

55. "**ተመሓላላፊ ሕማም**" ማለት ብዝተፈላለየ መልክዕ ብቕልጡፍ ተጋፊሑ ሓደገኛ ለበዳ ዘስዕብ ዝነበረ ወይ ብሓዱሽ መልክዕ ዘጋጥም ሕማም እዩ ፤

56. "**ኳራንታይን**" ማለት ንሓደገኛ ተመሓላለፊ ሕማም ተቓሊዖም ወይ ብሕማም ተታሒዞም ተባሂሎም ዝተጠርጠሩ ሰባት ክሳዕ ዝረጋገፅ ኣብ ዝተፈለየ ቦታ ንኽፀንሑ ምግባር እዩ ፤

57. "**ፈሊኻ ምፅናሕ**" ማለት ብተመሓላላፊ ሕማም ዝተትሓዙ ሰባት እቲ ሕማም ናብ ካልኦት ሰባት ንኸይመሓላልፉ ንዝተወሰነ እዋን ንበይኖም ተፈልዮም ንኽፀንሖ ምግባር እዩ ፤

52. "**መርዝ**" ማለት በአነስተኛ መጠንም ሲወሰድ በሰው ፣ በእንስሳት ፣ በዕፅዋት ወይም በአካባቢ ደህንነት ላይ አደጋ የሚያስከትል ማንኛውም ንጥረ ነገር ነው ፤

53. "**አደገኛ ኬሚካል**" ማለት በጥንቃቄ ካልተያዘ ወይም አገልግሎት ላይ ካልዋለ በሰው ጤና ላይ ከፍተኛ ጉዳት ሊያደርስ የሚችል በፌደራል ባለስልጣን አደገኛ በሚል ዝርዝር ውስጥ የተካተተ ኬሚካል ነው ፤

54. "**የአካባቢ ጤና አጠባበቅ ጉድለት**" ማለት ሰው በሚኖርበት አካባቢ የሚገኝ በአካላዊ እድገት ፣ በጤና ወይም በአኗኗር ዘይቤ ላይ ተጽዕኖ ሊያስከትል የሚችል ማንኛውም ሁኔታ ነው ፤

55. "**ተላላፊ በሽታ**" ማለት በተለያዩ መንገዶች በፍጥነት በመዛመት አደገኛ ወረርሽኝ የሚያስከትል የነበረ ወይም በአዲስ መልክ የሚከሰት በሽታ ነው ፤

56. "**ኳራንታይን**" ማለት ለአደገኛ ተላላፊ በሽታዎች ተጋልጠዋል ወይም በበሽታው ተይዘዋል ተብለው የሚጠረጠሩ ሰዎችን እስኪረጋገጥ ድረስ በተለየ ቦታ እንዲቆዩ ማድረግ ነው ፤

57. "**ለይቶ ማቆየት**" ማለት በተላላፊ በሽታ የተያዙ ሰዎች በሽታውን ወደሌላ ሰው እንዳያስተላልፉ ለተወሰነ ጊዜ ለብቻቸው ተለይተው እንዲቆዩ ማድረግ ነው ፤

www.abyssinialaw.com



58. « **ርስሓት** » ማለት ካብ ኢንዱስትሪ ፣ ሕርሻ ቦታ ፣ ቤት ትምህርቲ ፣ መንበሪ ገዛ ፣ ንግዲ ቦታ ፣ ትካል ጥዕናን ምርምርን ፣ ሽቓቕ ወይ ካብ ካልኦት ተመሳሰልቲ ትካላት ዝወፅእ ኣብ ጥዕና ሰብ ወይ እንስሳ ጉድኣት ከብፅሕ ዝኽእል ፈሳሲ ርስሓት ፣ ደረቕ ጓሓፍ ወይ ካሊእ ጓሓፍ እዩ ፤

59. « **መርዛም ርስሓት** » ማለት ዝኾነ ተሓኪሙ ዳግም ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዘይኽእል ንጥዕና ሰብ ፣ እንስሳ ፣ ኣትክልትን ከባብን ጎዳኢ ዝኾነ ርስሓት እዩ ፤

60. « **ዳግም ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ርስሓት** » ማለት ብዝተፈላለየ ከይዲ ብምሕላፍ ንጥዕና ሰብ ፣ እንስሳ ፣ ኣትክልትን ከባብን ንኸይጎድእ ተሓኪሙ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዝኽእል ወይ ናብ ካሊእ ዓይነት ጠቓሚ ነገር ክልወጥ ዝኽእል ርስሓት እዩ ፤

61. « **ኣዋጅ** » ማለት ንምምሕዳርን ቁፅፅርን ምግቢ ፣ መድሓኒት ክንክን ጥዕና ንምድንጋግ ብብርኪ ሃገር ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 661/2002ዓ/ም እዩ ፤

62. « **ክልል** » ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ ፤

63. « **ቢሮ** » ማለት ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ ፤

64. « **ፈፃሚ ኣካል** » ማለት ብክልል ብርኪ ኣብ ትሕቲ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ኾይኑ ስራሕቲ ምምሕዳርን ቁፅፅርን ምግቢ ፣

58. « **ቆሻሻ** » ማለት ከኢንዱስትሪዎች ፣ ከእርሻ ቦታዎች ፣ ከትምህርት ቤቶች ፣ ከመኖሪያ ቤቶች ፣ ከንግድ ስፍራዎች ፣ ከጤናና ምርምር ተቋማት ፣ ከመጸዳጃ ቤት ወይም ከሌሎች መሰል ተቋሞች የሚወጣና በሰው ወይም በእንስሳት ጤና ላይ ጉዳት ሊያደርስ የሚችል ፈሳሽ ፣ ደረቅ ቆሻሻ ወይም ሌላ ቆሻሻ ነው ፤

59. « **መርዛማ ቆሻሻ** » ማለት ማንኛውም ታክሞ እንደገና ጥቅም ላይ ሊውል የማይችል ለሰው ልጅ ጤና ፣ እንስሳት ፣ አትክልትና አከባቢ ጎጂ የሆነ ቆሻሻ ነው ፤

60. « **እንደገና ጥቅም ላይ የሚውል ቆሻሻ** » ማለት በተለያየ ሂደት ውስጥ በማለፍ የሰውን ጤና ፣ እንስሳ ፣ አትክልትና አካባቢ እንዳይጎዳ ታክሞ ጥቅም ላይ ሊውል የሚችል ወይም ወደ ሌላ ጠቃሚ ነገር ሊለወጥ የሚችል ቆሻሻ ነው ፤

61. «**አዋጅ** » ማለት የምግብ ፣ የመድኃኒትና የጤና ክብካቤ አስተዳደርና ቁጥጥር ለመደንገገ በሃገር ደረጃ የወጣ አዋጅ ቁጥር 661/2002ዓ/ም ነው ፤

62. « **ክልል** » ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው ፤

63. « **ቢሮ** » ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ጤና ጥበቃ ቢሮ ነው ፤

64. "**አስፈጻሚ አካል** » ማለት በክልል ደረጃ በጤና ቢሮ ስር ሆኖ የምግብ ፣ የመድኃኒትና የጤና ጥበቃ ክብካቤ

www.abyssinialaw.com



መድሓኒትን ክንክን ጥዕናን ተግባራት ዝፍፅም ኣካል እዩ፤

65. “ **ኣግባብ ዘለዎ ኣካል** ” ማለት ከም ኣግባቡ በዓል መዚ ፌደራል ፣ ፈፃሚ ኣካል ወይ ብሕጊ ስልጣን ዝተውሃቦ ካልእ ኣካል እዩ ፤

66. “ **በዓል መዚ ፌደራል** ” ማለት በዓል መዚ ምምሕዳርን ቁፅፅርን ምግቢ ፣ መድሓኒትን ክንክን ጥዕናን ኢትዮጵያ እዩ ፤

67. “ **ተቖፃፃሪ** ” ማለት ብመሰረት እዚ ደንቢ ኣብ ትሕቲ ቤት ፅሕፈት ሓለዋ ጥዕና ወረዳን ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልልን ኾይኑ ብክልል ብርኪ ተግባራት ቁፅፅር ንምስራሕን ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ንምውሳድን ስልጣን ዝተውሃቦ ዝኾነ በዓል ሞያ እዩ ፤

68. “**ምምሕዳራዊ ስጉምቲ**” ማለት ብተቆፃፃሪ ፈፃሚ ኣካል ቁፅፅር ኣብ ዝግበረሉ ሰብ ወይ እታወት ዝውሰድ ስጉምቲ ኮይኑ መኣረምታ ደብዳቤ ወይ ምልክታ ፣ መጠንቀቕታ ደብዳቤ ምሃብ ጀሚሩ ክልከላ ፣ እገዳ ፣ ስረዛ ፣ ትካል ምዕሻግ ፣ ቀረብ ደው ምባል ፣ ምሓዝን ምውጋድን ፣ ቀረብ ካብ ዕዳጋ ምእካብ ፣ ብገንዘብ ምቕፃዕ ፣ ብገበን ንክሕተት ናብ ሕጊ ክስን መረዳእታን ምቕራብ ዝሓውስ እዩ ፤

69. “**መጠንቀቕታ ደብዳቤ**” ማለት ብተቆፃፃሪ ፈፃሚ ኣካል ኣብ ከይዲ ቁፅፅር ዝረኸቦም ጥሕሰት ሕጊን ነዚኡ ምስ ሕጊ ቁፅፅር



አስተዳደርና ቁጥጥር ተግባራትን የሚያከናውን አካል ነው ፤

65. “ **አግባብ ያለው አካል**” ማለት እንደአግባቡ የፌደራል ባለስልጣን ፣ አስፈፃሚ አካል ወይም በህግ ስልጣን የተሰጠው ሌላ አካል ነው ፤

66. “ **የፌደራል ባለስልጣን** ” ማለት የኢትዮጵያ የምግብ ፣ የመድሃኒትና የጤና ክብካቤ አስተደዳደር ቁጥጥር ባለሥልጣን ነው ፤

67. “ **ተቆጣጣሪ** ” ማለት በዚህ ደንብ መሠረት በወረዳ ጤና ጥበቃ ፅህፈት ቤትና በክልል ጤና ጥበቃ ቢሮ ስር ሆኖ በክልል ደረጃ የቁጥጥር ተግባራትን ለማከናወን እና አስተዳደራዊ እርምጃዎችን ለመውሰድ ሥልጣን የተሰጠው ማንኛውም ባለሙያ ነው ፤

68. “**አስተዳደራዊ እርምጃ** ” ማለት በተቆጣጣሪ አስፈፃሚ አካል ቁጥጥር በሚያደረግበት ሰው ወይም ግብኣት ላይ የሚወሰድ እርምጃ ሆኖ የእርምት ደብዳቤ ወይም ማስታወቅያ ፣ የማስጠንቀቅያ ደብዳቤ ፣ ክልከላን ፣ እገዳን ፣ ስረዛ ፣ ተቋም ማሸግ ፣ አቅርቦትን ማቆም ፣ መያዝና ማስወገድን ፣ ግብኣትን ከገበያ መሰብሰብን ፣ በገንዘብ መቅጣት እና በወንጀል ለማስጠየቅ ክስና ማስረጃ ማቅረብ የሚጨምር ነው ፤

69. “ **የማስጠንቀቅያ ደብዳቤ** ” ማለት በተቆጣጣሪ አስፈፃሚ አካል በቁጥጥር ወቅት ያገኛቸውን

www.abyssinialaw.com



ዝተጠዓዓመ ንክኸውን ዘድልዩ መስተኻኸልታት ዝሓዘ ንቑፅፅር ዝተኻየደሉ ሰብ ንምፍላጥ ዝወሃብ ርክብ ፅሑፍ ወረቐት እዩ፤

70. “ **ኮሚቴ** ” ማለት በዚ ደንቢ ዝተጣየሸ ኮሚቴ ስነ ምግባር ሰብ ሞያታት ጥዕና ክልል ትግራይ እዩ ፤

71. “ **ሰብ** ” ማለት ተፈጥራዊ ሰብ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተወሃቦ ኣካል እዩ ፤

**ዓንቀፅ 3፦ ኣገላልፃ ፆታ**

ዝኾነ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣነስታይ ፆታ'ውን ተፈፃሚ ይኸውን ።

**ዓንቀፅ 4፦ ወሰን ተፈፃሚነት**

ኣብዚ ኣዋጅ 661/2002ዓ/ም ዓንቀፅ 3 ንኡስ ዓንቐፅ (2) ን (4)ን ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ እዚ ደንቢ ኣብ ምግቢ ፣ መድሓኒት ፣ ከባቢያዊ ሓለዋ ጥዕና ፣ ሰብ ሙያ ጥዕናን ጥዕናን ጥዕና ተንከፍን ቁፅፅር ዝግበረሎም ትካላት ብክልል ብርኪ ዝካየዱ ተግባራት ቁፅፅር ተፈፃሚ ይኸውን ።

## ክፍሊ ክልተ

## ቁፅፅር ድሕንነትን ፅሬትን ምግቢ

**ዓንቀፅ 5፦ ምዝገባን ፍቓድን**

1. ዝኾነ ምግቢ ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ከይተፈቐደ ምፍራይ ፣ ናብ ውሽጢ ሃገር ምእታው ፣ ምልኣኽ ፣ ምድላው ፣ ምዕቃብ ፣ ምክፍፋል ፣ ምጉዕዓዝ ወይ ንመሸጣ ወይ



የህግ ጥሰቶችን እና ይህንኑ ከቁጥጥር ህግ ጋር የተጣጣመ ለማድረግ የሚያስፈልጉ ማስተካከያዎችን በተመለከተ ቁጥጥር የሚደረግበትን ሰው ለማስታወቅ የሚሰጥ የፅሁፍ ግኙኙነት ነው ፤

70. “ **ኮሚቴ** ”ማለት በዚህ ደንብ የተቋቋመ የትግራይ ክልል የጤና ባለ ሞያዎች ስነ ምግባር ኮሚቴ ነው፤

71. “ **ሰው** ” ማለት የተፈጥሮ ሰው ወይም በህግ የሰውነት መብት የተሰጠው አካል ነው ፤

**አንቀጽ 3፦ የፆታ አገላለፅ**

ማንኛውም በወንድ ፆታ የተገለፀው ለሴት ፆታም ተፈፃሚ ይሆናል ።

**አንቀጽ 4፦ የተፈፃሚነት ወሰን**

በዚህ አዋጁ 661/2002ዓ/ም አንቀፅ 3 ንዑስ አንቀፅ (2) ና (4) የተደነገገ እንደተጠበቀ ሆኖ ይህ ደንብ በምግብ ፣ በመድኃኒት ፣ በአካባቢ ጤና አጠባበቅ ፣ በጤና ባለሙያዎች እና በጤናና ጤና ነክ ቁጥጥር የሚደረግበት ተቋማት ላይ በክልል ደረጃ በሚካሄዱ የቁጥጥር ተግባሮች ላይ ተፈጻሚ ይሆናል ።

## ክፍል ሁለት

## የምግብ ደህንነትና ጥራት ቁጥጥር

**አንቀጽ 5፦ ምዝገባና ፈቃድ**

1. ማንኛውም ምግብ አግባብ ባለው አካል ሳይፈቀድ ማምረት ፣ ወደ ሃገር ውስጥ ማስገባት ፣ መላክ ፣ ማዘጋጀት ፣ ማከማቸት ፣ ማጓጓዝ ወይም ለሽያጭ ወይም ለህብረተሰቡ

www.abyssinialaw.com



ንሕብረተሰብ ክቐርብ ኣይኽእልን ።

2. ዝኾነ ትካል መፍረይ ምግቢ ካብ ፈፃሚ ኣካል ፍቓድ ከይረኸበን ከይተመዝገበን ኣብ ትካል ምፍራይ ምግቢ ዓይነትን ከይድን ፍርያት ለውጢ ክገብር ኣይኽእልን ።

**ዓንቀፅ 6፦ ሓለዋ ፅሬትን ድሕንነትን ምግቢ**

_1. ዝኾነ ምግቢ ወይ ጥረ ኣቕሓ ምግቢ ፣ ተወሳኺ ወይ መዐሸጊ ዓለምለኻዊ ወይ ሃገራዊ ደረጃታት ፅሬት ዘማልአ ምዃኑ እንተዘይተረጋጊፁ ንግልጋሎት ክውዕል ኣይኽእልን ።

2. ዝኾነ ምግቢ ኣግባብ ዘለዎ ኣካል ዘውፀኦ ወይ ዝተቀበሎ መመዘኒ ተኸቲሉ ጥዑይ ኣተሓሓልዋ ክግበረሉ ይግባእ ።

3. ዝኾነ ፅሬት ምግቢ ንምሕላው ዝተጣየሸ ላብራቶሪ ካብ በዓል መዚ ፌደራል ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ከይረከበ ግልጋሎት ክህብ ኣይኽእልን ።

4. ዝኾነ ሰብ ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ዝተውሃበ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ከይሃለዎ ትካል ግልጋሎት ምግቢ ክህብ ኣይኽእልን ።

5. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (4) መሰረት ዝተውሃበ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት በቢዓመቱ ክሕደስ ኣለዎ ።

6. ዝኾነ ምግቢ ኣብ ስራሕ ምፍራይ ፣ ምድላው



ሊቀርብ አይችልም ።

2. ማንኛውም የምግብ ማምረቻ ድርጅት ከአስፈፃሚው አካል ፈቃድ ሳያገኝና ሳይመዘገብ በምግብ ማምረቻ ተቋሙ የምርት አይነትና ሂደት ላይ ለውጥ ማድረግ አይችልም ።

**አንቀጽ 6፦ የምግብ ደህንነትና ጥራት አጠባበቅ**

1. ማንኛውም ምግብ ወይም የምግቡ ጥሬ እቃ ፣ ጭማሪ ወይም ማሸጊያ ዓለም አቀፍ ወይም አገር አቀፍ የጥራት ደረጃዎችን የሚያሟላ መሆኑ ካልተረጋገጠ በስተቀር አገልግሎት ላይ ሊውል አይችልም ።

2. ማንኛውም ምግብ አግባብ ያለው አካል ያወጣውን ወይም የተቀበለውን መስፈርት ተከትሎ ጤናማ አጠባበቅ ሊደረግለት ይገባል ።

3. ማንኛውም የምግብ ጥራት ለማረጋገጥ የተቋቋመ ላብራቶሪ ከፌደራል ባለስልጣን የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቐት ሳያገኝ አገልግሎት ሊሰጥ አይችልም።

4. ማንኛውም ሰው አግባብ ባለው አካል የተሰጠ የብቃት ማረጋገጫ የምስክር ወረቀት ሳይኖረው የምግብ አገልግሎት ተቋም ሊሰጥ አይችልም ።

5. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ (4) መሰረት የተሰጠ የብቃት ማረጋገጫ የምስክር ወረቀት በየዓመቱ መታደስ አለበት ።

6. ማንኛውም ምግብን በማምረት ፣ በማዘጋጀት ፣

፣ ምዕቃብ ፣ ምክፍፋልን ምጉዕዓዝን ምግቢ ዝተዋፈረ ትካል ብተመሓሳለፊ ሕማም ዝተትሓዙ ምስቲ ምግቢ ርክብ ዘለዎም ሰራሕተኛታት ቆፂርካ ክሰርሑ ምግባር ዝተኸልከለ እዩ ።

**ዓንቀፅ 7፦ ምኽላስ ምግቢ**

1. ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ምግቢ ካብ ዝነበሮ ክብደት ወይ መጠን ንምውሳኽ ወይ ንምንካይ ፣ ንምምልኻዕ ወይ ንኻልእ ተመሳሳሊ ዕላማ ተባሂሉ ካብ ዝተፈቐዱ ተወሰኽቲ ምግብታት ካልእ ባዕዳዊ ነገር ምሕዋስ ዝተኸልከለ እዩ ።
2. ዝኾነ ምግቢ ምስ ዝኾነ መርዛም ፣ ብፅሬት ምስ ዘይተሓለወ ፣ ሓደገኛ ንጥረ ነገር ወይ ካልእ ዝኾነ ጥቕሚ ዘይብሉ ንጥረ ነገር ምሕዋስ ዝተኸልከለ እዩ ።

**ዓንቀፅ 8፦ ምዕቃብ ፣ ንመርኣያ ምቕራብን ምጉዕዓዝን ምግቢ**

1. ዝኾነ ምግቢ ብፍላይ ንብኽለት ክቃላዕ ዝኽእል ምግቢ ኣብ ምዕቃብ ፣ ንመርኣያ ምቕራብ ፣ ምዕሻግ ወይ ምጉዕዓዝ ብዝድለ መጠን ሙቐት ወይ ዛሕሊ ዝተሓለወ ክኸውን ኣለዎ ።

2. ምግቢ ምጉዕዓዝ ፣ ምሓዝ ወይ ንመሸጣ ምቕራብ ዝኽኣል ምስቲ ምግቢ ምንኽኻእ ዝህልዎ መጓዓዚ ክፍሊ ወይ መትሓዚ ክፍሊ ወይ ኣቕሓ ፅሩይን ካብ ኬሚካላዊ ፣ ኣካላዊ ወይ ማይክሮ ባይሎጂካዊ ብኽለት ነፃ

በማከማቸት ፣ ማከፋፈልና ማጓጓዝ ስራ ላይ የተሰማራ ተቋም በተላላፊ በሽታ የተያዙ ከምርቱ ጋር ግንኙነት ያላቸው ሰራተኞች ቀጥሮ ማሰራት የተከለከለ ነው ።

**አንቀጽ 7፦ ምግብን መከለስ**

1. በማንኛውም ምግብ ላይ ከነበረው ክብደት ወይም መጠን ለመጨመር ወይም ለመቀነስ ፣ መልክ ለማሳመር ወይም ለሌላ ተመሳሳይ ዓላማ ሲባል ከተፈቀዱት የምግብ ጭማሪዎች ውጭ ሌላ ባዕድ ነገር መቀላቀል የተከለከለ ነው ።
2. ማንኛውም ምግብ ከማንኛውም መርዛማ ፣ በንጽህና ካልተያዘ ፣ አደገኛ ንጥረ ነገር ወይም ሌላ ማናቸውም ጠቃሚነት ከሌለው ንጥረ ነገር መደባለቅ የተከለከለ ነው ።

**አንቀጽ 8፦ ምግብን ማከማቸት ፣ ለዕይታ ማቅረብና ማጓጓዝ**

1. ማንኛውም ምግብ በተለይ ለብክለት ተጋላጭ ሊሆን የሚችል ምግብ በሚከማችበት ፣ ለዕይታ በሚቀርብበት ፣ በሚታሸግበት ወይም በሚጓጓዝበት ጊዜ በተገቢው የሙቀት ወይም የቅዝቃዜ መጠን ውስጥ የተጠበቀ መሆን አለበት ።
2. ምግብን ማጓጓዝ ፣ መያዝ ወይም ለሽያጭ ማቅረብ የሚቻለው ከምግቡ ጋር ንክኪ የሚኖረው የማጓጓዣው ክፍል ወይም ማከመቻ ክፍል ወይም እቃ ንፁህ እና ከኬሚካላዊ ፣ አካላዊ ወይም ማይክሮ

www.abyssinialaw.com



ምኻኑ እንትረጋገፅ ክኸውን ኣለዎ ።

3. ዝኾነ ምግቢ ምስ ዝተበከለ ምግቢ ፣ ተረፍ ምግቢ ፣ መርዛም ነገር ፣ ጎዳእቲ ዝኾኑ ነገራት ፣ እንስሳ ወይም ምስ ካልኦት በከልቲ ነገራት ምፅቃብ ፣ ምፅዓን ወይ ምጉዕዓዝ ዝተኸልከለ እዩ ።

**ዓንቀፅ 9፦ንጥረ ምግቢ**

1. ዝኾነ ሰብ ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ዝወፀ ደረጃ እንተዘይኣማሊኡ ኣብ ስራሕቲ ምፍራይ ንጥረ ምግቢ ክዋፈር ኣይኽእልን ።
2. ዝኾነ ሰብ ብበዓል መዚ ፌደራል እንተዘይተፈቂዱ ዘፍርዮ ምህርቲ ምግቢ ብንጥረ ምግቢ ዝማዕበሉ ከምዝኾኑ ገይሩ ክገልፅ ኣይኽእልን ።
3. ዝኾነ ብንጥረ ምግቢ ዝማዕበለ ፍርያት ምግቢ ኣብ መዐሸጊኡ ዓይነትን ትሕዝቶን ንጥረ ምግቢ ፣ መምርሒ ኣጠቓቕማን ግልጋሎት ግዜ ዝውደአሉ ብቀሊሉ ብዘይለቕቕን ብግልፅን ክግለፅ ኣለዎ ።
4. ዝኾነ ሰብ ዘፍርዮ ወይ ዘከፋፍሎ ጨው ምግቢ ኣብ ውሽጡ ደረጅኡ ዝሓለወ ኣዮዲን ዘለዎ ምዃኑ ከረጋግፅ ኣለዎ ።

5. ፈፃሚ ኣካል ንህዝቢ ድሕንነትን ጥዕናን ተባሂሉ ምግቢ ንኽምዕብል ብመሰረት ብበዓል መዚ ፌደራል ዝወፀ ረቛሒ ምፍፃሙ ይቆፃፀር ።
6. ዝኾነ ትካል ምግቢ ብመሰረት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (5) ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል



ባይዮሎጂካል ብክለት ነፃ መሆኑን ሲረጋገጥ መሆን አለበት ።

3. ማንኛውም ምግብ ከተበከለ ምግብ ፣ ከምግብ ትርፍራፊ ፣ ከመርዛማ ነገሮች ፣ ጉጂ ከሆኑ ነገሮች ፣ ከእንስሳት ወይም ከሌሎች በካይ ነገሮች ጋር ማከማቸት ፣ መጫን ወይም ማጓጓዝ የተከለከለ ነው ።

**አንቀጽ 9፦ንጥረ ምግብ**

1. ማንኛውም ሰው አግባብ ባለው አካል የወጣውን ደረጃ ካላሟላ በንጥረ ምግብ ምርት ስራ ላይ መሰማራት አይችልም ።
2. ማንኛውም ሰው በፌደራል ባለስልጣን ካልተፈቀደ በስተቀር የሚያመርታቸው የምግብ ምርቶች በንጥረ ምግብ የዳበሩ እንደሆኑ አድርጎ መግለፅ አይችልም ።
3. ማንኛውም በንጥረ ምግብ የዳበሩ የምግብ ምርት ማሸግያ ላይ የንጥረ ምግቡ ዓይነትና ይዘት ፣ የአጠቃቀም መመሪያና የአገልግሎት ጊዜ ማብቅያ በቀላሉ በማይለቅና በግልፅ መገለፅ ይኖርበታል ።
4. ማንኛውም ሰው በሚያመርተው ወይም በሚያከፋፍለው የምግብ ጨው ውስጥ ደረጃውን የጠበቀ አዮዲን ያለበት መሆኑን ማረጋገጥ አለበት ።
5. የፌደራል ባለሥልጣን ለህዝብ ጤናና ደህንነት ሲባል ምግብ እንዲበለጽግ ባስቀመጠው መስፈርት መሰረት መከናወኑን አስፈጻሚ አካሉ ይቆጣጠራል ።
6. ማንኛውም የምግብ ተቋም በዚህ አንቀጽ ንዑስ

www.abyssinialaw.com



ንኽምዕብል ዝተመረፀ ምግቢ ምፍራይ ፣ ምኽፍፋል ወይ ምሻጥ ዝኽእል ብመሰረት ረቛሒ ዝማዕበለ እንትኾውን ጥራሕ እዩ ።

**ዓንቀፅ 10፦ ምግቢ ብጨረር ምምኻን**

1. ተግባር ምሕካም ምግቢ ብጨረር ክካየድ ዝኽእል እዚ ተግባር ዝሓቶ ስርዓት ሓለዋ ጥዕናን ድሕንነትን ብዘተኣማምን ኩነታት ምምልኡ በዓል መዚ ፌደራል እንተረጋገፀ እዩ ።
2. ምግቢ ብጨረር ዝሕክም ትካል ኣድለይቲ ረቛሒታት ድሕንነትን ሃይጅንን ብዘማልእ መልክዑ ዲዛይን ክግበር ኣለዎ ።
3. ኣብ ዝኾነ ምግቢ ዝህሉ መጠን ዝተርፍ ራድዮ ኒኩላይ ተቐባልነት ካብ ዘለዎ ዓቐን ክበልፅ የብሉን ።

**ዓንቀፅ 11፦ ተወሰኽቲ ምግብታት**

1. ዝኾነ ሰብ ተወሰኽቲ ምግብታት ንመሸጣ ምቕራብ ዝኽእል እቲ ተወሳኺ ምግቢ ብበዓል መዚ ፌደራል ተመዝጊቡ ዝተፈቐደ ክኸውን ከሎ እዩ ።
2. ዝኾነ ሰብ ብቐዳምነት ዝተዓሸገን "ተወሳኺ ምግቢ" ዝብል ገላጺ ፅሑፍ ዘይብሉ ዝኾነ ተወሳኺ ምግቢ ምሻጥ ዝተኸልከለ እዩ ።
3. ዝኾነ ገላጺ ፅሑፍ ተወሳኺ ምግቢ ፣ ኣቀራርባ ወይ ምፍላጥ ዝተመጣጠነን ዝተፈላለየ ኣመጋግባ ዘድሊ መጠን ንጥረ ምግቢ ከምዘርክብ ወይ እቲ ተወሳኺ ምግቢ

አንቀጽ (5) መሰረት ኣግባብ ባለው አካል እንዲበለፅጉ የተለየ ምግብን ማምረት ፣ ማከፋፈል ወይም መሸጥ የሚችለው በመስፈርቱ መሰረት የበለጸገ ሲሆን ብቻ ነው ።

**አንቀጽ 10፦ ምግብን ማጭረር**

1. ምግብ በጨረር የማከም ተግባር ሊካሄድ የሚችለው ይኸው ተግባር የሚጠይቀውን የደህንነትና የጤና አጠባበቅ ስርዓት በአስተማማኝ ሁኔታ ማሟላቱ በፌደራል ባለስልጣኑ ሲረጋገጥ ነው ።
2. ምግብ የሚያጨር ተቋም ተገቢውን የደህንነትና የሀይጂን መስፈርቶችን በሚያሟላ መልኩ ዲዛይን መደረግ ይኖርበታል ።
3. በማንኛውም ምግብ የሚኖር የራዲዮ ኒውኩላይ ቅሪት ተቀባይነት ካለው መጠን መብለጥ የለበትም ።

**አንቀጽ 11፦ተጨማሪ ምግቦች**

1. ማንኛውም ሰው ተጨማሪ ምግቦችን ለሽያጭ ማቅረብ የሚችለው ተጨማሪ ምግቡ በፌደራል ባለሥልጣን ተመዝግቦ ሲፈቀድ ነው ።
2. ማንኛውም ሰው በቅድሚያ የታሸገ እና "ተጨማሪ ምግብ" የሚል ገላጭ ጽሁፍ ሳይኖረው ማንኛውንም ተጨማሪ ምግብ መሸጥ የተከለከለ ነው ።
3. ማንኛውም የተጨማሪ ምግብ ገላጭ ጽሁፍ ፣ አቀራረብ ወይም ማስታወቂያ የተመጣጠነና የተለያየ አመጋገብ ተገቢውን የንጥረ ምግብ

www.abyssinialaw.com



ሕማም ሰብ ከምዝከላኸል ወይ ከም ዘድሕን ዝገልፅ ክኸውን የብሉን ።

**ዓንቀፅ 12፦መማልኢ ምግቢ ሕንጣያትን ህፃናትን**

1. ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ክልል ፈርዮም ንመሸጣ ዝቐርቡ ምግብታት ሕንጣያትን ህፃናትን ወይ መማልኢ ምግብታት ንምፍራይ ፣ ንምክፍፋል ወይ ንመሸጣ ንምቕራብ ካብ ፈፃሚ ኣካል ፍቓድ ክረኽብ ኣለዎ።
2. ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ ፦

ሀ. "ምግቢ ሕንጠያት" ማለት ካብ ኣትክልቲ ወይ እንስሳ ዝርከብ ፀባ ወይ ፀባ መሰል ውፅኢት ኾይኑ ብኮዴክስ ኣሊመንታርየስ ብመሰረት ደረጃ ዕሸል ምግቢ ብፋብሪካ ዝተዳለወን ካብ ውልደት ክሳብ ናይ መጀመርታ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዕድመ ዘሎ ዕሸል ድሌት ንጥረ ምግቢ ንምምላእ ዝዳሎ ምግቢ እዩ ።

ለ. "ምግቢ ህፃን" ማለት ካብ ኣትክልቲ ወይ እንስሳ ዝርከብ ፀባን ውፅኢት ፀባን ወይ ካልእ እታወት ኾይኑ ብኮዴክስ ኣሊመንታርየስ ብመሰረት ደረጃ ምግቢ ህፃን ብፋብሪካ ወይ ኣብ ውሽጢ ሃገር ፈርዩ ብብርኪ ሃገር ብዝወፀ ረቑሒ መሰረት ዝተዳለወ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ንላዕሊ ዝኾነ ህፃን ንምምጋብ ዝስማዕማዕ ከም ዝኾነ ዝገልፅ ወይ ብኻልእ መልክዕ ኣብ ዕዳጋ ዝወዓለ ምግቢ እዩ ።

ሐ. "መማልኢ ምግቢ" ማለት ፀባ ጡብ ኣዶ ፣ ምግቢ ሕንጠይ ወይ ምግቢ ህፃን ነቲ ህፃን



መጠን እንደሚያስገኝ ወይም ተጨማሪ ምግቡ የሰውን በሽታ እንደሚከላከል ወይም እንደሚያድን የሚገልጽ መሆን የለበትም ።

**አንቀጽ 12፦የጨቅላና የህጻናት ማሟያ ምግቦች**

1. ማንኛውንም ሰው በክልሉ ተመርተው ለሽያጭ የሚቀርቡ የጨቅላና የህጻናት ምግቦችን ወይም ማሟያ ምግቦችን ለማምረት ፣ ለማከፋፈል ወይም ለሽያጭ ለማቅረብ ከአስፈፃሚ አካል ፈቃድ ማግኘት አለበት ።
2. ለዚህ አንቀጽ አፈጻጸም ፦

ሀ. "የጨቅላ ሕጻን ምግብ" ማለት ከአትክልት ወይም እንስሳ የሚገኝ ወተት ወይም ወተት መሰል ውጤት ሆኖ በኮዴክስ አሊመንተሪየስ የጨቅላ ሕጻን ምግብ ደረጃ መሰረት በፋብሪካ የተዘጋጀና ከውልደት እስከ መጀመሪያዎቹ ስድስት ወር እድሜ ውስጥ ላሉ የጨቅላ ሕጻን የንጥረ ምግብ ፍላጎትን ለማሟላት የተዘጋጀ ምግብ ነው ።

ለ. "የሕጻን ምግብ" ማለት ከአትክልት ወይም ከእንስሳ የሚገኝ ወተትና የወተት ተዋጽኦ ወይም ሌላ ግብአት ሆኖ በኮዴክስ አሊመንተሪየስ የሕጻን ምግብ ደረጃ በፋብሪካ ወይም በሀገር ውስጥ ተመርተው በሀገር አቀፍ ደረጃ በወጣው መስፈርት መሰረት የተዘጋጁ ከስድስት ወር እድሜ በላይ የሆነን ሕጻን ለመመገብ ተስማሚ እንደሆነ የተገለፀ ወይም በሌላ መልኩ ገበያ ላይ የዋለ ምግብ ነው ።

ሐ. "ማሟያ ምግብ" ማለት የእናት ጡት ወተት ፣ የጨቅላ ሕጻን ወይም የሕጻን ምግብ ለሕጻኑ

www.abyssinialaw.com



ድሌት ምግቢ እኹል ብዘይምኻኑ ነዞም ምግብታት ንምምላእ ብዝስማዕማዕ መልክዑ ዝዳሎ ምግቢ እዩ ፡፡

3. ፈፃሚ ኣካል ምግቢን መማልእቲ ምግብታትን ሕንጢያትን ህፃናትን ኣብ ዕዳጋ ቅድሚ ምውዓሎም ብበዓል መዚ ፌደራል ምምዝጋቦም ምርግጋፅን ኣብ ከይዲ ምክፍፋልን መሸጣን ዝህልዎም ኩነታት ብዝምልከት ዝርዝር ረቋሒታት ዘማልኡ ምኧኖም የረጋግፅ ፣ ይቆፃፀር ፡፡

4. ዝኾነ ግልጋሎት ወሃቢ ትካል ወይ ውልቀ ሰብ መማለኢ ምግብታት ፀባ ጡብ ኣዶ ከምዝትክእ ጌርካ ምፍላጥ ዝተኸልከለ እዩ ፡፡

<u>ዓንቀፅ 13፦ ሓለዋ ፅሬት መስተ ማይ</u>

1. ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ፅሬቱ ዘይተረጋገፀ ማይ ፍልፍል ፣ ጉድጓድ ወይ ቡንቧ ንግልጋሎት ሕብረተሰብ ምውዓል ዝተኸልከለ እዩ ፡፡

2. ዝኾነ ሰብ ካብ በዓል መዚ ፌደራል ፍቓድ ከይረኸበ ማይ መዓድን ኾነ ዝተዓሸገ ማይ ናብ ውሽጢ ሃገር ብምእታው ወይ ኣብ ሃገር ውሽጢ ብምፍራይ ንሕብረተሰብ ምቕራብ ዝተኸልከለ እዩ።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ኣገባብ ዘለዎ ኣካል ፅሬቱ ዝተሓለወ ማይ ፍልፍል ፣ ጉድጓድ ወይ ቡንቧ ንግልጋሎት ሕብረተሰብ ንኸቕርብ ሓላፍነት ኣለዎ ፡፡

የምግብ ፍላጎት በቂ ባለመሆኑ ለምግቦቹ ማሟያነት ተስማሚ ሆኖ የሚመረት ወይም የሚዘጋጅ ምግብ ነው ፡፡

3. አስፈጻሚ አካሉ የጨቅላና ህጻናት ምግቦችና ማሟያ ምግቦች ገበያ ላይ ከመዋላቸው በፊት በፌደራሉ ባለስልጣን መመዝገባቸውን ማረጋገጥና ግብይትን የሚመለከት ዝርዝር መስፈርቶችን ያሟሉ መሆናቸው ያረጋግጣል ፣ ይቆጣጠራል ፡፡

4. ማንኛውም አገልግሎት ሰጪ ተቋም ወይም ግለሰብ ማሟያ ምግቦች የእናት ጡት ወተት እንደሚተካ አድርጎ ማስተዋወቅ የተከለከለ ነው ፡፡

<u>አንቀጽ 13፦የመጠጥ ውሃ ጥራት አጠባበቅ</u>

1. አግባብ ባለው አካል ጥራቱ ያልተረጋገጠ የምንጭ ፣ የጉድጓድ ወይም የቧንቧ ውኃ ለህብረተሰቡ አገልግሎት ላይ ማዋል የተከለከለ ነው ፡፡

2. ማንኛውም ሰው ከፌደራል ባለስልጣኑ ፈቃድ ሳያገኝ የማዕድን ውሃም ሆነ የታሸገ ውሃ ወደ ሃገር ውስጥ በማስገባት ወይም በአገር ውስጥ በማምረት ለሕብረተሰብ ማቅረብ የተከለከለ ነው ፡፡

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ (1) መሰረት አግባብ ያለው አካል ጥራቱ የተረጋገጠ የምንጭ ፣ የጉድጓድ ወይም የቧንቧ ውኃ አገልግሎት ለህብረተሰቡ የማቅረብ ግዴታ አለበት ፡፡

www.abyssinialaw.com



4. ዝኾነ ሰብ ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ዕሬቱ ዘይተረጋገፀ ማይ መዓድን ይኹን ዝተዓሸገ ማይ ንሕብረተሰብ ምቕራብ ዝተኸልከለ እዩ ።

5. ፈፃሚ ኣካል ንሕብረተሰብ ብመሸጣ ዝቐርቡ ማይ መዓድን ይኹን ዝተዓሸገ ማይ ዕሬቱን ሕጋውነቱን የረጋግፅ ።

**ዓንቀፅ 14. መሸጣ መስተ ኣልኮል**

1. ዝኾነ ሰብ ኣግባብ ዘለዎ ኣካል ዘውፀኦ ደረጅኡን ዕሬቱን ብዘይሓለወ መንገዲ መስተ ኣልኮል ምፍራይ ፣ ምድላው ፣ ምዕቃብ ወይ ምሻጥ ዝተኸልከለ እዩ ።

2.ዝኾነ መስተ ኣልኮል ንኣካለ መጠን ንዘይበፅሐ ሰብ ምሻጥ ዝተኸልከለ እዩ ።

3. ዓቐን ኣልኮሉ ካብ ዓሰርተ ሓደ ፐርሰንት ንታሕቲ ዝኾነ መስተ ግልጋሎት ዘመኑ ክግለፅ ኣለዎ ።

**ዓንቀፅ 15፦ መዐሸግን ሓባሪ ፅሑፍን ምግቢ**

1. ዝኾነ ዝተዓሸገ ምግቢ መፍረይ ፣ መምዕኢ ፣ መከፋፈሊ ወይ ቸርቻሪ ምግቢ ብኣግባቡ እንተዘይተዓሸጉን ገላፂ ዕሑፍ እንተዘይሃልይዎን ኣብ ዕዳጋ ክውዕል ወይ ብዝኾነ መንገዲ ከከፋፍል ኣይኽእልን ።

2. ዝኾነ ገላፂ ፅሑፍ ምግቢ ብቐሊሉ ዝለቕቕ ክኸውን የብሉን ።

3. ዝኾነ ገላፂ ፅሑፍ ዝተዓሸገ ምግቢ ብኣምሓርኛ ወይ ብእንግሊዘኛ ወይ ብትግርኛ ቛንቛ ዝተፃሓፈ ክኸውን ኣለዎ

4. ማንኛውም ሰው አግባብ ባለው አካል ጥራቱ ያልተረጋገጠ የማዕድን ውኃም ሆነ የታሸገ ውኃ ለሕብረተሰቡ ማቅረብ የተከለከለ ነው ።

5. አስፈጻሚ አካሉ ለሕብረተሰቡ በሽያጭ የሚቀርቡ የማዕድን ውኃም ሆነ የታሸገ ውኃ ጥራትና ህጋዊነት ያረጋግጣል ።

**አንቀጽ 14. የአልኮል መጠጥ ሽያጭ**

1. ማንኛውም ሰው አግባብ ያለው አካል ያወጣውን ደረጃና ንጽህና ባልጠበቀ መንገድ የአልኮል መጠጥ ማምረት ፣ ማዘጋጀት ፣ ማከማቸት ወይም መሸጥ የተከለከለ ነው ።

2. ማንኛውንም የአልኮል መጠጥ ለአካለ መጠን ላልደረሰ ሰው መሸጥ ክልክል ነው ።

3. የአልኮል መጠኑ ከአስራ አንድ ፐርሰንት በታች የሆነ ማንኛውም መጠጥ የአገልግሎት ዘመን መገለፅ ይኖርበታል ።

**አንቀጽ 15፦ የምግብ ማሸጊያዎችና ገላጭ ጽሑፍ**

1. ማንኛውም የታሸገ ምግብ አምራች ፣ አስመጪ ፣ አከፋፋይ ወይም ቸርቻሪ ምግቡ በአግባቡ ካልታሸገና ገላጭ ጽሑፍ ካልተደረገበት በስተቀር ለገበያ ሊያቀርበው ወይም በማናቸውም አኳኋን ሊያሰራጨው አይችልም ።

2. ማንኛውም የምግብ ገላጭ ፅሑፍ በቀላሉ የሚለቅ መሆን የለበትም ።

3. የማንኛውም የታሸገ ምግብ ገላጭ ጽሑፍ በአማርኛ ወይም በእንግሊዝኛ ወይም በትግርኛ ቋንቋ የተጻፈ ሊሆን ይገባል።

www.abyssinialaw.com



፡፡

**ዓንቀፅ 16. ፅንዓት ድሕረ ፅዳጋን ግቡኣት ትካል ምግብን**

1. ፈፃሚ ኣካል ኣብ ዘካየዶ ድሕረ ፅዳጋ ፅንዓት ወይ በዓል መዚ ፌደራል ኣብ ምግቢ ብዘውፅኦ ግምገማ ሪፖርት ድሕረ ፅዳጋ መሰረት ብምግባር ፈፃሚ ኣካል ኣድላይ ስጉምቲ ይወስድ ።
2. ዝኾነ ትካል ምግቢ ዝስዕብ ግቡኣት ኣለዎ :-

ሀ. ኣብ ድሕንነትን ፅሬትን ምግቢ ትፅቢት ዘይተገበረሉ ፀገም እንተጋጥም ንፈፃሚ ኣካል ምፍላጥ ፤

ለ. ንምግብነት ሰብ ዘይስማዕማዕ ዝኾነ ምግቢ ካብ ምኽፍፋል ምቑጣብን

ሐ. ንመሸጣ ዝቐረበ ዝኾነ ምግቢ ንሰብ ምግብነት ዘይስማዕማዕ እንተኾይኑ ብዝወፅእ መመርሒ መሰረት ናይ ምእካብን ምውጋድን ግቡእ ኣለዎ ።

**ዓንቀፅ 17፦ ምሓዝን ምውጋድን ምግቢ**

1. ፈፃሚ ኣካል ምግቢ ክሕዝን ክኣልን ዝኽእል :-

ሀ. ኣብ ፅዳጋ ክውፅል ዘይተፈቐደ ወይ ፍልፍሉ ዘይተፈለጠ እንተኾይኑ ፤

ለ. ኣምሲልካ ዝቐረበ እንተኾይኑ ፤

ሐ. ግልጋሎት ዘመኑ ዝሓለፈ ወይ ደረጃ ፅሬቱ ዘየማልእ እንተኾይኑ ፤

መ. ግቡእ ከይዱ ፍርያት ከይሓለወ ዝፈረየ

**አንቀጽ 16. የድኅረ ገበያ ቅኝትና የምግብ ተቋም ግዴታዎች**

1. አስፈጻሚ አካሉ ባካሄደው የድህረ ገበያ ቅኝት ወይም ፌደራል ባለሥልጣኑ በምግብ ላይ በሚያወጣው የድህረ ገበያ ቅኝት ሪፖርት መሰረት በማድረግ አስፈጻሚ አካሉ ተገቢውን እርምጃ ይወስዳል ።
2. ማንኛውም የምግብ ተቋም የሚከተሉትን ግዴታዎች አሉበት ፡-

ሀ. በምግብ ደህንነትና ጥራት ላይ ያልተጠበቀ ችግር ሲያጋጥም ለአስፈጻሚ አካል የማሳወቅ ፤

ለ. ለሰው ለምግብነት የማይስማማ ማንኛውንም ምግብ ከማሰራጨት የመቆጠብ እና

ሐ. ለሽያጭ የቀረበው ማንኛውም ምግብ ለሰው ምግብነት የማይስማማ ከሆነ በሚወጣው መመሪያ መሰረት የመሰብሰብ እና የማስወገድ ግዴታ አለበት ።

**አንቀጽ 17፦ ምግብን መያዝና ማስወገድ**

1. አስፈጻሚ አካሉ ምግብን ሊይዝና ሊያስወግድ የሚችለው ፡-

ሀ. ገበያ ላይ እንዲውል ያልተፈቀደ ወይም ምንጩ ያልታወቀ ከሆነ ፤

ለ. አስመስሎ የቀረበ ከሆነ ፤

ሐ. የአገልግሎት ጊዜው ካለፈ ወይም የጥራት ደረጃውን የማያሟላ ከሆነ ፤

መ. የመልካም አመራረት አሰራርን ሳይጠብቅ

www.abyssinialaw.com



እንተኾይኑ ፤

ረ. ስራሕቲ ንግዲ ምግቢ ንምክያድ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ብዘይብሉ ሰብ ዝፈረየ ፣ ዝተኣከበ ፣ ዝተኸፋፈለ ፣ ንምዕዳል ዝተዳለወ ወይ ዝተዓደለ እንተኾይኑ ፤

ሰ. ዘድሊ መዐሸግን ሓባሪ ፅሑፍ ዘይተገበረሉ እንተኾይኑ ፤

ሸ. ንጥዕና ሕብረተሰብ ጎዳኢ ዝኾነሉ ኩነታት ምህላው እንትረጋገፅ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ደረጃታት ዘየማልእ ምዃኑ እንተረጋገፅ ይኸውን።

2. እቲ ምግቢ ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕል ክሳብ ዝኾነ ፈፃሚ ኣካል ዘድሊ ስርዓት ምውጋድ ተኸቲሉ ዝተወገደ ምኻኑ ከረጋግፅ ኣለዎ ።

3. ፈፃሚ ኣካል ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (2) መሰረት ንዝተወገደ ምግቢ መረዳእታ እንትሕተት መረጋገፂ ወረቐት ምስክር ንባዓል ምግቢ ወይ ንባዓል ትሕዝቶ ይህብ ።

4. ብፈፃሚ ኣካል ንምርመራ ዝለኣኽ መርኣያ መጓዓዓዝን ካልእ ዘድሊ ወፃእን ብባዓል ንብረት ይሸፈን ።

4. ድሕሪ ምርመራ ኣብ ጥቕሚ ንከይውዕል ዝተወሰነ ምግቢ ብወፃኢ በዓል ንብረት ይውገድ ።

የተመረተ ከሆነ ፤

ረ. የምግብ ንግድ ሥራ ለማካሄድ የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት በሌለው ሰው የተመረተ ፣ የተከማቸ ፣ የተከፋፈለ ፣ ለዕደላ የተዘጋጀ ወይም የታደለ ከሆነ ፤

ሰ. አስፈላጊውን ማሸግያና ገላጭ ፅሑፍ ያልተደረገበት ከሆነ ፤

ሸ. ለህብረተሰብ ጤና ጎጂ ሁኔታዎች መኖራቸው ሲረጋገጥ ወይም ሌሎች ተመሳሳይ ደረጃዎችን የማያሟላ መሆኑን ሲረጋገጥ ይሆናል ።

2. ምግቡ ጥቅም ላይ የማይውል እስከሆነ ድረስ አስፈጻሚ አካሉ ተገቢውን የአወጋገድ ስርዓት ተከትሎ ስለመወገዱ ማረጋገጥ አለበት ።

3. አስፈጻሚ አካሉ በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (2) መሰረት ለተወገደው ምግብ ማስረጃ ሲጠየቅ የማረጋገጫ ምስክር ወረቀት ለምግቡ ባለቤት ወይም ለባለይዞታ ይሰጣል ።

4. በአስፈፃሚ አካል ለምርመራ የሚላክ ናሙና የመጓጓዣና ሌሎች አስፈላጊ ወጪዎች በንብረቱ ባለቤት ይሸፈናል ።

5. ድሕረ ምርመራ ጥቅም ላይ እንዳይውል የተወሰነ ምግብ በባለ ንብረቱ ወጪ ይወገዳል ።

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ሰለስተ

## ቁፅፅርን ምምሕዳርን መድሓኒት

### ዓንቀፅ 18፦ ምዝገባን ኣተሓሳልዋን ፅሬትን መድሓኒት

1. ዝኾነ መድሓኒት ድሕንነቱ ፣ ፋዋስነቱን ፅሬቱን ተገምጊሙ ኣብ በዓል መዚ ፌደራል ከይተመዝገበ ኣብ ውሽጢ ሃገር ፈርዩ ኾነ ካብ ወፃኢ ሃገር ውሽጢ ኣትዩ ኣብ ጥቅሚ ክውዕል ኣይኽእልን ።
2. ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ'ውን በዓል መዚ ፌደራል ብምኽንያት መገደድቲ ኩነታት ዘይተመዝገቡ መድሓኒታት ናብ ውሽጢ ሃገር ንክኣትውን ኣብ ግልጋሎት ንክውዕሉን ክፈቅድ ይኽእል ።
3. ወረቐት ምስክር ምዝገባ መድኃኒት መመዘንታት ምዝገባ ኣማሊኡ ክሳብ ዝቀፀለ በቢኣርባዕተ ዓመቱ ይሕደስ ።
4. ዝኾነ መድሓኒት ዓለም ለኸ ወይ ሃገራዊ ደረጃታት ዘማልእ ምዃኑ እንተዘይተረጋጊፁ ንግልጋሎት ኽውዕል ኣይኽእልን ።
5. ኣድላይ ዝኾነ ደረጃ ድሕንነትን ፅሬትን ዘይሓለወ መድሓኒት ምፍራይ ፣ ምዕቃብ ፣ ምክፍፋል ፣ ምጉዕዓዝ ወይ ምሻጥ ወይ ኣብ ጥቅሚ ሕብረተሰብ ምውዓል ዝተኸልከለ እዩ ።

### ዓንቀፅ 19፦ ትካላት ንግዲ ችርቻሮ መድሓኒት

1. ዝኾነ ትካል ንግዲ ችርቻሮ መድሓኒት ግልጋሎት ምሃብ ቅድሚ ምጅማሩ ካብ ፈፃሚ



## ክፍል ሶስት

## የመድኃኒት አስተዳደርና ቁጥጥር

### አንቀጽ 18፦ የመድኃኒት ምዝገባና የጥራት አጠባበቅ

1. ማንኛውም መድኃኒት ደህንነቱ ፣ ፈዋሽነቱና ጥራቱ ተገምግሞ በፌደራል ባለስልጣኑ ሳይመዘገብ በአገር ውስጥ ተመርቶም ሆነ ከውጭ ወደ አገር ውስጥ ገብቶ በጥቅም ላይ ሊውል አይችልም ።
2. የዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ (1) ቢኖርም ፌደራል ባለስልጣኑ በአስገዳጅ ሁኔታዎች ምክንያት ያልተመዘገቡ መድኃኒቶች ወደ አገር ውስጥ እንዲገቡና በአገልግሎት ላይ እንዲውሉ ሊፈቅድ ይችላል ።
3. የመድኃኒት ምዝገባ የምስክር ወረቀት የምዝገባ መስፈርቶችን አሟልቶ እስከቀጠለ ድረስ በየአራት ዓመቱ ይታደሳል ።
4. ማንኛውም መድሓኒት ዓለም አቀፍ ወይም አገር አቀፍ የጥራት ደረጃዎችን የሚያሟላ መሆኑ ካልተረጋገጠ በስተቀር ለአገልግሎት ሊውል አይችልም ።
5. ተገቢውን የደህንነትና የጥራት ደረጃ ያልጠበቀ መድሃኒት ማምረት ፣ ማከማቸት ፣ ማከፋፈል ፣ ማጓጓዝ ወይም ለሽያጭ ወይም ለህብረተሰቡ ጥቅም ማዋል የተከለከለ ነው ።

### አንቀጽ 19፦የመድኃኒት ችርቻሮ ንግድ ድርጅት

1. ማንኛውም የመድኃኒት ችርቻሮ ንግድ ድርጅት አገልግሎት መስጠት ከመጀመሩ በፊት

www.abyssinialaw.com



ኣካል ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ክረክብ ኣለዎ ።

2. ዝኾነ መረጋገፂ ብቕዓት ዝተውሃቦ በዓል ሙያ ይኹን በዓል ሃፍቲ ብፈፃሚ ኣካል ካብ ዝተፈቐደሉ ቦታን ደረጃን ወፃኢ ግልጋሎት ችርቻሮ ንግዲ መድሓኒት ምሃብ ዝተኸልከለ እዩ ።

3. ዝኾነ ትካል ንግዲ ችርቻሮ መድሓኒት ዘይተመዝገበ ወይ ዘይተፈቐደሉ ወይ ድማ ሕጋዊ ደረሰኝ ዘይብሉ መድሓኒትን ናውቲ ሕክምናን ንመሸጣ ምቕራብ ወይ ምሻጥ ዝተኸልከለ እዩ ።

4 ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝተውሃበ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት በቢዓመቱ ክሕደስ ኣለዎ ።

5. ብዛዕባ ኣወሃህባ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓትን ቁፅፅርን ትካል ንግዲ ችርቻሮ መድሓኒት ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን ።

**ዓንቀፅ 20፦ ናርኮቲክ መድሓኒታት፣ ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገራትን ፕሪከርሰር ኬሚካላትን**

1. ዝኾነ ሰብ ናርኮቲክ መድኃኒታት ፣ ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገራት ወይ ፕሪከርሰር ኬሚካላት ንምምፃእ ፣ ንምልኣኽ ፣ ንምፍራይ ፣ ንምክፍፋል ፣ ንምዕቃብ ወይ ንምሓዝ ካብ በዓል መዚ ፌደራል ፍሉይ ፍቓድ ክውፅእ ኣለዎ ።

2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ፍሉይ ፍቓድ ዝውሃቦ መድሃኒት ምምፃእ ፣ ምልኣኽ ፣ ምፍራይ ፣ ምክፍፋል ወይ ምዕቃብ

ከአስፈፃሚው ኣካል የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት ማግኘት አለበት ።

2. ማንኛውም በአስፈጻሚው አካል የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት የተሰጠው ባለ ሙያ ወይም ባለ ሃብት ከተፈቀደለት ቦታ እና ደረጃ ውጭ የመድኃኒት ችርቻሮ ንግድ አገልግሎት መስጠት የተከለከለ ነው ።

3. ማንኛውም የመድኃኒት ችርቻሮ ንግድ ድርጅት ያልተመዘገበ ወይም ያልተፈቀደለት ወይም ህጋዊ ደረሰኝ የሌለው መድሃኒትና የህክምና እቃዎች ለሽያጭ ማቅረብ ወይም መሸጥ የተከለከለ ነው ።

4. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሠረት የተሰጠ የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት በየአመቱ መታደስ አለበት ።

5.የመድኃኒት ችርቻሮ ንግድ ድርጅት የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት አሰጣጥና ቁጥጥርን የሚመለከት በሚወጣ መምርያ ይወሰናል ።

**አንቀጽ 20፦ናርኮቲክ መድኃኒቶች ፣ ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገሮችና ፕሪከርሰር ኬሚካሎች**

1. ማንኛውም ሰው ናርኮቲክ መድኃኒቶች ፣ ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገሮች ወይም ፕሪከርሰር ኬሚካሎችን ለማስመጣት ፣ ለመላክ ፣ ለማምረት ፣ ለማከፋፈል ፣ ለማከማቸት ወይም ለመያዝ ከፌደራል ባለስልጣኑ ልዩ ፈቃድ ማውጣት አለበት።

2. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ (1) መሰረት ልዩ ፈቃድ የሚሰጠው መድሃኒት ማስመጣትን ፣ መላክን ፣ ማምረትን ፣ ማከፋፈልን ወይም

www.abyssinialaw.com



ወይ ግልጋሎት ጥዕና ምሃብ ብዝምልከት ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቅዓት ንዘለዎ ሰብ ጥራሕ ይኸውን ።

3. ፈፃሚ ኣካል መድሓኒታት ናርኮቲክን ሳይኮትሮፒክን ኣብ ግልጋሎት ኣብ ዝውዕልሎም ትካላት ብዝተቐመጠ ረቛሒ መሰረት ኣብ ግልጋሎት ዝወዓለ ምዃኑ ይቆፃፀር ።

4. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ኾነ ትካል ጥዕና መድሓኒታት ናርኮቲክን ሳይኮትሮፒክን ካብ ዝተቐመጠ ረቛሒ ወፃኢ ግልጋሎት ምሃብ ዝተኸልከለ እዩ ።

5. ናርኮቲክ መድኃኒታትን ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገራትን ክእዝዝ ዝኽእል ፍሉይ ፍቓድ ዝተውሃቦ በዓል ሞያ ሕክምና ንክሰርሕ ብዝተፈቀደሉ ትካል ጥዕና ጥራሕ ይኸውን።

6. ዝኾነ በዓል ሙያ ሕክምና ናርኮቲክ መድኃኒታትን ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገራትን ንባዓሉ ክእዝዝ ኣይኽእልን ።

7. ናርኮቲክ መድኃኒታትን ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገራትን ዝእዘዝ ብፍሉይ ወረቐት መእዘዚ መድሓኒት ጥራሕ ይኸውን ።

8. ናርኮቲክ መድኃኒታትን ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገራት ናይዚኦም ኢንቮይሳት ፣ መዝገባትን ወረቐታት መእዘዝን ቁልፊ ዘለዎ ሳንዱቅ ውሽጢ ወይ ብዝተፈለየ ክፍሊ ውሽጢ



ማከማቸትን ወይም የጤና አገልግሎት መስጠትን በሚመለከት የብቃት ማረጋገጫ የምስክር ወረቀት ላለው ሰው ብቻ ይሆናል ።

3. አስፈጻሚ አካሉ የናርኮቲክና ሳይኮትሮፒክ መድኃኒቶች አገልግሎት ላይ በሚውሉባቸው ተቋማት በተቀመጠው መስፈርት መሰረት አገልግሎት ላይ እየዋለ መሆኑን ይቆጣጠራል ።

4. ማንኛውም የጤና ባለሙያ ሆነ የጤና ተቋም የናርኮቲክና ሳይኮትሮፒክ መድኃኒቶችን ከተቀመጠው መስፈርት ውጭ አገልግሎት መስጠት የተከለከለ ነው ።

5. የናርኮቲክ መድኃኒቶችና ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገሮችን ማዘዝ የሚችለው ልዩ ፈቃድ የተሰጠው የሕክምና ባለሞያ እንዲሰራ በተፈቀደለት ጤና ተቋም ብቻ ይሆናል ።

6. ማንኛውም የሕክምና ባለሙያ የናርኮቲክ መድኃኒቶችና ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገሮችን ለራሱ ማዘዝ አይችልም ።

7. የናርኮቲክ መድኃኒቶችና ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገሮች የሚታዘዘው በልዩ የመድኃኒት ማዘዣ ወረቀት ብቻ ይሆናል ።

8. የናርኮቲክ መድኃኒቶችና ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገሮች የእነዚሁ ኢንቮይሶች ፣ መዝገቦችና የማዘዣ ወረቀቶች ቁልፍ ባለው የንብረት ሳጥን ውስጥ መቀመጥና ቁልፉም

www.abyssinialaw.com



ክቕመጥን እቲ ቁልፊ ኣብ ዝተፈቀደሉ በዓል ሞያ ሕክምና ኢድ ክተሓዝ ኣለዎ ።

9. ዝኾነ ፍሉይ ፍቓድ ዝተውሃቦ ሰብ ብዛዕባ ናርኮቲክ መድሓኒታት ፣ ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገራትን ፕሪከርሰር ኬሚካላትን በዓል መዚ ፌደራል ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ሪከርድ ብምሓዝ ንፈፃሚ ኣካል ሪፖርት ክቐርብ ኣለዎ ።

10. ፈፃሚ ኣካል ብዛዕባ ናርኮቲክ መድሓኒታት ፣ ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገራትን ፕሪከርሰር ኬሚካላትን ንበዓል መዚ ፌደራል ሪፖርት ክልእኽ ኣለዎ ።

**ዓንቀፅ 21፦ ባህላዊ ፣ ተሓጋጋዚ ወይ ኣማራፂ መድሓኒትን ሕክምናን**

1. ዝኾነ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝፈሪ ወይ ካብ ወፃኢ ዝመፅእ ባህላዊ ፣ ተሓጋጋዚ ወይ ኣማራፂ መድሓኒት ብፈፃሚ ኣካል ተገምጊሙ ከይተመዝገበ ኣብ ግልጋሎት ምውዓል ዝተኸልከለ እዩ ።
2. ዝኾነ ሰብ ካብ ፈፃሚ ኣካል ፍቓድ ሙያ ከይረኸበ ኣብ ባህላዊ ፣ ተሓጋጋዚ ወይ ኣማራፂ ሕክምና ስራሕ ምውፋር ዝተኸልከለ እዩ ።
3. ፍቓድ ሙያ ባህላዊ ፣ ተሓጋጋዚ ወይ ኣማራፂ ሕክምና ሞያዊ ሰነምግባሩን ብቕዓቱን እንዳተገምገመ በቢሓሙሽተ ዓመቱ ክሕደስ ኣለዎ።
4. ፍቓዱ ዝተኣገደ ወይ ዝተሰረዘ ባህላዊ ፣ ተሓጋጋዚ ወይ ኣማራፂ በዓል ሞያ ሕክምና



በተፈቀደለት የመድኃኒት ባለ ሙያ እጅ መያዝ አለበት ።

9. ማንኛውም ልዩ ፈቃድ የተሰጠው ሰው ስለናርኮቲክ መድኃኒቶች ፣ ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገሮችና ፕሪከርሰር ኬሚካሎች ፌደራል ባለስልጣኑ ባወጣው መመርያ መሰረት ሪከርድ በመያዝ ለአስፈጻሚ አካሉ ሪፖርት ማቅረብ አለበት ።

10. አስፈፃሚ አካል ስለናርኮቲክ መድኃኒቶች ፣ ሳይኮትሮፒክ ንጥረ ነገሮችና ፕሪከርሰር ኬሚካሎች ለፌደራል ባለስልጣን ሪፖርት መላክ አለበት ።

**አንቀጽ 21፦ ባህላዊ ፣ ተደጋጋፊ ወይም አማራጭ መድኃኒትና ሕክምና**

1. ማንኛውም በአገር ውስጥ የሚመረት ወይም ከውጭ የሚመጣ ባህላዊ ፣ ተደጋጋፊ ወይም አማራጭ መድኃኒት በአስፈፃሚ አካሉ ተገምግሞ ሳይመዘገብ አገልግሎት ላይ ሊውል አይችልም ።
2. ማንኛውም ሰው ከአስፈጻሚ አካል የሙያ ስራ ፈቃድ ሳያገኝ በባህላዊ ፣ ተደጋጋፊ ወይም አማራጭ ሕክምና ስራ መሰማራት የተከለከለ ነው ።
3. የባህላዊ ፣ ተደጋጋፊ ወይም አማራጭ ሕክምና የሙያ ፈቃድ በየአምስት ዓመቱ የባለፈቃዱ የሙያ ሥነ-ምግባርና ብቃት እየተገመገመ መታደስ አለበት ።
4. ፈቃዱ የታገደበት ወይም የተሰረዘበት የባህላዊ ፣ ተደጋጋፊ ወይም አማራጭ

www.abyssinialaw.com



ግልጋሎት ምሃብ ዝተኸልከለ እዩ ፡፡

5. ዝኾነ ሰብ ብፈፃሚ ኣካል ካብ ዝተፈቀደሉ ቦታ ፣ ሞያ ፣ ኣወሃህባ ግልጋሎት ዓይነትን ደረጃን ወፃኢ ግልጋሎት ባህላዊ ፣ ተሓጋጋዚ ወይ ኣማራፂ ሕክምና ምሃብ ዝተኸልከለ እዩ

6. ዝኾነ ሰብ ካብ ፈፃሚ ኣካል ዝተውሃቦ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ዘይብሉ ባህላዊ ፣ ተሓጋጋዚ ወይ ኣማራፂ መድሓኒት ምፍራይ ፣ ምምፃእ ፣ ምልኣኽ ፣ ምክፍፋል ወይ ምሻጥ ዝተኸልከለ እዩ ፡፡

7. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (6) እዚ ዓንቀፅ ዝተውሃበ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት በቢዓመቱ ክሕደስ ኣለዎ ፡፡

8. ግልጋሎት ባህላዊ ሕክምና ንምሃብ ኣወሃህባን ቁፅፅርን ወረቐት ምሰክር መረጋገፂ ብቕዓት ብዝወፅእ መምርሒ መሰረት ይውሰን ፡፡

9. ብሙያ ባህላዊ ሕክምና ንምምዝጋብ ዝሓትት ሰብ እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ከማልእ ኣለዎ :-

ሀ. ኣብ ዘገልግለሉ ሕብረተሰብ ተቐባልነት ዘለዎ ፤

ለ. ዕድሚኡ 18 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ዝኾነ፤

ሐ. እንተነኣሰ ንሓሙሽተ ዓመት ዝኣክል ግልጋሎት ባህላዊ ሕክምና ዝሃበ ወይ ካብ ዝተፈለጠ መሰልጠኒ ትካል ስልጠና ወሲዱ በዚ



ሕክምና ባለሙያ አገልግሎት መስጠት የተከለከለ ነው ፡፡

5. ማንኛውም ሰው በአስፈጻሚው አካል ከተፈቀደለት ቦታ ፣ ሙያ ፣ የአገልግሎት አሰጣጥ አይነት እና ደረጃ ውጭ የባህላዊ ተደጋጋፊ ወይም የአማራጭ ሕክምና አገልግሎት መስጠት የተከለከለ ነው ፡፡

6. ማንኛውም ሰው ከአስፈጻሚው አካል የተሰጠ የብቃት ማረጋገጫ የምስክር ወረቀት ሳይኖረው የባህላዊ ፣ ተደጋጋፊ ወይም አማራጭ መድሃኒት ማምረት ፣ ማስመጣት ፣ መላክ ፣ ማከፋፈል ወይም መሸጥ የተከለከለ ነው ፡፡

7. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (6) መሠረት የተሰጠ የብቃት ማረጋገጫ የምስክር ወረቀት በየዓመቱ መታደስ አለበት ፡፡

8. የባህላዊ ሕክምና አገልግሎት ለመስጠት የብቃት ማረጋገጫ የምስክር ወረቀት አሰጣጥና ቁጥጥር የሚመለከት በሚወጣው መመሪያ መሰረት ይወሰናል፡፡

9. በባህላዊ ህክምና ሙያ ለመመዝገብ የሚጠይቅ ሰዉ የሚከተሉትን መስፈርቶች ማሟላት ይኖርበታል :-

ሀ. በሚያገለግልበት ሕብረተሰብ ተቀባይነት ያለው ፤

ለ. ዕድሜዉ 18 ዓመትና ከዚያ በላይ የሆነ ፤

ሐ. ቢያንስ ለአምስት ዓመት የባህላዊ ሕክምና አገልግሎት የሰጠ ወይም ከታወቀ የባህላዊ ሕክምና ማሰልጠኛ ተቋም ስልጠና የወሰደና

www.abyssinialaw.com





ዘፈር ክልተ ዓመት ልምዲ ስራሕ ዘለዎ ምኻኑ ኣግባብነት ካብ ዘለዎ ኣካል መረጋገፂ ዘቕረበ ፤

መ. ባዓሉ ወይ ሓጋዚኡ ናይቲ ዘገልግለሉ ከባቢ ቋንቋ እንተነኣሰ ምንባብን ምፅሓፍን ዝኽእል ፤

ረ. ንባህላዊ ሕክምና ዝውዕል ባህላዊ መድሓኒት ተቐባልነት ምርካቡ ወይ ብዘይመድሓኒት ዝወሃብ እንተኾይኑ ድማ ኣግባብ ካብ ዘለዎ ኣካል መረጋገፂ ወይ ፍቓድ ዘቕርብ ፤

ሰ. ባህላዊ ሕክምና ከይህብ ብሕጊ ወይ ብውሳነ ቤት ፍርዲ ዘይተኸልከለ ፤

ሸ. ፀገም ጥዕና ተገልጋሊ ንምርዳእ ዘፀግሙ ኣእምራዊ ፣ ኣካላውን ካብ ካልኦት ፀገማት ጥዕና ነፃ ምኻኑ መረጋገፂ መረዳእታ ሕክምና ዘቕርብ ፣

ቀ. ክፍሊት ምዝገባ ዝኸፈለ ፤

በ. ብተወሳኺ ንቐፃሊ ነዚ ደንቢ መፈፀሚ ዝወፁ ዝርዝር መምርሒታት ዝሓቶ ኣማሊኡ እንትርከብ ይኸውን።

10. ፈፃሚ ኣካል ኣብ ጉዳይ ግልጋሎት ባህላዊ ሕክምና ዘማኽር ኣማኻሪ ጉባኤ ዘጣይሽ ኾይኑ ተግባርን ሓላፍነትን እቲ ጉባኤ ከምኡ`ውን ኣሰራርሓን ስነ-ስርዓትን ዘድሊ ረቛሒታት ኣማኻሪ ጉባኤ ብዝወፅእ መምርሒ ዝውሰን ኾይኑ ካብ ፈፃሚ ኣካል ዝውከል በዓል ሙያ ናይቲ ኣማኻሪ ጉባኤ ፀሓፊ ኾይኑ የገልግል ።

በዘርፉ የሁለት ዓመት የስራ ልምድ ያለዉ ሆኖ ኣግባብነት ካለዉ ኣካል ማረጋገጫ ያቀረበ ፤

መ. ራሱ ወይም ረዳቱ የሚያገለግልበት አከባቢ ቋንቋ ቢያንስ ማንበብና መፃፍ የሚችል ፤

ረ. የባህላዊ ህክምና የሚሰጥበት የባህል መድሃኒት ተቀባይነት ስለማግኘቱ ወይም ያለመድሃኒት የሚሰጥ ከሆነ አግባብ ካለዉ ኣካል ማረጋገጫ ወይም ፈቃድ የሚያቀርብ ፤

ሰ. የባህለዊ ህክምና እንዳይሰጥ በሕግ ወይም በፍርድ ቤት ውሳኔ ያልተከለከለ ፤

ሸ. የተገልጋዩን የጤና ችግር ለመረዳት ከሚያግዱ አእምሮአዊ ፣ አካላዊ እና ሌሎች የጤና ችግሮች ነፃ ስለመሆኑ የህክምና ማረጋገጫ ማስረጃ የሚያቀርብ ፤

ቀ. የምዝገባ ክፍያ የከፈለ ፤

በ. በተጨማሪ ለወደፊቱ ይህን ደንብ ለማስፈፀም በሚወጡ ዝርዝር መመርያዎች የሚጠየቀዉን መስፈርት አሟልቶ ሲገኝ ይሆናል ።

10. አስፈፃሚው አካል በባህላዊ ሕክምና አገልግሎት ጉዳይ የሚያማክር የመማክርት ጉባኤ የሚያቋቁም ሆኖ የጉባኤዉ ተግባርና ሃላፊነት እንዲሁም የአሰራር ስነ-ስርዓትና አስፈላጊ መስፈርቶች መማክርት ጉባኤዉ በሚወጣው መመርያ የሚወሰን ሆኖ በአስፈፃሚ አካሉ የሚወከል ባለሞያ የመማክርት ጉባኤው ፀሃፊ ሆኖ ያገለግላል ።

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ 22፦መርዝታት ፣ ጨረር ዘመንጭው መድሓኒታትን ፀረ ባልዕን**

1. ዝኾነ ሰብ ኣግባብ ካብ ዘለዎ ኣካል ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ከይረኸበ መርዝታት ወይ ጨረር ዘመንጭው መድሓኒታት ምፍራይ ፣ ምምፃእ ፣ ምልኣኽ ፣ ምክፍፋል ወይ ምሻጥ ኣይኽእልን ።
2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ መሰረት ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ዝተውሃቦ ዝኾነ ሰብ ዘፍረዮም ፣ ዘምፀኦም ፣ ዘከፋፈሎም ወይ ዝሸጦም መርዝታት ወይ ጨረር ዘመንጭው መድሓኒታት ብዝምልከት ሪከርድ ክሕዝን ኣግባብ ንዘለዎ ኣካል ሪፖርት ክገብርን ኣለዎ ።
3. ፀረ-ባልዕ ፣ መርዝታትን ጨረር ዘመንጭው መድሓኒታትን ዝዕሸግሉ ፣ ዝጓዓዓዙሉ ፣ ዝዕቀቡሉን ዝከፋፈሉሉን ኣብ ሰባት ፣ እንስሳታትን ከባብን ከብፅሖ ዝኽእል ሓደጋ ብዝቕንስ መልክዑ ክኸውን ኣለዎ ።
4. ፈፃሚ ኣካል ፀረ-ባልዓት ምፍራይ ፣ ምጉዕዓዝ ፣ ምዕቃብ ፣ ኣጠቓቕማን ኣወጋግዳን ብዝምልከት ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብ ጉድኣት ብዘየብፅሕ ኩነታት ምፍፃሞም ንምርግጋፅ ኣግባብ ምስ ዘለዎም ኣካላት ይሰርሕ ።
5. ካብ በዓል መዚ ፌደራል ፍቓድ ከይረኸበ

**አንቀጽ 22፦ መርዞች ፣ ጨረር አፍላቂ መድኃኒቶችና ፀረ ተባይ**

1. ማንኛውም ሰው አግባብ ካለው አካል የብቃት ማረጋገጫ የምስክር ወረቀት ሳያገኝ መርዞችን ወይም ጨረር አፍላቂ መድሃኒቶን ማምረት ፣ ማስመጣት ፣ መላክ ፣ ማከፋፈል ወይም መሸጥ አይችልም ።
2. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ (1) መሰረት የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት የተሰጠው ማንኛውም ሰው ያመረታቸው ፣ ያስመጣቸው ፣ ያከፋፈላቸው ወይም የሸጣቸው መርዞች ወይም ጨረር አፍላቂ መድሃኒቶች በተመለከተ ሪከርድ መያዝና አግባብ ላለው አካል ሪፖርት ማድረግ አለበት ።
3. ፀረ- ተባይ ፣ መርዞችና ጨረራ አፍላቂ መድሃኒቶች የሚታሸጉበት ፣ የሚጓጓዙበት፣ የሚከማቹበትና የሚሰራጩበት በሰዎች ፣ በእንስሳትና በአካባቢ ላይ ሊያደርሱ የሚችሉትን አደጋ መቀነስ በሚያስችል ሁኔታ መሆን አለበት ።
4. አስፈፃሚው አካል ፀረ-ተባዮችን ማምረት ፣ ማጓጓዝ ፣ ማከማቸት ፣ አጠቃቀምና አወጋገድ አስመልክቶ በህብረተሰቡ ጤና ላይ ጉዳት በማያስከትል ሁኔታ መከናወናቸውን ለማረጋገጥ አግባብ ካለው አካል ጋር ይሰራል ።
5. ከፌደራል ባለሥልጣኑ ፈቃድ ሳያገኝ በክልሉ

www.abyssinialaw.com



ኣብዚ ክልል ኣብ ዝርከብ ትካል ጥዕና ወይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ጨረር ዘመንጭው መድሓኒታት ምፍራይ ፣ ምእታው ፣ ምሓዝ ፣ ምዕቓብ ወይ ምክፍፋል ዝተኸልከለ እዩ።

6. ፈፃሚ ኣካል ኣብ ኣተሓሕዛ ፣ ኣቕርቦትን ኣጠቓቕማን ኣብ ዝቆፃፀሮም ትካላት ውሽጢ ዝርከቡ መርዝታትን ጨረር ዘመንጭው መድሓኒታትን ቁፅፅር ይገብር ።

**ዓንቀፅ 23፦ መዐሸግን ገላጺ ፅሑፍን መድሓኒት**

1. ዝኾነ መፍረይ ፣ መምዕኢ ፣ መከፋፈሊ ወይ ቸርቻሪ መድሓኒት ወይ ትካል ጥዕና መድሓኒት ብዝግባእ ከይተዓሸጉን ገላጺ ፅሑፍ ከይተገበረሉን ንዕዳጋ ምውዓል ወይ ብዝኾነ መልክዕ ክከፋፍል ኣይኽእልን ።

2. ዝኾነ ገላጺ ፅሑፍ መድሓኒት ብቐሊሉ ዝለቅቕ ክኸውን የብሉን ።

3. ገላጺ ፅሑፍ ዝኾነ መድሓኒት ብኣምሓርኛ ወይ ብእንግሊዝኛ ወይ ብትግርኛ ቋንቋ ዝተፅሓፈ ክኸውን ኣለዎ ።

4. ዘበን ግልጋሎት መጥቀሚ ዝሓለፎን ፀገም ዕሬት ዘለዎን መድሓኒት ሕብረተሰብ ንክጥቀመሉ ኣብ ግልጋሎት ምውዓል ዝተኸልከለ እዩ ።

**ዓንቀፅ 24፦ ፅንዓት ድሕረ ዕዳጋን ግቡኣት ትካል መድሓኒትን**

1. ፈፃሚ ኣካል ባዕሉ ኣብ ዘካየዶ ፅንዓት ድሕረ ዕዳጋ ወይ በዓል መዚ ፌደራል ኣብ



ውስጥ በሚገኙ የጤና ተቋማት ውስጥ ወይም በማንኛውም ቦታ ጨረር አፍላቂ መድኃኒቶችን ማምረት ፣ ማስመጣት ፣ መያዝ ማከማቸት ወይም ማከፋፈል የተከለከለ ነው ።

6. አስፈጻሚው አካል በሚቆጣጠራቸው ተቋማት ውስጥ የሚገኙ መርዞችና ጨረር አፍላቂ መድኃኒቶች አያያዝ ፣ አቅርቦት እና አጠቃቀም ላይ ቁጥጥር ያደርጋል ።

**አንቀጽ 23፦የመድሓኒት ማሸጊያዎችና ገላጭ ጽሑፍ**

1. ማንኛውም የመድሓኒት አምራች ፣ አስመጪ ፣ አከፋፋይ ፣ ቸርቻሪ ወይም የጤና ተቋም መድሓኒቱ በአግባቡ ካልታሸገና ገላጭ ጽሑፍ ካልተደረገበት በስተቀር ለገበያ ሊያቀርበው ወይም በማናቸውም አኳኋን ሊያሰራጨው አይችልም።

2. ማንኛውም የምግብ ገላጭ ፅሑፍ በቀላሉ የሚለቅ መሆን የለበትም ።

3. የማንኛውም መድሓኒት ገላጭ ጽሑፍ በአማርኛ ወይም በእንግሊዝኛ ወይም በትግርኛ ቋንቋ የተጻፈ ሊሆን ይገባል ።

4. መጠቀሚያ ጊዜ ያለፈበትና የጥራት ችግር ያለበት መድኃኒት ሕብረተሰቡ እንዲጠቀምበት አገልግሎት ላይ ማዋል የተከለከለ ነው ።

**አንቀጽ 24፦ የድኅረ ገበያ ቅኝትና የመድሓኒት ተቋም ግዴታዎች**

1. አስፈጻሚ አካል ራሱ ባካሄደው የድህረ ገበያ ጥናት ወይም ፌደራል ባለሥልጣኑ

www.abyssinialaw.com



መድሓኒት ዘውፅኦም ፅንዓት ድሕረ ዕዳጋ መሰረት ብምግባር ፈፃሚ ኣካል ኣድላዪ ስጉምቲ ይወስድ ።

2. ዝኾነ ትካል ጥዕና ዝስዕቡ ግቡኣት ኣለዎ :-

ሀ. ኣብ ክሊ ዕሬት መድሓኒት ፣ ፈዋስነትን ድሕንነትን ንዘጋጥም ዝኾነ ቅድሚኡ ዘይፍለጥ ፀገም ወይ ካብ ተጠቃማይ ዝቐርብ ቅሬታ ንፈፃሚ ኣካል ምፍላጥ ፣

ለ. ፈፃሚ ኣካል እቲ መድሓኒት ፀገም ድሕንነት ፣ ፈዋስነት ወይ ዕሬት ኣለዎ ኢሉ እንተፍልጥ ወይ ካብ ዝምልከቶ ኣካል እንተሕበረሉ ምክፍፋል እቲ መድሓኒት ደው ምባል ፣

ሐ. ፈፃሚ ኣካል እቲ መድሓኒት ፀገም ድሕንነት ፣ ፈዋስነት ወይ ዕሬት ኣለዎ ኢሉ እንተፍልጥ ኣብ ኣተኣኻኽባ እቲ መድሓኒት ምትሕብባርን፣

መ. በዓል መዚ ፌደራል ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ንዝርከቡ ትካላት ጥዕና ዘውፅኦ ረቛሒታት ግልጋሎት መድሓኒት ተኸቲሉ ምሃብ ።

3. ዝኾነ ምስ መድሓኒት ቀጥታ ርክብ ዘለዎ በዓል ሞያ ጥዕና ድሕንነት ፣ ፈዋስነት ወይ ዕሬት መድሓኒት ኣመልኪቱ ዘጋጥሞ ፀገም ሽው ንሽው ንዝምልከቶ ኣካል ከፍልጥ ኣለዎ ።

**ዓንቀፅ 25፦ ምሓዝን ምውጋድን መድሓኒት**

1. ፈፃሚ ኣካል መድሓኒት ክሕዝን ከወግድን ዝኽእል :-



በመድሀኒት ላይ በሚያወጣው የድህረ ገበያ ጥናት መሰረት በማድረግ አስፈጻሚው አካል ተገቢውን እርምጃ ይወስዳል ።

2. ማንኛውም የጤና ተቋም የሚከተሉትን ግዴታዎች አለበት:-

ሀ. በመድኃኒት ጥራት ፣ ፈዋሽነትና ደህንነት ረገድ የሚያጋጥመውን ማንኛውም ቀድሞ የማይታወቅ ችግር ወይም ከተገልጋይ የሚቀርብ ቅሬታ ለአስፈፃሚው አካል የማሳወቅ ፣

ለ. አስፈፃሚው አካሉ መድኃኒቱ የደህንነት ፣ የፈዋሽነት ወይም የጥራት ችግር አለው ብሎ ሲያሳውቅ ወይም ከሚመለከተው አካል ሲገለጽለት የመድኃኒቱን ስርጭት የማስቆም ፣

ሐ. አስፈጻሚው አካል መድኃኒቱ የደሕንነት ፣ የፈዋሽነት ወይም የጥራት ችግር አለበት ብሎ ሲያሳውቅ መድኃኒቱን በመሰብሰብ ሂደት የመተባበር ፣

መ.የፌደራል ባለሥልጣን በተለያየ ደረጃ ለሚገኙ ጤና ተቋማት ያወጣውን የመድሃኒት አገልግሎት መስፈርት ተከትሎ የመስጠት ።

3. ማንኛውም ከመድኃኒት ጋር ቀጥታ ግንኙነት ያለው የጤና ባለሞያ የመድኃኒት ደህንነት ፣ ፈዋሽነት ወይም ጥራትን አስመልክቶ የሚያጋመውን ችግር ወዲያውኑ ለሚመለከተው አካል ማሳወቅ አለበት ።

**25፦ መድኃኒትን መያዝና ማስወገድ**

1. አስፈጻሚው አካል መድኃኒትን ሊይዝና ሊያስወግድ የሚችለው :-

www.abyssinialaw.com



ሀ. ኣብ ዕዳጋ ክውዕል ዘይተፈቐደ ወይ ፍሉይ ፍቓድ መእተዊ መድሓኒት ዘይብሉ እንተኾይኑ ፤

ለ. ኣምሲልካ ዝቐረበ እንተኾይኑ ፤

ሐ. ግልጋሎት ዘመኑ ዝሓለፈ ወይ ደረጃ ዕሬቱ ዘየማልእ እንተኾይኑ ፤

መ. ንግዲ ወይ ግልጋሎት መድሓኒት ንምክያድ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ብዘይብሉ ሰብ ዝተኣከበ ፣ ዝተኸፋፈለ ፣ ንዕደላ ዝቐረበ ወይ ዝተዓደለ እንተኾይኑ ፤

ረ. መድሓኒት ንዘይተፈቐደ ፈተነ ሕክምና ዘውዓለ እንተኾይኑ ፤

ሰ. መድሓኒት ካብ ደረጅኡ ንላዕሊ ኾይኑ እንተተረኺቡ፤

ሸ. ሕጋዊ ደረሰኝ ዘይብሉ መድሓኒት እንተኾይኑ ፤

ቀ. ንጥዕና ሕብረተሰብ ጎዳኢ ዝኾነሉ ኩነታት ምህላው እንትረጋገፅ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ደረጃታት ዘየማልእ እንተኾይኑ እዩ ።

2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1)(ረ) እዚ ዓንቀፅ መድሓኒት ካብ ደረጃኡ ንላዕሊ ሒዙ እንተተረኺቡ በዝሒ ኣብ ግምት ብምእታው ዕሬቱ ፣ ድሕንነቱን ፈዋስነቱን ምስተረጋገፀ ፈፃሚ ኣካል ዘድሊ ስጉምቲ ይወስድ ።

3. ዝኾነ ትካል ግልጋሎት ዘመኖም ዝሓለፎም መድሓኒታት ግልጋሎት ዘመኖም ካብ ዝሓለፈሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ



ሀ. ገበያ ላይ እንዲውል ያልተፈቀደ ወይም ልዩ የመድኃኒት ማስገቢያ ፈቃድ የሌለው ከሆነ ፤

ለ. አስመስሎ ያቀረበ ከሆነ ፤

ሐ. የአገልግሎት ጊዜው ካለፈ ወይም የጥራት ደረጃውን የማያሟላ ከሆነ ፤

መ. የመድኃኒት ንግድ ሥራን ወይም አገልግሎት ለማካሄድ የብቃት ማረጋገጫ የምስክር ወረቀት በሌለው ሰው የተከማቸ ፣ የተከፋፈለ ፣ ለዕደላ የቀረበ ወይም የታደለ ከሆነ ፤

ረ. መድኃኒቱ ላልተፈቀደ የህክምና ሙከራ ያዋለ ከሆነ፤

ሰ. መድኃኒቱ ከደረጃው በላይ ሆኖ የተገኘ እንደሆነ ፣

ሸ. ህጋዊ ደረሰኝ የሌለው መድኃኒት ከሆነ፣

ቀ. ለህብረተሰብ ጤና ጎጂ ሁኔታዎች መኖራቸው ሲረጋገጥ ወይም ሌሎች ተመሳሳይ ደረጃዎችን የማያሟላ ሲሆን ነው ።

2. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) (ረ) መሰረት መድኃኒቱ ከደረጃ በላይ ሆኖ ተገኝቶ ሲያዝ ብዛት ከግምት ውስጥ በማስገባት ጥራቱ ፣ ደህንነቱና ፈዋሽነቱ ከተረጋገጠ በኃላ አስፈጻሚው አካል አስፈላጊውን እርምጃ ይወስዳል ።

3. ማንኛውም ተቋም የአገልግሎት ዘበናቸው ያለፈባቸው መድኃኒቶች የአገልግሎት ዘበናቸው ካለፈባቸው ጊዜ በአንድ ወር ውስጥ ዝርዝራቸው

www.abyssinialaw.com



ንፈፃሚ ኣካል ዝርዝሮም ክፍልጥን ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክወግድን ኣለዎ ።

4. ፈፃሚ ኣካል እቲ መድሓኒት ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕል ክሳብ ዝኾነ እቲ መድሓኒት ምውጋዱ ከረጋግፅ ኣለዎ ።

5. ፈፃሚ ኣካል ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅ ንዝተወገደ መድሓኒት መረዳእታ እንትሕተት መረጋገፂ ወረቐት ምስክር ንበዓል ዋና መድሓኒት ወይ ንበዓል ትሕዝቶ ይህብ ።

**ዓንቀፅ 26. ምእዛዝን ምዕዳልን መድሓኒት**

1. መድሓኒታት ክእዝዝ ዝኽእል ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ፍቓድ ስራሕ ሙያ ዝተውሃቦ በዓል ሙያ ጥዕና ጥራሕ ይኾውን ።

2. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና መድሓኒት ዝእዝዝ ስርዓት ኣተኣዝዛ መድሓኒት ብምኽታልን ብብርኪ ሃገር ኣብ ዝተዳለወ ወረቐት መእዘዚ መድሓኒትን ይኾውን ።

3. መድሓኒታት ዝዕደሉ ብበዓል ሙያ መድሓኒት ይኾውን ።

4. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ ብሰብ ሙያ ጥዕና ኤክስቴንሽንን ኣብ ዘገድድ ኩነታት ብካልኦት ሰብ ሙያ ጥዕናን መድሓኒታት ዝዕደሉሉ ኩነታት በዓል መዚ ፌደራል ብዘውፅኦ መምርሒ ክፍቀድ ይኽእል ።

5. ዝኾነ መድሓኒት ንምዕዳል ፍቓድ ዝተውሃቦ በዓል ሙያ ስርዓት ዕደላ መድሓኒት መሰረት

ገፅ 37 የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ደንቢ ቁ 85/2006

የማሳወቅና በስድስት ወር ውስጥ ማስወገድ አለበት ።

4. አስፈጻሚ አካል መድኃኒቱ ጥቅም ላይ የማይውል እስከሆነ ድረስ መድኃኒቱ መወገዱን ማረጋገጥ አለበት ።

5. አስፈጻሚው አካል በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 3 መሰረት ለተወገደው መድኃኒት ማስረጃ ሲጠየቅ የማረጋገጫ ምስክር ወረቀት ለመድኃኒቱ ባለቤት ወይም ለባለይዞታ ይሰጣል ።

**አንቀጽ 26. መድኃኒት ማዘዝና ማደል**

1. መድኃኒቶችን ማዘዝ የሚችለው አግባብ ባለው አካል የሙያ ሥራ ፈቃድ የተሰጠው የጤና ባለሙያ ብቻ ይሆናል ።

2. ማንኛውም የጤና ባለሙያ መድኃኒት የሚያዘው የመድኃኒት የማዘዝ ሥርዓትን በመከተልና በሀገር አቀፍ ደረጃ በተዘጋጀ የመድኃኒት ማዘዣ ወረቀት ይሆናል ።

3. መድኃኒቶች የሚታደሉት በመድኃኒት ባለሙያ ይሆናል ።

4. በዚህ አንቀፅ በንኡስ አንቀፅ (3) የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በጤና ኤክስቴንሽን ባለሙያዎችና በአስገዳጅ ሁኔታዎች በሌሎች የጤና ባለሙያዎች መድኃኒቶች ስለሚታደሉበት ሁኔታ የፌደራል ባለሥልጣኑ በሚያወጣው መመሪያ ሊፈቀድ ይችላል ።

5. ማንኛውም መድኃኒት ለማደል ፈቃድ የተሰጠው ባለሙያ የመድኃኒት እደላ ሥርዓትን መሠረት

www.abyssinialaw.com



ብምግባር እኹል ሓበሬታን ግንዛበን ብምሃብ ብጥንቃቐ ክዕድል ኣለዎ ።

6. ብመሰረት ስርዓት ምእዛዝ ብዘይትእዛዝ ሓኪም ካብ ዝዕደሉ መድሓኒታት ወፃኢ ዝኾነ ኣብ ስራሕ ዕደላ መድሓኒት ዝተዋፈረ በዓል ሙያ ብዘይመአዘዚ ወረቐት መድሓኒት መድሓኒታት ክዕድል የብሉን ።

7. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ብዛዕባ ትሕዝትኡን ኣብ ልዕሊ ኣካል ሰብ ዝፈጥሮ ውፅኢትን ዘይፈልጠ መድሓኒት ወይ ዝተቐመሙ ምድላው መድሓኒት ክእዝዝ ወይ ክዕድል የብሉን ።

8. ዝኾነ በዓል ሞያ ጥዕና መድሓኒት ዝእዝዘሉ መአዘዚ ወረቐት መድሓኒት ብደረጃ እቲ ትካልን ብዓይነት ሙዩኡን ዝተዳለወ ሕጋውን ደረጃኡ ዝሓለወን ክኸውን ኣለዎ ።

9. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ኣገዳዲ ብዝኾነ ምክንያት እንተድኣ ዘይኾይኑ ዝእዝዞ መድሓኒት ኣብ ሃገራዊ መዘርዝር መድሓኒት ዝተመዝገበ ክኸውን ኣለዎ ።

10. ዝኾነ መድሓኒት ንምዕዳል ፍቓድ ዝተውሃቦ በዓል ሞያ ዝኾነ ብሕጋዊ መንገዲ ዘይተረኸበ መድሓኒት ክዕድል ወይ ክሕዝ የብሉን።

11. ዝኾነ መድሓኒት ንምዕዳል ፍቓድ ዝተውሃቦ በዓል ሙያ ብዛዕባ ዝዕድሎ መድሓኒት ኣገባብ ኣወሳስድኡ ፣ ክውሰድ ዝግበኦ ጥንቃቐን ካሊእ ኣግባብነት ዘለዎ ሓበሬታ ተገልጋሊ ብዝርደኦ ኣገባብ ሓቢሩ ክህብ ኣለዎ ።



በማድረግ በቂ መረጃና ግንዛቤ በመስጠት በጥንቃቄ ማደል አለበት ።

6. መድኃኒት የማዘዝ ስርዓት መሠረት ያለሀኪም ትዕዛዝ ከሚሰጡ መድኃኒቶች በስተቀር ማንኛውም በመድኃኒት ማደል ሥራ ላይ የተሰማራ ባለሙያ ያለመድኃኒት ማዘዣ ወረቀት መድኃኒቶችን ማደል የለበትም ።

7. ማንኛውም የጤና ባለሙያ ስለይዘቱ እና በሰው አካል ላይ ስለሚያስከትለው ውጤት የማያውቀውን መድኃኒት ወይም የተቀመሙ የመድኃኒት ዝግጅቶችን ማዘዝ ወይም ማደል የለበትም ።

8. ማንኛውም የጤና ባለሙያ መድኃኒትን የሚያዝበት የመድኃኒት ማዘዣ ወረቀት በተቋሙ ደረጃና በሙያው አይነት የተዘጋጀ ፣ ህጋዊና ደረጃውን የጠበቀ መሆን አለበት ።

9. ማንኛውም የጤና ባለሙያ አስገዳጅ በሆነ ምክንያት ካልሆነ በስተቀር የሚያዘዘው መድኃኒት በብሔራዊ የመድኃኒት መዘርዝር ውስጥ የተመዘገበ መሆን አለበት ።

10. ማንኛውም መድኃኒት ለማደል ፈቃድ የተሰጠው ባለሙያ ማንኛውንም በሕጋዊ መንገድ ያልተገኘ መድኃኒትን ማደል ወይም መያዝ የለበትም ።

11. ማንኛውም መድኃኒት ለማደል ፈቃድ የተሰጠው ባለሙያ ስለሚያድለው መድኃኒት ስለአወሳሰዱ፣ መወሰድ ስለሚገባው ጥንቃቄ እና ሌሎች አግባብነት ያለውን መረጃ ለተገልጋዩ በሚገባው አግባብ ገልፆ መስጠት አለበት ።

www.abyssinialaw.com



**ንቀፅ 27፦ ፈተነ ሕክምና**

1. ካብ በዓል መዚ ፌደራል ፍቓድ እንተይረኸበ ኣብዚ ክልል ኣብ ዝርከቡ ትካላት ጥዕና ውሽጢ ወይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ፈተነ ሕክምና ምክያድ ዝተኸልከለ እዩ።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዝካየድ ፈተነ ሕክምና ክግበር ዝኽእል እቲ ውልቀ ሰብ ኣብ ልዕሊኡ እቲ ፈተነ ንክካየድ ብፅሑፍ እንድሕር ተስማዕሚዑ እዩ ።
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1)ን (2) ዝተደንገጉ እንተሃለውውን ኣብ መጥበውትን ጥኑሳትን ኣዴታት ፣ ዕድሚኦም ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ ሰባት ፣ ተሃነፅቲ ሕጊ ፣ ሕሙማን ኣእምሮን ኣብ ትሕቲ እቲ ፈተነ ዝገብር ዘሎ ባዓል ሞያ ወይ ትካል ዘለው ሰባት ፈተነ ሕክምና ምግባር ዝከኣል በዓል መዚ ፌደራል ብዘውፅኦ ደንቢ መሰረት ፍሉይ ፍቓድ እንትርክብ ጥራሕ እዩ ።
4. ፈተነ ሕክምና ንክካየድ ዝፈቀደ ሰብ ዝበፅሖ ውፅኢት ንበዓል መዚ ፌደራልን ንፈፃሚ ኣካልን ምፍላጥ ግቡእ ኣለዎ ።
5. ፈተነ ሕክምና ዝገበረ ብዝገበሮ ፈተነ ሕክምና ጉድኣት ንዝበፅሖ ሰብ ብዝበፅሖ ጉድኣት መጠን ልኽዕ ዝግባእ ካሕሳ ክኸፍል ኣለዎ ።
6. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ኣብ ዝተፈቐደ ፈተነ ሕክምና ፈፃሚ ኣካል ፈተነ

**አንቀጽ 27፦ የህክምና ሙከራ**

1. ከፌደራል ባለሥልጣኑ ፈቃድ ሳያገኝ በክልሉ ውስጥ በሚገኙ የጤና ተቋማት ውስጥ ወይም በማንኛውም ቦታ የህክምና ሙከራ ማድረግ የተከለከለ ነው ።
2. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) የተገነገገው እንገተጠበቀ ሆኖ በሰው ላይ የሚደረግ የሕክምና ሙከራ ሊከናወን የሚችለው ግለሰቡ በራሱ ላይ ሙከራው እንዲካሄድበት በፅሑፍ ከተስማማ ነው ።
3. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1)ና (2) የተገነገገው ቢኖሩም በአጥቢና ነፍሰጡር እናቶች ፣ ዕድሚያቸው ከ18 ዓመት በታች በሆኑ ሰዎች ፣ በህግ ታራሚዎች ፣ በአእምሮ ህመምተኞች እና በሙከራ አድራጊው ባለሙያ ወይም ድርጅት ስር ባሉ ሰዎች ላይ የህክምና ሙከራ ማድረግ የሚቻለው ፌደራል ባለስልጣኑ በሚያወጣው ደንብ መሰረት ልዩ ፈቃድ ሲገኝ ብቻ ነው ።
4. የሕክምና ሙከራ እንዲካሄድ ፈቃድ የተሰጠው ሰው የደረሰበትን ውጤት ለፌደራል ባለሥልጣንና ለአስፈፃሚ አካል የማሳወቅ ግዴታ አለበት ።
5. የሕክምና ሙከራ አድራጊው ባከናወነው የሕክምና ሙከራ ጉዳት ለደረሰበት ሰው በደረሰበት የጉዳት መጠን ልክ ተገቢውን ካሳ መክፈል አለበት ።
6. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) መሰረት

www.abyssinialaw.com



ሕክምና መትከላትን ስነ ምግባርን መምርሕታትን መሰረት ብምግባር ዝሰራሕ ዘሎ ምዃኑ ይቆፃፀር ፡፡

## ክፍሊ ኣርባዕተ

## ቁፅፅር ምድላው ትንባኾ

### ዓንቀፅ 28፦ ኣድላይነት ፍቓድን ቁፅፅርን

1. ዝኾነ ሰብ ትንባኾ ናብ ውሽጢ ሃገር ንምእታው ወይ ንምክፍፋል ካብ በዓል መዚ ፌደራል ፍሉይ ፍቓድ ክረክብ ኣለዎ ፡፡
2. ዝኾነ ምድላው ትንባኾ ምሻጥ ወይ ምቸርቻር ዝካኣል ትንባኾ ንኽሸይጥ ካብ ፈፃሚ ኣካል ፍቓድ ኣብ ዝረኸበ ትካል ንግዲ ውሽጢ ክኸውን ኣለዎ ፡፡
3. ዝኾነ ምድላው ትንባኾ ምሻጥ ወይ ምቸርቻር ዝካኣል ካብ ፈፃሚ ኣካል ፍቓድ ዝረኸበ መከፋፈሊ ትካል ዝተገዝአ ክኸውን ኣለዎ ፡፡
4. ዝኾነ ትካል ንግዲ ምድላው ትንባኾ ምሻጥ ወይ ምቸርቻር ዝካኣል ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝፈረየ ወይ ናብ ሃገር ዝኣተወ ክኸውን ኣለዎ፡፡

### ዓንቀፅ 29፦ ንኣካለ መጠን ንዘይበፅሐ ሰብ ካብ ምድላው ትንባኾ ምኽልካል

ዝኾነ ሰብ ንኣካለ መጠን ንዘይበፅሐ ሰብ ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ምድላው ትንባኾ ምሃብ ፣ ምቕራብ ፣ ምልኣኽ ፣ ምሻጥ ከምኡ'ውን ኣካለ መጠን ዘይበፅሐ ሰብ ንክሸይጥ ወይ ንክከፋፈል ምግባር

በተፈቀደ የህክምና ሙከራ ላይ አስፈጻሚው አካል የህክምና ሙከራው የስነ-ምግባር መርሆዎችና መመርያዎች ተከትሎ እየተከናወነ ስለመሆኑ ቁጥጥር ያደርጋል ፡፡

## ክፍል አራት

## የትምባሆ ዝግጅት ቁጥጥር

### አንቀጽ 28፦ የፈቃድ አስፈላጊነትና ቁጥጥር

1. ማንኛውም ሰው ትምባሆ ወደ አገር ውስጥ ለማስገባት ወይም ለማከፋፈል በፌደራል ባለስልጣን ልዩ ፈቃድ ማግኘት አለበት ፡፡
2. ማንኛውም የትምባሆ ዝግጅት መሸጥ ወይም መቸርቸር የሚችለው የትምባሆ ዝግጅት እንዲሸጥ ከአስፈጻሚው አካል ፈቃድ ያገኘ የንግድ ድርጅት ውስጥ መሆን አለበት ፡፡
3. ማንኛውም የትምባሆ ዝግጅት መሸጥ ወይም መቸርቸር የሚችለው ከአስፈጻሚው አካል ፈቃድ ካገኘ አከፋፋይ ድርጅት የተገዛ መሆን አለበት ፡፡
4. ማንኛውም የንግድ ድርጅት የትምባሆ ዝግጅት መሸጥ ወይም መቸርቸር የሚችለው በህጋዊ መንገድ በአገር ውስጥ የተመረተ ወይም ወደ አገር ውስጥ የገባ መሆን አለበት ፡፡

### አንቀጽ 29፦ ለአካለ መጠን ያልደረሰ ሰውን ከትምባሆ ዝግጅት መጠበቅ

ማንኛውም ሰው በቀጥታ ወይም በተዘዋዋሪ የትምባሆ ዝግጅቶችን ለአካለ መጠን ላልደረሰ ሰው መስጠት ፣ ማቅረብ ፣ መላክ ፣ መሸጥ እንዲሁም አካለ መጠን ያልደረሰ ሰው እንዲሸጥ ወይም እንዲያከፋፍል ማድረግ የተከለከለ ነው

www.abyssinialaw.com



ዝተኸልከለ እዩ ።ዝርዝር ኣፈፃፅማ ብመምርሒ ይውሰን ።

**ዓንቀፅ 30፦ መዕሸግን ሓባሪ ፅሑፍን ምድላው ትንባኾ**

1. ዝኾነ ኣብ ንግዲ ችርቻሮ ምድላው ትንባኾ ዝተዋፈረ ሰብ ባህሪ ምድላው ትንባኾ ፣ ዘስዕቦ ፀገም ጥዕና ፣ ሓደገኛነቱ ዝሕብር ፅሑፍ እንተዘይብሉ ንችርቻሮ ንግዲ ከቅርብ ኣይኽእልን ። ከምኡ'ውን ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ጉድኣት ሓደ ምድላው ትንባኾ እቲ ካሊእ ምድላው ትንባኾ ካብ ዘስዕቦ ጉድኣት ዝነኣሰ ምዃኑ ዘምስል ክኸውን የብሉን ።
2. ዝኾነ ኣብ ንግዲ ምድላው ትንባኾ ዝተዋፈረ ሰብ ምድላው ትንባኾ ብነፀላ ፓኬት፣ ጥቕሉል መዕሸግን ደጋዊ መዕሸግን ዘሎ ሓበሪ ፅሑፍ ፦

ሀ. ትንባኾ ዘስዕቦ ጠንቂ ጥዕና መጠንቀቕታ ዝሓዘን እዚ ድማ ናይቲ መዕሸጊ ካብ 30% ብዘይንእስ ዝሸፍን ፤

ለ. መጠንቀቕታ ጥዕና ብቃላት ወይ ብስእሊ ምትካኽ ካንሰር ፣ ሕማም ልቢ ወይ ብሮንካይትስ የምፅእ ወይ ኣብዘይዕድመ ይቐትል ወይ ተመሳሳሊ መልእኽቲ ዝሓዘ ፤

ሐ. ብዓብይ ግልፂ ኾይኑ ዝረአን ዝንበብን ኾይኑ ብኣምሓርኛ ወይ ብእንግሊዝኛ ወይ ብትግርኛ ዝተፅሓፈን

መ. ትንባኾ ዝሓዘ ቀንዲ ንጥረ ነገራትን ኣብ



።ዝርዝር አፈፃፀሙ በመመርያ ይወሰናል።

**አንቀጽ 30፦ የትምባሆ ዝግጅት ማሸጊያና ገላጭ ፅሑፍ**

1. ማንኛውም የትምባሆ ዝግጅት ችርቻሮ ንግድ ላይ የተሰማራ ሰው አንድ የትንባሆ ዝግጅት ባህሪውን ፣ የሚያስከትለው የጤና ችግር ፣ አደገኝነቱን የሚገልፅ ፅሑፍ ከሌለው በስተቀር ለችርቻሮ ንግድ ማቅረብ የለበትም ። እንዲሁም በቀጥታ ወይም በተዘዋዋሪ የአንዱ የትምባሆ ዝግጅት ጉዳት ከሌላ የትምባሆ ዝግጅት ጉዳት ያነሰ መሆኑን የሚያስመስል መሆን የለበትም ።
2. ማንኛውም የትምባሆ ዝግጅት ንግድ ላይ የተሰማራ ሰው የትምባሆ ዝግጅት ነጠላ ፓኬት ፣ ጥቅል ማሸግያና የውጭ ማሸግያ ገላጭ ፅሑፍ ፦

ሀ. ትንባሆ የሚያስከትለው የጤና ጠንቅ የጤና ማስጠንቀቅያ የያዘና ይህም ከማሸግያው ገፅ ከ30% የማያንስ የሚሸፍን ፣

ለ. የጤና ማስጠንቀቅያ በቃላት ወይም በስእል ማጨስ ካንሰር ፣ የልብ ሕመም ወይም ብሮንካይትስ ያመጣል ወይም ካለእድሜ ይገድላል ወይም ተመሳሳይ መልእክት የያዘ ፣

ሐ. በትልቁ ግልፅ ሆኖ የሚታይና የሚነበብ ሆኖ በአማርኛ ወይም በእንግሊዝኛ ወይም በትግርኛ የተፃፈ እና

መ. ትንባሆ የያዘው ዋና ዋና ንጥረ ነገርና በጭሱ

www.abyssinialaw.com



ትኩ ውሽጢ ዝርከብ ንጥረ ነገርን ዝገልፅ ምኧኑ ከረጋገፅ ኣለዎ ።

3. ዝኾነ ትንባኾ ብፓኬት እንተዘይኾይኑ ብንፅል ምሻጥ ዝተኸልከለ እዩ ።

**ዓንቀፅ 31፦ ምፍላጥ ፣ ኣዋሃህባ መረዳእታን ድጋፍን ምድላው ትንባኾ**

ዝኾነ ሰብ ግዝኢት ምድላው ትንባኾ ንምብርትታፅ ወይ ንምስፍሕፋሕ ብሬድዮ ፣ ብቴሌቭዥን ፣ ብጋዜጣ ወይ ብኻሊእ ዝኾነ ዓይነት መንገዲ ምፍላጥ ፣ መረዳእታ ምሃብ ወይ ስፖንሰር ምግባር ወይ ዝኾነ ዓይነት ድጋፍ ምሃብ ዝተኸልከለ እዩ ።

**ዓንቀፅ 32፦ ምትካኽ ዝኽልከለሉ ቦታታት**

1. ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉ ይኹን ዝግልገለሉ ዝኾነ ቦታ ትንባኾ ምትካኽ ዝተኸልከለ እዩ ።

2. ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉ ይኹን ዝግልገለሉ ቦታ ማለት እዞም ዝስዕቡ ዝሓውስ እዩ ፦

ሀ. ዝኾነ ቦታ ስራሕ ፤

ለ. ሲኒማ ፣ ቲያትር ፣ ቪድዮ ቤትን ካልኦት ተመሳሰልቲ ቦታታትን ፤

ሐ. ትካላት ጥዕና ፤

መ. ካፍቴርያ ፣ ሻሂ ቤት ፣ ቤት ምግቢ ፣ ሆቴል ፣ ቡና ቤት ፣ ምሸት ክበብን ካልኦት መዘናግዒ ቦታታትን ፤

ረ. ህፃናትን ነፍሰ ፁራትን ዝርከብሉ ቦታ ፤

ሰ. መጓዓዝያ ህዝቢ ፤

ሸ. ትካላት ትምህርቲ ፤



ውስጥ የሚገኘውን ንጥረ ነገር የሚገልፅ ፣ መሆኑን ማረጋገጥ አለበት ።

3. ማንኛውንም ትምባሆ በፓኬት ካልሆነ በስተቀር በነጠላ መሸጥ የተከለከለ ነው ።

**አንቀጽ 31፦የትምባሆ ዝግጅትን ማስተዋወቅ ፣ መረጃና ድጋፍ አሰጣጥ**

ማንኛውም ሰው የትምባሆ ዝግጅትን ግዢ ለማበረታታት ወይም ለማስፋፋት በሬድዮ ፣ በቴሌቪዥን ፣ በጋዜጣ ወይም በሌሎች ማናቸውም ስልቶች ማስተዋወቅ ፣ መረጃ መስጠት ወይም ስፖንሰር ማድረግ ወይም ማንኛውንም ድጋፍ መስጠት የተከለከለ ነው ።

**አንቀጽ 32፦ ማጨስ የሚከለከልባቸው ቦታዎች**

1. ትምባሆን በማንኛውም ሕዝብ በሚሰበሰብበት ሆነ በሚገለገልበት ቦታ ማጨስ የተከለከለ ነው ።

2. ሕዝብ የሚሰበሰብበት ወይም የሚገለገልበት ቦታ የሚከተሉትን ይጨምራል ፦

ሀ. ማንኛውም የሥራ ቦታን ፤

ለ. ሲኒማ ፣ ቴያትር ፣ ቪዲዮ ቤቶችና ሌሎች ተመሳሳይ ቦታዎችን ፤

ሐ. ጤና ተቋማትን ፤

መ. ካፍቴሪያ ፣ ሻይ ቤት ፣ ምግብ ቤት ፣ ሆቴል ፣ ቡና ቤት ፣ የምሽት ክበብ እና ሌሎች መዝናኛ ቦታዎች ፤

ረ. ሕጻናትና ነፍሰጡሮች የሚገኙበት ቦታ ፤

ሰ. የህዝብ ማጓጓዣ ፤

ሸ. የትምህርት ተቋማት ፤

www.abyssinialaw.com



ቀ. ስታድዮም ፣ መዘናግዒን ስፖርት ቦታታትን፣

በ. ካልኦት በዓል መዚ ፌደራል ወይ ብፈፃሚ ኣካል ንኸይትከኸሎም ዝውሰንዎም ቦታታት፣

3. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝተገለፀ እንተሃለወ'ውን ብበዓል መዚ ፌደራል ዝፍለዩ ህዝቢ ዝእከበሎም ወይ ዝግልገለሎም ትካላት ውሽጢ ትንባኾ ምትካኽ ዝከኣል ነዚ ዕላማ ኣብ ዝተፈለየ መትከኺ ቦታ ጥራሕ ይኸውን ።
4. ዝኾነ ትንባኾ ምትካኽ ዘይፍቀደሎም ቦታታት በዓል ትካል ወይ ሓላፊ ወይ ሰራሕተኛ ወይ ናይቲ ትካል ተወካሊ ኣብ ውሽጢ ትካሉ ትንባኾ ንኸይትከኽ ምግባር ግቡእ ኣለዎ ።

## ክፍሊ ሓሙሽተ

## ሃይጅን ፣ ሓለዋ ጥዕና ከባቢን ተመሓላለፍቲ ሕማማትን

### 33፦ ኣተሓሕዛን ኣተኣላልያን ርስሓት

1. ዝኾነ ሰብ ደረቕ ፣ ፈሳሲ ወይ ካልእ ርስሓት ንኸባቢ ብዝብክልን ኣብ ልዕሊ ጥዕና ሰብ ጉዳኣት ብዘብፅሕ ኣገባብ ምእካብ ወይ ምጉዕዓዝ ወይ ምእላይ ዝተኸልከለ እዩ ።
2. ካብ መዋህለልታት ፈሳሲ ርስሓት ፣ መዕረጊ ታንከራትን ኢንዱስትሪታትን ክይተሓከመ ንጥዕና ክብክል ዝኽእል ዝወፅእ ፈሳሲ ርስሓት ናብ ከባቢ ፣ ኣካላት ማይ ወይ ማይ ዘራኽቡ ኣካላት ምፍሳስ ዝተኸልከለ እዩ ።
3. ዝኾነ ሰብ ርስሓት ንጥዕና ጎዳኢ ብዘይኾነ መንገዲ ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ተፈልዩ ነዚ



ቀ. ስታዲየም ፣ የስፖርትና መዝናኛ ስፍራዎችን እና፣

በ. ሌሎች የፌደራል ባለሥልጣን ወይም አስፈፃሚ አካል እንዳይጨስባቸው የሚወስናቸው ቦታዎች፣

3. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) የተገለፀው ቢኖርም በፌደራል ባለሥልጣን የሚለዩ ሕዝብ የሚሰበሰብባቸው ወይም የሚገለገልባቸው ተቋማት ውስጥ ትምባሆ ማጨስ የሚቻለው ለዚሁ ዓላማ በተለየ የማጨሻ ቦታ ብቻ ይሆናል።
4. ማንኛውም ማጨስ የማይፈቀድባቸው ቦታዎች ባለቤት ወይም ኃላፊ ወይም ሰራተኛ ወይም የድርጅቱ ተጠሪ በድርጅቱ ውስጥ እንዳይጨስ የማድረግ ግዴታ አለበት ።

## ክፍል አምስት

## የሃይጅን ፣ አካባቢ ጤና አጠባበቅና ተላላፊ በሽታዎች ቁጥጥር

### 33፦ የቆሻሻ አያያዝና አወጋገድ

1. ማንኛውም ሰው ደረቅ ፣ ፈሳሽ ወይም ሌሎች ቆሻሻዎችን አካባቢን በሚበክልና በጤንነት ላይ ጉዳት በሚያደርስ ሁኔታ ማከማቸት ወይም ማጓጓዝ ወይም ማስወገድ የተከለከለ ነው ።
2. ከፈሳሽ ቆሻሻ ማጠራቀሚያዎች ፣ ከማስረጊያዎችና ከኢንዱስትሪ የሚወጣውን ጤና የሚበክል ያልታከመ ፈሳሽ ቆሻሻ ወደ አካባቢ ፣ ውሃ አካላት ወይም የውኃ አካላት መገናኛዎች መልቀቅ የተከለከለ ነው ።
3. ማንኛውም ሰው ቆሻሻን ለጤንነት ጎጂ ባልሆነ መንገድ አግባብ ባለው አካል ተለይቶ ለዚሁ

www.abyssinialaw.com



ተግባር ኣብ ዝተዳለወ ቦታ ክእከብ ኣለዎ ፡፡

4. ዝኾነ ርስሓት ኣብ ምእካብ ፣ ምዕቓብ ፣ ምጉዕዓዝ ፣ ምእላይ ወይ ዳግም ኣብ ጥቕሚ ምውዓል ስራሕ ዝተዋፈረ ሰብ ካብ ፈፃሚ ኣካል ፍቓድ ክረክብ ኣለዎ ፡፡

5. ዝኾነ ፈሳሲ ርስሓት ናብ ከባቢ ዝደፍእ ትካል ኣግባብ ዘለዎ ኣካል ዘውፅኦ ደረጃ ክማልእ ኣለዋ ፡፡

6. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ ካብ ትካል ጥዕና ወይ ምርምር ዝወፅእ ደረቕ ፣ ፈሳሲ ወይ ካልእ ርስሓት ብዝለዓለ ጥንቓቐ ክታሓዝን በዓል መዚ ፌደራል ዘውፅኦ ደረጃ ኣተኣላልያ ክማልእ ኣለዎ ፡፡

## 34፦ ሽቓቕ ክህሉ ምግባር

1. 1 ዝኾነ መንበሪ ገዛ ዕሬቱ ዝተሓለወን እኹልን ሽቓቕ ክህልዎ ይግባእ ፡፡

2. ዝኾነ ህዝቢ ዝጥቀመሉ ወይ ኣብ መንበሪ ገዛ ዝህሉ ሽቓቕ ብሃገር ብርኪ ዝወፅእ ረቛሒ ክማልእ ኣለዎ ፡፡

3. ዝኾነ ንህዝቢ ግልጋሎት ዝህብ ትካል ዕሬቱ ዝተሓለወን እኹል ሽቓቕ ምድላውን ንተገልገልቲ ክፉት ምግባር ግቡእ ኣለዎ ፡፡

4. ዝኾነ መመሓደሪ ከተማ ወይ ገፀር ህዝባዊ ሽቓቕ ንክህልውን ኩሉ ግዜ ዕሬቶም ዝተሓለወ ንኽኸውን ምግባር ግቡእ ኣለዎም ፡፡



ተግባር በተዘጋጀ ስፍራ ማከማቸት አለበት ፡፡

4. ማንኛውም የቆሻሻ መሰብሰብ ፤ ማከማቸት ፤ ማጓጓዝ ፤ ማስወገድ ወይም እንደገና ጥቅም ላይ የማዋል ተግባር ላይ የሚሰማራ ሰው ከአስፈፃሚው አካል ፈቃድ ማግኘት አለበት ፡፡

5. ማንኛውም ፈሳሽ ቆሻሻ ወደ አከባቢ የሚደፋ ተቋም አግባብ ያለው አካል ያወጣውን ደረጃ ማሟላት አለበት ፡፡

6. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀጽ (1) የተደነገገ እንደተጠበቀ ሆኖ ከጤና ወይም ምርምር ተቋም የሚወጣ ደረቅ ፣ ፈሳሽ ወይም ሌላ ቆሻሻ በከፍተኛ ጥንቃቄ መያዝና የፌደራል ባለሥልጣኑ ያወጣውን የአወጋገድ ደረጃ ማሟላት አለበት ፡፡

## 34፦ የመጸዳጃ ቤት እንዲኖር ማድረግ

1.ማንኛውም መኖሪያ ቤት ንጽህናው የተጠበቀ እና በቂ የመጸዳጃ ቤት ሊኖረው ይገባል ፡፡

2. ማንኛውም ሕዝብ የሚገለገልበት ወይም የመኖሪያ ቤት መጸዳጃ ቤት በሀገር አቀፍ ደረጃ የሚወጣውን መስፈርቶች ማሟላት አለበት ፡፡

3. ማንኛውም ለሕዝብ አገልግሎት የሚሰጥ ተቋም ንጽህናው የተጠበቀ እና በቂ የመጸዳጃ ቤት የማዘጋጀትና ለደንበኞች ክፍት የማድረግ ግዴታ አለበት ፡፡

4. ማንኛውም የከተማ ወይም ገጠር አስተዳደሪ የህዝብ መጸዳጃ ቤቶች እንዲኖሩና ሁልጊዜ ንጽህናቸው የተጠበቀ እንዲሆን የማድረግ ግዴታ አለበት ፡፡

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ 35፦ ቁፅፅር መሕፀቢ ቦታታትን መሐመሲ ገንእታትን**

1. ንጥዕና ሓደጋ ብዘኾነ ርስሓት ምብካሉ ብዝተፈለጠ ምንጪ ማይ ብምጥቃም መሕፀቢ ይኹን መሐመሲ ቦታ ምድላው ዝተኸልከለ እዩ።
2. ኣብ መሐመሲ ቦታ ህዝቢ ብምሕንባስ ክተሓላለፍ ዝኽእል ሕማም ወይ ሕማም ቆርበት ዘለዎ ፣ ዝረአ ቁስሊ ፣ ፕላስተር ቁስሊ ወይ መዐሸጊ ዝገበረ ሰብ ህዝቢ ኣብ ዝሕምሰሉ ቦታ ክጥቐም ኣይፍቐደሉን ።
3. ዝኾነ ግልጋሎት መሕፀቢ ህዝቢ ወይ መሐመሲ ቦታ ኣዳልዩ ዝህብ ሰብ እቲ ግልጋሎት ንዝራኣይ ወይ ግልፂ ዝኾነ ሕማም ቆርበት ወይ ቁስሊ ንዘለዎም ሰባት ክፈቕድ የብሉን ።
4. ማይ መሐመሲ ገንዳታት በቢ ግዜኡ ምቕያርን ንኽይብከል ክሎሪን ብምውሳኽ ክሕከም ኣለዎ ።
5. ዝኾነ መሕፀቢ ቦታን መሐመሲ ገንዳን እኹል ዝኾነ መሕፀቢ ማይን ሽቓቕ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮንክህልዎ ይግባእ ።
6. ዝኾነ መሕፀቢ ቦታን መሐመሲ ገንእን ኣግባብ ዘለዎ ኣካል ዘውፅኦም ካልኦት ደረጃታትን ድሕንነትን ሃይጅንን ከማልኡ ኣለዎም ።
7. ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ክሳብ ዘተይተፈቐደ ዝኾነ ሰብ ግልጋሎት መሕፀቢ ተፈጥሮኣዊ ሃፋ ወይ ውዑይ ማይ ክህብ ኣይኽእልን ።

**አንቀጽ 35፦ የመታጠቢያ ሥፍራዎችና የመዋኛ ገንዳዎች መቆጣጠር**

1. ለጤና አደገኛ በሆነ ቆሻሻ መበከሉ በታወቀ የውሀ ምንጭ በመጠቀም የመታጠቢያ ሥፍራ ወይም የመዋኛ ገንዳ ማዘጋጀት የተከለከለ ነው።
2. የህዝብ መዋኛ ስፍራ ላይ በመዋኘት ሊተላለፍ የሚችል በሽታ ወይም የቆዳ በሽታ ያለበት፣ የሚታይ ቁስል፣ የቁስል ፕላስተር ወይም ማሸጊያ ያደረገ ሰው ህዝብ በሚዋኝበት ቦታ መጠቀም አይፈቀድለትም።
3. ማንኛውም የህዝብ መታጠቢያ ወይም የመዋኛ ቦታ አዘጋጅቶ አገልግሎት የሚሰጥ ሰው አገልግሎቱን የሚታይ ወይም ግልጽ የሆነ የቆዳ ህመም ወይም ቁስል ላለባቸው ሰዎች መፍቀድ የለበትም ።
4. የመዋኛ ገንዳዎች ውሃ በየጊዜው መለወጥና እንዳይበከል ክሎሪን በመጨመር መታከም አለበት።
5. ማንኛውም የመታጠቢያ ቦታና የመዋኛ ገንዳ በቂ የሆነ የውሃ መታጠቢያና የወንድና የሴት መጸዳጃ ቤቶች ሊኖራቸው ይገባል።
6. ማንኛውም መታጠቢያ ስፍራና የመዋኛ ገንዳዎች አግባብ ያለው አካል የሚያወጣቸውን ሌሎች የደህንነትና የሀይጂን ደረጃዎችን ማሟላት አለባቸው።
7. አግባብ ባለው አካል ካልተፈቀደ በስተቀር ማንኛውም ሰው የተፈጥሮ እንፋሎት መታጠቢያ ወይም የፍልውሀ አገልግሎት ሊሰጥ አይችልም ።

www.abyssinialaw.com



8. መሕፀቢ ቦታታት ህዝቢ ፣ መሐንበሲ ገንዳ፣ ተፈጥሮኣዊ ሃፋ ወይ መሕፀቢ ውዑይ ማይ ኣዳልዩ ግልጋሎት ዘቕርብ ዝኾነ ትካል በዓል መዚ ፌደራል ዘወፅኦ ረቛሒ ከማልእ ኣለዎ ።

9. ፈፃሚ ኣካል በቢግዚኡ ዕሬት መሐመሲ ገንእታት ንምርግጋፅ መርኣያ ወሲዱ ብምምርማር ውፅኢት መሰረት ዝገበረ ዘድሊ ስጉምቲ ይውሰድ ።

**ዓንቀፅ 36፦ኣተሓሕዛን ምዝውዋርን ኣስከሬን ሰብ**

1. ብፈፃሚ ኣካል ከይተፈቀደ ኣስከሬን ወይ ዓፅሚ ናብ ክልል ውሽጢ ክኣቱ ወይ ካብ ክልል ንክወፅእ ምግባር ዝተኸልከለ እዩ ።

2. ዝኾነ ሰብ ኣስከሬን ወይ ዓፅሚ ንምቕባር ፣ ኩዒቱ ንምውፃእ ፣ ንምዝውዋር ፈፃሚ ኣካል ዘውፀኦ መመዘኒ ሓለዋ ጥዕና ከማልእ ኣለዎ ።

3. ካብ ዝተፈቐደ ቦታ ወፃኢ ዝኾነ ኣስከሬን ወይ ዓፅሚ ምቕባር ወይ ምቕፃል ዝተኸልከለ እዩ ።

4. ብባህሊ ፣ ብሃይማኖት ፣ ብማሕበራዊ ስርዓት ወይ ብኻሊእ ምኽንያት ኣስከሬን ወይ ዓፅሚ ኣብ ዒስራን ኣርባዕተን ሰዓት ውሽጢ ምቕባር እንተዘይተኻኢሉ እዚ ኣስከሬን ወይ ዓፅሚ ብፈሳሲ ፌኖል ወይ ፎርማሊን ተዳልዩ ክፀንሕ ኣለዎ ።

5. ቦታ መቓብር ንጥቕሚ ህዝቢ እንተድለ ብመሰረት ኣግባብ ዘለዎ ሕጊ ወይ ብትእዛዝ



8. የሕዝብ መታጠቢያ ስፍራ፣ መዋኛ ገንዳ፣ የተፈጥሮ እንፋሎት ወይም የፍል ውኃ መታጠቢያ አዘጋጅቶ አገልግሎት የሚያቀርብ ማንኛውም ድርጅት የፌደራሉ ባለሥልጣን ያወጣውን መስፈርት ማሟላት አለበት ።

9. አስፈጻሚው አካል በየወቅቱ የመዋኛ ገንዳዎችን ጥራት ለማረጋገጥ ናሙና ወስዶ በመመርመር ውጤቱን መሰረት ያደረገ አስፈላጊውን እርምጃ ይወስዳል ።

**አንቀጽ 36፦ የሰው አስከሬን አያያዝና ዝውውር**

1. በአስፈፃሚው አካል ካልተፈቀደ በስተቀር አስከሬን ወይም አፅምን ወደ ክልል ውስጥ እንዲገባ ወይም ከክልል እንዲወጣ ማድረግ የተከለከለ ነው ።

2. ማንኛውም ሰው አስክሬንን ወይም አፅምን ለመቅበር ፣ ቆፍሮ ለማውጣት ፣ ለማዘዋወር አስፈፃሚ አካሉ ያወጣውን የጤና አጠባበቅ መስፈርት ማሟላት አለበት።

3. ከተፈቀደው ቦታ ውጪ ማንኛውንም አስከሬን ወይም አፅም መቅበር ወይም ማቃጠል የተከለከለ ነው ።

4. በባህል ፣ በሃይማኖታዊ ፣ በማህበራዊ ስርዓት ወይም በሌሎች ምክንያት በሃያ አራት ሰዓት ውስጥ አስከሬኑ ወይም አፅም መቀበር ካልተቻለ አስከሬኑ ወይም አፅም በፈሳሽ ፌኖል ወይም ፎርማሊን ተዘጋጅቶ መቆየት አለበት ።

5. የመቃብር ቦታ ለሕዝብ ጥቅም ሲፈለግ አግባብ ባለው ሕግ መሰረት ወይም በፍርድ ቤት ትዕዛዝ

www.abyssinialaw.com



ቤት ፍርዲ እንተዘይ ኾይኑ ኣስካሬን ወይ ዓፅሚ ካብ ዝተቐበረሉ ቦታ ሸውዓተ ዓመት እንተይመልኦ ምውፃእ ዝተኸልከለ እዩ ።

6. ልዕሊ ሸውዓተ ዓመት ዝፀንሐ ኣስካሬን ወይ ዓፅሚ ካብ ዝተቐበረሉ ቦታ ምውፃእ ዝካኣል ካብ ዝምልከቶ ኣካል ፍቓድ ምውፃእ እንትርከብን ፈፃሚ ኣካል ኣድላይ ክትትልን ቁፅፅርን ጥዕናን ከባብን እንትገብር ወይ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ይኸውን።
7. ዝኾነ ኣስካሬን ወይ ዓፅሚ ንቤተሰብ ዝወሃብ ወይ ዝንዓዓዝ ብዝምልከቶ በዓል ሞያ ጥዕና ግቡእ ክንክን ምስተገበረሉን ዘድሊ ምኽሪ ፣ ትእዛዝን መረዳእታን ምስ ተወሃቦን ጥራሕ እዩ ።

**ዓንቀፅ 37. ሓደገኛ ኬሚካል**

1. ሓደገኛ ኬሚካላት ኣብ ምድላው ፣ ምጉዕዓዝን ምዕቃብን ስራሕ ዝተዋፈረ ዝኾነ ሰብ ከባቢ ንከይብክልን ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብ ጉድኣት ንከየብፅሕ በዓል መዚ ፌደራል ዘውፅኦ ረቋሒ ከማልእ ኣለዎ ።
2. ዝኾነ ኬሚካል ምስ ምግቢ ወይ ከባቢ ብዝብክልን ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብ ጉድኣት ብዘብፅሕን መልክዑ ምጉዕዓዝ ወይ ምዕቃብ ዝተኸልከለ እዩ ።
3. ዝኾነ ሓደገኛ ኬሚካል ኣብዚ ክልል እንትፈሪ ፣ እንትጓዓዝ ፣ እንትዕቀብ ፣ ንመሸጣ እንትቐርብ ወይ ኣብ ግልጋሎት እንትውዕል ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብን ሓለዋ ጥዕናን ከባብን ጉድኣት ከየብፅሕ በዓል መዚ



ካልሆነ በስተቀር አስከሬን ወይም አፅም ከተቀበረበት ቦታ ሰባት አመት ሳይሞላው ማውጣት የተከለከለ ነው ።

6. ከሰባት አመት በላይ የቆየ አስከሬን ወይም አፅም ከተቀበረበት ቦታ ማውጣት የሚቻለው ከሚመለከተው አካል የማውጣት ፈቃድ ሲያገኝና ከአስፈጻሚው አካል ተገቢውን የጤናና አካባቢ ክትትልና ቁጥጥር ሲያደርግ ወይም በፍርድ ቤት ትእዛዝ ይሆናል ።
7. ማንኛውም አስከሬን ወይም አፅም ለቤተሰብ የሚሰጠው ወይም የሚጓጓዘው በሚመለከተው የጤና ባለሙያ አስፈላጊውን ክብካቤ ከተደረገለትና አስፈላጊው ምክር ፣ ትእዛዝ እና ማስረጃ ከተሰጠ ብቻ ነው ።

**አንቀጽ 37. አደገኛ ኬሚካል**

1. አደገኛ ኬሚካሎችን በማዘጋጀት ፣ በማጓጓዝና በማከማቸት ስራ ላይ የተሰማራ ማንኛውም ሰው አከባቢን እንዳይበክልና በህብረተሰቡ ጤና ላይ ጉዳት እንዳያስከትል ፌደራል ባለስልጣን የሚያወጣውን መስፈርት ማሟላት አለበት ።
2. ማንኛውም ኬሚካል ከምግብ ወይም አከባቢን በሚበክልና በህብረተሰቡ ጤና ላይ ጉዳት በሚያደርስ መልኩ ማጓጓዝ ወይም ማከማቸት የተከለከለ ነው ።
3. ማንኛውም አደገኛ ኬሚካል በክልሉ ውስጥ ሲመረት ፣ ሲጓጓዝ ፣ ሲከማች ፣ ሲከፋፈል፣ ለሽያጭ ሲቀርብ ወይም አገልግሎት ላይ ሲውል በህብረተሰብ ጤናና በአካባቢ ብክለት ጉዳት

www.abyssinialaw.com



ፌደራል ብዘውፀኦ ረቛሒ መሰረት ፈፃሚ ኣካል ይቆፃፀር ።

4. ንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ተጣሒሱ እንትርከብ ፈፃሚ ኣካል ነቲ ሓደገኛ ኬሚካል ይሕዝ ወይ ካብ ዕዳጋ ንክእከብን ከም ኣድላይነቱ ንክእለ ይገብር ወይ ካሊእ ዘድሊ ስጉምቲ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ኾይኑ ይወሰድ ።

## ዓንቀፅ 38፦ ህንፀት ትካል

1. ህንፀት ንዝኾነ ግልጋሎት ዝውዕል ትካል ዘካይድ ዝኾነ ሰብ ሓለዋ ጥዕና ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ብምእታው ብፈፃሚ ኣካል ዝወፁ ረቛሒታት ክኽብር ኣለዎ ።

2. ዝኾነ ትካል ህንፀት ቅድሚ ምክያዱ ብበዓል መዚ ፌደራል ዝተቐመጠ ረቛሒ ምምልኡ ካብ ፈፃሚ ኣካል ፍቓድ እንተይረኸበ ዝኾነ ዓይነት ህንፀት ምክያድ ዝተኸልከለ እዩ ።
3. ኣብ ስራሕ ዝርከብ ዝኾነ ትካል ዳግም መመሓየሺ ገይሩ ንምምዝጋብ እንተመልከት እንዳሰርሐሉ ዝርከብ ፕላን ህንፃ ብምቕራብ ፈፃሚ ኣካል ዝህቦ መምርሒ ክትግብር ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 39. ጥዕናን ድሕንነትን ከባቢ ስራሕ

1. ዝኾነ ኣስራሒ ስራሕቲ ተንከፍ ግልጋሎት ሓለዋ ጥዕና ንሰራሕተኛታት ዝቐረበ ምዃኑ ከረጋግፅ ኣለዎ ።
2. በዓል መዚ ፌደራል ብዛዕባ ስራሕ ተንከፍ



እንዳያደርስ ፌደራል ባለስልጣን ባወጣው መስፈርት መሰረት አስፈጻሚው አካል ይቆጣጠራል ።

4. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (3) የተደነገገው ተጥሶ ሲገኝ አስፈጻሚው አካል አደገኛ ኬሚካሉን የመያዝ ወይም ከገበያ እንዲሰበሰብ እና እንደአስፈላጊነቱ እንዲወገድ ያደርጋል ወይም ሌሎች አስፈላጊ እርምጃዎችን ከሚመለከተዉ አካል ጋር ሆኖ ይወስዳል ።

## አንቀጽ 38፦ የተቋም ግንባታ

1. ለማንኛውም አገልግሎት የሚውል ግንባታ የሚያካሂድ ማንኛውም ሰው የህብረተሰቡ ጤና አጠባበቅ ከግምት ውስጥ በማስገባት አስፈጻሚው አካል የሚያወጣቸውን መስፈርቶች ማክበር አለበት ።
2. ማንኛውም ተቋም ግንባታ ከማካሄዱ በፊት በፌዴራል ባለስልጣኑ የተቀመጠውን መስፈርት ስለሟሟላቱ ከአስፈጻሚው አካል ፈቃድ ሳያገኝ ማንኛውንም ግንባታ ማከናወን ክልክል ነው ።
3. በሥራ ላይ የሚገኝ ማንኛውም ተቋም እንደገና ማሻሻያ አድርጎ ለመመዝገብ ሲያመለክት እየሰራበት የሚገኘውን የህንጻ ፕላን በማቅረብ ከአስፈጻሚው አካል የሚሰጠውን መመሪያ መተግበር ይኖርበታል ።

## አንቀጽ 39. የሥራ አካባቢ ጤንነትና ደህንነት

1. ማንኛውም አሰሪ የሥራ ነክ ጤና አጠባበቅ አገልግሎቶች ለሰራተኞቹ መቅረባቸውን ማረጋገጥ አለበት ።
2. ፌደራል ባለስልጣን ስለሥራ ነክ ጤና

www.abyssinialaw.com



ሓለዋ ጥዕናን ኣጠቓቕማ መሳርሕታትን ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ፈፃሚ ኣካል ተግባራውነቱ ይቆፃፀር ፡፡

## ዓንቀፅ 40. ብኽለት ድምፅን ኣየርን

1. ዝኾነ ሰብ ጥዕና ሕብረተሰብ ንምሕላው ብኽለት ድምፅን ኣየርን ንምክልኻል ብብርኪ ሃገር ዝወፅእ ረቋሒ ክኽብር ኣለዎ ፡፡
2. ዝኾነ ሰብ ብዘይፍቓድ ኣግባብ ዘለዎ ኣካል ንከባቢ ኣየር ክብክል ዝኽእል ኳዕቲ ፣ ርስሓት ምቕፃል ፣ ከቢድ ፀሊም ትኪ ዘውፅኡ መሳርሕታት ወይ ሞተራት ምጥቃም ዝተኸልከለ እዩ ፡፡
3. ካብ ኢንድስትሪ ወይ ካልእ ስራሕ ቦታ ዝወፅእ ዝኾነ ዓይነት ጋዝ ፣ ኬሚካል ፣ ትኪ ፣ ኣቦራ ወይ ካልእ በካሊ ኣየር ንጥረ ነገራት ንሰራሕተኛ ይኹን እቲ ነባሪ ከባቢ ሓደጋ ጥዕና ወይ ህውከት ብዘይፈጥር መንገዲ ክውገድ ኣለዎ ፡፡
4. ዝኾነ ሰብ ከባቢ ኣየር ክብክል ዝኽእል ከቢድን ፀሊም ትኪ ዘውፅእ ሞተር ወይ መኪና ምጥቃም ይኹን ምዝዋር ዝተኸልከለ እዩ ፡፡
5. ዝኾነ ማሽነሪ ኣብ ልዕሊ ጥዕና ወዲ ሰብ ጉድኣት ከስዕብ ብዘይኽእል መጠን ድምፂ ጥራሕ ክሰርሕ ኣለዎ ፡፡
6. ካብ ዝኾነ ትካል ዝወፅእ ድምፂ ብስታንዳርድ ካብ ዝተፈቐደ ዓቐን ንላዕሊ ክኸውን የብሉን፡፡

አጠባበቅና መሳሪያ አጠቃቀም በሚያወጣው መመሪያ መሰረት አስፈጻሚው አካል መተግበሩን ይቆጣጠራል ፡፡

## አንቀጽ 40. የድምጽና የአየር ብክለት

1. ማንኛውም ሰው የህብረተሰብ ጤናን ለመጠበቅ የድምጽና የአየር ብክለትን ለመከላከል በሀገር አቀፍ ደረጃ የሚወጣውን መስፈርቶች ማክበር አለበት ፡፡
2. ማንኛውም ሰው አግባብ ካለው አካል ፈቃድ ውጭ ከባቢ አየርን ሊበክል የሚችል ቁፋሮዎችን፣ የቆሻሻ ማቃጠል ሥራ፣ ከባድ ጥቁር ጭስ አውጭ መሣሪያዎች ወይም ሞተሮችን መጠቀም የተከለከለ ነው፡፡
3. ከኢንዱስትሪ ወይም ከሌላ የሥራ ቦታ የሚወጣ ማንኛውም ዓይነት ጋዝ ፣ ኬሚካል ፣ ጭስ ፣ አቧራ ወይም ሌላ አየር በካይ ንጥረ ነገሮች ለሠራተኛውም ሆነ ለአካባቢው ነዋሪ የጤና አደጋ ወይም ሁከት በማይፈጥርበት ሁኔታ መወገድ አለበት ፡፡
4. ማንም ሰው የአካባቢውን አየር ሊበክል የሚችል ከባድና ጥቁር ጭስ አውጭ ሞተሮችን ወይም መኪናዎችን መጠቀምም ሆነ መንዳት የተከለከለ ነው ፡፡
5. ማንኛውም ማሽነሪ በሰው ጤና ላይ ጉዳት ማስከተል በማይችል የድምጽ መጠን ብቻ መስራት አለበት፡፡
6. ከማንኛውም ተቋም የሚወጣ ድምፅ በስታንዳርድ ከተፈቀደ መጠን በላይ መሆን የለበትም ፡፡

www.abyssinialaw.com



7. ዝኾነ ሰብ ህዝቢ ኣብ ዝግልገለሎም ቦታታት፣ ሆሰፒታላት ፣ ኣብያተ ትምህርቲ ፣ ኣብያተ ፅዮ መንግስትን መንበሪ ቦታታትን ሓዊሱ ረብሻ ድምፂ ዘስዕብ ሞተር ፣ ጥሩንባ ፣ መጉልሂ ድምፂ ወይ ብድምፂ ዝርብሹ መሳርሕታት ካብ ዝተፈቐደ መጠን ንላዕሊ ምጥቃም ዝተኸልከለ እዩ ። ዝርዝሩ ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን ።

## ዓንቀፅ 41፦ ቁፅፅር ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ዝውሰዱ ስጉምትታትን

1. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ኣብ ከባቢኡ ተመሓላላፊ ሕማም ምህላው ኣብ ዝፈለጠሉ እዋን ሽውንሽው ኣብ ከባቢኡ ንዘሎ ትካል ጥዕና ከፍልጥ ግቡእ ኣለዎ ። እቲ ትካል ጥዕና'ውን ዘድሊ ስጉምቲ እንዳወሰደ ኣግባብ ንዘለዎ ኣካል ሽውንሽው ከፍልጥ ኣለዎ ።
2. ኣግባብ ዘለዎ በዓል ሙያ ጥዕና ብለበዳ ተመሓላላፊ ሕማም ዝተትሓዘ ወይ ዝተጠርጠረ ዝኾነ ሰብ ንዝተወሰነ ግዜ ተፈልዩ ንኽፀንሕ ወይ ንክሕከም ክገብር ኣለዎ ።
3. ብለበዳ ተመሓላላፊ ሕማም ዝተጠርጠረ ዝኾነ ሰብ ንምርመራ ፣ ንሕክምና ወይ ንኽታበት ፍቓደኛ ክኸውን ኣለዎ ።
4. ቤተሰብ ወይ መፅበይቲ ህፃናት ንህፃናት ካብ ተመሓላላፊ ሕማም ንምክልኻል ናይ ምኽታብ ግቡእ ኣለዎም ።
5. ፈፃሚ ኣካል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ኣብዚ ክልል ውሽጢ ከምኣድላይነቱ ፦

7. ማንኛውም ሰው በህዝብ መገልገያ አካባቢዎች ፣ ሆስፒታሎች ፣ ትምህርት ቤቶች ፣ የመንግሥት መስሪያ ቤቶች እና መኖሪያ አካባቢዎችን ጨምሮ የድምጽ ሁከት የሚያስከትል ሞተር ፣ ጥሩንባ ፣ ድምጽ ማጉልያ ወይም የሚጮሁ መሣሪያዎች ከተፈቀደው መጠን በላይ መጠቀም የተከለከለ ነው ። ዝርዝሩ በሚወጣው መመሪያ ይወሰናል ።

## አንቀጽ 41፦ የተላላፊ በሽታዎች ቁጥጥርና የሚወሰዱ እርምጃዎች

1. ማንኛውም የጤና ባለሙያ በአቅራቢያው የተላላፊ በሽታ መኖር ባወቀ ጊዜ ወዲያውኑ በቅርቡ ላለው የጤና አገልግሎት ተቋም የማሳወቅ ግዴታ አለበት። የጤና ተቋሙም አስፈላጊውን እርምጃ እየወሰደ አግባብ ላለው አካል ወዲያውኑ ማሳወቅ አለበት።
2. አግባብ ያለው የጤና ባለሙያ በወረርሽኝ ተላላፊ በሽታ የተያዘን ወይም የተጠረጠረን ማንኛውም ሰው ለተወሰነ ጊዜ ተገልሎ እንዲቆይ ወይም እንዲታከም ማድረግ አለበት ።
3. በወረርሽኝ ተላላፊ በሽታ የተጠረጠረ ማንኛውም ሰው ለምርመራ ፣ ለሕክምና ወይም ለክትባት ፈቃደኛ መሆን አለበት ።
4. ቤተሰቦች ወይም አሳዳጊዎች ህጻናትን ከተላላፊ በሽታዎች ለመከላከል የማስከተብ ግዴታ አለባቸው ።
5. አስፈጻሚው አካል ተላላፊ በሽታዎችን ለመከላከልና ለመቆጣጠር በክልሉ ውስጥ እንደአስፈላጊነቱ ፦

www.abyssinialaw.com



ሀ. ኣብያተ ትምህርትን ካልኦት ህዝቢ ዝእከበሉም ትካላት ንዝተወሰነ ግዜ ክዓፁ ፤

ለ. ግዚያዊ ናቑጣ ቁፅፅር ኣብ ዝኾነ ክፍሊ እዚ ክልል ከጣይሽ ፤

ሐ. ኣብዚ ክልል ለበዳ ተመሓላለፊ ሕማም ዘለዎ ከባቢ ከም ሓደገኛ ቦታ ገይሩ ክስይምን

መ. ካልኦት ንምክልኻል ሕማም ኣድለይቲ ዝኾኑ ስጉምቲ ክወስድ ይኽእል ።

**ዓንቀፅ 42፦ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ ሕማማት**

1. ዝኾነ በዓል ዋና እንስሳ ዘቤት እንስሳቱ ምኽታብ ፣ ጥዕኑኡ ምሕላውን ምክትታልን ግቡእ ኣለዎ ።
2. በዓል ዋና ዘይብሉም እንስሳ ዘቤት ዝምልከት ኣግባብ ዘለዎ ኣካል ዘድሊ ክትትልን ስጉምትን ምውሳዱ ፈፃሚ ኣካል ይቆፃፀር ።
3. ዝኾነ ሰብ ብለበዳ መልክዕ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ብዝመሓላለፉ ሕማማት ዝተትሓዘ እንተኾይኑ ወይ በዚ ሕማም ምትሓዙ እንተተጠርጢሩ ወይ ሕማም ካብ ዝተርኣየሉ ከባቢ እንተመፂኡ እቲ ሕማም ንምክልኻል ኣብ ዝግበር ቁፅፅር ምትሕብባር ግቡእ ኣለዎ ።
4. ዝኾነ ትካል ግልጋሎት ጥዕና ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ንዝመሓላለፍ ሕማማት በቢብርኩ ዝግባእ ግልጋሎት ምሃብን ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ እንተኾይኑ ሕክምና ክረኽበሉ ናብ



ሀ. ትምህርት ቤቶችንና ሌሎች ሕዝብ የሚሰበሰብባቸው ተቋማት ለተወሰነ ጊዜ ሊዘጋ፤

ለ. ጊዜያዊ የቁጥጥር ቀጠናዎችን በየትኛውም የክልሉ ክፍል ሊያቋቁም ፤

ሐ. የተላላፊ በሽታ ወረርሽኝ ያለበትን የክልሉ የተወሰነ ክፍል እንደ አደገኛ ቀጠና ሊሰይም እና

መ.ሌሎች በሽታውን ለመከላከል አስፈላጊ የሆኑ እርምጃዎችን ሊወስድ ይችላል ።

**አንቀጽ 42፦ ከእንስሳት ወደ ሰው የሚተላለፉ በሽታዎች**

1. ማንኛውም የቤት እንስሳ ባለቤት እንስሳውን የማስከተብ ፣ ጤንነቱን የመጠበቅ እና የመከታተል ግዴታ አለበት ።
2. ባለቤት አልባ የሆኑ የቤት እንስሳን በተመለከተ አግባብ ያለው አካል አስፈላጊውን ክትትልና እርምጃ ስለመውሰዱ አስፈጻሚው አካል ይቆጣጠራል ።
3. ማንኛውም ሰው በወረርሽኝ መልኩ ከእንስሳት ወደ ሰው በሚተላለፉ በሽታዎች የተጠቃ ከሆነ ወይም በዚሁ በሽታ መያዙ ከተጠረጠረ ወይም በሽታው ከተከሰተበት አካባቢ ከመጣ በሽታውን ለመከላከል ሲባል በሚደረግ ቁጥጥር የመተባበር ግዴታ አለበት ።
4. ማንኛውም የጤና አገልግሎት ተቋም ከእንስሳት ወደ ሰው ለሚተላለፉ በሽታዎች በየደረጃው ተገቢውን አገልግሎት የመስጠትና ከአቅሙ በላይ ከሆነ ህክምና ማግኘት ወደ ሚችልበት ጤና

www.abyssinialaw.com



ዝኽእለሉ ትካል ጥዕና ብእዋኑ ምልኣኽ ግቡእ ኣለዎ ።

5. ዝኾነ ትካል ጥዕና ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ሕማማት ኣመልኪቶም በቢ እዋኑ ዝወፀ መምርሕታት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ተግባራዊ ክገብር ኣለዎ ።

6. ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ሕማም ዘለዎ ወይ ምልክት ሕማም ዝረአዩ እንስሳ ወይ ተዋፅኦ እንስሳት እንትህሉ በዓል ዋና እዚ ኣብ ዝፈለጠሉ እዋን ብዝምልከቶ ኣካል ሽዑ ንሽዑ እቲ እንስሳ ወይ ናይቲ እንስሳ ተዋፅኦ ከመርምር ፣ ከሐክም ወይ ክኣሊ ኣለዎ ።

7. ዝኾነ ሰብ ብሕጊ ኣብ ዝፍለጥ ቄራ ዘይተሓረደን ማህተም ዘይብሉን ስጋ ንሕብረተሰብ ምሻጥ ወይ ብኻሊእ መልክዕ ምቕራብ ኣይኽእልን ።

8. ንኡስ ዓንቀፅ (7) እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ ስርዓት ኣተሓሕዛ ምግቢ ዘማልእ ክኸውን ኣለዎ ።

9. ብሕብረተሰብ እቲ ከባቢ ንምግብነት ዘይፍቐዱ እንስሳታት ከም ከልቢ ዝኣመሰሉ ኣብ ዝኾነ ቦታ ምሕራድ ኣይፍቐድን ።

10. ዘይሕጋዊ ማሕረዲ ዝፈፀመ ወይ ክፍዕም ዝተረኽበ ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ ስጉምቲ ይውሰደሉ ። እቲ ዝተሓረደ ስጋ'ውን ብወፃኢ እቲ ትካል ወይ ባዓል ዋና ክውገድ ይግበር ።

ተቋም በወቅቱ የመላክ ግዴታ አለበት ።

5. ማንኛውም የጤና አገልግሎት ተቋም ከእንስሳት ወደ ሰው የሚተላለፉ በሽታዎችን አስመልክቶ በየጊዜው የሚወጡ የመከላከልና የመቆጣጠሪያ መመሪያዎችን ተግባራዊ ማድረግ አለበት ።

6. ከእንስሳት ወደ ሰው የሚተላለፍ በሽታ ያለበት ወይም የህመሙ ምልክት የሚታይበት እንስሳ ወይም የእንስሳት ተዋጽኦ ሲኖር ባለቤቱ ይህንኑ ባወቀ ጊዜ በሚመለከተው አካል ወዲያውኑ እንስሳውን ወይም የእንሳሳውን ተዋጽኦ ማስመርመር፣ ማሳከም ወይም ማስወገድ አለበት ።

7. ማንኛውም ሰው በህግ በታወቀ ቄራ ያልታረደና ማህተም የሌለው ስጋ ለህዝብ መሸጥ ወይም በሌላ መንገድ ማቅረብ አይቻልም ።

8. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ (7) የተገለፀው እንደተጠበቀ ሆኖ የምግብ አያያዝ ስርአት ያሟላ መሆን አለበት ።

9. በአከባቢው ሕብረተሰብ ለምግብነት የማይፈቀዱ እንስሳት እንደ ውሻ የመሳሰሉ በማንኛውም ቦታ ማረድ አይፈቀድም ።

10. ሕገ ወጥ እርድ የፈፀመ ወይ ሲፈፅም የተገኘ ማንኛውም ሰው ህጋዊ እርምጃ ይወሰድበታል ። የታረደው ስጋም በተቋሙ ወይ በባለቤቱ ወጪ እንዲወገድ ይደረጋል ።

www.abyssinialaw.com



11. ዝኾነ ቤት ማዘጋጃ ዘጣየሻ ከተማታት ከባቢ ምምሕዳር ፈፃሚ ኣካል ዘውፅኦ ረቛሒ ዘማለአ መሕረዲ ቄራ ምሰራሕ ግቡእ ኣለዎ ።

12. ዝኾነ በዓል ዋና እንስሳ ዘቤት ከም ከልብን ፈረስን ዝበሉ ኣብ ዘየድልይዎን ኣብ ዘይጥቀመሎምን እዋን ብኣግባቡ ከወግድ ግቡእ ኣለዎ ፤ ካብዚ ወፃኢ ፋሉል ምስዳድ ዝተኸልከለ እዩ ።

13. ፋሉል ዝኸዱ በዓል ዋና ዘይብሎም እንስሳ ዘቤት ከም ፈረስን ከልብን ዝበሉ ንጥዕና ጠንቂ ኮይኖም እንተተረኺቦም ናይቲ ከባቢ ምምሕዳር ምእላይ ሓላፍነት ኣለዎ ።

**ዓንቀፅ 43፦ ኳራንታይን ምግባርን ፈሊኻ ምፅናሕን**

1. ዝኾነ ብተመሓላላፊ ሕማም ዝተጠርጠረ ሰብ ኸዑ ንኸዑ ኳራንታይን ክግበር ኣለዎ ።
2. ፈፃሚ ኣካል ዝተጠርጠረ ሰብ ምህላው እንተፈሊጦ ኳራንታይን ንክገብሮ ንዝምልከቶ ኣካል ኸዑ ንኸዑ የፍልጥ ።
3. ፈፃሚ ኣካል ዝኾነ ኳራንታይን ዝተገበረ ሰብ ብተመሓላላፊ ሕማም ምልካፉ እንተረጋገፀ ኣብ ትካል ጥዕና ተፈልዩ መፅንሒ ናብ ዝተዳለወ ክፍሊ ምዝዋሩን ዘድሊ ሕክምና ምርካቡን የረጋግፅ ።
4. ዝኾነ ተፈልዩ ንኽፀንሕ ዝተገበረ ሰብ ተፈልዩ ንኽፀንሕ እንትግበር ተፈልዩ ንኽፀንሕ ዝገበረ ትካል ሰብኣዊ መሰሉ ክሕሉ ኣለዎ ።



11. ማንኛውም ማዘጋጃ ቤት ያዋቀሩ የአከባቢ መስተዳድር ከተሞች አስፈፃሚ አካል የሚያወጣው መስፈርት ያሟላ ቄራ የመስራት ግዴታ አለበት ።

12. ማንኛውም የቤት እንስሳት ባለቤት እንደ ውሻና ፈረስ የመሳሰሉ በማያስፈልጉትና በማይጠቀምባቸው ጊዜ በአግባቡ የማስወገድ ግዴታ አለበት ፤ ከዚህ ውጭ ልቅ ማድረግ የተከለከለ ነው ።

13. ልቅ የወጡ ባለቤት የሌላቸው የቤት እንስሳት እንደ ውሻና ፈረስ የመሳሰሉ ለጤና ጠንቅ ሆነው ሲገኙ የአከባቢው ማስተዳደር የማስወገድ ሃላፊነት አለበት ።

**አንቀጽ 43፦ ኳራንታይን ማድረግና ለይቶ ማቆየት**

1. ማንኛውም በአደገኛ ተላላፊ በሽታ የተጠረጠረ ሰው ወዲያውኑ ኳራንታይን መደረግ አለበት ።
2. አስፈጻሚው አካል የተጠረጠረን ሰው መኖሩን ሲያውቅ ኳራንታይን እንዲያደርገው ለሚመለከተው አካል ወዲያውን ያስታውቃል ።
3. አስፈጻሚው አካል ማንኛውም ኳራንታይን የተደረገ ሰውን በተላላፊ በሽታ መያዙን ሲረጋገጥ በጤና ተቋም ተለይቶ ለማቆያ ወደ ተዘጋጀው ክፍል መዛወሩንና አስፈላጊውን ህክምና መሰጠቱን ያረጋግጣል ።
4. ማንኛውም ተለይቶ እንዲቆይ የተደረገ ሰው ተለይቶ እንዲቆይ ሲደረግ ተለይቶ እንዲቆይ ያደረገው ተቋም ሰብአዊ መብቱን መጠበቅ

www.abyssinialaw.com



ዓንቀፅ 44፦ግቡእ ምትግባር ድንጋገታት ሃይጅን ፣ ሓለዋ ጥዕና ከባቢን ቁፅፅር ተመሓላለፍቲ ሕማማትን

ዝኾነ ምምሕዳር ከተማ ይኹን ገፀር ወይ ኣግባብ ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ክፍሊ ሓሙሽተ ዝተደንገጉ ተግባራዊ ምግባር ግቡእ ኣለዎ ።

ክፍሊ ሽዱሽተ

ምምሕዳርን ቁፅፅርን ግልጋሎት ጥዕና

ዓንቀፅ 45፦ ኣዋሃህባን ቁፅፅርን ክንክን ጥዕና

1. ዝኾነ ክንክን ጥዕና ዝህብ ትካል ጥዕና ኣግባብ ዘለዎ ኣካል ዘውፅኦም ረቛሒታት ምምላእን ምትግባርን ግቡእ ኣለዎ ።

2. ዝኾነ ትካል ጥዕና ወይ በዓል ሙያ ንተሓከምቲ ዝወሃብ ክንክን ጥዕና ዘድሊ ደረጃ ፣ ስታንዳርድን ፕሮሲጀርን ዝሓለወ ክኸውን ኣለዎ ።

3. ብዝኾነ ትካል ጥዕና ወይ በዓል ሙያ ጥዕና ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከቡ ሰብ ሞያ ጥዕና ብወፃኢ እቲ ትካል ኣብ ስራሕ ቦታ ዝወሃብ ተኸታታሊ ዓቕሚ መዕበይ ስልጠናታት ምሃብ ግቡእ ኣለዎ ።

ዓንቀፅ 46፦ድንገተኛ ሕክምናን ሪፈራልን

1. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ደረጃኡ ብዝፈቕዶ መሰረት ግልጋሎት ድንገተኛ ሕክምና ምሃብ ግቡእ ኣለዎ ።



አለበት ።

አንቀጽ 44፦ የሃይጂን ፣ የአካባቢ ጤና አጠባበቅና የተላላፊ በሽታዎች ቁጥጥር ድንጋጌዎች የመተግበር ግዴታ

ማንኛውም የከተማ ወይም የገጠር አስተዳደር ወይም አግባብ ያለው አካል በዚህ ደንብ በክፍል አምስት የተደነገጉ ተግባራዊ እንዲሆኑ የማድረግ ግዴታ አለበት ።

ፍል ስድስት

የጤና አገልግሎት አስተዳደርና ቁጥጥር

አንቀጽ 45፦የጤና እንክብካቤ አሰጣጥና ቁጥጥር

1. ማንኛውም የጤና እንክብካቤ የሚሰጥ ጤና ተቋም አግባብ ያለው አካል የሚያወጣውን መስፈርቶች የሚሟላትና የመተግበር ግዴታ አለበት ።

2. በማንኛውም ጤና ተቋም ወይም ጤና ባለሞያ ለታካሚዎች የሚሰጥ የጤና እንክብካቤ ተገቢውን ደረጃ ፣ ስታንዳርድና ፕሮሲጀር የጠበቀ መሆን አለበት ።

3. ማንኛውም የጤና ተቋም ወይም የጤና ባለሞያ በስሩ ለሚገኙ ጤና ባለሞያዎች በስራ ቦታ ላይ የሚሰጥ ተከታታይ የአቅም ግንባታ ስልጠናዎች በድርጅቱ ወጪ የመስጠት ግዴታ አለበት ።

አንቀጽ 46፦ የድንገተኛ ሕክምናና ሪፈራል

1. ማንኛውም የጤና ባለሙያ የሙያ ደረጃውን በሚፈቅደው መሠረት የድንገተኛ ሕክምና አገልግሎት የመስጠት ግዴታ አለበት ።

www.abyssinialaw.com



2. በዓል ሙያ ጥዕና ብመሰረት ደረጃ ዝሰርሐሉ ትካል ጥዕና ዘድሊ ግልጋሎት ድንገተኛ ሕክምና ምሃብ እንተዘይኪኢሉ ተሓካሚ ዘድሊ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽበሉ ናብ ዝኽእል ኣግባብ ዘለዎ ትካል ጥዕና ስርዓት ሪፈራል ብዝተኸተለ መልክዑ ኸዑ ንኸዑ ሪፈር ክገብር ኣለዎ ።

## ዓንቀፅ 47፦ ቅድመ ወይ ድሕረ ምረቓ ተምሃሮ

1. ዝኾነ ትካል ጥዕና ቅድመ ወይ ድሕረ ምረቓ ተምሃሮ ዝመሃርዎ ትምህርቲ ብተግባር ክለማመዱ እንትፍቐድ እቲ ትካል ጥዕናን ቤት ትምህርትን ነቲ ልምምድ ምቑፅፃር ግቡእ ኣለዎም ።
2. ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወውን ቅድመ ይኹን ደሕረ ምረቓ ተምሃሪ ኣብ ልዕሊ ተሓካሚ ንዘብፅሖ ጉድኣት ተሓታቲ ክኸውን ይኽእል ።

## ዓንቀፅ 48፦ ምሃብ ሕጋዊ መረዳእታ

1. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ተገልጋሊኡ ዝምልከቱ ምርመራ ላቦራቶርን ካልእ መአዘዝን ውፅኢትን ፣ መአዘዚ መድሓኒት ፣ ምስክር ወረቐት ፣ ማህደር ተገልጋሊ፣ ሪፖርትታት ሆስፒታልን ካልኦትን ብቋንቋ እንግሊዝኛን ትግርኛን ወይ እንግሊዝኛን ኣምሓርኛን ብሙሉእ ክንበብ ብዝኽእል ፅሑፍ ዝተፅሓፈን ሽሙን ፊርሙኡን ክቕምጥ ኣለዎ ።

2. የጤና ባለሙያው በሚሰራበት የጤና ተቋም ደረጃ መሠረት ተገቢውን የድንገተኛ ሕክምና አገልግሎት መስጠት ያልቻለ እንደሆነ ታካሚው ተፈላጊውን አገልግሎት ሊያገኝ ወደሚችልበት አግባብ ያለው የጤና ተቋም የሪፈራል ስርአትን በመከተል ወዲያውኑ ሪፈር ማድረግ አለበት ።

## አንቀጽ 47፦ ቅድመ ወይም ድህረ ምረቃ ተማሪዎች

1. ማንኛውም የጤና ተቋም የቅድመ ወይም ድህረ ምረቃ ተማሪዎች የሚማሩትን ትምህርት በተግባር እንዲለማመዱ ሲፈቀድ የጤና ተቋሙና ትምህርት ቤቱ ልምምዳቸውን የመከታተል ግዴታ አለባቸው ።
2. የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) ቢኖርም የቅድመ ወይም ድህረ ምረቃ ተማሪ በታካሚ ላይ ለሚያደርሰው ጉዳት ተጠያቂ ሊሆን ይችላል ።

## አንቀጽ 48፦ ሕጋዊ መረጃዎችን መስጠት

1. ማንኛውም የጤና ባለሙያ ተገልጋዩን የሚመለከቱ የላቦራቶሪና የሌላ ምርመራ ማዘዣና ውጤት ፣ የመድኃኒት ማዘዣ ፣ የምስክር ወረቀት ፣ የደንበኛው ማህደር ፣ የሆስፒታል ወይም ሌሎች ሪፖርቶችን በእንግሊዝኛ እና በትግርኛ ወይም በበእንግሊዝኛና አማርኛ ቋንቋ የተፃፈና ሙሉ ሊነበብ በሚችል ፅሑፍና ስሙንና ፊርማውን ማስፈር አለበት ።

www.abyssinialaw.com



2. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ዝተማለአን ሓቓዊ ፍቓድ ሕማም ወይ ወረቐት ምስክር ሕክምና ከምኣድላይነቱ ክህብ ኣለዎ ።

3. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ትኽክል ዘይኮነ ፍቓድ ሕማም ወይ ወረቐት ምስክር ሕክምና ምሃብ ዝተኸልከለ እዩ ።

## ዓንቀፅ 49፦ ምውሳድ ኣካላት ሰብነት

1. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ኣካላት ሰብነት ክወስድ ወይ ንክውሰድ ሓገዝ ክህብ የብሉን ።
2. ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ኣግባብ ብዘለዎ ሕጊ መሰረት በዞም ዝስዕቡ ኩነታት ጥራሕ ኣካላት ሰብነት ክወስድ ወይ ንኽውሰድ ሓገዝ ክገብር ይኽእል ፦

ሀ. ብህይወት ዘሎ ሰብ ንንቕለ ተኸላ ዕላማ ወይ

ለ. ካብ ዝሞተ ሰብ ንምርምር ፣ ንትምህርቲ ወይ ንንቕለ ተከላ ዕላማ ።

3. ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ኣካላት ሰብነት ንንቕለ ተከላ ወይ ንምርምርን ትምህርትን ዓላማ ምውሳድ ዝካኣል ፦

ሀ. መዋቲ ብህይወት እንዳሃለወ ፍቓዱ ብፅሑፍ እንተሂቡ ወይ

ለ. መዋቲ ብህይወት ዘመኑ ኽልከላ እንተዘይጌሩን ካብ ቤተሰብ መዋቲ ፍቓድ እንተተረኺቡ ጥራሕ ይኸውን ።



2. ማንኛውም የጤና ባለሙያ የተሟላና እውነተኛ የህመም ፈቃድ ወይም የህክምና ምስክር ወረቀት እንደአግባቡ መስጠት አለበት ።

3. ማንኛውም የጤና ባለሙያ ትክክል ያልሆነ የህመም ፈቃድ ወይም የህክምና ምስክር ወረቀት መስጠት የተከለከለ ነው ።

## አንቀጽ 49፦ የሰውነት አካላትን ማስቀረት

1. ማንኛውም የጤና ባለሙያ የሰውነት አካልን መውሰድ ወይም እንዲወሰድ ድጋፍ መስጠት የለበትም ።
2. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ (1) የተገለፀ ቢኖርም ማንኛውም የጤና ባለሙያ አግባብ ባለው ሕግ መሰረት በሚከተሉት ሁኔታዎች ብቻ የሰውነት አካላትን ሊወስድ ወይም እንዲወሰድ ድጋፍ መስጠት ይችላል፦

ሀ. በሕይወት ካለ ሰው ለንቅለ ተከላ ዓላማ ወይም

ለ. ከሞተ ሰው ለምርምር ፣ ለትምህርት ወይም ለንቅለ ተከላ ዓላማ ።

3. በዚህ አንቀፅ ንዑሰ አንቀፅ (2) የተደነገገ ቢኖርም የሰው አካላት ለንቅለ ተከላ ወይም ለምርምርና ትምህርት ዓላማ መውሰድ የሚቻለው ፦

ሀ. ሟች በህይወት እያለ ፈቃዱን በጽሑፍ ከሰጠ ወይም

ለ. ሟች በህይወት ዘመኑ ክልከላ ካላደረገና የሟች ቤተሰብ ፈቃድ ከተገኘ ብቻ ይሆናል ።

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ 50፦ ሞትን ምርመራ ኣስከሬንን**

1. ካብ መዋቲ ቤተሰብ ፍቓድ እንተዘይተረኺቡ ወይ ብቤተሰብ መዋቲ ወይ ፖሊስ ወይ ዓቓቢ ሕጊ ወይ ቤት ፍርዲ እንተዘይተሓቲቱ ዝኾነ ዝተፈቐደሉ በዓል ሙያ ምርመራ ኣስከሬን ክገብር የብሉን ።
2. ሞት ከረጋግፅ ዝኽእል ዝተፈቐደሉ በዓል ሙያ ጥዕና ጥራሕ ኾይኑ እቲ በዓል ሙያ ቤተሰብ እቲ መዋቲ ወይ ፖሊስ ወይ ዓቓቢ ሕጊ ወይ ብቤት ፍርዲ እንትሕተት ወረቐት ምስክር ሞት ክህብ ኣለዎ ።
3. ሞት ከረጋግፅ ዝተፈቐደሉ በዓል ሙያ ጥዕና ዝኾነ ኣብ ወረቐት ምስክር ሞት ዝተሓበረ መረዳእታ ሓቅነትን ተኣማንነትን ዘዛብዕ ወይ ዝልውጥ ዝቐርብ ሕቶ ክቕበል የብሉን ፡ ፡

**ዓንቀፅ 51፦ ኣተሓሕዛ ውልቓ መረዳእታ ተሓከምትን ግቡእት ትካላት ጥዕና**

1. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ኣብ ውሽጢ ትካል ጥዕና ምስ ተሓካሚ ዝገብሮ ሕድሕድ ርክብ ዝተረኸበ መረዳእታ ውልቀ ጥዕና ኣማሊኡ ክምዝግብ ኣለዎ ።
2. ዝኾነ ትካል ግልጋሎት ጥዕና ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝተመዝገቡ ውልቃዊ መረዳእታታት ጥዕና ተሓካሚ ብኣግባቡ ዝተትሓዙን ዝተሓለዉን ምኻኖም ምርግጋፅ ግቡእ ኣለዎ ።
3. ሕጋዊ ብዝኾነ ምክንያት ተዘይተሓቲቱ ዝኾነ

**አንቀጽ 50፦ ሞትና የአስከሬን ምርመራ**

1. ከሟች ቤተሰብ ፈቃድ ካልተገኘ ወይም በሟች ቤተሰብ ወይም ፖሊስ ወይም ዓቃቤ ህግ ወይም ፍርድ ቤት ካልተጠየቀ በስተቀር ማንኛውም የተፈቀደለት የጤና ባለሙያ የአስከሬን ምርመራን ሊያከናውን አይችልም ።
2. ሞትን ሊያረጋግጥ የሚችለው የተፈቀደለት የጤና ባለሙያ ብቻ ሲሆን ባለሙያው በሟች ቤተሰብ ወይም በፖሊስ ወይም ዓቃቤ ህግ ወይም በፍርድ ቤት ሲጠየቅ የሞት ምስክር ወረቀት መስጠት አለበት ።
3. ሞትን ሊያረጋግጥ የተፈቀደለት የጤና ባለሙያ ማንኛውንም በሞት ምስክር ወረቀቱ የተመለከተውን መረጃ እውተኝነቱና ትክክለኘነቱ እንዲያዛባ ወይም እንዲለውጥ የሚቀርብ ጥያቄን መቀበል የለበትም ።

**አንቀጽ 51፦የታካሚዎች የግል መረጃ አያያዝና የጤና ተቋማት ግዴታዎች**

1. ማንኛውም የጤና ባለሙያ በጤና ተቋም ውስጥ ከታካሚ ጋር በተደረገ እያንዳንዱ ግንኙነት የተገኙ የግል ጤና መረጃዎችን አሟልቶ መመዝገብ አለበት ።
2. ማንኛውም የጤና አገልግሎት ተቋም በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ (1) መሰረት የተመዘገቡ የታካሚዎች የግል ጤና መረጃዎች በአግባቡ መያዛቸውና መጠበቃቸውን የማረጋገጥ ግዴታ አለበት ።
3. ህጋዊ በሆነ ምክንያት ካልተጠየቀ በስተቀር

www.abyssinialaw.com



ውልቃዊ መረዳእታታት ጥዕና ተሓካሚ ብምስጥር ክሕለው ኣለዎ ።

4. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (3) እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (1)ን (2)ን መሰረት ዝተረከበን ዝተትሓዘን መረዳእታ ሕክምና ተሓከምቲ ብግዚኡ ተወዲቡ ኣግባብ ንዘለዎ ኣካል ሪፖርት ክግበር ኣለዎ ።

**ዓንቀፅ 52፦ ኣተኣላልያ ርስሓትን ምክልኻል ሕማምን**

1. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ንባዕሉ ፣ ንተገልጋሊ ይኹን ንሕብረተሰብ ጎዳኢ ብዘይኮነ መንገዲ ዝረስሑን ዝተጠቐመሎም ኣቑሑ ክኣሊ ኣለዎ ።

2. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ካብ ባዕሉ ናብ ተገልጋሊ ወይ ካብ ተገልጋሊ ናብ ተገልጋሊ ወይ ካብ ተገልጋሊ ናብ በዓል ሙያ ጥዕና ወይ ካብ ትካል ጥዕና ናብ ተገልጋሊ ወይ በዓል ሙያ ሕማም ከይመሓላለፋ ዝቕመጡ ድንጋገታት ድሕንነት ክኽብር ኣለዎ ።

**ክፍሊ ሸውዓተ**

**ኣወሃህባን ቁፅፅርን ፍቓድ ሰብ ሙያ ጥዕና**

**ዓንቀፅ 53፦ ኣድላይነት ፍቓድ ሙያ ስራሕ**

1. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ፍቓድ ሙያ ስራሕ እንተይረኸበ ኣብዚ ክልል ግልጋሎት ጥዕና ምሃብ ዝተኸልከለ እዩ ።

2. ሞያዊ ፍቓዱ ዝተኣገዶ ወይ ዝተሰረዞ ባዓል ሞያ ጥዕና ብሞይኡ ክሰርሕ ኣይኽእልን ።



ማንኛውም የታካሚ የግል ጤና መረጃ በምስጢር መጠበቅ አለበት ።

4. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ (3) የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በንዑስ አንቀፅ (1) እና (2) መሰረት የተገኘና የተያዘ የታካሚዎች የጤና መረጃ በወቅቱ ተጠናቅሮ አግባብ ላለው አካል ሪፖርት መደረግ አለበት ።

**አንቀጽ 52፦ የቆሻሻ አወጋገድና የበሽታ መከላከል**

1. ማንኛውም የጤና ባለሙያ ለራሱ ፣ ለተገልጋዩ ሆነ ለህብረተሰቡ ጎጂ ባልሆነ መልኩ የቆሸሹና የተጠቀመባቸውን ቁሳቁስ ማስወገድ አለበት ።

2. ማንኛውም የጤና ባለሙያ ከራሱ ወደ ተገልጋይ ወይም ከተገልጋይ ወደ ተገልጋይ ወይም ከተገልጋይ ወደ ጤና ባለሙያ ወይም ከጤና ተቋሙ ወደ ተገልጋይ ወይም ባለሙያ በሽታ እንዳይተላለፍ የሚቀመጡ የደህንነት ድንጋጌዎችን ማክበር አለበት ።

**ክፍል ሰባት**

**የጤና ባለሙያዎች የሙያ ፈቃድ አሰጣጥና ቁጥጥር**

**አንቀጽ 53፦ የሙያ ስራ ፈቃድ አስፈላጊነት**

1. ማንኛውም የጤና ባለሙያ የሙያ ስራ ፈቃድ ሳያገኝ በክልሉ ውስጥ የጤና አገልግሎት መስጠት የተከለከለ ነው ።

2. የሙያ ፈቃዱ የታገደበት ወይም የተሰረዘበት የጤና ባለሙያ በጤና ባለሙያነቱ ሊሰራ አይችልም ።

www.abyssinialaw.com



3. ሞያዊ ፍቓዶም ዝተኣገዶምን ዝተሰረዞምን ባዓል ሞያታት ብዝምልከት ኣግባብ ዘለዎ ኣካል ንህዝቢ ሓበሬታ ክብፅሕ ኣለዎ ።

**ዓንቀፅ 54፦ ምሃብ ፍቓድ ሙያ ስራሕ**

1. ዝኾነ በዓል ሙያ ጥዕና ፍቓድ ሙያ ስራሕ ዝወሃቦ በዓል መዚ ፌደራል ዘውፀኦም ረቛሒታት እንተማልእ ይኸውን ።
5. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ (2) የተመለከተው ቅጣት መደለያ በሰጠው ባለጉዳይ ላይም ተፈፃሚ ይሆናል ።

6. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ (2) የተመለከተውን ጥፋት በመፈፀም ተግባር የተሳተፈና ጉዳዩ ወደ ፍርድ ቤት ከመቅረቡ በፊት ስለተፈፀመው ጥፋትና ስለተባባሪዎቹ ሚና በቂ መረጃ የሰጠን ሰው የፍትህ ሚኒስቴር በዚህ ሕግ መሰረት ክስ እንዳይመሰረትበት ሊያደርግ ይችላል ።

3. በዚህ ደንብ በአንቀፅ 90 ንዑስ አንቀፅ (2) ከተደነገጉት ውጪ ማንኛውም ባለ ሞያ በዚህ ደንብ የተደነገጉትን የተላለፈ በወንጀል ህግ ባስቀመጠው ቅጣት መሰረት ተጠያቂ ይሆናል ።

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ 91፦ ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታት**

1. ሃይጅንን ሓለዋ ጥዕና ከባብን ኣመልኪቱ ዝተደንገገ ደንቢ ቁፅሪ 4/1989 በዚ ደንቢ ተሳዒሩ ኣሎ ።
2. ነዚ ደንቢ ዝፃባእ ዝኾነ ደንቢ ወይ መምርሒ ወይ ልማዳዊ ኣሰራርሓ ኣብዚ ደንቢ ንዝተሸፈኑ ዋኒናት ተፈፃምነት የብሎምን ።

**ዓንቀፅ 92፦ ስልጣን ምውፃእ መምርሒ**

ቢሮ ነዚ ደንቢ ንምፍፃም መምርሒ የውፅእ ።

**ዓንቀፅ 93፦ እዚ ደንቢ ዝፀንዐሉ እዋን**

እዚ ደንቢ ብነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ካብ ዝተሓተመሉ ዕለት20/08/2006ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

**ኣባይ ወልዱ**

**ፕሬዝዳንት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

**አንቀጽ 91፦ ተፈፃሚነት የሌላቸው ሕጎች**

1. የሃይጅንና የአካባቢ ጤና አጠባበቅ ደንብ ቁጥር 4/1989 በዚህ ደንብ ተሽረዋል ።
2. ይህን ደንብ የሚቃረን ማንኛውም ደንብ ወይም መምሪያ ወይም ልማዳዊ አሰራር በዚህ ደንብ ለተሸፈኑ ጉዳዮች ተፈፃሚነት የላቸውም ።

**አንቀጽ 92፦ መምሪያ የማውጣት ስልጣን**

ቢሮ ይህን ደንብ ለማስፈፀም መምሪያ ያወጣል ።

**አንቀጽ 93፦ ደንቡ የሚፀናበት ግዜ**

ይህ ደንብ በትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ከተታመበት ቀን20/08/2006 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

**አባይ ወልዱ**

**የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ፕሬዝዳንት**

www.abyssinialaw.com


# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
# የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ
## ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
## የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 21 ዓመት ቑ.3 መቐለ
2006 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

21ኛ ዓመት ቁ. 3 መቐለ
2006 ዓ/ም


## ቑፅሪ ደንቢ 84/2006 ዓ/ም፣

## ዝተመሓየሸ መተሓዳደሪ ደንቢ ፖሊስ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ፖሊስ ኣብ ምሕላው ሰላምን ምርግጋፅን ሕብረተሰብ ዝለዓለ ሓላፍነት ስለዘለዎ ፍሉይ መተሓዳደሪ ደንቢ ወፂኡሉ'ኳ እንተፀንሐ ምስ ደንቢ ፖሊስ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያን ሃገርና ኣመዝጊባቶ ዘላ ለውጥን ክጠዓዓም ስለዘለዎ፤

ፖሊስ ክልልና ትፅቢት ዝግበረሉ ሓላፍነት ንምፍፃም ዘኽእል ኩነታት ንምፍጣር ዝተባበዐሉን ዝሕተተሉን መስርሕ ዘረጋግፅ ግልፂ ሕጊ ምድንጋግ ኣገዳሲ ብምዃኑ፤

ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ኮሚሽን ፖሊስ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ንምጥያሽ፣ ስልጣኑን ተግባሩን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 221/2004 ዓንቀፅ 24 (1) ዝተውሃቦ ስልጣን ነዚ ዝተማሓየሸ ደንቢ ኣውፂኡ ኣሎ።

## ደንብ ቁጥር 84/2006 ዓ/ም፣

## የተሻሻለው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፖሊስ መተዳደሪያ ደንብ

ፖሊስ የህብረተሰብ ሰላምና መረጋጋትን በመጠበቅ ከፍተኛ ሃላፊነት ስላለው ልዩ መተዳደርያ ደንብ ወጥቶለት እንኳ ቢቆይም ከኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ፖሊስ ደንብና አገራችን ካስመዘገበችው ለውጥ ጋር መጣጣም ስላለበት፤

የክልላችን ፖሊስ የሚጠበቅበትን ሃላፊነት እንዲፈፅም የሚያስችል ሁኔታ ለመፍጠር የሚበረታታበትና የሚጠየቅበት አሰራር የሚያረጋግጥ ግልፅ ሕግ መደንገግ አስፈላጊ በመሆኑ፤

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፖሊስ ኮሚሽን ዳግም ለማደራጀት፣ ስልጣኑንና ተግባሩን ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 221/2004 አንቀፅ 24/1/ በተሰጠው ስልጣን መሰረት ይህንን የተሻሻለ ደንብ አውጥቷል።


ናይ ሓደ ዋጋ
ያንዱ ዋጋ
ብር 19.55

ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፖ.ሳ
ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ
291

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ

**ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ**

እዚ ደንቢ "መተሓዳደሪ ደንቢ ፖሊስ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ ደንቢ 84/2006 ዓ/ም" ተባሂሉ ይፅዋዕ።

**ዓንቀፅ 2. ትርጉም**

ኣብዚ ደንቢ፦

1. "ሕገ-መንግስቲ"ማለት ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ ኢትዮጵያን እዩ።
2. "መንግስቲ" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
3. "ኣዋጅ" ማለት ኮሚሽን ፖሊስ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ንምጥያሽን፣ ስልጣኑን ተግባሩን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 221/2004 እዩ።
4. "ኣብ ስራሕ ዝበፅሕ ጉድኣት" ማለት ኣብ ስራሕ እናሃለወ ዝበፅሕ ሓደጋ ወይ ብምኽንያት ስራሕ ዝመፅእ ሕማም እዩ።
5. "ኣባል ስድራ" ማለት በዓልቲ ሓዳር ፖሊስን 18 ዓመት ዘይመልአ ውላድን ይሓውስ ።
6. "ውላድ" ማለት ውላድ ጡብ ዝሓውስ እዩ።
7. "ኮሚሽን" ማለት ኮሚሽን ፖሊስ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
8. "ኮሚሽነር"ማለት ንኮሚሽን ፖሊስ ብላዕለዋይነት ንክመርሕ ብርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝሽወም ተፈጥሯዊ ሰብ እዩ።
9. "ምክትል ኮሚሽነር" ማለት ንኮሚሽን ፖሊስ ብምክትልነት ንክመርሕ ብርእሰ ምምሕዳር ዝሽወም



## ክፍል አንድ

## ጠቅላላ

**አንቀጽ 1. አጭር ርእስ**

ይህ ደንብ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፖሊስ መተዳደሪያ ደንብ ቁጥር 84/2006 ዓ/ም" ተብሎ ይጠራል።

**አንቀጽ 2. ትርጉም**

በዚህ ደንብ፦

1. "ህገ-መንግስት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስትና የኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ህገመንግስት ነው።
2. "መንግስት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው።
3. "አዋጅ" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፖሊስ ኮሚሽን ዳግም ለማቋቋምና ስልጣንና ተግባሩን ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 221/2004 ነው።
4. "በስራ ላይ የሚደርስ ጉዳት" ማለት በስራ ላይ የሚደርስ አደጋ ወይም በስራ ምክንያት የሚመጣ በሽታ ነው።
5 "የቤተሰብ አባል" ማለት የፖሊስ የትዳር ጓደኛና 18 ዓመት ያልሞላው ልጅን ይጨምራል።
6. "ልጅ" ማለት የጉዲፍቻ ልጅን የሚጨምር ነው።
7. "ኮምሽን" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፖሊስ ኮምሽን ነው።
8 "ኮምሽነር" ማለት የፖሊስ ኮምሽንን በበላይነት እንዲመራ በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ ምንግስት ርእሰ መስተዳድር የሚሾም የተፈጥሮ ሰው ነው።
9. "ምክትል ኮምሽነር" ማለት የፖሊስ ኮምሽንን በምክትልነት እንዲመራ በርእሰ መስተዳድሩ

www.abyssinialaw.com



ተፈጥሯዊ ሰብ እዩ።

10. "ማዓርግ ኮሚሽነር" ማለት ብዕብየት ፖሊሳዊ ማዓርግ ኮሚሽነርነት ዝረኸበ ሰብ እዩ።

11. "ርእሰ ምምሕዳር" ማለት ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

12. "ፖሊስ"ማለት ኣድላዪ ፖሊሳዊ ስልጠና ወዲኡ ኣብቲ ኮሚሽን ስርዓት ቑፃር ፖሊስነት ዘማልአ ሰብ እዩ ።

13. "ምልምል ፖሊስ " ማለት መሰረታዊ ፖሊሳዊ ስልጠናን ትምህርትን ንምውሳድ ኣብ ሰልጠና ወይ ልምምድ ዝርከብ ተፈጥሯዊ ሰብ እዩ።

**ዓንቀፅ 3. ኣገላልፃ ፆታ**

ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታ ውን ዝሓውስ እዩ።

**ዓንቀፅ 4. ወሰን ተፈፃምነት**

እዚ ደንቢ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ካብ ምልምል ፖሊስ ክሳብ መዓርግ ኮሚሽነር ንዘለው ኣባላት ፖሊስ ተፈፃሚ ይኸውን።

## ክፍሊ ክልተ

## ምልመላ፣ ስልጠናን ምደባን ፖሊስ

**ዓንቀፅ 5. ምልመላ**

1. ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቛሕታት ዘማልእ ሰብ ንፖሊስነት ክምልመል ይኽእል፦

ሀ. ዜግነቱ ኢትዮጵያዊ ዝኾነ፤

ለ.ንሕገ-መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ተኣማኒ ዝኾነ፤

ሐ. ዕድሚኡ ካብ 18 ዓመት ዘይነኣሰን ካብ 25 ዓመት ዘይበልፅን፤

መ. ብማዕርነት ብሄር ብሄረሰባት፣ ህዝብታትን

የሚሾም የተፈጥሮ ሰው ነው።

10. "የኮምሽነር መኣርግ " ማለት በፖሊሳዊ እድገት የኮምሽነርነት ማኣርግ ያገኘ ሰው ነው።

11. ርእሰ መስተዳድር ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ርእሰ መስተዳድር ነው።

12."ፖሊስ" ማለትኣስፈላጊውን ፖሊሳዊ ስልጠና ኣጠናቆ በኮምሽኑ የፖሊስነት የቅጥር ስርኣት ያሚ የተፈጥሮ ሰው ነው።

13. "ምልምል ፖሊስ" ማለት ፖሊሳዊ ስልጠናና ትምህርት ለመውሰድ በሰልጠና ወይም ልምምድ የሚገኝ የተፈጥሮ ሰው ነው።

**አንቀጽ 3. የፆታ ኣገላላፅ**

በወንድ ፆታ የተገለፀው ሴት ፆታንም የሚጨምር ነው።

**አንቀጽ 4. የተፈፃሚነት ወሰን**

ይህ ደንብ በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ከምልምል ፖሊስ እስከ ኮሚሽነርነት መኣርግ ላሉ የፖሊስ ኣባላት ተፈፃሚ ይሆናል።

## ክፍል ሁለት

## የፖሊስ ምልመላ ፣ስልጠናና ምደባ

**አንቀጽ 5. ምልመላ**

1. የሚከተሉትን መመዘኛዎች የሚያሟላ ሰው ለፖሊስነት ሊመለመል ይችላል፦

ሀ. ዜግነቱ ኢትዮጵያዊ የሆነ፤

ለ. ለኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ እና ለትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት ታማኝ የሆነ፤

ሐ. ዕድሜው ከ18 ዓመት ያላነሰና ከ25 ዓመት ያልበለጠ፤

መ. በብሄር ፣ ብሔረሰቦች፣ ሕዝቦችና በሃይማኖት እኩልነት የሚያምን፤

www.abyssinialaw.com



ሃይማኖታትን ዝኣምን፤
ረ. ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ብዲስፕሊኑ ወይ ስነ ምግባሩ ዕቡቕ ሽም ዘትረፈ፤
ሰ. ሓዳር ዘይገበረን ዘይወለደን፤
ሸ. ኣባል ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ዘይኮነ፤

ቀ. 10ይ ክፍሊ ዝወድአ ወይ ልዕሊኡ ዝኾነ፤
በ. ንፖሊስነት ዘድሊ ኣካላዊ ብቕዓትን ጥዕናን ዘማለአ፤
ተ. ሪከርድ ገበን ዘይብሉ፤
ቸ. ነባሪ ክልል ትግራይ ንምዃኑ ካብ ዝነብረሉ ከባቢ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል፤
ነ. ቋንቋ ስራሕ እዚ ክልል ዝኽእል፤
ኘ.ኣብ ሙሉእ ክልል ትግራይ ተመዲቡ ብፖሊስነት ንምግልጋል ፍቓደኛ ዝኾነ፤
አ. ከም ኣድላይነቱ መእተዊ ፈተና ቃል ወይ ፅሑፍ ዝሓለፈ።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 /ቀ/ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ ሚዛናዊ ተዋፀኦ ብሄረሰባት ኣብ ግምት ብምእታው ካብ ኢሮብን ኩናማን ዝምልመል እንተነኣሰ 6ይ ክፍሊ ዘጠናቐቐ ክምልመል ይኽእል።
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕሉው ኾይኑ ምልመላ ፖሊስ ንሚዛናዊ ተሳትፎ ፆታ ትኩረት ዝሃበ ክኸውን ኣለዎ
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ካብ ንኡስ ዓንቀፅ 1-3 ዝተደንገጉ ሕልዋት ኾይኖም ኮሚሽን ፖሊስ ከም ኣድላይነቱ ተወሰኽቲ መመልመሊ ረቋሒታት ብመምርሒ ከውፅእ ይኽእል።

ረ. በሕብረተሰቡ ውስጥ በድስፕሊኑ ወይም ስነ ምግባሩ መልካም ስም ያተረፈ፤
ሰ.ያላገባ እና ያልወለደ፤
ሸ. የማናቸውም የፖለቲካ ድርጅት ኣባል ያልሆነ፣
ቀ. 10ኛ ክፍል ያጠናቀቀ ወይም ከዚያ በላይ የሆነ፤
በ. ለፖሊስነት የሚያስፈልግ ኣካላዊ ብቃትና ጤንነት ፤ ያሟላ
ተ. የወንጀል ሪከርድ የሌለበት፤
ቸ. የትግራይ ክልል ነዋሪ ለመሆኑ ከሚኖርበት አከባቢ የድጋፍ ደብዳቤ ማቅረብ የሚችል፣
ነ. የክልሉ የስራ ቋንቋ የሚችል፤
ኘ. በትግራይ ክልል ውስጥ በማንኛውም ቦታ በፖሊስነት ተመድቦ ለማገልገል ፍቃደኛ የሆነ፤
አ. እንደ አስፈላጊነቱ የቃል ወይም የፅሑፍ የመግቢያ ፈተና ያለፈ።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1/ቀ/ የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ የብሄረሰቦች ሚዛናዊ ተዋፀኦን ከግምት በማስገባት ከኢሮብና ኩናማ የሚመለመል ቢያንስ 6ኛ ክፍል ያጠናቀቀ ሊመለመል ይችላል፣
3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ የፖሊስ ምልመላ ለፆታ ሚዛናዊ ተሳትፎ ትኩረት የሰጠ መሆን አለበት።
4. በዚህ አንቀፅ ከንኡስ አንቀፅ 1-3 የተደነገጉት እንደተጠበቁ ሆነው ፖሊስ ኮምሽን ተጨማሪ መስፈርቶችን በመመሪያ ሊያወጣ ይችላል።

ዓንቀፅ 6.መሰረታዊ ትምህርትን ስልጠናን ፖሊስ

1. ምልምል ፖሊስ ፖሊሳዊ ግልጋሎት ቅድሚ ምጅማሩ መሰረታዊ ፖሊሳዊ ትምህርትን ስልጠናን

አንቀጽ 6. መሰረታዊ የፖሊስ ትምህርትና ስልጠና

1. ምልምል ፖሊስ ፖሊሳዊ ኣገልግሎት ከመጀመሩ በፊት መሰረታዊ ፖሊሳዊ ትምህርትና ስልጠና

www.abyssinialaw.com



ዝወሰደን ዝዋሃቦ ፈተና ዝሓለፈን ክኸውን ኣለዎ።

2. ኣብ ኮሚሽን ፖሊስ መሰረታዊ ትምህርትን ስልጠናን ፖሊስ ኣብ ምክትታል ንዝርከብ ዝኾነ ምልምል ፖሊስ፦

ሀ. ምግቢ፣መደቀሲ፣ቱታ፣ መሳርሒ ዕሕፈትን ገንዘብ ጁባን ይዋሃቦ፤

ለ. ንዝበፅሖ ሕማም ወይ ሓደጋ ኣድላይ ሕክምና ክረክብ ይግበር፤ ኣፈፃፅምኡ ብመምርሒ ይውሰን፤

ሐ. ኣብ ስልጠና ምስ ልምምድ ተግባር ተተሓሒዙ ንዝበፅሕ ተሓታትነት ገበን እቲ ኮሚሽን በዓል ሞያ ሕጊ ብምምዳብ ነፃ ግልጋሎት ጥብቅና ክረክብ ይግበር፤

መ. ስልጠንኡ ከይወደአ ሕቶ መልቀቒ ዘቕርብ ምልምል ፖሊሰ ኣብ እዋን ስልጠና ዝተገበረሉ ወፃኢ ኸፊሉ ይሰናበት።

**ዓንቀፅ 7. ቃለ መሓላ**

1. ዝኾነ ምልምል ፖሊስ መሰረታዊ ትምህርትን ስልጠናን ፖሊስ ምስ ኣጠናቐቐ ቕድሚ ስራሕ ምጅማሩ ዝስዕብ ቓለ መሓላ ይፍፅም፦

"ኣነ------ ብሎሚ ዕለት------/---/---- ዓ/ም ኣባል ፖሊስ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኾይነ እንትቑፀር ንሕገ መንግስትታት ኢፌዴሪን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ካልኦት ሕግታትን ፖሊሲታትን እዚ መንግስቲ ንምኽባርን ክኽበር ንምግባርን፣ብሕጊ ወይ ብኣሰራርሓ ብሚስጢር ክተሓዙ ዝተወሰኑ ዋኒናት ንዘይምልከቶ ወገን ንዘይ ምግላፅ፣ ገበን ብውፍይነትን ብቁርፀኝነትን ንምክልኻልን ንህዝቢ ብዘይኣድልዎ፣ ብሓቂ ብተኣማንነትን ብቕንዕናን ንምግልጋል ቃል ይኣቱ።"

2. እቲ ቃለ መሓላ በቲ ምልምል ፖሊስ ተፈሪሙ ኣብ



የወሰደ የሚሰጠውን ፈተና ያለፈ መሆን አለበት።

2. በፖሊስ ኮምሽን መሰረታዊ የፖሊስ ትምህርትና ስልጠና በመከታተል ላይ ለሚገኝ ማንኛውም ምልምል ፖሊስ፦

ሀ. ምግብ፣መኝታ፣ቱታ፣የፅህፈት መሳሪያ እና የኪስ ገንዘብ ይሰጠዋል፤

ለ. ለሚደርስበት ሕመም ወይም አደጋ አስፈላጊውን ህክምና እንዲያገኝ ይደረጋል፤ አፈፃፀሙ በመመርያ ይወሰናል፤

ሐ. ከስልጠናው የተግባር ልምምድ ጋር ተያይዞ ለሚደርስበት የወንጀል ተጠያቂነት ፖሊስ ኮምሽኑ የህግ ባለ ሙያ በመመደብ ነፃ የጥብቅና አገልግሎት እንዲያገኝ ይደረጋል፤

መ. ስልጠናውን ሳይጨርስ የስንብት ጥያቄ የሚያቀርብ ምልምል ፖሊሰ በስልጠና ወቅት የተደረገለትን ወጪ ከፍሎ ይሰናበታል።

**አንቀጽ 7.ቃለ መሓላ**

1. ማንኛውም ምልምል ፖሊስ መሰረታዊ የፖሊስ ትምህርትና ስልጠና አንዳጠናቀቀ ሥራ ከመጀመሩ በፊት የሚከተለውን ቃል መሓላ ይፈፅማል፦

"እኔ---------በዛሬው ቀን----/---/ -- ዓ/ም የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፖሊስ አባል ሆኜ ስቀጠር የኢፌድሪና የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህገ መንግስት፣ ሌሎች ህጎችንና ፖሊሲዎችን ለማክበርና ለማስከበር፣በህግ ወይም በአሰራር በሚስጥርነት እንዲያዙ የተወሰኑ ጉዳዮችን ለማይመለከተው ወገን ላለመግለፅ፣ ወንጀልን በታታሪነትና በቁርጠኝነት ለመከላከልና ህዝቡን ያለ አድልዎ፣ በእውነት፣በታማኝነትና በቅንነት ለማገልገል ቃል እገባለሁ።

2. ቃለ መሓላው በምልምል ፖሊሱ ተፈርሞ በግል

ውልቀ ማህደሩ ተተሓሒዙ ይቕመጥ።

**ዓንቀፅ 8. ውዕሊ ቁፃር**

1. ምልምል ፖሊስ ኣባል ፖሊስ ዝኸውን መሰረታዊ ትምህርትን ስልጠናን ፖሊስ ወዲኡ ቃለ መሓላ ፈፂሙ ውዕሊ ቁፃር ድሕሪ ምፍራሙ እዩ።
2. ውዕሊ ቁፃር ዝፈረመ ኣባል ፖሊስ ነቲ ውዕሊ ካብ ዝፈረመሉ መዓልቲ ጀሚሩ 7 ዓመት ናይ ምግልጋል ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 9. ምደባ**

1. ምደባ ዝኾነ ፖሊስ ዝፍፀም፦

ሀ. ትልሚ ሓይሊ ሰብ እቲ ኮሚሽን ፤

ለ. እቲ ስራሕ ዝሓቶ ብርኪ ትምህርቲ፣ ፍልጠትን ክእለትን፤

ሐ. እቲ ፖሊስ ዝሓዞ መዓርግ፣ዘበን ግልጋሎትን ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕን መሰረት ብምግባር ይኸውን።

2. ዝኾነ ፖሊስ ከምኣድላይነቱ ብፌደራል ሕቶ እንትቐርብ ኣብ ዓዲ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወፃኢ ዓዲ ተመዲቡ ክሰርሕ ግቡእ ኣለዎ።
3. ንዝኾነ ፖሊስ እቲ መዳቢ ኣካል እንተይፈለጠ ካብ ዝተመደበሉ ቦታ ምልዓል ወይ ናብ ካልእ ቦታ ምምዳብ ይኹን ምዝዋር ኣይካኣልን።
4. ዝኾነ ፖሊስ በቲ ኮሚሽን ብዝወፀ ምደባ ስራሕ ወይ ብምኽንያት ዝውውር ካብ ቦታ ናብ ቦታ እንትጓዓዝ ንባዕሉ፣ ቤተሰቡን ንብረቱን መጓዓዝ ሙሉእ ወፃኢ በቲ ኮሚሽን ይሽፈን።

**ዓንቀፅ 10. ስልጣን ምቑፃር፣ምምዳብን ዝውውርን**

1. ቁፃር ዝኾነ ፖሊስ ዝፍፀም በቲ ኮሚሽን ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ ኮይኑ ኣብ ኮሚሽነር ቀሪቡ

ማህደሩ ላይ ይቀመጣል።

**አንቀጽ 8. የቅጥር ውል**

1. ምልምል ፖሊስ የፖሊስ ኣባል የሚሆነው መሰረታዊ የፖሊስ ትምህርትና ስልጠና አጠናቆ ቃለ መሓላ በመፈፀም የቅጥር ውል ከፈረመ በኋላ ነው።
2. የቅጥር ውል የፈረመ የፖሊስ ኣባል ውሉን ከፈረመበት ቀን ጀምሮ 7 ዓመት የማገልገል ግዴታ አለበት።

**አንቀጽ 9. ምደባ**

1. የማንኛውም ፖሊስ ምደባ የሚፈፀመው

ሀ. የኮሚሽኑ የሰው ሃይል እቅድ፤

ለ. ስራው የሚጠይቀውን የትምህርት ደረጃ ፣ ዕውቀትና ክህሎት ፤ እና

ሐ. ፖሊሱ የያዘውን መዓርግ፣የአገልግሎት ዘመንና የስራ አፈፃፀም ውጤት፤ መሰረት በማድረግ ይሆናል።

2. ማንኛውም ፖሊስ በፌደራል ጥያቄ ሲቀርብ እንደ አስፈላጊነቱ በኣገር ውስጥ ይሁን በውጭ ሀገር ተመድቦ የመስራት ግዴታ ኣለበት።
3. ማንኛውንም ፖሊስ መዳቢው አካል ሳያውቅ ከምደባው ማንሳት፣ ማዛወር ወይም ሌላ ምደባ ማድረግ አይቻልም።
4. ማንኛውም ፖሊስ በምደባ ወይም ዝውውር ምክንያት ከአንድ ቦታ ወደ ሌላ ቦታ ሲጓጓዝ የፖሊሱን ፣የቤተሰቡንና የጓዙን የትራንስፖርት ሙሉ ወጪ ኮሚሽኑ ይሸፍናል።

**አንቀጽ 10. የመቅጠር፣የመመደብና የማዛወር ስልጣን**

1. የማንኛውም ፖሊስ ቅጥር የሚፈፀመው በኮሚሽኑ የሰው ሃይል አስተዳደር ሆኖ ለኮሚሽነር ቀርቦ

www.abyssinialaw.com



ይፀድቕ።

2. ካብ ወረዳ ሓላፊ ወፃኢ ንዘለው ኣመራርሓ ዝግበር ምደባን ዝውውርን ብሓላፊ ዞባ ውሳነ ሓሳብ ቀሪቡ ብኮሚሽነር ይፀድቕ።

3. ኣብ ወረዳ ንዝርከቡ ኣባላት ፖሊስ ኣብ ውሽጢ እቲ ወረዳ ዝግበር ምደባን ዝውውርን ብወረዳ ሓላፊ ዝፍፀም ኮይኑ ንዞባ ፖሊስን ንሓይሊ ሰብ ምምሕዳር ኮሚሽንን ብቕዳሕ የፍልጥ።

4. በቢ ብርኩ ንዘሎ ብሞያ ንዝተመደበ ፖሊስ ዝግበር ዝውውር ሞያ ብመቕረባይነት ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ክልል ብኮሚሽነር ይፀድቕ።

5. ኣብ ኣውራን ደጋፍን ከይዲ ስራሕ ዝርከቡ ኣባላት ፖሊስ፣ ሓለፍቲ ዞባን ወረዳን ዝግበር ምደባን ዝውውርን ብመቕረባይነት ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ብኮሚሽነር ይፀድቕ።

6. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1፣ 2፣ 4ን 5ን እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ እቲ ኮሚሽነር ኣድላይ ኮይኑ እንትረኽቦ በብደረጅኡ ዝተዋሃቦ ስልጣን ምቑፃር፣ምምዳብን ምዝውዋርን ኣባላት ፖሊስ ክቕንስ ወይ ክውስኽ ወይ ባዕሉ ከማእኽሎ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 11. ብዝውውር ወይ ብተጠባባቕነት ምምዳብ

1. ዝኾነ ፖሊስ እቲ ኮምሽን ኣድላይ ኮይኑ እንትረኽቦ ካብ ሓደ መደብ ስራሕ ማዕረ ብርኪ ስራሕን መሃያን ናብ ዘለዎ ካልእ ተመሳሳሊ መደብ ስራሕ ወይ ካብ ሓደ ቦታ ስራሕ ናብ ካልእ ቦታ ስራሕ ኣዛዊሩ ከስርሖ ይኽእል።

2. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ እንተሃለወ እውን እቲ ኮሚሽን ኩነታት ስራሕ እንተገድዶ መሃያ ከይወሰኽ ካብ ሓደ ዓመት



ይፀድቃል።

2. ከወረዳ ሃላፊ ውጭ ላሉት አመራሮች የሚደረግ ምደባና ዝውውር በዞን ሃላፊ የውሳኔ ሃሳብ ቀርቦ በኮሚሽነር ይፀድቃል።

3. በወረዳ ለሚገኙት የፖሊስ አባሎች በወረዳው ውስጥ የሚደረግ ምደባና ዝውውር በወረዳ ሃላፊ የሚፈፀም ሆኖ ለዞን ፖሊስ እና ለኮሚሽኑ የሰው ሃይል አስተዳደር በግልባጭ ያሳውቃል።

4. በየደረጃው ላለው በሞያ በተመደበ ፖሊስ የሚደረግ የሞያ ዝውውር በክልል የሰው ሃይል አስተዳደር አቅራቢነት በኮሚሽነር ይፀድቃል።

5. በዋና እና በደጋፊ የስራ ሂደት ውስጥ የሚገኙ የፖሊስ አባሎች፣ የዞን ሃላፊዎችና፣ የወረዳ ሃላፊዎች የሚደረግ ምደባና ዝውውር በሰው ሃይል አስዳደር አቅራቢነት በኮሚሽነር ይፀድቃል።

6. በዚህ አንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1፣ 2፣ 4 እና 5 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ኮሚሽነሩ አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው በየደረጃው የተሰጠውን የፖሊስ አባሎችን የመቅጠር ፣ የመመደብ እና የማዘዋወር ስልጣን ሊቀንስ ወይም ሊጨምር ወይም ራሱ ሊያማክለው ይችላል።

## አንቀጽ 11. በዝውውር ወይም በተጠባባቂነት መመደብ

1. ማንኛውም ፖሊስ ኮሚሽኑ አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው ከአንድ የስራ መደብ እኩል የስራ ደረጃና ደመወዝ ወዳለው ሌላ ተመሳሳይ የስራ መደብ ወይም ከአንድ የስራ ቦታ ወደ ሌላ የስራ ቦታ በማዛወር ሊያሰራው ይችላል።

2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው ቢኖርም ኮሚሽኑ የስራ ሁኔታ ሲያስገድደው ደመወዝ ሳይጨምር ከፍ ባለ የስራ ደረጃ ላይ ከአንድ አመት

www.abyssinialaw.com



ንዘይነውሐ እዋን ናብ ዝለዓለ ብርኪ ስራሕ ብተጠባባቂነት መዲቡ ከስረሖ ይኽእል።

3. ዝኾነ ፖሊስ ብምኽንያት ፀገም ጥዕና ኣብ ዝሓዞ መደብ ስራሕ ወይ ኣብ ዝተመደቦ ቦታ ስራሕ ንክሰርሕ ዘይምኽኣሉ ብመረዳእታ ሓኪም እንትረጋገፅ፦

ሀ. ብተመሳሳሊ ብርኪ ክምደብ ዘኽእል ክፍቲ መደብ ስራሕ ወይ ቦታ እንተሃልዩ ብዝሓዞ ብርኪ ክዛወር ይግበር ፤ወይ

ለ. ብተመሳሳሊ ብርኪ ንኽምደብ ዘኽእል ክፍቲ ቦታ ስራሕ እንተዘይሃልዩ እቲ ፖሊስ ትሕት ኣብ ዝበለ ብርኪ ንምስራሕ ፍቃደኛ እንተኾይኑ ደረጅኡ ቐኒሱ ናብ ዘሎ ቦታ ስራሕ ክዛወር ይግበር ፤ ኮይኑ ግን ኣብ ዝተሓተ ብርኪ ስራሕ ተመዲቡ ንምስራሕ ፍቃደኛ እንተዘይኾይኑ ኣገልግሎቱ ይቋረፅ።

4. ኣብ ኣመራርሓ ዘሎ ዝኾነ ፖሊስ ብምኽንያት ስራሕ መንግስቲ ኣብ ስርሑ እንተዘይሃልዩ ካብ ሓደ ወርሒ ንዘይበለፀ ጊዜ ንብትሕቲኡ ዘሎ ቅርበት ንዘሎዎ ሓላፊ ንኮሚሽን ፖሊስ ኣፍሊጡ ውክልና ክህብ ይኽእል።

5. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 4 እዚ ዓንቀፅ ስልጣን ውክልና ዝሃበ ፖሊስ ናብ ስርሑ ከይተመለሰ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ዝፀንሕ እንተኾይኑ እቲ ኮሚሽን ውክልና ንክናዋሕ ብምግባር ነቲ ብርኪ ስራሕ ዝተፈቐደ ጥቅማ ጥቕሚ እቲ ተወካሊ ንኽረክብ ክገብር ይኽእል።

6. መደብ ስርሑ ዝተሰረዞ ዝኾነ ፖሊስ ኣብቲ ኮሚሽን ናብ ዝርከብ ተመሳሳሊ ብርኪ ዘለዎ መደብ ስራሕ ንኽዛወር ይግበር፤ኾይኑ ግን ተመሳሳሊ ብርኪ ዘለዎ መደብ ስራሕ ዘይርከብ እንተኾይኑ መሃይኡ እንተይቐነሰ ትሕት ናብ ዝበለ መደብ ስራሕ ክዛወር



ላልበለጠ ጊዜ በተጠባባቂነት መድቦ ሊያሰራው ይችላል።

3. ማንኛውም ፖሊስ በጤና መታወክ ምክንያት በያዘው የስራ መደብ ላይ ወይም በተመደበበት የስራ ቦታ ሊሰራ አለመቻሉን በሕክምና ማስረጃ ሲረጋገጥ ፡-

ሀ. በተመሳሳይ ደረጃ ሊመደብ የሚችልበት ክፍት የስራ መደብ ወይም ቦታ ካለ በያዘው ደረጃ እንዲዛወር ይደረጋል፤ ወይም

ለ. በተመሳሳይ ደረጃ ሊመደብ የሚችልበት ክፍት የስራ ቦታ ከሌለና ዝቅ ባለ ደረጃ ለመስራት ፍቃደኛ ከሆነ ደረጃውን ቀንሶ ወዳለው የስራ ቦታ እንዲዛወር ይደረጋል፤ ሆኖም ዝቅ ባለ የስራ ደረጃ ተመድቦ ለመስራት ፍቃደኛ ካልሆነ አገልግሎቱ ይቋረጣል።

4. በአመራር ደረጃ ላይ ያለ ማንኛውም ፖሊስ በመንግስት ስራ ምክንያት በስራ ገበታው ላይ በማይኖርበት ጊዜ ከአንድ ወር ላልበለጠ ጊዜ ከራሱ ቀጥሎ ወደ ታች በሃላፊነት ቀረቤታ ላለው ሃላፊ ኮሚሽኑን በማሳወቅ የስልጣን ውክልና ሊሰጥ ይችላል።

5. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 4 መሰረት የውክልና ስልጣን የሰጠ ፖሊስ ወደ ስራው ሳይመለስ ከአንድ ዓመት በላይ የሚቆይ ከሆነ ኮሚሽኑ ውክልናው እንዲራዘም በማድረግ የስራ ደረጃው ሊያስገኝ የሚችለውን ጥቅማ ጥቅም ተወካዩ እንዲያገኝ ማድረግ ይችላል።

6. የስራ መደቡ የተሰረዘበት ማንኛውም ፖሊስ በኮሚሽኑ ተመሳሳይ ደረጃ ወዳለው የስራ መደብ እንዲዛወር ይደረጋል፤ተመሳሳይ ደረጃ ያለው የስራ መደብ የማይገኝ ከሆነም ደመወዙ ሳይቀነስ ዝቅ ያለ ደረጃ ወዳለው የስራ መደብ እንዲዛወር ይደረጋል ፤

www.abyssinialaw.com



ይግበር፤ ፍቓደኛ እንተዘይኾይኑ ግን ግልጋሎቱ ይቋረፅ።

**ዓንቀፅ 12. ኣብ ስሩዕ ስራሕ ወይ ካብ ስራሕ ወፃኢ ኾይኑ ዝዋሃብ ትምህርትን ስልጠናን**

1. ዝኾነ ፖሊስ ንዝተመደበሉ ስራሕ ብቑዕ ዝገብር ትምህርትን ስልጠናን ኣብ ስሩዕ ስራሕ እናሃለወ ወይ ካብ ስራሕ ወፃኢ ኾይኑ ክረክብ ይግበር።
2. እቲ ፖሊስ፦

ሀ. ኣብ መደበኛ ስራሕ ኾይኑ ንዝተኸታተሎ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ክንዲ ዝወሰዶ ግዘ፤ ወይ

ለ. ካብ ስሩዕ ስራሕ ወፃኢ ኮይኑ ንዝተኸታተሎ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ዕፅፊ እቲ ዝወሰዶ ግዘ፤ ምግልጋል ግቡእ ኣለዎ።

**ክፍሊ ሰለስተ**

**ዕብየት መዓርግን ምደባ ቦታ ሓላፍነትን**

**ዓንቀፅ 13. ዕብየት መዓርግ**

1. ዝኾነ ፖሊስ ንዕብየት ዝኽልክልዎ ኩነታት እንተዘይሃልዮም ብመሰረት ምስ 'ዚ ደንቢ ዝተተሓሓዘ ቅጥዒ እዋን ፃንሒት መዓርግ እንተጠናቕቕን ዘዕግብ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ እንተመዝግብን ዕብየት መዓርግ ይረክብ።
2. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ፦

ሀ. ካብ ምክትል ሳጅን ክሳብ ዋና ሳጅን ዝዋሃብ ዕብየት መዓርግ ብውድድር ይኸውን፤

ለ. ካብ ዋና ሳጅን ናብ ሓጋዚ ኢንስፔክተር፣ ካብ ኢንስፔክተር ናብ ዋና ኢንስፔክተርን ካብ ኮማንደር ናብ ሓጋዚ ኮሚሽነር ዝግበር ዕብየት መዓርግ ዝዋሃብ ብውድድር፣ብፈተናን ብስልጠናን ይኸውን።

3.ዝኾነ ፖሊስ ዕብየት መዓርግ ክረክብ ዝኽእል ካብ



ሆኖም ዝቅ ወዳለ የስራ መደብ ለመዛወር ፈቃደኛ ካልሆነ አገልግሎቱ ይቋረጣል።

**አንቀጽ 12. በመደበኛ ስራ ላይ ወይም ከስራ ውጪ ሆኖ ስለሚሰጥ ትምህርትና ስልጠና**

1. ማንኛውም ፖሊስ ለተመደበበት ስራ ብቁ የሚያደርግ ትምርትና ስልጠና በመደበኛ ስራ ላይ ወይም ከስራ ውጪ ሆኖ እንዲያገኝ ይደረጋል።
2. ፖሊሱ ፦

ሀ. በመደበኛ ስራ ላይ ሆኖ ለተከታተለው ትምህርት ወይም ስልጠና የወሰደውን ጊዜ ያህል፤

ለ. ከመደበኛ ስራ ውጭ ሆኖ ለተከታተለው ትምህርት ወይም ስልጠና የወሰደውን ጊዜ እጥፍ፤ የማገልገል ግዴታ ይኖርበታል።

**ክፍል ሶስት**

**የማዕረግ እድገትና የሃላፊነት ቦታ ምደባ**

**አንቀጽ 13. የማዕረግ እድገት**

1. ማንኛውም ፖሊስ እድገትን የሚያስከለክሉ ሁኔታዎች ከሌሉ በስተቀር ከዚህ ደንብ ጋር በተያያዘው ሰንጠረዥ መሰረት የማዕረግ ቆይታ ጊዜ ሲያጠናቅቅ እና በስራ አፈፃፀሙ አጥጋቢ ውጤት ሲያስመዘግብ የማዕረግ እድገት ያገኛል።
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ፦

ሀ. ከምክትል ሳጅን እስከ ዋና ሳጅን ድረስ ያሉት ማዕረጎች የሚሰጡት በውድድር ይሆናል፤

ለ. ከዋና ሳጅን ወደ ረዳት ኢንስፔክተር፣ ከኢንስፔክተር ወደ ዋና ኢንስፔክተር እና ከኮማንደር ወደ ረዳት ኮሚሽነር የሚደረጉ የማዕረግ እድገቶች የሚሰጡት በውድድር፣ በፈተና እና በስልጠና ይሆናል።

3.ማንኛውም ፖሊስ የማዕረግ እድገት ማግኘት

www.abyssinialaw.com



ዝሓዞ ቀፂሉ ንዘሎ መዓርግ እዩ።

4.ድንጋገታት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ን 2 እዚ ዓንቀፅ እንተሃለዉ እውን፦

ሀ. ዝለዓለ ጀግንነትን ውፅኢት ስራሕን ንዘመዝገበ ወይ ፍሉይ ምህዞ ንዝማሃዘ ፖሊስ ቅልጡፍ ዕብየት መዓርግ ክዋሃቦ ይኽእል፤ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን

ለ. መወዳደሪ ረቛሒ ዘማለአን መመዘኒ ፈተና ዝሓለፍን ኣብ ዝኾነ ታሕተዋይ ብርኪ መዓርግ ዝርከብ ፖሊስ ንመዓርግ ሓጋዚ ኢንስፔክተርነት ክወዳደር ይኽእል።

5.ዝኾነ ፖሊስ ምስ ፖሊሳዊ ስራሕ ርክብ ብዘለዎ መዳይ ኣፍልጦ ካብ ዘለዎ ትካል ትምህርቲ ወይ መሰልጠኒ ምምራቑ ጥራሕ ዕብየት መዓርግ ኣየውህቦን፤ ኮይኑ ግን ንውድድር ዕብየት መዓርግ ዝተወሰነ ነጥቢ ክውህቦ ይኽእል።

6.ምርካብ ዕብየት መዓርግ በቲ መዓርግ ዝርከብ ጥቕሚ ካብ ምርካብ ወፃኢ ምደባ ቦታ ሓላፍነት ኣየውህብን።

## ዓንቀፅ 14. ምደባ ቦታ ሓላፍነት

1. ዝኾነ ፖሊስ ንምደባ ቦታ ሓላፍነት ዝኽልክሉ ኩነታት እንተዘይሃልዮም ኣብቲ ኮሚሽን ዝርከብ ክፍቲ ቦታ ንሓላፍነት ክወዳደር ይኽእል።
2. ዝኾነ ፖሊስ ንሓላፍነት ቦታ ክወዳደር ዝኽእል ካብ ዝሓዞ ቦታ ሓላፍነት ሓደ ብርኪ ናብ ዝለዓለ ቦታ ሓላፍነት ጥራሕ እዩ፤ ኮይኑ ግን ዝተፈለየ ሞያዊ ብቕዓት ከምዘለዎ እንትረጋገፅን ንኮሚቴ ማነጅመንትን እቲ ኮሚሽን ቀሪቡ እንትፍቀድን ካብ ዝሓዞ ቦታ ሓላፍነት ክልተ ብርኪ ናብ ዝለዓለ ቦታ ሓላፍነት ክወዳደር



የሚችለው ከያዘው ማዕረግ ቀጥሎ ያለውን ነው።

4.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 እና 2 ድንጋጌዎች ቢኖሩም፦

ሀ. የላቀ ጀግንነትና የስራ ውጤት ላስመዘገበ ወይም ልዩ የፈጠራ ስራ ለስራ ፖሊስ የተፋጠነ የማዕረግ እደገት ሊሰጠው ይችላል፤ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል

ለ. የማወዳደሪያ መስፈርቱን የሚያሟላና የመመዘኛ ፈተናውን የሚያልፍ በማንኛውም ዝቅተኛ የማዕረግ እረከን ላይ የሚገኝ ፖሊስ ለረዳት ኢንስፔክተርነት ማዕረግ መወዳደር ይችላል።

5.ማንኛው ፖሊስ ከፖሊስ ስራ ጋር ግንኙነት ባለው መስክ ዕውቅና ካለው የትምህርት ወይም ማሰልጠኛ ተቋም የተመረቀ መሆኑ ብቻ የማዕረግ እድገት አያሰጠውም፤ሆኖም ለማዕረግ እድገት ውድድር የተወሰነ ነጥብ ሊያሰጠው ይችላል።

6.የማዕረግ አድገት ማግኘት ማዕረጉ የሚያስገኘውን ጥቅማጥቅም ከማግኘት ውጪ የሃላፊነት ቦታ ምደባን አያሰጥም።

## አንቀጽ 14. የሃላፊነት ቦታ ምደባ

1. ማንኛውም ፖሊስ የሃላፊነት ቦታ ምደባን የሚያስከለክሉ ሁኔታዎች ከሌሉ በስተቀር በኮሚሽኑ ውስጥ ለሚገኝ ክፍት የሃላፊነት ቦታ ለመወዳደር ይችላል።
2. ማንኛወም ፖሊስ ለሃላፊነት ቦታ መወዳደር የሚችለው ከያዘው የሃላፊነት ቦታ አንድ ደረጃ ከፍ ብሎ ላለው የሃላፊነት ቦታ ብቻ ነው ፤ ሆኖም የተለየ ሞያ ወይም ብቃት እንዳለው ሲረጋገጥና ለኮሚሽኑ የማኔጅመንት ኮሚቴ ቀርቦ ሲፈቀድ ከያዘው የሃላፊነት ቦታ በሁለት ደረጃ ከፍ ላለው የሃላፊነት ቦታ ሊወዳደር ይችላል።

www.abyssinialaw.com



ይኽእል።

3. ዝኾነ ተወዳዳሪ ምደባ ቦታ ሓላፍነት ዝዋሃቦ ነቲ ክፍቲ ቦታ ተደላዩ ብርኪ ትምህርቲ፣ብቕዓት ኣፈፃፅማ ስራሕ፣ ፅቡቕ ስነ-ምግባር፣ዘበን ግልጋሎት ኣማሊኡ እንትርከብን ከም ኣድላይነቱ ነቲ ውድድር ዝተዳለወ ፈተና እንትሓልፍ ይኸውን።

4. ምርካብ ምደባ ቦታ ሓላፍነት ነቲ ቦታ ዝኸፈል መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ካብ ምርካብ ወፃኢ ዕብየት መዓርግ ኣየውህብን፤ ኮይኑ ግን ንውድድር ዕብየት መዓርግ ከም ሓደ ረቛሒ ኣብ ግምት ውሽጢ ይኣቱ።

## ዓንቀፅ 15. ንዕብየት ወይ ንምደባ ቦታ ሓላፍነት ቐዳምነት ዘውህቡ ኩነታት

1. ንዕብየት መዓርግ ወይ ንምደባ ሓላፍነት ቦታ ብሕፁይነት ዝቐረቡ ኣባላት ፖሊስ ተመሳሳሊ ውፅኢት ውድድር እንተምፂኦም ቐዲሙ መዓርግ ንዝረኸበ ቐዳምነት ይዋሃብ።

2. ንዕብየት መዓርግ ወይ ንምደባ ቦታ ሓላፍነት ብሕፁይነት ዝቐረቡ ተወዳደርቲ ተመሳሳሊ ውፅኢት እንተረኺቦምን ተመሳሳሊ ብርኪ መዓርግ ብርኪ ዘለዎም እንተኾይኖምን ነቲ ዕብየት ወይ ምደባ ዘድሊ ሕፁይ ንምፍላይ ፉሉይ ደገፍ ካብ ዘድልዮም ብሄረሰብ ኢሮብን ኩናማን ዝኾኑ ኣባላት ፖሊስን ኣባላት ፖሊስ ደቂ ኣንስትዮን ቐዳምነት ይውሃብ።

3. ተወዳደርቲ ኣካላት ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት እንትርከቡ ኮሚሽነር ተወሳኺ መፍለዩ ረቛሓ ክጥቀም ይኽእል።

3. ማንኛውም ተወዳዳሪ የሃላፊነት ቦታ ምደባ የሚሰጠው ለክፍት ቦታው ተፈላጊውን የትምህርት ደረጃ ፣ የስራ አፈፃፀም ብቃት ፣ መልካም ስነ ምግባር ፣ የአገልግሎት ዘመን አሟልቶ ሲገኝና እንደአስፈላጊነቱ ለውድድሩ የተዘጋጀውን ፈተና ሲያልፍ ይሆናል።

4. የሃላፊነት ቦታ ምደባ ማግኘት ቦታው የሚያስገኘውን ደመወዝና ጥቅማጥቅም ከማግኘት በስተቀር የማዕረግ እድገት አያሰጥም ፤ ሆኖም ለማዕረግ እድገት ውድድር እንደ አንድ መስፈርት ግምት ውስጥ ይገባል።

## አንቀጽ 15. ለእድገት ወይም ለሃላፊነት ቦታ ምደባ ቅድሚያ የሚያሰጡ ሁኔታዎች

1. ለማዕረግ እድገት ወይም ለሃላፊነት ቦታ ምደባ በእጩነት የቀረቡ የፖሊስ አባላት ተመሳሳይ የውድድር ውጤት ካስመዘገቡ ቀድሞ ማእርግ ላገኘ ቅድሚያ ይሰጣል።

2. ለማዕረግ እድገት ወይም ለኃላፊነት ቦታ ምደባ በእጩነት የቀረቡ ተወዳዳሪዎች ተመሳሳይ ውጤት ካስመዘገቡና ተመሳሳይ የማዕረግ ደረጃ ላይ ከሆኑ ለእድገቱ ወይም ለምደባው የሚያስፈልገውን እጩ ለመለየት ልዩ ድጋፍ ከሚሹ ከኢሮብና ኩናማ ለሆኑ የፖሊስ አባላትና ለሴት ፖሊስ አባላት ቅድሚያ ይሰጣል።

3. ተወዳዳሪ አካላት በተመሳሳይ ሁኔታ ሲገኙ ኮምሽነሩ ተጨማሪ መለያ መመዘኛ ሊያወጣ ይችላል።

www.abyssinialaw.com



## ዓንቀፅ 16. ዕብየትን ምደባ ቦታ ሓላፍነትን ዘኸልክሉ ኩነታት

ዝኾነ ፖሊስ፦

1. ግልጋሎቱ ብመሰረት እዚ ደንቢ ዝናወሐሉ እንተዘይኾይኑ ጡረታ ንምውፃእ ሓደ ዓመት ወይ ካብኡ ንታሕቲ ዝተረፎ እንተኾይኑ፤
2. ብመሰረት እዚ ደንቢ ቅፅዓት ድስፕሊን ንመወዳእታ እዋን ዝተወሰነሉን እዋን ሪከርዱ ዘይሓለፎ እንተኾይኑ፤
3. ብተግባር ገበን ተኸሲሱ ስልጣን ብዘለዎ ቤት ፍርዲ ዝተቀፀዐ እንተኾይኑን ነቲ ቅፅዓት ካብ ዝወደአሉ መዓልቲ ጀሚሩ ክልተ ዓመት ዘይመልአ እንተኾይኑ፤
4. ብኸቢድ ጥፍኣት ድስፕሊን ወይ ብሕጊ ተኸሲሱ ዋኒኑ ገና ኣብ ከይዲ ዘሎ እንተኾይኑ ንዕቤት መዓርግ ይኹን ንምደባ ቦታ ሓላፍነት ክወዳደር ኣይኽእልን።

## ዓንቀፅ 17. ምስራዝ ዕብየትን ምደባ ቦታ ሓላፍነትን

መረዳእታ ሓሶት ብምቕራብ ዝተረኸበ ወይ ሕጊ ተሓላሊፉ ዝተዉሃበ ዕብየት መዓርግ ወይ ምደባ ቦታ ሓላፍነት ብድስፕሊንን ብገበንን ዘስዕቦ ተሓታትነት ሕልው ኮይኑ እቲ ዝተውሃበ ዕብየት መዓርግ ወይ ምደባ ቦታ ሓላፍነት ኣብዝኾነ ግዜ ይስረዝ።

## ዓንቀፅ 18. ስልጣን ምፅዳቕን ምስራዝን ዕብየት ማዓርግ

1. ካብ ሓጋዚ ኮሚሽነር ክሳብ ብርኪ ኮሚሽነር ዘሎ ዕብየት መዓርግ ንክፀድቕ ናብ ቢሮ ፀጥታን ምምሕዳርን ቀሪቡ ብርእሰ ምምሕዳር ምስ ፀደቐ ይትግበር።
2. ካብ ሓጋዚ ሳጅን ክሳብ ኮማንደር ዘሎ መዓርግ

## አንቀጽ 16. እድገትና የኃላፊነት ቦታ ምደባ የሚያስከለክሉ ሁኔታዎች

ማንኛውም ፖሊስ ፡-

1. አገልግሎቱ በዚህ ደንብ መሠረት የሚራዘምለት ካልሆነ በስተቀር ጡረታ ለመውጣት አንድ ዓመት ወይም ከዚያ በታች የቀረው ከሆነ፤
2. በዚህ ደንብ መሰረት የድስፕሊን ቅጣት ለመጨረሻ ጊዜ የተወሰነበትና የሪከርድ ጊዜው ያላለፈ ከሆነ ፤
3. በወንጀል ድርጊት ተከሶ ስልጣን ባለው ፍርድ ቤት የተቀጣ ከሆነና ቅጣቱን ከፈፀመበት ቀን ጀምሮ ሁለት ዓመት ያልሞላው ከሆነ ፤
4. በከባድ የድስፕሊን ጥፋት ወይም በሕግ ተከሶ ጉዳዩ ገና በሂደት ላይ ከሆነ ለማዕርግ ዕድገት ይሁን ለሃላፊነት ቦታ ምደባ መወዳደር አይችልም።

## አንቀጽ 17. የእድገትንና የሃላፊነት ቦታ ምደባን ስለመሰረዝ

የሃሰት ማስረጃ በማቅረብ የተገኘ ወይም ህግን በመተላለፍ የተሰጠ የማዕረግ እድገት ወይም የሃላፊነት ቦታ ምደባ በድስፕሊንና በወንጀል የሚያስከትለውን ተጠያቅነት እንደተጠበቀ ሆኖ የተሰጠው የማእርግ እድገት ወይም የምደባ ቦታ ሃላፍነት በማንኛውም ጊዜ ይሰረዛል።

## አንቀጽ 18. የማዕረግ እድገትን የማፅደቅና የመሰረዝ ስልጣን

1. ከረዳት ኮሚሽነር እስከ ኮሚሽነር ደረጃ ያለው የማዕረግ እድገት ለፀጥታና አስተዳደር ቢሮ ቀርቦ በርእሰ መስተዳድር ሲፀድቅ ተግባራዊ ይሆናል።
2. ከረዳት ሳጅን እስከ ኮማንደር ደረጃ ያለው የማዕረግ

www.abyssinialaw.com



ብኮምሽነር ይፀድቕ።

3. ውሳነ ምስራዝ ዝኾነ ዕብየት ዝህብ ነቲ መዓርግ ዕብየት ክፀድቕ ስልጣን ዝተዋሃቦ ኣካል ይኸውን።

4. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ኮሚሽነር ስልጣን ምፅዳቕን ምስራዝን ዕብየት ማዓርግ ከም ኣድላይነቱ ንካልኦት ሓለፍቲ እቲ ኮሚሽን ብውክልና ከማሓላልፍ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 19. ምልክት መዓርግ**

ዝኾነ ፖሊስ ንዕብየት መዓርግን ከርኢ ዝኽእል ምልክት መዓርግ ምስ ደምቢ ክዳኑ ይገብር።

**ዓንቀፅ 20. ኮሚቴ ዕብየት**

ኮሚሽን ፖሊስ ንዕብየት መዓርግን ንምደባ ቦታ ሓላፍነትን ሕፁያት ኣወዳዲሩ ብምምራፅ ውሳነ ሓሳብ ዘቕርብ ኮሚቴ ዕብየት ብመምርሒ ከቕውም ይኽእል።

**ክፍሊ ኣርባዕተ**

**መሃያ፣ደምቢ ክዳን፣ዕጥቂ፣ኣርማን መለለዪ ካርድን**

**ዓንቀፅ 21. ስኬል ማሃያ**

1. እቲ ኮሚሽን ንኣባላቱ ዘገልግል ስኬል መሃያ ብምፅናዕ ናብ ቢሮ ፀጥታን ምምሕዳርን ብምቕራብ፤ብመንግስቲ እንትፍቀድ ተግባራዊ ይገብር።

2. እቲ ኮሚሽን ኣድላይ ኮይኑ እንትረኽቦ በቢ እዋኑ ዝፍጠሩ ለውጥታት ቁጠባ መሰረት ብምግባር መበገሲ መማሓየሺ ስኬል መሃያ ብምፅናዕ ናብ ቢሮ ፀጥታን ምምሕዳርን የቕርብ፣ ብመንግስቲ እንትፍቀድ ኣብ ተግባር የውዕል፤ ኣፈፃፅምኡ ይቆፃፀር።

3. ስኬል እቲ መሃያ ንሕድ ሕድ ብርኪ ስራሕ መበገስን መብፅሕን መሃያ ከምኡ እውን በቢ እዋኑ



እድገት በኮሚሽነር ይፀድቃል።

3. ማንኛውንም እድገት የመሰረዝ ውሳኔ የሚሰጠው የማእረግ እድገቱን ለማፅደቅ ስልጣን ያለው አካል ይሆናል።

4. ኮሚሽነር በዚህ አንቀፅ መሰረት እድገት የማፅደቅና የመሰረዝ ስልጣኑን እንደ አስፈላጊነቱ ለሌሎች የኮሚሽኑ ሃላፊዎች በውክልና ሊያስተላልፍ ይችላል።

**አንቀጽ 19. የማዕረግ ምልክት**

ማንኛውም ፖሊስ ፖሊስነቱንና ማዕረጉን ሊያሳይ የሚችል የማዕረግ ምልክት ከደንብ ልብሱ ጋር ያደርጋል።

**አንቀጽ 20. የእድገት ኮሚቴ**

ኮሚሽኑ ለማዕረግ እድገትና ለሃላፊነት ቦታ ምደባ እጩዎችን አወዳድሮ በመምረጥ የውሳኔ ሓሳብ የሚያቀርብ የእድገት ኮሚቴ በመመሪያ ሊያቋቁም ይችላል።

**ክፍል አራት**

**ደመወዝ ፣ የደንብ ልብስ ፣ ትጥቅ ፣ አርማና መታወቂያ**

**አንቀጽ 21. የደመወዝ ስኬል**

1. ኮሚሽኑ ለአባላቱ የሚያገለግል የደመወዝ ስኬል በማጥናት ለፀጥታና አስተዳደር ቢሮ በማቅረብ በመንግስት ሲፈቀድ ተግባራዊ ያደርጋል።

2. ኮሚሽኑ አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው በየጊዜው የሚፈጠሩ የኢኮኖሚ ለውጦችን መሰረት በማድረግ የደመወዝ ስኬል ማሻሻያ በማጥናት ለፀጥታና አስተዳደር ቢሮ ያቀርባል፣ በመንግስት ሲፈቀድ ተግባር ላይ ያውላል፤አፈፃፀሙን ይቆጣጠራል።

3. የደመወዝ ስኬሉ ለእያንዳንዱ የስራ ደረጃ መነሻና መድረሻ ደመወዝ እንዲሁም በየጊዜው የሚደረገውን

www.abyssinialaw.com



ዝግበር ወሰኽ መሃያ ዘመላኽቱ እርከናት ይህልውዎ።

## ዓንቀፅ 22. ኣፈፃፅማ ክፍሊት መሃያ

1. ዝኾነ ፖሊስ መሃይኡ በቢወርሒ መወዳእታ ይኽፈሎ።
2. ዝተፈለየ ኩነታት እንተዘይኣጋጢሙ መሃያ ኣብ ስራሕ መዓልትን ኣብ ስራሕ ቦታን ዝኽፈል ይኸውን።
3. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ እንተሃለወ እውን ክፍሊት መሃያ እቲ ኮሚሽን ኣብ ዝመረፆ ባንኪ ክፍፀም ይኽእል።
4. ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ እንተዘይኾይኑ መሃያ ዝኽፈል ንባዕሉ ወይ ንዝወከሎ ሰብ ጥራሕ እዩ።

## ዓንቀፅ 23. ወሰኽ መሃያ

1. ውፅኢት ምዘና ኣፈፃፅማ ስርሑ ዘዕግብ ወይ ልዕሊኡን ዝኾነ ፖሊስ ኣብ ዝሓዞ ማዓርግ በቢ ክልተ ዓመት ወሰኽ ማሃያ ይረክብ።
2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝኾነ ፖሊስ ዝረኽቦ ወሰኽ መሃያ ብመሰረት መምርሒ እቲ ኮሚሽን ዝውሰንን ከም ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎን ይኸውን ።
3. ዕብየት ማዓርግ ዝረኸበ ፖሊስ ነቲ ሓዱሽ መዓርግ ዝተወሰነ መበገሲ መሃያ ይረክብ፤ ዕብየት ቅድሚ ምርካቡ ዝረኽቦ ዝነበረ መበገሲ መሃያ ነቲ ሓዱሽ መዓርግ ካብ ዝተወሰነ መበገሲ መሃያ ንላዕሊ ወይ ማዕረ እንተኾይኑ ወሰኽ መሃያ ሓደ እርከን ይረክብ።
4. ሓደ ፖሊስ ዝለዓለ ምድብ ቦታ ሓላፍነት እንትዋሃቦ ነቲ ሓዱሽ ቦታ ዝተመደበ መበገሲ መሃያ ይረክብ፤ኮይኑ ግን ቅድሚ ምምዳቡ ዝነበሮ መሃያ ነቲ

የደመወዝ ጭማሪ የሚያመለክቱ እርከኖች ይኖሩታል።

## አንቀጽ 22. የደመወዝ ክፍያ አፈፃፀም

1. ማንኛውም ፖሊስ ደመወዙ በየወሩ መጨረሻ ይከፈለዋል።
2. የተለየ ሁኔታ ካላጋጠመ በስተቀር ደመወዝ በስራ ቀንና በስራ ቦታ የሚከፈል ይሆናል።
3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 የተደነገገው ቢኖርም የደመወዝ ክፍያ ኮሚሽኑ በመረጠው ባንክ ሊፈፀም ይችላል።
4. በፍርድ ቤት ትዕዛዝ መሠረት ካልሆነ በስተቀር ደመወዝ የሚከፈለው ለራሱ ወይም ለወከለው ሰው ብቻ ነው።

## አንቀጽ 23. የደመወዝ ጭማሪ

1. የስራ አፈፃፀም ምዘና ውጤቱ አጥጋቢ ወይም ከዚያ በላይ የሆነ ፖሊስ በያዘው ማዕረግ በየሁለት ዓመቱ የደመወዝ ጭማሪ ያገኛል።
2. ፖሊስ በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት የሚያገኘው ደመወዝ ጭማሪ በኮሚሽኑ መመሪያ መሰረት የሚወሰንና እንደ ስራ አፈፃፀም ውጤት የተለያየ መጠን ያለው ይሆናል።
3. የማዕረግ እድገት ያገኘ ፖሊስ ለአዲሱ ማዕረግ የተወሰነውን መነሻ ደመወዝ ያገኛል ፤ እድገቱን ከማግኘቱ በፊት ያገኝ የነበረው ደመወዝ ለአዲሱ ማዕረግ ከተወሰነው መነሻ ደመወዝ በላይ ወይም እኩል የሆነ እንደሆነ የአንድ እርከን ደመወዝ ጭማሪ ያገኛል።
4. አንድ ፖሊስ ከፍ ያለ የሃላፊነት ቦታ ምደባ ሲሰጠው ለአዲሱ ቦታ የተመደበውን መነሻ ደመወዝ ያገኛል ፤ ሆኖም ምደባውን ከማግኘቱ በፊት ያገኝ የነበረውን

www.abyssinialaw.com



ሓዱሽ ቦታ ካብ ዝተወሰነሉ መበገሲ መሃያ ንላዕሊ ወይ ማዕረ ዝኾነ እንተኾይኑ ሓደ እርከን ወሰኽ መሃያ ይረክብ።

## ዓንቀፅ 24. ምሓዝን ምቑራፅን መሃያ

1. መሃያ ዝኾነ ፖሊስ ብመሰረት ሕጊ ወይ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ እንተዘይኾይኑ ወይ እቲ ፖሊስ ብድሌቱ ብፅሑፍ እንተዘይተሰማሚዑ ብዕዳ ክታሓዝ፣ ክቕነስ ወይ ክከሓሓስ ኣይኽእልን።
2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ካብ ወርሓዊ መሃያ ዝኾነ ፖሊስ ክቑረፅ ዝኽእል ጠቕላላ መጠን ገንዘብ ካብ ዝተፃረየ መሃይኡ ሲሶ (1/3) ክበልፅ የብሉን።

## ዓንቀፅ 25. ኣበልን ጥቕማጥቕምን

1. እቲ ኮሚሽን ክፍሊት ቀለብ፣ ኣበልን ካልኦት ጥቕማጥቕምን ፖሊስ ናብ ቢሮ ፀጥታን ምምሕዳርን ብምቕራብ ብመንግስቲ እንትፍቀድ ተግባራዊ ይገብር።
2. ዝኾነ ኣበል ወይ ጥቕማ ጥቕሚ ንፖሊስ ዝዋሃብ ስራሕ እቲ ኮሚሽን ብብቕዓት ንምስራሕ ኣድላይ እንተኾይኑ እዩ።
3. ኣብ ማዕረ ብርኪ መዓርግን ሓላፍነትን ዝርከቡ ፖሊሳት ማዕረ ኣበልን ጥቕማ ጥቕምን ይረኽቡ

## ዓንቀፅ 26. ደምቢ ኽዳንን ዕጥቅን

1. ኣባላት ፖሊስ ንስራሕን ንክብረ በዓልን ኣድለይቲ ዝኾኑ ደምቢ ክዳንን ዕጥቅን ይዋሃቦም።
2. ደምቢ ክዳን ስራሕን ክብረ በዓልን፣ ቀለም፣ ከምኡ 'ውን ብብደረጅኡ ንዝርከቡ ኣባላት ፖሊስ ክዋሃቦም ዝግበኦም ዓይነት ደምቢ ክዳንን ዕጥቅን እቲ ኮሚሽን ብመምርሒ ይውስን።
3. ብጥሮታ ይኹን ኻልእ ምኽንያት ካብ ስራሕ



ደመወዝ ለአዲሱ ቦታ ከተወሰነው መነሻ ደመወዝ በላይ ወይም እኩል የሆነ እንደሆነ የአንድ እርከን ደመወዝ ጭማሪ ያገኛል።

## አንቀጽ 24. ደመወዝን መያዝና መቁረጥ

1. የማንኛውም ፖሊስ ደመወዝ በሕግ ወይም በፍርድ ቤት ትዕዛዝ መሰረት ካልሆነ ወይም ፖሊሱ በፍላጎቱ በፅሁፍ ካልተስማማ በስተቀር በእዳ ሊያዝ ፣ ሊቀነስ ወይም ሊካከስ አይችልም።
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሠረት ከማንኛውም ፖሊስ የወር ደመወዝ ላይ ሊቆረጥ የሚችለው ጠቅላላ የገንዘብ መጠን ከተጣራ ደመወዙ(1/3) አንድ ሶስተኛ መብለጥ የለበትም።

## አንቀጽ 25. አበልና ጥቅማጥቅም

1. ኮሚሽኑ የፖሊስ የቀለብ ፣የአበልና ሌሎች ጥቅማ ጥቅም ክፍያዎችን ለፀጥታና አስተዳደር ቢሮ በማቅረብ በመንግስት ሲፈቀድ ተግባራዊ ያደርጋል።
2. ማንኛውም አበል ወይም ጥቅማጥቅም ለፖሊስ የሚሰጠው የኮሚሽኑን ስራ በብቃት ለማከናወን አስፈላጊ የሆነ እንደሆነ ነው።
3. በእኩል የማዕረግ እና የሃላፊነት ደረጃ ላይ የሚገኙ ፖሊሶች እኩል አበል እና ጥቅማ ጥቅም ያገኛሉ።

## አንቀጽ 26. የደንብ ልብስና ትጥቅ

1. የፖሊስ አባላት ለስራ እና ለክብረ በዓል አስፈላጊ የሆኑ የደንብ ልብሶች እና ትጥቆች ይሰጧቸዋል።
2. የስራና የክብረ በዓል ደንብ ልብሶች ቀለማት፣ እንዲሁም በየደረጃው ለሚገኙ የፖሊስ አባላት ሊሰጡ የሚገባቸው የደንብ ልብሶችና ትጥቆች አይነት ኮሚሽኑ በመመሪያ ይወሰናል።
3. በጥሮታም ይሁን በሌላ ምክንያት ከስራ የወጣ ፖሊስ

www.abyssinialaw.com



ዝወፀ ፖሊስ ካብ ስራሕ ምስ ወፀ ዝመፀ ደንቢ ኽዳን ኣይወሃቦን

## ዓንቀፅ 27. ኣርማን ባጅን

1. እቲ ኮሚሽን ንሕጊ ተገዛእነቱ፣ ሕጊ ኣኽባርነቱን መገልገላይነት ህዝብን ዘንፀባርቕ ኣርማ ይህልዎ።
2. ኣርማ እቲ ኮሚሽን ኣብ መለለይ ካርዲ ፖሊስ፣ ቆቢዕ፣ደምቢ ክዳን፣ ተሽከርከርትን እቲ ኮሚሽን ኣብ ዝውስኖም ካልኦት ቦታታትን ኣብ ግልጋሎት ክውዕል ይኽእል።
3. ክፍልታት ስራሕ እቲ ኮሚሽን ከከም ባህሪ ስርሖም ኣድላይ ኾይኑ እንትርከብ ካብ ኣርማ እቲ ኮሚሽን ብተወሳኺ መፍለይ ኣርማ ሕድ ሕድ ክህልዎም ይኽእል።
4. ዝኾነ ፖሊስ ብፅሒት ስርሑ ዝገልፅ ባጅ ይህልዎ።
5. ቀለም፣ ዓይነትን ኣጠቓቕማን ኣርማን ባጅን እቲ ኮሚሽን ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ዓንቀፅ 28. መፍለይ ቑፅርን መለለይ ካርድን

1. ዝኾነ ፖሊስ በቲ ኮሚሽን ዝዋሃብ መፍለይ ቁፅርን መለለይ ካርድን ይህልዎ።
2. መፍለይ ቁፅሪ ፖሊስ ኣብ ዝኽደኖ ደምቢ ክዳን ብግልፂ ብዝረአ መንገዲ ኣብ ፀጋማይ ማእገር ይግበር።
3. መለለይ ካርዲ ፖሊስ ኣርማ እቲ ኮሚሽን ፣ ፎቶ ግራፍን ሙሉእ ሽምን እቲ ፖሊስ ፣ ክፍሊ ስራሕ፣ ብርኪ ስራሕ፣ ማዓርግ፣ ዓይነት ደሙን መፍለይ ቁፅርን እቲ ፖሊስ ክሕዝ ኣለዎ።
4. ዝኾነ ፖሊስ ሕጊ እንተኽብር መለለይ ካርዲ ከርኢ ኣለዎ፤

ከስራ ከወጣ በኋላ የመጣ የደንብ ልብስ አይሰጠውም

## አንቀጽ 27. ዓርማና ባጅ

1. ኮሚሽኑ ለሕግ ተገዥነቱን፣ ሕግ አስከባሪነቱንና የህዝብ አገልጋይነቱን የሚያንፀባርቅ ዓርማ ይኖረዋል።
2. የኮሚሽኑ ዓርማ በፖሊስ መታወቂያ ካርድ፣ መለዮ ፣ ደንብ ልብስ ፣ ተሽከርካሪዎችና ኮሚሽኑ በሚወስናቸው ሌሎች ቦታዎች አገልግሎት ላይ ሊውል ይችላል።
3. የኮሚሽኑ የስራ ክፍሎች እንደየስራ ባህሪያቸው አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ከኮሚሽኑ ዓርማ በተጨማሪ የየራሳቸው መለያ ዓርማ ሊኖራቸው ይችላል።
4. ማነኛውም ፖሊስ የስራ ድርሻውን የሚገልፅ ባጅ ይኖረዋል።
5. የዓርማና የባጅ ቀለም ፣ ዓይነትና አጠቃቀም ኮሚሽኑ በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል።

## አንቀጽ 28. የመለያ ቁጥርና የመታወቂያ ካርድ

1. ማንኛውም ፖሊስ በኮሚሽኑ የሚሰጥ መለያ ቁጥርና መታወቂያ ካርድ ይኖረዋል።
2. የፖሊስ መለያ ቁጥር በሚለብሰው የደንብ ልብስ ላይ በግልፅ በሚታይ ሁኔታ በግራ ትከሻ ላይ ይደረጋል
3. የፖሊስ መታወቂያ ካርድ የኮሚሽኑ ዓርማ ፣ የፖሊስ አባሉ ፎቶግራፍና ፣ ሙሉ ስም ፣ የስራ ክፍሉ ፣ የስራ ደረጃው ፣ ማዕረጉ ፣ የደሙ አይነት እና መለያ ቁጥሩን መያዝ አለበት።
4. ማንኛውም ፖሊስ ሕግን ሲያስከብር የመታወቂያ ካርዱን ማሳየት ይኖርበታል።

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ሓሙሽተ

## ስዓት ስራሕን ዝተፈላለዩ ፍቓዳትን

### ዓንቀፅ 29. ስሩዕ ስዓት ስራሕ

1. ግልጋሎት ፖሊስ እቲ ኮሚሽን ኣብ መዓልቲ ን24 ስዓት፣ኣብ ሰሙን ን7 መዓልቲ በዓላት ህዝቢ ሓዊሱ ብዘይምቁራፅ ይወሃብ።
2. ስሩዕ ስዓት ስራሕ ፖሊስ ኣብ መዓልቲ 8 ስዓት ይኸዉን፤ ኾይኑ ግን ኩነታት እንተገድዱ ትርፊ ሰዓት ንክሰርሕ ክእዘዝ ይኽእል።
3. ስራሕ ትርፊ ሰዓት ዝሰርሐ ኣባል ፖሊስ መከሓሓሲ ዕረፍቲ ይዋሃቦ።

### ዓንቀፅ 30. መትከላት ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ

1. ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ዝወሃብ እቲ ፖሊስ ንዝተወሰነ ጊዜ ብምዕራፍ ግልጋሎቱ ብሓዱሽ መንፈስ ክቕፅል ንምኽኣል እዩ።
2. ሓዱሽ ዝተቖፀረ ፖሊስ ኣገልግሎት 11 ወርሒ ቅድሚ ምሃቡ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ኣይህልዎን።

### ዓንቀፅ 31. መዓልትታት ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ

1. ሓደ ዓመት ዘገልገለ ፖሊስ 20 መዓልቲ ስራሕ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ምውሳድ መሰል ይህልዎ።
2. ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ዘገልገለ ፖሊስ ንሕድ ሕድ ተወሳኺ ዓመት ሓደ መዓልቲ ስራሕ እናተወሰኸ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ይዋሃቦ፡፤ ኮይኑ ግን እቲ ዝወሃቦ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ካብ 30 መዓልታት ስራሕ ክበልፅ የብሉን።
3. እቲ ፖሊስ ቅድም ክብል ኣብ ካልእ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ዝሃቦ ግልጋሎት ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ ዝሕሰብ ይኸውን።

## ክፍል አምስት

## የስራ ሰዓትና ልዩልዩ ፍቃዶች

### አንቀጽ 29. መደበኛ የስራ ሰዓት

1. የኮሚሽኑ የፖሊስ አገልግሎት በቀን 24 ሰዓት፣በሳምንት 7 ቀናት የህዝብ በዓላትን ጨምሮ ያለማቋረጥ ይሰጣል።
2. የፖሊስ መደበኛ የስራ ሰዓት በቀን 8 ሰዓት ይሆናል ፤ ሆኖም ሁኔታዎች ሲያስገድዱ ትርፍ ሰዓት እንዲሰራ ሊታዘዝ ይችላል።
3. የትርፍ ሰዓት ስራ ለሰራ የፖሊስ አባል የማካካሻ እረፍት ይሰጠዋል።

### አንቀጽ 30. የዓመት ዕረፍት ፍቃድ መርሆዎች

1. የዓመት ዕረፍት ፍቃድ የሚሰጠው ፖሊሱ ለተወሰነ ጊዜ በማረፍ አገልግሎቱን በአዲስ መንፈስ እንዲቀጥል ለማስቻል ነው።
2. አዲስ የተቀጠረ ፖሊስ የ11 ወር አገልግሎት ከመስጠቱ በፊት የዓመት እረፍት ፍቃድ አይኖረውም።

### አንቀጽ 31. የዓመት እረፍት ፈቃድ ቀናት

1. አንድ ዓመት ያገለገለ የፖሊስ አባል 20 የስራ ቀን የዓመት እረፍት ፍቃድ የመውሰድ መብት ይኖረዋል።
2. ከአንድ ዓመት በላይ ያገለገለ ፖሊስ ለእያንዳንዱ ተጨማሪ ዓመት አንድ የስራ ቀን እየታከለበት የዓመት እረፍት ፍቃድ ይሰጠዋል ፤ ሆኖም የሚሰጠው የአንድ ዓመት እረፍት ፍቃድ ከ30 የስራ ቀናት መብለጥ የለበትም።
3. ፖሊሱ በሌላ የመንግስት መስሪያ ቤት ቀደም ሲል የሰጠው አገልግሎት ለዚህ አንቀፅ አፈፃፀም የሚታሰብ ይሆናል።

www.abyssinialaw.com



## ዓንቀፅ 32. ኣወሃህባ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ

1. ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ብመሰረት ኣወፋፍራ ሓይሊ ሰብ እቲ ኮሚሽን ብዝተኸኣለ መጠን ድሌት እቲ ፖሊስ ብምምዛዛን ብመሰረት ዝዳሎ ዓመታዊ ትልሚ ኣብ ውሽጢ በጀት ዓመት ይወሃቦ።
2. እቲ ፖሊስ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ኣብ ዝወስደሉ እዋን ኣብ ዕረፍቲ ንዝፀንሐሉ መሃያ ሓደ ወርሒ ኣቐዲሙ ክወስድ ይኽእል።
3. ዝኾነ ፖሊስ እንትሓትትን ቀረባ ሓላፊኡ እንትተሰማማዕን ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ተመቓቒሉ ክዋሃቦ ይኽእል።
4. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ዝወሰደ ፖሊስ እቲ በጀት ዓመት ቅድሚ ምውንቓቑ ብድሌቱ ካብ ስራሕ እንተለቒቑ ኣብ ዓመት ዕረፍቲ እናሃለወ ዝተኸፈሎ ዘይሰርሓሉ መሃያ ክምልስ ይግበር።

## ዓንቀፅ 33. ምትሕልላፍ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ

1. ኩነታት ስራሕ ኣገዲዱ ኣብ ውሽጢ እቲ በጀት ዓመት ዕረፍቲ ክዋሃቦ ዘይካኣለ ፖሊስ ቀረባ ሓላፊኡ ክሳብ ክልተ በጀት ዓመት ከመሓላለፍ ይኽእል ፤ ኮይኑ ግን እቲ ዝተማሓላለፈ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ኣብ ሳልሳይ በጀት ዓመት ክዋሃቦ ኣለዎ።
2. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ እንተሃለወ እውን ፍሉይ ኩነታት እንተጋጢሙ እቲ ኮሚሽነር እቲ ኩነታት ክሳብ ዝስተኻኸል ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ከይዋሃብ ከእግድ ይኽእል።
3. ብምኽንያት ዘገድድ ኩነታት ስራሕ ኣብ ፍቓድ ዝርከብ ፖሊስ ፍቓድ ኣቋሪፁ ክምለስ ምግባርን ዘይተጠቐመሉ ተረፍ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ምምሕልላፍ ይከኣል።



## አንቀጽ 32. የዓመት እረፍት ፍቃድ አሰጣጥ

1. የዓመት እረፍት ፍቃድ የኮሚሽኑን የሰው ሃይል ስምሪት መሰረት በማድረግና በተቻለ መጠን የአባሉን ፍላጎት በማመዛዘን በሚዘጋጅ ዓመታዊ እቅድ መሰረት በበጀት ዓመቱ ውስጥ ይሰጣል።
2. ፖሊሱ የዓመት እረፍት ፍቃድ በሚወስድበት ጊዜ በእረፍት ላይ የሚቆይበትን የአንድ ወር ደመወዙን በቅድሚያ ሊወስድ ይችላል።
3. ማንኛውም ፖሊስ ሲጠይቅና የቅርብ አለቃው ሲስማማበት የዓመት እረፍት ፍቃድ ተከፋፍሎ ሊሰጠው ይችላል።
4. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት የዓመት እረፍት ፍቃድ የወሰደ ፖሊስ የበጀት ዓመቱ ከመጠናቀቁ በፊት በገዛ ፍቃዱ ከስራ ከለቀቀ በኣመት እረፍት እያለ የወሰደው ያልሰራበት ደሞዝ እንዲመልስ ይደረጋል።

## አንቀጽ 33. የዓመት እረፍት ፍቃድን ማስተላለፍ

1. የስራው ሁኔታ በማስገደዱ በበጀት ዓመቱ ውስጥ የዓመት እረፍት ፍቃድ ሊሰጠው ያልተቻለ ፖሊስ የቅርብ አለቃው እስከ ሁለት የበጀት አመት ሊያስተላልፍ ይችላል፣ ሆኖም የተላለፈው የዓመት እረፍት ፍቃድ በሶስተኛው በጀት ዓመት መሰጠት አለበት።
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው ቢኖርም የተለየ ሁኔታ ሲያጋጥም ኮሚሽነሩ ሁኔታው እስከ ሚስተካከል ድረስ የዓመት እረፍት ፍቃድ እንዳይሰጥ ሊያግድ ይቻላል።
3. የስራው ሁኔታ በማስገደዱ ምክንያት በፍቃድ ላይ ያለ ፖሊስ ፈቃዱን አቋርጦ እንዲመለስ ማድረግና ያልተጠቀመበትን ቀሪ የዓመት እረፍት ፍቃዱን ማስተላለፍ ይቻላል።

www.abyssinialaw.com



4. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 3 እዚ ዓንቀፅ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ኣቋሪፁ ናብ ስራሕ ዝምለስ ፖሊስ መጓዓዝን/ትራንስፖርት/ውዕሎዓስብን ይኽፈሎ።

**ዓንቀፅ 34. ዘይተወሰደ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ**

1. ብመሰረት ዓንቀፅ 33 ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ደምቢ ተመሓላሊፉ ዝነበረ ፍቃድ ዓመት ዕረፍቲ ኣብ ሳልሳይ በጀት ዓመት ይዋሃብ።

2. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ናብ ካልእ ቤት ፅዮ መንግስቲ ንዝተዛወረ ፖሊስ ተፈፃሚ ኣይኾንን፤ ኮይኑ ግን ዘይተወሰደ ፍቃድ ዓመት ዕረፍቲ ናብ ዝተዛወረሉ ቤት ፅዮ መንግስቲ ይመሓላለፈሉ።

**ዓንቀፅ 35. ፍቓድ ወሊድ**

1. ነብሰ ፁር ፖሊስ፦

ሀ. ብመሰረት ትእዛዝ ሓኪም ምስ ጥንሳ ዝተትሓሓዘ ምርመራ ንምግባር፤ ወይ

ለ. ቅድሚ ምውላዳ ዕረፍቲ ንክትወስድ ብትእዛዝ ሓኪም ፤ መሃያ ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ይወሃባ።

2. ቅድሚ ምውላዳ ን30 ተኸታታሊ መዓልታትን ካብ ዝወለደትሉ ዕለት ጀሚሩ ን60 ተኸታታሊ መዓልታት መሃያ ዝኽፈሎ ፍቓድ ወሊድ ይወሃባ።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተውሃባ 30 ተኸታተልቲ መዓልትታት ፍቓድ ቕድመ ወሊድ ከይተወደአ እንተወሊዳ ዘይተጠቐመትሉ ፍቓድ ቅድመ ወሊድ ድሕሪ ምውላዳ ክትጥቀመሉ ይግበር።

4. ዝወሰደቶ ፍቓድ ቕድመ ወሊድ ከይወለደት እንተተወዲኡ ክሳብ እትወልደሉ ዘለዉ መዓልታት ስራሕ ፍቓድ ኣብቲ ዓመት ካብ ዘሀልዋ ዓመት

ገፅ 19 የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ደንቢ ቁ 84/2006

4. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3 መሰረት የዓመት እረፍት ፍቃዱን አቋርጦ ወደ ስራ የሚመለስ ፖሊስ የመጓጓዣና የውሎ አበል ይከፈለዋል።

**አንቀጽ 34. ያልተወሰደ የዓመት እረፍት ፍቃድ**

1. በዚህ ደንብ አንቀፅ 33ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት ተላልፎ የነበረ የዓመት እረፍት ፍቃድ በሶስተኛው የበጀት ዓመት ይሰጣል።

2. የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ድንጋጌ ወደ ሌላ የመንግስት መስሪያ ቤት ለተዛወረ የፖሊስ አባል ተፈፃሚ አይሆንም ፤ ሆኖም ያልተወሰደው የዓመት እረፍት ፈቃድ ወደ ተዛወረበት የመንግስት መስሪያ ቤት ይተላለፍለታል።

**አንቀጽ 35. የወሊድ ፈቃድ**

1. ነፍሰ ጡር ፖሊስ ፦

ሀ. በሐኪም ትእዛዝ መሰረት ከእርግዝናዋ ጋር የተየያዘ ምርመራ ለማድረግ ፣ ወይም

ለ. ከመውለዷ በፊት እረፍት እንድታደርግ በሐኪም ስትታዘዝ፤ ደመወዝ የሚከፈልበት እረፍት ይሰጣታል።

2. ከመውለዷ በፊት ለ30 ተከታታይ ቀናትና ከወለደች ቀን ጀምሮ ለ60 ተከታታይ ቀናት ደመወዝ የሚከፈልበት የወሊድ ፍቃድ ይሰጣታል።

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት የተሰጣት የቅድመ ወሊድ ፍቃድ ከማለቁ በፊት ከወለደች ያልተጠቀመችበትን ቀሪ የቅድመ ወሊድ ፍቃድ ከወለደች በኋላ እንድትጠቀምበት ይደረጋል።

4. የወሰደችው የቅድመ ወሊድ ፍቃድ ሳትወልድ ካለቀ እስከ ምትወልድበት ድረስ ያሉት የስራ ቀናት ፈቃድ እረፍት በበጀት ዓመቱ ካላት የዓመት እረፍት

www.abyssinialaw.com



ዕረፍቲ ወይ ዘይብላ እንተኾይና ካብቲ ዝቕፅል በጀት ዓመት ፍቓድ ይትካእ።

5. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተወሰነ ፍቓድ ወሊድ ድሕሪ ምውዳእ እንተሓሚማን ተወሳኺ ፍቓድ ዘድልያ ምዃኑ ብሓኪም እንተተረጋጊፁን ብመሰረት ዓንቀፅ 35 እዚ ደንቢ ዝተደንገገ ፍቓድ ሕማም ምውሳድ ትኽእል።

6. ዝኾነ ፖሊስ በዓልቲ ገዝኡ እንተወሊዳ ንቤተሰቡን ንበዓልቲ ገዝኡን ንምሕብሓብ መሃያ ዝኽፈሎ ሓሙሽተ መዓልቲ ስራሕ ፍቓድ ይፍቀዶ።

## ዓንቀፅ 36. ፍቓድ ሕማም

1. ዝኾነ ፖሊስ ብምኽንያት ሕማም ስራሕ ንምስራሕ እንተዘይክኢሉ ብመረዳእታ ሕክምና እንትድገፍ ፍቓድ ሕማም ይወሃቦ።

2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ንፖሊስ ዝውሃብ ፍቓድ ሕማም ንተኸታታሊ ወይ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን እንተወስዶ'ውን ሕማሙ ካብ ዝጀመሮ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 12 ወርሒ ካብ 8 ወርሒ ወይ ኣብ ውሽጢ 4 ዓመት ካብ 12 ወርሒ ክበልፅ የብሉን።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝወሃብ ፍቓድ ሕማም ነተን መጀመርያ 6 ኣዋርሕ ምስ ሙሉእ መሃይኡ፤ ንዝቕፅላ 2 ኣዋርሕ ፍርቂ መሃያ ዝኽፈሎ ይኾውን።

4. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ብምኽንያት ሕማም ኤች ኣይቪ እንተኾይኑ 8 ወርሒ ምስ ሙሉእ ማሃይኡ ፣ ንዝተረፉ 4 ኣዋርሕ ብዘይ ማሃያ ፍቓድ ሕማም ይዋሃቦ ።

5. ዝኾነ ፖሊስ እንትሓምም ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ምኽንያት እንተዘይኣጋጢምዎ ብዝተኸኣለ መጠን ዝሓመመ ምዃኑ ንቀረባ ሓላፊኡ ክፍልጥ

ፍቃድ ወይም የሌላት እንደሆነ ከሚቀጥለው የበጀት ዓመት የእረፍት ፍቃዱ ይተካል።

5. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት የተወሰነውን የወሊድ ፈቃድ ከጨረሰች በኋላ ብትታመም እና ተጨማሪ ፍቃድ የሚያስፈልጋት መሆኑ በሐኪም ከተረጋገጠ በዚህ ደንብ አንቀፅ 35 በተደነገገው መሰረት የሕመም ፍቃድ መውሰድ ትችላለች።

6. ማንኛውም ፖሊስ ባለቤቱ ከወለደች ቤተሰቡንና ባለቤቱን ለመንከባከብ ደመወዝ የሚከፈልበት 5 የስራ ቀናት ፍቃድ ይፈቀድለታል።

## አንቀጽ 36. የህመም ፍቃድ

1. ማንኛውም ፖሊስ በሕመም ምክንያት ስራ መስራት ያልቻለ እንደሆነ በህክምና ማስረጃ ሲደገፍ የሕመም ፈቃድ ይሰጠዋል።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት ለፖሊስ የሚሰጥ የሕመም ፍቃድ በተከታታይ ወይም በተለያየ ጊዜ ቢወሰድም ሕመሙ ከጀመረበት ቀን አንስቶ ባለው 12 ወር ውስጥ 8 ወር ወይም በ4 ዓመት ውስጥ ከ12 ወር መብለጥ የለበትም።

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት የሚሰጥ የሕመም ፍቃድ ለመጀመሪያዎቹ 6 ወራት ሙሉ ደመወዝ ፣ ለሚቀጥሉት 2 ወራት ግማሽ ደመወዝ የሚከፈልበት ይሆናል።

4. በዚህ አንቀፅ ንኡስ 3 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በኤች አይቪ በሽታ ከሆነ 8 ወር ከሙሉ ደመወዝ ጋር ፣ለቀሩት 4 ወራት ያለ ደመዎዝ የህመም ፍቃድ ይሰጠዋል ።

5. ማንኛውም ፖሊስ ሲታመም ከአቅም በላይ የሆነ ምክንያት ካላጋጠመው በስተቀር በተቻለ መጠን መታመሙን ለቅርብ አለቃው ማሳወቅ አለበት።

www.abyssinialaw.com



ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 37. ብምኽንያት ኣብ ስራሕ ዝበፅሕ ጉድኣት ዝወሃብ ፍቓድ

1. ብምኽንያት ስራሕ ጉድኣት ዝበፀሖ ፖሊስ ካብ ጉድኣት ድሒኑ ናብ ስርሑ ክሳብ ዝምለስ ወይ ብምኽንያት እቲ ጉድኣት ንሓዋሩ ምስራሕ ዘይኽእል ምዃኑ ብመረዳእታ ሕክምና ክሳብ ዝረጋገፅ ምስ ምሉእ መሃያ ፍቃድ ይወሃቦ።

2. ብምኽንያት ጉድኣት ኣብ ፍቓድ ዝርከብ ፖሊስ፦

ሀ. ንምርመራ ሕክምና ፍቃደኛ እንተዘይኾይኑ ወይ ሽለል ዝበለ እንተኾይኑ ወይ ብዝኾነ ኩነታት ኮነ ኢሉ ነቲ ምርመራ ዘተዓናቐፈ ወይ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ዘጓተተ እንተኾይኑ፤

ለ. ካብ ጉድኣት ዝድሕነሉ ጊዜ ንምንዋሕ ብምሕሳብ ሕክምንኡ ብግቡእ መንገዲ ዘይተኸታተለ እንተኾይኑ፤ ወይ

ሐ. በቲ ኮምሽን ንዝወፀ መምርሒ ሕክምና ዝተመሓላለፈ እንተኾይኑ፤ ኣብ ፍቃድ ኾይኑ ዝረኸቦ ክፍሊት ይእገድ።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ንምእጋድ ክፍሊት ምኽንያት ዝኾኑ ኩነታት ምስ ተወገዱ ዝግበር ክፍሊት ዳግም ይቕፀል፤ ኮይኑ ግን እቲ እገዳ ፀኒዑ ኣብ ዝፀንሓሉ ጊዜ ዘይተኸፈሎ ክፍሊት ክረክብ መሰል ኣይህልዎን።

4. ድንጋገታት እዚ ዓንቀፅ ንሰልጠንቲ ምልምል ፖሊስ እውን ተፈፃምነት ይህልዎም።

## ዓንቀፅ 38. ንውልቀ ዋኒን ዝወሃብ ፍቓድ

1. ዝኾነ ፖሊስ ሓዳር እንትምስርት መሃያ ዝኸፈሎ 5 መዓልቲታት ስራሕ ፍቓድ መርዓ

## አንቀጽ 37. በስራ ላይ በሚደርስ ጉዳት ምክንያት የሚሰጥ ፈቃድ

1. በስራ ምክንያት ጉዳት የደረሰበት ፖሊስ ከጉዳቱ ድኖ ወደ ስራው እስኪመለስ ወይም በጉዳቱ ምክንያት ለዘለቄታው መስራት ያልቻለ መሆኑ በሕክምና ማስረጃ አስከሚረጋገጥ ድረስ ፍቃድ ከሙሉ ደመወዝ ጋር ይሰጠዋል።

2. በጉዳት ምኽንያት ፍቃድ ላይ ያለ ፖሊስ ፦

ሀ. ለሕክምና ምርመራ ለመቅረብ እምቢተኛ ከሆነ ወይም ችላ ያለ እንደሆነ ወይም በማናቸውም ሁኔታ ሆነ ብሎ ምርመራውን ያደናቀፈ ወይም ያለበቂ ምክንያት ያጓተተ እንደሆነ፤

ለ. ከጉዳት የሚድንበትን ጊዜ ለማዘግየት በማሰብ ሕክምናውን በተገቢው መንገድ ያልተከታተለ እንደሆነ፤ ወይም

ሐ. በኮሚሽኑ የወጣውን የሕክምና መመሪያ የተላለፈ እንደሆነ፤ በፍቃድ ላይ ሆኖ የሚያገኘው ክፍያ ይታገዳል።

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት ለክፍያ መታገድ ምክንያት የሆኑ ሁኔታዎች እንደተወገዱ የሚደረገው ክፍያ እንደገና ይቀጥላል ፤ ሆኖም እገዳው ፀንቶ ለቆየበት ጊዜ ያልተከፈለውን ክፍያ የማግኘት መብት አይኖረውም።

4. የዚህ አንቀፅ ድንጋጌዎች ለምልምል የፖሊስ ሰልጣኝም ተፈፃሚነት ይኖራቸዋል።

## አንቀጽ 38. ለግል ጉዳይ የሚሰጥ ፍቃድ

1. ማንኛውም ፖሊስ ትዳር ሲመሰርት ደሞዝ የሚከፈልበት 5 የስራ ቀናት የጋብቻ ፍቃድ

www.abyssinialaw.com



ይወሃብ።

2. ዝኾነ ፖሊስ በዓልቲ ሓዳሩ፣ ውላዱ፣ ወለዱ ወይ ክሳብ ካልኣይ ብርኪ ዝቑፀር ዘመድ ስጋ ወይ መውስቦ ዝሞቶ እንተኾይኑ መሃያ ዝኸፈሎ ሰለስተ ተኸታታሊ መዓልቲ ፍቓድ ሓዘንን ናብቲ ሓዘን ቦታ ንዝገብሮ ጉዕዞ በጊሑ መምለሲ ፍቓድን ይወሃቦ።

3. ዝኾነ ፖሊስ ኣብ ስሩዕ ስርሑ ኾይኑ ብትርፊ ጊዚኡ ንዝመሃሮ ትምህርቲ ብመሰረት ካብቲ ትካል ትምህርቲ ዘቕርቦ መረዳእታ ፈተና ንዝወስደሉ ጊዜ ምስ መሃያ ፍቓድ ይወሃቦ።

## ዓንቀፅ 39. ምስ መሃያ ዝዋሃብ ፍሉይ ፍቓድ

ዝኾነ ፖሊስ፦

1. ካብ ቤት ፍርዲ ወይ ካልኦት ስልጣን ዝተወሃቦም ኣካላት መፀዋዕታ እንትበፅሖ ዝተፀውዓሉ ዋኒን ንዝወስዶ ጊዜ፤ ወይ
2. ብመሰረት ትልሚ እቲ ኮሚሽን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ወይ ወፃኢ ዓዲ ዝዋሃብ ትምህርቲ ንምክትታል፤ ምስ መሃያ ፍቓድ ይዋሃቦ።

## ዓንቀፅ 40. ብዘይ መሃያ ዝወሃብ ፍሉይ ፍቓድ

ዝኾነ ፖሊስ ብመሰረት እቲ ኮሚሽን ዘውፅኦ መምርሒ ብቑዕ ምኽንያት እንተቕርብ ስራሕ እቲ ኮምሽን ዘይጉድእ እንተኾይኑ መሃያ ዘይኸፈሎ ፍሉይ ፍቓድ ክወሃቦ ይኽእል።

## ክፍሊ ሽዱሽተ

## ጥቕማ ጥቕሚ ፖሊስ

## ዓንቀፅ 41. ግልጋሎት ሕክምና

1. ዝኾነ ፖሊስ ኣብ ትካላት ሕክምና እቲ ኮምሽን ንባዕሉን ንቤተሰቡን ነፃ ግልጋሎት ሕክምና ምርካብ መሰል ይህልዎ።



ይሰጠዋል።

2. ማንኛውም ፖሊስ ባለቤቱ፣ ልጅ ፣ ወላጅ ወይም እስከ ሁለተኛ ደረጃ የሚቆጠር የስጋ ወይም የጋብቻ ዘመድ የሞተበት እንደሆነ ደመወዝ የሚከፈልበት ሶስት ተከታታይ ቀን የሀዘን ፈቃድና ወደ ሀዘኑ ስፍራ ለሚያደርገው ጉዞ ደርሶ መመለሻ ፍቃድ ይሰጠዋል።
3. ማንኛውም ፖሊስ መደበኛ ስራው ላይ ሆኖ በትርፍ ጊዜው ለሚማረው ትምህርት ከትምህርት ተቋሙ በሚያቀርበው ማስረጃ መሰረት ፈተና ለሚወስድበት ጊዜ ከደመወዝ ጋር ፈቃድ ይሰጠዋል።

## አንቀጽ 39. ከደመወዝ ጋር የሚሰጥ ልዩ ፍቃድ

ማንኛውም ፖሊስ ፦

1. ከፍርድ ቤት ወይም ከሌሎች ስልጣን ከተሰጣቸው አካላት መጥሪያ ሲደረሰው የተጠራበት ጉዳይ ለሚወስደው ጊዜ ፤ ወይም
2. በኮሚሽኑ እቅድ መሰረት በአገር ውስጥ ወይም በውጭ አገር የሚሰጥ ትምህርት ለመከታተል፤ከደመወዝ ጋር ፍቃድ ይሰጠዋል።

## አንቀጽ 40. ያለደመወዝ የሚሰጥ ልዩ ፍቃድ

ማንኛውም ፖሊስ ኮሚሽኑ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት በቂ ምክንያት ሲያቀርብና የኮሚሽኑን ስራ የማይጎዳ ሲሆን ደመወዝ የማይከፈልበት ልዩ ፍቃድ ሊሰጠው ይችላል።

## ክፍል ስድስት

## የፖሊስ ጥቅማ ጥቅም

## አንቀጽ 41. የሕክምና አገልግሎት

1. ማንኛውም ፖሊስ በኮሚሽኑ የሕክምና ተቋሞች ለራሱና ለቤተሰቡ አባላት ነፃ የሕክምና አገልግሎት የማግኘት መብት ይኖረዋል።

www.abyssinialaw.com



2. ነቲ ፖሊስን ቤተሰቡን ዝዋሃብ ግልጋሎት ሕክምና ካብ ዓቕሚ ትካላት ሕክምና እቲ ኮምሽን ንላዕሊ እንትኾን ብሪፈር ኣብ ካልኦት ትካላት ሕክምና መንግስቲ ክዋሃብ ይግበር።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2 እዚ ዓንቀፅ ዝዋሃቡ ግልጋሎታት ሕክምና ብድሌቱ ስራሕ ንዝለቐቐ ወይ ብዲስፕሊን ወይ ብምኽንያት ጥፍኣት ገበን ንዝተባረረ ከይሓወሰ ብኻልእ ምኽንያት ግልጋሎት ንዘቛረፀ ኣባልን ቤተሰብን ተፈፃሚ ይኸውን።

4. ብጡረታ ዝተገለሉ ፖሊሳት እናኸፈሉ ኣብቲ ኮምሽን ግልጋሎት ሕክምና ይረኽቡ።

5. ዝኾነ ፖሊስ ብመሰረት እዚ ደንቢ ንዝረኸቦ ግልጋሎት ሕክምና በቢ.ወርሑ ካብ ደሞዙ ዝቑረፅ ገንዘብ ክዋፅእ ግቡእ ኣለዎ። ዝርዝሩ እቲ ኮሚሽን ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ዓንቀፅ 42. ምውፃእ ቦርድ

1. እቲ ኮሚሽን ምውፃእ ቦርድ ፖሊስ ኣመልኪቱ ዝመረፆ ቦርድ መውፅኢ ኣካል ክጥቀም ይኽእል ።

2. እቲ ኮሚሽን ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝመረፆ ቦርድ መውፅኢ ኣካል ዝሀቦ ውሳነ ሓሳብ ዘጠራጥሮ እንተኾይኑ ናብ ካሊእ ቦርድ ሰዲዱ ወይ ነቲ መጀመርታ ዝመርመረ ቦርድ ደጊሙ ክምርምረሉ መሊሱ ክልእኽ ይኽእል።

3.ቦርድ ክወፅእ ዝተወሰነሉ ፖሊስ እቲ ኮሚሽን ስራሕ ዘቛርፅ ምኳኑ ወሲኑ የሰናብቶ ።

## ዓንቀፅ 43. መንበሪ ገዛን ግልጋሎት መጓዓዝያን

1. ብምኽንያት ባህሪ ስርሖም ኣብ ካምፕ ዝነብሩ ኣባላት ፖሊስ ግልጋሎት ገዛ፣ማይን መብራህትን ብመንግስቲ ብነፃ ይረኽቡ።

2. ለፖሊሱና ለቤተሰቡ የሚሰጥ የሕክምና አገልግሎት ከኮሚሽኑ የሕክምና ተቋሞች አቅም በላይ ሲሆን በሌላ የመንግስት የሕክምና ተቋሞች በሪፈር እንዲሰጥ ይደረጋል።

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 እና 2 መሠረት የሚሰጡ የሕክምና አገልግሎቶች በፍላጐቱ ስራ ለለቀቀ ወይም በድስፕሊን ወይም በወንጀል ጥፋት ምክንያት የተባረረውን ሳይጨምር በሌላ ምክንያት አገልግሎት ላቋረጠ የፖሊስ አባልና ለቤተሰቡ አባላት ተፈፃሚ ይሆናል።

4. በጡረታ የተገለሉ ፖሊሶች እየከፈሉ በኮምሽኑ የህክምና አገልግሎት ያገኛሉ።

5. ማንኛውም ፖሊስ በዚህ ደንብ መሰረት ለሚያገኘው የህክምና አገልግሎት በየወሩ ከደሞዙ የሚቆረጥ ገንዘብ የማዋጣት ግዴታ አለበት።ዝርዝሩ ኮምሽኑ በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል።

## አንቀጽ 42. ቦርድ መውጣት

1. ኮሚሽኑ የፖሊስ ቦርድ መውጣትን በሚመለከት የመረጠውን ቦርድ አውጪ አካል መጠቀም ይችላል።

2. ኮሚሽኑ በዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 መሰረት የመረጠው ቦርድ የሰጠው የውሳኔ ሃሳብ አጠራጣሪ ሆኖ ሲያገኘው ወደሌላ ቦርድ ልኮ ወይም መጀመሪያ የመረመረው ቦርድ በድጋሚ እንዲመረምርለት መልሶ ሊልክ ይችላል።

3.ፖሊስ ኮሚሽን፣ ቦርድ እንዲወጣ የተወሰነለትን ፖሊስ ስራውን እንዲያቋርጥ ወስኖ ያሰናብተዋል።

## አንቀጽ 43. የመኖሪያ ቤትና የትራንስፖርት አገልግሎት

1. በስራ ባህሪያቸው ምክንያት በካምፕ የሚኖሩ የፖሊስ አባላት የቤት ፣ የውሃ እና የመብራት አገልግሎት በመንግስት በነፃ ያገኛሉ ።

www.abyssinialaw.com



2. መንግስቲ ዓቕሙ እንትፈቅድ መዓርግን ብርኪ ሓላፍነትን እቲ ፖሊስ መሰረት ብምግባር ግልጋሎት መንበሪ ገዛን ምስዚ ዝተኣሳሰር ረብሓን ክህብ ይኽእል። ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ንፖሊስ ዝዋሃቡ ግልጋሎታት ጥቕማጥቕሚ እቲ ፖሊስ ስርሑ እንተቋርፅ ይቋረፁ፤ ኾይኑ ግን ግልጋሎታት እቲ ፖሊስ ዝተቋረፀ፦

ሀ. ብምኽንያት ኣብ ምፍፃም ፖሊሳዊ ግቡእ ዘጋጠመ መስዋእቲ እንተኾይኑ ክሳብ ክልተ ዓመት፤

ለ. ብምኽንያት ጡረታ እንተኾይኑ ክሳብ ሓደ ዓመት፤

ሐ. ብዝኾነ ካሊእ ምኽንያት እንተኾይኑ ክሳብ ሓደ ወርሒ፤ ከም ኩነታቱ እቲ ፖሊስ ወይ ቤተሰቡ ነዞም ግልጋሎታት ናይ ምርካብ መሰል ይሕለወሎም።

## ዓንቀፅ 44. ግልጋሎት ስነ- ስርዓት ቀብሪ

ዝኾነ ፖሊስ ብምኽንያት ስራሕ ብዘጋጠመ ጉድኣት እንተሞይቱ ወፃኢ መፈፀሚ ስነ ስርዓት ቀብሪ ብኮሚሽን ፖሊስ ይሽፈን፤ ከምኡ እውን ስነ ስርዓት ቀብሩ ከም ደረጃ ማዓርጉ ብስነስርዓት ፖሊሳዊ ክብሪ ይፍፀም።ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን።

## ክፍሊ ሸውዓተ

## ስነ ምግባር፣ኣጠቓቕማ ተመጣጣኒ ስጉምትን ግቡእን ፖሊስ

## ዓንቀፅ 45. መትከላት ስነ ምግባር

ዝኾነ ፖሊስ ነዞም ዝስዕቡ መትከላት ስነ ምግባር ክኽተል ኣለዎ፦

1. ብመሰረት ዝተወሃቦ ስልጣንን ሓላፍነትን፦

ሀ. ኣብ መንጎ ብሄር ብሄረ ሰባትን ህዝብታትን ብዘርኢ፣



2. የመንግስት አቅም ሲፈቅድ የፖሊሱ ማዕርግና የኃላፊነት ደረጃ መሰረት በማድረግ የመኖሪያ ቤት አገልግሎትና ከዚህ ጋር የሚተሳሰር ጥቅም ሊሰጥ ይችላል። ዝርዝሩ በመመርያ ይወሰናል።

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ለፖሊስ የሚሰጡ የጥቅማ ጥቅም የፖሊስ አገልግሎት ሲቋረጥ ይቋረጣሉ፤ሆኖም የፖሊሱ አገልግሎት የተቋረጠው፦

ሀ. ፖሊሳዊ ግዳጅ በመፈፀም ላይ በመሰዋት ከሆነ እስከ ሁለት ዓመት፤

ለ. በጡረታ ምክንያት ከሆነ እስከ አንድ ዓመት፤ወይም

ሐ. በማናቸውም ሌላ ምክንያት ከሆነ እስከ አንድ ወር፤ እንደሁኔታው ፖሊሱ ወይም ቤተሰቡ እነዚህን አገልግሎቶች የማግኘት መብታቸው ይጠበቅላቸዋል።

## አንቀጽ 44. የቀብር ስነ-ስርዓት አገልግሎት

ማንኛውም ፖሊስ በስራ ምኽንያት ባጋጠመ ጉዳት የሞተ እንደሆነ የቀብር ስነ ስርዓቱ ማስፈፀሚያ ወጪ በኮሚሽኑ ይሸፈናል፤እንዲሁም የቀብር ስነ ስርዓቱ እንደ መዓርግ ደረጃው በፖሊሳዊ ክብር የቀብር ስነ ስርዓት ይፈፀማል። ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል።

## ክፍል ሰባት

## የፖሊስ ስነ ምግባር ፣ የተመጣጣኝ እርምጃ አጠቃቀም እና ግዴታዎች

## አንቀጽ 45. የስነ ምግባር መርሆዎች

ማንኛውም ፖሊስ የሚከተሉትን የስነ ምግባር መርሆዎች መከተል አለበት፦

1. በተሰጠው ስልጣንና ሃላፊነት መሰረት፦

ሀ. በብሄሮች ፣ ብሔረሰቦች እና ህዝቦች መካከል

www.abyssinialaw.com



ብዖታ፣ብሃይማኖት፣ብቛንቋ፣ ብቀለም፣ ብፖለቲካዊ ኣመለኻኽታ ፣ብሃፍቲ፣ ብትውልዲ፣ ብካልእ ተመሳሳሊ ምኽንያታት ኣድልዎ ከይገበረ ሕጋዊ መሰላቶም ብማዕርነት ምኽባርን ኽኽበር ምግባርን፤

ለ. ንሃገራውን ክልላውን ሕገ መንግስቲ፣ኢትዮጵያ ዝተቐበለቶም ዓለምለኻዊ ሰብኣዊ መሰላትን ኮንቬንሽናትን ካልኦት ሕግታትን ምኽባርን ኽኽበር ምግባርን፣

ሐ. ዝኾነ ዓይነት ፍፃመ ገበን ብፅንዓት ምክልኻልን ንባዕሉ ካብ ተግባራት ገበን ምርሓቕን፤

2. ስርሑ ብትሕትና፣ ብትዕግስትን ብዝለዓለ ጥንቃቐን ምፍፃም፤

3. ፅቡቕ ስነ ምግባር ኣብ ዘጉድሉ ቦታታት ዘይምርካብ፣ ክብሩን ክብሪ እቲ ኮሚሽንን ምሕላው፤

4. ሰዓት ስራሕ ምኽባርን ንካልኦት መርኣያ ምዃንን፤

5. ኣግባብነት ዘለዎ ድንጋገ ሕጊ ሕልው ኾይኑ ምሽጥር ዝኾኑ ንድሕንነት ሃገርን ህዝብን ዝምልከቱ መረዳእታታትን ብምኽንያት ስርሑ ዝረኸቦም ውልቀ ዋኒናትን ምሕላው፤

6. ስልጣን ብዘለዎ ሓላፊ ከይተኣዘዘ ወይ ምስ ባህሪ ስርሑ እቲ ጉዳይ ክፈልጦ ዝግበኦ ሰብ እንተዘይኾይኑ ምንቅስቓስ ስራሕ፣ ኣወፋፍራ፣ ዕጥቅን ተመሳሰልቲ ፖሊሳዊ መረዳእታታትን ንዘይምልከቶ ሰብ ዘይምግላፅ፤

7. ምስ ረብሕኡ፣ ረብሓ ዘመድ ስጋ ወይ መውስቦ፣ ዝጠበቐ ዓርኪ ዝተተሓሓዘን ምስ ስራሕ ሓላፍነቱ ዝፃረርን ዋኒን እንተጋጥም ንሓላፊኡ ብፅሑፍ ክፈልጦ ምግባርን ብመሰረት ካብ ሓላፊኡ ዝዋሃቦ መምርሒ ነቲ ስራሕ ምፍፃም፤

በዘር፣በፆታ፣በሃይማኖት፣በቋንቋ፣በቀለም፣ በፖለቲካዊ ኣመለካከት፣ በሃብት፣በትውልድ ወይም በሌላ ማንኛውም ምክንያት አድልዎ ሳያደርግ ሕጋዊ መብታቸውን የማክበር እና የማሰከበር።

ለ. ለኣገራዊና ክልላዊ ሕገ መንግስት ፣ኢትዮጵያ የተቀበለቻቸውን ዓለም አቀፍ የሰብዓዊ መብት ኮንቬንሽኖችና ሌሎች ሕጎችን የማክበር እና የማስከበር፤

ሐ. ማንኛውንም ዓይነት የወንጀል ድርጊት በፅናት መከላከል እና ራሱም ከወንጀል ድርጊት መራቅ፤

2. ስራውን በትህትና፣ በታጋሽነት እና በከፍተኛ ጥንቃቄ ማከናወን፤

3. መልካምስነ-ምግባርንበሚያጎድሉቦታዎች አለመገኘት፤የራሱን እና የኮምሽኑን ክብር መጠበቅ፤

4. የስራ ሰዓትን ማክበርና ለሌሎች አርአያ መሆን፤

5. አግባብነት ያለው የህግ ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ ሚስጢር የሆኑ የሃገርንና የህዘብን ድህንነት የሚመለከቱ መረጃዎችንና በስራው ምክንያት ያገኛቸውን የግል ጉዳዮች መጠበቅ፣

6. ስልጣን ባለው ሃላፊ ካልታዘዘ ወይም ከስራው ባህሪ አንፃር ጉዳዩን እንዲያውቀው ለሚገባው ሰው ካልሆነ በስተቀር የፖሊስን የስራ አንቀስቃሴ፣ ስምሪት፣ ትጥቅና ተመሳሳይ መረጃዎችንለማይመለከተው ሰው አለመግለፅ፤

7. ከጥቅሙ፣ ከስጋ ወይም ከጋብቻ ዘመዱ ወይም የጠበቀ ጓደኛ ጥቅም ጋር የተየያዘ እና ከስራ ሃላፊነቱ ጋርየሚጋጭ ጉዳይ ሲያጋጥመው ለአለቃው በፅሑፍ የማሳወቅ እና ከአለቃው በሚሰጠው መመሪያ መሰረት ስራውን ማከናወን፤

www.abyssinialaw.com



8. ዝተመደበሉ ስሩዕ ስራሕ ሙሉእ ፍልጠቱን ክእለቱን ብምጥቓም ምፍፃም።
9. ካብ ላዕለዋይ ሓላፊኡ ዝዋሃቦ ሕጋዊ ትእዛዝ ምፍፃም፤
10. ልዕሊኡ ንዘለው ኣመራርሓ ምኽባር፤
11. ብግበረለይ ዘይምስራሕ፣ ባዕሉ እውን ብግበረለይ ዘይምቕራብ፤
12. ብምኽንያት ስርሑ ዝረኸቦ ስልጣን ብዘይ ኣግባብ ንባዕሉ ወይ ንኻልእ ሰብ ረብሓ ዘይምውዓል፣
13. ምስ ስርሑ ብዝተተሓሓዘ ንዝሃቦ ወይ ንዝህቦ ግልጋሎት ውህብቶ ወይ ካሊእ ጥቕሚ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ካብ ዝኾነ ሰብ ዘይምቕባል፤
14. ካብ ዝምልከቶ ላዕለዋይ ሓላፊ እንተየፍቀደ ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ዘይምትእኽኻብ።

## ዓንቀፅ 46. ኣጠቓቕማ ተመጣጣኒ ስጉምቲ

1. ዝኾነ ፖሊስ ሓላፍነቱ እናተዋፀአ ግልፂ ተቃውሞ እንተጋጥምን ካልኦት ኣማራፅታት ዘየለው እንተኾኑን ጥራሕ ተመጣጣኒ ስጉምቲ ክጥቀም ይኽእል።
2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ፖሊስ ንዝወስዶ ተመጣጣኒ ስጉምቲ መሳርሒ ጦር ክጥቀም ዝኽእል ኻልእ ተመጣጣኒ ስጉምቲ እኹል ኾይኑ እንተዘይተረኺቡ ጥራሕ ኾይኑ፦
   ሀ. ህይወቱ ወይ ሂወት ካልእ ሰብ ካብ ሞት ወይ ከቢድ ጉድኣ ኣካል ንምክልኻል፤
   ለ. ኣብ ምህዳም ዝርከብ ሓደገኛ ተጠርጣሪ ገበን ኣብ ትሕቲ ሕጊ ንምውዓል ወይ ካብ እሱር ዘምልጥ ዘሎ ተጠርጣሪ ወይ ዝተፈረዶ ሰብ ጠጠው ንምባል እዩ።
3. ብመሰረት ዓንቀፅ ንኡስ 2 እዚ ዓንቀፅ መሳሪሒ ጦር ዝተጠቐመ ፖሊስ፦
   ሀ. እቲ ዝተጎድአ ሰብ ብህፁፅ ሓገዝ ሕክምና



8. የተመደበበትን መደበኛ ስራ ሙሉ እውቀቱንና ችሎታውን በመጠቀም መፈፀም፤
9. ከበላይ ሃላፊው የሚሰጠውን ሕጋዊ ትዕዛዝ መፈፀም፤
10. የበላይ አመራርን የማክበር፤
11. በአማላጅ አለመስራት፣ ራሱም በአማላጅነት አለመቅረብ ፤
12. በስራው ምክንያት ያገኘውን ስልጣን ያለአግባብ ለራሱ ወይም ለሌላ ሰው ጥቅም ያለማዋል፣
13. ከስራው ጋር በተያያዘ ለሰጠው ወይም ለሚሰጠው አገልግሎት ስጦታ ወይም ሌላ ጥቅም በቀጥታ ወይም በተዘዋዋሪ ከማንኛውም ሰው ኣለመቀበል፤
14. ከሚመለከተው የበላይ ሃላፊ ሳያስፈቅድ ማንኛውንም ዓይነት እርዳታ ኣለማሰባሰብ።

## አንቀጽ 46. የተመጠጣኝ እርምጃ አጠቃቀም

1. ፖሊስ ሃላፊነቱን በሚወጣበት ወቅት ግልፅ ተቃውሞ ካጋጠመውና ሌሎች አማራጮች ሲያጣ ብቻ ተመጣጣኝ እርምጃ ሊጠቀም ይችላል።
2. ፖሊስ በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት ለሚወስደው ተመጣጣኝ እርምጃ የጦር መሳሪያ ሊጠቀም የሚችለው ሌላ ተመጣጣኝ እርምጃ በቂ ሆኖ ካልተገኘ ብቻ ሆኖ፦
ሀ. የራሱን ወይም የሌላን ሰው ህይወት ከሞት ወይም ከፍተኛ የአካል ጉዳት ለመከላከል፤
ለ. በማምለጥ ላይ ያለ አደገኛ የወንጀል ተጠርጣሪ በሕግ ቁጥጥር ስር ለመዋል ወይም ከእስር በማመለጥ ላይ ያለን ተጠርጣሪ ወይም ፍርደኛ ለማስቆም፤
3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ 2 መሰረት የጦር መሳሪያ የተጠቀመ ፖሊስ ፡-
ሀ. የተጎዳው ሰው አስቸኳይ የሕክምና እርዳታ

www.abyssinialaw.com



ክረክብ፤

ለ. እቲ ዝተፈጠረ ኩነታት ንዝምልከቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ሽዑ ንሽዑ ክፍልጥ ግቡእ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 47. ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ንብረት

1. ዝኾነ ፖሊስ ንስራሕ ዝተውሃቦ ሃፍትን ንብረትን መንግስቲ ብኣግባቡ ምሕላውን ንዝተመደበሉ ዕላማ ጥራሕ ምውዓልን ሓላፍነት ኣለዎ።

2. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ በቢ ደረጅኡ ዘሎ ኣመራርሓ ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ንብረት ምክትታልን ምቁፅፃርን ሓላፍነት ኣለዎ።

3. ዝኾነ ፖሊስ ንመፈፀሚ ስራሕ ኣብ ዝተውሃብዎ ሃፍትን ንብረትን ብዝበፅሖ ጉድኣት ወይ ጥፍኣት ብዕዳ ዝሕተት እቲ ጉድኣት ወይ ጥፍኣት ኮነ ተባሂሉ ወይ ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ እዩ።

## ዓንቀፅ 48. ካሊእ ስራሕ ምስራሕ

1. ዝኾነ ፖሊስ ነቲ ኮሚሽን ንዝህቦ ግልጋሎት ዘጉድል ወይ ምስ ፖሊሳዊ ግቡኡ ዝጋነፅ ወይ ዘይጠዓዓም ዝኾነ ካልእ ስራሕ ክሰርሕ የብሉን።

2. ናይዚ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኾይኑ ዝኾነ ፖሊስ ነቲ ኮሚሽን ኣፍሊጡ ኣብ ትርፊ ግዚኡ ካሊእ ስራሕ ክሰርሕ ይኽእል ።

## ዓንቀፅ 49. ናብ ምርመራ ሕክምና ምቕራብ

1. ዝኾነ ፖሊስ ካብ ምርመራ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ወፃኢ ምስ ስርሑ ብዝተተሓሐዘ እኹል ምክንያት ምርመራ ሕክምና ንክገብር በቲ ኮሚሽን እንትሕተት ክፍፅም ግቡእ ኣለዎ።

2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ንዝግበር ምርመራ ዘድሊ ወፃኢ በቲ ኮሚሽን ይሽፈን።



እንዲያገኝ፣

ለ. የተፈጠረው ሁኔታ ለሚመለከታቸው የበላይ ሃላፊዎች ወድያውኑ የማሳወቅ ግዴታ አለበት።

## አንቀጽ 47. የንብረት አያያዝና አጠቃቀም

1. ማንኛውም ፖሊስ ለስራ የተሰጠውን የመንግስት ሃብትና ንብረት በአግባቡ የመጠበቅና ለታቀደለት ዓላማ ብቻ የማዋል ሃላፊነት አለበት

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በየደረጃው ያለ አመራር የንብረት አያያዝና አጠቃቀምን የመከታተልና የመቆጣጠር ሃላፊነት አለበት።

3. ማንኛውም ፖሊስ ለስራ ማከናወኛ በተሰጠው ሃብት ላይ በሚደርስ ጉዳት ወይም ጥፋት በዕዳ ተጠያቂ የሚሆነው ጉዳቱን ወይም ጥፋቱን ሆነ ብሎ ወይም በቸልተኝነት ያደረሰ እንደሆነ ነው።

## አንቀጽ 48. ሌላ ስራ መስራት

1. ማንኛወም ፖሊስ ለኮሚሽኑ የሚሰጠውን አገልግሎት የሚያጓድል ወይም ከፖሊሳዊ ግዴታው ጋር የሚጋጭ ወይም የማይጣጣም ማናቸውም ሌላ ስራ መስራት የለበትም።

2. የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ደንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ ማንኛውም ፖሊስ ኮሚሽኑን አሳውቆ በትርፍ ጊዜው ሌላ ስራ መስራት ይችላል።

## አንቀጽ 49. ለሕክምና ምርመራ ስለመቅረብ

1. ማንኛውም ፖሊስ ከኤች.አይ.ቪ. ኤድስ ምርመራ በስተቀር ከስውራው ጋር በተያያዘ በቂ ምክንያት የሕክምና ምርመራ እንዲያደርግ በኮሚሽኑ ሲጠየቅ የመፈፀም ግዴታ አለበት።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት ለሚደረገው ምርመራ የሚያስፈልገውን ወጪ በኮሚሽኑ ይሸፈናል።

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ 50. ደምቢ ኽዳን**

1. ዝኾነ ፖሊስ፦

ሀ. ኣብ እዋን ስራሕ ፅሬቱ ዝሓለወ ደምቢ ኽዳን ኣማሊኡ ክኽደን፣ ኣብ ልዕሊ ደምቢ ኽዳኑ ዝተፈቐደሉ ምልክት መዓርግ ክገብር፤ ወይ

ለ. ብምኽንያት ምድብ ስራሕ ደምቢ ኽዳን ዘይኽደን እንተኾይኑ ከክንድኡ ዝተወሃቦ ክዳን ክኽደን ግቡእ ኣለዎ።

2. ዝተውሃቦ ደምቢ ኽዳንን ዕጥቅን ንኻሊእ ሰብ ኣሕሊፉ ክህብ የብሉን።

3. ደምቢ ኽዳኑ እንተኽደን መጋየዒ ነገራት ክገብር የብሉን፤ ብዓል ሓዳር ወይ ሕፁይ እንተኾይኑ ግና ቀለበት ቃልኪዳን ክገብር ይኽእል።

**ዓንቀፅ 51. ፍሉይ ትኹረት ዘድልዮም ኣካላት**

ዝኾነ ፖሊስ ህፃናት፣ደቂ ኣንስትዮ፣ ሽማግለታትን ጉዱኣት ኣካልን ክሕዝ ከሎ ስምዒቶም ብዘይትንክፍ ኩነታት፣ ብምሕብሓብ ክሕዝ ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 52. ተሓታትነት**

ዝኾነ ፖሊስ ሕጊ ጥሒሱ ብዝውስኖ ውሳነ ይኹን ብዝፍፅሞ ተግባር ንዝበፅሖ ጉድኣት ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን።

**ክፍሊ ሸሞንተ**

**ቅፅዓት ዲሲፕሊን ኣቀራርባ ቅርታን**

**ዓንቀፅ 53. ቀሊል ጥፍኣት ዲስፕሊን**

ካብዞም ዝስዕቡ ጥፍኣታት ነቲ ሓደ ዝፈፀመ ፖሊስ ብቀሊል ጥፍኣት ዲስፕሊን ተሓታቲ ይኸውን፦

1. ደንቢ ኽዳን ምስ መዓርግ ምልክት ኣማሊእኻ ዘይምኽዳን ወይ ባጅ ወይ መፍለይ ቁፅሪ ዘይምግባር፤

2. ብመዓርግ ንዝበልፆ ኣባል ፖሊስ ሰላምታ

**አንቀጽ 50. የደንብ ልብስ**

1. ማንኛውም ፖሊስ ፦

ሀ. በስራ ወቅት ንፅህናውን የተጠበቀ የደንብ ልብስ አሟልቶ የመልበስ፣በደንብ ልብሱ ላይ የተፈቀደለትን የማዕረግ ምልክት የማድረግ፤ወይም

ለ. በስራ ምድቡ ምክንያት የደንብ ልብስ የማይለብስ ከሆነ በምትኩ የተሰጠውን ልብስ የመልበስ ግዴታ አለበት።

2. የተሰጠውን የደንብ ልብስና ትጥቅ ለሌላ ሰው አሳልፎ መስጠት የለበትም።

3. የደንብ ልብሱን ሲለብስ ጌጣጌጥ ማድረግ የለበትም፤ ባለ ትዳር ወይም የታጨ ከሆነ ግን የቃል ኪዳን ቀለበት ማድረግ ይችላል።

**አንቀጽ 51. ልዩ ትኩረት የሚያስፈልጋቸው አካላት**

ማንኛውም ፖሊስ ህፃናትን ፣ ሴቶችን ፣ አረጋውያንና የአካል ጉዳተኞችን ሲይዝ ስሜታቸውን በማይነካ ሁኔታ በእንክብካቤ የመያዝ ግዴታ አለበት።

**አንቀጽ 52. ተጠያቂነት**

ማንኛውም ፖሊስ ሕግን በመጣስ በሚወስነው ውሳኔ ወይም በሚፈፅመው ድርጊት ለሚደርሰው ጉዳት በህግ ተጠያቂ ይሆናል።

**ክፍል ስምንት**

**የዲስኘሊን እርምጃዎችና ቅሬታ ኣቀራረብ**

**አንቀጽ 53. ቀላል የዲስኘሊን ጥፋት**

ከሚከተሉት ጥፋቶች አንዱን የፈጸመ ፖሊስ በቀላል የዲስኘሊን ጥፋት ተጠያቂ ይሆናል፦

1. የደንብ ልብስ ከነማዕርግ ምልክቱ አሟልቶ አለመልበስ ወይም ባጅ ወይም የመለያ ቁጥር አለማድረግ፤

2. በማዕርግ ለሚበልጠው የፖሊስ አባል ሰላምታ

www.abyssinialaw.com



ዘይምሃብ፤

3. ንታሕተዎት ኣባላት ምንእኣስ ወይ ምሽቑራር፤
4. ንላዕለዎት ኣመራርሓ ዘይምኽባር፣ ምፍጣጥ ወይ ምፍርራሕ፤
5. ኣብ ስራሕ ቦታ ተረኺብካ ስራሕ ዘይምጅማር፤
6. ኣብ እዋን ስራሕ ተኣኪብኻ ምውጋዕ፤
7. ብፖሊስ ጥፍኣት ዲስፕሊን ምፍፃሙ እናፈለጠ ንዝምልከቶ ክፍሊ ዘይምፍላጥ፤
8. ውልቀ ንፅህና ዘይምሕላው፤
9. ደምቢ ኽዳን ተኸዲኑ ኣብ ዘይድለ ቦታ ምርካብ፤
10. ብሸለልተኘነት ጥይት ምብራቕ፤
11. ብዘይብቑዕ ምኽንያት ወይ ብዘይፈቓድ ካብ ሸውዓተ ተኸታተልቲ መዓልታት ንዘይበልፅ ግዘ ካብ ሰራሕ ምትራፍ፤
12. ናብ ስራሕ ዘንጊዕኻ ምእታው፣ ቀዲምካ ምውፃእ፤
13. ብዘይኣገባብ ንበዓል ጉዳይ ምጉልእላእ፤
14. ሓላፍነት ምቕራብ ክሲ ወይ ምውሳድ ስጉምቲ ጉድለት ድስፐሊን ዘይምውፃእ፤
15. ኣብዚ ዓንቀፅ ምስ ዝተዘርዘሩ ተመሳሳሊ ክብደት ዘለዎ ካሊእ ጉድለት ዲስፐሊን ምፍፃም።

**ዓንቀፅ 54. ከቢድ ጥፍኣታት ዲሰፐሊን**

1. ቀሊል ጥፍኣት ዲስፐሊን ኽልተ ጊዜን ልዕሊኡን ምፍፃም፤
2. ትእዛዝ ብዘይምኽባር ፣ብትልግምቲ ፣ ብሸለልትነት፣ስነ ሰርዓት ኣሰራርሓ ብዘይምኽታል ኣብ ስራሕ በደል ምብፃሕ፤
3. ሓድነት ስራሕ ኣባላት ኣብ ዝህውኽ ምንቅስቓስ ምስታፍ፤
4. ስራሕ ከይሰራሕ ኮነኢልካ ምህዋኽ ወይ ምስ

ኣለመስጠት፤

3. የበታች ኣባላትን ማንቋሸሽ ወይም ማሸማቀቅ፣
4. የበላይ ኣመራርን ኣለማክበር፣ ማንጓጠጥ ወይም ማስፈራራት፤
5. በስራ ቦታ ተገኝቶ ስራ ኣለመጀመር፤
6. በስራ ሰዓት ተሰብስቦ ማውራት፤
7. በፖሊስ የዲስፕሊን ጉድለት መፈፀሙን እያወቀ ለሚመለከተው ክፍል ኣለማሳወቅ፤
8. የግል ንፅህናን ኣለመጠበቅ፤
9. የደንብ ልብሱን ለብሶ ኣልባሌ ቦታ መገኘት፤
10. በቸልተኝነት ጥይት ማባረቅ፤
11. ያለ በቂ ምክንያት ወይም ያለፍቃድ ከሰባት ተከታታይ ቀናት ለማይበልጥ ጊዜ ከስራ መቅረት፤
12. ወደ ስራ አርፍዶ መግባት፣ ቀድሞ መውጣት፤
13. ባለ ጉዳይን ተገቢ ባልሆነ ምክንያት ማጉላላት፤
14. የድስኘሊን ክስ የማቅረብ ወይም እርምጃ የመውሰድ ሃላፊነትን ኣለመወጣት፤
15. በዚህ ኣንቀፅ ከተዘረዘሩት ጋር ተመሳሳይ ክብደት ያለው ሌላ የድስኘሊን ጉድለት መፈፀም።

**ኣንቀጽ 54. ከባድ የዲስኘሊን ጥፋቶች**

1. ቀላል የዲስኘሊን ጥፋት ሁለት ጊዜና ከዝያ በላይ መፈፀም፤
2. ትእዛዝ ባለማክበር፣ በመለገም፣ በቸልተኝነት ወይም የኣሰራር ስነ ስርዓትን በመጣስ በስራ ላይ በደል ማድረስ፤
3. የኣባላትን የስራ ኣንድነት በሚያናጋ እንቅስቃሴ መሳተፍ፤
4. ስራ እንዳይሰራ ሆን ብሎ ማወክ ወይም ከሚያውኩት ጋር መተባበር፤

www.abyssinialaw.com



ዝህወኹ ምትሕብባር፤

5. ብተከታታሊ ካብ ሸውዓተ መዓልቲ ንላዕሊ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ካብ ስራሕ ምትራፍ፤
6. ኣብ ቦታ ስራሕ እምባንሮ ምፍጣር ወይ ምውቃዕ፤
7. ብልማዳዊ ስኻር ወይ ብምኽንያት ወልፊ ዘደንዝዝ እፅ ስራሕ ምብዳል፤
8. ኣብ ቦታ ስራሕ ወይ ካብ ቦታ ሰራሕ ወፃኢ ንሞራል ህዝቢ ዝፃባእ ተግባር ምፍፃም፤
9. ሓሶት ፍቓድ ሓኪም ብምውሳድ ካሊእ ኣታዊ ዘርክብ ስራሕ ምስራሕ፤
10. ብዝምልከቶ ኣካል ከይተወከለ ነቲ ኮሚሽን ኣብምልከቱ ዋኒናት ንመራኸብቲ ሓፋሽ መግለፂ ምሃብ፤
11. ኣብ ቦታ ስራሕ ሃይማኖታዊ ስብከት ምክያድ ወይ ሃይማኖታዊ መዝሙር ወይ ስብከት ምስማዕ ወይ ስእልታት ምልጣፍ፤
12. ብዘይካ ምርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ኤድስ ምስ ስርሑ ብዝተተሓሐዘ ምርመራ ጥዕና ንምግባር ፍቓደኛ ዘይምኳን፤
13. ብቤት ፍርዲ ወይ ብዝምልከቶ ኣካል ዝወሃብ ትእዛዝ ብዘይምኽባር ስራሕቲ ምዕንቃፍ፤
14. ደምቢ ኽዳን፣ ኣርማ፣ መታወቅያ ፣ባጅ ወይ ጦር መሳርሒ ንዘይግበኦ ሰብ ብዝኾነ ምኽንያት ምሃብ ፣ ምክራይ፤
15. ዝዓጠቖ ጦር መሳርሒ ብዘይ አገባብ ምሓዝ ወይ ምጥፋእ፤
16. ጦር መሳርሒ ብምጥቃም ንመሳርሕቱ፣ ሓለፍቱ ወይ ሰላማውያን ሰባት ምፍርራሕ፤
17. ብሸለልትነት ጦር መሳርሒ ብምብራቕ ኣብ ልዕሊ ኣካል ሰብ ፣ ሂወት ወይ ንብረት ጉድኣት

5. ብተከታታይ ከሰባት ቀን በላይ ያለ በቂ ምክንያት ከስራ መቅረት፤
6. በስራ ቦታ ፀብ መጫር ወይም መደባደብ፤
7. በልማዳዊ ስካር ወይም በአደንዛዥ ዕፅ ሱስ ምክንያት ስራን መበደል፤
8. በስራ ቦታ ወይም ከስራ ቦታ ውጪ ለህዝብ ሞራል ተቃራኒ የሆነ ድርጊት መፈጸም፤
9. የሃሰት የሓኪም ፈቃድ በመውሰድ ሌላ ገቢ በሚያስገኝ ስራ ላይ መሰማራት፤
10. በሚመለከተው አካል ሳይወከል ኮምሽኑን ስለሚመለከቱ ጉዳዮች ለመገናኛ ብዙሃን መግለጫ መስጠት፤
11. በስራ ቦታ ሃይማኖታዊ ስብከት ማካሄድ ወይም ሃይማኖት ነክ መዝሙሮችን ወይም ስብከቶችን ማሰማት ወይም ምስሎችን መለጠፍ
12. ከኤች.አይ.ቪ. ኤድስ ምርመራ በስተቀር ከስራው ጋር በተያያዘ የጤና ምርመራ ለማድረግ ፍቃደኛ ያለመሆን፤
13. የፍርድ ቤት ወይም የሚመመለከተው አካል ትእዛዝ ባለማክበር ስራን ማስተጓጎል፤
14. የደንብ ልብስ፣ አርማ፣ መታወቂያ፣ ባጅ ወይም የጦር መሳርያ በማንኛውም ምክንያት ለማይገባው ሰው መስጠት፣ ማከራየት፤
15. የታጠቀውን የጦር መሳሪያ ያለ አግባብ መያዝ ወይም ማጥፋት ፣
16. የጦር መሳሪያ በመጠቀም የስራ ባለደረቦችን፣ አለቆቹን ወይም ሰላማዊ ሰዎችን ማስፈራራት፤
17. በቸልተኝነት የጦር መሳሪያ እንዲባርቅ በማድረግ በሰው አካል፣ ሂወት ወይም ንብረት ላይ ጉዳት ማድረስ፤

www.abyssinialaw.com



ምብፃሕ፤

18. ሕጊ እናተጣሓሰ እናረአኻ ሱቅ ኢልካ ምሕላፍ፣ ሞያዊ ግቡእ ዘይምውፃእ፤

19. ንባዕሉ ንሓደጋ ከይተቃለዐ ኣብ ፖሊሳዊ ወፍሪ ንዝቖሰለ ፖሊስ ዘይምሕጋዝ ወይ ሬሳ ዝተሰወአ ፖሊስ ምልዓል እናተኽኣለ ገዲፍካ ምኻድ ፤

20. ተግባራት ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል ወይ ንሕገ መንግስቲ ዝፃብኡ ተግባራት ምፍፃም ወይ ውሳነ ምሃብ፣

21. ካብ ወፍሪ ምህዳም ወይ ካብ ሓለዋ ቦታ ምጥፋእ፤

22. ኣብ ቦታ ስራሕ ወይ ካብ ቦታ ስራሕ ወፃኢ ፆታዊ ጥቅዓት ምፍፃም፤

23. ጉቦ ምቕባል፣ምሃብ ወይ ክወሃቦ ምሕታት፤

24. ኣብ ቦታ ስራሕ ወይ ካብ ቦታ ስራሕ ወፃኢ ተግባር ስርቂ ወይ እምነት ምጉዳል ወይ ምጭብርባር ምፍፃም፤

25. ኣብ ንብረት እቲ ኮሚሽን ኮነ ኢልካ ከቢድ ጉድኣት ምብፃሕ፤

26. ስልጣን ብዘይ ኣገባብ ምጥቃም፤

27. ሚሽጥር ዝኾኑ መረዳእታታት ምውፃእ፤

28. ሰነድ ኮሚሽን ወይ በዓል ጉዳይ ምሕባእ፣ንካሊእ ሰብ አሕሊፍካ ምሃብ፣ ኣምሲልካ ምድላው፣ምጥፋእ ወይ ምብልሻው፤

29. እንትቑፀር ይኹን ድሕሪ ምቑፃሩ ሓሰተኛ መረዳእታ ትምህርቲ ወይ ልምዲ ስራሕ ምቕራብ፤

30. ማህተም፣ቲተር ወይ ኣርማ እቲ ኮሚሽን ብዘለዎም ሰነዳት ወይ ብመለለይ ካርዲ ተግባር ምጭብርባር ምፍፃም ወይ ምፍታን፤



18. የህግ ጥሰትን እያዩ ዝም ብሎ ማለፍ፣ የሙያ ግዴታን አለመወጣት፣

19. ራሱን ለኣደጋ ሳያጋልጥ በፖሊሳዊ ግዳጅ ላይ የቆሰለን ፖሊስ ኣለመርዳት ወይም የተሰዋን ፖሊስ ኣስከሬን ማንሳት ሲቻል ትቶ መሄድ፣

20. የሰብኣዊ መብት ጥሰት ድርጊት ወይም ሕገ መንግስቱን የሚፃረር ድርጊት መፈፀም ወይም ውሳኔ መስጠት፤

21. ከግዳጅ መሸሽ ወይም ከጥበቃ ቦታ ላይ መጥፋት፤

22. በስራ ቦታ ወይም ከስራ ቦታ ውጪ ፆታዊ ጥቃት መፈፀም፤

23. ጉቦ መቀበል፣ መስጠት ወይም እንዲሰጠው መጠየቅ፤

24. በስራ ቦታ ወይም ከስራ ቦታ ውጭ የስርቆት፣ የእምነት ማጎደል ወይም የማጭበርበር ተግባር መፈፀም፤

25. በኮሚሽኑ ንብረት ላይ ሆን ብሎ ከባድ ጉዳት ማድረስ፤

26. በስልጣን ያለኣግባብ መጠቀም፤

27. ሚስጥር የሆኑ መረጃዎችን ማውጣት፤

28. የኮሚሽኑ ወይም የባለጉዳይ ሰነድ መደበቅ፣ ለሌላ ወገን ኣሳልፎ መስጠት፣ኣስመስሎ ማዘጋጀት፣ማጥፋት ወይም ማበላሸት፤

29. በሚቀጠርበት ወቅትም ሆነ ከተቀጠረ በሃላ ሓሰተኛ የትምህርት ወይም የስራ ልምድ ማስረጃ ማቅረብ፤

30. የኮሚሽኑን ማህተም፣ቲተር ወይም ኣርማ በያዙ ሰነዶች ወይም መታወቂያ ካርድ የማጭበርበር ድርጊት መፈፀም ወይም ለመፈፀም መሞከር፤

31. ኣባል ዝኾነ ፖለቲካዊ ፓርቲ ኮይንካ ምርካብ ወይ ፖለቲካ ፓርቲ ብምቅዋም ወይ ብምድጋፍ ምንቅስቓስ፤

32. ኮነ ኢልካ ወይ ብሸለልትነት እሱር ምጥፋእ፤

33. ምስ ፖሊሳዊ ስርሑ ዝጋነፅ ስራሕ ብምስራሕ ረብሓ ወይ ጥቕሚ ንምርካብ ምፅዓር፤

34. ልቓሕ ወሲድካ ዘይምኽፋልን ሽም እቲ ኮሚሽን ምጉዳፍን/ ምጥፋእ/፤ ወይ

35. ኣብዚ ዓንቀፅ ምስ ዝተዘርዘሩ ተመሳሳሊ ክብደት ዘለዎ ኻልእ ጥፍኣት ምፍፃም።

## ዓንቀፅ 55. ቀሊል ቅፅዓት ዲስፕሊን

1. ዝኾነ ፖሊስ ንፈለማ ግዜ ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 53 ካብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ክሳብ 10 ዝተደንገጉ ጥፍኣታት ሓደ ወይ ዝመሳሰል እንተፈፂሙ መጠንቀቕታ ቃል ብፅሑፍ ይዋሃብ፤

2. ዝኾነ ፖሊስ፦

ሀ. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ምስተቐፅዐ ንኻልኣይ ግዜ ተመሳሳሊ ጥፍኣት እንተፈፂሙ ፤

ለ. ንፈለማ እዋን በዚ ደንቢ ዓንቀፅ 53 ካብ ንኡስ ዓንቀፅ 11 ክሳብ 15 ዝተደንገጉ ጥፍኣታት ሓዲኡ ወይ ተመሳሳሊ ጥፍኣት እንተፈፂሙ፤ መጠንቀቕቕታ ፅሑፍ ይወሃብ።

## ዓንቀፅ 56. ከቢድ ቅፅዓት ዲስፕሊን

1. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 54 ካብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ክሳብ 12 ካብ ዝተደንገጉ ጥፍኣታት ሓዲኡ ወይ ካሊእ ተመሳሳሊ ጥፍኣት ንፈለማ ግዝ ዝፈፀመ ኣባል ፖሊስ ክሲ ድስፕሊን ቀሪቡሉ ጥፍኣተኛ ኮይኑ እንተርከብ ክሳብ ሓደ ወርሒ መሃያ ዝበፅሕ ቕፅዓት ገንዘብ ይቕፀዕ።

2. ዝኾነ ፖሊስ፦

31. የማንኛውም ፖለቲካ ፓርቲ ኣባል ሆኖ መገኘት ወይም የፖለቲካ ፓርቲን በመደገፍ ወይም በመቃወም መንቀሳቀስ፤

32. ሆን ብሎ ወይም በቸልተኝነት እስረኛ ማጥፋት፤

33. ከፖሊሳዊ ስራው ጋር የሚጋጭ ስራ በመስራት ጥቅም ለማግኘት መጣር፤

34. ብድር ወስዶ ያለመክፈልና የኮሚሽኑን ስም ማጥፋት፤ወይም

35. በዚህ ኣንቀፅ ከተዘረዘሩት ጋር ተመሳሳይ ክብደት ያለው ሌላ ጥፋት መፈፀም።

## ኣንቀጽ 55. ቀላል የዲስኘሊን ቅጣት

1. ማንኛውም ፖሊስ በዚህ ደንብ በኣንቀፅ 52 ከንኡስ ኣንቀፅ 1 እስከ 10 ከተደነገጉት ጥፋቶች ኣንዱን ወይም ተመሳሳዩን ለመጀመሪያ ጊዜ ከፈፀመ የቃል ማስጠንቀቅያ በፅሁፍ ይሰጠዋል።

2. ማንኛውም ፖሊስ፣

ሀ. በዚህ ኣንቀፅ ንዑስ ኣንቀፅ 1መሰረት ከተቀጣ በሃላ ተመሳሳይ ጥፋት ለሁለተኛ ጊዜ ከፈፀመ፤ ወይም

ለ. በዚህ ደንብ ኣንቀፅ 53 ከንኡስ ኣንቀፅ 11 እስከ 15 ከተደነገጉት ጥፋቶች ኣንዱን ወይም ተመሳሳዩን ለመጀመሪያ ጊዜ ከፈፀመ፤ የፅሁፍ ማስጠንቀቅያ ይሰጠዋል።

## ኣንቀጽ 56. ከባድ የዲስኘሊን ቅጣት

1. በዚህ ደንብ በኣንቀፅ 54 ከንኡስ ኣንቀፅ 1 እስከ 12 ከተደነገጉት ጥፋቶች ኣንዱን ወይም ሌላ ተመሳሳይ ጥፋት ለመጀመሪያ ጊዜ የፈፀመ የፖሊስ ኣባል የዲስኘሊን ክስ ቀርቦበት ጥፋተኛ ሆኖ ሲገኝ እስከ የኣንድ ወር ደመወዝ በሚደርስ የገንዘብ መቀጮ ይቀጣል።

2.ማንኛውም ፖሊስ ፦

www.abyssinialaw.com



ሀ. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ምስተቐፅዐ ንኻልኣይ እዋን ተመሳሳሊ ጥፍኣት እንተፈፂሙ፤ወይ

ለ. ንፈለማ ግዜ ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 54 ካብ ንኡስ ዓንቀፅ 13 ክሳብ 19 ካብ ዝተደንገገ ጥፍኣታት ሓዲኡ ወይ ተመሳሳሊ ጥፍኣት እንተፈፂሙ ፤ ክሲ ዲስፐሊን ቐሪብሉ ጥፍኣተኛ ኾይኑ እንትርከብ ክሳብ ክልተ ዓመት ዝፀንሕ ሓደ ብርኪ ካብ መዓርግን መሃያን ትሕት ክብል ወይ ኣብ ብርኪ ኮንስታብል ዝርከብ እንተኾይኑ ዕቤት መዓርግ መፅንሒ ግዚኡ ክሳብ ክልተ ዓመት ክፀንሕ ብምግባር ይቕፃዕ።

3. ዝኾነ ፖሊስ፦

ሀ. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ምስተቐፅዐ ንኻልኣይ ጊዜ ተመሳሳሊ ጥፍኣት እንተፈፂሙ፤ወይ

ለ. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 54 ካብ ንኡስ ዓንቀፅ 20 ክሳብ 35 ካብ ዝተደንገገ ጥፍኣታት ሓዲኡ ወይ ካሊእ ተመሳሳሊ ጥፍኣት ንፈለማ ግዘ እንተፈፂሙ፤ ክሲ ድስፐሊን ቀሪብሉ ጥፍኣተኛ ኾይኑ እንትርከብ ካብ ስራሕ ይሰናበት።

4. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተቀፀዐ ፖሊስ ግዘ ቕፅዓት እንትውድእ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስርሑ ተራእዩ ቅድሚ ምቕፅዑ ሒዝዎ ዝነበረ ማዓርግን መሃያን ተመሊሱ ይዋሃቦ።

ሀ. በዚህ አንቀፅ በንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት ከተቀጣ በኋላ ያንኑ ጥፋት ብድጋሚ የፈፀመ እንደሆነ ወይም

ለ. በዚህ ደንብ አንቀፅ 54 ከንኡስ አንቀጽ 13 እስከ 19 ከተደነገጉት ጥፋቶች አንዱን ወይም ሌላ ተመሳሳይ ጥፋት ለመጀመሪያ ጊዜ የፈፀመ እንደሆነ፣ የዲስፕሊን ክስ ቀርቦበት ጥፋተኛ ሆኖ ሲገኝ እስከ ሁለት ዓመት፣ የሚቆይ አንድ ደረጃ ከማዕርግ እና ከደመወዝ ዝቅ እንዲል ወይም በኮንስታብል ደረጃ የሚገኝ ከሆነ የማዕርግ እድገት መቆያ ጊዜው እስከ ሁለት ዓመት እንዲዘገይ በማድረግ ይቀጣል።

3.ማንኛውም ፖሊስ ፦

ሀ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት ከተቀጣ በኋላ ለሁለተኛ ጊዜ ተመሳሳይ ጥፋት ከፈፀመ፤ ወይም

ለ. በዚህ ደንብ አንቀፅ 54 ከንኡስ አንቀፅ 20 እስከ 35 ከተደነገጉት ጥፋቶች አንዱን ወይም ሌላ ተመሳሳይ ጥፋት ለመጀመሪያ ጊዜ ከፈፀመ ፤ የዲስፕሊን ክስ ቀርቦበት ጥፋተኛ ሆኖ ሲገኝ ከስራ ይሰናበታል።

4. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት የተቀጣ ፖሊስ የቅጣት ጊዜውን ሲያጠናቅቅ ከመቀጣቱ በፊት ይዞት የነበረው ማዕርግ እና ደመወዝ የስራ አፈፃፀም ውጤቱ ታይቶ ተመልሶ ይሰጠዋል።

## ዓንቀፅ 57. ካብ ስራሕ ምእጋድ

1. ንዝኾነ ፖሊስ ካብ ስራሕ ኣጊድካ ምፅናሕ ዝካኣል፦

ሀ. ምስቲ ዝተጠርጠረሉ ዋኒን ኣግባብነት ዘለዎ መረዳእታታት ብምብልሻው፣ብምሕባእ ወይ ብምጥፋእ ነቲ ምፅራይ ከዐንቅፍ ዝኽእል እንተኾይኑ፣

ለ. ኣብ ልዕሊ ስራሕ ወይ ንብረት እቲ ኮሚሽን ተወሳኺ ጉድኣት ከብፅሕ ዝኽእል እንተኾይኑ፤

ሐ. ክብደት እቲ ዝተኸሰሰሉ ጥፍኣት ሞራል ካልኦት

## አንቀጽ 57. ከስራ ማገድ

1. ማንኛውንም ፖሊስ ከስራ አግዶ ማቆየት የሚቻለው፦

ሀ. ከተጠረጠረበት ጉዳይ ጋር አግባብነት ያላቸውን ማስረጃዎች በማበላሸት፣ በመደበቅ ወይም በማጥፋት ምርመራውን ሊያሰናክል የሚችል ከሆነ፤

ለ. በኮሚሽኑ ስራ ወይም ንብረት ላይ ተጨማሪ ጉዳት ሊያደርስ የሚችል ከሆነ፤

ሐ. የተከሰሰበት ጥፋት ክብደት የሌሎች ሰራተኞችን

www.abyssinialaw.com



ሰራሕተኛታት ዝትንክፍ ወይ ተገልጋላይ ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ እቲ ኮሚሽን ንዘለዎ እምነት ዘዛብዕ እንተኾውን፤ ወይ

መ. እቲ ተፈፂሙ ዝተብሃለ ጥፍኣት ካብ ስራሕ የባርር እዩ፤ተባሂሉ እንትእመን እዩ።

2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ሓደ ፖሊስ ካብ ስራሕን መሃያን ተኣጊዱ ክፀንሕ ክግበር ዝኽእል ካብ ክልተ ወርሒ ንዘይበልፅ ጊዘ ይኸውን።

3. ዝኾነ ፖሊስ ካብ ስራሕ እንትእገድ ዝተአገደሉ ምኽንያትን እቲ እግድ ዝፀነሐሉ ግዘን ዝገልፅ መአገዲ ደብዳቤ ይዋሃብ።

4. እቲ ፖሊስ ብምኽንያት ዝተኸሰሰሉ ጥፍኣት ዲስፕሊን ካብ ስራሕ ክሰናበት ዘይተወሰነሉ እንተኾይኑ ተኣጊዱ እናሃለወ ዘይወሰዶ መሃያ ብዘይወለድ ይዋሃቦ።

## ዓንቀፅ 58. ስልጣን ካብ ስራሕ ምእጋድ

ብመሰረት ዓንቀፅ 57 እዚ ደምቢ ውሳነ ካብ ስራሕ ምእጋድ ክውሰን ዝኽእል፦

1. ኣብ ንኡስ ወረዳን ዋና ወረዳን ዘለው ካብ ኮንስታብል ክሳብ ዋና ሳጅን ብወረዳ ሓላፊ ተወሲኑ ሕቶ ይግበአኒ እንትቐርብ ናብ ዞባ ሓላፊ ቀሪቡ መወዳእታ ውሳነ ይዋሃቦ።

2. ኣብ ንኡስ ወረዳን ዋና ወረዳን ንዘለው ካብ ሓጋዚ ኢንስፔክተር ክሳብ ኢንስፔክተር ብወረዳ ሓላፊ ውሳነ ሓሳብ ቀሪቡ ብዞባ ሓላፊ ይእገድ። ሕቶ ይግበአኒ እንተቕርብ ናብ ምክትል ኮሚሽነር ቀሪቡ መወዳእታ ውሳነ ይዋሃቦ።

3. ኣብ ንኡስ ወረዳን ዋና ወረዳን ንዘለው ዋና ኢንስፔክተርን ልዕሊኡን ንዝኾኑ ፖሊሳት ብመቕረባይነት ውሳነ ሓሳብ ሓላፊ ዞባ ብኮምሽነር መወዳእታ ውሳነ ይዋሃቦ።



ሞራል የሚነካ ወይም ተገልጋይ ህብረተሰብ በኮሚሽኑ ላይ ያለውን እምነት የሚያዛባ፤ ወይም

መ. ተፈፀመ የተባለው ጥፋት ከስራ ያባርራል ተብሎ ሲታመን ነው፡፡

2. በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 መሰረት ኣንድ ፖሊስ ከስራና ከደመወዝ ታግዶ እንዲቆይ ሊደረግ የሚችለው ከሁለት ወር ለማይበልጥ ጊዜ ይሆናል፡፡

3. ማንኛውም ፖሊስ ከስራ ሲ.ታገድ የታገደበት ምክንያትና እግዱ የሚቆይበትን ጊዜ የሚገልፅ የእግድ ደብዳቤ ይሰጠዋል፡፡

4. ፖሊሱ በተከሰሰበት የዲስኘሊን ጥፋት ምክንያት ከስራ እንዲሰናበት ያልተወሰነበት እንደሆነ በእግዱ ወቅት ሳይከፈለው የቀረው ደመወዝ ያለወለድ ይከፈለዋል፡፡

## አንቀጽ 58. ከስራ የማገድ ስልጣን

በዚህ ደንብ ኣንቀፅ 57 መሰረት ከስራ የማገድ ውሳኔ ሊወሰን የሚችለው፦

1. በንኡስ ወረዳና ዋና ወረዳ ያሉት ከኮንስታብል እስከ ዋና ሳጅን በወረዳ ሃላፊ ተወስኖ የይግባኝ ጥያቄ ሲቀርብ ለዞን ሃላፊ ቀርቦ የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጠዋል።

2. በንኡስ ወረዳና ዋና ወረዳ ላሉት ከረዳት ኢንስፔክተር እስከ ኢንስፔክተር በወረዳ ሃላፊ የውሳኔ ሃሳብ ቀርቦ በዞን ሃላፊ ይታገዳል። የይግባኝ ጥያቄ ሲቀርብ ለምክትል ኮምሽነር ቀርቦ የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጠዋል።

3. በንኡስ ወረዳና በወረዳ ላሉት ዋና ኢንስፔክተርና ከዛ በላይ ለሆኑ ፖሊሶች በዞን ሃላፊ የውሳኔ ሃሳብ አቅራቢነት በኮሚሽነር የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጠዋል።

www.abyssinialaw.com



4. ኣብ ዞባ ስታፍ ንዘለው ካብ ኮንስታብል ክሳብ ዋና ሳጅን ብተተካኢ ሓላፊ ዞባ ዝውሰን ኾይኑ ሕቶ ይግበኣኒ እንትቐርብ ናብ ዞባ ሓላፊ ቀሪቡ መወዳእታ ውሳነ ይረክብ።
5. ኣብ ዞባ ስታፍ ንዘለው ካብ ሓጋዚ ኢንስፔክተር ክሳብ ኢንስፔክተር ብሓላፊ ዞባ ዝውሰን ኾይኑ ሕቶ ይግበኣኒ እንትቐርብ ብምክትል ኮሚሽነር መወዳእታ ውሳነ ይዋሃብ።
6. ኣብ ዞባ ስታፍ ንዘለው ልዕሊ ዋና ኢንስፔክተር ዝኾኑ ፖሊሳት ብመቕረባይነት ውሳነ ሓሳብ ሓላፊ ዞባ ብኮሚሽነር መወዳእታ ውሳነ ይዋሃብ።
7. ንዞባ ዝተደንገገ ኣብ ከተማ መቐለ ብብርኪ ከተማ፣ ንወረዳ ዝተደንገገ ብብርኪ ክፍለ ከተማ ንዘለው መሓውር ፖሊስ ተፈፃሚ ይኸውን
8. ኣብ ክልል ስታፍ ንዘለው ኣብ ኣውራን ደገፍቲ ከይዲ ስራሕን ዝርከቡ ካብ ኮንስታብል ክሳብ ዋና ሳጅን ዘለው ፖሊሳት ብተተካኢ ተወዲኡ ሕቶ ይግበኣኒ እንትቐርብ ብሓላፊ ኣውራ ወይ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ መወዳእታ ውሳነ ይዋሃብ።
9. ኣብ ክልል ስታፍ ንዘለው ካብ ሓጋዚ ኢንስፔክተር ክሳብ ኢንስፔክተር ንዘለው ፖሊሳት ብሓላፊ ኣውራ ወይ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ተወዲኡ ሕቶ ይግባኣኒ እንትቐርብ ብምክትል ኮምሽነር መወዳእታ ውሳነ ይዋሃቦ።
10. ኣብ ክልል ስታፍ ንዘለው ዋና ኢንስፔክተርን ልዕሊኡን ንዝኾኑ ኣባላት ብመቕረባይነት ውሳነ ሓሳብ ሓላፊ ኣውራ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ብኮሚሽነር መወዳእታ ውሳነ ይዋሃብ።

## ዓንቀፅ 59. ኣወሳስዳ ስጉምቲ ዲስፕሊን

1. ቀሊል ስጉምቲ ቅፅዓት ዲስፕሊን ዝውሰድ



4. በዞን ስታፍ ላሉት ከኮንስታበል እስከ ዋና ሳጅን በዞን ሃላፊ ተተኪ የሚወሰን ሆኖ የይግባኝ ጥያቄ ሲቀርብ ለዞን ሃላፊ ቀርቦ የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጠዋል።
5. በዞን ስታፍ ላሉት ከረዳት ኢንስፔክተር እስከ ኢንስፔክተር በዞን አዛዥ የሚወሰን ሆኖ የይግባኝ ጥያቄ ሲቀርብ በምክትል ኮሚሽነር የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጠዋል፤
6. በዞን ስታፍ ላሉት ከዋና ኢንስፔክተር በላይ ለሆኑ ፖሊሶች በዞን አዛዥ የውሳኔ ሃሳብ አቅራቢነት በኮሚሽነር የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጠዋል።
7. በመቐለ ከተማ ለዞን የተደነገገው በከተማ ደረጃ፣ ለወረዳ የተደነገገው በክፍለ ከተማ ደረጃ ላሉት የፖሊስ መዋቅር ተፈፃሚ ይሆናል፡፡
8. በክልል ስታፍ ላሉት በዋና እና ደጋፊ የስራ ሂደት ውስጥ ለሚገኙ ከኮንስታብል እስከ ዋና ሳጅን ላሉት ፖሊሶች በተተኪ ኣልቆ የይግባኝ ጥያቄ ሲቀርብ በዋና ወይም በደጋፊ የስራ ሂደት ሃላፊ የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጠዋል።
9. በክልል ስታፍ ላሉት ከረዳት ኢንስፔክተር እስከ ኢንስፔክተር ላሉት ፖሊሶች በዋና ወይም በደጋፊ የስራ ሂደት ሃላፊ ኣልቆ የይግባኝ ጥያቄ ሲቀርብ በኮሚሽነር የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጠዋል።
10. በክልል ስታፍ ላሉት ዋና ኢንስፔክተርና ከዛ በላይ ለሆኑ አባሎች በዋና ወይም በደጋፊ የስራ ሂደት ሃላፊ የውሳኔ ሃሳብ አቅራቢነት በኮሚሽነር የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጠዋል።

## አንቀጽ 59. የዲስፕሊን እርምጃ አወሳሰድ

1. ቀላል የዲስፕሊን ቅጣት እርምጃ የሚወሰደው የክስ

www.abyssinialaw.com



ክሲ ቻርጅ ተመሊኡ ጥፍኣተኛ ኾይኑ ኣብ ዝተረኸበ ፖሊስ እንትኸውን በቢ ብርኩ ብዘለዉ ቐረባ ሓለፍቲ ዝፍፀም ይኸውን።

2. ንኣፈፃፅማ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ በቢብርኩ ዘለዉ ሓለፍቲ ማለት ሓለፍቲ ንኡስ ወረዳ ፣ ወረዳ ፣ዞባ ከይዲ ስራሕ መተሓባበርቲ ወረዳ፣ ዞባ ፣ ሓለፍቲ ኣውራን ደጋፍን ከይዲ ስራሕ መተሓባበርቲ ንኡስ ከይዲ ስራሕ እቲ ኮምሽን ኮይኑ ኣብ ፍሉይ ሓይሊ ፖሊስ እውን ካብ መራሒ ጋንታ ክሳብ ኣዛዚ ብርጌድ ዘለው ይኸውን።

3. ከቢድ ስጉምቲ ቅፅዓት ዲስፕሊን ዝውሰድ ብመሰረት ብዲስፕሊን ኮሚቴ ዝቐርብ ውሳነ ሓሳብ ጥፍኣተኛ ኾይኑ ንዝተረኸበ ፖሊስ እንትኸውን ተመዲቡ ኣብ ዝሰርሐሉ ብብርኪ ወረዳ ፣ዞባ፣ ክልል ኣውራ ወይ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ከምኡ እውን ኣብ ፍሉይ ሓይሊ በቢብርኩ ብዝጣየሹ ኮሚቴታት ዲስፕሊን ተፃርዩ ውሳነ ሓሳብ ናብ በቢብርኩ ዘሎ ሓላፊ ብምቕራብ ይውሰን ።

4. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ ኮሚቴ ዲስፕሊን ንኡስ ወረዳ ግን ውሳነ ሓሳቡ ናብ ሓላፊ ንኡስ ወረዳ ብምቕራብ፣ ሓላፊ ንኡስ ወረዳ ዝሃቦ ውሳነ ሓሳብ ናብ ወረዳ ሓላፊ ቀሪቡ ይፀድቕ።

5. ብኸቢድ ጥፍኣት ዲስፕሊን ዝተኸሰሰ ፖሊስ ዝርዝር እቲ ክሲ ክበፅሖ ተገይሩ ንባዕሉ ንምክልኻል ብቑዕ ዕድል ይዋሃብ።

6. በቢ ብርኩ ዝተጣየሸ ኮሚቴ ዲስፕሊን ዝርዝር ክሲ፣ መልሲ ተኸሳሲ፣ መረዳእታ የማነ ፀጋም ምስ መርመረ ተኸሳሲ ጥፊኣተኛ ኾይኑ እንተረኺቦ ግቡእ ውሳነ ሓሳብ ቅፅዓት በቢ ብርኩ ንዘሎ ሓላፊ የቕርብ።



ቻርጅ ተሞልቶ ጥፋተኛ ሆኖ በተገኘው ፖሊስ ሲሆን በየደረጃው ባሉት የቅርብ ሃላፊዎች የሚፈፀም ይሆናል።

2. ለዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1አፈፃፀም በየደረጃው ያሉ ሃላፊዎች ማለት የንኡስ ወረዳ፣ ወረዳ ፣ ዞን፣ ሃላፊዎች የወረዳ፣የዞን፣የስራሂደት አስተባባሪዎች፣የኮምሽኑ ዋና እና ደጋፊ የስራ ሂደት ሃላፊዎችና የንኡስ ስራ ሂደት አስተባባሪዎች ሆኖ በልዩ ሃይል ፖሊስ ደግሞ ከቡድን መሪ እስከ ብርጌድ አዛዥ ያሉት ይሆናል።

3. ከባድ የዲስኘሊን ቅጣት እርምጃ የሚወሰደው በዲስኘሊን ኮሚቴ በሚቀርብ የውሳኔ ሃሳብ መስረት ጥፋተኛ ሆኖ የተገኘን ፖሊስ ሲሆን ተመድቦ በሚሰራበት በወረዳ፣ዞን ፣ክልል አውራ ወይም ደጋፊ የስራ ሂደት እንዲሁም በልዩ ሃይል በየደረጃው በሚቋቋሙ የድስፕሊን ኮሚቴዎች ተጣርቶ የውሳኔ ሃሳብ በየደረጃው ለሚገኝ ሃላፊ በማቅረብ ይወሰናል።

4. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ የንኡስ ወረዳ ድስፕሊን ኮሚቴ የውሳኔ ሃሳብ ለንኡስ ወረዳ ሃላፊ በማቅረብ፣ የንኡስ ወረዳ ሃላፊ የሰጠውን የውሳኔ ሃሳብ ወደ ወረዳ ሃላፊ ቀርቦ ይፀድቃል።

5. በከባድ የዲስኘሊን ጥፋት የተከሰሰ ፖሊስ የክስ ዝርዝር እንዲደርሰው ተደርጎ ራሱን የመከላከል በቂ ዕድል ይሰጠዋል።

6. በየደረጃው የተቋቋመ የዲስኘሊን ኮሚቴ የክሱን ዝርዝር፣ የተከሳሹን መልስ እና የግራ ቀኙን ማስረጃዎች ከመረመረ በ ኋ ተከሳሹን ጥፋተኛ ሆኖ ሲያገኘው ተገቢውን የቅጣት ውሳኔ ሃሳብ በየደረጃው ለሚገኝ ሃላፊ ያቀርባል።

www.abyssinialaw.com



7. በቢ ብርኩ ዝርከብ ኮሚቴ ድስፕሊን ክሲ ኣፃርዩ ውሳነ ሓሳብ ናብ ሓላፊ እንተቕርብ ዝምልከቶ ሓላፊ እቲ ዋኒን ዳግም ንኽፃረ ንኮሚቴ ድስፕሊን ክእዝዝ ይኽእል።

8. ቅፅዓት ድስፕሊን ውሳነ ዝኾነ ቤት ፍርዲ እንተይተፀበየ ክውሰን ይኽእል።

9. ይግበኣኒ ዘይተሓተተሉ ውሳነ ከቢድ ቅፅዓት ናብ ኮሚሽነር ይፅብፀብ፤ እቲ ኮሚሽነር ዝተውሃበ ውሳነ ፀገም ኣለዎ ኢሉ እንተኣሚኑ ዳግም ክረአይ ወይ ብኻልእ ኮሚቴ ክምርመር ይገብርን ናይ መወዳእታ ውሳነ ይህብን።

## ዓንቀፅ 60. ኣቀራርባ ይግበኣኒ

1. ቀሊል ቅፅዓት ድስፕሊን ዝተወሰነሉ ዝኾነ ፖሊስ በቲ ውሳነ ቅር ዝብሎ እንተኾይኑ ነቲ ውሳነ ካብ ዝሃበ ሓላፊ ብሓደ ብርኪ ናብ ዝለዓለ ሓላፊ ይግበኣኒ ክቕርብ ዝኽእል ኾይኑ፦

ሀ. ሓላፊ ንኡስ ወረዳ ዝሃቦ ውሳነ ቅፅዓት ብይግባኣኒ ናብ ወረዳ ሓላፊ ቀሪቡ ዝወሃቦ ውሳነ መወዳእታ ይኸውን።

ለ. መተሓባበሪ ኸይዲ ስራሕ ወረዳ ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ቅፅዓት ብይግበኣኒ ሓላፊ ወረዳ ዝህቦ ውሳነ መወዳእታ ይኸውን።

ሐ. ወረዳ ሓላፊ ኣብ ዝህቦ ውሳነ ቅፅዓት ብብርኪ ይግበኣኒ ሓላፊ ዞባ ዝህቦ ውሳነ መወዳእታ ይኸውን።

መ . መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ዞባ ኣብ ዝህቦ ውሳነ ቅፅዓት ይግበኣኒ ሓላፊ ዞባ ዝሃቦ ውሳነ መወዳእታ ይኸውን።

ረ. ሓላፊ ዞባ ኣብ ዝህቦ ውሳነ ቅፅዓት ብብርኪ ይግበኣኒ ሓላፊ ኣውራ ወይ ደጋፊ ኸይዲ ስራሕ ክልል ዝህቦ ወሳነ መወዳእታ ይኸውን።



7. በየደረጃው የሚገኝ የድስፕሊን ኮሚቴ ክሱን አጣርቶ የውሳኔ ሃሳብ ለሃላፊ ሲያቀርብ የሚመለከተው ሃላፊ ጉዳዩ እንደገና እንዲጣራ ለድስፕሊን ኮሚቴ ማዘዝ ይችላል።

8.የዲስኘሊን ቅጣት የማንኛውንም ፍርድ ቤት ውሳኔ ሳይጠብቅ ሊወሰን ይችላል፡፡

9. ይግባኝ ያልተጠየቀበት ከባድ የቅጣት ውሳኔ ወደ ኮሚሽነር ሪፖርት ይደረጋል፤ ኮሚሽነሩ የተሰጠው ውሳኔ ችግር አለበት ብሎ ካመነ ዳግም እንዲታይ ወይም በሌላ ኮሚቴ እንዲመረመር ያደርጋል የመጨረሻ ውሳኔም ይሰጣል።

## አንቀጽ 60.የይግባኝ አቀራረብ

1. ቀላል የዲስፕሊን ቅጣት ውሳኔ የተወሰነበት ማንኛውም ፖሊስ በውሳኔው ቅር ከተሰኘ ዉሳኔ ከሰጠው ሃላፊ በአንድ ደረጃ ከፍ ላለ ሃላፊ ይግባኝ ማቅረብ የሚችል ሆኖ፦

ሀ. የንኡስ ወረዳ ሃላፊ የሰጠው የቅጣት ውሳኔ በይግባኝ ለወረዳ ሃላፊ ቀርቦ የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል።

ለ. የወረዳ የስራሂደት አስተባባሪ በሚሰጠው የቅጣት ውሳኔ ላይ በይግባኝ የወረዳ ሃላፊ የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል።

ሐ. የወረዳ ሃላፊ በሚሰጠው የቅጣት ውሳኔ ላይ በይግባኝ ደረጃ የዞን ኣዛዥ የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል።

መ. በዞን የስራ ሂደት አስተባባሪ በሚሰጠው የቅጣት ውሳኔ ላይ በይግባኝ የዞን ሃላፊ የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል።

ረ. የዞን ሃላፊ በሚሰጠው የቅጣት ውሳኔ ላይ በይግባኝ ደረጃ የክልል ዋና ወይም ደጋፊ የስራ ሂደት ሃላፊ

www.abyssinialaw.com



ሰ. ኣብ ክልል ስታፍ ዘሎ ሓላፊ ንኡስ ከይዲ ስራሕ ኣብ ዝህቦ ውሳነ ቅፅዓት ብብርኪ ይግበኣኒ ሓላፊ ኣውራ ወይ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ክልል ዝህቦ ውሳነ መወዳእታ ይኸውን።

ሸ. ሓላፊ ኣውራን ደጋፍን ከይዲ ስራሕ ኣብ ዝህቦ ውሳነ ቅፅዓት ብብርኪ ይግበኣኒ ኮሚሽነር ዝህቦ ውሳነ መወዳእታ ይኸውን።

ቀ. ኣብ ፍሉይ ሓይሊ ፖሊስ ካብ መራሒ ጋንታ ክሳብ ኣዛዚ ብርጌድ ብዘሎ ሓላፊ ዝወሃብ ውሳነ ቕፅዓት ብብርኪ ይግበኣኒ ብሓደ ብርኪ ናብ ዝለዓለ ሓላፊ ቀሪቡ ዝወሃብ ውሳነ መወዳእታ ይኸውን።

2. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ ከቢድ ቅፅዓት ድስፕሊን ዝተወሰነሉ ዝኾነ ፖሊስ በቲ ዝተውሃቦ ውሳነ ዘይተስማመዐ እንተኾይኑ እቲ ፖሊሳዊ መሓውር ክሳብ ዝፍቐደሉ ክልተ ብርኪ ይግበኣኒ ናይ ምቕራብ መሰል ይህልዎ።

3. ኮሚቴ ይግበኣኒ እቲ ክልል በቢ ብርኩ ካብ ዘለዉ ኮሚቴታት ዲስፕሊን ዝቐርበሉ ይግበኣኒ ኣፃርዩ ውሳነ ሓሳብ ናብ ኮሚሽነር የቕርብ። ውሳነ ኮሚሽነር መወዳእታ ይኸውን።

4.ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ይግበኣኒ ምቕራብ ዝካኣል ቕፃሕ ውሳነ ካብ ዝበፅሓሉ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልታት ይኸውን።

**ዓንቀፅ 61. ግዘ ይርጋ**

1. ቀሊል ጥፍኣት ድስፕሊን ዝፈፀመ ፖሊስ ጥፍኣት ምፍፃሙ ካብ ዝተፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ እንተዘይተኸሲሱ ብዲስፕሊን ተሓታቲ ኣይኸውንን።

2. ብገበን ዘሕትት ከቢድ ጥፍኣት ዲስፕሊን ዝፈፀመ ፖሊስ ነቲ ዝፈፀሞ ዓይነት ገበን ክሲ ንምቕራብ ብሕጊ ገበን ብዝተደንገገ ግዘ ይርጋ ውሽጢ



የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል።

ሰ. በክልል ስታፍ ያለው ንኡስ የስራ ሂደት ሃላፊ በሚሰጠው የቅጣት ውሳኔ ላይ በይግባኝ ደረጃ የዋና ወይም ደጋፊ የስራ ሂደት ሃላፊ የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል።

ሸ. የዋናና ደጋፊ የስራ ሂደት ሃላፊ በሚሰጡት የቅጣት ውሳኔ ላይ በይግባኝ ደረጃ ኮምሽነር የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል።

ቀ. በፖሊስ ልዩ ሃይል ከቡድን መሪ እስከ ብርጌድ አዛዥ ባሉት ሃላፊዎች የሚሰጥ የቅጣት ውሳኔ በይግባኝ ደረጃ በአንድ ደረጃ ከፍ ወዳለ ሃላፊ ቀርቦ የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ከባድ የዲስፕሊን ቅጣት ውሳኔ የተወሰነበት ማንኛውም ፖሊስ በተሰጠው ውሳኔ ያልተስማማ እንደሆነ የፖሊስ መዋቅሩ እስከፈቀደለት ሁለት ደረጃ ይግባኝ የማቅረብ መብት ይኖረዋል።

3.የክልሉ ይግባኝ ሰሚ ኮሚቴ በየደረጃው ካሉት የድስፕሊን ኮሚቴዎች የሚቀርብለትን ይግባኝ አጣርቶ ለኮምሽነሩ የውሳኔ ሃሳብ ያቀርባል። የኮምሽነር ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል።

4. በዚህ አንቀፅ መሰረት ይግባኝ ማቅረብ የሚቻለው የውሳኔው ግልባጭ ከደረሰበት ቀን ጀምሮ ባሉት አስራ አምስት ቀናት ውስጥ ይሆናል።

**አንቀጽ 61.የይርጋ ጊዜ**

1. ቀላል የዲስኘሊን ጥፋት የፈፀመ ፖሊስ የጥፋቱ መፈፀም ከታወቀበት ቀን ጀምሮ በስድስት ወር ዉስጥ ካልተከሰሰ በዲስፕሊን ተጠያቂ አይሆንም።

2. በወንጀል የሚያስጠይቅ ከባድ የዲስኘሊን ጥፋት የፈፀመ ፖሊስ ለፈፀመው የወንጀል አይነት ክስ

www.abyssinialaw.com



ክሲ ዲስፕሊን እንተዘይቀሪብሉ ብዲስፕሊን ተሓታቲ ኣይኸውንን።

3. ብገበን ዘየሕትት ከቢድ ጥፍኣት ዲስፕሊን ዝፈፀመ ፖሊስ እቲ ጥፍኣት ካብ ዝተፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት እንተዘይተኸሲሱ ብዲስፕሊን ተሓታቲ ኣይኸውንን።

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ግዘ ይርጋ እንተሃለወ እውን ዝምልከቶ ፖሊስ፦

ሀ. ቀሊል ጥፍኣት ዲስፕሊን ምፍፃሙ ካብ ዝፈለጠሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ስጉምቲ ቅፅዓት እንተዘይወሲዱ፤ወይ

ለ. ከቢድ ጥፍኣት ድስፕሊን ዝተፈፀመ ምኳኑ እናፈለጠ ኣብ ውሽጢ ሰለሰተ ወርሒ ክሲ ዲስፕሊን ክምስረት እንተዘይገይሩ፤ ብመሰረት ዓንቀፅ 53 ንኡስ ዓንቀፅ 14 እዚ ደምቢ ብዲስፕሊን ተሓታቲ ይኸውን።

ሐ. ዝኾነ ኣባል ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝተወሰኖ ቅፅዓት ከይትግበር ኮነ ኢሉ ዕንቅፋት ዝፈጠረ ምኳኑ እንተተረጋጊፁ ካብ ቅፅዓት ኣይድሕንን።

5. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 4 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ግዘ ገደብ ጥፍኣት ድስፕሊን ንምዕራይ ምስዝወስዶ ግዘ ተደሚሩ ኣይሕሰብን።

## ዓንቀፅ 62. ሪከርድ ቅፅዓት ዲስፕሊን

ፖሊስ ብዲስፕሊን ምስተቐፅዐ ቅፅዓቱ ብሪከርድነት ክጥቀስ ዝኽእል፦

1. ንቀሊል ቅፅዓት ዲስፕሊን እቲ ቅፅዓት ካብ ዝተወሰነሉ ዕለት ክሳብ ሓደ ዓመት ኮይኑ ንቓል መጠንቀቕታ ክሳብ ሰለስተ ወርሒ፤

2. ንኸቢድ ቕፅዓት ዲስፕሊን እቲ ቅፅዓት ካብ ዝተወሰነሉ ዕለት ክሳብ ክልተ ዓመት ዝበፅሕ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 63. ኮሚቴታት ዲስፕሊን

1. ክስታት ከቢድ ጥፍኣት ዲስፕሊን እናፃረየ



ለማቅረብ በወንጀል ሕጉ በተደነገገው የይርጋ ጊዜ ውስጥ የዲሲፕሊን ክስ ካልቀረበበት በዲሲፕሊን ተጠያቂ አይሆንም።

3. በወንጀል የማያስጠይቅ ከባድ የዲሲፕሊን ጥፋት የፈፀመ ፖሊስ የጥፋቱ መፈፀም ከታወቀበት ቀን ጀምሮ በአንድ ዓመት ጊዜ ውስጥ ካልተከሰሰ በዲሲፕሊን ተጠያቂ አይሆንም ።

4. በዚህ አንቀፅ የተደነገገው የይርጋ ጊዜ ቢኖርም የሚመለከተው ፖሊስ፦

ሀ. ቀላል የዲሲፕሊን ጥፋት መፈፀሙን ባወቀ በአንድ ወር ጊዜ ውስጥ የቅጣት እርምጃ ካልወሰደ፤ ወይም

ለ. ከባድ የዲሲፕሊን ጥፋት መፈፀሙን እያወቀ በሶስት ወር ጊዜ ውስጥ የዲሲፕሊን ክስ እንዲመሰረት ካላደረገ፤ በዚህ ደንብ አንቀፅ 53 ንዑስ አንቀፅ 14 መሰረት በዲሲፕሊን ተጠያቂ ይሆናል።

ሐ. ማንኛውም አባል የተወሰነበትን ቅጣት በተለያየ መንገድ እንዳይተገበር ሆን ብሎ ዕንቅፋት መፍጠሩን ከተረጋገጠ ከ ቅጣት አይድንም።

5. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ (4) የተመለከተው የጊዜ ገደብ የዲስፕሊን ጥፋት ለማጣራት ከሚወስደው ጊዜ ጋር ተደምሮ አይታሰብም።

## አንቀጽ 62. የዲስፕሊን ቅጣት ሪከርድ

ፖሊስ በዲሲፕሊን ከተቀጣ በኋላ ቅጣቱ በሪከርድነት ሊጠቀስበት የሚችለው፦

1. ለቀላል የዲስፕሊን ቅጣት ቅጣቱ ከተወሰነበት ቀን እስከ አንድ ዓመት ሆኖ ለቃል ማስጠንቀቅያ እስከ ሶስት ወር ድረስ ፤

2. ለከባድ የዲሲፕሊን ቅጣት ቅጣቱ ከተወሰነበት ቀን እስከ ሁለት ዓመት ድረስ ይሆናል።

## አንቀጽ 63. የድስፕሊን ኮሚቴዎች

1. ከባድ ድ.ስፕሊን ጥፋት ክሶችን እየመረመረ የቅጣት

www.abyssinialaw.com



ውሳነ ሓሳብ ቅፅዓት ዘቕርብ ኮሚቴ ዲስፕሊን ኣብ ክልል ስታፍ፤ኣብ ፍሉይ ሓይሊ በቢ ሓይሉ፣ ኣብ ዞባ፣ ወረዳን ንኡስ ወረዳን ዝጣየሽ ኮይኑ ኮሚቴ ዲስፕሊን ንኡስ ወረዳ ውሳነ ሓሳቡ ናብ ሓላፊ ንኡስ ወረዳ ዘቕርብ ኮይኑ ሓላፊ ንኡስ ወረዳ ዝሃቦ ውሳነ ሓሳብ ናብ ሓላፊ ወረዳ ቐሪቡ ይውሰን።

2. ካብ በቢ ብርኩ ዘለዉ ኮሚቴታት ዲስፕሊን ብይግበኣኒ ዝቐረበ ቅፅዓት ከቢድ ጥፍኣት ዲስፕሊን እናፃረየ ውሳነ ሓሳብ ዝህብ ይግባኣኒ ሰማዒ ኮሚቴ ዲስፕሊን ኣብቲ ኮሚሽን ይጣየሽ።

3. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ዝተሓለወ ኾይኑ ተዋፅኦ ዝጣየሹ ኮሚቴታት፡-

ሀ. ኣብ ክልል ስታፍ ብኣባላት ዝምረፁ 3፣ ብኮሚሽነር ዝውከሉ ኣካብን ፀሓፍን ዘጠቓለለ ብሓፈሻ 5 ኣባላት ይህልውዎ ።

ለ. ኣብ ፍሉይ ሓይሊ፣ ዞባ፣ ወረዳን ንኡስ ወረዳን ነኒሕድሕዶም ብኣባላት ዝምረፁ 2 ኣባላትን ንፍሉይ ሓይሊ ብምክትል ኮሚሽነር ፣ካብ ዞባ ክሳብ ንኡስ ወረዳ ዘለዉ በቢብርኩ ብዘለዉ ሓለፍቲ ዝውከሉ ኣከብቲ ዘለውዎ ብሓፈሻ 3 ኣባላት ዘጠቓለለ ይኸውን።

4. ይግበኣኒ ሰማዒ ኮሚቴ ዲስፕሊን እቲ ኮሚሽን ብኮሚሽነር ዝምረፁ ምስቲ ኣካቢ ሓሙሽተ ኣባላትን ሓደ ፀሓፍን ይህልዎ።

5. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 3ን 4ን እዚ ዓንቀፅ ዝፍፀም ምደባን መረፃን ኣባላት ኮሚቴ ተዋፅኦ ፆታ ዘገናዘበ ክኸውን ኣለዎ።

6. ኮሚቴታት ዲስፕሊንን ይግበኣኒ ሰማዒ ኮሚቴ ዲስፕሊንን ዝምርሕሉ ስነ ስርዓት ብመሰረት እቲ ኮሚሽን ዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

ውሳኔ ሃሳብ የሚያቀርብ የዲስኘሊን ኮሚቴ በክልል ስታፍ፣በልዩ ሃይል በየሃይሉ፣ በዞን፣ በወረዳና ንኡስ ወረዳ የሚቋቋም ሆኖ የንኡስ ወረዳ ድስፕሊን ኮሚቴ የውሳኔ ሃሳቡን ለንኡስ ወረዳ ሃላፊ የሚያቀርብ ሆኖ የንኡስ ወረዳ ሓላፊ የሰጠው የውሳኔ ሃሳብ ወደ ወረዳ ሃላፊ ቀርቦ ይወሰናል ።

2. በየደረጃው ካሉት ድስፕሊን ኮሚቴዎች በይግባኝ የሚቀርብ የከባድ ድስኘሊን ጥፋት ቅጣት እያጣራ የውሳኔ ሃሳብ የሚሰጥ ይግባኝ ሰሚ የድስፕሊን ኮሚቴ በኮሚሽኑ ይቋቋማል።

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ የሚቋቋሙ ኮሚቴዎች ተዋፅኦ፡-

ሀ. በክልል ስታፍ በአባላት የሚመረጡ 3 በኮሚሽነር የሚወከሉ ሰብሳቢና ፀሃፊ ያጠቃለለ በአጠቃላይ 5 አባላት ይኖሩታል።

ለ. በልዩ ሃይል፣በዞን፣ በወረዳና ንኡስ ወረዳ ለእያንዳንዳቸው በአባላት የሚመረጡ 2 አባላትና ለልዩ ሃይል በምክትል ኮምሽነር ፣ከዞን እስከ ንኡስ ወረዳ ያሉት በየደረጃው ባሉት ሃላፊዎች የሚወከሉ ሰብሳቢዎች ያሉበት በአጠቃላይ 3 አባላትን ያጠቃለለ ይሆናል።

4. የኮሚሽኑ የዲስኘሊን ይግባኝ ሰሚ ኮሚቴ ሰብሳቢውን ጨምሮ በኮሚሽነር የሚሰየሙ አምስት አባላትና አንድ ፀሃፊ ይኖሩታል።

5. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 3 እና 4 መሰረት የሚፈፅም የኮሚቴ አባላት ምደባና ምርጫ የፆታ ተዋፅኦን ያገናዘበ መሆን አለበት።

6. የዲስኘሊን ኮሚቴዎችና የዲስኘሊን ይግባኝ ሰሚ ኮሚቴ የሚመሩበት ስነ ስርዓት ኮሚሽኑ በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል።

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ትሽዓተ

## ምቁራፅ ግልጋሎት

### ዓንቀፅ 64. ብድሌት ካብ ስራሕ ምልቃቕ

1. ዝኾነ ፖሊስ ግቡእ ግልጋሎት ሸውዓተ ዓመት ድሕሪ ምፍፃሙ ቅድመ መጠንቀቕታ ክልተ ወርሒ ብፅሑፍ ብምሃብ ብድሌቱ ካብ ስራሕ ምልቃቕ ይኽእል።
2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝቐርብ ሕቶ መልቀቒ ህፁፅ ኣዋጅ ኣብ ዝተኣወጀሉ እዋን ወይ ሕጊ ንክኽበር ፉሉይ ልኡኽቶ ኣብ ዝተውሃበሉ እዋን እንተኾይኑ እቲ ህፁፅ ኣዋጅ ክሳብ ዝሳዓር ወይ እቲ ልኡኽቶ ክሳብ ዝጠናቐቕ ሕትኡ ተቐባልነት የብሉን፤ ኮይኑ ግን እቲ ኹነታት ምስተጠናቐቀ እቲ ብፅሑፍ ዝሃቦ ቅድመ መጠንቀቕታ ክልተ ወርሒ ምቁፃር ይጅመር።
3. እቲ ኮሚሽን እዋን ቅድመ መጠንቀቕታ ቅድሚ ምሕላፉ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ዝተፈለየ ውሳነ እንተዘይሂቡ እቲ ዝቐረበ ሕቶ መልቀቒ ከምዝተፈቐደ ይቑፀር።
4. ድንጋገታት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ወይ 2 እዚ ዓንቀፅ ብምትሕልላፍ ግልጋሎት ምሃብ ዘቋረፀ ፖሊስ ብመሰረት ሕጊ ገበን ተሓታቲ ይኸውን።
5. ድንጋጋ ንኡስ ዓንቀፅ 4 እዚ ዓንቀፅ ሕልው ኾይኑ ግቡእ ግልጋሎት ሸውዓተ ዓመት ዘይፈፀመ ብድሌቱ ስራሕ ዝለቐቐ ፖሊስ ግልጋሎት ዘይሃበሉ ጊዜ ተሓሲቡ ንመሰረታዊ ትምህርትን ስልጠናን ፖሊስ ዝወፀ ወፃኢ ክኸፍል ግቡእ ኣለዎ።
6. ካብ ስሩዕ ስራሕ ወፃኢ ኮይኑ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ዝረኸበ ፖሊስ ብመሰረት ዝኣተዎ ግቡእ ግልጋሎት ከይፈፀመ መልቀቒ እንተሓቲቱ



## ክፍል ዘጠኝ

## አገልግሎት ማቋረጥ

### አንቀጽ 64 . በገዛ ፍቃድ ስራን መልቀቅ

1. ማንኛውም ፖሊስ የሰባት ዓመት የግዴታ አገልግሎትን ከፈፀመ በኋላ የሁለት ወር ቅድሚያ ማስጠንቀቂያ በፅሁፍ በመስጠት ከስራው በገዛ ፍቃዱ መልቀቅ ይችላል።
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት የሚቀርብ የመልቀቅያ ጥያቄ የአስቸኳይ ጊዜ አዋጅ በታወጀበት ወቅት ወይም ሕግን ለማስከበር ልዩ ተልዕኮ በተሰጠበት ጊዜ ከሆነ የአስቸኳይ ጊዜ አዋጅ እስከሚነሳ ወይም ልዩ ተልእኮው እስከሚጠናቀቅበት ጊዜ ድረስ የመልቀቂያ ጥያቄው ተቀባይነት አይኖረውም፤ ሆኖም ሁኔታው እንደተጠናቀቀ በፅሁፍ የሰጠው የሁለት ወር ቅድሚያ ማስጠንቀቂያ መቆጠር ይጀምራል።
3. ኮሚሽኑ የማስጠንቀቂያ ጊዜው ከማለፉ በፊት በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 2 በተደነገገው መሰረት የተለየ ውሳኔ ካልሰጠ በስተቀር የመልቀቂያ ጥያቄው እንደተፈቀደ ይቆጠራል።
4. የዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 ወይም 2 ድንጋጌዎች በመተላለፍ አገልግሎቱን ያቋረጠ ፖሊስ በወንጀል ህግ መሰረት ተጠያቂ ይሆናል።
5. የዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 4 ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ የሰባት ዓመት ግዴታ አገልግሎት ዘመኑን ሳያጠናቅቅ በራሱ ፍቃድ ስራ የለቀቀ ፖሊስ አገልግሎት ያልሰጠበት ጊዜ ታስቦ ለመሰረታዊ የፖሊስ ትምህርትና ስልጠና የወጣውን ወጪ የመክፈል ግዴታ አለበት።
6. ከመደበኛ ስራ ውጪ ሆኖ ትምህርት ወይም ስልጠና ያገኘ ፖሊስ በዚህ ደንብ መሰረት ማገልገል ያለበትን ጊዜ ሳያጠናቅቅ መልቀቂያ የጠየቀ እንደሆነ

www.abyssinialaw.com



ግልጋሎት ዘይሃበሉ ግዘ ተሓሲቡ ንትምህርቲ ወይ ንስልጠና ዝወፀ ወፃኢ ክኸፍል ይግበር።

7. ኣብ ስሩዕ ስራሕ ኾይኑ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ዝረኸበ ፖሊስ ብመሰረት እዚ ደንቢ ዝኣተዎ ግቡእ ግልጋሎት ከይፈፀመ መልቀቂ እንተሓቲቱ ግልጋሎት ዘይሃበሉ ግዜ ተሓሲቡ ፍርቂ ንትምህርቲ ወይ ስልጠና ዝወፀ ወፃኢ ክኸፍል ይግበር።

## ዓንቀፅ 65. ብምኽንያት ሕማም ወይ ኣብ ስራሕ ዝበፅሕ ጉድኣት ግልጋሎት ምቁራፅ

1. ዝኾነ ፖሊስ ብምክንያት ሕማም ወይ ኣብ ስራሕ ዝበፅሖ ጉድኣት ዝተውሃቦ እዋን ፍቓድ ተወዲኡ ናብ ስራሕ ክምለስ ዘይምኽኣሉ ብቦርድ ሓካይም እንትረጋገፅ ግልጋሎቱ ክቋረፅ ይግበር።

2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ግልጋሎቱ ዝተቋረፀ ፖሊስ ብመሰረት ኣግባብ ዘለዎም ድንጋጋት ሕጊ ጡረታ መሰሉ ይሕልወሉ።

3. ኣብ ስራሕ ዝበፅሕ ጉድኣት ዝበፅሖ ምልምል ሰልጣኒ ፖሊስ ክድሕን ዘይኽእል ጉድኣት ዝበፅሖ ምኻኑ ብቦርድ ሓካይም ተረጋጊፁ እንትሰናበት ኣብ እዋን ስልጠና ዝኸፈሎ ዝነበረ ኣበልን መጓዓዝያን ሓደ ዓመት ተኸፊልዎ ይሰናበት።

## ዓንቀፅ 66. ብምክንያት ምንኣስ ክእለት ካብ ስራሕ ምስንባት

1. ዝኾነ ፖሊስ ነቲ ዝተመደበሉ ስራሕ ዘለዎ ፍልጠትን ክእለትን ተጠቒሙ ንምስራሕ ዘኽእሎ ፃዕሪ እንዳገበረ ውፅኢት ምዘና ኣፈፃፅማ ስርሑ ንተኸታታሊ ክልተ ዓመታት ካብ ማእኸላይ ውፅኢት ንታሕቲ እንተኾይኑ ካብ ስርሑ ይሰናበት።



ኣገልግሎት ያልሰጠበት ጊዜ ታስቦ ለትምህርቱ ወይም ለስልጠናው የወጣውን ወጪ እንዲከፍል ይደረጋል፡፡

7. በመደበኛ ስራ ላይ ሆኖ ትምህርት ወይም ስልጠና ያገኘ ፖሊስ በዚህ ደንብ መሰረት ማገልገል ያለበትን ጊዜ ሳያጠናቅቅ መልቀቂያ የጠየቀ እንደሆነ ለትምህርት ወይም ለስልጠናው የወጣውን ወጪ ግማሽ እንዲከፍል ይደረጋል፡፡

## አንቀጽ 65. በሕመም ወይም በስራ ላይ በሚደርስ ጉዳት ምክንያት ኣገልግሎት ማቋረጥ

1. ማንኛውም ፖሊስ በህመም ወይም በስራ ላይ በሚደርስ ጉዳት ምክንያት የተሰጠው የፍቃድ ጊዜ ካበቃ በኋላ ወደ ስራው መመለስ አለመቻሉን በሀኪሞች ቦርድ ሲረጋገጥ ኣገልግሎቱ እንዲቋረጥ ይደረጋል፡፡

2. በዚህ ኣንቀፅ ንዑስ ኣንቀጽ1 መሰረት ኣገልግሎቱ የተቋረጠ ፖሊስ ኣግባብ ባላቸው የጡረታ ሕግ ድንጋጌዎች መሰረት መብቱ ይጠበቅለታል፡፡

3. በስራ ላይ የሚደርስ ጉዳት የደረሰበት ምልምል የፖሊስ ሰልጣኝ ሊድን የማይችል ጉዳት የደረሰበት መሆኑ በሀኪሞች ቦርድ ተረጋግጦ ሲሰናበት በስልጠና ላይ እያለ ይከፈለው የነበረው የኣንድ ዓመት ኣበልና መጓጓዣ ተከፍሎት ይሰናበታል፡፡

## አንቀጽ 66. በችሎታ ማነስ ምክንያት ከስራ ማሰናበት

1. ማንኛውም ፖሊስ ለተመደበበት ስራ ያለውን ዕውቀትና ችሎታ ተጠቅሞ ለመስራት የተቻለውን ጥረት እያደረገ የስራ ኣፈፃፀም ምዘና ውጤቱ ለሁለት ተከታታይ ዓመታት ከኣማካይ ነጥብ በታች እንደሆነ ከስራ እንዲሰናበት ይደረጋል፡፡

www.abyssinialaw.com



2. ድንጋገ ንኡስ ዓንፅ 1 እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ'ውን ቅድም ክብል ንተኸታታሊ ሓሙሽተ ዓመታት ዝለዓለ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ እናመዝገበ ዝነበረ ፖሊስ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስርሑ ንተኸታታሊ ሰለስተ ዓመታት ካብ ማእኸላይ ውፅኢት ንታሕቲ እንተዘይኮይኑ ካብ ስራሕ ኣይሰናበትን።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ወይ 2 እዚ ዓንቀፅ ንፖሊስ ካብ ስራሕ ምስንባት ዝከኣል፦

ሀ. ነቲ ዝሓዞ መደብ ስራሕ ዘድልዮ ስልጠና ብምሃብ፤ወይ

ለ. ምስቲ ዝሓዞ ብርኪ ስራሕ ተመሳሳሊ ኣብ ዝኾነን ክሰርሖ ኣብ ዝኽእሎ ካልእ መደብ ስራሕ ብምዝዋር፤ካብ ሓደ ዓመት ንዘይበልፅ ጊዜ ክሰርሕ ብምግባር ብቕዓቱ ከማሓይሽ እንተዘይኪኢሉን ቅድመ መጠንቀቕታ ፅሑፍ ሓደ ወርሒ ብምሃብን እዩ።

## ዓንቀፅ 67. ብምኽንያት ቕፅዓት ካብ ስራሕ ምስንባት

ዝኾነ ፖሊስ ብመሰረት ኣግባብነት ዘለዎም ድንጋገታት እዚ ደንቢ ብከቢድ ጥፍኣት ድስፕሊን ተኸሲሱ ካብ ስራሕ ንኽሰናበት መወዳእታ ውሳነ እንተተዋሂብዎ ኣገልግሎቱ ይቋረፅ።

## ዓንቀፅ 68. ብምክንያት ዕድመ ግልጋሎት ምቁራፅ

1. ግልጋሎት ዝኾነ ፖሊስ ብመሰረት ዓንቀፅ 18 ንኡስ ዓንቀፅ 4 እቲ ኣዋጅን ዓንቀፅ 72 እዚ ደንብን እንተዘይተናዊሑሉ ዕድመ ጡረታ ካብ ዝበፅሓሉ መወዳእታ ወርሒ መወዳእታ መዓልቲ ጀሚሩ ግልጋሎቱ ክቋረፅ ይግበር።

2. እቲ ፖሊስ ጡረታ ቕድሚ ምውፅኡ ሽድሽተ ወርሒ ኣቐዲሙ ብፅሑፍ ክፈልጦ ምስተገበረ መሃያ መወዳእታ ክልተ ወርሒ ተኸፊልዎ ይሰናበት።

2. የዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 ድንጋጌ ቢኖርም ቀደም ሲል ለተከታታይ አምስት አመታት ከፍተኛ የስራ አፈፃፀም ውጤት ሲያስመዘግብ የነበረ ፖሊስ የስራ አፈፃፀም ምዘና ውጤቱ ለተከታታይ ሶስት ዓመታት ከአማካይ ነጥብ በታች ካልሆነ በስተቀር ከስራ አይሰናበትም።

3. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 ወይም 2 መሰረት ፖሊስን ከስራ ማሰናበት የሚቻለው፦

ሀ. ለያዘው የስራ መደብ የሚያስፈልገውን ስልጠና በመስጠት፤ ወይም

ለ. ከያዘው የስራ ደረጃ ጋር ተመሳሳይ በሆነና ሊሰራው ወደሚችለው ሌላ የስራ መደብ በማዛወር፤ ከአንድ ዓመት የማያንስ ጊዜ እንዲሰራ ተደርጎ ብቃቱን ማሻሻል ያልቻለ ከሆነና የአንድ ወር ቅድሚያ ማስጠ ንቀቂያ በመስጠት ይሆናል::

## አንቀጽ 67. በቅጣት ምክንያት ከስራ መሰናበት

ማንኛውም ፖሊስ አግባብነት ባላቸው የዚህ ደንብ ድንጋጌዎች መሰረት በከባድ የዲስኘሊን ጥፋት ተከሶ ከስራ እንዲሰናበት የመጨረሻ ውሳኔ ከተሰጠበት አገልግሎቱ ይቋረጣል::

## አንቀጽ 68. በዕድሜ ምክንያት አገልግሎት ማቋረጥ

1. የማንኛውም ፖሊስ አገልግሎት በአዋጁ አንቀፅ 18 ንዑስ አንቀጽ 4 እና በዚህ ደንብ አንቀጽ 72 መሰረት ካልተራዘመለት በስተቀር የጡረታ ዕድሜው ከደረሰበት የመጨረሻ ወር የመጨረሻ ቀን ጀምሮ አገልግሎቱ እንዲቋረጥ ይደረጋል::

2. ፖሊሱ ጡረታ ከመውጣቱ ከስድስት ወር በፊት በፅሁፍ እንዲያውቀው ይደረግና የመጨረሻዎቹን ሁለት ወራት ደሞዝ ተከፍሎት ይሰናበታል::

www.abyssinialaw.com



## ዓንቀፅ 69. ብምኽንያት ሞት ግልጋሎት ምቁራፅ

1. ብምክንያት ሞት ግልጋሎቱ ዝተቛረፀ ፖሊስ ሙሉእ መሃያ ዝሞተሉ ወርሒ ኣብ ውልቀ ማህደሩ ንዝተመዝገበት ብዓልቲ ሓዳሩ ወይ ዝተመዝገበት ብዓልቲ ሓዳር ዘይብሉ እንተኾይኑ ንሕጋዊ ወረስቱ ይኽፈል።

2. ኣግባብነት ብዘለዎ ሕጊ ጡረታ ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ንወረስቲ ብሞት ዝተፈለየ ፖሊስ ፦

ሀ. እቲ ፖሊስ ኣብ ወፍሪ እንተተሰዊኡ መሃያ ዓሰርተ ክልተ ወርሒ ፤ ወይ

ለ. ብኻልእ ምኽንያት እንተሞይቱ መሃያ ሽዱሽተ ወርሒ ብሓደ ግዜ ይኽፈሎም ።

## ዓንቀፅ 70. መረዳእታ ልምዲ ስራሕ

ዝኾነ ፖሊስ ኣብ ስራሕ እናሃለወ ወይ ድሕሪ ግልጋሎት ምቁራፁ ኣብ ዝኾነ እዋን መረዳእታ ስራሕ ልምዲ ክውሃቦ እንትሓትት ዝሰርሖ ዝነበረ ዓይነት ስራሕ፣ ዘበን ግልጋሎት ፣ዝኽፈሎ ዝነበረ መጠን መሃያን ካብ ስራሕ ዝተሰናበተሉ ምኽንያትን ዝገልፅ መረዳእታ ልምዲ ስራሕ ይወሃቦ።

## ዓንቀፅ 71. ምንዋሕ ግልጋሎት

ብመሰረት ዓንቀፅ 18 ንኡስ ዓንቀፅ 4 እቲ ኣዋጅ ድሕሪ ዕድመ ጡረታ ግልጋሎት ዘበን ፖሊስ ምንዋሕ ዝከኣል ቐጺሎም ዘለዉ ኩነታት ብሓባር ተማሊኦም እንትርከቡ 'ዩ፦

1. ትምህርቲ፣ ፍልጠት፣ ፍሉይ ሞያ፣ ልምዲ ስራሕን ክእለትን እቲ ፖሊስ ንስራሕ እቲ ኮሚሽን ጠቓሚ ኾይኑ እንትርከብ፤

2. ብዕብየት፣ምደባ፣ዝውውር ወይ ቁፃር ተተካኢ ፖሊስ ምርካብ ዘይካኣል ምዃኑ እንትረጋገፅ፤

3. እቲ ፖሊስ ንስራሕ ብቑዕ ምዃኑ ብመረዳእታ ሕክምና እንትረጋገፅ፤

## አንቀጽ 69. በሞት ምክንያት አገልግሎት ማቋረጥ

1. አገልግሎቱ በሞት ምክንያት የተቋረጠ ፖሊስ የሞተበት ወር ሙሉ ደመወዝ በማህደሩ ለተመዘገበች ባለትዳሩ ወይም የተመዘገበች ባለትዳር ከሌለው ለህጋዊ ወራሾች ይከፈላል፡፡

2. አግባብነት ባለው የጡረታ ሕግ የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በሞት ለተለየ ፖሊስ ወራሾች፦

ሀ. የሞተው በግዳጅ ላይ እያለ በመሰዋቱ ምክንያት ከሆነ የ12 ወር ደመወዙ፤ ወይም

ለ. በሌላ ምክንያት ከሞተ የስድስት ወር ደመወዙ፤ በአንድ ግዜ ይከፈላቸዋል፡፡

## አንቀጽ 70. የስራ ልምድ ማስረጃ

ማንኛውም ፖሊስ በስራ ላይ እያለ ወይም አገልግሎቱ ከተቋረጠ በኋላ በማንኛውም ግዜ የስራ ልምድ ማስረጃ እንዲሰጠው ሲጠይቅ ሲያከናውን የነበረውን የስራ ዓይነት ፣ አገልግሎት ዘመኑን እና ሲከፈለው የነበረውን ወርሓዊ ደመወዝን የሚገልፅ የስራ ልምድ ማስረጃ ይሰጠዋል፡፡

## አንቀጽ 71. አገልግሎትን ማራዘም

በአዋጁ አንቀጽ 18 ንዑስ አንቀጽ 4 መሰረት ከጡረታ ዕድሜ በኋላ የፖሊስ አገልግሎት ዘመን ማራዘም የሚቻለው ቀጥለው ያሉት ሁኔታዎች አንድላይ ተሟልተው ሲገኙ ነው፦

1. የፖሊሱ ትምህርት፣ዕውቀት፣ ልዩ ሙያ፣ የስራ ልምድና ችሎታ ለኮሚሽኑ ስራ ጠቃሚ ሆኖ ሲገኝ፤

2. በዕድገት ፣ ምደባ፣ ዝውውር፣ ወይም ቅጥር ተተኪ ፖሊስ ለማግኘት አለመቻሉ ሲረጋገጥ፤

3. ፖሊሱ ለስራ ብቁ መሆኑ በህክምና ማስረጃ ሲረጋገጥ፤

www.abyssinialaw.com



4. እቲ ፖሊስ ግልጋሎት ንምቕፃል እንትተሰማሚዑን

5. ሕቶ ምንዋሕ ግልጋሎት ንኮሚሽነር ቀሪቡ እንትፍቀድ፤ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 72. ተመሊስካ ግልጋሎት ምቕፃል**

ብመሰረት እዚ ደንቢ ብድልየቱ ስራሕ ዝለቀቐ ፖሊስ ፖሊሳዊ ግልጋሎት ዳግም ንምቕፃል እንትሓቲ፡-

1.ሕትኡ ምስ ድሌት ሓይሊሰብ እቲ ኮሚሽን ዝጥዓዓም እንተኾይኑ

2.ናብ ስራሕ ምምላሱ ቅቡል ምኳኑ ይሰርሓሉ ካብ ዝነበረ ወረዳን ዞባን ድጋፍ ደብዳቤ እንትፃሓፍ፤

3. ብጉድለት ስነ ምግባር ዘይተባረረ፤

4.ካብ ፖሊስ ምስተሰናበተ ኣብ ሕማቕ ተግባር ዘይተሳተፈ ምኳኑ ዝተመስከረሉ፤

5.ካብ ፖሊስ እንትወፅእ ክሊራንስ ሒዙ ዝወፀ፤

6. መረዳእታ ምርመራ ጥዕና ዘቕርብ፤

7. ስራሕ ኣቋሪፁ ዘሕለፎ እዋን ማዓርግ ወይ እርከን ክዋሃቦ ዘይግባእ ምኳኑ ዝኣምንን ቅድሚ ምልቃቑ ዝነበሮ ደረጃን መዓርግን ኣሚኑ ዝቕበል፤

8.ካብ ፖሊስ ዘቋረፀሉ እዋን ካብ ሓደ ዓመት ዘይበለፀ እንተኾይኑ፤

9.ካብ ፖሊስ ምስ ለቐቐ ብተግባር ገበን ዘይተጠርጠረ፣ ዘይተኸሰሰን ዘይተኣሰረን እንተኾይኑ፤

10.ጡረታ ንምውፃእ ካብ 5 ዓመት ንላዕሊ ዝተረፎ እንተኾይኑ፤

11.ቦርድ ዘይወፀ፤

12.ዘፅግብን ልዕሊኡን ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝነበሮ፤

13.ኣባል ፖለቲካዊ ውድብ ዘይኮነ ተመሊሱ



4. ፖሊሱ አገልግሎቱን ለመቀጠል ሲስማማ፤ እና

5. የአገልግለቱ ዘመን መራዘም ለኮሚሽነሩ ቀርቦ ሲፈቀድ ይሆናል።

**አንቀጽ 72. ተመልሶ አገልግሎት መቀጠል**

በዚህ ደንብ መሰረት በገዛ ፍቃዱ ስራ የለቀቀ ፖሊስ ፖሊሳዊ አገልግሎቱን እንደገና ለመቀጠል ሲያመለክት፡

1.ጥያቄው ከኮምሽኑ የሰው ሃይል ፍላጎት ጋር የሚጣጣም ሲሆን፣-

2.ወደ ፖሊስ ለመመለስ ተቀባይነት ያለው መሆኑን ይሰራበት ከነበረው ወረዳና ዞን ድጋፍ ደብዳቤ ሲፃፍ፤

3.በስነ ምግባር ጉድለት ያልተባረረ፤

4.ከፖሊስ ከተሰናበተ በኋላ በመጥፎ ተግባር ያልተሳተፈ መሆኑን የተመሰከረለት፤

5.ከፖሊስ ሲወጣ ክሊራንስ ይዞ የወጣ፤

6.የጤና ምርመራ ማስረጃ የሚያቀርብ፤

7.ስራ አቋርጦ ያሳለፈውን የመዓርግ ወይም እርከን እንደማይሰጠው የሚያምንና ከመልቀቁ በፊት የነበረውን ደረጃና መዓርግ አምኖ የሚቀበል፤

8.ከፖሊስ ያቋረጠበት ጊዜ ከአንድ ዓመት ካልበለጠ፤

9.ከፖሊስ ከለቀቀ በኋላ በወንጀል ተግባር ያልተጠረጠረ፣ያልተከሰሰ እና ያልታሰረ ከሆነ፤

10.ጡረታ ለመውጣት ከ5 ዓመት በላይ የቀረው ከሆነ፤

11.ቦርድ ያልወጣ ፤

12. አጥጋቢ እና ከዚያ በላይ የስራ አፈፃፀም ውጤት የነበረው ፤

13. የፖለቲካ ድርጅት አባል ያልሆነ ተመልሶ

www.abyssinialaw.com



ግልጋሎት ንኽቕፅል ክፍቀደሉ ይኽእል።

14. ተመሊሱ ኣባል ፖሊስ ክኸውን ዝተፈቐደሉ ፖሊስ ንመዓርግን ሓላፍነትን ክወዳደር ዝኽእል ድሕሪ 6 ወርሒ ኾይኑ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስርሑ ዘዕግብን ልዕሊኡን እንትኸውን እዩ።

__ዓንቀፅ 73. ብገበን ዝተኸሰሰ ፖሊስ__

1. እቲ ፖሊስ ብገበን ዝተኸሰሰሉ ምኽንያት ዝተውሃቦ ሓላፍነት ስራሕ ንኽዋፃእ ብዝፈፀሞ ተግባር ምዃኑ እቲ ኮሚሽን እንተኣሚኑ፦

ሀ. ብቤት ፍርዲ መወዳእታ ውሳነ ክሳብ ዝውሃቦ እቲ ኮሚሽን በዓል ሞያ ሕጊ ብምምዳብ ወይ ጠበቓ ብምቑፃር ነፃ ግልጋሎት ጥብቅና ክረክብ ይገብር፤

ለ. ኣብ ከይዲ እቲ ክርክር ነቲ ተኸሳሲ ፖሊስ ኣብ ዝተደለየሉ እዋን ናብ ቤት ፍርዲ ንኽቐርብ እቲ ኮሚሽን ዋሕስ ይኸውን፤

ሐ. መሰል ዋሕስ እንተተኸቢሩሉ ኣብ ስርሑ ኾይኑ ማሃያ እናተኸፈሎ ንኽከራኸር ይገብር፤

መ. መጋባእያ እቲ ቤት ፍርዲ ካብ ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር ንላዕሊ ዝርሕቕ እንተኾይኑ ኣብ ዕለት ቆፀርኡ ንኽቐርብ መጓዓዝያን ውዕሎ ኣበልን ኣብ ዝተመደበሉ ክፍሊ ይኽፈሎ፤

ረ. መሰል ዋሕስ ከይተኸበረሉ ተኣሲሩ ክርክር ዝካየድ እንተኾይኑ መወዳእታ ውሳነ ክሳብ ዝወሃብ መሃያ ይኽፈሎ፤

ሰ. ነፃ ብምውፅኡ ወይ እቲ ክሲ ገበን ብምልዓሉ ካብ እሱር እንተተፈቲሑ ናብ ስርሑ ይምለሶ፤

ሸ. ብዝተኸሰሰሉ ገበን ብቤት ፍርዲ ጥፍኣተኝነቱ ተረጋጊፁ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ዘይበለፀ ቅፅዓት ማእሰርቲ እንተተወሲኑሉ ድሕሪ ምፍፃም እቲ ቅፅዓት ናብ ስርሑ ክምለስ ይገብር፤ ኮይኑ ግና ኣብ ማእሰርቲ ንዝፀንሐሉ ግዜ ማሃያ ኣይኽፈሎን፤



አገልግሎት እንዲቀጥል ሊፈቀድለት ይችላል።

14. ተመልሶ የፖሊስ አባል እንዲሆን የተፈቀደለት ፖሊስ ለማዕርግና ኃላፊነት መወዳደር የሚችለው ከ 6 ወር በኃላ ሲሆን የሥራ አፈጻጸም ውጤቱ አጥጋቢና ከዚያ በላይ ሲሆን ነው።

__አንቀጽ 73. በወንጀል የተከሰሰ ፖሊስ__

1. ኮሚሽኑ ፖሊሱ በወንጀል የተከሰሰው የስራ ዛላፊነቱን ለመወጣት ሲል በፈፀመው ድርጊት ምክንያት መሆኑን ሲያምን፦

ሀ. በፍርድ ቤት የመጨረሻ ውሳኔ እስኪሰጠው የሕግ ባለሙያ በመመደብ ወይም ጠበቃ በመቅጠር ነፃ የጥብቅና አገልግሎት እንዲያገኝ ያደርጋል፤

ለ. በክርክሩ ሂደት ተከሳሽ ፖሊሱ በተፈለገበት ጊዜ ፍርድ ቤት እንዲቀርብ ኮምሽኑ ዋስ ይሆንለታል፤

ሐ. የዋስ መብቱ ከተከበረለት በስራው ላይ ሆኖ ደመወዝ እያገኘ ክርክሩን እንዲያካሂድ ያደርጋል፤

መ. የፍርድ ቤቱ ችሎት ከአምስት ኪሎ ሜትር በላይ የሚርቅ ከሆነ በቀጠሮው ቀን እንዲቀርብ የመጓጓዣና የውሎ አበል በተመደበበት ክፍል ይከፈለዋል፤

ረ. የዋስ መብቱ ሳይከበርለት ታስሮ ክርክሩ የሚካሄድ ከሆነ የመጨረሻ ውሳኔ እስከሚሰጥ ድረስ ደመወዙ ይከፈለዋል፤

ሰ. በነፃ በመለቀቁ ወይም የወንጀል ክሱ በመነሳቱ ከእስር ከተፈታ ወደ ስራው ይመልሰዋል፤

ሸ. በተከሰሰበት ወንጀል ጥፋተኛነቱ ተረጋግጦ ከአምስት ዓመት ያልበለጠ የእስራት ቅጣት ከተወሰነበት ቅጣቱን ከፈፀመ በኋላ ወደ ስራው እንዲመለስ ያደርጋል፤ ሆኖም በእስር ላይ ለቆየበት ጊዜ ደመወዝ አይከፈለውም፤

ቀ. በዚህ ዓንቀፅ ፊደል ሸ የተሰጠው የመጨረሻ ውሳኔ ከ

www.abyssinialaw.com



ቀ. ብመሰረት ፊደል ሸ እዚ ዓንቀፅ መወዳእታ ውሳነ ዝተወሰነሉ ቕፅዓት ልዕሊ 5 ዓመት ማእሰርቲ እንተኾይኑ እቲ ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ካብ ስርሑ ንኽሰናበት ይገብር።

2. ዝኾነ ፖሊስ ብገበን ዝተኸሰሰሉ ምኽንያት ምስ ስራሕ ሓላፍነቱ ርክብ ብዘይብሉ ተግባር እንተኾይኑ ብመሰረት እዚ ደንቢ ብድስፕሊን ዝዋሃቦ ቕፅዓት ከምዘሎ ኾይኑ፦

ሀ.መሰል ዋሕስ እንተተኸቢሩሉ ኣብ ስርሑ ኾይኑ መሃያ እናተኸፈሎ ክከራኸር ይገብር፤

ለ. ዋሕስ መሰሉ ክይተኸበረሉ ኣብ ማእሰርቲ ኾይኑ ዝከራኸር እንተኾይኑ መሃያ ኣይኽፈሎን፤

ሐ. ነፃ ብምውፅኡ ወይ እቲ ክሲ ገበን ብምልዓሉ ካብ እሱር እንተተፈቲሑ ናብ ስርሑ ምምላስ መሰሉ ይሕለወሉ፤

መ. ብዝተኸሰሰሉ ገበን ጥፍኣተኝነቱ ተረጋጊፁ ካብ ሓደ ዓመት ዘይበለፀ ቕፅዓት ማእሰርቲ እንተተወሲንዎ ነቲ ቕፅዓት ድሕሪ ምፍፃም ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ እንተመልኪቱ ናብ ማእሰርቲ ክምለስ መሰሉ ይሕለወሉ፤ ኮይኑ ግና ኣብ ማእሰርቲ ዝፀንሓሉ ግዜ መሃያ ኣይኽፈሎን፤

ረ. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ መ እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ሕልው ኾይኑ እቲ ፖሊስ ዝተኸሰሰሉ ገበን ብስርቂ፣ ጉቦ፣ ምጥቃምን ምዝውዋርን ኣደንዛዚ እፅ ፣እምነት ምጉዳል፣ ክትራንን ካልኦት ተመሳሰልትን ከበድቲ ገበናት ዝተቐፅዐ እንተኾይኑ ናብ ስራሕ ኣይምለስን።

ሰ. ቤት ፍርዲ ብነፃ እንተሰናበቶ'ውን እቲ ኮሚሽን ድስፕሊናዊ ስጉምቲ ክውሰድ ይኽእል።

ሸ. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተውሃቦ ቅፅዓት መወዳእታ ውሳነ ካብ ሓደ ዓመት ማእሰርቲ



5 አመት በላይ እስራት ከሆነ ውሳኔው ከተሰጠበት ቀን ጀምሮ ከስራ እንዲሰናበት ያደርጋል።

2. ማንኛውም ፖሊስ በወንጀል የተከሰሰው የስራ ሃላፊነቱን ከመወጣት ጋር ግንኙነት በሌለው ድርጊት ምክንያት ሲሆን በዚህ ደንብ መሰረት ሊወሰድበት የሚችል የዲስፕሊን እርምጃ እንደተጠበቀ ሆኖ፦

ሀ. የዋስ መብቱ የተከበረለት እንደሆነ በስራው ሆኖ ደመወዝ እያገኘ ክርክሩን እንዲያካሂድ ይደረጋል፣

ለ. የዋሰ መብቱ ሳይከበርለት ቀርቶ ታስሮ እያለ ክርክሩ የሚካሄድ ቢሆን ደመወዝ አይከፈለውም፤

ሐ. በነፃ በመለቀቁ ወይም የወንጀል ክሱ በመነሳቱ ከእስር ከተፈታ ወደ ስራው የመመለስ መብቱ ይጠ በቅለታል፤

መ. በተከሰሰበት ወንጀል ጥፋተኛነቱ ተረጋግጦ ከአንድ አመት ላልበለጠ የእስራት ቅጣት ከተዉሰነበት ቅጣቱን ከፈፀመ በሃላ በአንድ ወር ውስጥ ሲያመለክት ወደ ስራው የመመለስ መብቱ ይጠ በቅለታል፤ ሆኖም በእስር ላይ የቆየበት ጊዜ ደመወዝ አይከፈለውም፤

ረ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ መ የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ፖሊሱ የተከሰሰበት ወንጀል በስርቆት፣ ጉቦ፣ አደንዛዥ ዕፅ መጠቀምና ማዘዋወር፣እምነት ማጉደል፣ዘረፋ እና በሌሎች ተመሳሳይ ከባድ ወንጀሎች የተቀጣ እንደሆነ ወደ ስራ አይመለስም፤

ሰ. ፍርዱ ቤቱ በነፃ ቢያሰናብተውም ኮሚሽኑ ድስፕሊናዊ እርምጃ ሊወሰድ ይችላል።

ሸ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት የተሰጠው ቅጣት መጨረሻ በሆነ ውሳኔ ከአንድ አመት እስራት በላይ ከሆነ ውሳኔው ከተሰጠበት ቀን ጀምሮ ከስራ

www.abyssinialaw.com



ንላዕሊ እንተኾይኑ እቲ ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ካብ ስርሑ ንኽሰናበት ይገብር።

## ክፍሊ ዓሰርተ

## መረዳእታ ኣባላት ፖሊስ

### ዓንቀፅ 74. ውልቀ ማህደር

1. እቲ ኮሚሽን ኣግባብነት ዘለዎም መረዳእታታት ሕድሕድ ፖሊስ ዝሕዝ ውልቀ ማህደር ምውዳብን ብጥንቃቐ ክሕዝን ሓላፍነት ኣለዎ፤
2. ዝኾነ ፖሊስ ኣብ ውልቀ ማህደሩ ዝርከቡ መረዳእታታት ክርኢ ፣ ኣድላዪ እንተኾውን ብናይ ባዕሉ ወፃኢ ቅዳሕ ምውሳድ፤ ናብ ካልእ ቤት ዕዮ እንተተዛዊሩ ውልቀ ማህደሩ ክወስድ መሰል ይህልዎ።
3. ብትእዛዝ ኣግባብነት ዘለዎም ኣካላት ሕጊ ወይ ብፍቓድ ኣግባብነት ዘለዎም ሓለፍቲ ስራሕ እቲ ኮሚሽን እንተዘይኮይኑ ዝኾነ ሰብ ውልቀ ማህደር ዝኾነ ፖሊስ ክርኢ ኣይኽእልን።
4. እቲ ፖሊስ ብዕሉፍ ክፈልጦ ዘይተገበረ ዝኾነ ዓይነት መረዳእታ ሰነድ ኣብ ውልቀ ማህደሩ ምቕማጥ ዝተኸልከለ እዩ።
5. ዝኾነ ፖሊስ፦

ሀ. ሓዳር ወይ ፍትሕ እንተፍፅም መረዳእታ እቲ ሓዳር ወይ ፍትሕ ንዝሰርሐሉ ክፍሊ ብምቕራብ ክፍልጥ ኣለዎ፤

ለ. እንተወልድ ወይ ውላድ ጡብ እንተቕበል ወይ ካብ ውሽጢ ቤተሰቡ ብሞት እንተፍለዮ ንዝሰርሐሉ ክፍሊ ክፍልጥ ኣለዎ።

### ዓንቀፅ 75. ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ

1. ዕላማ ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ፦

ሀ. ፖሊሳት ስርሖም በቲ ዝድለ መጠን፣ ዕሬት፣ ሰለጤንን ወፃኢ ብዝቑጥብን ዝተማለአ ኩነታት

እንዲሰናበት ይደረጋል፡፡

## ክፍል አስር

## የፖሊስ ኣባላት ማስረጃ

### አንቀጽ 74.የግል ማህደር

1. ኮሚሽኑ የእያንዳንዱን ፓሊስ ኣግባብነት ያላቸውን ማስረጃዎች የሚይዝ የግል ማህደር የማደራጀትና በጥንቃቄ የመያዝ ሃላፊነት ኣለበት።
2. ማንኛውም ፖሊስ በግል ማህደሩ የሚገኙትን ማስረጃዎች የመመልከት፣ አስፈላጊ ሲሆን ቅጃቸውን በራሱ ወጪ የመውሰድ፣ ወደ ሌላ መስሪቤት ሲዘዋወር የግል ማህደሩን የመውሰድ መብት ይኖረዋል።
3. በህግ አግባብነት ባላቸው አካላት ትእዛዝ ወይም አግባብነት ባላቸው የኮምሽኑ የስራ ሃላፊዎች ፈቃድ ካልሆነ በስተቀር ማንኛውም ሰው የማንኛውም ፖሊስ የግል ማህደር ማየት አይችልም።
4. ፖሊሱ በዕሉፍ እንዲያውቀው ያልተደረገን ማንኛውም ዓይነት የሰነድ ማስረጃ በግል ማህደሩ ውስጥ ማስቀመጥ የተከለከለ ነው፡፡
5. ማንኛውም ፖሊስ ፦

ሀ. ጋብቻ ወይም ፍቺ ሲፈፅም የጋብቻውን ወይም የፍቺውን ማስረጃ ለሚሰራበት ክፍልበማቅረብ ማሳወቅ ኣለበት፤

ለ. ሲወልድ ወይም ጉዲፍቻ ሲቀበል ወይም ከቤተሰቡ ውስጥ በሞት ሲለየው ለሚሰራበት ክፍል ማሳወቅ ኣለበት፡፡

### አንቀጽ 75. የስራ ኣፈፃፀም ምዘና

1. የስራ ኣፈፃፀም ምዘና ዓላማ፦

ሀ. የፖሊስ ኣባላት ስራቸውን በሚፈልገው ፣መጠ ን፣ጥራት፣ፍጥነትና ወጪ በሚቆጥብ የተሟላ ሁኔታ

ንክፍዕሙ፤

ለ. ጥንኩሩን ድኹምን ጎድኒ እቲ ፖሊስ ብምፍላይ ኣብ ትልሚ ዝተመስረተ ስራሕቲ ህንፀት ዓቕሚ ንምስራሕ፤

ሐ. ስራሕ ኣፈፃፅማ እቲ ፖሊስ ንክመሓየሽን ንስራሕ ዘለዎ ተበግሶ ንምዕባይ፤

መ. ንፖሊስ ኣብ ውፅኢት ዝተመስረተ መተባብዒ ንምሃብ፤

ሠ. እቲ ኣመራርሓ ኣብ ጭቡጥ መረዳእታ ተመስሪቱ ምምሕዳራዊ ውሳነታት ንምሃብ ክኽእሎ እዩ።

2. ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ ብግልፅን እቲ ስራሕ ዝምልከቶ ቐረባ ሓላፍን ሰራሕተኛን ኣብ ዝተረኽበሉ ብሓባር ዝፍፀም ይኸውን።

3. እቲ ፖሊስ ካብ ዝመሃረሉ ወይ ካብ ዝስልጥነሉ ትካል ናብ ኮሚሽን ዝላኣኽ ሪፖርት ከም ሪፖርት ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ ይውሰድ።

## ክፍሊ ዓሰርተ ሓደ
## ሽልማት ፖሊስ

### ዓንቀፅ 76. ሓፈሻዊ

ዕላማ ሽልማት ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ንዝፈፀመን ነዊሕ እዋን ግልጋሎት ንዝሃበን ፖሊስ ብምትብባዕ ዕውትነት ልኡኽ እቲ ኮሚሽን ንምርግጋፅ እዩ።

### ዓንቀፅ 77. ዓይነት ሽልማት ፖሊስ

1. ሽልማታት ፖሊስ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

ሀ. ቀዳማይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት፤

ለ. ካልኣይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት፤

ሐ. ሳልሳይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት ፤

መ. መዳልያ ኣዝዩ ዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ፣

ረ. ቀዳማይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎት ፖሊስ፤

ሰ. ካልኣይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎትፖሊስ፤

እንዲያከናውኑ ፤

ለ. የፖሊሱን ጠንካራና ደካማ ጎን በመለየት በዕቅድ ላይ የተመሰረተ የኣቅም ግንባታ ስራ ለመስራት፤

ሐ. የፖሊሱን የስራ ኣፈፃፀም እንዲሻሻልና ለስራ ያለውን መነሳሳት ለማሳደግ፣

መ. ለፖሊስ በውጤት ላይ የተመሰረተ ማትጊያ ለመስጠት፤

ሰ. ኣመራሩ በተጨባጭ መረጃ ላይ ተመስርቶ ኣስተዳደራዊ ውሳኔዎች ለመስጠት እንዲያስችለው ነው::

2. የስራ ኣፈፃፀም ምዘና በግልፅና ስራው የሚመለከተው ኣካልና ፖሊሱ በተገኘበት በጋራ የሚከናወን ይሆናል።

3. የፖሊስ ኣባል ከሚማርበት ወይም ከሚሰለጥንበት ተቋም ለኮሚሽኑ የሚላከው ሪፖርት እንደ ስራ ኣፈፃፀም ምዘና ሪፖርት ይወሰዳል።

## ክፍል ኣስራ ኣንድ
## የፖሊስ ሽልማት

### ኣንቀጽ 76. ጠቅላላ

የሽልማት ኣላማ ከፍተኛ ኣስተዋፅኦ ያበረከተና ረጅም ጊዜ ኣገልግሎት የሰጠ ፖሊስን በማበረታታት የኮሚሽኑን ተልዕኮ ስኬት ለማረጋገጥ ይሆናል።

### ኣንቀጽ 77. የፖሊስ የሽልማት ዓይነቶች

1. የፖሊስ ሽልማቶች የሚከተሉት ናቸው፦

ሀ. ኣንደኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ፣

ለ. ሁለተኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ፣

ሐ. ሶስተኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ፣

መ. የላቀ ስራ ውጤት ሜዳይ፤

ረ. ኣንደኛ ደረጃ የፖሊስ ኣገልግሎት ሜዳይ፣

ሰ. ሁለተኛ ደረጃ የፖሊስ ኣገልግሎት ሜዳይ፣

www.abyssinialaw.com



ሸ. ሳልሳይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎት ፖሊስን፤

ቀ. ሪባን ግልጋሎት ፖሊስን ።

2. ቅርፂ፣ ቐለምን ትሕዝቶን እቶም ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተዘርዘሩ ዓይነታት ሽልማት እቲ ኮሚሽን ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ዓንቀፅ 78. ቀዳማይ ብርኪ መዳሊያ ጅግንነት

1. ቀዳማይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት ካብ ልሙድ ፖሊሳዊ ግቡእ ኣዝዩ ዝለዓለ ዘኹርዕ ጅግንነት ንዝፈፀመ ፖሊስ ፣ ጉጅለ ወይ ከይዲ ስራሕ ዝዋሃብ ሽልማት እዩ።

2. ተሸላሚ ቀዳማይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት ዝኾነ ፖሊስ፦

ሀ. ብር 20,000 /ዒስራ ሽሕብር/ ክፍሊት ሓደ ግዘን 25% ወሰኽ መሃያን ይወሃቦ፤ እንተተሰዊኡ ንሕጋዊ ወረስቱ ብር 25,000 /ዒስራን ሓሙሽተን ሽሕ ብር/ ይኽፈል፤

ለ. ብርእሰ ምምሕዳር እዚ ክልል ዝተፈረመ ወረቐት ምስክር ይወሃቦ።

3. ቀዳማይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት ተሸላሚ ዝኾነ ጉጅለ ወይ ከይዲ ስራሕ ካብ ብር 20,000 /ዒስራ ሺሕ ብር/ ብተወሳኺ ብርእሰ ምምሕዳር እዚ ክልል ዝተፈረመ ወረቐት ምስክር ይወሃቦ። ኣባል እቲ ተሸላሚ ጉጅለ ወይ ከይዲ ስራሕ ዝኾነ ሕድሕድ ፖሊስ እውን 25% ወሰኽ መሃያ ይወሃቦ።

## ዓንቀፅ 79. ካልኣይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት

1. ካልኣይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት ስሩዕ ፖሊሳዊ ግቡእ ካብ ዝሓቶ ዝለዓለን ካብ ቀዳማይ ብርኪ ጅግንነት ቀፂሉ ዝርአ ዘኹርዕ ጅግንነት ንዝፈፀመ ኣባል ፖሊስ፣ ጉጅለ ወይ ከይዲ ስራሕ ዝወሃብ ሽልማት እዩ።

ሸ. ሶስተኛ ደረጃ የፖሊስ አገልግሎት ሜዳይ እና

ቀ. የፖሊስ አገልግሎት ሪባን።

2. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1 የተመለከቱት ሽልማቶች፣ ቅርፅ፣ ቀለምና ይዘት ኮሚሽኑ በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል::

## አንቀጽ 78. አንደኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ

1. አንደኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ ከዘወትር ፖሊሳዊ ግዳጅ በላይ እጅግ በጣም የሚያኮራ ጀግንነት ለፈፀመ ፖሊስ ፣ ቡድን ወይም የስራ ሂደት የሚሰጥ ሽልማት ነው::

2. አንደኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ፖሊስ፦

ሀ. ብር 20,000 /ሃያ ሺ ብር/የአንድ ጊዜ ክፍያና 25% የደመወዝ ጭማሪ ይሰጠዋል፤ የተሰዋ እንደሆነ ለህጋዊ ወራሾቹ ብር 25,000 /ሃያ አምስት ሺ ብር/ ይከፈላል፤

ለ. በክልሉ ርእሰ መስተዳድር የተፈረመ ምስክር ወረቀት ይሰጠዋል።

3. አንደኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ቡድን ወይም የስራ ሂደት ብር 20,000 /ሃያ ሺ ብር/ እና በክልሉ ርእሰ መስተዳድር የተፈረመ ምስክር ወረቀት ይሰጠዋል። የተሸላሚ ቡድን ወይም የስራ ክፍል አባል የሆነ እያንዳንዱ ፖሊስም 25% የደመወዝ ጭማሪ ይሰጠዋል::

## አንቀጽ 79. ሁለተኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ

1. ሁለተኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ የዘወትር ፖሊሳዊ ግዳጅ ከሚጠይቀው ከፍ ያለና ከአንደኛ ደረጃ ጀግንነት ቀጥሎ የሚታይ የሚያኮራ ጀግንነት ለፈፀመ ፖሊስ፣ ቡድን ወይም የስራ ሂደት የሚሰጥ ሽልማት ነው::

www.abyssinialaw.com



2. ተሸላሚ ካልኣይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት ዝኾነ ፖሊስ፦

ሀ. ብር 15,000 /ዓሰርተ ሓሙሽተ ሺሕ ብር/ ክፍሊት ሓደ ግዜ 20% ወሰኽ መሃያን ይወሃቦ፤ እንተተሰዊኡ ንሕጋዊ ወረስቱ ብር 20,000 /ዒስራ ሺሕ ብር/ ይኽፈል፤

ለ. ብኮሚሽነር ዝተፈረመ ወረቐት ምስክር ይወሃቦ።

3. ተሸላሚ ካልኣይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት ዝኾነ ጉጅለ ወይ ከይዲ ስራሕ ብር 15,000 /ዓሰርተ ሓሙሽተ ሺሕ ብር/፣ብኮሚሽነር ዝተፈረመ ወረቐት ምስክር ይወሃቦ። ኣባል እቲ ተሸላሚ ጉጅለ ወይ ከይዲ ስራሕ ዝኾነ ሕድሕድ ፖሊስ እውን 20% ወሰኽ መሃያ ይወሃቦ።

## ዓንቀፅ 80. ሳልሳይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት

1. ሳልሳይ ብርኪ መዳሊያ ጅግንነት ስሩዕ ፖሊሳዊ ግቡእ ካብ ዝሓቶ ንላዕልን ካብ ቐዳማይን ካልኣይን ብርኪ ጅግንነት ቐጺሉ ዝመፅእ ዘኹርዕ ጅግንነት ንዝፈፀመ ፖሊስ፣ ጉጅለ ወይ ከይዲ ስራሕ ዝወሃብ ሽልማት እዩ።

2. ተሸላሚ ሳልሳይ ብርኪ ሜዳልያ ጅግንነት ዝኾነ ፖሊስ፦

ሀ. ብር 10,000/ዓሰርተ ሺሕ ብር/ ክፍሊት ሓደ ግዜን 15% ወሰኽ ማሃያን ይወሃቦ፤ እንተተሰዊኡ ንሕጋዊ ወረስቱ ብር 15,000 /ዓሰርተ ሓሙሽተ ሺሕ ብር/ ይኽፈል፤

ለ. ብኮሚሽነር ዝተፈረመ ወረቐት ምስክር ይወሃቦ።

3.ተሸላሚ ሳልሳይ ብርኪ መዳልያ ጅግንነት ዝኾነ ጉጅለ ወይ ከይዲ ስራሕ ብር 10,000 /ዓሰርተ ሺሕ ብር/ ብተወሳኺ ብኮሚሽነር ዝተፈረመ ወረቐት ምስክር ይወሃቦ።ኣባል እቲ ተሸላሚ ጉጅለ ወይ ድማ ኣባል እቲ ከይዲ ስራሕ ዝኾነ ሕድሕድ ፖሊስ

2. ሁለተኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ፖሊስ፦

ሀ. የብር 15,000 /አስራ አምስት ሺ ብር/ የአንድ ግዜ ክፍያና 20% የደመወዝ ጭማሪ ይሰጠዋል፤ የተሰዋ እንደሆነ ለህጋዊ ወራሾቹ ብር 20,000 /ሃያ ሺ.ብር/ ይከፈላል፤

ለ. በኮምሽነር የተፈረመ የምስክር ወረቀት ይሰጠዋል።

3. ሁለተኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ቡድን ወይም የስራ ሂደት ብር 15,000/አስራ አምስት ሺ ብር/ ፣ በኮምሽነር የተፈረመ የምስክር ወረቀት ይሰጠዋል። የተሸላሚው ቡድን ወይም የስራ ሂደት አባል የሆነ እያንዳንዱ ፖሊስ 20% የደመወዝ ጭማሪ ይሰጠዋል።

## አንቀጽ 80. ሶስተኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ

1. ሶስተኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ የዘወትር ፖሊሳዊ ግዳጅ ከሚጠይቀው በላይና ከአንደኛና ሁለተኛ ደረጃ ጀግንነት ቀጥሎ የሚመጣ የሚያኮራ ጀግንነት ለፈፀመ ፖሊስ፣ ቡድን ወይም የስራ ሂደት የሚሰጥ ሽልማት ነው።

2. ሶስተኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ፖሊስ፦

ሀ. 10,000 /አስር ሺ ብር/ የአንድ ግዜ ክፍያና 15% የደመወዝ ጭማሪ ይሰጠዋል፤ የተሰዋ እንደሆነ ለህጋዊ ወራሾቹ ብር 15,000 /አስራ አምስት ሺ ብር/ ይከፈላል፤

ለ. በኮምሽነር የተፈረመ የምስክር ወረቀት ይሰጠዋል።

3. ሶስተኛ ደረጃ የጀግንነት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ቡድን ወይም የስራ ሂደት ብር 10,000/አስር ሺ ብር/ እና በኮምሽነር የተፈረመ የምስክር ወረቀት ይሰጠዋል። የተሸላሚው ቡድን ወይም የስራ ክፍል አባል የሆነ እያንዳንዱ ፖሊስም 15% የደመወዝ ጭማሪ ይሰጠዋል።

www.abyssinialaw.com



እውን 15% ወሰኽ መሃያ ይወሃቦ።

## ዓንቀፅ 81. መዳሊያ ኣዝዩ ዝላዓለ ውፅኢት ስራሕ

1. መዳልያ ኣዝዩ ዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ብስራሕ ኣእምሮ ፣ ምህዞ ወይ ዝኾነ ልኡኽ እቲ ኮሚሽን ንምዕዋት ኣዝዩ ዝለዓለ ውፅኢት ዘምፅአ ኣባል ወይ ክይዲ ስራሕ ወይ ጉጅለ ዝወሃብ ሽልማት እዩ።

2. ተሸላሚ መዳልያ ኣዝዩ ዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ዝኾነ ፖሊስ፦

ሀ. ሓደ ብርኪ ዕብየት ማዕረግን 20% ወሰኽ መሃያን ይወሃቦ፤ ነቲ ሽልማት ዘይተቐበለ እንተሞይቱ ንሕጋዊ ወረስቱ ብር 8,000 /ሽሞንተ ሺሕ ብር/ ይኽፈል፤

ለ. ብኮሚሽነር ዝተፈረመ ወረቐት ምስክር ይወሃቦ።

3. ተሸላሚ መዳልያ ኣዝዩ ዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ዝኾነ ጉጅለ ወይ ክይዲ ስራሕ ብኮሚሽነር ዝተፈረመ ወረቐት ምስክር ይወሃቦ፤ ናይቲ ተሸላሚ ጉጅለ ወይ ክይዲ ስራሕ ኣባል ዝኾነ ሕድሕድ ፖሊስ ዕብየት ሓደ ብርኪ ማዕርግን 20% ወሰኽ መሃያን ይወሃቦ።

## ዓንቀፅ 82. ቐዳማይ ብርኪ መዳሊያ ግልጋሎት ፖሊስ

1. ቐዳማይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎት ፖሊስ ብስነ-ምግባሩን ብፖሊሳዊ ድስፕሊንን ፀገም ዘይብሉን ካብ 25 ዓመት ንዘይንእስ ግዘ ብፖሊስነት ንዘገልገለን ፖሊስ ዝወሃብ ሽልማት እዩ።

2. ቐዳማይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎት ፖሊስ ተሸላሚ ዝኾነ ፖሊስ መሃያ 4 ወርሒ ዝኣክል ገንዘብ ብሓደ ግዜ ክፍሊት ይወሃቦ።

## ዓንቀፅ 83.ካልኣይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎት ፖሊስ

1. ካልኣይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎት ፖሊስ ብስነ ምግባሩን ብፖሊሳዊ ድስፕሊንን ፀገም ዘይብሉን

## አንቀጽ 81. የላቀ ስራ ውጤት ሜዳይ፣

1. የላቀ የስራ ውጤት ሜዳይ፣ በአእምሮ ስራ፣ በፈጠራ ወይም በማንኛውም መስክ የኮሚሽኑን ተልዕኮ ለማሳካት የላቀ ውጤት ላስገኘ አባል ወይም የስራ ሂደት ወይም ቡድን የሚሰጥ ሽልማት ነው::

2. የላቀ የስራ ውጤት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ፖሊስ፦

ሀ. የአንድ ደረጃ የማዕርግ እድገትና 20% የደመወዝ ጭማሪ ይሰጠዋል፤ሽልማቱን ሳይቀበል የሞተ እንደሆነ ለህጋዊ ወራሾቹ ብር 8,000 /ስምንት ሺ ብር/ ይከፈላል፤

ለ. በኮምሽነር የተፈረመ የምስክር ወረቀት ይሰጠዋል::

3. የላቀ የስራ ውጤት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ቡድን ወይም የስራ ሂደት በኮምሽነር የተፈረመ የምስክር ወረቀት ይሰጠዋል:: የተሸላሚው ቡድን ወይም የስራ ክፍል አባል የሆነ እያንዳንዱ ፖሊስም የአንድ ደረጃ የማዕርግ እድገትና 20% የደመወዝ ጭማሪ ይሰጠዋል::

## አንቀጽ 82. አንደኛ ደረጃ የፖሊስ አገልግሎት ሜዳይ

1. አንደኛ ደረጃ የፖሊስ አገልግሎት ሜዳይ በስነ ምግባሩና በፖሊሳዊ ዲስፕሊን እንከን ለሌለበትና በፖሊስነት ከሃያ አምስት ዓመት ላላነሰ ጊዜ ላገለገለ ፖሊስ የሚሰጥ ሽልማት ነው::

2. አንደኛ ደረጃ የፖሊስ አገልግሎት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ፖሊስ የአራት ወር ደመወዙን የሚያህል ገንዘብ በአንድ ጊዜ ክፍያ ይሰጠዋል::

## አንቀጽ 83. ሁለተኛ ደረጃ የፖሊስ አገልግሎት ሜዳይ

1. ሁለተኛ ደረጃ የፖሊስ አገልግሎት ሜዳይ በስነ ምግባሩና በፖሊሳዊ ዲስፕሊን እንከን ለሌለበትና

www.abyssinialaw.com



ካብ 20 ዓመት ንዘይንእስ ግዜ ፖሊስ ኮይኑ ንዘገልገለን ፖሊስ ዝዋሃብ ሽልማት እዩ።

2. ተሸላሚ ካልኣይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎት ፖሊስ ዝኾነ ፖሊስ መሃያ 3 ወርሒ ዝኣክል ገንዘብ ብሓደ ግዜ ክፍሊት ይወሃቦ።

## ዓንቀፅ 84. ሳልሳይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎት ፖሊስ

1. ሳልሳይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎት ፖሊስ ብስነ-ምግባሩን ብፖሊሳዊ ድስፕሊንን ፀገም ዘይብሉ ካብ 15 ዓመት ንዘይንእስ ግዜ ፖሊስ ኮይኑ ንዘገልገለ ፖሊስ ዝወሃብ ሽልማት እዩ።

2. ተሸላሚ ሳልሳይ ብርኪ መዳልያ ግልጋሎት ፖሊስ ዝኾነ ፖሊስ መሃያ ክልተ ወርሒ ዝኣክል ገንዘብ ብሓደ ግዜ ክፍሊት ይዋሃቦ።

## ዓንቀፅ 85. ሪባን ግልጋሎት ፖሊስ

ሪባን ግልጋሎት ፖሊስ ንሕገ-መንግስቲ ተኣማኒ ብምዃን ብፖሊስነት ንዝተውሃበ ግልጋሎት ሕድሕድ ዓሰርተ ዓመት ዝወሃብ ሽልማት እዩ።

## ዓንቀፅ 86. ስነ ስርኣት ኣዋህባ መዳልያ፣ሪባንን ኣከዳድናን

ስነ ስርዓት ኣወሃህባ ኣብዚ ደምቢ ዝተጠቐሱ መዳልያ፣ሪባንን ኣከዳድናን ዝምልከት እቲ ኮሚሽን ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ዓንቀፅ 87. ምምላስ መዳልያን ሪባንን

እቲ ተሸላሚ፦

1. መዳልያ ወይ ሪባን ዝተውሃቦ ፖሊስ ብሓሶት መረዳእታ ምዃኑ እንትረጋገፅ፤ ወይ

2. ኣብ ልዕሊ ሕገ መንግስቲ ወይ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ኣብ ዝፍፀሙ ተግባራት ገበን፣ብምክዳዕ፣ብሽብር፣ ኣደንዛዚ እፅ ብምዝውዋር ወይ ብካልእ ተመሳሳሊ ገበን ተኸሲሱ ጥፍኣተኛ ምዃኑ

በፖሊስ ኣባልነት ከሃያ ዓመት ላላነሰ ጊዜ ላገለገለ ፖሊስ የሚሰጥ ሽልማት ነው።

2. ሁለተኛ ደረጃ የፖሊስ ኣገልግሎት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ፖሊስ የሶስት ወር ደመወዙን የሚያህል ገንዘብ በኣንድ ጊዜ ክፍያ ይሰጠዋል።

## አንቀጽ 84. ሶስተኛ ደረጃ የፖሊስ ኣገልግሎት ሜዳይ

1. ሶስተኛ ደረጃ የፖሊስ ኣገልግሎት ሜዳይ በስነ ምግባሩና በፖሊሳዊ ዲስፕሊን እንከን ለሌለበትና በፖሊስነት ከኣስራ ኣምስት ዓመት ላላነሰ ጊዜ ላገለገለ ፖሊስ የሚሰጥ ሽልማት ነው።

2. ሶስተኛ ደረጃ የፖሊስ ኣገልግሎት ሜዳይ ተሸላሚ የሆነ ፖሊስ የሁለት ወር ደመወዙን የሚያህል ገንዘብ በኣንድ ጊዜ ክፍያ ይሰጠዋል።

## አንቀጽ 85. የፖሊስ ኣገልግሎት ሪባን

የፖሊስ ኣገልግሎት ሪባን ለህገ መንግስት ታማኝ በመሆን በፖሊስነት ለተሰጠ ለእያንዳንዱ ኣሰር ዓመት ኣገልግሎት የሚሰጥ ሽልማት ነው።

## አንቀጽ 86. የሜዳዮች፣ ሪባኖች ኣሰጣጥ ስርዓትና ኣለባበስ

በዚህ ደንብ የተመለከቱት ሜዳዮች፣ ሪባኖች ኣሰጣጥ ስርዓትና ኣለባበስ ኮሚሽኑ በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል።

## አንቀጽ 87. ሜዳይና ሪባንን መመለስ

ተሸላሚው፦

1. ሜዳዩ ወይም ሪባኑ የተሰጠው በሃሰተኛ ማስረጃ ላይ ተመስርቶ መሆኑ ሲረጋገጥ፤ ወይም

2. በሕገ መንግስቱ ወይም ሕገ መንግስታዊ ስርዓቱ ላይ በሚደረግ ወንጀል፣ በክዳት፣ በኣሸባሪነት፣ ኣደገኛ ዕፅ በማዘዋወር ወይም በሌላ ተመሳሳይ ወንጀል ተከሶ ጥፋተኛነቱ በፍርድ ቤት ውሳኔ ሲረጋገጥ፤ የተሰጠው

www.abyssinialaw.com



ብውሳነ ቤት ፍርዲ እንተተረጋጊፁ፤ ዝተውሃበ መዳልያ ወይ ሪባን ክመልስ ይግበር።

**ዓንቀፅ 88. ንሽልማት መዳልያ ዘብቅዕ ስራሕ ሰሪሑ ዝሞተ ፖሊስ**

1. ብመሰረት እዚ ደንቢ ንሽልማት መዳልያ ዘብቕዕ ስራሕ ሰሪሑ ዝሞተ ፖሊስ ዝግበአ መዳልያ ብሽሙ ይምዝገበሉ።
2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝወሃብ መዳልያ ንበዓልቲ ገዛኡ፤ በዓልቲ ገዛ እንተዘይሃልይዎ ንቦኽሪ ውላዱ ፤ ውላድ እንተዘይሃልይዎ ብመሰረት ሕጊ ውርሲ ንሕጋዊ ወረስቱ ይወሃብ።
3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ መዳልያ ጅግንነት ብሽሙ ዝተመዝገበሉ ስውእ ፖሊስ ዕብየት ማዕረግ እውን ተዋሂብዎ ብሽሙ ክምዝገበሉ ይኽእል።

**ክፍሊ ዓሰርተ ክልተ**

**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**

**ዓንቀፅ 89. ኣቀራርባ ቅርታን ስርዓት ኣፈታትሓን**

እቲ ኮሚሽን ቅርታ ፖሊስ ብኣግባቡ ንምፍታሕ ዝኽእል ስርዓት ኣቀራርባን ኣፈታትሓን ቅርታ ይዝርግሕ።

**ዓንቀፅ 90. ብቕዓት ኣካልን ስፖርታዊ ውድድርን**

እቲ ኮሚሽን ኣባላት ፖሊስ ኣብ ምንቅስቓሳት ብቕዓት ኣካልን ስፖርታዊ ውድድራትን ዝሳተፍሉ ኩነታት የመቻችው።

**ዓንቀፅ 91. ምስ ህዝቢ ዝህልው ርክብ**

ዝኾነ ፖሊስ፦

1. ምስ ሕ/ሰብ ዝህልዎ ርክብ ልምዲ፣ ባህሊ ፣እምነትን መንነትን እቲ ሕ/ሰብ ምኽባር፤
2. ኣብ ኣከባብራ ህዝባዊ በዓላት ተረኺቡ ደንቢ ክዳኑ ተኸዲኑ ሕግን ስርዓትን ክኽበር ምግባር ሓላፍነት



ሜዳይ ወይም ሪባን እንዲመልስ ይደረጋል::

**አንቀጽ 88. ለሜዳይ ሽልማት የሚያበቃ ስራ ሰርቶ የሞተ ፖሊስ**

1. በዚህ ደንብ መሰረት ለሜዳይ ሽልማት የሚያበቃ ስራ ሰርቶ የሞተ ፖሊስ የሚገባው ሜዳይ በስሙ ይመዘገብለታል::
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት የሚሰጥ ሜዳልያ ለባለቤቱ፤ ባለቤት ከሌለው ለበኩር ልጁ፤ ልጅ ከሌለው በውርስ ሕግ መሰረት ለህጋዊ ወራሾቹ ይሰጣል::
3. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 መሰረት የጀግንነት ሜዳይ በስሙ የተመዘገበለት የተሰዋ ፖሊስ የማዕርግ እድገትም ተሰጥቶት በስሙ ሊመዘገብለት ይችላል::

**ክፍል አስራ ሁለት**

**ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች**

**አንቀጽ 89. የቅሬታ አቀራረብና አፈታት ስርዓት**

ኮሚሽኑ የፖሊስን ቅሬታ በአግባቡ ለመፍታት የሚያስችል የቅሬታ አቀራረብና አፈታት ስርዓት ይዘረጋል::

**አንቀጽ 90. የአካል ብቃትና ስፖርታዊ ውድድር**

ኮሚሽኑ የፖሊስ አባላት በአካል ብቃት እንቅስቃሴዎችና በስፖርታዊ ውድድሮች የሚሳተፉበትን ሁኔታ ያመቻቻል።

**አንቀጽ 91. ከህዝብ ጋር የሚኖር ግንኙነት**

ማንኛውም ፖሊስ፦

1. ከማህበረሰቡ ጋር በሚኖረው ግንኙነት የማህበረሰቡን ወግ፣ባህል፣ እምነት እና ማንነት ማክበር፤ እና
2. በህዝባዊ በዓላት አከባበር ላይ የደንብ ልብሱን ለብሶ በመገኘት ሕግና ስርዓት የማስከበር ሃላፊነት አለበት።

www.abyssinialaw.com



ኣለዎ።

3. ብሓፈሻኡ ፖሊስ ምስ ህዝቢ ዝህልዎ ርክብ ብመሰረት እቲ ኮሚሽን ኣውፂእዎ ዘሎ ቻርተር ዜጋታት ይኸውን።

## ዓንቀፅ 92. ዝተኸልከሉ ተግባራት

ዝኾነ ፖሊስ ነዞም ዝስዕቡ ተግባራት ምፍፃም ዝተኸልኸለ እዩ፦

1. ስራሕ ጠጠው ምባል ፣ዓመፅ ምግባር፤
2. ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር ወይ ምስታፍ፤
3. ኣባል ዝኾነ ፖለቲካ ውድብ ወይ ድጋፍ ወሃቢ ምዃን ወይ ፖለቲካ ውድብ ብምቅዋም ቅዋም ምሓዝ፤
4. ብሕቡእ ኾነ ብግልፂ ወይ ብዝኾነ ኩነታት ምንቅስቓስ ፖለቲካ ምግባር፤
5. ንመረፃ ንዝወዳደር ዝኾነ ውድብ ፖለቲካ ወይ ሰብ ብምድጋፍ ኾነ ብምቅዋም ምልዕዓል ምግባር ወይ ኣርማ ዝኾነ ውድብ ፖለቲካ ወይ ንመረፃ ዝጥቀመሉ ምልክት ኣብ ዝኾነ ቦታ ምሓዝ ወይ ምጥቃም።

## ዓንቀፅ 93. ኣብ መረፃ ምስታፍ

1. ዝኾነ ፖሊስ ብመንግስቲ ኣብ ዝፍፀሙ መረፃታት ምምራፅ መሰል ኣለዎ፤ ኮይኑ ግን ንውድድር መረፃ ክሳተፍ እንተደልዩ ኣግባብነት ዘለዎም ድንጋገታት እዚ ደንቢ ሕልዋት ኮይኖም ብመጀመርያ ነቲ ዝሓዞ ስራሕ ክለቅቕ ኣለዎ።
2. ንውድድር መረፃ ንኽሳተፍ ነቲ ዝሓዞ ስራሕ ዝለቐቐ ፖሊስ በቲ መረፃ እንተሲዒሩ ወይ እንተተሳዒሩ ተመሊሱ ብፖሊስነት ክቑፀር ኣይኽእልን።

3. በኣጠቃላይ ፖሊስ ከህዝብ ጋር የሚኖረው ግንኙነት ኮሚሽኑ ባወጣው የዜጎች ቻርተር መሰረት ይሆናል።

## አንቀጽ 92. የተከለከሉ ድርጊቶች

ማንኛውም ፖሊስ የሚከተሉትን ተግባራት መፈፀም የተከለከለ ነው::

1. የስራ ማቆም አድማ ማድረግ፤
2. ሰላማዊ ሰልፍ ማድረግ ወይም መሳተፍ፤
3. የማንኛውም የፖለቲካ ድርጅት አባል ወይም ደጋፊ መሆን ወይም የፖለቲካ ድርጅቱን በመቃወም አቋም መያዝ፤
4. በስውርም ይሁን በግልፅ ወይም በማንኛውም ሁኔታ የፖለቲካ እንቅስቃሴ ማድረግ፤
5. ለምርጫ የሚወዳደር ማንኛውም የፖለቲካ ድርጅት ወይም ሰው በመደገፍም ይሁን በመቃወም ቅስቀሳ ማድረግ ወይም ማንኛውንም የፖለቲካ ድርጅት ዓርማ ወይም ለምርጫ የሚጠቀምበትን ምልክት በማንኛውም ቦታ መያዝ ወይም መጠቀም።

## አንቀጽ 93. በምርጫ መሳተፍ

1. ማንኛውም ፖሊስ በመንግስት በሚካሄዱ ምርጫዎች የመመረጥ መብት አለው ፤ ሆኖም በምርጫ ውድድር ለመሳተፍ ከፈለገ ኣግባብነት ያላቸው የዚህ ደንብ ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው በቅድሚያ ስራውን መልቀቅ አለበት::
2. በምርጫ ውድድር ለመሳተፍ ስራውን የለቀቀ ፖሊስ በምርጫው ቢያሸንፍም ቢሸነፍም ተመልሶ በፖሊስነት ሊቀጠር ኣይችልም::

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ 94. ስልጣን ምውፃእ መምርሒ**

እቲ ኮሚሽን መፈፀሚ እዚ ደንቢ ዝርዝር መምርሒ ከውፅእ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 95. ዝተስዓሩን ተፈፃምነት ዘይብሎምን ሕግታት**

1. መተሓዳደሪ ደንቢ ኮምሽን ፖሊስ ክልል ትግራይ ደንቢ ቁፅሪ 32/1996 በዚ ደንቢ ተሳዒሩ ኣሎ።

2. ምስ እዚ ደንቢ ዝፃብኡ ካልኦት ደምብታት፣ መምርሕታት ወይ ኣሰራርሓታት ነዚ ደምቢ ኣብ ዝምልከቱ ዋኒናት ተፈፃምነት ኣይህልዎምን።

**ዓንቀፅ 96. እዚ ደንቢ ዝፀንዓሉ ግዜ**

እዚ ደንቢ ብነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት20/08/2006 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ኣባይ ወልዱ

ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

**አንቀጽ 94. መመሪያ የማውጣት ስልጣን**

ኮሚሽኑ ይህን ደንብ ለማስፈፀም ዝርዝር መመሪያ ሊያወጣ ይችላል::

**አንቀጽ 95. የተሻሩና ተፈፃሚነት የማይኖራቸው ህጎች**

1. የትግራይ ክልል ፖሊስ ኮሚሽን መተዳደርያ ደንብ ቁጥር 32/1996 በዚህ ደንብ ተሽሯል።

2. ከዚህ ደንብ ጋር የሚቃረኑ ደንቦች፣መመርያዎች ወይም የአሰራር ልማዶች በዚህ ደንብ በተሸፈኑ ጉዳዮች ላይ ተፈፃሚነት አይኖራቸውም።

**አንቀጽ 96. ደንቡ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ ደንብ በትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን 20/08/2006ዓ/ምጀምሮ የፀና ይሆናል::

አባይ ወልዱ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com



**ሓባሪ**

**መፅንሒ እዋን ዕብየት መዓርግ**

| ብርክታት መዓርግ | መዓርግ ፖሊስ | መፅንሒ እዋን ብዓመት |
|---|---|---|
| ጀማሪ ብርኪ መዓርግ | ኮንስታብል | 3 |
| | ሓጋዚ ሳጅን | 2 |
| | ምክትል ሳጅን | 2 |
| | ሳጅን | 2 |
| | ዋና ሳጅን | 2 |
| ማእኸላይ ብርኪ መዓርግ | ሓጋዚ ኢንስፔክተር | 2 |
| | ምክትል ኢንስፔክተር | 3 |
| | ኢንስፔክተር | 3 |
| ላዕለዋይ ብርኪ መዓርግ | ዋና ኢንስፔክተር | 3 |
| | ምክትል ኮማንደር | 3 |
| | ኮማንደር | 4 |
| | ሓጋዚ ኮሚሽነር | 4 |
| | መዓርግ ምክትል ኮሚሽነር | 4 |
| | መዓርግ ኮሚሽነር | 4 |

**አባሪ**

**የእድገት ቆይታ ጊዜ**

| የማዓርግ እርከኖች | የፖሊስ መዓርግ | ቆይታ ጊዜ በዓመት |
|---|---|---|
| የጀማሪ መዓርግ እርከን | ኮንስታብል | 3 |
| | ረዳት ሳጅን | 2 |
| | ምክትል ሳጅን | 2 |
| | ሳጅን | 2 |
| | ዋና ሳጅን | 2 |
| የመካከለኛ መዓርግ እርከን | ረዳት ኢንስፔክተር | 2 |
| | ምክትል ኢንስፔክተር | 3 |
| | ኢንስፔክተር | 3 |
| የከፍተኛ መዓርግ እርከን | ዋና ኢንስፔክተር | 3 |
| | ምክትል ኮማንደር | 3 |
| | ኮማንደር | 4 |
| | ረዳት ኮሚሽነር | 4 |
| | ምክትል መአርግ ኮሚሽነር | 4 |
| | ኮሚሽነር መአርግ | 4 |

www.abyssinialaw.com


# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

# የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

## ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

## የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል21 ዓመት ቑ.4 መቐለ 2006 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

21ኛ ዓመት ቁ.4 መቐለ 2006 ዓ/ም


### ቑፅሪ ደንቢ 85/2006 ዓ/ም

### ተመሓይሹ ዝወፀ ደንቢ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብደንቢ ተዘርዚሩ ክወፅእን ግልፂ ዝኾነ ኣሰራርሓ ክህልዎ ስለዘግባእ፣

ኣብ ዞባ ምዕራብን ክፉል ሰሜን ምዕራብን ዝህሉ ምሕደራን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ቑፅሪ ኣዋጅ 239/2006 ዓ/ም ብደንቢ ክውሰን ከምዘለዎ ስለዝድንግግ እዚ ደንቢ 'ዚ ምውፃእ ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ቑፅሪ ኣዋጅ 239/2006 ዓንቀፅ 37/1/ ዝተውሃቦ ስልጣን ዝስዕብ ደንቢ ኣውፂኡ ኣሎ።

### ደንብ ቁጥር 85/2006 ዓ/ም

### ተሻሽሎ የወጣ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ደንብ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም በደንብ ተዘርዝሮ እንዲወጣና ግልፅ የሆነ አሰራር ሊኖረው ስለሚገባ፣

በምዕራባዊ ዞንና በከፊል በሰሜን ምዕራብ የሚኖረውን የገጠር መሬት ኣስተዳዳርና አጠቃቀም በደንብ መወሰን እንዳለበት ኣዋጅ ቁጥር 239/2006 ስለሚደነግግ ይህ ደንብ ማውጣት ኣስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በአዋጅ ቁጥር 239/2006 ዓንቀፅ 37/1/ በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከተለውን ደንብ አውጥቷል።


| | |
|---|---|
| ናይ ሓደ ዋጋ / ያንዱ ዋጋ | ብር 10.90 |

| | |
|---|---|
| ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፓ.ሳ / ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ | 291 |

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ

**ዓንቀፅ 1፦ሓፂር ርእሲ**

እዚ ደንቢ"ተመሓይሹ ዝወፀ ደንቢ ምምሕዳርን አጠቓቕማን መሬት ገፀር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ ደንቢ 85/2006 ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይካኣል፣

**ዓንቀፅ 2፦ትርጉም**

ኣብ 'ዚ ደንቢ ፦

1. "ዝምልከቶ ኣካል" ማለት ኤጀንሲ ሓለዋ ስነ-ከባብን ምምሕዳርን አጠቓቅማን መሬት ገፀር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
2. "ኣባል ሰራዊት ምክልኻል ሃገር" ማለት ኣብ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኣብ ስራሕ ዝርከብን ብቦርድን ጡረታን ዝወፀን ዝሓውስ እዩ፣
3. "ኣባል ፖሊስ" ማለት ኣብ ፌደራልን ክልልን ኣብ ሞያ ፖሊስነት ተዋፊሩ ዝሰርሕን ብቦርድን ጡረታ ዝወፀ'ውን ዝሓውስ እዩ።
4. "ትካል ትምህርቲ" ማለት ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዘምህሩ ኣብያተ ትምህርቲ ማለት እዩ።
5. "ስውእ" ማለት ኣብ እዋን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንድሕንነት ሃገሩን

## ክፍል አንድ

## አጠቃላይ

**አንቀፅ 1፦.አጭር ርእስ**

ይህ ደንብ ተሻሽሎ የወጣ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ደንብ ቁጥር 85/2006ዓ/ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይቻላል፣

**አንቀፅ 2፦ትርጉም**

በዚህ ደንብ ፦

1. "የሚመለከተው አካል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የአካባቢ ጥበቃና የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ኤጀንሲ ነዉ።
2. "የአገር መከላከያ ሰራዊት አባል" ማለት በሃገር መከላከያ ሰራዊት በስራላይ ያለና በቦርድና ጡረታ የወጣን ይጨምራል
3. "የፖሊስ አባል" ማለት በፌደራልና በክልሉ በፖሊስነት ሞያ ተሰማርቶ የሚሰራና በቦርድና በጡረታ የወጣም ይጨምራል።
4. "የትምህርት ተቋም" ማለት መደበኛ አካዳሚያዊ ትምህርት የሚያስተምሩ ትምህርት ቤቶች ማለት ነው።
5. "የተሰዋ" ማለት በትግራይ ህዝብ ትግል ወቅት ለህዝቡና ለሃገሩ ደህንነት ሂወቱ የከፈለ ታጋይ

www.abyssinialaw.com



ህዝቡን ሂወቱ ዝኸፈለ ተጋዳላይ ወይ ምልኻ ማለት እዩ፣

6. "ከቢድ ሕማም" ማለት ብቦርድ ሓኻይም ከቢድ ሕማም ተባሂሉ መረዳእታ ዝቐረበሉ ሕማም እዩ።
7. "ዘይሕረስ መሬት" ማለት ካብ ተሓራሲ መሬት ወፃኢ ዝርከብ መሬት ገፀር እዩ፣
8. "ግብረ ሓይሊ" ማለት ኣብ ገፀር ጣብያ ንዘጋጥሙ ዘይሕጋዊ ህንፀት ኣባይቲ ዝፍርስ ብብርኪ ወረዳን ጣብያን ዝጣየሽ ኮሚቴ እዩ፣
9. "ገደና" ማለት ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛ ዝርከብ መሬት ገፀር ኮይኑ እንስሳት ዝኣትዋሉ፣ ዝወፃሉን ጠጠው ዝብላሉን ኣካል መጣሻ ተገይሩ ዝውሰድ እዩ።
10. "ውራ መሬት" ማለት ብዘይ ፍቓድ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገፀር ጣብያ ሓባራዊ ሃፍቲ ህዝብን መንግስትን ዝኾነ መሬት ገፀር ምሓዝ ወይ ምጥቃም ማለት እዩ።
11. "ወፈር ዘመት" ማለት ኣብ ዝኾነ ይኹን ወረዳ ኣብ ዘይተፈቀደልካ ቦታ ካብ ሕጊ ወፃኢ መሬት ገፀር ምጥቃም ማለት እዩ።



ወይም ምልሻ ማለት ነው።

6. "ከፍተኛ ህመም" ማለት በሃኪሞች ቦርድ ከፍተኛ ህመም ተብሎ ማስረጃ የቀረበበት ህመም ነው ።
9. ምስ ዋና መንገዲ ውሽጣ ውሽጢ ዝዳበ በዓል ትሕዝቶ መሬት ብመሰረት ብኪኢላ ዝውሃቦ ሓበሬታ ኣብ ወሰን እቲ መሬት ተኽሊ ክተክል ግቡእ ዘለዎ ኮይኑ መሰል ምጥቃም ካብቲ ተኽሊ ዝርከብ ፍርያት ኣለዎ፣

10. ዝተጎድአ መሬት ካብ ሰብን እንሳስን ክዕቀብ ብምግባር ለውጢ እንተምፅአ ጥራሕ ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕል ይግበር፤ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን።



መንከባከብና መጠቀም አለበት፣

6.የገጠር መሬት ተጠቃሚ ሰው የጋራ መሬት ለመንከባከብ በወረዳ ወይም በቀበሌ ምክር ቤት በወጣው መተዳደርያ ደንብ መሰረት ድርሻውን መፈፀም አለበት ፡፡

7. በወጣው የመተዳደርያ ደንብ መሰረት በጋራ መሬት ላይ የሚደረጉ የልማት ስራዎች በቀበሌው አስተዳደር አስተባባሪነት የሚፈፀሙ ይሆናሉ፡፡

8.የተለያዩ አደረጃጀቶች በይዞታቸው ስር የሚገኝ መሬት ለታሰበለት ኣላማ ብቻ ማዋል እና ተፈጥሮ ሃብት በመጠበቅ ሊጠቀሙበት ይገባል ፣

9.ከዋናው ውስጥ ለውስጥ መንገድ የሚዋሰን የመሬት ባለይዞታ በባለሙያ በሚሰጠው መረጃ መሰረት በመሬቱ ዳር ተክል የመትከል ግዴታ ያለበት ሆኖ ከተክሉ የሚገኝ ፍሬ የመጠቀም መብት አለው፣

10.የተጎዳ መሬት ከሰው እና ከእንስሳት እንዲጠበቅ በማድረግ ለውጥ ሲመጣ ብቻ ጥቅም ላይ እንዲውል ይደረጋል፤ ዝርዝሩ በመመርያ ይወሰናል፡፡

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ 30፦ ኣጠቓቕማን ሽግሽግን ከባቢ ግድብን ብመስኖ ዝለምፅ መሬትን**

1. ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 28 ንኡስ ዓንቀፅ 7 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ ስፍሓት ንመስኖ ዝዕደል መሬት ኣብ ከባቢ ፋብሪካ ሽኮር ወልቃይት ክሳብ 1.75 ሄክታር ኮይኑ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ብመሰረት ስፍሓት መሬትን በዝሒ ተጠቀምትን እቲ ከባቢ ክዕደል ይግበር፣
2. ኣብ ከባቢ ግድባት ዝርከብ መፋስሳት ኣብቲ ግድብ ጉድኣት ከይበፅሑ ብሕብረሰብ እቲ ከባብን ተጠቀምትን ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ብምስራሕ ምልማዕ ኣግራብን ክንክንን ይግበር፣
3. ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 28 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ፡-

ሀ. መሬት ዝርከብ ሓረስታይ ብቀዳምነት መሰል ምርካብ ንመጠሻ ዝኸውን ቦታ ይህልዎ፣

ለ. እቲ ግድብ ተሰሪሑ ክሳብ ናብ ልምዓት ዝኣቱ ዝተፈናቐለ ሓረስታይ መሰልምርካብ ካሕሳ ይህልዎ፣

ሐ. ማይ እቲ ግድብ ዝዓረፈሉን ንመስኖ ዝኸውን መሬት ዝተወሰዶን ተጠቃሚ ብምምሕዳር ቁሸት፣ ጣብያ፣ ወረዳ

**አንቀፅ30፦ በግድብ አከባቢና የሚለማ በመስኖ መሬት አጠቃቀም እና ሽግሽግ**

1. በአዋጁ ዓንቀፅ 28 ንኡስ ዓንቀፅ 7 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ፣ በወልቃይት ስኳር ፋብሪካ አከባቢ ለመስኖ የሚታደል መሬትስፋት እስከ 1.75 ሄክታር ሆኖ፣ በሌሎች አከባቢዎች ግን እንደ አከባቢው የመሬት ስፋትና የተጠቃሚ ብዛት እንዲከፋፈል ይደረጋል፣
2. በግድብ አከባቢ የሚገኙ ተፋሰሶች በግድቡ ላይ ጉዳት እንዳያደርሱ በአከባቢው ተጠቃሚ ህዝብ የአፈርና ወሃ ጥበቃ ልማት ስራዎች በመስራት የእፀዋት ልማትና እንክብካቤ ይደረጋል ፣
3. በአዋጁ ዓንቀፅ 28 ንኡስ ዓንቀፅ 1 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ፡-

ሀ. የግድቡ ውሃ በሚተኛበት መሬትየሚገኝ አርሶ አደር ቅድሚያ ለቤት መስሪያ ቦታ የማግኘት መብትይኖረዋል፣

ለ. ግድቡ ተሰርቶ ለልማት እስኪ ደርስ ድረስ ተፈናቃይ አርሶ አደር ካሳ የማግኘት መብት ይኖረዋል፣

ሐ. ውሃ ባረፈበት ግድብ የሚገኝ መሬት የተወሰደበት ተጠቃሚ በጎጥ፣ የቀበሌ፣ የወረዳ ይሁን በዞን

www.abyssinialaw.com



ይኹን ዞባ፣ ወሰን ብዘይፈሊ መልክዑ መሰል ምሽግሻግ ይህልዎ፣

መ.ኣብ ፊደል "ሐ" እዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ ሙሉእ ካሕሳ ወይ ላዉጣ መሬት ዝረኸበ ሓረስታይ መሰል ኣብ ግድብ መስኖ ምሽግሻግ የብሉን ።

4. ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 28 ንኡስ ዓንቀፅ 8 ዝተደንገገ ዝተሓለወ ኾይኑ በዓል ትሕዝቶ ተጠቃሚ መስኖ ንኽልተ ተኸታታሊ ዓመት ብመስኖ ተጠቒሙ እንተዘይኣልሚዑ ፦

ሀ.ብኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ጣብያ መጠንቀቕታ ንሓደ ዓመት ብፅሑፍ ይወሃቦ፣

ለ. እቲ ሓረስታይ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ዓመት ብመሰረት ዝተዉሃቦ መጠንቀቕታ ዝገበሮ ምንቅስቃስ ወይ ለዉጢ እንተዘይሃልዩ ንካልኣይ ግዜ መጠንቀቕታ ሽዱሽተ ወርሒ ብምሃብ ንዴስክ ወረዳ ብቅዳሕ የፍልጥ ፣ ዴስክ ወረዳ ናብ ካብኔ ወረዳ ብምቕራብ መሬቱ ክሕደግ ይዉሰን ፤ድሕሪ ዉሳነ ምሕዳግ ካብኔ ወረዳ፣ ዴስክ ወረዳ ንክትትል ቅዳሕ ንጣብያ መሬት ምምሕዳር ይገበር ፤ተለዋጢ መሬት ንክወሃቦ ናብቲ ተጠቃሚ ደብዳቤ ብምፅሓፍ ይፍፀም ፣

ሐ. ኣብ መሰኖ ብዘይምልምዑ መሬቱ



መስተዳደር አዋሳኝ በማይለይ መልኩ መሬት የመሸጋሸግ መብት ይኖረዋል።

መ.በዚህ ዓንቀፅ ፊደል "ሐ" የተደነገገው እንዳለ ሆኖ ሙሉ የገንዘብ ካሳ ወይም የመሬት ለውጥ ያገኘ አርሶ አደርበመስኖ ግድብ የመሸጋሸግ መብት የለዉም።

4. በአዋጁ ዓንቀፅ 28 ንኡስ ዓንቀፅ 8 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ፣ በመስኖ የሚጠቀም ባለይዞታ ለሁለት ተከታታይ ዓመታት መስኖ ተጠቅሞ ማልማት ካልቻለ፦

ሀ. በቀበሌ የመሬት አስተዳደር ኮሚቴ የአንድ ዓመት የፅሑፍ ማስጠንቀቅያ ይሰጢል፣

ለ. አርሶ አደሩ በተሰጠዉ ማስጠንቀቅያ መሰረት በአንድ ዓመት ዉስጥ ያደረገው እንቅስቃሴ ወይም ለውጥ ከሌለ ለሁለተኛ ጊዜ ለስድስት ወር ማስጠንቀቅያ በመስጠት ለወረዳ ዴስክ በግልባጭ ያሳውቃል፣ ወረዳ ዴስክ ወደ ወረዳ ካቤኔ በማቅረብ መሬቱ እንዲነጠቅ ያስወስናል። በወረዳ ካቢኔ የመሬት የመነጥ ውሳኔ ከተሰጠ በኋላ ወረዳ ዴስክ ለክትትል ግልባጭ ለቀበሌ የመሬት አስተዳደር ኮሚቴ ያደርጋል ተለዋጭ መሬት እንዲሰጠው ለግለሰቡ ደብዳቤ ይፅፋል።

ሐ. በመሰኖ ባለማልማቱ መሬቱ የሚነጠቅ

www.abyssinialaw.com



ንዝሕደግ ሓረስታይ ብመሰረት እቲ አዋጅ ዓንቀፅ 28 ንኡስ ዓንቀፅ 8 ካብ መስኖ ወፃኢ መሬት ዝወሃብ ኮይኑ መሰል ምርካብ ካሕሳ ኣይህልዎን።

**ዓንቀፅ 31፦<u>መሬት ሓባር ናብ ውልቀ ምቕያር</u>**

ኣብ ሓደ ከባቢ ዘይሕረስ መሬት ዝበሃል ብዝምልከቶ ኣካል እቲ ኸባቢ ተፀኒዑ ተፈልዩ ዝምዝገብ ኾይኑ፦

1. ትሕዝቶ ሓባር ንውልቀ ትሕዝቶ ክፋፈልካ ምሃብ ዝዓበየ ረብሓ ከምዘለዎ እንትእመን ምስቲ ነባራይ ህዝቢ ብምርድዳእ ብዴስክ ወረዳ ሓሳብ ተዋሂብሉ ስራሕ ፈፃሚ ወረዳ እንትፀድቕ ንውልቀ ትሕዝቶ ክከፋፈል ይኽእል። ኮይኑ ግን መሬት ደኒ ረግረግ ቦታ ዝኾኑ መሬት ሓባር ናብ ውልቀ ምልዋጥ ኣይከኣልን።
2. መሬት ሓባር ናብ ውልቀ ትሕዝቶ ቅድሚ ምልዋጡ ኣብ ካሊእ ሕርሻ ቦታ ፅዕንቶ ዘይፈጥርን ብመሰረት ዝተዳለወ ማስተር ፕላን ንዝተወሰነሉ ረብሓ ዝውዕል ምኳኑ፣ ማስተር ፕላን ኣብዘይተዳለወሉ ጣብያ ድማ ብሰብ ሞያ መፅናዕቲ ተኻይዱ ፀገም ከምዘይፈጥር እንትረጋገፅ ጥራሕ ዝፍፀም ይኸውን፣
3. ናብ ውልቀ ትሕዝቶ ክቕየር ዝተወሰነ መሬት ሓባር ፣ ኣብ ጎቦ ተወዲቦም



አርሶ አድር በአዋጁ አንቀፅ 28 ንኡስ ዓንቀፅ 8 መሰረት፣ከመስኖ ውጪ መሬት የሚሰጠው ሆኖ ካሳ የማግኘት መብት አይኖርም፣

**አንቀፅ31፦ <u>የጋራ መሬት ወደ ግል መቀየር</u>**

በአንድ አከባቢ የማይታረስ መሬት የሚባለው በሚመለከተው አካል ተጠንቶና ተለይቶ የሚመዘገብ ሆኖ፦

1. የጋራ መሬት ለግል ይዞታ አከፋፍሎ መስጠት የበለጠ ጥቅም እንዳለው ሲታመንበት ከነዋሪ ህዝብ ጋር በመረዳዳት ወረዳ ዴስክ ሐሳብ ሰጥቶበት፣በወረዳ ስራ አስፈፃሚ ሲፀድቅ ለግል ይዞታ ሊከፋፈል ይችላል። ሆኖም እንደ ደን፣ረግረጋማ የሆነ የጋራ መሬት ወደ ግል ይዞታ መለወጥ አይቻልም።
2. የጋራ መሬት ወደ ግል ይዞታ ከመለወጡ በፊት በሌላ የእርሻ ቦታ ተፅእኖ የማይፈጥር መሆኑ፣በተዘጋጀው ማስተር ፕላን መሰረት ለታሰበው ጥቅም የሚውል መሆኑ፣ ማስተር ፕላን ላልተዘጋጀለት ቀበሌደግሞ በባለሙያ ተጠንቶ ችግርየማይፈጥር መሆኑ ሲረጋገጥ ብቻ የሚፈፀም ይሆናል፣
3. ወደ ግል ይዞታ እንዲለወጡ የተወሰነላቸው የጋራ መሬቶች

www.abyssinialaw.com



ከልምዑ ሕቶ ንዘቕረቡን ንዝተፈላለየ ልምዓታዊ ስራሕቲ ከም ምርባሕ ንህቢ፣ደርሆን ካልኦትን ብመሰረት ዝቐረብ ሕቶ በቲ ዴስክ ወረዳን ምምሕዳርን ኣቢሉ ብቐዳምነት ንክወሃቡ ይግበር፣

4.ፀገም ጎቦ ኣበዘይብሎም ከባቢታት ብሽግሽግ ንልምዓት ክወሃብ ይከኣል፣

5.ኣብቲ ኣዋጅ ኣንቀፅ 29 ንኡሰ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕልዉ ኮይኑ ንጎቦ መቐሎ፣ሕዛእቲ፣ንሰፈራ፣ንመንበሪ ዛዉቲ፣ ንኢንቨስትመንት፣ ንማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ንጀቕጀቕ ንዝመሳሰሉ ዝተኸልከሉ ቦታታት ኣይሕረሱን።

## ክፍሊ ሽዱሽተ

## ውዕሊ ክራይ፣ መፅናዕቲ፣ ምርካብ፣ ምምሕያሽ፣ ምትሕልላፍን ምቁራፅን ውዕሊ ክራይ መሬት ሕርሻ ኢንቨስትመንት

**ዓንቀፅ 32፦ብመንግስቲ ዝካረ መሬት ገፀር**

1. ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 19 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ፡-

ሀ.ብመንግስቲ ዝተኣሰረ ውዕሊ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ዝለዓለ ቴክኖሎጂ ዝሓዘ በዓል ሃፍቲ



ተደራጅተው በተራሮች ልማት ለመሳተፍ ጥያቄ ላቀረቡ እና ለተለያዩ ልማታዊ ስራዎች እንደ ንብ ማነብ፣ደሮ እርባታና ሌሎች ለማዋል በቀረቡ ጥያቄዎች መሰረት በወረዳ ዴስክ እና በወረዳ አስተዳደር በኩል በቅድሚያ እንዲሰጡ ይደረጋል።

4.የተራሮች ችግር በሌላቸው አከባቢዎች ለልማት በሽግሽግ ሊሰጥ ይችላል።

5.በኣዋጁ አንቀፅ 29 ንኡስ ዓንቀፅ 1 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ ለተራራማ ቦታ ክፍፍል፣ ለጥብቅ መሬት፣ ለሰፈራ፣ ለመኖርያቤቶች፣ ለኢንቨስትመንት፣ ለማህበራዊ ግልጋሎት፣ ለረግረጋማ ቦታዎች የመሳሰሉ የተከለከሉ ቦታዎች አይታረሱም።

## ክፍል ስድስት

## የገጠር እርሻ መሬት ኢንቨስትመንት የውል ኪራይ ፣ ጥናት ፣ ርክክብ፣ ማሻሻል፣ ማስተላለፍና ማቋረጥ

**አንቀፅ 32፦በመንግስት የሚካራይ የገጠር መሬት**

1. በኣዋጁ አንቀፅ 19 ንኡስ አንቀፅ 2 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ፦

ሀ. በመንግስት ውል የተፈፀመበት የእርሻ ኢንቨስትመንት የበለጠ ቴክኖሎጂ የያዘ ባለሃብት ሲገኝሙሉ

www.abyssinialaw.com



እንትህልዉ ብሙሉእ ይኹን ብኽፉል ኣልዒሉ ከመሓድር ይኽእል፣

ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1/ሀ/ ዝተደንገገ እንተሃለ'ወ ውን ብመሰረት ፕሮጀክት ፕሮፖዛሉን ዝኣተዎ ውዕሊን ዘየልመዐ ኣብዚ ደንቢ ካብ ዝተቐመጡ መጠን ስፍሓት መሬት ንላዕሊ ዝሓዘ በዓል ሃፍቲ ናብ ዝምጥኖ ክወርድ ይኽእል፣

ሐ. ሓደሽ ቴክኖሎጂ ሒዙ ንዝመፀ ዜጋ ወፃኢ ፣ ዲያስፖራን ዓብይ በዓል ሃፍቲ ውሽጢ ዓድን በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 21 መሰረት ዝምልከቶ ኣካል ምስ መንግስቲ እዚ ክልል ብምርድዳእ ብቐጥታ መሬት ክዕድል ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣

2.መጠን ትሕዝቶ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ዝምልከት ፦

ሀ. ንዘራእቲ ካብ 20 ክሳብ 600ሄክታር፣

ለ. ንመስኖ ካብ 2 ክሳብ 30 ሄክታር፣

ሐ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ፊደል ሀንለን ዝተደንገገ ከም ዘሎ ኮይኑ መንግስቲ እዚ ክልል ከከም ኣድላይነቱ እናረኣየ ካብኡ ንላዕሊ መጠን ስፍሓት ዘለዎ መሬት ንኢንቨስተራት ክዕድል ይኽእል

መ. ንሃፍቲ እንስሳትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ብዝወፅእ ስታንዳርድ ብመምርሒ



በሙሉ ይሁን በከፊል በመሰረዝ መሬቱን አንስቶ ማስተዳደር ይችላል፣

ለ. በዚህ ንኡስ ዓንቀፅ 1/ሀ/ የተደነገገ ቢኖርም በፕሮጀክት ፕሮፖዛሉና በገባው ውል መሰረት በዚህ ደንብ ከተቀመጠዉ የመሬት ስፋት መጠን በላይ የያዘ ባለሃብት ወደ ሚመጥነዉ ሊወርድ ይችላል፣

ሐ. አዲስ ቴክኖሎጂ ይዞ ለመጣ የውጭ ዜጋ፣ ዲያስፖራና ከፍተኛ የሃገር ውስጥ ባለ ሃብት በአዋጁ ኣንቀፅ 21 መሰረት የሚመለከተው ኣካል ከክልሉ መንግስት በመግባባት በቀጥታ መሬት ሊሰጥ ይችላል፣ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል፣

2.ለእርሻ ኢንቨሰትመንት የሚሆን ይዞታ መጠን በሚመለከት፡-

ሀ. ለአዝርእት ከ 20 እስከ 600 ሄክታር፣

ለ. ለመስኖ ከ2 እስከ 30 ሄክታር፣

ሐ.በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 2 ፊደል ሀ እናለ የተደነገገው እንደለ ሆኖ የክልሉ መንግስት እንደየ አስፈላጊነቱ እያየ ከዚህ በላይ መጠንና ስፋት ያለው መሬት ለኢንቨስተሮች ሊሰጥ ይችላል።

መ. ለእንስሳት ሃብትና ለተፈጥሮ ሃብት በሚወጣ ስታንዳርድ በመመሪያ

www.abyssinialaw.com



ይውሰን፣

ረ. ቴክኖሎጂ ተጠቒሙ ካብ ዘራእቲ ናብመስኖ ክቕይር ዝደለየ በዓል ሃፍቲ ቅድሚያ ተዋሂቡዎ ውዕሉ ክማሓይሽ ይኽእል፣ ኣብ ካልኦት ምቕያር ኣይፍቀድን፣

3.መጠን መበገሲ ካፒታል ንዘራእቲ ንሓደ ሄክታር 20,000 ብር ብሄክታር ፣ ንመስኖ 200,000 ንሓደ ሄክታር ይኸውን፣

4.ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 19 ንኡስ ዓንቀፅ 6 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ፡ ትካል መንግስታዊን ዘይመንግስታዉን ማሕበራዊ ወይ ኢኮኖሚያዊ ትካላት መሰል ምጥቀም መሬት ፀኒዑ ዝፀንሕ፦

ሀ. መሰል ምጥቃም መሬት መንግስታዊ ትካል ዕድመ ልክዕ ፀኒዑ ይፀንሕ

ለ.መሰል ምጥቃም መሬት ዘይመንግስታዊ ትካል እቲ ትካል ክሳብ ዝፈርስ ፀኒዑ ዝፀንሕ ኮይኑ እንትፈርስ እቲ ከባቢ ንህዝብን መንግስትን ይወሃብ፣

ሐ.ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ ቅድሚ እቲ ትካል ምፍራሱ መንግስቲ ነቲ ቦታ ንዝበለፀ ጥቅሚ ህዝቢ እንተደሊዎ ካሕሳ ብምኽፋል ክርከቦ ይኽእል።



ይወሰናል፣

ረ. ቴክኖሎጂ ተጠቅሞ ከአዝርእት ወደ መስኖ መቀየር የሚፈልግ ባለሃብት ቅድሚያ ተሰጥቶት ውሉን ሊያሻሽል ይችላል። በሌሎች ግን መቀየር አይፈቀድም

3.የካፒታሉ መነሻ መጠን ለአዝርእት ለአንድ ሄክታር ብር 20,000 ብር፣ ለመስኖ ለአንድ ሄክታር 200,000 ብር ይሆናል፣

4.በአዋጁ አንቀፅ 19 ንኡስ አንቀፅ 6 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆነ ማሕበራዊ ወይም ኢኮኖሚያዊ ተቋም በመሬት የመጠቀም መብቱ ፀንቶ የሚቆየዉ፦

ሀ.የመንግስታዊ ተቋም በመሬት የመጠቀም መብት ዕድሜ ልክ ፀንቶ የሚቆየው።

ለ.መንግስታዊ ያልሆነ ተቋም በመሬት የመጠቀም መብት ፀንቶ የሚቆየዉ ተቋሙ እስኪፈርስ ፀንቶ የሚቆይ ሆኖ ሲፈርስ አከባቢዉ ለህዝብ ና መንግስት ይሰጣል፣

ሐ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ 2 የተደነገገዉ እንዳለ ሆኖ ተቋሙ ከመፍረሱ በፊት መንግስት ቦታዉን ለበለጠ የ ህዝብ ጥቅም ከፈለገዉ ካሳ በመክፈል ሊረከበው ይችላል።

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ 33፦ መፅናዕቲ ንኢንቨስትመንት ሕርሻ ዝውዕል መሬት**

ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 20 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ፡-

1. ትሕዝቶ ግራት ሓረስታይን መውዓሊ እንስሳን ዝምጥን መገሃጫ መሬት ኣብ ግምት ብምእታው ካብኡ ወፃኢ ዘሎ መሬት ሓባርን መንግስትን ብመፅናዕቲ ተፈልዩ ይቕመጥ፣
2. ኣብቲ መፅናቲ ዝተፈላለዩ ኣካላትን ሰብሞያታትን ክሳተፉ ይግበር፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣
3. ኢንቨስትመንት ሕርሻ ተባሂሉ ተፀኒዑ ኣብ መሬት ባንክ ዝተመዝገበ መሬት ካብ ኣፍልጦ ዝምልከቶ ኣካል ወፃኢ ንኻልእ ክውዕል ኣይኽእልን፣
4. እቲ መፅናዕቲ ብምትሕብባር ብዴስክ፣ ወረዳ፣ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ጣቢያን ዝምልከቶም ኣካላትን ይካየድ፣
5. ብመፅናዕቲ ዝተፈለየ መሬት ብኣግባቡን ብዓይነት ኢንቨስትመንቱን ኣብ ኮምፒዩተር ተመዝጊቡ ክትሓዝ ይግበር፣

**አንቀፅ 33፦ ለእርሻ ኢንቨስትመንት የሚውል መሬት ጥናት**

በአዋጁ አንቀፅ 20 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ፡-

1. የአርሶ አደር ማሳ ይዘትና ለእንስሳቱ መዋያ የሚመጥን የግጦሽ መሬት ግምት ውስጥ በማስገባት ከዛ ውጪ ያለ የጋራና የመንግስት መሬት በጥናት ተለይቶ ይቀመጣል፣
2. በሚደረገው ጥናት የተለያዩ አካላትና ባለሙያዎች እንዲሳተፉ ይደረጋል፣ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል፣
3. ለእርሻ ኢንቨስትመንትተብሎ ተጠንቶ በመሬት ባንክ የተመዘገበ መሬት ከሚመለከተው አካል እውቅና ውጪ ለሌላ ማዋል አይቻልም፣
4. ጥናቱ በወረዳ ዴስክ፣በቀበሌ መሬት አስተዳደር ኮሚቴና በሚመለከታቸው አካላት ትብብር ይካሄዳል፣
5. በጥናትየተለየ መሬት በአግባቡ እና በኢንቨስትመንቱ ዓይነት በኮምፒዩተር ተመዝግቦ እንዲያዝ ይደረጋል፣

**ዓንቀፅ 34፦ምትሕልላፍ ኢንቨስትመንት ሕርሻ**

ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 24 ዝተደንገገ ከም ዘሎ ኾይኑ ካብ መንግስቲ መሬት ገፀር ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ ዘለዎ መሰል ተጠቃምነት ዝማሓላለፍ፡-

**አንቀፅ 34፦የእርሻ ኢንቨስትመንት ማስተላለፍ**

በአዋጁ አንቀፅ 24 የተደነገገ እንዳለ ሆኖ ከመንግስት የገጠር መሬት የተከራየ ባለሃብት ያለው የተጠቃሚነት መብት የሚተላለፈው

www.abyssinialaw.com



1. ብውርሲ ወይ ካብ ባንኪ ወይ ትካላት ፋይናንስ ዝተለቀሐ ልቃሕ ብዘይምኽፋሉ ብዕዳ እንትተሓዝ
2. እቲ በዓል ሃፍቲ ካብ ባንኪ ወይ ትካላት ፋይናንስ ነቲ መሬት ብትሕጃ ኣትሒዙ ገንዘብ እንትልቃሕ፣
3. ገንዘብ ንበዓል ሃፍቲ ዘለቀሐ ባንኪ ወይ ፋይናንሳዊ ትካል መረጻእታ ሰነድ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ከተሓሕዝ ኣለዎ፣ እቲ ዝተለቀሐ በዓል ሃፍቲ ዕድኡ ክምልስ እንተዘይክኢሉ እቲ ባንኪ ወይ ትካል ፋይናንስ በቲ ዝተረፈ ዘበን ውዕሊ ክራይ መሬት ተረኪቡ ዘለቀሖ ገንዘብ ክሳብ ዝመልስ ባዕሉ ይኹን ኣካርዩ ክጥቀም ይኽእል፣
4. ዕድኡ ክምልስ ዘይከኣለ ተለቓሒ ምስ በዓል ሃፍቲ ዝነበረ ውዕሊ ተቐይሩ ብሽም ባንክ ወይ ትካል ፋይናንሰ ገንዘቡ ክሳብ ዝመልስ በቲ ዝተረፈ ጊዜ ክራይ ውዕሊ ዘመኑ ተሓዲሱ ክመሓላለፍ ይግበር፤ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን።
5. ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 14 ንኡስ ዓንቀፅ 10 ዝተደንገገ ከምዘለዎ ኾይኑ ወረስቲ ዝስዕብ መሰል ይህልዎም፦

ሀ. ካብ ሰብ ሓዳር ሓዲኦም እንተሞይቶም ብመሰረት ሕጊ ውርሲ መሰል ኢንቨስትመንት መዋቲ ዝወርሱ ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት

1. በውርስ ወይም ከባንክ ወይም ከፋይናንስ ተቋማት የተበደረውን ብድር ባለ መክፈሉ በእዳ ሲያዝ
2. ባለሃብቱ ከባንክ ወይም ከፋይናንስ ተቋሟች መሬቱን በዋስትና አስይዞ ገንዘብ ሲበደር፣
3. ለባለሃብት ገንዘብ ያበደረ ባንክ ወይም የፋይናንስ ተቋም የሰነድ ማስረጃ ከሚመለከተው ኣካል ማያያዝ ኣለበት፣የተበደረው ባለሃብት ዕዳው መመለስ ካልቻለ ኣበዳሪው ባንክ ወይም ፋይናንሳዊ ተቋም ገንዘቡ እስኪመልስ ለቀሪው የክራይ ውል ዘመን መሬቱን ተረክቦ ራሱ ይሁን ኣከራይቶ ሊጠቀምበት ይችላል፣
4. ዕዳውመመለስ ያልቻለ ተበዳሪ ገንዘብ እስኪ መለስ በባለሃብት የነበረ የመሬት ውል ተቀይሮ ለተቀረው የኪራይ ውል ዘመን በኣበዳሪ ባንክ ወይም የፋይናንስ ተቋም ስም ታድሶ እንዲተላለፍ ይደረጋል። ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል።
5. በኣዋጁዓንቀፅ 14 ንኡስ ዓንቀፅ 10 የተደነገገ እንዳለ ሆኖ፣ወራሾች የሚከተለውን መብት ይኖራቸዋል፦

ሀ. ከባለትዳሮች ኣንዳቸው ከሞተ በውርስ ህግ መሰረት የመዋቹ የኢንቨስትመንት መብት የሚወርሱ እድሚያቸው ከ18

www.abyssinialaw.com



እንተኾይኖም እቲ ኢንቨስትመንት ሕርሻ በቲ ብሂወት ዘሎ ወላዲኦም እናተመርሐ ይቕፅል፡ ወረስቲ መሰል ኢንቨስትመንት ዕድሚኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን እንተኾይኖም ምስቲ ብሂወት ዘሎ ወላዲኦም በሽርክና ክቅፅሉ ይግበር፣ መሬት ኢንቨስትመንት ምምቃል ግና ኣይካኣልን፣

ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5/ሀ/ ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ ክልቲኦም ሰብ ሓዳር እንትሞቱ ደቆም ሕጋዊ ወረስቲ ምዃኖም ዉሳነ ቤት ፍርዲ የቕርቡ፤ ኮይኑ ግና መሬት ኢንቨስትመንት ስለዘይመቓቐል ብሓባር ስምምዕነት ወይ ብሽርክና ክቕፅሉ ይግበር፣

ሐ. ሕጋውያን ወረስቲ ብስምምዕነት ክንጥቀም ኢና ዝብሉ እንተኾይኖም ኣብ ምዝገባን ምርግጋፅን ሰነዳት ዝፀደቐ ሰነድ ስምምዕነት ኣብ ዝምልከቶ ኣካል ከተሓሕዙ ኣለዎም፣

መ. ወረስቲ ብሽርክና ዝቕፅሉ እንተኾይኖም መመስረቲ ፅሑፍ፣ ሓዱሽ ፕሮጀክት ፕሮፖዛልን ስቴትመንት ባንኪ ሽዱሽተ ወርሒን ክቕርቡ ይግበር፣ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣



ኣመት በታች ከሆኑ የእርሻ ኢንቨስትመንቱ በህይወት ካለው ወላጃቸው እየተመራ ይቀጥላል፣ የኢንቨስትመንት መብቱ ወራሾች እድሚያቸው 18 ዓመትና በላይ ከሆኑ በሂወት ካለው ወላጃቸው በሽርክና እንዲቀጥሉ ይደረጋል፣ የኢንቨስትመንት መሬቱ ግን መከፋፈል ኣይቻልም፣

ለ. በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 5/ሀ/ የተደነገገው እንዳለ ሆኖ ሁለቱም ባለትዳሮች ሲሞቱ ልጆቻቸዉ ህጋውያን ወራሾች መሆናቸውን የሚያረጋግጥ የውሳኔ ማስረጃ ከፍርድ ቤት ያቀርባሉ፤ ይሁን እንጂ የኢንቨስትመንት መሬት ስለማይከፋፈል በጋራ ስምምነት ወይም በሽርክና እንዲቀጥሉ ይደረጋል፣

ሐ. ህጋውያን ወራሾች በስምምነት እንጠቀማለን የሚሉ ከሆነ በሰነዶች ምዝገባ ማረጋገጫ የፀደቀ የውል ስምምነት በሚመለከተው ኣካል ማያያዝ ኣለባቸው፣

መ.ወራሾች በሽርክና የሚቀጥሉ ከሆነ የመቋቋሚያ ፅሑፍ፣አዲስ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል እና የስድስት ወር የባንክ እስቴትመንት እንዲያቀርቡ ይደረጋል፣ ዝርዝሩ በመመርያ ይወጣል፣

www.abyssinialaw.com



ረ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 ፊደል ሀ'ን'ለን ከምዘሎ ኾይኑ ካብ ወረስቲ ገሊኦም ብሽርክና ክንቅፅል ኣይንደልን እንተይሎም እቲ መሬት ክመቃቐል ብሕጊ ስለ ዘይፍቀድ እቶም ዝተረፉ ብሽርክና ይቅፅሉ፣ እቶም ብሽርክና ክቅፅሉ ዝደልዩ ነቶም ኣይንደልን ዝበሉ ግምት ይኽፍልዎም፣ ኩሎም ብሽርክና ክንቅፅል ኣይንደልን እንተይሎም ግና እቲ መሰል ኢንቨስትመንት ባዕሎም ፈትዮም ከምዝገደፍዎ ተሓሲቡ እቲ መሬት ንመንግስቲ ኣታዊ ይግበር

**ዓንቀፅ35፦ <u>ምምሕያሽን ምስፍሕፋሕን መሬት ገፀር ኢንቨስትመንት ሕርሻ</u>**

ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 25 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ መሬት ኢንቨስትመንት ሕርሻ ምስፋሕ ይኹን ምምሕያሽ ዝፍቀድ፡-

1. ብመሰረት ዝኣተዎ ውዕሊ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ልዕሊ 90% ኣብ ተግባር ዘውዓለ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ንዝተደንገገ ኣማሊኡ ዝፈፀመ ምዃኑ ብኪኢላ እንትረጋገፅ፣
3. ሓዱሽ ቴክኖሎጂ ዘተኣታተወ፣
4. ዝልዓለ ካፒታል ዘመዝገበ፣
5. ብዕደጋ ተጠላብን ዝለዓለ ሽርፌ ወፃኢ ዘርክቡ ዘራእትን ፍርያትን ዘተኣታተወ፣

ረ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 5 ፊደል ሀ እና ለ እንዳለ ሆኖ ከወራሾች ግማሾቹ በሽርክና ለመቀጠል አንፈልግም ካሉ የኢንቨስትመንቱ መሬት ሊከፋፈል በህግ ስለ ማይፈቀድ የቀሩት በሽርክና ይቀጥላሉ፣ በሽርክና ለመቀጠል፣ ፍላጎት ያላቸው አንፈልግም ላሉት ግምት ይከፍሉዋቸዋል፣ ሁሉም በሽርክና ለመቀጠል አንፈልግም ካሉ የኢንበሽትመንት መብት ራሳቸዉ ወድው እንደተውት ታስቦ መሬቱ ለመንገስት ገቢ ይደረጋል

**አንቀፅ 35.<u>የገጠር የእርሻ ኢንቨስትመንት መሬት ማሻሻል እና ማስፋፋት</u>**

በአዋጁ ዓንቀፅ 25 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ የእርሻ ኢንቨስትመንት መሬት ለማሻሻል ይሁን ለማስፋፋት የሚፈቀድው፡-

1. በፕሮጀክት ፕሮፖዛል መሰረት የገባው ውል ከ 90% በላይ በተግባር ያዋለ፣
2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 የተደነገገውን አማልቶ የፈፀመ መሆኑን በባለሙያ ሲረጋገጥ፣
3. አዲስ ቴክኖሎጂ ያስገባ፣
4. ከፍተኛ ካፒታል ያስመዘገበ፣
5. በገበያ ተፈላጊና ከፍተኛ የውጭ ምንዛሬ የሚያስገኙ አዝርእትና የአዝርእት ውጤቶችን ያስገባ፣

www.abyssinialaw.com



6. ኣብ ምቅራፍ ስእነት ስራሕ ዓቢይ ግደ ዘለዎ ፣
7. መርኣያ ሓረስቶት እቲ ከባቢ ብምዃን ቴክኖሎጅን ተሞክሮን ዘተሓላልፍ ፣
8. ኣብ ልምዓት ኢንቨስትመንት ዝተዋፈረ በዓል ሃፍቲ መፅናዒ ገምጋም ፅልዋ ስነ-ከባቢ ብዝግባእ ኣዳልዩ ዘቕርብ፣
9. ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 22 ከምኡውን ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 42 ዝተደንገጉ ግቡኣት ብኣግባቡ ዝፈፀመ ምዃኑ እንትረጋገፅ፣
10. ልዕል ኢሎም ንዝተዘርዘሩ ዘጠቓለለ መመሓየሽን መስፋሕፍሕን ሓዱሽ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ዘቕረበ። ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣
11. መሬት ኢንቨስትመንት ኣብ መሬት ባንኪ ይቕመጥ፤ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 36.<u>ን ኢንቨስትመንት ሕርሻ ዝውዕል ኪራይ መሬት ገፀር ምርካብ</u>**

ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 21 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል "ሀ" ን"ለ" ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ፣-

1. ኣብ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ክዋፈር ዝደለ በዓል ሃፍቲ ሕቶ እንተቕርብ ካብቲ ተፀኒዑ ኣብ ባንኪ መሬት



6.ስራ እጥነትን በማስወገድ ረገድ ከፍተኛ ሚናያለዉ ፣
7.ለአከባቢው አርሶ አደር ተምሳሌት በመሆን ቴክኖሎጂና ተሞኩሮ የሚያስተላልፍ፣
8. በኢንቨስትመንት ልማት የተሰማራ ባለሃብት የአከባቢ ተፅእኖ ግምገማ ጥናት በሚገባ አዘጋጅቶ የሚያቀርብ፣
9.በአዋጁ ዓንቀፅ 22 እና በዚህ ደንብ ዓንቀፅ 42 የተደነገጉ ግዴታዎች በአግባቡ የፈፀመ መሆኑ ሲረጋገጥ፣
10. ከላይ የተዘረዘሩትን ያጠቃለለ አዲስ የመሻሻያና የማስፋፋት ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ያቀረበ፣ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል፣
11. የኢንቨስትመንት መሬት በመሬት ባንክ ይቀመጣል፤ዝርዝሩ በመመርያ ይወሰናል።

**ኣንቀፅ 36. <u>ለእርሻ ኢንቨስትመንት የሚውል የገጠር መሬት ኪራይ ማግኘት</u>**

በአዋጁ ዓንቀፅ 21 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል "ሀ"ና "ለ" የተደነገገ እንዳለ ሆኖ፣

1. በእርሻ ኢንቨስትመንት ሊሰማራ የሚፈልግ ባለሃብት ጥያቄ ሲያቀርብ ተጠንቶ በመሬት ባንክ ከተቀመጠው

ዝተቐመጠ ዝፍቀደሉ ኮይኑ ኣድለይቲ ረቛሒታት ከማልእ ይግበር፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ ን ኢንቨስትመንት ሕርሻ ዝውዕል መሬት ንምርካብ ሕቶ ኣብ ዝቐርበሉ እዋን በዓል ሃፍቲ ከማልኦም ዝግበኦም ረቛሒታት፦

ሀ. ዓይነትዘካይዶ ኢንቨስትመንት ብንፁር ምቕማጥ፣

ለ. መረዳእታ መሰረት ዝገበረ ድጋፍ ካብ ልምዓት ኮሪደር ዞባ ወይ ዴስክ ወረዳ ዘቕርብ፣

ሐ.መፅናቲ ገምጋም ፅልዋ ስነ-ከባቢ ዘቕርብ፣

መ. ኣብ ኢንቨስትመንት ከውዕሎ ዝኽእል እኹል ካፒታልን ዝጥቀሞ ዓይነት ቴክኖሎጂን ብመፅናዕቲ ዝተደገፈ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ዘቕረበ፣

ረ. ብሽሙ ወይብሽም ትካሉ ዝፍለጥንዓቅሙ ዝገልፅን ንመበገሲ ብውሕድ ንሽድሽተ ወርሒ ዘንቀሳቕሶ መረዳእታ ሒሳብባንኪ ዘቕርብ፣

**ዓንቀፅ 37፦ <u>ትሕዝቶ ውዕሊ ሰነድ ኢንቨስትመንት ሕርሻ መሬት ገፀር</u>**

1. ዝምልከቶ ኣካል ንኣሳልጦ ስራሕ ውዕሊ ዝሕግዙ ሰነዳት ከዳሉ ይኽእል፣

የሚፈቀድለት ሆኖ አስፈላጊ መመዘኛዎች እንዲያሟላ ይደረጋል፣

2.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ ለእርሻ ኢንቨስትመንት የሚውል መሬት ለማግኘት ጥያቄ በሚቀርብበት ጊዜ ባለሃብቱ ሊያሟላቸው የሚገቡ መመዘኛዎች፣

ሀ.የሚያካይደው የኢንቨስትመንት ዓይነት በግልፅ ማስቀመጥ፣

ለ.ማስረጃ መሰረት ያደረገ ድጋፍ ከዞን ልማት ኮሪደር ወይም ከወረዳ ዴስክ የሚያቀርብ፣

ሐ. የአከባቢ ተፅዕኖ ግምገማ ጥናት የሚያቀርብ፣

መ. በኢንቨስትመንት ሊያውለው የሚችል በቂ ካፒታል፣ የሚጠቀመው ዓይነትቴክኖሎጂ እና በጥናት የተደገፈ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ያቀረበ፣

ረ. ዓቅሙ የሚገልፅናለመነሻ በስሙ ወይም በድርጅቱ ስም የሚታወቅ ቢያንስ ለስድስት ወር የሚያንቀሳቅሰው የባንክ ሂሳብ ማስረጃ የሚያቀርብ፣

**አንቀፅ 37፦ <u>የገጠር የእርሻ ኢንቨስትመንት መሬት ውል ሰነድ ይዘታ</u>**

1.የሚመለከተው አካል ስራን ለማሳለጥ የሚያግዙ የውል ሰነዶች ሊያዘጋጅ ይችላል፣

www.abyssinialaw.com



2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 በዓል ሃፍቲ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ዝገብሮ ውዕሊ ኪራይ መሬት ኣብቲ ዝዳሎ ሰነድ እዞም ዝስዕቡ ዘማልእ ክኸውን ኣለዎ፡-

ሀ. ሽምን ኣድራሻን ተወዓዓልቲ ወገናት፣

ለ. ስፍሓት መሬት፣ ዝርከበሉ ከባቢ ንመዋሰንቱን፣

ሐ. ውዕሊ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ እዋን ፣

መ. በብዓመቱ ዝኸፈል መጠን ኪራይ መሬት፣

ረ. ግቡኣትን መሰላትን ተወዓዓልቲ ወገናት፣

ሰ. እቲ መሬት ንዝተሓሰበሉ ዕላማን ዓይነት ኢንቨስትመንትን ዝውዕል ምዃኑ፣

ዓንቀፅ 38፦ ምእሳር ውዕሊ ኢቨስትመንት ሕርሻ

ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 23 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ፡-

1. እቶም ኣድለይቲ ረቛሒታት ምስ ተማልኡ ውዕሊ ሕርሻ ኢቨስትመንት ብዝምልከቶ ኣካል ጥራሕ ይፍፀም፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ውዕሊ ኣብ ምዝገባን ምርግጋፅን ሰነዳት ምስ ፀደቐ ተግባራዊ ይኸውን፣

3. ውዕሊ ብዝምልከቶ ኣካል ተኣሲሩ ኣብ ምዝገባን ምርግጋፅን ሰነዳት ምስ



2.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ1 መሰረት ባለሃብት ከሚመለከተው አካል የሚያደርገው የመሬት ኪራይ ውል በሚዘጋጀዉ ሰነድ የሚከተሉትን ያሟላ መሆን አለበት፡-

ሀ. የተዋዋይ ወገኖች ስምና አድራሻ፣

ለ. የመሬቱ ስፋት፣የሚገኝበት አከባቢ እና አዋሳኙ፣

ሐ. ውሉ ፀንቶ የሚቆይበት ጊዜ፣

መ. በየአመቱ የሚከፈል የመሬት ኪራይ መጠን፣

ረ. የተዋዋይ ወገኖች መብቶችና ግዴታዎች፣

ሰ.መሬቱ ለታሰበለት አላማና የኢንቨስትመንት አይነት የሚውል መሆኑን ፣

አንቀፅ 38 ፦የእርሻ ኢንቨስትመንት ውል ማሰር

በአዋጁ አንቀፅ 23 የተደንገገው እንዳለሆኖ፡-

1. አስፈላጊ መመዘኛዎች እንደተሟሉ የእርሻ ኢንቨስትመንት ውል በሚመለከተው አካል ብቻ ይፈፀማል፣

2.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደንገገው እንዳለ ሁኖ በሰነዶች ምዝገባና ማረጋገጫ ከፀደቀ በኋላ ተግባራዊ ይሆናል፣

3.ውሉ በሚመለከተው አካል ታስሮ በሰነዶች ምዝገባና ማረጋገጫ ከፀደቀው

www.abyssinialaw.com



ፀደቓ ስፍሓት መሬት ተነፂሩ መረጋገፂ ሰነድን መሰነይታ ደብዳቤን ከወሃብ ብምግባር እቲ ውዕሊ ሰነድ ኣብ ክልል፣ ወረዳን ጣብያን መሬት ምምሕዳር ዝቕመጥ ይኾውን፣

4. ንሓፂር እዋን ውዕሊ ኣሲሩ ዝነበረ በዓልሃፍቲ ኣብ ሓፂር እዋን ውዕሉ ወዲኡ ዘድሊ ረቛሒ ዘማልአ ምዃኑ ምስተረጋገፀ ውዕሉ ክሐድስ ዝኽእል ኮይኑ፤ እዚ ደንቢ ድሕሪ ምውፅኡ ውዕሉ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ እንተዘይ ተሓዲሱ ዉዕሊ ከምዝተቋረፀ ተሓሲቡ ዝሓዞ መሬት ይምንጠል ፣

5. ኣብ መንጎ መካረይን ተካራይ በዓል ሃፍቲን ዝግበር ውዕሊ ኪራይ መሬት ገፀር ድንጋገታት ሕጊ ምምሕዳር ውዕሊ ኢትዮጵያ ተፈፃምነት ይህልዎም።

6.ገደብ ግዘ ውዕሊ፡-

ሀ. ዘራእቲ ክሳብ 25 ዓመት፣

ለ. መስኖ ካብ 20-40 ዓመት፣

ሐ. ባህላዊ መዘናግዒ ክሳዕ 50 ዓመት፣

መ. ካልኦት ብመምርሒ ይውሰን፣

ዓንቀፅ 39.<u>መሰል ኣካራይ</u>

1. ብሽርክና ይኹን ብማሕበር ተወዲቡ ንኢንቨስትመንት ሕርሻ መሬት ዝተውሃቦ ሰብ ካብ ኣፍልጦ ዝምልከቶ



ስፋት መሬት ተለክቶ የመረካከብያ ሰነድ እና መሸኛ ደብዳቤ እንዲሰጥ በማድረግ፣ የውል ሰነዱ በክልል፣በወረዳ እና በቀበሌ መሬት አስተዳደር የሚቀመጥ ይሆናል፣

4.ለአጭር ጊዜ ውል ፈፅሞ የነበረ ባለሃብት ውሉንጨርሶ አስፈላጊ መመዘኛዎች ያሟላ መሆኑን ከተረጋገጠ ውሉን ማደስ የሚችልሆኖ፤ ይህ ደንብ ከመውጣቱ በኋላ ውሉ በስድስት ወር ውስጥ ካላሳደሰ ውሉ እንደተቋረጠ ተቆጥሮ የያዘዉ መሬት ይነጠቃል ፣

5.በአካራይና ተካራይ ባለሃብት መካከል የሚደረግ የገጠር መሬት ኪራይ ውል የኢትዮጵያ የአስተዳደር ውል ህግ ድንጋጌዎች ተፈፃሚነት ይኖሯቸዋል፣

6.የውል ጊዜ ገደብ፡-

ሀ. የአዝርእት እስከ 25 ዓመት፣

ለ. ለመስኖ ከ20 -40 ዓመት፣

ሐ. ለባህላዊ መዝናኛ እስከ 50 ዓመት፣

መ ሌሎች በመመሪያ ይወሰናል፣

አንቀፅ 39. <u>የአከራይ መብት</u>

1. በሽርክና ይሁን በማህበር ተደራጅቶ የእርሻ ኢንቨስትመንት መሬት የተሰጠው ሰዉ ከሚመለከተው አካል

www.abyssinialaw.com



ኣካል ወፃኢ መስረቲ ኣባላት እንትቕይር ውዕሊ ምቁራፅ ይኽእል፣

2. ኣግባብ ኣፈፃፅምኡን ውዕሊቱን እቲ ኢንቨስትመንት ምክትታልን ምቁፅፃርን፣

3. ተኻራያይ ብመሰረት ፕሮጀክት ፕሮፖዛሉን ብቴክኖሎጂን ተጠቒሙ እንተዘየልመዐ ውዕሊ ካብ ዝኣተዎ መሬት ብኽፋል ክንክይ ይኽእል፣

4. ተኻራያይ ብመሰረት ዝኣተዎ ውዕሊ ግቡኡ እንተዘይፈፂሙን ኣብቲ መሬት ጉድኣት እንተበፂሑን ውዕሊ ከቋርፅ ይኽእል፣

5. ብመሰረት ዝተቐመጠ ውዕሊ ክፍሊት ኪራይ መሬት ክእከብ ምግባርን ግዘ ኣሕሊፉ ንዝኽፈል በዓል ሃፍቲ ባንኪ ወለድ ብምውሳኽ ክኽፍል ምግባር፣

6. ዘይግበኦን ካብ ውዕሊ ወፃኢን መሬት ዝሓዘ ተኻራያይ ናብ ዝምጥኖ ኣውሪድካ ውዕሊ ምእሳርን ንዝተጠቐመሉ ትርፊ መሬት ኪራይን ብዘይኣግባብ ካብ ዝሓዘ መሬት ዝረኸቦ ጥቕሚ ብበዓል ሞያ ተገሚቱ ክኽፈልን ብገበን ክሕተትን ምግባር፣

7. መንግስቲ ንዘካረዮ መሬት ንዝበለፀ ወይ ንፍሉይ ስራሕቲ እንተደልዮ ዝነበረ ውዕሊ ምስራዝ መሰል ይህልዎ፣

**ዓንቀፅ 40.ግቡእ ኣካራዪ**

1. ብመሰረት ዝተፈፀመ ውዕሊ



እውቅና ውጪ መስራች ኣባላት ሲቀየሩ ውል ማቋረጥ ይችላል፣

2. የኢንቨስትመንት ኣፈፃፀም፣ ኣገባብና ውጤቱን መከታተልና መቆጣጠር፣

3. ተከራይ በፕሮጀክት ፕሮፖዛሉ መሰረት እና ቴክኖሎጂ ተጠቅሞ ካላለማ ውል ከገባበትመሬት ውስጥ በከፊል መቀነስ ይችላል፣

4. ተካራይ በገባበት ውል መሰረት ግዴታውን ካልፈፀመና በመሬት ጉዳት ካደረሰ ውል ማቋረጥ ይችላል፣

5. የመሬት ኪራይ ክፍያ በተቀመጠው ውል መሰረት እንደሰበሰብ ማድረግና ጊዜ ኣሳልፎ የሚከፍልባለሃብት የባንክ ወለድ ጨምሮ እንዲከፍል ማድረግ፣

6. የማይገባውና ከውል ውጪ መሬት የያዘ ተካራይ የዓቅሙን መሬት በመስጠት ውል ማሰርና ለተጠቀመው ትርፍ መሬት ኪራይ ፣ ያለኣግባብ ከያዘው መሬት ያገኘው ጥቅም በባለሞያ ተገምቶ እንዲከፈልና በወንጀል እንዲጠየቅ ማድረግ፣

7. መንግስት ያከራየው መሬት ለበለጠ ወይም ለተለየ ስራ ሲፈልገው ውል የመሰረዝ መብት ኣለው፣

**አንቀፅ 40.የአካራይ ግዴታ**

1. በተፈፀመ ውል መሰረት የመሬቱ

www.abyssinialaw.com



መዋሰኒ መሬት ከሊሉን ኣረጋጊፁን ብእዋኑ ንተኸራያይ ምርካብ፣

2. ኣብቲ መሬት ብሳልሳይ ወገን ንዝቐርብ ሕቶ ንባዓል ሃፍቲ ሓላፊ ምዃን፣

3. ዝምልከቶ ኣካል ንበዓል ሃፍቲ ዝተተመነሉ ክፍሊት ክኸፍል ብምግባር ሳይት ፕላን ኣዳልዩ ምሃብ፣

4. መንግስቲ ንበዓል ሃፍቲ ክማለኣሉ ዝግባእ ድጋፋት ብዝምልከቶ ኣካል ኣቢሉ ክፍፀመሉ ምግባር ግቡእ ይህልዎ።

ዓንቀፅ 41.<u>መሰል ተኸራያይ</u>

1. ብዉዕሊ ኪራይ ዝረኸቦ መሬት ምጥቃም፣

2. ብመሰረት እቲ ውዕሊ መሬት ብእዋኑ ምርካብ፣

3. ብውዕሊ ኪራይ ዝረኸቦ መሬት ምጥቃምን ካብ ባንክን ትካላት ፋይናንስን እንትልቃሕ ብውሕስና ምትሓዝን፣

4. ተኻራያይ እንትመውት ወረስቲ መሬት ከይመቓቐሉ በቲ ዝተረፈ ግዘ ውዕሊ ምቕፃል፣

5. ብእዋኑ መሬት ዘይተረከበ እንተኾይኑ ነቲ ውዕሊ ከቋርፅ መሰል ኣለዎ።



ኣዋሳኝ በመከለልና በማረጋገጥ ለተከራይ በጊዜ የማስረከብ፣

2. መሬት አስመልክቶ በሶስተኛ ወገን ለባለሃብት የሚቀርብ ጥያቄ ሃላፊነት መውሰድ፣

3. የሚመለከተው ኣካል ለባለሃብት የተተመነለት ክፍያ እንዲከፍል በማድረግ ሳይትፕላን ኣዘጋጅቶ የመስጠት፣

4. መንግስት ለባለሃብት ሊያሟላለት የሚገቡ ድጋፎች በሚመለከተው ኣካል በኩል እንዲፈፀሙለት የማድረግ ግዴታ ይኖረዋል፣

ዓንቀፅ 41. የተ<u>ከራይ መብት</u>

1. በኪራይ ውል ያገኘውን መሬት መጠቀም፣

2. መሬቱ በውሉ መሰረት በጊዜ የመረከብ፣

3. በኪራይ ውል ያገኘውን መሬት የመጠቀምና ከባንክና ከፋይናንስ ተቋሞች ሲበደር በዋስትና የማስያዝ፣

4. ተከራይ ሲሞት ወራሾች መሬቱን ሳይከፋፈሉ በቀረው የውል ጊዜ የመቀጠል፣

5. መሬቱ በወቅቱ ያልተረከበ ከሆነ ውሉን የማቋረጥ መብት አለው፣

www.abyssinialaw.com



## ዓንቀፅ 42.ግቡእ ተኻራያይ

ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 22 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ፡-

1.ዝተኻረየ መሬት ብመሰረት ዘዳለዎ ፕሮጀክት ፕሮፖዛልን ውዕልንዝተሓሰበሉ ዕላማ ክውዕል ምግባር፣

2.መሬት ንምልማዕ ዝጠቕሙ በብእዋኑ ተመሓይሾም ዝወፁ ዘመናዊ ቴክኖሎጂታት ንእታዎታትን ብኣግባቡ ብምጥቃም ዕድል ስራሕ ምፍጣር፣

3.መፍለይ ኮንክሪት ፖስት ምክንኻን እንተወዲቑ ምትካልን ምዕጋንን፣

4. መፍለይ መንገዲ ምኽባርን ምሕላውን ፣

5. ምክያድ መፅናዕቲ ገምጋም ፅልዋ ስነ-ከባቢ ፣

6.መሬት ካብ ዝተረከበሉ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ብመሰረት እቲ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ስራሕቲ ምጅማር፣

7.ኣብቲ መሬት ካብ ዝርከቡ ኣግራባት ንዝህከብ እቶት ክፍሊት ሮያሊቲ ምኽፋል፣

8.ክፍሊት ኪራይ ዝተኻረየ መሬትን ትርፋ ትርፉን ብእዋኑ ምኽፋል፣ኣታዊን ወፃኢን መዝገብካ ብምሓዝ ናብ ዴስክ ወረዳ እቲ ከባቢ ሪፖርት ምቕራብ፣

9.ንምልማዕ መሬት ዝሕግዙ ስነ-ሂወታዊን



## አንቀፅ 42.የተከራይ ግዴታ

በአዋጁ አንቀፅ 22 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ፡-

1. የተካራየው መሬት ባዘጋጀው ፕሮጀክት ፕሮፖዛል እና ውል መሰረት ለታሰበለት ኣላማ እንዲውል ማድረግ፣

2. መሬት ለማልማት የሚጠቅሙ በየጊዜው ተሻሽለው የሚወጡ ቴክኖሎጂዎችና ግብአቶች በአግባቡ በመጠቀም የስራ ዕድል መፍጠር፣

3. መለያ ኮንክሪት ፖስት መንከባከብ፣ ሲወድቁ የመትከል እና የመጠገን፣

4. መለያ መንገድ የመጠበቅ እና የማክበር፣

5. የአከባቢ ተፅእኖ ግምገማ ጥናት የማካሄድ፣

6. በፕሮጀክት ፕሮፖዛል መሰረት መሬት በተረከበ በስድስት ወር ጊዜ ውስጥስራ የመጀመር፣

7. በመሬቱ ላይ ከሚገኙ ዛፎች ለሚገኝ ምርት የሮያሊቲ ክፍያ የመክፈል፣

8. ከተከራየው መሬት የክፍያና የትርፍ ትርፍ ክፍያ መክፈል፣ገቢና ወጪ መዝገቦ በመያዝ ለአከባቢው ወረዳ ዴስክ ሪፖርት የማቅረብ፣

9. መሬት ለማልማት የሚያግዙ ስነ-

www.abyssinialaw.com



ፊዚካላዊን ስራሕቲ ምስራሕ፣

10.ካብ ባልዓትን ፃህያትን ንምክልኻል ክብሉ ዝጥቀምዎም ኬሚካላትን መሳርሒታትን ሕብረተሰብን እንስሳን እቲ ከባቢ ብዘይጎድእ መልክዑ ምኽዛን፣ ምጥቃምን ምውጋድን፣

11.ካብ ወሰን ጉህሚታትን ሩባታትን ሰለስተ ሜትሮ ሪሒቕካ ምጥቃም፣

12.ኣብ ትሕዝቶ መሬቱ ብተፈጥሮ ዝቦቐሉ ኣግራብ እንተሃልዮም ኣብ ውሽጢ ሓደ ሄክታር እንተወሓደ 40 ኣግራብ ከይቆረፀ ክገድፍን ዝቦቐሉ እንተዘይሃልዮም ድማ 40 ፈልሲ ብምትካል ምክንኻንን ግቡእ ኣለዎ፣

13.ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 22 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ ፦

ሀ. ኣጠቓቕማ እቲ መሬት ብዝናብ ዝለምፅ ዝነበረ እንተኾይኑን ብዘበናዊ መስኖ ንምልማፅ ሕቶ ቀሪቡ ብዝምልከቶ ኣካል ተቀባልነት እንተረኺቡ፣

ለ. እቲ በዓል ሃፍቲ ዘፍረዮ ፍርያት ንምምሕያሽ ዝሕግዙ ተወሳኺ ኢንቨስትመንት ፣ዘመናዊ ቴክኖሎጂን ዝለዓለ ካፒታልን ተጠቒሙ ብዕዳጋ ተጠላብን ዝለዓለ ሸርፊ ወፃኢ ዘርክብን ዘራእትን ፍርያትን ዘተኣታተወን ስእነት ስራሕ ንምቅራፍ ዝሕግዝ ፕሮጀክት



ሂወታዊና ፊዚካላዊ ስራዎች መስራት እና የአፈርና ውሃ ጥበቃ ፣

10. ተባይና አረም ለመከላከል ብለው የሚጠቀሙባቸው ከሚካሎች እና የከሚካል መሳርያዎች ለአከባቢው ሕብረተሰብ እና እንስሳት በማይጎዳ መልኩ የማስቀመጥ፣ የመጠቀምና የማስወገድ፣

11. ከቦረቦሮችና ወንዞች ዳር ሶስት ሜትር ርቆ መጠቀም፣

12. በመሬቱ ይዞታ በተፈጥሮ የበቀሉ ዛፎች ካሉ ቢያንስ በአንድ ሄክታር ውስጥ 40 ዛፎች ሳይቆርጥ መተው እና የበቀሉ ከሌሉ ደግሞ 40 ችግኝ በመትከል የመንከባከብ ግዴታ አለበት፣

13. በ አዋጁ አንቀፅ 22 ንኡስ አንቀፅ 3 የተደነገገዉ እንዳለ ሆኖ ፦

ሀ. የመሬቱ አጠቃቀም በ ዝናብ የሚለማ ከነበረና በዘመናዊ መሰኖ ለ ማልማት ጥያቄ ቀርቦ በሚመለከተዉ አካል ተቀባይነት ካገኘ፣

ለ. ባለሃብቱ የሚያፈራውን ምርት ለማሻሻል የሚያግዙ ተጨማሪ ኢንቨስትመንት፣ ዘመናዊ ቴክኖሎጂና የላቀ ካፒታል ተጠቅሞ በገበያ ተፈላጊና የላቀ የውጭ ምንዛሪ የሚያስገኝ የሰብል ምርት ያስተዋወቀ፣ ስራ እጥነት ለማጥፋት

www.abyssinialaw.com

ገፅ62 ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ደንቢ ቑ 85/2006 ገፅ 62 የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ደንቢ ቁ 85/2006

ፕሮፖዛል እንተቕርብን በብደረጅኡ ብዘሎ በዓል ሞያ ተገምጊሙ ምስ ተረጋገፀን ብዉዕሊን መረዳእታን ተቐባልነት እንተረኺቡን፣

ሐ. ውዕሊ ማሕበር ወይ ሽርክና ክእሰር ወይ ክመሓየሽ ዝኽእል አብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 13 ካብ ፊደል "ሀ" ክሳብ "ሐ"ብዘሎ አግባብ ጥራሕ ኾይኑ ካብ አፍልጦ ወሃቢ ውዕሊ ወፃኢ ዋላ እኳ እቲ ዉዕሊ አብ ምዝገባን ምርግጋፅን ሰነዳት እንተፀደቐ አብ መተሓዳደሪ ደንቦም ካብ ዝርከቡ አባላት ወፃኢ ካልኦት ዝቐየሩን ዝወሰኹን እንተኾይኖም ተቐባልነት የብሉን።

## ዓንቀፅ 43፦ዘበን ክፍሊትን ተመን ኪራይን መሬት ገፀር

1.ተመን ክፍሊት ኪራይ መሬት ገፀርን ዘበን ክፍሊትን ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን

## ዓንቀፅ 44፦ምቁራፅ ውዕሊ ኪራይ መሬት ገፀር

1. ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 26ን እዚ ደንቢን መሰረት ኣብ ውዕሊ ዝተቐመጡ ግቡኣት ዘይፈፀመ በዓል ሃፍቲ ውዕሊ ክራይ መሬት ገፀር ክቋረፅ ይኽእል፣
2. በዓል ሃፍቲ ውዕሊ ኪራይ መሬት ገፀር ብፍቓዱ ክቋርፅ ይኽእል፤ ኮይኑ ግን ብክራይ ኣብ ዝሓዞ መሬት ንዘብፅሖ ጉድኣት ተሓታቲ ይኸውን። ዝርዝሩ

የሚያገዝ ፕሮጀክት ያቀረበና በየ ደረጃዉ ባለው ባለሙያ ተገምግሞ ሲረጋገጥና በዉልና ማስረጃ ተቀባይነት ሲያገኝ፣

ሐ. የማሕበር ወይም የሽርክና ዉል ሊታሰር ወይም ሊሻሻል የሚችለዉ በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 13 ከ "ሀ" እስከ "ሐ" ባለዉ አግባብ ብቻ ሆኖ ከ ዉል ሰጪ እዉቅና ዉጪ ምንም እንኳን ዉሉ በሰነዶች ምዝገባና ማረጋገጫ የፀደቀ ቢሆንም በመተዳደርያ ደንባቸዉ ከሚገኙ አባሎች ዉጪ ሌሎች የቀየሩና የጨመሩ ከሆኑ ተቀባይነት የለዉም።

## አንቀፅ 43፦የገጠር መሬት የኪራይ ተመን እና የክፍያ ዘመን

1. የገጠር መሬት ኪራይ የክፍያ ተመንና የክፍያ ዘመን በሚወጣው መመሪያ ይወሰናል፣

## አንቀፅ 44፦ የገጠር መሬት ኪራይ ውል ማቋረጥ፣

1. በአዋጁ ዓንቀፅ 26 እና በዚህ ደንብ መሰረትበዉልየተቀመጡግዴታዎችንያ ልፈፀመባለሃብትየገጠር መሬት ውል ኪራይ ሊቋረጥ ይችላል።
2. የገጠር መሬት ኪራይ ዉልባለሃብት በፍቃዱ ማቋረጥ ይችላል፤ሆኖም በተከራየው መሬት ያደረሰው ጉዳት ካለ ተጠያቂ ይሆናል።ዝርዝሩ

www.abyssinialaw.com



ብመምርሒ ይውሰን፣

3. ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ንልዕሊ ክልተ ዓመት ክፍሊት ኪራይ መሬትን ትርፋ ትርፍን ዘይከፈለ ውዕሉ ካብ ዘቛረፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ከሐድስ እንተዘይኪኢሉ ውዕሉ ብምቁራፅ መሬቱ ብቀጥታ ክምንጠል ይግበር፣

4. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ውዕሊ ኪራይ መሬት እንትቋረፅ እቲ በዓል ሃፍቲ ምስቲ ኪራይ መሬትዝተተሓሓዙ ሰነዳት ክምልስን ዝተወዘፈ ክፍሊት ኪራይ መሬት ኣታዊ ክገብርን ይግደድ፣

5. ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 19 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ ብኪራይ ዝተትሓዘ መሬት መንግስቲ ንዝበለፀ ግልጋሎት እንተደሊዎ ነቲ ዉዕሊ ክራይ ክቛርፆ ይኽእል ፤ይኹን እምበር መንግስቲ እቲ በዓል ሃፍቲ ኣብቲ መሬት ንዘፍረዮን ንዝሃነፆን ግቡእ ምክፋል ካሕሳ ኢለዎ።ዝርዝሩ ብመምርሒ ይዉሰን ፣

6. ብፍቓዱ ወይ ግቡኡ ብዘይምፋፃሙ ውዕሊ ክራይ መሬት ዘቋረፀ ባዓል ሃፍቲ ኣብ ልዕሊ እቲ መሬት ዘፍረዮን ዝሃነፆን ሃፍቲ ኣብ ውሽጢሽዱሽተ ወርሒ ከልዕል መሰል ኣለዎ፣ መሰል ምሕታት ካሕሳ ግን የብሉን፣

7. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 6 እዚ



በመመሪያ ይወሰናል፣

3. ያለ ብቁ ምክንያት የመሬት ኪራይ እና ትርፋ ትርፍ ከሁለት ዓመት በላይ ያልከፈለ ውሉ ከተቋረጠበት ቀን ጀምሮ በስድስት ወር ጊዜ ውስጥ ማሳደስ ካልቻለ ውሉን በማቋረጥ መሬቱ በቀጥታ እንዲነጠቅ ይደረጋል፣

4. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3 መሰረት የመሬት ኪራይ ውል ሲቋረጥ ባለሃብቱ መሬቱ ኪራይ ጋር የተያያዙ ሰነዶች እንዲመልስና ውዝፍ የመሬት ኪራይ ክፍያ ገቢ እንዲያደርግ ይገደዳል፣

5. በአዋጁ ዓንቀፅ 19 ንኡስ አንቀፅ 2 የተደነገገ እንዳለ ሆኖ፣በኪራይ የተያዘ መሬት መንግስት ለበለጠ አገልግሎት ከፈለገው የኪራይ ውሉ ሊቋረጥ ይችላል። ይሁን እንጂ ባለሃብቱ በመሬት ላይ ላፈራው እና ለገነባው መንግስት ካሳ የመክፈል ግዴታ አለበት፤ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል፣

6. በፍቃዱ ወይም ግዴታውን ባለመፈፀሙ የመሬት ኪራይ ውል ያቋረጠ ባለሃብት በመሬቱ ላይ ያፈራውን እና የገነባውን በ6 ወር ውስጥ የማንሳት መብት አለው፣ ካሳ የመጠየቅ መብት ግን የለውም፣

7. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ ስድስት

www.abyssinialaw.com



ዓንቀፅ ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ መንግስቲ ብኽፋል ንዝወሰዶ መሬት ኣይምልከትን፣

8. መስረቲ ኣባላት እንትቕየሩ

9. በዓል ሃፍቲ ውዕሊ እንትኣስር ዝተጭበርበረ ወይ ሓሰተኛ ሰነድ ዝተጠቐመ ምዃኑ እንትረጋገፅ፣

10. ውዕሉ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዘቋረፀ በዓል ሃፍቲ ዞባ ኮሪደር፣ ወረዳ ዴስክን ኣብ ምዝገባን ምርግጋፅን ሰነዳት እቲ ውዕሊ ምፍራሱ ብቅዳሕ ክፈልጥዎ ይግበር፣

## ክፍሊ ሸውዓተ

## ብዛዕባ መረጋገፂ ትሕዝቶ መሬት ገፀር

**ዓንቀፅ 45፦ካርታን ሰርተፊኬትን ትሕዝቶ ኢንቨስትመንት ሕርሻ**

1. ሕድሕድ ንኢንቨስትመንት ተባሂሉ ዝተዓደለ መሬት ብዝምልከቶ ኣካል ሳይት ፕላን ምስወፀሉ ዝተዳለወሉ ሰርተፊኬት ነቲ ተኻራያይ ይወሃብ፣

2. በዓልሃፍቲ ዝተውሃቦ ሳይትፕላንን ውዕልን መሰረት ገይሩ ኣብ ዝደለዮ ሕጋዊ ትካል ኩሉ ዓይነት ዘማለአ ካርታ ኣስሪሑ ምስመፀ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ቀሪቡ ይፀድቕ፣

3. በዓልሃፍቲ ብዝምልከቶ ኣካል ዝተተመነ ኣድላይ ክፍሊት ምስ ከፈለ



የተደነገገው እንዳለ ሆኖ መንግስት በከፊል ለወሰደው መሬት ኣይመለከትም፣

8. መስራች ኣባላት ሲቀየሩ

9. ባለሃብት ውል ሲያስር ይር የተጭበረበረ ወይም ሓሰተኛ ሰነድ የተጠቀመ መሆኑ ሲረጋገጥ፣

10. በተለያየ መንገድ ዉሉ ያቋረጠ ባለሃብት ውሉ መፍረሱን ዞን ልማት ኮሪደር፣ ወረዳ ዴስክ እና በ ሰነዶች ምዝገባና ማረጋገጫ ዉሉ የፈረሰ መሆኑን በግልባጭ እንድያውቁት ይደረጋል፣

## ክፍል ሰባት

## ስለ የገጠር መሬት ይዞታ ማረጋገጫ

**እንቀፅ 45፦የእርሻ ኢንቨስትመንት ይዞታ ካርታና ሰርትፍኬት**

1. እያንዳንዱ ለኢንቨስትመንት ተብሎ የተሰጠ መሬት በሚመለከተው አካል ሳይት ፕላን ከወጣለት በኋላ የተዘጋጀውን ሰርተፍኬት ለተካራዩ ይሰጣል፣

2. ባለሃብት በተሰጠው ሳይት ፕላንና ውል መሰረት በሚፈለገው ሕጋዊ ተቋም ሁሉን ዓይነት ያሟላ ካርታ አሰርቶ ከመጣ በኋላ ወደ ሚመለከተው አካል በመቅረብ ይፀድቃል፣

3. ባለሃብት በሚመለከተው አካል የተተመነለትን አስፈላጊ ክፍያ ከከፈለ

www.abyssinialaw.com



ዝተዳለወ ሳይትፕላን፣ ካርታን ሰርተፊኬትን ይወሃቦ፣

4. ሓደ በዓል ሃፍቲ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት መሬት እንትህልዎ ዋላእኳ ሓደ ውዕሊ እንተኣሰረ ሳይት ፕላን፣ ካርታን ሰርተፊኬትን ሕድ ሕድ ቦታ ግቡእ ክፍሊት ብምፍፃም መረዳእትኡ ክወሃብ ይግበር፣

5. ኣወሃህባ ካርታን ሰርተፊኬትን ብመሰረት እቲ ውዕሊ ኣብ ባይታ ብተግባር እናተረጋገፀ ዝፍፀም ይኸውን፣

6. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ ኣብ መንጎ ሰነድ ውዕልን ባይታን ብተግባር ኣፈላላይ እንትፍጠር መጠን መሬትን ውዕሊ ሰነድን ገዛኢ ኮይኑ፣ ኣብ ቁፅሪ ብሎክ ምዝባዕ እንትፍጠር ኣድላይ ምዕራይ ብምግባር እቲ ውዕሊ ብዝምልከቶ ኣካል ክመሓየሽ ይግበር፣

7. ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ መረዳእታታት አትሒዙ ካብ ባንክን ትካላት ፋይናንስን ወፃኢ ዝግበር ልቃሕ ተቀባልነት የብሉን ።

**ዓንቀፅ 46፦ብዛዕባ ምክያድ ዘመናዊ ሕንፀፃ ትሕዝቶ መሬት ገፀር**

1.ኣብ ገፀር ዘሎ ዝኾነ ትሕዝቶ መሬት በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 27 ንኡስ ዓንቀፅ 4



በኋላ የተዘጋጀውን ሳይትፕላን ፣ ካርታና ሰርትፍኬት ይሰጠዋል፣

4.አንድ ባለሃብት በተለያዩ ቦታዎች መሬት ሲኖረዉ ያሰረዉ አንድ ዉል ቢሆንም የእያንዳንዱ ቦታ ሳይት ፕላን፣ ካርታና ሰርተፍኬት አስፈላጊውን ክፍያ ከፈፀመ በኋላ ማስረጃውን እንዲሰጠው ይደረጋል፣

5.የካርታና ሰርተፍኬት አሰጣጥ በውሉ መሰረት እየተረጋገጠ የሚፈፀም ይሆናል፣

6.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 5 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በውሉ ሰነድና በተግባር መካከል ልዩነት ሲፈጠር በመሬቱ መጠን የውሉ ሰነድ ገዢ ሆኖ በብሎክ ቁጥር መዛባት ሲፈጠር ግን አስፈላጊውን ማጣራት በማድረግ ውሉ በሚመለከተው አካል እንዲሻሻል ይደረጋል፣

7.ከላይ የተገለፁትን ማስረጃዎች አስይዞ ከአበዳሪ ባንክና የፋይናንስ ተቋማት ውጭ የሚደረግ ብድር ተቀባይነት የለውም።

**አንቀፅ 46፦በገጠር መሬት ይዞታ ዘመናዊ ቅየሳ ስለ ማካሄድ**

1.በገጠር የሚገኝ ማንኛውም የመሬት ይዞታ በአዋጁ አንቀፅ 27 ንኡስ አንቀፅ

www.abyssinialaw.com



መሰረት ብዘመናዊ መንገዲ ተሓንጊፁ ክምዝገብን መረዳእታ ክተሓዘሉ ይግበር፣

2.ምዝገባ ዘመናዊ ሕንፀፃ ቴክኖሎጂታት ደረጅኡ ዝሓለወ ብኣየር ዝተልዓለ ፎቶ፣ ኦርቶፎቶ፣ ጂፒኤስ ፣ ቶታል ስተሽን ተነፂሩ ናብ ጥቅሚ ክውዕል ይግበር፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣

3.ደረጃኦም ሓልዮም ዝተመዝገቡ መረዳእታታት ብኣግባቡ ክተሓዙ ንምግባር ክፍሊ ማእከል መረዳእታ ብምጥያሽ ብመርበብ ብምትሕሓዝ ስሉጥን ዘተኣማምን ከይዲ ልዉዉጥ መረዳእታ ይህሉ፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣

4.ኣቐዲሙ ተመዝጊቡን ተዓዲሉን ዘፀንሐ ቀዳማይ ብርኪ ሰርተፊኬት ብዘመናዊ መንገዲ ዝሰተኻኸል ኮይኑ ኣብቲ ነባር ሰርተፊኬት ዘይናቱ ትሕዝቶ ኣመዝጊቡ ዘይሕጋዊ መረዳእታ ዘቕረበ ተቐባልነት የብሉን፣

5.ቅድም ኢሉ ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ምዝገባ ተዋሂቡ ዝነበረ ሰርትፊኬት ክሳብ ብዘመናዊ ሕንፀፃን ምዝገባን ካልኣይ ሰርትፊኬት ሙሉእ ብሙሉእ ዝቕየር ተቐባልነት ዘለዎ መረዳእታ ኮይኑ ይሰርሕ፣

6.ዝኾነ በዓል መሬት ትሕዝትኡ ክዕቀን

4 መሰረት በዘመናዊ መንገድ ተቀይሶ እንዲመዘገብና ማስረጃ እንዲያዝበት ይደረጋል፣

2.የዘመናዊ ቅየሳ ምዝገባ ቴክኖሎጂዎች ደረጃውን በጠበቀ በአየር የተነሳ ፎቶ፣ ኦርቶፎቶ ጂፒኤስ ፣ ቶታልስቴሽን ግልፅ በማድርግ ጥቅም ላይ እንዲውል ይደረጋል። ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል።

3.ደረጃውን ጠብቀው የተመዘገቡ ማስረጃዎች በአግባቡ እንዲያዙ ለማድረግ የማስረጃ ክፍል ማእከል በማቋቋም በመረብ በመያዝ ፈጣንና አስተማማኝ የማስረጃ ልውውጥ ሂደት ይኖራል ። ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል፣

4.ቀደም ብሎ ተመዝግቦና ተሰጥቶ የቆየው የአንደኛ ደረጃ ሰርተፍኬት በዘመናዊ መንገድ የሚስተካከል ሆኖ በነባር ሰርተፍኬት የራሱ ያልሆነ ይዞታ በማስመዝገብ ህጋዊ ያልሆነ ማስረጃ ያቀረበ ተቀባይነት የለውም፣

5.ቀደም ብሎ በአንደኛ ደረጃ ምዝገባ ተሰጥቶ የነበረውን ሰርተፍኬት በሁለተኛ ደረጃ ዘመናዊ ቅየሳና ምዝገባ ሰርተፍኬት ሙሉበሙሉ እስከሚቀየር ድርስ ተቀባይነት ያለው ማስረጃ ሆኖ ይሰራል፣

6.ማንኛውም ባለመሬት ይዞታውን ሲለካ

www.abyssinialaw.com



ከሎ ዘድሊ መረዳእታ ምሃብን ኣብ መሬቱ ብኣካል ቀሪቡ ኣዐቂኑ ከመዝግብ ግቡእ ኣለዎ።ኣብዚ ከይዲ እዚ ህውከት ምፍጣር ይኹን ምእጋድ ዝተኸልከለ እዩ፣

7.ኣብ ክርክር ዝርከብን ዕልባት ዘይረኸበን መሬት ክሳብ ዕልባት ዝረክብ ከይተመዝገበ ክፀንሕ ይግበር። ይኹን እምበር ኮነ ኢልካ ብእዋኑ ከይምዝገብ ዝግበር ዕንቅፋታት ብሕጊዘሕትት ይኸውን።ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 47፦<u>ምዝገባን ኣወሃህባን ሰርተፊኬት መረጋገፂ ትሕዝቶ መሬት ገፀር</u>**

ኣወሃህባ ሰርተፍኬት መረጋገፂ ትሕዝቶ ምዝገባ መሬት ገፀር ዝምልከት እዞም ዝስዕቡ ድንጋገታት ተፈፀምቲ ይኾኑ፦

1. ብመንግስቲ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ዝተትሓዘ መሬት ኣዋሰኒኡ ብንፁር ተፈልዩ ክምዝገብን ሰርተፊኬት መረጋገፂ ትሕዝቶ ክወፀሉ ይግባእ፣
2. ብመሰረት እቲ ኣዋጅ መሰል ወራስነት ዝተረጋገፀሎም ሰባት ንሕድሕዶም ካብ ርብዒ ሄክታር ዘይነኣሰ መሬትዘለዎ ሰርተፊኬት ይወሃቦም፣

3.ኣብ ትሕቲ ዝምልከቶ ኣካል ወይ ምምሕዳር ዝርከቡ ጎቦታት፣ጉህሚ፣ ደኒን ሕዛእትን ዝመሳሰሉ ተመዝጊቦም



አስፈላጊውን ማስረጃ የመስጠትና በመሬቱ በአካል በመቅረብ አስለክቶ የመመዝገብ ግዴታ አለበት። በዚህ ሂደት ውስጥ ሁከት ማንሳት ይሁን ማገድ የተከለከለ ነው፣

7.በክርክር የሚገኝና ውሳኔ ያላገኘ መሬት መፍትሄ እስከሚያገኝ ድረስ ሳይመዘገብ እንዲቆይ ይደረጋል ። ሆኖም ሆን ተብሎ በጊዜው እንዳይመዘገብ የሚደረግ እንቅፋት በህግ የሚያስጠይቅ ይሆናል፣ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል።

**አንቀፅ 47፦<u>የገጠር መሬት ይዞታ ምዝገባና የማረጋገጫ ሰርተፊኬት አሰጣጥ</u>**

የገጠር መሬት ምዝገባና የይዞታ ማረጋገጫ ሰርትፍኬት አሰጣጥ በሚመለከት የሚከተሉትን ድንጋጌዎች ተፈፃሚ ይሆናሉ፦

1.በመንግስታዊ፣ መንግስታዊ ያልሆኑ ተቋማትና በግለሰቦች የተያዘ መሬት አዋሳኙ በግልፅ በመለየት እንዲመዘገብና የይዞታ ማረጋገጫ ሰርተፊኬት እንዲወጣለት ይገባል፣

2. በአዋጁ መሰረት የወራሽነት መብት የተረጋጠላቸው ሰዎች ለእያንዳንዳቸው ከሩብ ሄክታር ያላነሰ መሬት ያለዉ ሰርተፍኬት ይሰጣቸዋል።

3.በሚመለከተው አካል ወይም አስተዳደር ስር የሚገኙ ተራሮች፣ ሸንተረር፣ ደንና ጥብቅ የመሳሰሉ ተመዝግበው እንዲያዙ

ክተሓዙ ይግበር፣

4.ኣግባብ ኣወሃህባ ሰርተፊኬት መረጋገፂ ትሕዝቶ ብኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ቁሸትን ጣቢያን እናተረጋገፀ ህዝቢ ንክፈልጦ ዕድል ብምሃብ ብዴስክ ወረዳ እናተፈረመ ክወሃብ ይግበር፣

5.በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ ቅድሚ ምሃብ ካርታን ሰርተፊኬትን መረጋገፂ ትሕዝቶ ሽም በዓል ትሕዝቶ፣ ስፍሓት መሬት፣ መዋሰኒ እቲ መሬት ደረጃ ልሙዕነት ዝመሳሰሉ ኣድለይቲ ሓበሬታታት ኣብ ቀዋሚ መዝገብ ክምዝገቡ ኣለዎም፣

6.ኣብመሬት ሓባር ብሓባር ዝጥቀሙ ሰባት ብሽም እቲ ማሕበር ሰርተፊኬት መረጋገፂ ተጠቃምነትትሕዝቶ ክወሃቦም ይግበር፣

7.ኣብ ጎቦን ጉህምን መሬት ዝተውሃቦ ሓረስታይ ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣፈፃፅማ ስርሑ ተራእዩ ሰርተፊኬት መረጋገፂ ተጠቃምነት ትሕዝቶ ክወሃቦ ይግበር፣

8.ለውጢ ትሕዝቶ እንትህሉ ብመሰረት ዝተገበረ ለውጢ ሰርትፊኬት መረጋገፂ ትሕዝቶ ንኽልወጥ ይግበር፣

9.ንሰብ ሓዳር ዝወሃብ ሰርተፊኬት መረጋገፂ ትሕዝቶ ብሽም ክልቲኦም ሰብ ሓዳር ተመዝጊቡ ይወሃብ፣



ይደረጋል፣

4.የይዞታ ማረጋገጫ ሰርትፊኬት የአሰጣጥ አገባብ በቀበሌና ጎጥ መሬት አስተዳደር ኮሚቴ እየተረጋገጠ ሕዝብ እንዲያውቀው ዕድል በመሰጠት በወረዳ ዴስክ እየተፈረመ እንዲሰጥ ይደረጋል፣

5.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 4 የተደነገገው ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ የይዞታ ማረጋገጫ ሰርትፊኬትና ካርታ ከመሰጠት በፊት የባለይዞታ ስም፣ የመሬቱ አዋሳኝ የመሬቱ ለምነት ደረጃ የመሳሰሉ አስፈለጊመረጃዎች በቀዋሚ መዝገብ መመዝገብ አለባቸው፣

6.በጋራ መሬት በጋራ የሚጠቀሙ ሰዎች በማሕበሩ ስም የይዞታ ተጠቃሚነት ማረጋገጫ ሰርትፊኬት እንዲሰጣቸው ይደረጋል፣

7.በተራራናቦረበርመሬት የተሰጠዉ አርሶ አደር ከሁለት ዓመት በኃላ የሥራ አፈፃፀሙ ታይቶ የይዞታ ተጠቃሚነት ማረጋገጫ ሰረቲፍኬት እንዲሰጠው ይደረጋል፣

8. የይዞታ ለውጥ ሲኖር በተደረገው ለውጥ መሰረት የይዞታ ማረጋገጫ ሰርትፍኬት እንዲለወጥ ይደረጋል፣

9.ለባለ ትዳሮች የሚሰጥ የይዞታ ማረጋገጫ ሰርትፍኬት በሁለቱም ባለትዳሮች ስም ተመዝግቦ ይሰጣል፣

www.abyssinialaw.com



10.ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝተወሰደ ወይ ፀገም ዘለዎ ሰርተፍኬት መረጋገፂትሕዝቶ እንተጋጥም ተሰሪዙ ኣታዊ ይግበር፣

11. ግልጋሎት እናሃበ ዝፀንሐ ሰርተፊኬት ብሓዱሽ ክትካእ እንትድለ ነባር መረዳእታ ኣታዊ ክግበር ኣለዎ፣

**<u>ክፍሊ ሸሞንተ</u>**

**<u>ኣብ ዞባ ምዕራብን ከፋል ዞባ ሰሜን ምዕራብ ወረዳታት ታሕታይ ኣድያቦን ኣስገደ ፅምብላን ዝህልዉ ስራሕቲ ሸግሽግ መሬት ገፀር</u>**

**ዓንቀፅ 48.<u>ሸግሽግ ትሕዝቶ መሬት ገፀር</u>**

1. ኣብ እዋን ሸግሽግ መሬት ወሰን መሬት ብመሰረት መፅናዕቲ ይፍለ፣

2. ወሰን ጣብያን ወረዳን ዝፈልዩ ግዝያዊ ኮሚቴታት ብብርኪ ጣብያ፣ ወረዳን ዞባን ይጣየሹ፤ ኣግባብ ኣጣይሽኦምን ገደብ ግዘ ስርሖምን ብመፈፀሚ ትልሚ ይግለፅ።

3. ኣብ ዞባ ምዕራብ ወረዳታት ወልቃይት፣ ፀገዴን ቃፍታ ሑመራን ዝርከባ ጣቢያታት ቆላ፣ ኣብ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ዝርከባ ጣብያታት ዓዲ ኣሰር ፣ዓዲ ፀፀርን ለምለምን ኣብ ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ዝርከባ ጣብያታት ደደቢትን ዓዲ መሓመዳይን ጣብያታትን ወረዳታትን ወሰን ብንፁር ተፈልዩ ክፈልጠኦን



10.ከሕግ ውጭ የተወሰደ ወይም ችግር ያለበት የይዞታ ማረጋገጫ ሰርተፊኬት ሲያጋጥም ተሰርዞ ገቢ ይደረጋል።

11.አገልግሎት እየሰጠ የቆየ ነባር ሰርተፊኬት በአዲስ ሲተካ ነባሩ ማስረጃ ገቢ መደረግ አለበት፣

**<u>ክፍል ስምንት</u>**

**<u>በምዕራባዊ ዞንና በከፊል ሰሜናዊ ምዕራብ ዞን በታሕታይ አድያቦ ና አስገደ ፅምብላ ወረዳዎች የሚኖረው የገጠር መሬት ሽግሽግ</u>**

**አንቀፅ 48. <u>የገጠር መሬት ይዞታ ሽግሽግ</u>**

1. የመሬት ሽግሽግ በሚካሄድበት ወቅት የመሬት ወሰን በጥናት ይለያል፤

2. የመሬት ወሰን የሚለዩ በቀበሌ፣ወረዳና ዞን ደረጃ ኮሚቴዎች ይቋቋማሉ። አቋቋማቸውና የስራ ጊዜ ገደባቸው በማስፈፀምያ እቅድ ይገለፃል።

3. በምዕራባዊ ዞን በወልቃይት፣ፀገዴና ቃፍታ ሑመራ ወረዳዎች የሚገኙ ቀበሌዎች ፣በወረዳ ታህታይ አድያቦ የሚገኙ ዓዲ አሰር፣ዓዲ ጸጸርና ለምለም በወረዳ አስገደ ፅምብላ የሚገኙ ደደቢትና ዓዲ መሓመዳይ ወሰን በግልፅ ተለየቶ ልያውቁትና ሊከበር ይገባል ።

ክኸበርን ይግበር፣

4. ዝተፈፀመ ወሰን ምፍላይ ኣባላት ኮሚቴ ፈለይቲ ወሰን ብፅሑፍ ተፈራሪሞም ናይ ጣብያ ብወረዳ ቤት ምኽሪ፣ ናይ ወረዳ ብዞባ ስራሕ ፈፃሚት ምስፀደቑ ንመረዳእታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ወረዳን ዞባን ይቕመጥ፣

5. እዚ ደንቢ ቅድሚ ምፅዳቑ ብሕጋዊ መንገዲ ተኸሊሎምን ተኸቢሮምን ዝፀንሑ ከምዘለዉ ኮይኖም ኣብ እዋን ሽግሽግ መሬት ንመፅቀቢ እንስሳት ዘገዳም፣ ተሓራሳይ መሬት፣ መውዓሊ እንስሳ ዘቤት፣ መጠሻ፣ ደኒ ጣብያን ዝመሳሰሉ ንነበርቲ ሕብረተሰብ ኣገደስቲ ዝኾኑ ዓይነት ኣጠቓቕማ መሬት ብንፁር ምስ ሕብረተሰብ ብምርድዳእ ይፍለዩ፣ ይኹን እምበር ኣብ ደጉዓታት ዝነብሩ ነበርቲ ኣብ ቆላታት ኣብ ዝርከባ ጣብያታት ዝኽለል መውዐሊ እንስሳት ዘቤት ሓቢሮም ናይ ምጥቃም መሰሎም ሕልው እዩ።

6. ከይዲ ሽግሽግ መሬት ብዝግባእ ተፀኒዑ ፅያል መሰረት ብምግባር ይፍፀም፣

7. ሽግሽግ መሬት እንትካየድ ብሜትሮ እናተዓቀነ ንፁርን ቀዋምን ዝኾነ መፍለይ ምልክት ይግበረሉ

8. ኣብ ዶግዓ መሬት ዘለዎ ኮይኑ ኣብ ቆላ ብበሰላን መኻርምን ዝሓርስ ዝነበረ ኣብ እዋን ሽግሽግ ኣብ ዝመረፆ ቦታ ቅድሚያ



4. የተፈፀመዉ የወሰን መለየት ኮሚቴው በፅሁፍ ከተፈራረሙበትና የቀበሌ በወረዳ ምክር ቤት ፣የወረዳ በዞን ስራ አስፈፃሚ ከፀደቀ በኋላ ለማስረጃ በወረዳና ዞን አስተዳደር ጽህፈት ቤት ይቀመጣል።

5. ይህ ደንብ ከመፅደቁ በፊት በህጋዊ መንገድ ተከልለውና ተከብረው የነበሩትን እንደተጠበቁ ሆነው በመሬት ይዞታ ሽግሽግ ሂደት ወቅት ለዱር እንስሳት መጠለያ ፣ ለእርሻ ፣ ለግጦሽ ፡ ለመኖርያ ፣ ለቀበሌ ደን እና የመሳሰሉት ለነዋሪ ሕብረተሰብ ጠቃሚ የሆኑ የመሬት አጠቃቀም ከሕብረተሰቡ ጋር በመረዳዳት ይለያሉ ። ይሁን እንጂ በደጋ የሚኖሩ የአከባቢ ነዋሪዎች በቆላ ቀበሌዎች በሚከለል እንስሳ ዘቤት የሚጠቀሙበት ቦታ አብረው የመጠቀም መብታቸው የጠበቀ ነው።

6. የመሬት ሽግሽግ ሂደት ተገቢ ጥናት ተደርጎበት የቤተሰብ አባል መሰረት በማድረግ ይፈፀማል ።

7. የመሬት ሽግሽግ ሲካሄድ በሜትር እየተለካ ግልፅና ቀዋሚ የሆነ መለያ ምልክት ይደረግበታል።

8. በደጋ መሬት ያለው ሆኖ በቆላ በባህላዊ ይዞታና መክረምያ ሲያርስ የነበረ የመሬት ሽግሽግ በሚካሄድበት

www.abyssinialaw.com



ምርካብ መሰል ኣለዎ፣

9. ኣብዚ ደንቢ ኣብ ክፍሊ ሸሞንተ ንዝተደንገገ ድንጋገታት ንምፍፃም ዝፃረር ዝኾነ ይኹን ትሕዝቶ መሬት መረጋገፂ ደብተር ወይ ሰርተፊኬት ተቐባልነት የብሉን ፣

10. ኣብ ብሄራዊ ፓርክ ቃፍታ ሽራሮ ብሕጋዊ መንገዲ እናተጠቐሙ ዝፀንሑ ሓረስቶት ቀዳምነት ተዋሂብዎም ኣብ ካልእ ከባቢ ክሽጋሸጉ ይግበር፣

11.ኣብ ውሽጢ ሓደ ብሎክ ብ100 ሄክታር ውዕሊ ኣሲሩ ዝፀንሐ ሕዚ እንትልካዕ ትሕቲ 20 ሄክታር መሬት ወሲኹ እንተተረኺቡ እሞ ዝወሰኾ መሬት ንካልእ ሰብ ክሽጋሸግ ዘይኽእልን ካብ ንመተሓላለፊ ዝተነፀረ መንገዲ ወፃኢ ን ምዃኑ እንተተረጋጊፁ ጥራሕ ውዕሉ ተመሓይሹ ክጥቀመሉ ይግበር፣

ዓንቀፅ 49. <u>ኣግባብ ኣፈፃፅማ ሽግሽግ</u>

1. ብዓል ሃፍቲ ዘይኮነ መሬት መስኖ እናካረየ ዝጥቀም ሓረስታይ፦

ሀ. ዓቕሙ ተራእዩ ናብ ስሩዕ ኢንቨስትመንት ኣትዩ ግብኡ ክፍፅምን ብሕጊ ኢንቨስትመንት ክመሓደርን ይግበር፣

ለ. ዓቕሚ ዘይብሉ መሬት ንመንግስቲ የረክብ ንካልኦት ይወሃብ፣



ወቅት በመረጠው አከባቢ ቅድምያ የማግኘት መብት አለው።

9. በዚህ ደንብ ክፍል ስምንት የተደነገጉ ድንጋጌዎች ለመፈፀም የሚቃረን ማንኛውም የመሬት ይዞታ ማረጋገጫ ደብተር ወይም ሰርተፊኬት ተቀባይነት የለውም ።

10. በቃፍታ ሸራሮ ብሄራዊ ፓርክ በህጋዊ መንገድ እየተጠቀሙ የቆዩ አርሶ አደሮች ቅድሚያ ተሰጥቷቸው በሌላ አካባቢ እንዲሸጋሸጉ ይደረጋል፣

11 .በ አንድ ብሎክ ዉስጥ በ 100 ሄክታር ዉል አስሮ የቆየ አሁን ሲለካ ከ20 ሄክታር በታች ጭማሪ መሬት ሲገኝ የጨመረው መሬት ለሌሎች ሊሸጋሸግ የማይችልና ለመተላለፍያ መንገድ ተብለው ከተለዩ ቦታዎች ውጪ መሆኑን ከተረጋገጠ ብቻ ዉሉ ተሻሽሎ እንዲጠቀምበት ይደረጋል ፣

አንቀፅ 49.<u>የማስተዳደር ሂደት አፈፃፀም</u>

1.ባለሃብት ያልሆነ የመስኖ መሬት በማከራየት የሚጠቀም አርሶ አደር፣

ሀ. አቅሙ ታይቶ ወደ መደበኛ ኢንቨስትመንት ገብቶ ግዴታውን እንዲፈፅምና በኢንቨስትመንት ህግ እንዲተዳደር ይደረጋል።

ለ. አቅም የሌለው መሬት ለመንግስት ያስረክባል፣ ለሌሎች ይስተዳደራል ።

www.abyssinialaw.com



2. 20 ሄክታርን ልዕሊኡን መሬት ሒዙ እናሐረሰ ዝፀንሐ ሓረስታይ :-

ሀ. ዓቕሚ እንተሃሊይዎ ናብ ኢንቨስተርነት ክሰጋገርን ብሕጊ ኢንቨስትመንት ክመሓደርን ይግበር፣

ለ. ዓቕሚ እንተዘይሃልይዎ በዚ ደንቢ ዓንቀፅ 50 ንኡስ ዓንቀፅ 2/መ/ ዝተቐመጠ መጠን ትሕዝቶ መሬት ክመሓደር ይግበር።

3. ናብ ኢንቨስተርነት ንኽሰጋገር ግዘ ሓደ ዓመት ናይ ፍርያት ጊዜ ይወሃቦ።

**ዓንቀፅ 50. <u>መጠን ትሕዝቶ መሬት ገፀር</u>**

1. ብመሰረትበ እቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 15 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝዕደል መጠን መሬት ከከም ከባቢኡ ክሳብ 5 ሄክታር ዝበፅሕ ኮይኑ :-

ሀ. ዕድምኡ 18ን ልዕሊኡን ዝኾነ ሰብ ክልተ ሄክታር፣

ለ. ሰብ ሓዳር 4 ሄክታር፣

ሐ. ክሳብ ሰለስተ ዕያል ዘለውዎም ሰብ ሓዳር 4.5 ሄክታር፣

መ. ኣርባዕተን ልዕሊኡን ዕያል ዘለውዎም ሰብ ሓዳር 5 ሄክታር ይወሃቦም።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ :-

ሀ. ኣብ ዞባ ምዕራብ ኮነ ኣብ ክፋል ሰሜን ምዕራብ ወረዳታት ኣሰገደ ፅምብላን ታሕታይ ኣድያቦን መስተኻከሊ



2. 20 ሄክታርና ከዛ በላይ ይዞ እያረሰ የቆየ አርሶ አደር :-

ሀ. አቅም ካለው ወደ ኢንቨስተርነት እንዲሸጋገርና በኢንቨስትመንት ህግ እንዲተዳደር ይደርጋል

ለ. አቅም ከሌለው በዚህ ደንብ አንቀፅ 50 ንኡስ ዓንቀፅ 2/መ/ በተገለፀው የመሬት ይዞታ መጠን መሰረት እንዲተዳደር ይሰጣል።

3. ወደ ኢንቨስተርነት ለመሸጋገር አንድ አመት የምርት ግዜ ይሰጠዋል።

**አንቀፅ 50. <u>የገጠር መሬት ይዞታ መጠን</u>**

1. በአዋጁ አንቀፅ 15 ንኡስ አንቀፅ 3 መሰረት የሚሰጥ የመሬት መጠን እንደየ አከባቢው ሁኔታ እስከ 5 ሄክታር የሚደርስ ሆኖ፡-

ሀ. እድሜው 18 ዓመትና ከዛ በላይ የሆነ ሰው ሁለት ሄክታር

ለ. ባለ ትዳሮች 4 ሄክታር

ሐ. እስከ ሶስት ቤተሰብ ያሏቸው ባለ ትዳሮች 4.5 ሄክታር

መ. አራትና ከአራት በላይ ቤተሰብ ያሏቸው ባለ ትዳሮች 5 ሄክታር ይሰጣቸዋል ።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ :-

ሀ. በምዕራባዊ ዞን ይሁን በከፊል በሰሜናዊ ምዕራብ የኣስገደ ፅምብላና ታሕታይ አድያቦ ወረዳዎች

www.abyssinialaw.com



ሽግሽግ እምበር ሓዱሽ መቐሎ መሬት ኣይካየድን፣

ለ. እዚ ደንቢ ቅድሚ ምፅዳቑ ብምኽንያት ፕሮግራም መንግስቲ ዝተገበረ ሰፈራን በቲ ከባቢ መሬት ምምሕዳርን ካልኦት ኣካላትን ዝተዓደለ ሓሙሽተ ሄክታርን ትሕቲኡን መሬት ዝሓዘ ሰብ ኣይንካእን።

ሐ . ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2/ለ/ ዝተደንገገ ከምዘለዎ ኮይኑ ብፍሉይ ብመንግስቲ ንመተባብዒ ዝተውሃቦም መጠን መሬት ኣይንካእን።

መ. ኣብ ደጉዓታት ዞባ ምዕራብ ዘለው ሓረስቶት ኣብ ደጎዓ ዘለዎም ትሕዝቶ መሬት ከም ዘለዎ ኮይኑ ኣብ ቆላታት ብመኽርም ወይ በሰላ ዝሓርሱ ዝነበሩ ጥራሕ ሓሙሽተ ሄክታርን ትሕቲኡን ዝነበሮ ከከም ዝነበሮ ዝፀንዕ ኮይኑ ፤ ልዕሊ ሓሙሽተ ሄክታር ዝነበሮ ናብ ሓሙሽተ ሄክታር ክወርድ ይግበር።

3. ብምኽንያት ህንፀት ዓበይቲ ግድባት ካብ ቦትኡ ዝተፈናቐለ ሓረስታይ ብመስኖ ኣብ ዝለምዕ መሬት ዝሽጋሽግ ኮይኑ፡-

ሀ. ዝለዓለ 1.75 ሄክታር፣

ለ. ማእኸላይ 1.50 ሄክታር፣

ሐ. ዝተሓተ 0.75 ሄክታር ይኸውን።

## ዓንቀፅ 51፦ብውልቀ ዝግበር ኪራይ መሬት

1. ብመሰረት እቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 9 ንኡስ



የማስተካከያ ሽግሽግ እንጂ አዲስ የመሬት ክፍፍል አይካሄድም

ለ. ይህ ደንብ ከመፅደቁ በፊት በመንግስት ፕሮግራም መሰረት የተደረገ ሰፈራና በአከባቢው መሬት አስተዳደርና ሌሎች አካላት የተሰጠ አምስትና ከአምስት በታች ሄክታር የያዘ ሰው አይነካም ።

ሐ.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2/ለ/ ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ በልዩ በመንግስት ለመበረታቻ የተሰጣቸው መሬት አይነካም።

መ. በምዕራባዊ ዞን በደጋ ያሉ አርሶ አደሮች በደጋ ያላቸው የመሬት ይዞታ እንዳለሆኖ በቆላማው ቦታ በመክረምያ ወይ ባህላዊ ይዞታ አምስትና ከዛ በታች ይዞ ሲያርስ የነበረ እንደየ ይዞታው የሚፀና ሆኖ ከአምስት ሄክታር በላይ የያዘ ወደ አምስት ሄክታር እንዲወርድ ይደረጋል።

3. በትላልቅ ግድቦች ግንባታ ምክንያት ከቦታው የተነሳ አርሶ አደር በመስኖ በሚለማ መሬት የሚሸጋሸግ ሆኖ፡-

ሀ. ከፍተኛው 1.75 ሄክታር ፣

ለ. መካከለኛው 1.50 ሄክታር

ሐ. ዝቅተኛው 0.75 ሄክታር ይሆናል።

## አንቀፅ 51፦በግል የሚደረግ የመሬት ክራይ

1.በአዋጁ አንቀፅ 9 ንኡስ አንቀፅ 2

www.abyssinialaw.com



ዓንቀፅ 2 መሬቱ ከካሪ ዝደለየ ሰርተፊኬትን ካርታን መረጋገፂ ትሕዝቶ ዝተዉሃቦ ሓረስታይ ክሳብ 50% ትሕዝቶ መሬት ከካሪ ዝኽእል ኮይኑ ኣግባብ ኣፈፃፅምኡ ብመሰረት ድንጋጋ ዓንቀፅ 14 እዚ ደንቢ ይኸውን።

2. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ከምዝተሓለወ ኮይኑ ብፍሉይ ኩነታት ንዝሓሸ ልምዓት ኢንቨስትመንት ኩታ ገጠም ዝኾነ መሬት ምክራይ ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡን ቤትምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንኽካሪ እንተወሲንሉን ልዕሊ 50% ትሕዝቶ መሬቱ ከካሪ ይኽእል እዩ።

**ዓንቀፅ 52፦ተሓታትነት**

ዝኾነ ሰብ ብመሰረት ድንጋገታት ክፍሊ ሸሞንተ እዚ ደንቢ ሽግሽግ መሬት ድሕሪ ምክያድ ትርፊ መሬት ሒዙ እንተተረኺቡ በቲ ኣዋጅ ተሓታቲ ይኸውን።

## ክፍሊ ትሽዓተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

**ዓንቀፅ 53፦ ምጥያሽ ግብሪ ሓይሊ**

1. ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 10 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል "ረ" ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ፡-

ሀ. እቲ ግብሪ ሓይሊ ብብርኪ ወረዳ ብኣማሓዳሪ ወረዳ ዝምራሕ ኾይኑ ክሳብ 11 ኣባላትይህልውዎ፣



መሰረት መሬቱ ለማከራየት የሚፈልግ ማረጋገጫ ሰርተፊኬትና ካርታ የተሰጠዉ አርሶአደር ከመሬት ይዞታው እስከ 50% ሊያከራይ የሚችል ሆኖ የአፈፃፀሙ ሁኔታ በዚህ ደንብ ዓንቀፅ 14 ይሆናል ።

2. የዚህ አንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ በልዩ ሁኔታ ለተሻለ የኢንቨስትመንት ልማት ተከታታይ ወይም ሙሉ በሙሉ የሆነ መሬት መከራየት አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝና የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት እንዲከራይ ሲወስን ከመሬት ይዞታው ከ50% ማከራየት ይችላል።

**ዓንቀፅ 52፦ተጠያቂነት**

ማንኛውም ሰው በዚህ ደንብ ክፍል ስምንት በተደነገገው መሰረት የመሬት ሽግሽግ ከተካሄደ በኋላ ትርፍ መሬት ይዞ ከተገኘ በአዋጁ መሰረት ተጠያቂ ይሆናል ።

## ክፍል ዘጠኝ

## የተለያዩ ድንጋጌዎች

**አንቀፅ 53፦ግብር ሃይል ማቋቋም**

1.በአዋጁ አንቀፅ 10 ንኡስ አንቀፅ 1 ፊደል "ረ" የተደነገገዉ እንደተጠበቀ ሆኖ፡-

ሀ. ግብረ ሓይሉ በወረዳ ደረጃ በወረዳ አስተዳደሪ የሚመራ ሆኖ እስከ 11 አባላትይኖሩታል፣

www.abyssinialaw.com



ለ. ብብርኪ ጣብያ ብዋና ኣማሓዳሪ ጣብያ ዝምራሕ ኮይኑ ክሳብ 15 ኣባላት ይህልውዎ። ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን።

2. እዚ ዝጣየሽ ግብሪ ሓይሊ ቀጺሎም ዝተዘርዘሩ ዕማማት ይህልውዎ፡-

ሀ. ብብርኪ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር ይኹን ብወረዳ መፍረሲ ግብሪ ሓይሊ ተፀኒዑ ዝቐረበሉ ዘይሕጋዊ ኣባይቲ ክፈርስ ይገብርን ሓደሽቲ ዘይሕጋዊ ኣባይቲ ንኸይስርሑ ይከላኸልን። ግብሪ ሓይሊ ጣብያ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾኑ ንግብረ ሓይሊ ወረዳ የፍልጥ፣ ግብሪ ሓይሊ ወረዳ ክፈርስ ይገብር፤ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን።

3.ዝፈረሰ ንብረት ኣብ ቤት ዕሕፈት ምምሕዳር ጣብያ ክቕመጥ ይግበር፡በዓልንብረት ንመፍረሲ ዘድሊ ወፃኢ ከፊሉ ንብረቱ ክወስድ ይኽእል።

ሀ.ዘይኸፍል እንተኾይኑ እቲ ንብረት ብጣብያ ፋይናንስ ተጫሪቱ ብምሻጥ ንዘፍረሱ ኣባላት ይኽፈል፣

ለ. ዝተረፈ ገንዘብ ንበዓል ዋና ይወሃብ፣

ሐ.በዓልገንዘብ ኣይቅበልን እንተይሉ ናብ ጣብያ ፋይናንስ ኣታዊ ይግበር።



ለ. በቀበሌ ደረጃ ደግሞ በቀበሌው ዋና አስተዳደሪ የሚመራ ሆኖ እስከ 15 አባላት ይኖሩታል ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል።

2.የሚቋቋመው ግብረ ሓይል ቀጥሎ የተዘረዘሩትን የስራ ድርሻ ይኖሩታል፡-

ሀ. በቀበሌ ደረጃ የቀበሌ አስተዳደር ኮሚቴ ይሁን በወረዳ አፍራሽ ግብረ ሃይል ተጠንቶ የቀረበውን ሕጋዊ ያልሆኑ ቤቶች እንዲፈርስ ያደርጋል አዲስ ሕጋዊ ያልሆኑ ቤቶች እንዳይሰሩ ይከላከላል ፣ የቀበሌ ግብረ ሓይል ከአቅሙ በላይ የሆኑትን ለወረዳ ግብረ ሃይል ያሳውቃል፣ የወረዳ ግብረ ሓይል እንዲፈርስ ያደርጋል፤ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል።

3.የሚፈርሰውን ንብረት በቀበሌ አስተዳደር ፅሕፈት ቤት እንዲቀመጥ ይደረጋል፣ ባለንብረቱ ለማፍረሻ የሚያስፈልገውን ወጪ በመክፈል ንብረቱን መውሰድ ይችላል ።

ሀ. ባለንብረት የማይከፍል ከሆነ ግን በቀበሌው ፋይናንስ በጨረታ ተሸጦ ላፈረሱት አባሎችይከፈላል፣

ለ. ቀሪ ገንዘብ ካለ ለባለቤቱ ይሰጣል ፣

ሐ. ባለገንዘቡ አልቀበልም ካለ ወደ ቀበሌ ፋይናንስ ገቢ ይደረጋል።

www.abyssinialaw.com



ዓንቀፅ 54፦ሃፍቲ ተፈጥሮ

1. ኢንቨስትመንት ምፍራይ ዕጣንን እንዳዲዕን ዝምልከት ነባራትን ቅድም ኢሉ ብሃፍቲ ተፈጥሮ ውዕሊ ኣሲሮም ዝፀንሑ ዝርዝርን ኣድለይቲ ሰነዳትን ንዝምልከቶ ኣካል ርኽክብ ይግበር፣

2. ንሓደሽቲ ዝዕደሉን ርኽክብ ዝተገበረሉን ቦታታት ብዝምልከቶ ኣካል ይመሓደር፣

3. ፕላን ማናጅመንት ካብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝቐርብ ኮይኑ ካብዚ ብተወሳኺ ሃፍቲ ተፈጥሮ ነቲ ከይዲ ስራሕቲ ክትትልን ቁፅፅርን ይገብር

4.ብመሰረት እቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 32 ንኡስ ዓንቀፅ 4 ሕቶ መሬት እንትቐርብ ፦

ሀ. ኣወሃህባ ፍቃድን ምጥቃም ማዕድንን ኣብ መሬት ገፀር ዝምልከት ብመንግስቲ ፌደራል ዝወፁ ሕግታት ማዕድን ተፈፃሚነት ይህልዎም፣

ለ. ተጠቓማይ ማዕድን ዝኾነ ሰብ ቅድሚ መሬት ምኹዓቱ ፕሮፖዛል ፅልዋ ስነ-ከባቢ ኣቕሪቡ ብሓለዋ ስነ-ከባቢ ምስ ፀደቐ ናብ ተግባር ይኣቱ፣

ሐ. ተጠቓማይ ማዕድን ዝኾነ ሰብ እቲ መሬት ኩዒቱ ምስ ተጠቐመ መሊሱንከሓዊ ዝተፈላለዩ ስነ-ሂወታውን ደረቕ ዕቀባ ሓመድን ማይን



አንቀፅ 54፦የተፈጥሮ ሃብት

1. የዕጣንና ሙጫ ማፍራት ኢንቨስትመንት የሚመለከት ነባርና ቀደም ሲል በተፈጥሮ ሃብት ውል አስረው የቆዩ ዝርዝርና አስፈላጊ ሰነዶች ለሚመለከተው አካል ርክክብ ይደረጋል፣

2. ለአዲሶች የሚሰጡና ርክክብ የተደረገባቸው ቦታዎች በሚመለከተው አካል ይተዳደራል፣

3. ማናጅመንት ፕላን ከተፈጥሮ ሃብት የሚቀርብ ሆኖ ከዚህ በተጨማሪ ተፈጥሮ ሃብት ለስራው ሂደት ክትትልና ቁጥጥር ያደርጋል፣

4. በአዋጁ አንቀፅ 32 ንኡስ አንቀፅ 4 መሰረት የመሬት ጥያቄ ሲቀርብ፡-

ሀ. በገጠር መሬት ማእድን መጠቀምና የፍቃድ አሰጣጥ በሚመለከት በፌደራል መንግስት የሚወጡ የማእድን ህጎች ተፈፃሚነት ይኖራቸዋል፣

ለ. የማእድን ተጠቃሚ የ ሆነ ሰዉ መሬቱ ከመቆፈሩ በፊት የአከባቢ ተፅእኖ ግምገማ ፕሮፖዛል በማቅረብ በአከባቢ ጥበቃ ከፀደቀ በኋላ ወደ ተግባር ይገባል፣

ሐ. የማእድን ተጠቃሚ የሆነ ሰዉ መሬቱን ቆፍሮ ከተጠቀመ በኋላ መሬቱ ተመልሶ እንዲድን የተለያዩ የስነ-ሂወታዊና ደረቅ የአፈርና ውሃ ጥበቃ

www.abyssinialaw.com



ክስራሕ ይገብር፤ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 55፦<u>ተፈፃምነት ገደብ ግዜ ክፍሊ ሸሞንተ እዚ ደንቢ</u>**

1. ብዘይካ ዓንቀፅ 50 ንኡስ ዓንቀፅ 1ን3 ፣ ዓንቀፅ 51 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ፣ ዓንቀፅ 52 ኣብ ክፍሊ ሸሞንተ እዚ ደንቢ ብዝተደንገጉ ድንጋገታት መሰረት ስራሕቲ ሽግሽግ ተሰሪሑ ምስተወደአን ተሰሪሑ ዝተወደአ ምዃኑ ብቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ምስተረጋገፀን ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ድንጋገ እንተሃለወ እውን ብሓፈሻ ኣብቲ ዋና ደንቢ ብገፀር መሬት መሰል ምጥቃምን ምቁራፅን ዘለዎ ሓረስታይ ተፈፃምነት ይህልዎም ።

**ዓንቀፅ 56፦<u>ግቡእ ምትሕብባር</u>**

ንኣፈፃፅማ እዚ ደንቢ ዝኾነሰብ ግቡእ ምትሕብባር ኣለዎ።

**<u>ዓንቀፅ 57፦ስልጣን ምውፃእ መምርሒ</u>**

ንኣፈፃፅማ እዚ ደንቢ ኤጀንሲ ሓለዋ ስነ-ከባቢ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ናብ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ኣቕሪቡ ኣፍልጦ እንትረኽብ መምርሒ የውፅእ።



ስራዎች እንዲሰራ ያደርጋል፤ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል።

**ዓንቀፅ 55፦<u>የዚህ ደንብ ክፍል ስምንት ተፈፃሚነት ግዜ ገደብ</u>**

1. ከአንቀፅ 50 ንኡስ አንቀፅ 1ና3፣ አንቀፅ 51 ንኡስ አንቀፅ 2፣ አንቀፅ 52 በስተቀር በዚህ ደንብ ክፍል ስምንት በተደነገጉ ድንጋጌዎች መሰረት የመሬት ሽግሽግ ስራ ተሰርቶ ሲያልቅና ተሰርቶ ለማለቁ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ካረጋገጠ በኋላ ተፈፃሚነት አይኖረውም።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገ ቢኖርም በአጠቃላይ በዋናው ደንብ በገጠር መሬት የመጠቀምና የማቋረጥ መብት ያለው አርሶአደር ተፈፃምነት ይኖራዋል ።

**<u>አንቀፅ 56 ፦ የመተባበር ግዴታ</u>**

ለዚህ ደንብ አፈፃፀም ማንኛዉም ሰዉ የመተባበር ግዴታ አለበት።

**<u>አንቀፅ 57፦መመሪያየማውጣት ስልጣን</u>**

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የአካባቢ ጥበቃ፣ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ኤጀንሲ ለዚህ ደንብ አፈፃፀም ወደ ስራ ፈፃሚ ምክርቤት አቅርቦ እውቅና ሲያገኝ መመሪያ ያወጣል።

www.abyssinialaw.com



**ዓንቀፅ 58 ፦ ዝተሰዓሩን ተፈፃምነት ዘይብሎምን ሕግታት**

1. ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ንምውሳን ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 48/2000 በዚ ደንቢ ተሳዒሩ አሎ፣

2. ምስዚ ደንቢ ዝፃባእ ደንቢ፣ መምርሒ ወይ ልማዳዊ ኣሰራርሓ ተፈፃምነት የብሉን ።

**ዓንቀፅ 59 ፦ እዚ ደንቢ ዝፀንዐሉ ግዝ**

እዚ ደንቢ ብቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚት ካብ ዝፀደቐሉ ለካቲት 20/2006 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን

ኣባይ ወልዱ

ፕረዚደንት

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

**መቐለ**

**አንቀፅ 58፦ የተሻሩና ተፈፃሚነት የሌላቸው ሕጎች**

1. የገጠር መሬት አጠቃቀም እና አስተዳደር ለመወሰን የወጣው ደንብ ቁጥር 48/2000 በዚህ ደንብ ተሽረዋል፣

2. ከዚህ ደንብ ጋር የሚቃረን ደንብ፣ መመሪያ ወይም ልማዳዊ አሰራር ተፈፃሚነት የለውም።

**አንቀፅ 59 ፦ ደንቡ የሚፀናበት ግዜ**

ይህ ደንብ በስራ አሰፈፃሚ ምክር ቤት ከፀደቀበት የካቲት 20/2006 ዓ.ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

አባይ ወልዱ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት

ፕሬዝዳንት

**መቐለ**